ካብ ጥንቲ ተተኻኺዙ ስጋዕ'ዚ ዘለናዮ ዘበን ዛንታ አቦታ
ትና ኢትዮጵያውያን ዝሐዝዎ ምድርን ዝፈረይዎ ሕዝብን ።

# መሠረት ዓሌት ሕዝቢ መረብ ምላሽ

ብቛንቛ ትግርኛ ዝተዳለወ

ብጆሜትራ
ገብረ ኢየሱስ ኣባይ

ተኃትመ ዝንቱ መጽሐፈ ዜና ሐገረ እግአዚት ፡ በ፴፫ ዘመነ
መንግሥቱ ለቀዳማዊ ኃይለ ሥላሴ ንጉሠ ነገሥት ዘኢትዮጵያ

ቤት ማኅተም ኮከበ ጽባሕ - ዘማ. ሐ. ፍ. ሃ. - አሥመራ ።

ዋጋኡ ቅ. ኢ. ት. ፯ ።

ካብ ጥንቲ ተተኃኒዙ ስጋዕ'ዚ ዘለናዮ ዘበን ዛንታ አቦታ
ትና ኢትዮጵያውያን ዝሐዝዎ ምድርን ዝፈረይዎ ሕዝብን ።

# መሠረት ዓሌት ሕዝቢ መረብ ምላሽ

ብቛንቛ ትግርኛ ዝተዳለወ

ብጆሜትራ
ገብረ ኢየሱስ አባይ

ተኃትመ ዝንቱ መጽሐፈ ዜና ሐገረ አግአዚት ፡፡ በ፴፮ ዘመነ
መንግሥቱ ለቀዳማዊ ኃይለ ሥላሴ ንጉሠ ነገሥት ዘኢትዮጵያ

ቤት ማኅተም ኮከበ ጽባሕ - ዘማ. ሐ. ፍ. ሃ. - አሥመራ ።



ግርማዊ ቀዳማዊ ኃይለ ሥላሴ ንጉሠ ነገሥት ዘኢትዮጵያ ።



ግርማዊት እቴጌ መነን ።



ደራሲው ጀሜትራ ገብረ ኢየሱስ አባይ ።

ብዘይ ደራሲኡ ንምሕታም
ክልኩል እዩ ።

## ቀዳማይ ናይ ዛንታ መእተዊ

እዚ ሕጽር ዝበለ ወለዶ አዳልየ ከቕርብ ከለኹ ከምዚ ዝስዕብ የመልክት አሎኹ ፡ በብዓይነቶምን በብዓሌቶምን ዝኾኑ ሀገራት ናብዛ ሀገርና ዝመጹ ሊቃውንቲ ናይ አር ኬሎገር ዝምርምሩ እቶም ጥንታውያን አቦታትና ኢትዮጵያውያን አዝዮም ብሥልጣኔ ምዕቡላት ከምዝነበሩ አብ ነፍስ ወከፍ መጻሕፍቶም ምዕራፍ ኀዚዞ ይርከብ ።

ብዛዕባ መጻሕፍቲ ዓድና አብ ወፃኢ ሀገር ዝርከቡ ክንሰሚ ፡ አብ ዓዲ እንግሊዝ ዝርከቡ መጻሕፍቲ ብዘበን ራእሲ ሚካኤል ስሑል ካብዚ ዝኸዱ አብ ምዕራፍ ፳፱ ብዛ ዕባ ኢትዮጵያ ዝነግር ፩ ሺሕን ፯፻፯ ዓ. ም. አብ ኢትዮጵያ ጀምስሩስ ብዝነበረሉ ጊዜ ብዙኅ ናይ ብራና መጻሕፍቲ በብዓይነቱ አኪቡ ናብ ዓዱ ወሲዱ አብቲ ቤት መጻሕፍ ቶም ብኽብሪ ተቐሚጡ ይርከብ ኦክስ ፎርድ (BODLEIAN LIBRARY OXFORD) ሂብዎ አሎ ተቐሚጡ ፡ አብ ዓዲ ፈረንሳዊ ዘሎ መጻሕፍቲ አቦታትና ምዕራፍ ፹፪ ብሐፀይ ኢያሱ አድያም ሰገድ ዘበን ኤውሮጳውያን እናተቓንኡን እናተፈኻኸሩን ዝወሰድዎ እኒ ሙሴ ሮሺ በዴርኩር ዝበሃሉ ፈረንሳዊ በብዓይነቱ ከበድቲ መጻሕፍቲ ዓድና ፴፰ ዝኸውን፡ ፍትሐ ነገሥት ከይተረፈ አኪቦም ወሲዶም ናብ ፓሪስ ፲፰፻፴፯ ዝአክል መጻ ሕፍቲ ስጋብ ሎሚ ይጥቀሙሉ ፡ አብቲ ቤተ መጻሕፍቶም ኸዓ ሥፍራ ኀዚዙ አሎ ። አብ ዓዲ ጀርመን ዘሎ መጻሕፍቲ ብሂአብ ሎዶልፍ ሚስተር ፍላድ ከሚ ፒትራስ ብሚስተር ቴዎድሮስ ብሚስተር ሊትማን በብዝነበርዎ እዋን ካብዚ እናወሰዱ ዝአከብዎ ፳፫ ክሳብ ፹ ዝኸውን መጻሕፍቲ አብ በርሊን ከተማ ብጥንቃቔ አቐሚጦሞ ይርከብ፡ አብ ኢጣል ያ ሀገር ሮማ ዝርከብ መጻሕፍቲ ካብ ፩ ሺሕን ፯፻ ስጋዕ ፩ ሺሕን ፯፻፴፫ ዓ. ም. ዝነበሩ ስኆር ጆሴ ሳፔቶ ዝበሃሉ ሚስዮናዊ ፳ ዝኾኑ መጻሕፍቲ ኢትዮጵያ ካብ አድባራት አኪቦም ናብ ኢጣልያ ወሲዶም ናብቲ ቤተ መጻሕፍቶም አቐሚጦሞ አለዉ ፡ ብዘበነ ሐፀይ ዮሐንስን ሐፀይ ምኒልክን አትዮም ዝነበሩ ሚስዮናውያንን ኰናስልን ዝወሰድዎ አብ ችታ ቫቲካኖ ንቤተ መጻሕፍትን አብ ፉማጋሊን ኰንተሮሲኒ አብ ቸሩሉ ነናብ ቤት መጻሕፍቶም ይርከብ አብ ኢትዮጵያና ዘሎ መጻሕፍቲ አበው ካብ ኦሪትን ካብ ሐዲ ስን ካብ አፈ ወርቅን ካብ መጽሐፈ ልቡናን ካብ ክብረ ነገሥት ቀዳማይን ዳሕረዋይን ካብ ገድለ ማርቆስ ካብ ታሪከ ነገሥት ካብ ታሪክ ኢትዮጵያ ካብ ታሪክ ላሊበላ ካብ መ ጽሐፈ አበው ፡ ከምኡ ኸዓ ነዚ ወለዶ በብዓሌቱ እናፈለዩ ዝገልጽን አመቻቕላን ዝነ

ዝዎ ዓድታትን ዝነግር ካብ መጽሐፍ ፕሮፌሰሬ ሰንጋል ዓድዋ እንዳባ ገሪማ ዝውለዱ አብ ኢጣልያን ዝነበሩን ካብ ቀሺ ማርቆስ ኳዜን አብ ስቶክሆልም ዝነበሩ ካብ ቀሺ ተወልደ መድኅን ካብ ፕሮፌሰር ተአምራት አማኑኤል፣ ካብ ሃለቃ ታየ ከምኡ ኸዓ ካብአቶም ንታሕቲ ዝርከቡ አበው ዓድና እናመሳኸርናን እናጻሬናን አብዚ ጥራዝ እዚ አኪብና ንጊዜኡ እዚ ሐፂር ዛንታ አዳሊና ነቕርብ አሎና፣ ንዝመጽእ ጊዜ ኸዓ አዝዩ ዝበለጸ አማዕቢልናን አግፊሕናን ክንጽሕፍ ተስፋ አሎና ።

ዛንታ ማለት ንዝሐለፈ እዋናት ዘይነበረሉ ከንብብ ከሎ ከምዝነበረ ምስቶም ዝሐለፉ ብዓይኑ ሥጋ ከም እተራኸበ ኰይኑ ናብ ሕሊናኡ ተቐሪጹ ይስምዖ፣ ስለዚ እቲ ኹሉ ዝሐለፈን ተተሐሒዙ ዝመጽኤ ሐረግ ናይ ትውልዲ ዝገልጽ ብምንባብ እንተደጋገምናዮ አብ ሐደሐደ ሥፍራ እንተውጋዕናሉ ነቲ ሰማዒ ብሐቂ ምስ አቦታቱን ናይ ወገኑ ዓሌትን እንተ ተሰምዮ አዚዩ ሐጐስ ናብ ምሉእ አካሉ ይንዛሕ ብፍቕሪ ሕውነትን ብዓሌት ዝተአሣሠረን አንድነት ዝህብ ንዓዲ ዝጠቅም ሰላም አብ ማእከል ወዲ ሰብ ነጊሾ ክትነብር ወለዶ ምፍላጥሲ ካብ ክፉእ ሥራሕን ካብ ምፍልላይን ርሒቑ ዝነበረ የቃራርብ ተፈቲሑ ዝነበረ በአንድነት የአሥር ብዓጽመ ትውልዲ ሐረግ የቃራርብ የሳማምዕ ደኺሙ ዝነበረ የበርትዕን የማዕብልን የኹርዕን እንተበልኩ ድፍረት አይኰነንንዩ ነዚ ሕጽር ዝበለ ዛንታ ወለዶ እዚ አዳልዩ ዘሕትሞ ዘለኹሲ ዝበቅዕ ታሪኽ ፈሊጠ አይኰንኩን መታን ነቶም ሊቃውንቲ ክቕስቅስ እየ እምበር ካልእ አይኮነን ነዚ ካብ ናይ አበው መጻሕፍቲ ኢትዮጵያ ተቓላጢፈ አሕቲመ ነንበብቲ የቕርበልኩም አሎኹ፣ ቅድሚ እዚ መጽሐፍ እዚ ናብ ቤት ማኅተም ምልአኸይ ነቶም ዝረድኡንን መጻሕፍቲ ዘለቅሑንን ሰባት ከየመስገንክዎም አይሐልፍን እዩ፣ ካብዚ ዝተረፈ ምስጋና ንልዑል እግዚአብሔር ይኹን ።

ም ዕ ራ ፍ ፩ ።

## ብቐዳማይ ኦሪት ቅድሚ ማይ ጥፍአት

ብኦሪት እዋን ፈለማ ቅድሚ ጥፍአት ማየ አይኂ ብ፩ ሺሕን ፴ን ዓ. ዓለም ካብ ደ
አዳም አራም ወይከአ ኦሪ ዚበሃል ካብ እስያ መጺኡ ንምድረ ሀገረ አግአዚት እዛ ብ
ሚ ጊዜ ኢትዮጵያ ተባሂላ እትጽዋዕ ዘላ አትዩ ካብኡ ክሳብ ደቂ ደቁ ከየቋረፁ ስጋ
፪፻፴፮ ዓ, ዓለም ፩ ሺሕን ፪፻፳፩ ዓመተ ዓለም ፳፩ ነገሥታት አብ ኢትዮጵያ ስጋዕ ና
ዘመን በቲ መደምደምታ ዝነበረ ንጉሣም ሳላሚን ምስ ነገሠ ብኖኅ ጊዜ ብጥፍአ
ማይ ጠፊኡ ናይዚ ዝነግር አማዕቢሉ አብቲ ካልአይ ሐዲስ ክብረ ነገሥት ገጽ ፫፻
ስጋብ ፫፻፴፫ ብምሉኡ አግፊሑን አማዕቢሉን ይዛረብ ።

ብድሕሪ ጥፍአት ማየ አይኅ ስጋዕ ግምበ ስናኦር ምፍራስ ባቢሎን ብሐደ ቋንቋ ይ
ረቡ ነበሩ ስጋዕ ፭፻፴፩ን ዓመት ወዲ ሰብ ዝኸነ ብሐደ ቋንቋ ይዛረብ ነበረ፣ ስጋ
ዘበን እዚ ካብ ኖኅ አትሒዙ ስጋዕ ግምበ ሰናኦር ዝፈረሰሉ እዋን ፭፻፴፩ ዓመት ንበይ
ጥራያ ነበረት ከምኡ እውን ባዲማ ሰብ ዘይብላ ነበረት ሽዑ ግምበ ሰናኦር ወይ
ባቢሎን ምስ ፈረሰ ቋንቋትታ ተበታተነ ሽዑ ደቂ ካም ፫ ናብ ኢትዮጵያ አትዮም ዳ
ቀስቂሶም ዓዊል ጥሒሾም አራዊት ቀቲሎም ወረስዋ ። ኦሪት ዘፍጥረት ፲፩ ቍጽሪ
ረኤ፣ ከምኡ ኸአ ካብ ጥንቲ ብራና መጽሐፍ እተመስከረ መጽሐፈ ልቡና ይነግር
ይሰማማዕን እዩ ።

ም ዕ ራ ፍ ፪ ።

## ብ ሐ ረ አ ግ ዓ ዚ ት

አብ ኢትዮጵያ ካብ ፈለማ አቦታትና መጻሕፍቲ ንምጽሐፍ እተጀመረሉ እዋን ክንሰ
ካብ ፪ ሺሕን ፯፻፹፯ ዓመተ ዓለም አትሕዙ ፫ ሺሕን ፭፻፲ ዓመተ ዓለም ስጋብ ጲአ
ቀዳማይ ዘበን መንግሥቱ ዕንጨይቲ ጸሪቦም እምኒ አዋዲዶም ወርቂ አምኪኾም ጣ
አዕሪዮም እኳ ከምካልእ ሕዝቢ እንተዘይሰገዱ ከምቲ ነአቶም ዝሰማምዖም ዓይነ
እናምለኹ ነበሩ ጽሕፈት ብዑፍ ብእንስሳ ብአራዊት ብሰብ መልክዕ ዝመስል እናቐ
ጹን እናዋደዱን ዝግድሶም ኵሉ ጽሒፎም ይሠርሑ ነበሩ፣ ካብ አዳም አትሒዙ ስጋ
ፋሌክን ክሳብ ዮቅጣን ፫ ሺሕን ፭፻፲ ዓመተ ዓለም ዝአክል መዋዕል ወዲ ሰብ ዝ
ኵሉ ብሐደ ቋንቋ ይዛረብ ነበረ፣ ኦሪት ዘፍጥረት ምዕራፍ ፲፩ ቍጽሪ ፲፩ ደቂ ሴ
ንኢትዮጵያ ዝአተውዎ ዘመን በዚ እዋን እዩ ።

ነገር ግን በዚ እዋን እዚ ልዑል እግዚአብሔር ስሕተትን ድፍረትን ናይ ደቂ ሰ
ሪኡ ነንሐድሐዶም ብቋንቋ ከምዘይሰማምዑ ገበረ፣ ኦሪት ዘፍጥረት ፲፩ ፯ ረኤ፣ ድሕሪ

ብፋሌክ ጊዜ ሰብዓን ሐደን ቋንቋ እተፋላለየ ኸይኑ ተረኽበ፡ ኦሪት ዘልደት ቀጽሪ ፱
ረኤ፡ በቲ እዋን'ቲ ፲፰ ንደቂ ሴም ፳፰ ንደቂ ያፌት ፴፪ ንደቂ ካም ተዋህበ፡ በዚ
እዋን እዚ ግዕዝ ቋንቋ ንነገደ ዮቅጣን ንአቦታትና ተዋህበ በዚአቶም ብ፫ ወለዶ ብሳ
በን ብአባልኒ ብኦፌርኒ ግዕዝ ቋንቋ ተረኽበ፡ ስለዚ ብ፫ ሽሕን ፫፻፲ ዓመተ ዓለም
ግዕዝ ክዛረቡ ምስ ጀመሩ አግአዝያን እናተባህሉ ክጽውዑ ጀመሩ፡ እዛ ሀገር እዚአ
ኸአ ብሔረ አግዓዚት ተባህለት ፡ ብድኅሪኡ ነገደ አግአዝያን ንጺኦሪ ቀዳማይ
ሐሙሽቲኦም ገባራት ናቱ ነበሩ ደሐር፡ ግና ራማ ዝበሀል አዝዩ ዝገነነ ናይ ህንዲ
ንጉሥ መጺኡ በኃይሊ ተዋጊኡ ንጺኦሪ ቀቲሉ ኺገዝእ ጀመረ፡ ደሐር ግና ሠለስቲ
ኦም አሕዋት ብምኽሪ ከካብ ዘለውዎ ተላአኢኾም ካብ ትግራይ ንወዲ ሳባ ወይ ከአ አክ
ናሑስ ዳግማይ ሳባ እተባህለ፡ ንዕኡ አንጊሦም ኲናት ምስቲ ናይህንዲ ንጉሥ ራማ
ተዋጊኦም ቀቲሎም ንብዘላ ምድሪ ሐበሻ ሕጂም ብሔረ አግዓዚት ተባሂላ ቋንቋአቶም
ከአ ግእዝ ኢሎም ሰመይዎ፡ ስጋብ ንግሥተ አዜብ ጊዜ ፩ ሽሕ ዓመት ዝአክል ብግእዝ
ቋንቋ ነበረ ካብ ንግሥተ አዜብ ስጋዕ እዋን ፬ ሺሕን ፫፻ ዓመተ ዓለም በዚ ቋንቋዚ እናተ
ዛረቡ ብግእዝ ፊደል ክጽሕፉ ነበሩ፡ አምልኮት ዝረኸቡ ኵሉ የምልኹ ነበሩ። ብድሕሪ
እዚ ካብ ሰሎሞንን ካብ ንግሥተ አዜብ ዝተወልደ ምኒልክ ፬ ሺሕን ፫፻፹፫ ዓመተ ዓለም
ብሽዑ ዘመን ካብቶም ፲፪ ነገድ ዓሌት እስራኤል ተዋጺኦም ክመጽኡ ኸለዉ ካብቶም
ቤተ ሌዊ ወዲ ሳዶቅ አዛርያስ ዝበሃል ታቦተ ጽዮን ከምኡ ከአ ቅድሚኡ ተጻኒፉ ዝነ
በረ መጻሕፍቲ ሕጅም ምስመጽኡ አምልኮት እግዚአብሔር ብሐቂ ተፈልጠን ተዘርግ
ሔን እቲ ኵሉ መጻሕፍቲ ካብ ዕብራይስጢ ናብ ግእዝ ተገልበጠ፡ አብ ኢትዮጵያ ዝነ
በሩ ቋንቋታት ፱ት እዮም ፩ ግእዝ፡ ፪ ዓረብ፡ ፫ ከፋ፡ ፬ ሻንቅላ ናይ ላስታ አገው
፭ ጋፋት፡ ፮ ዘላን፡ ፯ ፍላሻ፡ ፰ ዳሞት አገው፡ ፱ ቋረኛ እዚአቶም ነበሩ፡ እንተኸነ
ርእሲ ቋንቋአቶምን ጽሑፋቶምን ናይኩላቶም መራኸቢ ግዕዝ እዩ ዝነበረ፤ ስለዚ ዝተ
ረፉ ፊደል ስለ ዘይነበሮም ንግዕዝ ተጸጊዖም ይነብሩ ነበሩ፡ ምስ ቀዳማይ ምኒልክ
ዝመጹኡ ፲፪ ሹማምንቲ ሽሞም ከምዝስዕብ እዩ ፩ ጽራግ መእስሬ፡ ካ፪ ቀለባስ ቀራብ
ምግቢ፡ ፫ይ ሊቀ ሰይፍ ናይ በቅሊ ለጓሚ ናይ ንጉሥ፡ ፬ይ ሥራሕ ሠርጓ ማለት
ከምሕጂ ዘመን ቢትወደድ ዝበሃል እዩ፡ ፭ሻይ ስተግሬ በዓል ጋማ ሐሪር ማለት እዩ፡
፮ይ ደቂቀ ሠርጓ በዓል ምሥሪ ቃና ማለት እዩ፡ ፯ይ ካብ ቤተ ሌዊ ዝውለድ ሊቀ ካህ
ናት እዩ፡ ፰ይ ሊቀ መጠን ፈራዲ ዳኛ ማለት እዩ፡ ፱ይ ንጉ ሕ የሥ መ ናይ ነጋሪት
ወቓዕቲ ሐለቃ ማለት እዩ፡ ፲ይ ደልካሚ ከምደገዝማቲ ማለት እዩ፡ ፲፩ ምዕድ ገበነኛታት
ዝቐጽዕ ዝበረ እዩ፡ ፲፪ይ ሕስጌ ማለት ፈላጺን ቄራጺን ማለት እዩ ከምዚ ሎሚ በቲ
እዋኖም ዝነበረ ዘረባ በብመዓርጎም ይጽውዑ ነበሩ፡ ካብዚ እዋንዚ ጀሚሩ ስጋብ ሐ
ፀይ ሰይፈ አርዕድ ፩ ሽሕን ፺፰ ዓመታት አቢሉ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ተወሊዱ
እዩ ዝነበረ እሞ በዚ ዓመተ ምሕረት እዚ ፲፪ ነገሥታት አብልዕሊኦም ንጉሠ ነገሥት
ሐደ እናሸሙ ንምሉእ አፍሪካ ካብ ቀዳማይ ምኒልክ ዝውለዱ ስጋዕ ፪ተ ሺሕ ዓመታት
አቢሉ ከየቋረጹ ይገዝኡ ነበሩ፡ ብድኅሪዚ ግና ዕግርግር እናበዝሐ እቲ ኻልእ ሀገ

ራት ተረፈ እሞ ኢትዮያጵያ ካብቲ ግፍሐን ዕብየታን እናጸበበት ክትከይድ ጀመረት።

ፈለማ ምስ ቀዳማይ ምኒልክ ዝመጸ ሊቀ ካህናት አዛርያስ ኦሪት ከስተምህር ካብ
ዝጀመረሉ እዋን ስጋዕ አባ ሰላማ ከሣቴ ብርሃን ዘመን ፩ ሺሕን ፫፻፲፪ ዓመት አቢሉ
እዩ፡ መጻሕፍት ካብ ዕብራይስጢ ናብ ግዕዝ ቋንቋ እናተተርጐመ ይንገር ነበረ፡ ናብ
ቅድስት ሀገር ኢየሩሳሌም ከዓ ብዓመት ብዓመት በበጺሖም ይምለሱ ነበሩ፡ ብዜዋው
ያን ጊዜ እስራኤል ከብ ፋርስ አብባቢሎን ናብ ኢትዮጵያ ዝኸድኩም አሕዋትና ቀዳም
ምኽባር ሕጊ ኦሪትን ምሥጢረ መሥዋዕትን ደም ምፍሳስን ስምዒ ምትካኽን ማሕላ
አቦታትና ነቢያትን አጽዋማትን በዓላትን ኦሪትን ከምቲ ጥንቲ ተኽብርዎ ዶሎኹም ኢ
ሎም ነኣዋቶም ንኢትዮጵያ መልእኽቲ እንተ ለአኹሎም ። ንስኻትኩም ደአ አብ ሀገር
ባዕዲ ተቐሚጥኩም ዘለኹም ብኢድ አሕዛብ አብ ስደት ወዲቕኩም ካብቲ ሕጊ ናይ
ኦሪት ብምፍላይኩም አዚና ነሐዝን አሎና እምበር ንሕናስ ካብታ እተኸበረት ሕጊ ኦሪት
አይተፋላሌናን ኢሎም ናይ ኢትዮጵያ ሊቀ ካህናት ለአኹሎም፡ ተላኢኾም ዝመ
ጹ ናይ እስራኤል ሹም ሆሴእን አልአዛርን ዝበሃሉ ናይ ካህናት ወገን ዝኾኑ ክልቲ
ኦም እዮም፡ ሠለስተ ኸአ ጸሐፍቲ እዮም እዚአቶም ከዓ ነዞም ዓሌቶም ርእዮም ናብ
ሰቦም ምስተመልሱ አብ ኢትዮጵያ ዘለዉ ሕጊ ኦሪት አጽኒዖም እግዚአብሔር አሚ
ኖም ምስ ሊቀ ካህናቶምን ንጉሦምን ነዞም ወገኖም አኽቢሮም ገንዘብ አውጺኦም
፱ ሊቃውንቲ አዚዮም ዕብራይስጥ ዝፈልጡ ኃርዮም ምስቶም ሸውዓተ እስራኤላው
ያን መልእኽተኛታት ምስአቶም ብባብ ኤል መንደብ ዝበሃል ናይ ባሕሪ ዓንቀጽ አሣጊ
ሮም ናብ ምርኮኛታት ናይ እስራኤል ዘለውዎ አተዉ ሽዑ አብ ባቢሎን ዘለዉ አሕዋ
ቶም ምርኮኛታት ምስተራኸቡ ካህናቶምን ነቢያቶምን ብሕዝቦምን ኵሎም እስራኤል
አዚዮም ተሐጕሾም ተቐበልዎ፡ እቲ ዝለአኹሎም ህያብ ገንዘብ ከዓ አወፈይዎም።

አብ ኢትዮጵያ ዘለዉ አኃዋትና ንሕና ካብ ሕጊ እግዚአብሔር ብምፍላይና አዚ
ዮም በአና ሐዚኖም አለዉ ኢሎም ምስነገርዎም ተአኪቦም አሕሲሞም በኸዩ ይበ
ሃል፡ ብድሕሪ ዚአቶም ፬ ኢትዮጵያውያን እቲ እተላእኸ ገንዘብ ናብቶም ወገኖም እስ
ራኤል ምሰብጽሑሎም ክምለሱ ከለዉ ነቢያት አብ ባቢሎን ምስ ወረዱ ካብቲ መጻ
ሕፍቶም ኵሉ ጽሒፎም ሕጅም መጹ፡ እቶም ጸሐፍቱ ከዓ ፩ደ ሳኦርያ ፪ይ ደርቢያ
፫ይ ኤቅና ፬ይ አሳኤል እዮም ዝበሃሉ፡ አንበብቲ ዝኾንኩም እዚ ዘንበብኩሞ ስጋዕ
ሕጂ አብራና እተጻሕፈ ልማደ አበው ዝበሃል ናይጥንቲ አብትግራይ አውራጃ ደብረ
ድኁኃን ዝበሃል አሎ፡ ሕጂ መጻሕፍተ ብሉያት ዝተርጐሙን ዘስተምህሩን ሊቃው
ንትን መምህራንን ሽሞም እንጽሕፍ አሎና እቲ ፈለማ ምስ ቀዳማይ ምኒልክ ዝመጸ
ናብዚ ሊቀ ካህናት አዛርያስ ይበሀል ነበረ እሞ አዛርያስ ከዓ ንሳዶቅ አስተምሀረ፡ ሳዶቅ
ከዓ ንዳግማዊ ሌዊ፡ ዳግማዊ ሌዊ ንዳግማዊ አሮን፡ ዳግማዊ አሮን ንአልአዛር፡ አልአ
ዛር ከዓ ንሕዝበ ራአያን፡ ሕዝበ ራአያን ከዓ ንይዋሂን ይዋሂን ከዓ ንአኪን፡ አኪን
ንስምዖን ስምዖን ከዓ ንእንበረም መሀረ፡ እንበረም ብእዋን አብርሃን አጽብሐን ዝነበረ
ካብ አባ ሰላማ ከሣቴ ብርሃን ኤጲስቆጶስነት እተሾመ ንሱ እዩ፡ ንሱ ኸዓ ብኢድ አቡነ

እዚ ፩ ሺሕን ፯፻፸፯ ዓ-ም እዩ አብ ፓሪስ ከተማ ተኀቲሙ አሎ ፩፻፵ ስጋ
፩፻፵፩ ገጽ ረኤ፡ ፯ሻይ ከዓ ብዘበን ንጉሥ ሖርኤ ምተኩ ታሪኽ ፫ ሓዋርያት አብ
ከምዝነበሩ ይነገር ፩ ማቴዎስ ፪ ቶማስ ፫ ያዕቆብ ወልደ እልፍዮስ ፬ይ ስምዖን ናት
ናኤል ዝተባህለ ፫ በርተሎሜዎስ እዚአቶም ከመይ ገይሮም ሥርሖም ክምዝፈጸሙ
አጸቢቑን አግፊሑን ይነግር እዩ፡ ፯ ኸዓ አብ ሮም መጻሕፍቲ ቤት ወይ ከዓ ቤት መጻ
ሕፍቲ ብኤውሮፓ አቋጻጽራ፩ሺሕን ፰፻፰፱ ዓ. ም. ዝተኀትመ አብቲ ቀዳማይ ትርጓሜ
ወንጌል ከምዚ ይብል ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንሰማይ ምስዓረገ ብ፰ ዓመት
ዱስ ማቴዎስ ጸሐፊ ወንጌል ዓሌቱ አይሁዳዊ ዝኾነ ዕይኡ ኸዓ ዋና ናይ ባንክ
አሻረፊ እቲ ዝጸሐፎ ወንጌል ብቋንቋ ዕብራይስጢ ወይ ኸዓ ብኸለዳዊ እዩ
ብኽልቲኡ ከዓ ይዛረብ ነበረ በቲ እዋኑ ኸዓ ንብዙኃት አይሁዳውያን ብክርስቶስ
አእመኖም፡ መሊሹ ኸዓ ብግብጽ ገይሩ ንምድሪ ኖባ ወሪዱ የስተምህር ነበረ አብ ኢት
ዮጵያ ወንጌል ይሰብኽ ነበረ ምስ ሞተ ኸዓ አብ ምድሪ ኖብያ ተቐብረ ይብል
ገሊአቶም ሊቃውንቲ ግና አይፋል አብ ፋርስ ወንጌል ክሰብኽ ካብ ኢትዮጵያ ም
ከደ ሞተ ዝብሉ አለዉ።

፰ይ ኸዓ ናይ ፈረንሳዊ ሊቅ ሞሬ ዝሽሙ ብ፫፻፺፫ ገጽ ዝጸሐፎ ታሪኽ ቅዱስ ማቴ
ዎስ ካብቶም ፫ ሓዋርያት አዚዩ እተፈልጠ ነበረ አብ ምድሪ እስራኤል ንብዙኃት አ
ሚኑ ከምበሐድሽ ንኢትዮጵያ መጺኡ አብታ ሽዑ ዝነበረት ዕምርቲ ኸተማ ናይ ንገ
ሥ አብ ናዕዴር ትበሃል ትግራይ አብአ ኾይኑ ወንጌል እናሰበኸ የእምን ነበረ፡ እዛ ናዕ
ዴር እትበሃል ዓዲ ጥቓ አኽሱም ዘላ ዓዲ ራእሲ ሚካኤል ሥሑል ንሳ እያ፡ ናይጥን
ኸተማ ዝነበረት እያ፡ ቅዱስ ማቴዎስ ኃያለ አስማት ዘርእዩ መሠርያን ይፈታተንዎ ነ
ሩ፡ ነገር ግና ብሽም ክርስቶስ ምንም ካብ ስብከቱ ዘዕንቅፎ አይረኸበን፡ እታ በቲ እዋ
እቲ ዝነበረት ንግሥቲ ኤፍዛን እትበሃል ብወንጌለ ክርስቶስ አሚና ጥምቀት ካብአ
ተቐበለት ምስ ብዙኃት ገላውአ፡ ፩ይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ምስዓረገ ብ፲፫ ዓመ
ንግሥት ገርስምት ቅንደኬ አብ ግብረ ሐዋርያት ህንዳኬ ኢሉ ዝሰምያ ናታ መልእ
ተኛ ዝነበረ፡ ጀንደረባ ስለ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብስራት ተላኢኹ ንኢየሩሳሌ
ከይዱ አሚኑ ተጠሚቑ ንዓዱ ንኢትዮጵያ መጺኡ እምነትን ጥምቀትን ከስተምህ
ጀመረ፡ እንተኾነ ብአብርሃ አጽብሐ ጊዜ ብአባ ሰላማ ከሣቴ ብርሃን ብ፫፻፲፯ ዓ. ም
ጥምቀትን እምነትን አዝዩ ተዘርጊሒ፡ መሊሱ ኸዓ ቅዱስ ቍርባን ሰፍሒ አብ ኢት
ዮጵያ ቅድም ብሕጊ ኦሪት ካልአይ ኸዓ ብሕጊ ወንጌል መንግሥታን እምነታን ካብ
ንቲ እያ እምበር መዋዳድርቲ አይነበራን ብቅዱስ ዳዊት ጊዜ እተዛረበላ እያ፡ አብ ቅ
ሚኡ ይግዝኡ መዝሙር ፷፯ ፴፩ ቍጽሪ ኢትዮጵያ ኢዳ ናብ እግዚአብሔር ተብጽ
እያ፡ መዝሙር ፸፫ ፲፬ ንስኻ ርእሲ ከይሲ ወይ ከዓ ገበል ቀጥቂጢካ፡ ንኢትዮጵ
ምግቦም ሂብካዮም መዝሙር ፸፫ ፲፬ ቍጽሪ፡ ፪ይ ከዓ ብነቢይ ሰፎንያስ ካብ ኩሽ ካ
ኢትዮጵያ ፈለግ ስግፍ እተበታተኑ ደቀይ መበአይ ኂዞም ናባይ ክመጹ እዮም፡ ሰፎንያ
ምዕራፍ ፫ ቍጽሪ ፲ ረኤ።

ኢትዮጵያ ብቅዱሳት መጻሕፍትን ብታሪኽን እተመስከረላ ሀገር እያ፡ ሕዝባን መን
ሥታን እምነታን ጥንታዊ ንምኳና ናይ ኢትዮጵያ ታሪኽ ጥራይ ከይኮነስ ናይ ካልእ ሀ
ራት ይምስክሩ እዮም ናይ ጀርመንን ናይ እንግሊዝን ናይ ግሪኽን ናይ ፈረንሳዊን ና
ጣልያን ናይ ግብጽን ብኤውረጳ ሊቃውንትን ቤተ ክርስቲያን ዝርከብ ናይ ታሪኽ መጻ
ፍቲ ዝምስክር ምኳኑ ከይሐለፍናዮ ንዝክር አሎና፡ ንወዲ ሰብ ምምሀርን ምንባብ
ምዝራብን ከም ስእሊ ዝበሉ አካል እዮም ፡ እዚን ከምዚን እንተደአ አብወዲ ሰ
እንተዘየብሉስ ሰብ ጥራይ ቤት እዩ፡ ቅድሚ ኹሉ ናይ አበውን ናይ ነቢያትን ና
ሐዋርያትን ናይ ሊቃውንትን ናይ መጻሕፍቲ ቅዱሳትን፡ ምምርማርን ንምንባብን ዝ
፡ ሰብ ዡሉ ቅድሚኡ ጊዜ ዝነበሩ ሊቃውንቲ ምስአቶም በዓይነ ሥጋ ቃል ንቃ
ኩሉ ሳዕ ክዛረብ ይነብር እንተበልኩ ድፍረት አይሕሰበንን እዩ።

ም ዕ ራ ፍ ፫ ።

## ም እ ታ ው ኢ ት ዮ ጵ ያ ው ያ ን ና ብ ዚ

በዓሠርተው ሸሞንተ ሚእቲ ዓመት ቅድሚ ምላድ ክርስቶስ አቦታትና ናብዚ አ
ዉ፡ ንሳቶም ከዓ ካብ ዓሌቲ ሴም ነገደ ዮቅጣን ዝበሃሉ እዮም፡ ካብኦም ወዲ ወዱ ን
ልቅያ ኢትዮጲስ ዝበሃል ዓቢይ ንጉሥ ፶፫ ዓመት ነጊሡ ገዝኤ፡ ንሱ ድማ ን፫ ወለደ
ንሳባን ንኖባን ንበለውን ንኸለውን ንላክንዱን ነዚኦም ወለደ፡ ካብኦም ላክንዱ ዓራ
አቡኡ ወረሰ፡ እቶም ፬ የኣዋት ግና አብ ምሉእ ኢትዮጵያ ምድሪ ናይ አቡኦም ርስ
ነዙ፡ ብኡ ምኽንያት ደሓር ደቂ ሳባ አብዚ ሕጂ ትግራይ ትግርኚ ዝብሃል ዘሎ አ
ምሉእ ኢትዮጵያ ርስቲ ኀዙ፡ በዚ ምኽንያትዚ ደሐር መንግሥቲ ሳባ ተባሂላ ትስመ
በረት ነገደ በለው ከዓ ብሸነኽ ስሜን ትግራይ ፈለግ ዓንሰባን ፈለግ ባርካን ዝፈስ
ሎ መትሕት ናብኡ ርስቲ ኀዙ፡ ሕጂ እኳ ዓሌት በለው፡ እኒ ዓዲ ናይብ አብ ምዕዋ
ሊርጊጎን ድኽኖን አለዉ፡ ቋንቋኦም ድማ ዓረበኛን ግእዝን ዕብራይስጥን ህንድ
ዝቃራረብ እዩ ፡ ንሳቶም ዝነዝዎን ዝሠፈርዎን ንኸብቲ ምፍራይ አዚዩ ዝጠዓ
እዩ፡ በቲ ሥራሖምን ንብረቶምን ዘላን ሐለውቲ ከብቲ እናተባህሉ ይጽውዑ፡ ብሸነ
ምዕራብ ምስ ፈለግ አትባራ ወይ ፈለግ ተከዘ ይዳወቡ እታ ንሳቶም ዝሐዝዋ ቋን
ትግሬ፡ ከምዚሎም ደቂ በለው አብ በብሀገሩ ፋሕ ኢሎም ርስቲ ኂዞም አለዉ፡ ዝ
ዝዎ ዓድታትን ርስትን አብ ምዕራፍ ፲፮ ርአዩ፡ ነገደ ኖባ ኸዓ አብ ሸነኽ ምዕራብ ፈለ
አትባራ ዝውኀጅሉ አብቲ ፃዕዳ ዓባይን ሰማያዊ ዓባይን ክልቲኡ ውኅጅ ዝራኸበለ
መሬት ወሰና ወሰን ማይ ተቐመጡ፡ እዚ ዓሌት ኖባ አዚዩ ኃያልን ስሙይን ሕዝበ
በረ፡ መንግሥቱ ፍሉጥ መቓናቕንቲ ምስሪ ነበረ፡ ውዒሉ ኃዲሩ ግና አብ ትሕ
መንግሥቲ ምስሪ ወደቐ እንተኾነ አብ ኢትዮጵያ ዝነበሩ ነገሥታት ከይረድኡን እናኸ
ከምቀደሞም ከከይዶም አመቶም ከይገብሩ አብ ማእኸል ኢትዮጵያ ዓዶም ክሕልወ

ንዓአቶም ክረድኡ አይከአሉን ፡ ዋና ኸተማኦም ኸዓ ካርቱም ይበሃል ፡ ፈለማ ግና ስናር ዝበሃል እዩ ዝነበረ ።

ካርቱም ማለት ምኽርታም ማለት እዩ ብትግርኛ ቋንቋ ነገሥታት ኢትዮጵያ ስጋብ ምስሪ የገብርዎም ነበሩ እሞ ምስራውያን ግብሪ ምግባር ምስአበዩ ነገሥታት ኢትዮጵያ ካብ ላስታ ከይዶም ንፈለገ ዓባይ ዓገትዎ ብሽሕን ፪፻ን ዓመተ ምሕረት እዩ ብነገሥታት ዛጌ ጊዜ ዓጊቶም እቲ ማይ ንምዕራብ አቢሉ ፋሕ ብትን አቢሎም ፡ ምስሪ አልቦ ብጥሜት ኩምም አበልዋ፡ ድሐር ግና ምስራውያን ዝገብርዎ ምስ ጠፍኦም ክመለሱ ጀመሩ ፡ ሽዑ ሐደ አቡን አቡነ ሚካኤል ዝብሃል ካብ ምስሪ ብዙኅ ሕያብ ሒዙ ናብ ኢትዮጵያ ናብ ሐፀይ ይምርሐነ ክርስቶስ ደገ ጸኒዑ እሞ ንጉሥ ከዓ ካብ ሕርቕርቕ ቶም ዚሒሎም ስለ ዝነበሩ ሽሕን ፪ን ዓመተ ምሕረት አቢሎም ኢትዮጵያውያን ዝደለይዎ ክረኽቡ ምስሪ ስምምዕነት ወድኤት ይበሃል ፡ ነገደ ከለው ከዓ ምድረ ሳባ ብሸነኽ ምዕራብን ስሜንን ዘሎ ወልቃይት አብፀገዴ ዝበሃል ዓዲ ኰይኖም ብዙኃት ፈረዩ፡ እቲ መኻን ከዓ አርማጭሆ ዘሐዘ ስጋዕ ቛራ ፀግዒ ከምዘሎ ርስቲ ሐዙ ፡ ሕጂ እኳ ቛራ ዓሌት ከለው ክንሶም ብእዋን ቀዳማይ ምኒልክ ነገደ ሮቤል መጺኦም አብ ልዕሊኦም ተሐዋውሾም ብሐደ ሽም ቛራ ይበሃሉ ፡ ፈለማ ትግርኛ እዩ ዝነበረ ቋንቋኦም ሕጂ ግና ካብ ፀገዴ ጀሚሩ ስጋብ ቛራ በምሕርኛ እዮም ዝዛረቡ ፡ ስለዚ አርበዕተ ደቂ ኢትዮጵያ ዝሐዝዎን እተቐመጥዎን መሬት ብሽም አቡኦም ኢትዮጵያ ይበሃል፡ ብሽዱሽተ ሽም ከዓ ይሰምዩዎ አለዉ፡ አምሐራ ትግራይ አገው በደው አስገደ በቕላ ሐባብ ይበሃሉ ፡ ካብዚ እቶም በደውን አስገደ በቕላን ሐባብን ካብ የኅዋቶም ርሕቕ ስለ ዝበሉ እቲ ዝቐመጥዎ በስላም ስለ ዝተወሩን ስለ ዝተጋሀሱን ካብ አኅዋቶም ተፈልዮም አብ አስላም እምነት እትዮም አለዉ ። እዞም ካብኦም ዝተረፉ አኅዋቶም አምሐራን ትግራይን አገውን መንግሥቲ አቦታቶም እናሐለዉ ዓዶም ኅጀም ካብ ቀዳማይ ምኒልክ አትሕጀም ስጋዕ ምላደ ክርቶስ ብሕጊ ኦሪት ጸኒዖም ብድሕሪኡ ከዓ ብዘበን ክርስቶስ ብክርስትና አሚኖም ንዓዶምን ንመንግሥቶምን ከየግሀሱን ዘርባዕባዕ ከይበሉ ብኽንደይ ተጋድሎ ፀኒዖም መሪሕን መዋፈርን መንግሥቲ ዘይሰአኑ ብኢድ ጓና ዘይተገዝኡ ጸጋ አምላኽ ዘይሐደጎም አብ ካልእ ሀገራት አዝዮም ስሙያት ሕዝቢ ኢትዮጵያ ዓሌት ሴም እዮም ። ካልአይ ከዓ ካብ ይሁዳ ፡ ሳልሣይ ከዓ ካብ ከነአን ዝወረደ ትውልዲ ዘለዎም ሕዝቢ እዮም ቅድሚ አቦታት ኢትዮጲስ ናብዚ ምምጽኦም እቶም አብዚ ዝነበሩ ሕዝቢ ዘርኢ ካም ፀበፍረ አእዋምን እናሸምጠጡ እዮም ምግቦም ዝነበረ እምበር ቤት ምሥራሕ እኽሊ ምዝራእ ጡዋ ምትካል ክዳን ምኽዳን አይፈልጡን እዮም ዝነበሩ ፡ ደሐር ግና አቦታት ንኢትዮጲስ ክዳን ካብ ጡዋ ምሥራሕ እኽሊ በብዓይነቱ ምዝራእ ተጀመረ ፡ ሽዑ ደቂ ካምን ደቂ ሴምን ብመውስቦ ተሐዋወሱ ፡ እሞ ሐበሽቶት ተባሀሉ ፡ ብዙኅ ጊዜ ምስጸንሐ ከዓ ሐበሻ ብዝብል ስም ተሰምዩ ፡ ትርጓሜኡ ከዓ ብዘረባ ዓረብን ግዕዝን ሕውስዋስ ማለት እዩ ፡ ካብ ዓሌት ኩሻ ዝውለዱ ነገሥታት ቅድሚ ምላድ ክርስቶስ ፩ ሽሕን ፫፻፵፫ ዓመተ ዓለም ስጋብ ሽሕን ፰፻፺፯ ዓመት ዘአክል መዋዕል እዩ ካብ ክስባታት

ንጉሥ ጀሚሩ ስጋብ ቀዳማይ ጲኦሪ ፳፪ ነገሥታት ከየቋረጹ ገዝኡ ፡ ናይ አግዓዝያን ዘመነ መንግሥቲ ካብ አከናሁስ ሳባ ጀሚሩ ስጋብ አጋቦስ ወይ ከዓ ገብጋቦ ዘቀተሎ ለአርዌ ፳፰ ነገሥታት ከምቲ አብ ላዕሊ ተገሊጹ ዘሎ ፫፻፰፻፱ ዓመት ከየቋረጹ በብታራ ይገዝኡ ነበሩ ፡ ካብ አጋቦስ ስጋብ ንግሥቲ አዜብ ኋል ተዋስያ ካብ ዘርኢ አጋቦስ ንአድኅና ንግሥት የእትዩ ከምሥርዓት ዓራት ኂዙ ብኽንደይ ድኻም ፶ ዓመት ገዝኤ ፡ ካብዚ ዝውለዱ ስጋብ ንግሥቲ አዜብ ዘሎ መዋዕል ፬፻፵፯ ዓመት ደቁ ደቅ ደቁ ከየቋረጹ ይግዝኡ ዝነበሩ፡ካብ አጋቦስ ስጋብ ንግሥተ አዜብ ፳፭ ነገሥታት እዮም ሽሞም ከዓ አብ ቀዳማይ ክብረ ነገሥት ተሰምዮም አለዉ ።

<u>ም ዕ ራ ፍ ፮ ።</u>

## ሐ ው ል ቲ መ ጠ ራ

ቅድሚ ንግሥተ አዜብ ንጉሥ ዋይራን ዝበሃል ነጊሡ ዋና ኸተማኡ ካብ አክሱም ጊዒዙ ናብ መንጎ ዓዲ ቐይሕን ሰንዓፈን ዘሎ ከስከስ ዝበሃል መኻን ሰንዓፈ ብሸነኽ ስሜን ሥልጥንቲ ኸተማ ነበረት እዚ ንጉሥ እዚ ከዓ አዚዩ ግኑን ነበረ ብዙኃት ዝገርሙ ሐውልትታት ተኸለ ስጋብ ሎሚ ሐውለተ መጠራ ይበሃል ፡ ካብተን ሐውልትታት እኳ ሊቃውንቲ ኤውሮጳ እናኾዓቱ ጽሑፍ ገለ ኸዓ እተዋደደ ቅርጺ ይወስዱለን ነበሩ፡አብ መጻሕፍቶም ከዓ እናሰአሉን እናሰመዩን ነንዓዶም ወሲዶም አለዉ፡ካብ ቅድሚ ምላድ ክርስቶስ ድኅሪ ጥፍአት ማየ አይኅ ፡ አብ ኢትዮጵያ ዝነበሩን ዝነገሡን ነገሥታት ቅድሚ አከናሁስ ቀዳማይ ሳባ ንጉሥ ብሽሕን ፱፻፵ ዓመተ ዓለም ጀሚሩ ስጋብ አጋቦስ ወይከዓ ገብጋቦ ዝበሃል ሰብአያ ነአድኅና ንግሥት ፳፰ ነገሥታት ከየቋረጹ ይገዝኡ ነበሩ ፡ አጋቦስ ወይከዓ ገብጋቦ ካብ መስፍንቶ አብ ሐማሴን ካብ ነገደ በለው ዝውለድ ዘርኢ ፡ ናብ አክሱም መጺኡ ነቲ ገበል ከምሕሱም ገይሩ ዝገዝእ ዝነበረ ብሽሕን ፫፻፶፰ ዓመተ ዓለም እዚ አጋቦስ ዝብሃል ንጉሥ ቀተሎ ። ብድኅሪኡ ካብ ሳባ ዓሌት እትውለድ ዘርኢ ነገሥታት መበል ፳፰ ነገሥታት ንሳ አድኅና ንግሥት ተባሀለት ፡ ነቲ ገበል ምስ ቀተሎ ንአጋቦስ ወይከዓ ገብጋቦ የእተወት ፡ ብድሕሪኡ ንሚኤሙር ወለደት ፡ ሚኤሙር ንጉሥ ከዓ ፪ተ ዓመት ምስ ነገሠ ሞተ ፡ እታ ምንአሱ ኋል አጋቦስ በሊና እተባሀለት ነገሠት ንሳ ኸዓ ን፲፩ ዓመት ምስገዝኤቱ ሞተት እሞ ብድኅሪኡ ዘግዱር ዝበሃል ነገሠ እሞ ንዓመታኡ ግዕዝ ፊደል ጽሕፈት አተሐያይሹ አብ ሥራሕ ከም ዝውዕል ገበረ፡፵ ዓመት ዝአክል ከዓ ገዝኤ ፡ ካብኡ ጀሚሩ ስጋብ ንጉሥ ባዜን ፫ ሽሕን ፫፻ ዓመተ ዓለም ፹፱ ነገሥታት በብታራ ከየቋረጹ ይገዝኡ ነበሩ ፡ ብድሕሪኡ ከዓ እቲ ከተማ ናብ አክሱም መለስዎ ። ቅድም አብ መደባይ ሐደ ዓቢይ ገበል ካብ ሐንቲ ሰበይቲ ንግሥቲ ምስ ሐንቲ ካልአይቲ ፍጹም ሰብ ዝኾነት ኋል ተወልደ፡ እዚ ገበል እዚ ገዛእ ሀገር ኮነ ቋንቁኡ ግና እታ ምስኡ እተወልደት ኋል ትፈልጥ ነበረት ፡ እቲ ገበል አዚዩ ዘንቀጥቀጥ ገዛእ ሀገር ነበረ እሞ ጤለ በጊዕን ጉርዞ ኋልን ብእዚ እናምጽኡ ግብሪ ይሀብዎ ነበሩ ንሳቶም ከዓ ብዙኅ ተሸገሩ ፡ ከምቲ አብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ሐደ ሰብአይ

ካብ ሐማሴን መጺኡ ነዚ ገበል እዚ እንተ ቐተልክዎስ እንታይ ትህቡኒ የሎም ን ቶም ከዓ ንውሉድ ወለዶኻ መንግሥቲ ነውርሰካ ኢሎም ቃል ኪዳን መታ ከይጠልምዎ አተውሉ ፡ እቲ ሰበአይ ከዓ አጋቦስ ወይ ከዓ ገብጋበ እዩ ዝበሃል ገ በረ ፡ ንሱ ከዓ ንዥሎም አኪቡ በታ ዝመጸላ መንገዲ ሐዊ ጌሩ አንዲዱ ቀተሎ ፡ ም ቀተሎ ከዓ እቶም ሕዝቢ ከምቲ ቃል ኪዳን ዝአተውሉ ከይህብዎ ከዲያም አብዮ ነበሩ ደሐር ግን ፡ ንሱ ብክንደይ ክርክር አሰኒፉ ንአድኃና ንግሥቲ የእትዩ መንግሥቲ አ ዓዝያን ካብ ዓሴት አክናሁስ ዝወረደ ዓሴት መበል ፷፰ አድኃና ንግሥት ካብኡ ጀሚ ስጋብ ኘኖት ሴም ክልአይ ፺፩ ዓመት ዝገዝኤ በዚ ጊዜ እዚ አቢሉ እዩ ያሐ ዝኸተመ ብ ጎሪኡ ከዓ ስጋብ ተዋስያ ዘለዉ ነገሥታት በብታራ ምስ ገዝኡ ፡ ደሐር አቦአ ንንግሥ አዜብ ተዋስያ ፲፫ ዓመት ገዚኡ ሞተ ፡ እሞ ኋሉ ንግሥተ አዜብ ነጊሣ ዓራት አቦአ ም ኀዘት ውርይቲ ዝገነነት ኮነት ፡ ግዝአታ ከዓ ስጋብ መደጋ ስከር ትገዝእ ነበረት ፡ ብም ራቕ ከዓ ስጋብ ዓዲ ዓረብ የመን ሐሊፉ ትገዝእ ነበረት ፡ ብዘበና ከዓ ነጋዶ ካብ ኢየሩ ሌምን ካብ ህንድን ካብ ዓዲ ዓረብን እናመጹ ዕንቍን አልማዝን ዝባድን ስኒ ሐርማዝ ሰንደል ዕንጨትን ወርቅን ብሩርን እናመላለሱ ይነግዱ ነበሩ ፡ እሞ ሽማ ከዓ አብ ኵ ዓለም ፍሉጥ ኮነ ፡ በዚ ጊዜ እዚ አብ ኢየሩሳሌም ሰሎምን ወዲ ንጉሥ ዳዊት አን ጥቂጡ ይገዝእ ነበረ እሞ፡ ዘይገብራ አይነበሮን ኵሉ ጥበብ ተገልጭዎ እዩ ዝነበረ ፡ ን ከዓ ወሪኡ ታምሪን ዝበሃል ነጋዳይ ምስ ነገራ ብዙኅ ገጸ በረኸትን ሕያብ ሚእቲ አ ስስ ወርቂ ጽዒና ብሩር አልማዝ ካብ ብዙኅ ዓይነት አኪባ ንኢየሩሳሌም ከደት ፡ ብ ዕባ ንግሥተ ሳባ ዝብል ክልአይ ዜና መዋዕል ፱ ፩-፲፪ ረኤ ፡ አብ ሐዲሽ ኪዳን ከዓ በ ዒር የልዕላ እዩ ማቴዎስ ፲፪ ፵፪ ቀዳማይ መጽሐፈ ነገሥት ከዓ ፲ ፩-፲፫ ይሰምያ እ ንሳ ናብ ሰሎሞን ምስ ተራኸበት አኽቢሩ ተቐበላ ንሳ ከዓ ጥበቡን ሥራሑን እና አየት ፯ ወርኂ ዝአክል ተቐመጠት እሞ ንምኒልክ ጠነሰት ፡ ካብኡ ተፋንያ ንዓዳ መ ት ፡ አብ አውራጃ ሐማሴን አብቲ ሩባ አብ መንን ዓዲ ቆንፅን መንን ወክድባን ክ በጽሕ ከላ መዓልቲ ሕርሲ በጺሑ አብቲ አዝሒት ዝበሃል መኻን ምስ በጽሔት ን ኒልክ ወለደት እተን መሕረስቲ ከዓ ማይ ንመተሐፃፀቢ ደልየን አቲ ማይ በላ ኢለ ካብኡ ጀሚሩ እታ ፈለግ ማይ በላ ትበሃል አላ ።

<u>ም ዕ ራ ፍ ፯ ።</u>

## ን ግ ሥ ተ ሳ ባ አ ብ ማ ይ በ ላ ተ በ ኰ ረ ት

ንግሥተ አዜብ አብዚ ፈለግ ማይ በላ ምስ ተበኰረት ሽሙ እብነ መሊኽ የለ መሊሻ ከዓ እበነ ሐኪም ኢላ ጸውዐቶ ፡ ትርጓሜኡ ከዓ እብነ መሊኽ ማለት ወዲ ንጉሥ ማለት እዩ ፡ እብነ ሐኪም ማለት ከዓ ወዲ ብልሂ ማለት እዩ ፡ ብድሕሪኡ ምስ ዓበ ከዓ አዚዩ በጽሒ ምስ ኮነ ፡ ነዲኡ አደይ አቦይ ሽሙ መን ይበሃል ኢሉ ሐተታ ፡ ን ከዓ ንጉሥ ሰሎሞን ወዲ ንጉሥ ዳዊት አብ ኢየሩሳሌም ዘሎ ኢላ ነገረቶ ፡ ንሱ ዕ



ሚኡ ገለ ወዲ ፳፪ ዓመት ምስ ኮነ ነቡኡ ክርኢ ምስ ብዙኅ ሠራዊት ንኢየሩሳሌም ንምድረ እስራኤል ናብታ ኸተማ አቡኡ አተወ ።

አቡኡ ከዓ በሐቂ ወደይ ኢሉ ብጽቡቕ ተቐቢሉ ገለ ፫ተ ዓመት ዘአክል ሕጊ ኦሪትን ቋንቋ ዕብራይስጥን አምሂሩ ሥርዓት መንግሥቲ አርእዩ ልብሰ መንግሥቲ አስፌዩ በትረ አቦታቱ አትኂዙ ቅብአ መንግሥቲ በቲ ሽዑ ዝነበረ ሊቀ ካህናት ካብ ቤተ ሌዊ ብእኡ ኢድ ተቐቢኡ ብ፱፻፹፪ ዓመት ቅድሚ ምላድ ክርስቶስ ንዓዱ ንኢት ዮጵያ ኪድ ኢሉ ክሰዶ ከሎ ካብ ፲፪ ነገደ እስራኤል ፲፪ ሽሕ ሕዝቢ ሐርዩ አዚዩም ፍልጠት ዘለዎም ምሁራት ካብ ደቂ መኳንንቲ ዝኾኑ ፲፪ ሐለቓታት በብነገዶም ሸይሙ ንኢትዮጵያ ንጉሠ ነገሥት አቢሉ ሥርዓትን ታቦተ እግዚአብሔርን ሂቡ ሐመደ ግዳም ዝኾነ ሠራዊት ምስኡ አኸቲሉ ንዓዱ ንኢትዮጵያ አተወ ።

ንሱ ክመጽእ ከሎ መሰነይትኡ ከዓ ምስ መጹ ሕዝቢ እስራኤል በብሐደ ሽሞም ከምዚ ዝስዕብ እዮም ፡ ፩ደ ካብ ደቂ ይሁዳ ክልአይ ከዓ ካብ ደቂ ሌዊ መራሕቲ ናይ ሃይማኖትን ታቦትን ኂጀም ክኸዱ ተአዘዙ ።

ምኒልክ ግና ምስ ስድራኡ ናብዚ ምድርዚ ምስ መጸ ሽዑ እቶም የጓዋቱ ቤተ ይሁዳ ገሊኦም ናብ ምድሪ ትግራይ ገሊኦም ናብ ምድሪ ሸዋ ገሊኦም ናብ ሳይ ንት ዝበሃል ዓደምሐራ ከምዚሎም ዘርኢ ይሁዳ ተረሰቱ ፡ ገሊኦም ታሪክ ጸሐ ፍቲ ናይ ኒየው ስግር ሀገር ከይተረፉ ካብታ ገረድ ንግሥተ አዜብ ንዛጓ ዝፈረየት ሰሎሞን ክልአይ ወሊዱ ኢሎም የዘንትዉ ።

ገሊኦም ከዓ አይፋል ብሐቂ አይኰነን ሰሎሞን ንምኒልክ ጥራይ ምስ ወለደ ካብ ንግሥት አዜብ መሰነይትኡ ንምኒልክ ግና ካብ ደቂ ይትራሃምን ደቂ አሞንን አጓዋቲ ከም መጕዚት ጌሩ ሥልጣን ሂቡ እዩ ዝሰደዶ ኢሎም ዝጸሐፉ አለዉ ፡ እንተኾነ ነዚ ጌጋ ዝበሃል ብሐቂ ካብ ገረድ ንግሥት አዜብ ንምላዱን ዘይምላዱን እንድዒ አባጅጕይ ይፈልጥ ።

ነገደ ሌዊ ዝበዝኁ ንትግራይ ተምቤን ዓዲ ገበሩ ፡ ገሊኦም ደቂ ሌዊ ንሸዋ ከዱ ሕጂ እኳ ዘርኦም ቡልጋ ዝበሃል ሀገር ሕጀም አለዉ ፡ ካብኦም አብዚ ምድሪ ሐማ ሴን አለዉ ፡ ፫ይ ክፍሊ ደቂ ስምዖን ከም ዘለዉ ንምድሪ ቦራ ሰለዋ ኀዙ ካብኦም ገለ ናብ ስሜን አለዉ ፡ ገለ ከዓ ካብዚ ምድሪ ሐማሴን አብ ሡሐር አለዉ ።

፬ይ ክፍሊ ደቂ ሮቤል በኽሪ ቤት ወዲ ያዕቆብ ንሱ እዩ ነገደ ሮቤል ንቛራ ዝአተወ አብኡ ዝፈረዩ ካብኡ ናብ ምድሪ ዕልማ ዝመጹ ሎኀ ዘቦኦም አለዉ ። ፭ይ ክፍሊ ዘርኢ ብንያም ከም ዘለዉ ንምድሪ ደምቢያ ኀዙ ፡ ካብኦም ሕዝቢ ጕጃም እዮም ካብኦም ተፈልዩ ደቂ መሮኒን ሚናብን አብ ሐማሴን አለዉ ።

፮ይ ክፍሊ ነገደ ንፍታሌም አብ ወልቃይትን አብ አርማጭሆን አለዉ ፡ ካብኦም አብዚ ምድርዚ እኒ ሽሬ እዮም ከምኡ እናበሉ በብቑሩብ አብ ብዙኅ ሀገር ፋሕ ኢሎም አለዉ ፡ ፯ይ ዘርኢ ዮሴፍ ከዓ ናብ ዓጋመ እዮም ዝአተዉ ። ካብ ደቂ ይሁዳ ዘርኢ ዛጔ ከዓ ሐሐሊፎም ገለ ናብ ምድሪ ሸዋ አለዉ ፡ ገለ ከዓ ናብዚ ምድርዚ ከም

እኒ ትምዝአ ከምኡ ከዓ እዞም ሐነከ ሰምበተ ስመ ደቂ ወረደ ምሕረት የጎዋቶም እዮም ደቂ ይሁዳ ምስ ላስታን ምስ አድከመ ምልጋእን እዮም ። ፰ ደቂ አሴር ንምድ ሶማልን ንምሥራቕ ሽዋን ፋሕ ኢሎም ምድሪ ኀዞም አለዉ ፡ የጎዋቶም ከዓ አብ ወ በራ ጥቓ ጐጃም አለዉ ግና ብዝሑም ሕጂ ክርስቲያን የብሎምን ንመጸውዒ ዝኸው ኃይሊን ሥልጣንን የብሎምን ፡ ካልአይ ከዓ ደቂ አሴር ገለ አብዚ ምዕራብ ኤርት አለዉ ፡ ፱ይ ደቂ ጋድ ገለ ናብ ምድሪ ወሎ ገለ ናብ ጸለምቲ ገለ አብ ደምበጫ ቤ ክህነት ኮይኖም ሕጂ አብ እንዳ ሚካኤል ዝብሃል አብ ጐጃም አለዉ ፡ ፲ይ ደቂ ዳ ገሊኦም አብዚ ምድሪ ሶማል ጋላ ቤት አለዉ ።

፲፩ ዛብሎን ፡ ፲፪ ይሳኮር ዝፈረዮም አብ ምድሪ ደቡብ ኢትዮጵያ ከም እኒ እናር ዝበሃሉ የጎዋቶም ከዓ ሐሐሊፎም አብኡ ምስጋላ አለዉ ገለ ከዓ አብ ጥቓ ይፋግ ገጸ ፋሕ ኢሎም አለዉ ፡ ከምዚሎም በብቑሩብ አብ ኵሉ ኢትዮጵያ ፋሕ ኢሎም አለዉ እዚኦም ፲፪ ደቂ ያዕቆብኒ ዘርኢ ቀዳሞት ደቂ ኢትዮጵያን ብመውስበን ብዓራትን ተ ዋውሾም ስጋብ ለይቲ ሎም አብ ዘለዉ አሊዮም መንግሥቶም ሕዝቦም በሐደ ሽ ኢትዮጵያ ይበሃል ።

## ም ዕ ራ ፍ ፰ ።

### ብ ዘ መ ን  አ ብ ር ሃ  አ ጽ ብ ሐ  ና ይ  ም ስ ፍ ሕ ፋ ሕ  ሃ ይ ማ ኖ ት

ብዘመን ቄሣር ቈስጠንጢኖስ ሮማዊ ብዝነገሠ ጊዜ አብ ኤውሮጳ ክዝርጋሕ ክ ክርስትና በዚ ዘመን እዚ ከተማ ጤሮስ ሜርጴሬዎስ ዝበሃል ምስ ገለ ሰባት ክይ ምድሪ ክስሊ ብመርከብ ናብ ገምገም ኤርትራ መጸ ፡ ደኃር ግና እታ ባቡር ጠጠው ም በለት እቶም ደቂ ሀገርና ነታ መርከብ አልቦ ወረርዋ ፡ ነቶም ሰብ አብኣ ዝነበ ንኵሎም ሐደ ከየትረፉ ወድእዎም ፡ እንተኾነ ካብአቶም ክልተ ቈላዑ ግና ና ሽቱ ስለ ዝኾኑ ከይቀተልዎም ሰምቢዶም ናብቶም ቀተልቲ እናበኸዩ ጐይዮ ተሐቝፎም ጥምጥም የልዎም እሞ ንሳቶም ከዓ በብርእሶም ቈላዑ ስለ ዝነበርዎ ነቶም ቈላዕቶም ዘኪሮም ገለ ከይገበርዎም ሕጂሞም ናብ ንጉሥ አክሱም አወፈ ዎም ፡ እቶም ንጉሥ ከዓ ተቐቢሎም ብጽቡቕ የዕብይዎም ንኽልቲአቶም ከዓ ሰሥ ሖም አትሐዝዎም ፡ ፍሬ ምናጦስ ዋና ጸሐፊ ገበርዎ ፡ ነቲ ካልአዩ ከዓ አሰላፊ ናይ መስ ገበርዎ ፡ ንሱ ከዓ ሽሙ ኤጴኦስ ይብሃል ነበረ ፡ ድኅሪ ነዊኅ ዘመን ከዓ እቲ ሐደ ዶ ዮስ ንሀገሩ ተመሊሹ ኸደ ፡ ፍሬ ምናጦስ ግና ሐሳቡ እዚ ሕዝቢ ሐበሻ ናብ ሃይማኖ ክርስቲያን ክቕበል ብውሽጢ ውሽጢ ነዓዱ ይለአኽ ነበረ ፡ መወዳእታኡ ግና ባዕሉ ን ስክንድርያ ከይዱ ንሊቀ ጳጳሳት ወይ ከዓ ርእሰ ሊቀ ጳጳሳት ዝነበሩ አብ እስክንድር ኦርቶዶክሳዊ ነዖኦም ነጊሩ ንሳቶም እቶም ማሕበር ከዓ በል ቋንቍኦም ትፈልጥ ኢ እሞ አቡን ሽምናካ አሎና ኢሎም ምስ ተኸተልቱ ንኢትዮጵያ ሰደድዎ ፡ በቲ እዋንቲ ግ

በሩ ናይዚ ዓድና ነገሥታት ክልተ እዮም ንሳቶም ከዓ ማናቱ የጎዋት ነበሩ ሽሞም ከዓ አ ናን ዜዛናን ይበሃሉ ነበሩ ፡ ንሳቶም አዚዮም ዓበይትን ኃያላትን ፍሉጣትን ነበሩ ፡ ብዘሩ ኖም ብዙኅ ሐውልቲ ፳፬ ናእሽቱን ዓበይትን ጠጠው አበሉ ፡ ንአቡነ ፍሬ ምናጦስ ነቶ በጮቶምን ነቲ ናይ ክርስቶስ ወንጌል ሥርዓት ክርስትና ከስፋሕፍሑ ተቐቢሎም ነ ሕጊ ኦሪት ከምዝተርፍ በአዋጅ ነገሩ ።

ንሰም አቡን አቡነ ፍሬ ምናጦስ ተቓላጢፎም ነቲ አብዚ ኢትዮጵያ ዝነበ ሊቀ ካህናት እንበረም ዝበሃል ገባርን ሐዳግን ንዕኡ አጠሚቖም ብትሕቲኦም ኤጲ ቆጶስ ሽምዎ ፡ ነቶም ክልተ አጎዋት ነግሥታት ከዓ ሽም ለዊጦም ንአዜና አብርሃ ንዛዜና አጽብሐ ኢሎም ሰመይዎም ፡ ንኵሉ ግዝአቶም ከዓ ከምዘሎ አውጅ አፍለጥዎ ።

በዚ እዋን እዚ ሐደ ሮማዊ ጥልያን እዚ ምስ ሰምዔ ቄሳር ቆስጣንጢኖስ ና ታሕጓስ ወረቐት ናብ አብርሃን አጽብሃን ሊኢኹ ነበረ ፡ እዞም ክልተ ነጋውሥ እዚአ አዚዮም ንአቡነ ፍሬ ምናጦስ ፈተውዎም ፡ ብዘመኖም አብ ኢትዮጵያ ክርስትና አገ አስፋሕፍሔ ፡ ሐድ-ሐደ ሰባት ግና ክርስትና አብ ኢትዮጵያ ዝአተወ ብዘመን አብር አጽብሐ እዩ ኢሎም ይዛረቡ ።

እንተኾነ ግና ክርስትና አብ ኢትጵያ ዝአተወሉ እዋን ቅድሚ አብርሃ አጽብ ብማቴዎስ ሐዋርያ ግዜ እዩ ዝአተወ እዚ ከም ዝኾነ ናይ ኢትዮጵያ ታሪኽን ናይ ወፃ ሀገራት ታሪኽን አስፊሖም ይዛረቡ እዮም ። እቶም ክልተ የጎዋት ፳፯ተን ዓመ ገዝኡ ፡ ብድኅሪኦም ካብ ዘርኢ ቀዳማይ ምኒልክ ዝውለዱ ዓሌቶም ከየቋረጹ ከ ሐደ ዓሌት ፳፫ ነጋውሥ ፡ አብዚ ምድሪ ኢትዮጵያ ፫፻፶፫ ዓመት አብ አክሱም ይ መጡ ነበሩ ፡ ገሊኦም ወርኂ ገሊኦም ፍርቂ መዓልቲ ዝአክል ይገዝኡ ነበሩ ።

ካብአቶም ከዓ ሐፀይ ካሌብ አዚዩ ፍሩህን ግኑንን ነበረ ዛንታኡ ከዓ አብ ኵ ዓለም እተዘርግሔ እዩ ፡ ሐፀይ ምባል ከዓ ካብ ዘመኑ እዩ ዝተጀመረ ፡ ሐፀይ ማለ ከዓ ትርጓሜኡ አብ ዛንታ ሐፀይ ካሌብ እዩ ዝነግር ፡ ንሱ ብዘመኑ ፪ ፫ ጊዜ ናብ ሀ ናግራን ስዒሩ ስጋብ ምድረ እስራኤል ኢትዮጵያውያን ግዝአቶም አስፊሖም ይገዝ ነበሩ ፡ ንሰም እታ እዋን እቲአ ቀዳዊቶም ደአ ነበረት ፡ ንሐደ እሙን ጊላኦም አ ሃም ዝሽሙ ምቕማጦም ሐዲጎም ንዓዶም ተመልሱ ።

ቅድሚ ሐፀይ ካሌብ ፲፰ ነገሥታት ኢትዮጵያ ንግብጺ ከም ሥርዓት ብዙኅ ዓ ነት ግብሪ የገብርዎም ከም ዝነበሩ አብ ብዙኅ ዛንታታት ንረኽቦ ፡ ክብቲ ምስራው ዘምጽእዎ ዝነበሩ ህያብ ገለ አልዒልና ክንሰሚ ጁኽ ፡ በብዓይነቱ ግብረ መርፍ ምንጻፍ ግምጃ ፡ በብዓይነቱ ሽምዓ መርፍእ አስያፍ እኽሊ አብዚ ኢትዮጵያ ዘይነበ ወርቅን ብሩርን ፀዓዱት ከብትን በብዓይነቶም ካልእውን ካብ ሰብ ወሐላሉ በብ ንፈቕ ከም ውሕጅ ከየቋረጹ ስጋብ ዘመን እስላም ህያብ የቕርቡ ነበሩ ።

## መሠረት ዓሌት ዛጔ

ነገደ ዛጔ ወይ ከዓ ዛጓ እተባህሉ ካብ ዓሌት ሴም ካብ ዘርኢ ንጉሥ ዳዊት እዮም ካብ ይትርሃም ዝወረዱ ዓሌት ዝውለዱ ምስ ወገኖም ምስ ቀዳማዊ ምንሊክ ንኢት ጵያ ዝአተዉ እዮም ካብቶም ፲፪ ዓሌት ነገድ ንሳቶም ቤተ ይሁዳ እዮም ዝበሃሉ ፡ አ ው ወይከዓ ዓዲል ዝበሃሉ አኅዋት ምስዞም ሕጂ ነገደ ዛጔ ኢና ዝብሉ አብ ዘለዉ አ ዮም በሐደ እዩ ቍጽሮም ፡ ዋና አቦታቶም ገኒኖሙሉን ብድድ ኢሎም ዝረአይሉን ዝ በሩ ፡ አብ ላስታ እዮም ።

ንሳቶም ከዓ ብዘበኖም ፫፻፴፫ ዓመት ን'ኹላ ሐበሻ አንቀጥቂጦም በብታራ ከየቋረጸ ይገዝኡ ነበሩ ፡ ሕጂ እቶም አኅዋቶም ዘርኢ አምኖን ትግርኛን አገወኛን አምሐርኛ ብዝደለዩ እዮም ዝዛረቡ ፡ መዳውብቲ ስለ ዝኾኑ እዮም ፡ ካብአም ሕጂ ብሌን ዝብሃለ አብ ሐልሐለ በጕስ ከምኡ ከዓ አብ ካልእ ዘለዉ ብሌን ስጋብ ሕጂ ቋንቋአም አይሐደጉን

ከምኡ ከዓ ካልኦት አኅዋቶም ዘርኢ ይትርሃም ካብ ነገደ ዛጔ አብዚ ምድሪ በብም'ኽንያት ዝመፁ ከም ሊባን ከም አድከመ ምልጋእ ከም ሀነክ ሰምበተ ከም ላምዛ ከም ደቂ ወረደ ምሕረት ከም ዓጋመ ከም እገላ ሐመስ እገላ ደገብስ እገላ ሐ ከም እኒ ትምዝአ እዚአቶም ካብ ቤተ ዛጔ ካብ ላስታ ::ዮም ፡ አዚዮም ብዙኃት ዓሌ አለዉ ሕጂ ግና ብዛዕባ ብሌን አልዒልና ክንሰሚ ፡ ብሌን ደቂ አገው እዮም ፬ አኅዋ እዮም ደቂ ታረቀ ወይ ከዓ ተርቀ ይበሃሉ ፩ይ ሰኩና ፪ይ ዘማት ፫ይ ኢይዶከል ፬ይ ሐደምበስ እዮም ዝበሃሉ ።

እዚአቶም ብእዋን ዕግርግርን ጥሜትን ምስ ኮነ ካብ አኅዋቶም ተፈልዮም ሰበም ማሎምን አኪቦም ካብ ላስታ ተላዒሎም ናብዚ ሕጂ ዘለውዎ ምድሪ ብሌን ዱር ቀ ቂሾም ዓውል ጥሒሾም አራዊት ተመን ቀቲሎም ፡ ዓዲ ጌይሮም አቕኒዖም ከም ጌይሮም ደቂ ታርቀ ዝሐዝዎን ተረሰትዎን ፡ ዝመጽእዎ እዋን ከዓ ብዘመን ሐፀይ በእ ማርያም እዮም ፡ ገለ ግና ሰብ ታሪኽ አልዒሎም አይፋል ብዘመን ሐፀይ ናአድ ዝብሉ አለዉ እንተ'ኾነ ዘረበአም መማን አይኮነን ።

ብዘመን ንጉሥ ናአድ ዛጔ ገና ዓራት አይሐዙን መራ ተ'ኽለ ሃይማኖት ገና ምስ ኵሎም ዓሌቱ አምራራ እዮም ዝነበሩ ፡ ንሱ ሃይማኖት ዶ-ከይኾነ ናይ ዛጔ መሠረ ዓሌት ፡ ዛጔ ዝበሃል ሕዝብን ሽምን ብድሕሪኡ እዩ ፡ ስለዚ ሐቂ በሐቂ ንሳቶም ናብዚ ምድሪ ሐማሴን ብሌን ዝመጽእዎ ድሕሪ መንግሥቲ ዛጔ ምዳቑ እዮም ፡ ካብ ላስታ ብዘመን ሐፀይ በእደ ማርያም ዝአተዉ ።



## ብዘመዘን ጉዲት ወይከዓ ዮዲት

አንበሳ ውድም ምስ ሠራዊቱ ንምድሪ ሽዋ ሀዲሙ ኸደ እቶም አብ ምድሪ ሽ ዝነበሩ ሀገር ብጽቡቕ አ'ኽቢሮም ተቐበልዎ ፡ ጉዲት ከዓ ዝረ'ኽበቶ አብያተ ክርስቲ ናት እናዕነወት ደድሕሪአም እናሰዓበት ስጋብ መራ ቤተ በጺሐ ተመልሰት ፤ አንበ ውድም ወዲ ፲፫ ዓመት እዩ ዝነበረ ዕድሜኡ ፡ ብድሕሪኡ ጉዲት አርብዓ ዓመት ም ገዝኤት ሞተት ፡ አንበሳ ውድም ወዲ ፶፫ ዓመት ዕድሚኡ ንአክሱም ተመሊሹ ዝ ነወ አዔርዩ ብሰላም ገለ ፳ ዓመት ገዚኡ አብ አ'ኽሱም ብ፸፫ ዕድሜኡ ሞተ ፡ ብድሕሪ ወዱ ሐፀይ ድል ናአድ ፲ ዓመት ምስ ገዝኤ፡ ብድሕሪኡ መራ ተ'ኽለ ሃይማኖት ንኋ ሐፀይ ድልናአድ መሶበ ወርቂ እትበሃል የእትዩ መንግሥት ወረሰ ፡ ካብኡ ከ ንጠጣው ደም ወለደ ጠጣው ደም ንጃን ሥዩምን ንግርማ ሥዩምን ወለደ ።

መራ ተክለ ሃይማኖት ዓራት ምስ ሐዘ ፡ እዚ መራ ተክለሃይማኖት እዚ ብዘመ ሐፀይ ድል ናአድ መራ ተክለ ሃይማኖት ዝበሃል መስመይ ዓሌት ዛጔ ኸይኑ ዘሎ ን አዚዩ ንፋዕን ዕሉልን ነበረ ፡ ዓሌቱ ካብ ይትረሃም ወዲ ዳዊት ንጉሥ ቤተ ይሁዳ እዩ ሕጂ ንሱ እዩ ን'ኹሉ ዓሌት ዛጔ አብነት ዓራት ኮይኑ አሎ ፡ ንሱን ከም ዘለዉ ዓሌቱ ፍልም አቦታቱ አብ ሐማሴን አብ መስፍንቶ እዮም ምቕማጦም ዝነበሩ ፡ ደሐር ግ ንሱ ብዘመኑ ብዙኅ ርእሱ አብ ምራራ ባሕሪ ነበረ ምስ ገለ ሰብ ብገለ ነገር ተሐራሪ ምስቶም ካልኦት ደቂ በለው ተዋጊኡ ተሳዒሩ ሰቡን ማሉን አኪቡ ናብ ሐፀይ ድ ናአድ ትዕቂይትነት ናብ አክሱም አተወ ።

ንሶም ከዓ ብጽቡቕ ተቐቢሎም አ'ኽቢሮም ብ'ኽንደይ ምሥጢር ነታ ሐንቲ ጓሎም ንመሶበ ወርቂ የእትዩ ፡ ንሶም ካብዚ ዓለም ምስ ተፈልዩ ንዓአ አእትዩ ከምቲ ቅድ ተጠቒሱ ዘሎ ዓራት ሕጁ ነገሠ ፡ ንሱ ፈለማ ብዝአዘዝዎ ኵሉ ይፍጽም ነበረ ፡ ነቶ ጸላእቶም አልቦ ሀልም አቢሉ ፍቕዳ በረ'ኻ ከኀይዮም ይውዕል ስለ ዝነበረ ብዘረ ከህናት ዘአጕየየ ባህለት ዛጔ ተባህለ ካብ ዘአጕየየ ከዓ ዛጔ ዝብልዎ ሽምተቐበለ ።

ንሱ መራ ተ'ኽለ ሃይማኖት ካብ ትግራይ ንምድሪ ላስታ ክመጽእ ክሎ ከም ዘለ እቶም ሠራዊት ንቕንቕ ኢሎም ከዱ ደኃር ንሶም ምስ ሞቱ ብድሕሪአም ዓራት ና መራ ተክለሃይማኖት ምስ ሐለፈት ካብ ዘርኡ ፲፩ ነገሥታት በብታራ ነገሡ ፡ ከምአ ከዓ ፳፪ ቤተ ክርስቲያናት አዝዩ ዘገርም የሕነጹ አብቲ ከተምኦም አብ ውሽጢ ላስታ እቶም ዕሉል ዓቢይ ንጉሥ ላሊበላ አብ ኵሉ ኢትዮጵያ ተሠሪሑ ዘይፈልጥ አዚዩ ዘ ርምን ዘስተንክርን ካብ ዓቢ አልባ ከውሒ ኵዒቶምን ፈልጮምን ብ'ኽንደይ ፃዕሪ ል ቱን ዓምደ ወርቅን ማዕፁኡን አጋጢሞም የሕነፁ ፡ ቁመቱ ንሰማይ ፻፲ ፊት (ጫማ) ጐነ ፻፸ ፊት (ጫማ) እዩ አሠራርሑኡ ካብ ስግር ካብ ንየው ዝመጹ ወሐላሊ ፀዓዲት እዮም

ዝሠርሕዎ ፡ ሀነፅቱ ከዓ ካብ ከተማ ቊስጥንጥንያ ዝመጹ ብዙኃት እዮም ብዘበን ሐፀ ይትባረክ ዓራት ላስታ ናብ ዓሌት ቀዳማይ ምኒልክ ዝውለዱ ሽሕን ፰፻፺፬ ዓ-ም አቡ ተክለ ሃይማኖት ክልተ ዓመት ጽዒሮም ብኽንደይ ድኻም ናብ ይኩኖ አምላክ መን ሥቲ አትሐዝዎ ፡ ብዘመን ሐፀይ ይትባረክ አምሐርኛ ናይ ሕቡእ ክዛረቡ ተጀመረ ንጉ ይትባረክ ን፬ አወዳት ምስ ወለደ አብ ዋድላ ድላንታ ቀተልዎ ።

ክምዚሎም ቤተ ዛጌ እተባህሉ ዓሌቶም ካብቲ ጥንቲ ካብ ይትርሃም ወዲ ዳዊ ኀው ሰሎሞን እዩ ፡ ከምኡ ከዓ ምስኦም ዝመጹ ደቂ አምኖን ፡ አምኖን ንኖን ና ንሔት ወለደ ወዲ ሔት ከዓ ምስ ቀዳማይ ምኒልክ ኮይኑ ካብዚ ሕጂ ስጋብ መተ ይገዝእ ነበረ ፡ ብሽም አቡኦም ከዓ ሔታውያን ይበሃሉ አለዉ ፡ ስለዚ መራ ተክለ ሃ ማኖት ካብ ይትረሃም ዘርኢ እዩ ፡ አቦታቱ ግና ከምቲ ተጠቒሱ ዘሎ አብ መስፍን እዮም ዝነበሩ ።

ብድሕሪኡ ግና ገሊኦም አብ ምራራ ገሊኦም ዘርኢ ይትራሃም አቐዲሞም አ ላስታ እዮም ዝነበሩ፡ ገሊኦም አብ ሰቖጣ ገሊኦም አብ ስሜን ገሊኦም አብ ዓጋመ ገ ናብ እገላ እኩለ ጉዛይ ደቂ ጅራተ ቀጭን ዝኾኑ ከምኡ ከዓ እዞም አድከመ ምልጋ ደቂ አንበሳጅር እዮም ፡ ከምቲ አብ ላዕሊ ዝበልናዮ እዞም ሕዝቢ እዚአቶም ኵሎ ዘርኢ አምኖን ይትርሃምን ደቂ ንጉሥ ዳዊት እዮም ።

## ም ዕ ራ ፍ ፲፩ ።

## ደቂ መራ ተክለ ሃይማኖት ዝገዝእዎ ዘመናትን ሽሞምን

መንግሥቲ ዛጌ ዝሐዝዎ ዓድታት አመቓቕልኦም ከምዚ አብ ታሕቲ ዝስዕብ ን ልጽ አሎና ፡ መራ ተክለ ሃይማኖት ንመሰበ ወርቂ የእትዩ ከምቲ ቅድም ዝበልናዮ ን ከዓ ኋል ሐፀይ ድልናኦድ እያ ንዕአ አእትዩ ነገሠ ፱፻፴፫ ዓ-ም አብ ማእከል ላስታ ከ ቲ አብ ላዕሊ ተመልኪቱ ዘሎ ብገፊሑ ክንርድኦ ንኽእል ኢና ፡ መራ ተክለ ሃይ ኖት ካብ እቴጌ መሰበ ወርቂ ንሐፀይ ጠጣው ደም ወለደ ሐፀይ ጠጣው ደም ንሐፀ ጃን ሥዩምን ንሐፀይ ግርማ ሥዩምን ወለደ ፡ ሐፀይ ጃን ሥዩም ንሐፀይ መራሪ ገብ ማርያምን ንቐዳማይ ሐርበይን ንሐፀይ ላሊበላን ን፫ ምስ ወለደ መኒኑ ሞተ ።

ሐፀይ ግርማ ሥዩም ከዓ ንሐፀይ ይምሐረነ ክርስቶስ ንበይኑ ንሐደ እዩ ዝወለደ ደቂ ሐፀይ ይምሐረነ ክርስቶስ በርከት በዚኖም አብ አውራጃ ላስታ ፋሕ ኢሎም አ ብዙኅ ዓድታት ደቂ ይምሐረነ እናተባህሉ ይጽውዑ አለዉ ፡ ሐፀይ መራሪ ገብ ማርያም ከዓ ንሐፀይ ነአኵቶ ለአብ ወለደ ፡ ሐፀይ ነአኵቶ ለአብ ከዓ አይወለደን ዘር ሕጂ ጠፊኡ እዩ ፡ ሐፀይ ላሊበላ ንይትባረክ ንሐደ እዩ ዝወለደ ፡ ሐፀይ ይትባረክ ን ግማይ ገብረማርያምን ንዳግማይ ሐርበይ ንኽልቲኦም ወለደ ።

ካብዚኦም ዳግማይ መራሪ ገብረ ማርያም ን፫ አወዳት ወለደ ፡ ፩ይ እንዳለ



አይቀር ፪ይ ንጅራተ ቀጭን ፫ይ ንአንበሳ ጅርኒ ነዚአቶም ወለደ ፡ ከምዚሎም ፫ተ አወዳት ደቂ መራሪ ይበሃሉ ፡ ካብዚኦም እንዳለው አይቀር ዘርኡ አብ ካልእ አይወጹን አብቲ ቀንዲ ዓዶም አብ ላስታ ናብ ብዙኅ ዓድታት ኂዞም አለዉ ፡ ደቂ ጅራተ ቀጭን ከዓ ከምዘለዉ ደቂ ወረደ ምሕረት አብ ዓጋመ ዘለዉን አብ ኤርትራ ዘለዉን ፈረየ ፡ ነዚአቶም አኅዋቶም ከዓ እኒ እገላ ሓመስ ሮብራ እገላ ደገብስ እገላ ሐዊን ትምዛእ እዞም ሐነክ ሰምበተ እዞም ላምዛ ደቂ ደጊያት አቤኔር እዚኦም ኵሎም ደቂ ጅራተ ቀጭን አዚዮም በዚኖም አለዉ ።

ደቂ እቲ ንእሽቶ ሳልሣይ ኀዎም አንበሳ ጅር ንሱ ናብ ሠራዩ ዝበሃል ዘሎ ሕጂ አብ ክፍሊ ተኸላ አትዩ ካብ ኋል ደጊያት ድዕቡል ንጅር ገደላ ወለደ ጅር ገደላ ከዓ ከም ዘለዉ ነዞም ሕጂ አድከመን ምልጋእን ዝበሃሉ ንዓአቶም ዝፈረየ እዩ ፡ ብዘዕባ እዚ አብዚ መጽሐፍ እዚ አብ ድሕሪት ረኤ አጸቢቹ እናፈለየ ደቆም ደቂ ደቆም ክት ርድእዎ ትኽእሉ ኢኹም ።

እቲ ሣልሳይ ወዲ ጠጣው ደም ሀርቤን ዝበሃል ንአቡነ አሮንኒ ንአቡነ መቃርስን ንእንጦንዮስን ዝበሃሉ ን፫ተ ወለደ ዘርኢ ፫ተ አኅዋት ዝፈረይዎም ብሐደ ተደባሊቖም አብ ምሉእ ሀገር አውራጃ ላስታ ዓዲ ኂዞም አብ ዘለዉ አሊዮም ደቀብ አሮን ደቂ እን ጦንስን መቃርስን እና ተባህሉ ስጋዕ ለይቲ ሎሚ ይዕውዑ አለዉ፡ ገሊኦም አብ ሸድሆ ገሊኦም አብ ዋሮ ገሊኦም አብ መቜት ገሊኦም አብ ድላንታ አውራጃ አለዉ ።

ዳግማዊ ሐርበይ ወዲ ይትባረክ ኀዉ ንዳግማይ ገብረ ማርያም ንሱ ሐርበይ ንአብ ርሃም ቀሲስ ወለደ፡ አብርሃም ቀሲስ ከዓ ንምድሪ ሐማሴን ከደ አብኡ ን፪ ወዲ ወለደ ንኖኅን ንሬኤ ፍጹምን ምስ ወለደ መኒኑ ጠፍኤ ፡ ሬኤ ፍጹም ዝፈረዮምን ዝሐዝዎ ዓድን ዝገልጽ አብዚ መጽሐፍ እዚ አብ ምዕራፍ ፺ ርኤ ። ዝገዝእዎ ዘመናት ዘርኢ መራ ተክለ ሃይማኖት ፡ እዞም ደቂ መራ ተክለ ሃይማኖት ቤተ ዛጌ ዝፈረይዎም ደቆ ምን ደቂ ደቆምን ዝገዝእዎ ዘመናትን መዋዕልን ሽሞምን ካብዚ ንታሕቲ ንመልከት ።

መራ ተክለ ሃይማኖት ባዕሉ ፲፫ ዓመት ምስ ገዝኤ ናብ ወዱ ናብ ጠጣው ደም ዓራቱ ሐለፈት ሐፀይ ጠጣው ደም ፵ ዓመት ምስ ገዝኤ ናብ ኀዉ ናብ ሐፀይ ግርማ ሥዩም ዓራቱ ሐለፈት ፡ ሐፀይ ግርማ ሥዩም ከዓ ፵ ዓመት ምስ ገዝኤ ናብ ወዱ ናብ ሐፀይ ይምሐረነ ክርስቶስ ዓራቱ ሐለፈት ሐፀይ ይምሐረነ ክርስቶስ ከዓ ፵ ዓመት ምስ ገዝኤ ዓራቱ ናብ ቀዳማይ ሐርቤ ናብ ኀወቡኡ ናብኡ ሐለፈት ።

ሐፀይ ሐርበይ ከዓ ፵ ዓመት ምስ ገዝኤ ናብ ወዲ ጃን ሥዩም ናብ ሐፀይ ላሊበላ ወዲ ኀወቡኡ ናብኡ ሐለፈት ፡ ሐፀይ ላሊበላ ከዓ ፵ ዓመት ምስ ገዝኤ ዓራቱ ናብ ወዲ ኀዉ ናብ ሐፀይ ነአኵቶ ለአብ ሐለፈት ፡ ሐፀይ ነአኵቶ ለአብ ከዓ ፵ ዓመት ገዝኤ እሞ ንወዲ ኀወቡኡ ንወዲ ላሊበላ ንሐፀይ ይትባረክ ዓራቱ አውረሰ ፡ ሐፀይ ይትባረክ ከዓ ፲፯ ዓመት ምስ ገዝኤ ናብ ወዱ ናብ ዳግማዊ መራሪ ገብረ ማርያም ሐለፈት ።

ዳግማዊ መራሪ ገብረ ማርያም ፲፩ ዓመት ገዝኤ ፡ ካብኡ ከዓ ዓራቱ ንኀዉ ንዳግ ማዊ ሐርበይ አውረሰ ፡ ሐፀይ ሐርበይ ከዓ ፲ ዓመት ምስ ገዝኤ ብሽሕን ፰፻፺፫

ዓ-ም ናይ ላስታ መንግሥቲ መደምደምታ ኮነ ። መንግሥቲ ናብ ይኵኖ አምላክ ና
ቤት ቀዳማዊ ምኒልክ ዝውለዱ ዓሌቶም ካብ አክሱም ዝኸዱ ብዘበን ጉዲት ካብ
ንጉሥ አንበሳ ውድም ዝወረደ ፡ ፰ ትውልዲ ብድሕሪ'ዚ እዩ ፡ ናብ ይኵኖ አምላ
ድሕሪ ፲፪፻፸ ዓ-ም ዝአክል ናይ ላስታ መንግሥቲ ወዲቑስ ናብቲ ናይ ጥንቱ ና
ይኵኖ አምላክ ተመልሰ ፡ ካብ ሽሕን ፪፻፺፭ ዓ-ም ጀሚሩ ካብ ቤት ምኒልክ ዝውለ
ዘርኢ ከየቋረፁ ስጋብ ሐፀይ ንብለ ድንግል ፳፬ ነገሥታት ስጋብ ሽሕን ፭፻፴ ዓ-ም ከየ
ረፁ መንግሥቶም ቀዋ አቢሎም ኂዘም ነበሩ ።

ድሕሪ ዕግርግር ግራኝ ከዓ እንደገና ድሕሪ ብዙኅ ተጋድሎ ከም ቀደሙ ካብ ንብ
ድንግል ዝውለዱ ሐደ ክፍሊ አብ ጐንደር ደቆም ደቂ ደቆም ከየቋረፁ ስጋብ ሐፀ
ተክለ ጊዮርጊስ ተፍጻሚተ መንግሥት አብ ጐንደር ብሽሕን ፯፻፸፯ ዓ-ም ነበረ ፡ ፍ
ዶምን ዘመነ መንግሥቶመን ዝገልጽ አብ መጽሐፍ ታሪክ ኢትዮጵያ ገጽ ፰፪ ፰፫ ርኢ
እቲ ካብ ንብለ ድንግል ዝተኸፍለ ቤተ ያዕቆብ አብዚ ሕጂ ዘሎ አብ አዲስ አበባ እዩ

## ምዕራፍ ፲፪ ።

## ሐማሴን እተባህለሉ ምኽንያት

ደቂ እስራኤል ፈለማ አብዚ ሀገር እዚ ምስ አተዉ አብዚ ሕጂ ምድሪ አስላ
ኮይኑ ዘሎ በረኻ መታሕት ገለ ሒዶት እዋን ይቕመጡ ነበሩ ሓደ ምዕልቲ ካብአቶ
ናብ መሮር ከትሪ ክኸትሩ ምስ ወፈሩ ሰብ ረኺቦም ሐተትዎም፡ እዚ መኻን እዚ እንታ
ሽሙ የልዎም ንሳቶም ከዓ ሐማት ሕሽን የልዎም በዚ ምኽንያት እዚ ሐማት ሒሰን በ
ለት ሐማሴን ተባህለ ዝብሉ ዓዲ ውዒል በአመት ዘዕልሉ አለዉ ፡ ዝበዝኑ ታሪክ መር
ርቲ ግና አይፋል ሐማን ሴምን ዝበሃሉ ሰብአይን ሰበይትን ነበሩ፡ እቲ ወዶም ከዓ ዓቢ
ሰብ ኮነ፡ደሐር ድማ ሐማሴን ተባህለ፡አቡኡ ሐማ አዲኡ ሴም ትበሃል ስለ ዝነበረት ከም
ኢሎ እዩ ሐማሴን እተባህለ ኢሎም የዘንትዉልና ፡ ገለ ኸዓ ሀም ወሴም ካብ ሴም
ካብ ካም ዝውለዱ እዮም ፡ እቶም ቀዳሞት ዝነበሩ ብዘመን ናምሩድ ዝብሉ አለዉ
እቶም ቀድሚኦም ዝነበሩ ዲናን ፋናን ይበሃሉ ፡ ገዛውቶም ብወርቅን ብብሩርን ይ
ርሑ ነበሩ ፡ ደሐር ግና እዋኖም ምስበጽሔ ንዓአቶም አቦታትና ደቂ ኢትዮጲስ በዓ
በለውን ከለውን አጥፍእዎም ፡ ካብኡ ከምዚ ተባህለ ወዮ እዛ ዓለም ከንቶ ንዲና
ፋናን እኳ ዘይኰነቶም ተባህለ ።

ብድሕሪኡ ዘርኢ ሳባ ኖባ በለው ከለው ንሳቶም ዝፈረይዎም ንብምድሪ ከዲና
መሊኦም አለዉ ፡ ዘርኢ ዲናን ፋናን ካብዚ ምድርዚ ጠፊኦም ፡ ነገር ግና አብ ምድ
ባረንቱ ከምኡ ብሽነኽ ምዕራብ ምድሪ ሱዳን አለዉ ገለ ከዓ ብሽነኽ ደቡብ ኢትዮጵ
መንገዲ ፫ ወርኂ ብገስጋስ ዝርከብ ምድሪ ሕጆም አለዉ ፡ ብድሕሪ ነዊሕ ጊዜ ከዓ ደ
ያዕቆብ ምስ ቀዳማዊ ምኒልክ ፲፪ አንዋት ዝወለዱዎም በብኽፍሎም ምስቶም ቀድሚኦ
ዝነበሩ አቦታትና ደቂ ኢትዮጲስ ብምውላድ ተሐዊሾም ሐሐደ ሽም በሐደ ንጉሥ
ተጠርኒፎም ኢትዮጵያ ይብሃሉ ።



## ምዕራፍ ፲፫ ።

## ምምጻእ መሮኒ ናብዚ ምድሪ ሐማሴን

አብዚ ምድሪ'ዚ ፍልም ዝአተወ ወዲ ጓሉቕ መሮኒ ይበሃል ነበረ ንሱ ቅድሚ አብዚ
ምድሪ ምምጽኡ አብ ደብሪ እንዳ ሥላሴ ፃዕዳ እምባ ነበረ ፡ ካብኡ መጺኡ አብ ገሸ
ናሽም ተቐመጠ፡ሽዑ እዚ ምድሪ እዚ ዱር ፀሊም ጠሊ ነበረ እሞ መሮኒ ከዓ ዓዲ ክገ
ብር አብኡ ሐረየ ፡ አብኡ ኮይኑ ንመርዌ ንኹሉ መታሕት ይገዝእ ነበረ ፡ ንሱ ከዓ ን፫
ወዲ ወለደ ንማሉቕኒ ንፋሉቕኒ ንጫሉቕኒ ፡ ሠለስቲአቶም ምስ ዓበዩ ማሉቕ ካብ
አንዋቱ ተፈልዩ ንምድሪ አከለ ጉዛይ አተወ ፡ ፋሉቕ ከዓ አብ ዓመጺ አትዩ ተቐመጠ
እቲ ፫ይ ጎዖም ጫሉቕ ግና ምሰቡኡ ተረፈ ፡ ፋሉቕ አብ ዓመጺ አትዩ ንኸንቲባ
ድምበዛን ወለደ ፡ ከንቲባ ድምበዛን ን፮ ወዲ ወለደ ንዛኖይኒ ንወረደ ምሕረትኒ ንተኸ
ሥተ ብርሃንኒ ንሽምረጽምኒ ንሽምረጥብኒ ንቢደልኒ፡ቢደል ግን ሐድጊ የብሉን፡ ካብዘም
ሽዱሽተ አሕዋት ዛኖይ ንደቀ ተሽምኒ ንቤተ አስገደን ዝፈረየ እዩ፡ ተኸሥተ ብርሃን
ከዓ ንዓዲ ነአምን ዝፈረየ እዩ፡ ሽምረጽም ከዓ ንዓዲ አሎምኒ ንደቂ ዘርኡን ዝፈረየ
እዩ፡ ሽምረጥብ ከዓ ፈራይ ኩሎም ንደቂ ተዓውቀ እዩ ።

ጫሉቕ ከዓ ዝርከቦም ንሱ ዝፈረዮም አብ ገሸናሽም አለዉ ፡ ካብአቶም ዝውለዱ
ከዓ በብዘለውዎ ንጣር ንጣር አብ ሠራዬን አብ አካለ ጉዛይን አብ ከልአ ዓድን አይስአኑን
እዮም ። መሮኒ ፍልም ናብዚ ቅድሚ ምምጽኡ አብ ዓዱ ደምቢያ ዓደምሐራ ምስ አቡኡ
ጓሉቕ ነበረ ፡ ደሐር ግን አብ በረኻ ብኒ ዓሚር ይቕመጥ ነበረ ፡ አቦታቱ ከዓ ከምዚሎም
እዮም ዝውለዱ ፡ ጓሉቕ ወዲ ስና ስና ወዲ ዳግማይ ሚናብ፡ ዳግማይ ሚናብ ወዲ ጉማ
ጉማ ወዲ ስናሕ ፡ ስናሕ ወዲ ሽምሽማ ፡ ሽምሽማ ወዲ ሚናብ ቀዳማይ እዩ ፡ እዚ ሚ
ናብ እዚ ሐደ እዋን ቤተ ሰቡ አኪቡ ካብ ደምብያ ካብ ዓዱ ንምድሪ መታሕት አትዩ
ስጋብ ከሰላ ምስ ደቁ ኰብለለ፡ደቁ ከዓ ርስቲ ከይሐዙ ብዙኅ እዋን ነበሩ፡ካብዚ ሚና
ብ'ዚ ከዓ ንላዕሊ ዘሎ ወለዶ ስጋብ ሳኦል ወልደ፡ ቂስ ስጋብ ቀዳማይ ሚናብ ዓቢ ወዲ
ያዕቆብ ዘለዉ መጻሕፍቲ እስራኤል ን'ኩሎም በብሐደ ይቖርሖም እዩ ፡ ገለ ከዓ አይ
ሁል አቦታት መሮኒ ከምዚ እዮም ይብሉ ።

መሮኒ ወዲ ጉማ ፡ ጉማ ወዲ ጓሉቕ ፡ ጓሉቕ ወዲ ብሩኽ ፡ ብሩኽ ወዲ ሽማ ንጉሥ ፡
ሽማ ንጉሥ ወዲ ድምበዛን ፡ ድምበዛን ወዲ ቆርበት ፡ ቆርበት ወዲ ሃማ ፡ ሃማ ወዲ
ቀዳማይ ጓሉቕ ፡ ጓሉቕ ወዲ አፈ ወርቅ ፡ አፈ ወርቅ ወዲ ሳኦል ፡ ሳኦል ወዲ ወልደ ቂስ ፡
ወልደ ቂስ ወዲ ሚናብ ዳግማይ ፡ ዳግማይ ሚናብ ወዲ ደም ሽማ ፡ ደም ሽማ ወዲ ሚናብ
ቀዳማይ ፡ ሚናብ ቀዳማይ ወዲ ያዕቆብ ፡ ከምዚ ገይሮም አቦታት መሮኒ ይቖጽሕዎም ፡
መሮኒ ወዲ ሽማጡር ፡ ሽማጡር ወዲ ደምባይ ፡ ደምባይ ወዲ ያዕቆብ ዳግማይ ፡ ያዕቆብ
ዳግማይ ወዲ ሠመረጨን ፡ ሠመረጨን ወዲ ሚናብ ካብ ደምቢያ ዝመጹ ደምባይ እዩ
ይብሉ ።

## ምዕራፍ ፲፬ ።

### ደቂ ጅራተ ቀጭን

ከምዚ እዩ እቲ ሐደ ጅራት ቀጭን ምስቲ ክልአይ ኀዉ እንበሳ ጅር ኲይኖ በቲ ዓራት አቦታቶም ተስፋ ቆሪጮም ካብ ላስታ ንምድሪ ሠራዩ አትዮም፡ ናብኡ ሬ ው አቦታቶም ካብ ቅድም እሙን ጊላ ናይ ሐፀይ ይትባረክ ካብ ዓሌት በለው ዝ ለዱ ደጊያት ድዕቡል ዝበሃሉ ገዛእ ኵሉ መረብ ምላሽ አብ ተኸላ ሠራዩ ነበሩ፡ ንሶ ከዓ ድግዝምነቶም ካብ ሐፀይ ላሊበላ አቦ ሐፀይ ይትባረክ እዮም እተቐበልዎ፡ ካብ ጅራት ቀጭንን አምበሳ ጅርን ምስ ደግያት ድዕቡል፡ ቁሩብ እዋን ምስ ተቐመጡ ብሽሕ ፻፺፯ ዓ-ም ጅራተ ቀጭን ካብ ኀዉ ተፈልዩ አብ ትግራይ ከይኑ፡ ሐንቲ ሰበይቲ ካ ነገደ ዮሴፍ እትውለድ የእትዩ ን፬ ወዲ ወለደ፡ ፩ይ እገላ ደገብስ፡ ፪ይ እገላ ሐቒን፡ ፫ እገላ ሐመስ፡ ፬ይ ነበ ወረደ ምሕረት ነዚኦም ወለደ ።

ካብኦም ዘርኢ ወረደ ምሕረት ዝፈረዮም አብ ዓጋመ አለዉ፡ ምስአቶም ቅድ አብኡ ዝነበሩ ካብ ነገደ ዮሴፍ ዝውለዱ ምስኦም ተሐውሾም ብሐደ ሽም ደቂ ወረ ምሕረት ይብሃሉ አለዉ፡ ከም ዘለዉ ዓጋመ ካብኡ እዮም ዝበሃል፡ ደቂ ወረደ ም ረት ሐነከ ሰምበተ ስመን ይበሃሉ ፫ አኀዋት ነበሩ፡ ዘርኢ ስመ አብ ዓጋመ አለዉ ኢሮብ ቆርሽ ዝበሃሉ አኀዋት እዮም፡ ሰምበተን ሐነከን ግና ካብ አሕዋቶም ተፈ ዮም ፋሕ ኢሎም አብዚ ምድሪ ሐማሴን አለዉ፡ ገሊኦም አብ ትምዘአ ሐያሎ ዓድታ አለዉ፡ እዚኦም ከዓ ካብ ወረደ ምሕረት እዮም፡ ካብኦም ከዓ ዝተፈልዩ አኀዋቶም እ ጽራዕ አለዉ፡ ከምኡ ከዓ እዞም ላምዛን ዓዲ ደጊያት አቤነርን አኀዋቶም እዮም፡ እ ሐቒን ከዓ ዝርካቦም አብቲ ብሽሙ ዝጽዋዕ ዘሎ ዓዲ አለዉ ።

አኀዋቶም ከዓ ሐሐሊፎም አብ ኵሉ ኤርትራ አለዉ፡ እገላ ሐመስ ከዓ አብታ እ ወልደላ ከይኑ አብ እገላ ስጋብ ሐያሎ ትውልዲ ምስ በጽሔ፡ ብዘመን ሐፀይ ዘርአ ያዕቆ አብ ኵሉ ምድሪ ሐበሻ ሐሐሊፉ ገለ ናብ ጣዖት ገለ ናብ ዘር ገለ ናብ ገበል የምል ነበሩ፡ በዚ እዋን እዚ ንጉሥ ባዕሎም እናዞሩ ነቲ ጣዖታት እናዕነዉ ነቶም ነባራት እ ዊት እናቐተሉ ብዙኅ ቤተ ክርስቲያን እናተኸሉ ይግድሙ ነበሩ፡ ነቶም ገላውእ ከዓ ብዙኅ ሀያብ እናሃቡ ኪዱ ነዚ ከምዚ ዘአመሰለ አምልኮታት አጥፍእዎ ኢሎ ናብ ኵሉ ሀገር ይፍንውዎም ነበሩ ።

ንስም ከዓ ካብ ሽዋ ናብዚ ሕጂ ደብረ ማርያም ዝበሃል ዘሎ ብ፩ ሽሕ ፬፻፴ ዓ መጺኦም በዚ እዋንዚ አብ እገላ ሐሙስ ብርቱዕ ነበር አራዊት ገበል ከመ ሕሱ ጌሩ ይቐጽዖም ነበረ፡ ካብቶም ጊላዉ ሐፀይ ዘርአ ያዕቆብ ሐደ አግነ ዝበሃል ብር ነፍጠኛ ነበረ'ሞ ንሱ ከዓ ነዚ አራዊት ቀቲሉ በዓልቲ ዓድ ንፋስ ኋል መረፀ ካብአ



አብከዩ ወይከዓ አብከየት ዝሽማ ንዓአ የእትዩ ተቐመጠ ካብአ ከዓ ፬ ወዲ ወለደ ሽሞም ከዓ ከምዚ እዩ ። ፩ይ ንጕራዕ ዝፈረየ ተዋሕሶ ይበሃል — ፪ይ ነውልዕ ጸሩ ዝፈ ረየ መርዒ ይበሃል — ፫ይ ንኰር ባርያ ዝፈረየ ሰሊባ ይበሃል — ፬ይ ንዓራቶ ዝፈረ ይሕሸ ናይዝጊ ይበሃል ።

ነዚኦም ፬ ወለደ አግነ በዚ ከምዚ ብሰበይቱ መሬት ሐዘን ተረሡተን ስለዚ እዚ ቶም በቲ ናይ ጥንቲ ወለዶኦም እገላ ሐመስ ካብ ጅራተ ቀጭን ካብ ሐፀይ ይትባረ ካብ ነገደ ዛጔ ላስታ ካብ መራ ተክለ ሃይማኖት ዚውለዱ ንምኧኖም ካብ ብዙኅ ዘ ካብ ነገደ ዛጔ ላስታ ካብ ዓበይትን ይንገር፡ በሐዳፊኡ ናይዚ ወለዶ እዚ ዛንትኡ ዘ ታታት መጻሕፍትን ካብ ዓበይትን ይንገር፡ ግብ አብ መጽሐፍ ልማደ አበው ክትርእይዎ ትኽእሉ ኢኹም ።

እቶም አብቲ ምድሪ ዝነበሩ ሮብራ ዝበሃሉ ነታ ጓሎም ምስ አእተወ አግነ አ ምጋር ዛብያ ዝበሃል እላባ፡ መሬት ክሊዓውታ ሒዶት እዋን ምስ ጸንሔ ናብ ማ ዓሳስ ተቐመጥ ኢሎም ሮብራ ሠፈር ሀብዎ፡ እታ መኻን ስጋብ ሎሚ ፍልጥቲ እያ ማ ግሳስ ወይ ከዓ ማይ አድጊ ትበሃል ።

ንሳቶም ግና መታን ዓሶ ክትቀትሎም ኢሎም ብጕርሐም እዮም፡ እንተኸነ ግ ንሳ እታ ሰበይቱ ነታ ዝገበርዋ ጕርሒ ቶሎ ኢላ ፈሊጣታ ንኺድ አብ ክልአ መኸ ንልቀቕ እዚ ምድሪ'ዚ ዓሳዊ እዩ ኢላ መኸረቶ ።

ንሱ ከዓ ጽሮት እትበሃል ከልቢ ነበረቶ እሞ ንኺድ ደድሕሪ ጽሮት ኢሎም ደ ሕሪ ከልበም ተበገሱ፡ ንሳ ከዓ መሬሐቶም ናብ ሐንቲ ጠሊ ዘለዋ ማይ ሹም ዝበሃ ስፍራ አትዮም ገለ ሒዶት እዋን ናብአ አዕርፍ አቢሎም ፀኒሐም ከዓ ናብታ ጥቓ ዘላ ኸረን ወፂኦም ምሸት ሐዊ አንዲዶም አተዉ እሞ እቶም ሮብራ ሕድሕዶም ተ ሃሃሉ እንሃትለ ሐዊ ትነድድ አላ አብታ ኮር እቲ ባርያ እዩ ዝኸውን ኢሎም ተዛራረ እሞ እታ ቦታ ስጋዕ ለይቲ ሎሚ ኰር ባርያ ተባሂላ ።

በዚ ምኽንያት እዚ ትጽዋዕ አላ፡ ናብአ ኰይኑ አግነ ነዞም ፬ተ ወዲ ምስ ወለ አብኡ ሞተ፡ ተዋሕሶ ተክለ ዮሐንስ ደቂ ተክለ ዮሐንስ ንጕራዕን ዓዲ ጐልጐ ዝፈረየ እዩ ።

መርዒ ነውልዕ ጸሩን ንአምሁርኒ ንደንግልኒ ን፫ ዓዲ ዝፈረየ እዩ፡ አቦኦም መርዒ ኸሎ ብሽም ወዱ ደቂ አድመቕም እናተባህሉ ይጽውዑ አለዉ፡ ዓራቶ ከዓ ይሕሸ ናይዝጊ ከለዉ በቲ ሳጉኡ ወይ ከዓ በቲ ክልአይ ሽሙ ደቂ ጋሕፎ ይብሃሉ

ሰሊባ አቦ ኰር ባርያ ንሱ ን፫ተ ወለደ ንተዓረዝግን ንኃይለዝግን ንመሐረዝ ወለደ፡ እቲ ሣልሳዮም መሐረዝጊ ንገብሪት ወለደ ሕጂ ብሐደ ሽም ኰር ባርያ ገብሪት ተባሂሎም ይጽውዑ አለዉ ።

## ምዕራፍ ፲፫ ።

### ወለዶ ደቂ ሮብራ

እዞም ሮብራ ዝብሃሉ ሕዝቢ ከምቲ ቅድም አብ ካልእ ገጽ አብዚ መጽሐፍ እ ተጻሒፉ ዘሎ ካብ ወረደ ምሕረት እዮም ዓሌቶም ፡ ወረደ ምሕረት ዘርኡ ብሐደ ወገ ካብ ጅራተ ቀጭን ካብ ላስታ እዩ ፡ ወረደ ምሕረት ን፬ ወለደ ንስመን ንሰንበተን ን ነከን ንመስመርን ንሮብአምን ነዚአም ወለደ ፡ ከምዚ አብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ እና ደጋ ምና ንሰምዮ ዘሎና ፡ ሐነከ ንኽምዘለዉ ዓጋመ ዝፈረየ እዩ ፡ ስመ ከዓ ንእገላ ሐመስ ንእገላ ደገብስን ንእገላ ሐጸንን ንኢሮብን ንእገላ ወለስን ወለደ ።

እገላ ሐጸን ዝብሃሉ እኒ ማያዓ እኒ ዓዲ ባረ እኒ ዓዲ ዕቊባይ እኒ ዓድ ደፈር እኒ ዓዲ ኔምረድ እኒ ባዓልቴት ከምዚ ኢሎም እዮም ዘርአ እገላ ሐመስ ፡ ሮብራ ከ እኒ ትኹልን እኒ ጐደይትን ንሽሐን ንምዓያን ንዓዲ ምሕፁን ንማይ ሕፃን ንዓዲ ንፋስ ንውጥሕን ፡ ገለ ከዓ አብ ኮርባርያ ከምዚ ኢሎም ፫ ዓዲ ሮብራ ይበሃሉ ናብቲ ላዕ መጠረፌአም ግና አብ ዘለዉ አሊዮም ደቂ ስመ ይበሃሉ ፡ አኅዋቶም ከዓ ሐሐሊፎ ንጣር አብ ካልእ አለዉ ፡ መስመር ከዓ ንቶርዓ ዝፈረየ እዩ ።

## ምዕራፍ ፲፬ ።

### ዘርኢ ሐውያ

እዞም ዓድከመን ምልጋእን ዝበሃሉ ወለዶም ካብ ናይ ጥንቲ ካብ መራ ተክለሃይማ ኖት ቤተ ዛጌ እዮም ከተማኦም መስፍንቶ ነበረ ደኃር ግና መራ ተክለ ሃይማኖት አ ምራራ በረኻ ሐማሴን ተወልደ ፡ ንሱ ምስ ዓበየ ኲናት ምስ ደቂ በለው ተዋጊኡ ተ ዕረ እሞ ምስ ተሣዕረ ሰቡን ማሉን ሒዙ ንትግራይ አቢሉ ናብ ሐፀይ ድልናአድ አተ ካብኡ ነዞም አብ ምዕራፍ ፲፩ ተጻሒፎም ዘለዉ ነጋውሥ ፈረየ ።

መውዳእታኡ ግና ጅራተ ቀጭንን አንበሳ ጅርን ክልቲኦም አኅዋት ካብ ላስታ ና ሠራየ ናብ ደጊያት ድዕቡል አትዮም ነዊሕ እዋን ተቐመጡ ፡ እቲ ንእሽቶ ኀዉ ግ ባዕሉ አንበሳ ጅር ምስ ደጊያት ድዕቡል ተቐመጠ ፡ ደጊያት ድዕቡል መወለዶም ከም ፍልም አብዚ ዝሐለፈ ገጽ ዝጠቐስናዮ ካብ ዓሌት በለው እዮም በቲ እዋንቲ ገዛእ ኩ መረብ ምላሽ ነበሩ ።

ሠራየ ብፍላይ ርስቶም ነበረት ፡ ውላዶም ሐንቲ ጓል ቅድስት ሐና ትበሀል ነበ ቶም ፡ ንሳ ንአንበሳ ጅር በቲ መልክዑን ጉብዝንኡን አዚያ ንክትራኸበ ትብህግ ነ ረት ፡ ደኃር ግና መወዳእትኡ ከምቲ ዝበህገቶ ረኸበቶ ካብኡ ከዓ ሐደ ወዲ ወለደ



ም ነቲ ቈልዐ ብብዙኅ ጥንቃቄ ብሕቡእ የዕበየቶ ፡ እዚ ኩሉ ክኸውን ከሎ አቡእ ይፈልጡን እዮም ዝነበሩ ፡ እቲ ሕፃን አዝዩ ምስ ፈርዘነ አብ ተኸላ ኩሉ ሣዕ ኩዕሶ ንተ ተፃወተ ንሱ ዘለዎም ጋንታ ይስዕሩ ዓወት ንዕኡ ትርኢ ነበረት ።

እዚ ኩሉ ክኸውን እቲ ጸወታ ኩዕሶ ንምርአይ ደገዝማቲ የጋጥሞም ነበረ ፡ መጠ ትኡ ግና ደገዝማቲ እዚ ኩሉ ሳዕ ዝስዕር ቈልዓ ወዲ መን እዩ ኢሎም ነቶም ዓበ ፡ ሰባት ምስአም ዝነበሩ ሐተትዎም ፡ ንሳቶም ከዓ ብሐደ ቃል ኰይኖም ከምዚ የል ም ፡ ጐይታይ ገለ ከይትገብሩ ቃል ኪዳን እተዉልና በሉ ክንነግረኩም የልዎም ፡ ቃል ዳን የእተውዎም ።

ደሐር እዚ ሕፃን እዚ ወዲ ቅድስት ሐና ጓልኩም ካብ አንበሳ ጅር ዝወለደቶ ኢሎም እቶም ዓበይቲ ሰባት ምስ ነገርዎም ፡ ደገዝማቲ ከዓ ከምዚ ዝበለ ነውሪ ብ ቤተይ ንምንታይ ተፈጸመ ኢሎም ከም ሐዊ ተናደዱ ከምታ ቃል ኪዳኖምዶ ዝማቲ ትም ይበሉ ብሕርቕርቕት ነአንበሳ ጅር አትሒዞም አብኡ ፍግም አበልዎ ፡ ኃር ግና እቲ ሕርቕርቖቶም ምስ ሐደኅም አነስ ጅረይ እንካ እየ ዝቐተልኩ ኢሎም ዮም ተጠዓሱ ፡ ደሐር ግና ነቲ ቈልዓ ጅር ገደላ በልዎ ኢሎም ሰመይዎ ከምዘሎ ቶምኒ ርስቶምኒ ሽመቶምኒ ንወዲ ጓሎም አዋጅ አንጊሮም ንምድረ ሠራየ መረብ ዝእግሩ ክሣድ ደረባ ምላሽ ብምዕራብ ዓዲ ባርያ በንዓምር ዝወሰኑ ፡ ብደቡብ ሐር ዝ ዝረገጸ ከምዘሎ ደጊያት ድዕቡል ንጅር ገደላ አውረስዎ ።

ደሐር ግና ደገዝማቲ ግብሬ ንጉሥ ሕጆም ካብ ባሕሪ ዝመጹ በብዓይነቱ ጁኽ ስያዓ ምዓ ምንጻፍ ግብረ መርፍእ ወርቂ ጨው ብዙኅ ፈርጊ እዚ ኩሉ ብብዙኃት አጋሰስ ዒኖም ንዓደምሐራ ናብ ደቡብ ኢትዮጵያ መንገዲ ፬ተ ወርኂ ብሽሕን ፲፰፻፹፮ ዓመተ ሕረት አቢሉ ናብ ሐፀይ ይኩኖ አምላክ ምስከዱ ደጊያት ድዕቡል ገለ ሒዶት እዋን ሐሚሞም ሞቱ ፡ መቓብሮም ግና አበይ መኻን ምኳኑ ሐደኳ ዝፈለጠ የልቦን ዘመኑ ሕን ፲፰፻፹፮ አቢሉ እዩ ፡ ደሐር ግና ንሱ ጅር ገደላ ከምቲ ዘረባ አበሐጉኡ ዓራት ሰ ንኹሎም ቤት በለው ዓሌት አዲኡ ብአዋጅ አኽቲቱ ከም በዓል ደሐን ከም ልያምኒ ከም ዘስትዮምኒ ሽሻይ ቀሪቡ ዳስ ናብ ምዕራብ ዓድጋውል ጥቓ ዓድ ጉሮቶ በረኻ ምቕጥቃጥ ደቂ ወፈርቲ ትበሃል ዘላ ሕጂ ገምገም ፀድፊ ዳስ ሠሪሑ ነበረ ።

ነዞም ኩሎም ዓቢ ምስ ንእሽቶይ ደቂ አንስትዮን ተባዕትዮን ሀይ እተዉ በልዎም ሉ ሕንዛም መስተ እናስተዩ እናቐጥቀጠ ናብቲ ፀድፊ የዕዝሮም ነበረ ፡ ካብቶም ዝአ ዉ ሐደኳ ሰዳድ ወረ ዘይብሎም አልቦ ኩስትር አበሎም ፡ ከምዚ ጌሩ ጅር ገደላ ሕነ ኡ ሕነ ሐደ ሰብአይ ብብዙኅ ማእለያ ዘይብሉ ነፍሲ ኸፈለ ፡ ካብዞም ዓሌት አዲኡ ደ ሰብአይ ገብርሄት ዕዉር ዝበሃል ጐርዞ ጓሉ መሬሐቶ ድሕሪ ኩሉ መጺኡ ናብታ ዳስ ናብ ሐንቲ ገረብ ኰፍ ኢሉ ይጽበዮም ነበረ እንተኰነ ንሳቶም አይዘክርዎን፡ ከዓ ፍልም ይጥርጥር ስለ ዝነበረ ነዛ ጓሉ ከምዚ የላ እዚ ዳስ እንታይ ጉዱ አነስ አየለንን ጭርውርው ደአ የለኒ የላ ፡ ንሳ ከዓ አታቦ አብዛ ዳስ እዚእ ዘአቱ እምበር ጽእ የልቦን ምስበለቶ ፡ ንሱ ከአ እታ ዝጥርጥራ ዝነበረ አብ ከብዱ ጠብሎቕ ኢላቶ

ንኺድ ኢሉ ሐፍተላይ ኢሉ ተበገሠ እታ ስፍራ ከፍ ኢሎሙላ ዝነበሩ ምስ
ስጋብ ለይቲ ሎም ሽማ ሐፍተላይ ትበሃል ። ናብ በረኻ ጥቓ ዓዲ ጐሮቶ መንጎ ጐ
ዘላ ስፍራ እያ ፡ ብድሕሪኡ ገብርሄት ዕወር ጓሉ መሪሐቶ ክሀድም ከሎ ፡ ጅር ገ
ገብርሄት ዕውር ቶሎ ካብ ዘለዎ ደሊኹም አምጽኡለይ ኢሉ ብዙኀት ፈረሰኛ
ለአኸ ፡ እታ ጐርዞ ጓል ብርሑቕ ፈረሰኛታት ናብአቶም ገጸም እናጋለቡ ክመጹ
ነቡአ ነገረቶ እሞ ከይረኽብዎም ከለዉ ካብ መንገዲ አላጊሾም ናብ ሐንቲ ሸን
ሀጉም ተሐቢኦም ነቶም ፈረሰኛታት የሕለፍዎም ፡ እሞ እታ እተሐብኡላ ሀጉም ስ
ለይቲ ሎም ማይ ማሐዋ ትብሃል አላ ናብ ጥቓ ዓዲ ሹም ዓንዳይ ፍልጥቲ እያ ፡ አ
ኃዲሮም ምድሪ ምስ ጸብሔ ካብአ ዝገሥገሡ እዋን ድራር ምስ ኮነት ናብ ጥቓ
እምኒ ደሪረ ትበሃል ዘላ ስፍራ ናብአ ኃደሩ ።

እታ ስፍራ ናብአ ዝበጽሑላ እዋን ደሪረ ስለ ዝነበረት በዚ ምኽንያት'ዚ ደ
ትበሃል አላ ፡ ካብዛ ስፍራ እዚአ ገሥጊሦም ክኸዱ ውዒሎም ናብ ማዕረባ አተ
ዝአተውሉ እዋን ፀሐይ ከዓርብ ከሎ ስለ ዝአተዉ በዚ ምኽንያት እዚ ስጋዕ ለ
ሎም ማዕረባ ተባሀለ ፡ ንጽብሒቱ ካብ ማዕረባ ተላዒሎም ሰገነይቲ ናብ ሠራወ ወይ
ሠራየ ዝብሃል ልዕሊ ማይ ምራኻት አብኡ አትዩ ገብርሄት ዕውር ምስ ጓሉ ሐ
እዋን ምስ ተቐመጠ ብዕወሩ ከሎ ስጋብ አንበሳ ቀቲሉ ይበሃል ።

ደሐር ግና ንሱ ገብርሄት ዕውር ዘይጥቡብ ተጣቢቡ ከምዚ ገበረ ነታ ጐርዞ
ቆርበት ዝብኢ ከደና እሞ ናብ ዕዳጋ ኪዲ ዙሪ ኢሉ ለአኻ ንሳ ከዓ ከምቲ አቡአ
አኻ ቆርበት ዝብኢ ተኸዲና አብቲ ዕዳጋ ክትዘውር ውዒላ ንገዝአ ምስ ተመል
ኢሂ ጓለይ እንታይ ክብሉኺ ወዓሉ የላ ።

ንሳ ኸዓ አታቦ መስሐቕ ሰብ ኮይነ ተካል መዓልቲ ውዒለልካ ግዲ መጻእኩ የ
መልሹ ከዓ ካልአይ ናብ ሰሙና በታ መዓልቲ ዕዳጋ ከምታ ፈለማ እተኸድነታ ቆ
ዝብኢ ከዲኑ ኪዲ ናብ ዕዳጋ ኢሉ ለአኻ፡ ንሳ ከዓ ከምታ ቃል አቡአ አብ ዕዳጋ ዝ
ውዒላ ናብ አቡአ መጸት ፡ ንሱ አቡአ እንታይ የሉኺ ጓለይ የላ ካብ ፈለማ ሎሚ
ሽ ኢሎሙኒ ወይለይ እታ ናይ በአምሆይ እንድያ እናበሉ ክንድቲ ዝአክል አይ
ርኩን የለቶ ።

እንደገና ናብታ ሰሙና ከዓ ከም ልማዳ ምስ ቆርበት ዝብኢ ንዕዳጋ ወረደት
ተኾነ እቶም ሰብ ገለ ከይበሉ ትም ኢሎም ነናብ ውራዮም ከይዶም ፡ ንሳ ከዓ
ሐነኸት ንገዝአ ናብ አቡአ አተወት እሞ አታቦ ሎምስ አብቲ ዕዳጋ እንተ ዘር
ዕሽሽ ኢሎም ገለኳ አየሉንን ኢላ ተሐጕሻ ነቡአ ተዛረበቶ ፡ ንሱ ከዓ መታን ዓ
ሽም አቦታቱ ከይበትኩ ኢሉ ጓለይ ንዒ ከእትወኪ እሞ ዘርኢ ክንሐድግ ኢሉ አ
ንሳ ግና አንታቦ እዚ ሰብከ እንታይ ይብለና እዝስ መኺርካ ደአ ሕደጎ ኢላ ን
አዝያ ተናደደት ።

ንሱ ግና ነቲ ዝሐሰቦ ክፍጽሞ ስለ ዝተገደሰሉ ንዓአ ሐደ ምሰላ ክምስለላ ፈ
እሞ ከምዝ የላ አቲ ጓለይ አብዚ ዓለምሲ ብሐድሹ ኵሉ ነገር ንእዋኑ ክትገብሮ ከ



ሕንኸን የፍርሀን እዩ ፡ እዋኑ ምስ ሐለፈ ግና ነበረ ደአሉ እምበር ካልእ ሐድጊ የብ
ን ፡ አነ ግና ንዓኺ እንተ አእተኹ ካባኺ ብዙኃት ነዛ ምድሪ ዝኸድኑ ክውለዱ
ዎም ዘርኢ ናትና ከዓ ዕውዓት ኵኹኑ እዮም ኢሉ ምስ አተባብዓ ፡ ንሳ ከዓ እቲ
ስላ አቡአ ናብ ከብዳ ጠብሎቕ ኢልዋ ባአ ባአ ብግብሪ ሥጋ ምስ አቡአ ምስ ተራ
በት በብታራ ን፯ ወዲ ወለደት ሽሞም ከዓ ከምዚ እዮም ።

ደቂ ሐውያ ፤ ፩ይ ንወተሮ — ፪ይ ንደንከላይ — ፫ይ ንራይሕ — ፬ይ ንቀስተ
ይ ንፃዕዳ — ፮ይ ንሕዮን ።

፯ይ ንዓጋመ ፡ ነዚኦም ን፯ ወዲ ካብ ጓሉ ምስ ወለደ ደቂ እዚ ገብርሄት ዕውር
ብሃል ሰብአይ እዚኦም ዝፈረይዎም ብዙኃት እዮም ፡ ካብኦም ደቂ ወተሮ ሠራየ
ሕጊዓ ዓዲ-ቆቶኽላ አለዉ ፡ ከምኡ ከአ አኅዋቶም አብ ዓዲ ጓውል ተኸላ ደቡብ
በሃል ዓዲ አለዉ ፡ ዝተረፉ ደቂ እቶም ሽዱሽተ አኅዋት ተሐዋውሾም ናብ ሕረተ
ና ናብ ዓዲ ሐውያ ዝበዝሐ ግና ናብ ጽንዓ ደግለ ፡ ዝተረፉ አኅዋቶም ከዓ ገሊኦም
ብ ሠራየ ገሊኦም ናብ አከለ ጉዛይ ገለ ናብ ሐማሴን ሐሐሊፎም ከምዚሎም አብ
ዙኅ ዓድታት ተዛኒቖም አለዉ ።

ናይ ጥንቲ ዓዶም ቅድሚ ፯፻ ዓመት ካብ ሎሚ ከም ዘሎ ምድሪ ሠራየ ናይ አበ
ቶም ናይ በለው እዩ ፡ ደኃር ግና ደጊያት ድዕቡል ንወዲ ጓሎም ንጅር ገደላ ምስ
ውረስዎ ስጋብ ለይቲሎም ነዞም ሕጂ ዘለዉ ዘርኢ አድከመ ምልጋእን ርስቶምን
ዝአቶምን ኮይኑ አሎ ፡ ስለዚ ዛንታ ሐውያ ከምዚሉ እዩ እሞ ጠፊኡ ዝነበረ ዓሌት
ብርሄት ዕውር ካብ ጓሉ ን፯ ወዲ ወሊዱ ዘርኡ ስለ ዘለዉን ጠፊኡ ዝነበረ ዘርኢ ስለ
ሕወየ በዚ ምኽንያት እዚ ስጋብ ለይቲሎም ዘርኢ ሐውያ ይበሃሉ አለዉ ።

ሕጂ ግና ካብ ጅር ገደላ ንታሕቲን ነጀው ዘሎ ከምዚ እዩ ፡ ጅር ገደላ ንሰርቢ ደም
ለደ ፡ ሰርቢ ደም ንእልፌ ደም ወለደ ፡ እልፌ ደም ንሰብ ከምዓንቋ ወለደ ፡ ሰብ
ም ዓንቋ ንአስተናኦድ አስተናኦድ ንአከለ ጽዮን ወለደ ፡ አከለ ጽዮን ጓል ሕመድ ቅኑዕ
ድረር የእትዩ ንአድከመን ምልጋእን ንኽልቲ ማንታ ወለደ ። እዞም ማናቱ ዝፈረ
ዎም ቁጽሮም አዚዮም ብዙሐት እዮም ።

ምዕራፍ ፲፯ ።

ወለዶ ደቂ አንበሳ ጅር ወዲ ጅር ገደላ ።

ዘርኢ አድከመ ።

አድከመ ዝወለዶም ፫ተ ወዲ እዮም ። ፩ በግዓዜን — ፪ ጻዕዳ — ፫ ሥእለ ጽዮን
ከምዚሎም ፫ተ ደቂ አድከመ ዓቢ ይበሃሉ ነበሩ ፡ ካብዚኦም ጻዕዳ ዝፈረዮም ዘርኡ
ዝዮም ውሑዳት እዮም ዝርካቦም ከዓ አብ ማይ ጻዕዳ ዓዲ ድራር ዓይኒ አብአ አለው።
በግአዜን ዝፈረዮም ከአ ንገብሩን ንባሕርን ወለደ ካብዚአቶም ባሕሮ ብዘበን ሐፀይ

ዓምደዮየን ናብ አተሸም ወዲ ሕዝባይ ተአትያ ንተስፋጽዮን ንሐደ ምስ ወለ ሞተት፡ አተሸም ከዓ ቅድሚ ዓዲ ቆንዒ ምእታው አብ ሰብጣ ኮይኑ ንበሕሮ ምስ ተወ አብ ዓዲ ቆንዒ አትዩ ብፍቓድ አባ ናፍር ቤተ ክስያን እንዳ ሚካኤል ሠ ሽመት ክንቲብ ሐንስ ከዓ ናብኡ ሐለፈት ።

ገብሩ ሐው ባሕሮ ፬ተ ወለደ ። ፩ ንሥእለ ማርያም — ፪ ንክፍለ ማርያም — ንገላውዴዮስ — ፬ ንዕሸት

ነዚኦም ፬ቲኦም ወለደ እዚኦም ዝፈረይዎም ክንድቲ ዘአክል ብዝሒ የብሎ ዝርካቦም ዓደቂ ዓርባን ዓዲ ገብሩን ዓዲ ያኹሊን ዝበሃሉ አብ ሠራየ አለው አ ቶም ከዓ ካብዚኦም ዝኸዱ አብ ሽሬ ዓዲ ደጊያት አብርሃ ወልደ ሥርኤልን ከ ከዓ አብ ሐሐይሌ ትግራይ ዘርኢ ገብሩ አለዉ ።

ዘርኢ ሥእለጽዮን እቲ ፫ይ ወደ አድመከ ንሱ ዝፈረዮም አዝዮም ብዙሐት እ ሥእለጽዮን ንሩስ ብሌን ሰገደ ንሐደ ወለደ ሩስ ብሌን ሰገደ ከዓ ንበገአጽዮን ዳ ወለደ በገአጽዮን ዳኹር ከዓ ነ፬ተ አወዳት ወለደ ። ፩ ንመንቆርየስ — ፪ ንአካለ ጸ ፫ ንተስፋ መዋኢን — ፬ ንክርስቶስ መዋኢን

ነዚኦም ፬ቲኦም ወለደ ካብዞም ፬ተ መርቆርየስ ዝፈረዮም አዚዮም ሒደት እ ገሊኦም ዓዲ ሽለሙን መራጉዝ ገሊኦም ከዓ ናብ ትግራይ አለውዎም ።

ደቂ አካለ ጻጼ ከዓ ዝርካቦም ድርኮን እያሞን አለዉ ።

ዘርኢ ተስፋ መዋኢ ከዓ አዝዮም ብዙሐት እዮም ።

ንሱ ተስፋ መዋኢ ንገብሩ ሠረቀ ብርሃን ወለደ ገብሩ ሠረቀ ብርሃን ከዓ ንዳግማ ተስፋ ዳግማዊ ተስፋ ከዓ ሽመት ሒዙ አብዛ ሕጂ ቤተ ንጉሥ ተባሂላ ትፅዋዕ ዘላ ጉሕጊአ አብአ ኮይኑ ይገዝአ ነበረ ንሱ ዝፈረዮም ከዓ ደቂ ፪ተ እዮም ። ፩ ታዲ ፪ ዓቓፅን ። ከምዚ ኢሎም ደቂ ዳግማይ ተስፋ ይበሃሉ ።

ካብዚኦም ታዲዮስ ንቴድሮስ ሰበራን ነኮሎምን ነ፪ተ ወለደ ቴድሮስ ሰበራ ድ ንማፅቀባዝጊ ወለደ ማፅቀባዝጊ ከዓ ን፫ተ ወለደ ። ፩ ንሽሐቆ — ፪ ንህብተይ — ፫ ንፈ

ከምዚሎም ፫ተ ደቂ ማፅቀባዝጊ ይበሃሉ ካብዚኦም ድማ ፈላሲ ዝፈረዮም ዝ ቦም ዓደ አስበሩን ንዓዲ ተኳሉን ንክልቲኡ ዓዲ ዝፈረየ እዩ ህብተይ ድማ ን፭ተ ወ ሽማቶም ድማ ከምዚ ዝስዕብ እዩ ። ፩ ንዘሙይ — ፪ ንዓገበ — ፫ ነስበሮም — ፬ ን ወልዴ — ፭ ንዳግማዊ አድከመ ።

ከምዚ ኢሎም ፭ተ ደቂ ህብተይ ይበሃሉ ካብዚኦም ዘሙይ ዝፈረዮም ዝርከቦ አብ ዳልኽ አለው ዘርኢ አስበሮምን ዓገበን ፪ቲኦም አሕዋት ዝፈረይዎም ተሐዋውሾ አብ ደብረ ሣህልን አብ ካልእዊን አይስአኑን እዮም እቲ ፬ዓዮም ሹም ወልዴ ዝፈረዮ ፩ ንዘድንግልን — ፪ ንድብሉምን — ፫ ወለደ ካብዚኦም ዘድንግል ንኽፍለትን ን ቢትን ንተኽሊትን ንአብሕነትን ወለደ ።

ካብዚኦም ፬ተ ደቂ ዘድንግል ክፍለት ንህዝቅያስ ወለደ ህዝቅያስ ንጉራደ ወለ



ጉራደ ንሐርያኢ ወለደ ሐርያኢ ንገብርሄት ወለደ ገብርሄት ንፍስሃ ወለደ ፍስሃ ድማ ንገብረማርያም ወለደ ።

ዕቑቢት ሐው ክፍለት ወዲ ዘድንግል ንቦኽሩ ወለደ ቦኽሩ ንፍሱሀን ንድምጹን ወለደ ካብዚኦም ፍሱሀ ንእያጨም ወለደ እያጨም ንተማኑ ወለደ ተማኑ ንባሕረ ነጋሢ ገብረ ሥላሴ ወለደ ።

ደቂ አብሕነት አብሕነት ንተስፋጊዮርጊስ ወለደ ተስፋጊዮርጊስ ንተኽሉ ወለደ ተኽሉ ንዘምላይ ወለደ ዘምላይ ንወልዱ ወለደ ።

ከምዚሎም እዚአቶም ዝፈረይዎም ብሐደ ሽም ደቂ ሹም ወልዴ ይበሃሉ ።

እቲ ፭ይ ወዲ ህብተይ ዳግማዊ አድከመ ሽመት ደቂ ተስፋ አብኡ ነበረት ንሱ ድማ ን፫ተ ወለደ ። ፩ ንመሐን — ፪ ንዘናድዮስን — ፫ ንባሕረ ነጋሢ ኃይለአብን ።

ከምዚሎም ፫ተ ደቂ ዳግማዊ አድከመ ተባሂሎም ይጽውዑ ካብዚኦም እቲ ሐደ ቦኽሪ ቤት እመሐ ዘርኡ በቲሽም እዮም ሐድጊ የብሉን እቲ ካልአይ ሐው ዘናድዮስ ናብ ሰቛርኒ ናብ ዓዲ ንፋስን ናብ ዓዲ ነአምንን ዘርኡ አለዉ ።

ዘርኢ እቲ ፫ይ ሐዎም ባሕረ ነጋሢ ኃይለአብ ድማ ነ፬ተ ወለደ ሽሞም ድማ ከምዚ ዝስዕብ ንሰሚዮም አሎና ። ፩ ዓንደንኪኤል — ፪ ተስፋንኪኤል — ፫ እመሃ ጌርጊስ ፬ ተስፋጊዮርጊስ ።

ከምዚሎም ፬ተ ደቂ ኃይለአብ ዝፈረይዎም አብ ማእከል ዓረዛ አለዉ ከምኡ ድማ ካብኦም ዝወጹ አብ ካልእ ዘርኢ ኃይለአብ አይስአኑን እዮም ።

## ምዕራፍ ፲፫ ።

### ዘርኢ ዓቓፅን ሐዊ ታዴዮስ ።

እዚ ዓቓፅንዚ ዓራት አቡኡ ናብኡ ሐሊፉ ብዙሕ እዋን ይገዝእ ነበረ ንሱ ዓቓፅን ከአ ንገብረክርስቶስ ወለደ ገብረክርስቶስ ድማ ንሥብሐትን ንዘርኢ ሠናይን ነ፪ተ ወለደ ካብዚኦም እቲ ሐደ ዘርኢ ሠናይ ። ፩ ንረዳእዝግን — ፪ ንሸኻዕን

ነዞም ፪ተ ወለደ ካብዚኦም ሸኻዕ ዝፈረዮም አብ ማይ አፋልስን ከምኡ ድማ አብ ካልእ ዓድታት አይሰአኑን እዮም ። ረዳእዝጊ ዝፈረዮም እኒ ዓዲ ቀልቀል እኒ ዓዲ መቓር እኒ ዓዲ ንእዲ ገለ ድማ ናብ ዓዲ አንጎልዕ ገለ ናብ ዳልኽ ከምኡ ድማ ካብዚ ኦም ዝውለዱ ሐሐሊፎም አብ ምድሪ ቆላ አይሰአኑን እዮም ከምኡ ድማ አሕዋቶም አብ መራጉዝን አብ ማይ ጸዕዳን አለዉ ።

ሥብሐት ዝፈረዮም ከምዚ ዝስዕብ ንገልጽ አሎና ሥብሐት ን፫ተ ወለደ ሽሞም ድማ። ፩ ንተስፋጽዮን — ፪ ንተኽላይን፫ — ንአርዓዶምን ።

ከምዚሎም ደቂ ሥብሐት ይብሃሉ ዘርኢ ፫ቲኦም ደቂ ሥብሐት ዝፈረይዎም ድማ እኒ ዓዲ ማምራ ቆላ ሠሬ እኒ ዓዲ ባሪ እኒ ሐዲሽ ዓዲ እኒ ዓዲ ሊባን እኒ ዓዲ ፀፀር

እኒ ዓዲ አጣል እኒ ዓዲ ፍንዕ ገለ ድማ አብ ማይ አፋልስ ከምዚሎም አብ ሙሉ ደምበላስ እለው ካብቲኦም ዝወጽኡ አሕዋቶም ድማ አብ ማይ ጻዕዳ ምድሪ ፈላሲ ዓ ፍንዕን ዓደ ጣልን ዝበሃል አለዉ ። ከምኡ ድማ ካብ ማይ ሊሖም ዝወጹ አሕዋቶ ጋዕቤን ማይ ጻዕዳ ዳዕሮ ተኽልን ዳምባ ማይ ጻዕዳን ሐሐሊፎም ድማ አብ ካልእ ዓ ታት አይሰአኑን እዮም ።

## ዘርኢ አኮሎም ድማ ከምዚ'ዩ ።

እዚ አኮሎም'ዚ ሐው ቴድሮስ ሰበራ ወዲ ታዴዎስ ንሱ ዝፈረዮም ክንድቲ ዘ ክል ብዝሒ የብሎምን ዝርካቦም አብ ዛይደኮሎም ሐሐሊፎም አለዉ ።

ከምዚ'ሉ ዘርኢ ተስፋ መዋኢ በዚ ከምዚ ንዓጹ አሎና ።

## ወለዶ ባሕረ ነጋሢ ኃይለአብ ።

ባሕረ ነጋሢ ኃይለአብ ወዲ ዳግማዊ አድከመ እዩ
ዳግማዊ አድከመ ወዲ ሀብቴይ እዩ
ሀብቴይ ወዲ ማዕቀብዝጊ እዩ
ማዕቀብዝጊ ወዲ ቴድሮስ ሰበራ እዩ
ቴድሮስ ሰበራ ወዲ ታዲዮስ እዩ
ታዲዮስ ወዲ ዳግማዊ ተስፋ እዩ
ዳግማዊ ተስፋ ወዲ ገብሩ ሠረቀ ብርሃን እዩ
ገብሩ ሠረቀ ብርሃን ወዲ ቀዳማይ ተስፋ መዋኢ እዩ
ቀዳማይ ተስፋ መዋኢ ወዲ በግአፀየን ዳኹር እዩ
በግአፀየን ዳኹር ወዲ ሩስ ብሌን ሰገደ እዩ
ሩስ ብሌን ሰገደ ወዲ ሥእለ ጽዮን እዩ
ሥእለ ጽዮን ወዲ አድከመ ቀዳማይ እዩ
አድከመ ቀዳማይ ወዲ አካለ ጽዮን እዩ
አካለ ጽዮን ወዲ አስተናአድ እዩ
አስተናአድ ወዲ ሰብ ከም ዓንቋ እዩ
ሰብ ከም ዓንቋ ወዲ እልፊ ደም እዩ
እልፊ ደም ወዲ ሰርቢ ደም እዩ
ሰርቢ ደም ወዲ ጅር ገደላ እዩ (ዘር ገደላ)
ጅር ገደላ ወዲ አንበሳ ጅር እዩ (ያንበሳ ዘር)
አንበሳ ጅር ወዲ ዳግማዊ መራሪ ገብረማርያም እዩ
ዳግማዊ መራሪ ገብረማርያም ወዲ ሐፀይ ይትባረክ እዩ
ሐፀይ ይትባረክ ወዲ ሐፀይ ላሊበላ እዩ
ሐፀይ ላሊበላ ወዲ ሐፀይ ጃን ሥዩም እዩ



ሐፀይ ጃን ሥዩም ወዲ ሐፀይ ጠጣው ደም እዩ
ሐፀይ ጠጣው ደም ወዲ ሐፀይ መራ ተክለሃይማኖት እዩ

እዚ ሐፀይ መራ ተክለሃይማኖት'ዚ ካብኡ ንላዕሊ ዘሎ ትውልዲ ስጋዕ ይትራሃም ዲ ዳዊት ንጉሥ እስራኤል ፴፬ ጌሮም ይቆጽርዎ አብ ናይ ጥንቲ ብራና አብ አው ጃ ላስታ ቡግና ዝበሃል ዓዲ አብኡ ዝርከብ ታሪክ መስቀለ ክብራ አጸቢቑ ይገልጽ እዩ ። ፀይቲ መራ ተኽለሃይማኖት አዲኡ ንጠጣው ደም ።

መሰበ ወርቅ እያ መሰበ ወርቅ ድማ ጓል ሐፀይ ድል ናኦድ እያ ፡ ሐፀይ ድል ናኦድ ዲ ሐፀይ አንበሳ ውድም እዩ ፡ ሐፀይ አንበሳ ውድም ወዲ ሐፀይ ግደጃን እዩ ፡ ካብኡ ላዕሊ ዘሎ ትውልዲ ስጋዕ ቀዳማይ ምኒሊክ አቦታቶም በብሐደ አብ ክብረ ነገሥት ትዮጵያን ከምኡ ድማ አብ ኢትዮጵያ ሕዝብ ታሪክ ቁጽሮምን ዝነገሥዎ መዋእልን ናፈለየ ገሊጹ ይነግር እዩ ።

## ዛንታ ዳግማዊ ተስፋ ልዑል ።

ዳግማዊ ተስፋ ልዑል ብዘበን ሐፀይ እያሱ አድያም ሰገድ ብ፩ ሺሕን ፯፻፷፬ ዓ-ም ብ ሠራየ ፍሉጥ ገዛኢ ነበረበዚ ዘበን እዚ አብ ጐንደር ሐፀይ ኢያሱ ንእትጌ ወለተጽ ን ክምርዓዉ ከለዉ ካብ ሐማሴን ንሱ ፡ ተስፋ ልዑል ዓርኪ ርእሲ እዩ ዝነበረ አባ ባህር ቆስ ዝበሃል መነኵሴ ቆመስ ካብኦም ካብ ንጉሥ ዘይፍለ ብምኽርን ብምትሕድዳርን ሊቅነትን አዚዩ ፍሉጥን ፍትውን ነበረ ።

እትጌ ወለተጽየን ድማ ዘርኤን ካብ ቤት አስገደ ጓል አቶ ሃብተየስ እየን ዝበሃላ ፩ ሺሕን ፯፻፷፬ ዓ-ም ብተኽሊል ናይ መርዓ ሥነ ሥርዓት ተፈጸመ ፡ ተስፋ ልዑልን ባ ባህሪያቆስን ምርኡያት ገበርትን ሐደግትን ነበሩ ። እዚኣቶም ከዓ ዓብይ ሥልጣን ም ዝነበሮም አብ ክብረ ነገሥት ሐፀይ ኢያሱ አድያም ሰገድ ብገፌሑ ገሊጽዎ አሎ ፡

ከምኡውን በቲ እዋንቲ አብ ወሎ ጃንጥራር ዓሚጹ ስለ ዝነበረ ብፍርዲ ሐፀይ ያሱ አብ ኢድ ተስፋ ልዑል እሙን ብምኳኑ መጠን ም ስ ብሎቱ አብ ኢዱ ይቕ ጡ ነበሩ ስለዚ ናይ ተስፋ ልዑል ሥልጣንን ሞያን ታሪክ ነገሥቱ ከምዝዝርዝሮ ዙሕ እዩ እንተኾነ ንሕና አሕጺርና በዚ ከምዚ ነዓጽዎ አሎና ።

## ምሕዝ ሥልጣን ደቂ ባሕረ ነጋሢ ኃይለአብ ።

ባሕረ ነጋሢ ኃይለአብ ባሕረ ነጋሢ ተባሂሎም ሽመት አቦታቶም ሒጆም ብዙሕ ዋን ይገዝኡ ነበሩ ካብኦም ዓራቶም ናብ ወዶም ናብ አዝማች እመሐ ገርጊስ ሐለፈት ዝማች እመሐ ድማ ብዙሕ እዋን አንቀጥቂጡ ይገዝእ ነበረ ካብኡ ድማ አብ ወዲ ሐዉ ናብ ወዲ ተስፋገርጊስ አብ ልጅ ኤልያስ ሐለፈት ንሱ ድማ ራእሲ ተባሂሉ አብ ሕኡ አብ ጐንደር ይቕመጥ ነበረ ብሐፀይ ቱዎፍሎስ ዘበን ካብኡ ድማ ናብ ወዱ አብ ምሩ ሐለፈት ካብ ፀምሩ ድማ አብ አቶ ገብረመስቀል ዓብይ ሐለፈት አቶ ገብረመስ ል ድማ ሐደ ዓብይ ፍሩሕ ሰብ ነበሩ ብድሕሪ ሞት አገልድም ወልደሥላሴ ጠቕሊ

ሎም ሠራየ ይገዝኡ ነበሩ ስጋዕ ዘበን ደጊያት ስባጋዲስ ነዚ ዘዘንቱ አብ ማርያም ዳጉንዲ ዓጋመ ይገልጽ እዩ ።

በቲ እዋንቲ ክምኡ ድማ ከንቲባ ዘርአይን አቶ ተወልደመድህንን ድሕርን ምን ተሾሙ ። ካብ ገብረ መስቀል ድማ ናብ ወዶም አብ አቶ ገብረጻዲቕ ሐለፈት ገብረጻዲቕ ድማ አብ ወዶም ናብ ደጊያት ንጉሤ ሐለፈት ግና ድሕሪ ሞት አቶ ገብ ዲቕ እቲ ሥልጣን ናይ ዝባን ሠራየ ተሪፉ ደቂ ተስፋ ጥራይ ኮነ ድሕሪ ሞት ሐ አቶ ወንደፍራሽ ካብ አገው ንጉሤ ቅድሚ ሐፀይ ቴድሮስ ዝነበረ ሽመት ሠራየ ደቂ ተስፋ ተቐቢሎም ፬ ዓመት ዝአክል ምስገዝኡ አብ ኩናት ዓዲ ንፋስ ምስ ያት ገብረመድህን ኮዓቲት ምስ ባሕረ ነጋሢ ፍሬ ሠሐርቲ ባሕረ ነጋሢ ወልደ ኮርባርያ ፬ቲኦም ንራእሲ ወልደንኪኤል ክሕግዙ አቶ ወንደፍራሽ ኣብኡ ተወጊ ሞቱ ካብ ደጊያት ንጉሤ ድማ አብ ራእሲ ኪዳነማርያም ሐለፈት ።

አቶ አስገዶም ድማ ሽመት ደምበላስ ሒዞም ብፍቓድ ሐፀይ ዮሐንስ ምስ ጥል ክዋግኡ አብ ተሰሐጢ በጽሒ ከለው ሞቱ ካብኦም ድማ አብ ወዶም አብ ደጊ መንገሻ ሥልጣን ሐለፈት ።

## ምዕራፍ ፲፱ ።

### ወለዶ ዘርኢ ክርስቶስ መዋኢ ሐው ተስፋ መዋኢ ።

ክርስቶስ መዋኢ ሐወ ንተስፋ መዋኢ ንሱ ን፯ ወዲ ወለደ ። ፩ ዘርኢ ሠናይ ( ቁት በኹረጽየን) — ፪ ሥእለ ጽየን — ፫ ማእከላይ ቤት — ፬ ገብረክርስቶስ የማ ፭ ትንሳኤ ክርስቶስ ቁንጹብ — ፮ ገብረክርስቶስ ጸጋማይ — ፯ ንዳግማዊ ብሌን ሰገ

ክምዚሎም ፯ አወዳት ደቂ ክርስቶስ መዋኢ ይበሃሉ እቶም ሹዱሽተ አሕዋት ንእሽቶይ ሐዎም ብሌን ሰገደ ዝበሃል በቲ መንፍዓቱን በቲ እግዚአብሔር ዝሃቦ ጸ ቀኒኦም ፯ቲኦም አሕዋት ብሐንሳብ ተማኺሮም አብ ጥቓ ዓዲ ባና ማይ ምሩኽ ትብ ሥፍራ ነቲ ሐዎም ንብሌን ሰገደ አርኪቦም ፮ቲኦም ኤኢዶም ከቲኪቶም ቀቲሎ ቀበርዎ ።

ብሌን ሰገደ ግና ቅድሚ ምሟቱ ፯ተ ደቂ ተባዕትዮን ፪ተ ደቀ አንስትዮን ው ነበርዎ ሽሞም ድማ ከምዚ ዝስዕብ እዩ ። ፩ ሣሙኤል — ፪ አዝማች ተስፍኡ — ፫ አ ፬ ያዕቆብ — ፭ ዱርይ ፍጋጋ — ፮ ቀዳማይ ተምቦሳ ፯ ወ. ምብራቀ ፀሐይ ወ. ርብቃ ።

ክምዚሎም ፳ ደቂ ብሌን ሰገደ ይበሃሉ ብሌን ሰገደ እቶም አሕዋቱ ንኡ ም ተሉ ደም ሐዎም ከም ደም አቤል ኮይናቶም ክንደየናይ ዝአክል አይቀንዖምን ዘ ድማ ውሕዳት እዮም ።

ካብቶም ፮ ደቂ ብሌን ሰገደ ድሕሪ ሞት አብኦም ያዕቆብ ቆራይ ሽመት ሒዙ ነ



ድሕሪኡ ዓራት ናብ አዝማች ተስፋኡ ሐለፈት ካብ አዝማች ተስፋኡ ከዓ ናብ ዱሪይ ፍጋጋ ሐለፈት ።

ዘርኢ ሠናይ ወዲ ክርስቶስ መዋኢ ዝፈረዮም ዝርካቦም አብ ማእዶን አብ ደንጎ ሎን አለው ንሳቶም ድማ እንዳ አቶ እንድዕሉ ተባሂሎም ክሳብ ሎሚ ይጽውዑ አለዉ።

ዘርኢ ገብረክርስቶስ የማናይ ወዲ ክርስቶስ መዋኢ ዝፈረዮም ዓድታት ዓዲ ሕርዋ እኒ ዓዲ ሽም መዓለ እኒ ቡህንና እኒ ዓዲ ጉዕበ ክምዚሎም ደቂ ገብረክርስቶስ የማናይ ይብሃሉ ።

ዘርኢ ገብረክርስቶስ ጸጋማይ ወዲ ክርስቶስ መዋኢ ንዳግማዊ በግአፅየን ንምሐ ማርያምን ወለደ እምሐ ማርያም ድማ ን፪ተ ወለደ ንቴድሮስን ንዘርአ ዮሐንስን ወለደ ቴድሮስ ድማ ንአሮንን ነስጎዶምን ወለደ እዚኦም ፪ቲኦም አሕዋት ደቂ ቴድሮስ ዝፈረ ይዎም አብ ድምብር አልቦን ኳኳትን ሐዲሽ ዓድን ዓዲ ሐንሶን አብ ማይ ጻዕዳን አለዉ ዘርአ ዮሐንስ ዝፈረዮም ፮ተ ደቂ ዘርአ ዮሐንስ ይበሃሉ ሽሞም ድማ ከምዚ ዝስዕብ እዩ። ፩ አዝማች አኰሎም — ፪ አሮን — ፫ ዓንደሐርያት — ፬ ተወልደ — ፭ ገርጊሽ — ፮ ሠረቀ ብርሃን ።

ክምዚሎም ፮ ደቂ ዘርአ ዮሐንስ ይበሃሉ ፮ቲኦም የሕዋት ዝፈረይዎን ዝሐዝዎ ዓድታትን እኒ ዓዲ ሕይስ እኒ ዓዲ ያቕኒ እኒ ዓዲ ልብሶ እኒ ዓዲ ቁሖ እኒ ዓዲ ሐይዋ እኒ ዓዲ ስልዖ እኒ ዓዲ አዝማቲ እኒ ዓዲ ኩቱር እኒ ዓዲ ሐባል እኒ ሐናኒት እኒ ኩዶ ዝብአ እኒ ዓዲ ማእምን ክምኡውን ነዚኦም አሕዋቶም ጽምብላ ሽሬ አለዉ ።

አዝማች አኮሎም ወዲ ዘርአ ዮሐንስ ሐንቲ ንርግቤ ሰሎሞን ወለደ ፣ ንሳ ድማ ናብ ከንቲባ ቡላ ዓዲ ገብሩ ሐማሴን ተአትያ ንከንቲባ ዘብርስቶስን ንከንቲባ ብእምነ ትን ንባሕረ ነጋሢ አብዝጊን ወለደት ። እዚኦም ፫ቲኦም አሕዋት ዝፈረይዎም አብ ዓዲ ገብሩን ገለ ናብ ዓዲ ተኽላይ ገለ ናብ ወኪ ዱባ ገለ ናብ እምባደርሆ ገለ ናብ ሊባን ገለ ናብ ዓዲ ነአምን ዓንሰባ አለዉ ።

### ዘርኢ ትንሳኤ ክርስቶስ (ቁንጹብ) ።

ወዲ ክርስቶስ መዋኢ ንሱ ዝፈረዮም አብ ደምባ ደቡብን አብ ዓዲ ጻዕዲ ዓዲ ላምዛ ክምዚሎም ፫ተ ዓዲ ደቂ ትንሳኤ ክርስቶስ ወይ ድማ ደቂ ቁንጹብ ይበሃሉ ።

### ዘርኢ (ሥእለጽየን)

ወዲ ክርስቶስ መዋኢ ንሱ ዝፈረዮም ዝርካቦም አብ ዓዲ ቆዶ ተኽላ ሐንቲ ዓዲ ዝርካቦም አብኡ አለዉ ።

### ዘርኢ ቦኽረጽየን ወዲ ክርስቶስ መዋኢ ።

እዚ ቦኽረጽየን'ዚ ዝፈረዮምን ዝሐዝዎ ዓድታትን ከምዚ ዝስዕብ እዩ ። ቦኽረጽየን ንሥሙር ወለደ ሥሙር ን፯ አወዳት ወለደ ። ንአብርሃም — ፪ ንዳግማዊ ቦኽረጽየን

፫ ንቴድሮስ — ፬ ንፋቁሮን — ፭ ንይስሐቅን — ፮ ንተክለመኻእን — ፯ ንአብሳደን

ከምዚሎም ፯ ደቂ በኵሪ ይበሃሉ ፡ እዚኦም ዝፈረይዎምን ዝሐዝዎ ዓድታትን እ ዳዕሮ ኵንዓት እኒ ዓዲ በግዖ እኒ ሥብዓ እኒ ዓዲ አጣል እኒ ኵዶ ሕምባሻ እኒ እንዳ እዝራይ እኒ እምባ ስሳሐ እኒ ዓዲ ሐምቢ እኒ ዓዲ አፍማይ እኒ ዓዲ ዋጠት እኒ ተ ቡኽ እኒ ዓዲ ወሎ እኒ ዓዲ ከተዮ ከምዚሎም ደቂ በኵሪ ይብሃሉ ።

እቲ ፯ዓይ ሐዎም ወዲ ክርስቶስ መዋኢ ዳግማዊ ብሌን ሰገደ አመቓቕልኦም ዝሐዝዎ ዓድታትን ክንሰሚ ።

ሀ) ዘርኢ ሣሙኤል ወዲ ብሌን ሰገደ ንሱ ዝፈረዮም ዝርካቦም አብ ሐንቲ ዓ አብ ዓዲ ገሃድ አለዉ ።

ለ) ዘርኢ አዝማች ተስፉኡ ወዲ ብሌን ሰገደ ንሱ እዩ ሽመት ሠራየ ሐጂ ዝነበ በሐፀይ ንብለ ድንግል ዘበነ መንግሥት ዝፈረዮም ድማ ዝርካቦም አብ ደረዓንቶ አለው

ሐ) ዘርኢ አሮን ወዲ ብሌን ሰገደ አሮን ዝፈረዮም ድማ ንአቢብን ነአዝማች ዮ ንስን ወለደ አቢብ ንረዳእ ረዳእ ንብስመይ ወለደ ብስመይ ዝፈረዮም አብ እግሪ መኽ አለው (ዝፈረዩ) አዝማች ዮሐንስ ንሮተ ወለደ ንጐሽ ለአብን ንሥብሐት ለአብን ን ምረት ለአብን ካብዚኦም ጐሽ ለአብ ዝፈረዮም ዝርካቦም አብ ደራዓንቶ አለው ።

## ዘርኢ ሥብሐት ለአብ ።

ሥብሐት ለአብ ነውዓሎም ዓቃፅንን ንናይልን ወለደ ካብዚኦም ደቂ አውዓሎ ዓቓፅን ክልተ እንዳውዓሎም ዓቓፅን ዝበሃሉ አብ ቤት ማርያምን ድግሪ ዳለን ዓደል ሰን ዓዲ ሐለዋትን እኒ እምባ ማይ ጻዕዳ ከምዚሎም ፭ተ ዓዲ ደቂ አውዓሎም ዓቓፅ ዝፈረይዎም እዮም ።

## ዘርኢ ናይል ወዲ ሥብሃት ለአብ ።

ናይል ድማ ንዕቑቢትን ንክፍለትን ንክልተ ወለደ ዕቑቢት ድማ ን፭ተ ወለ ሽሞም ከምዚ ዝስዕብ እዩ ። ፩ ንሽም ዝወልደ ማርያም — ፪ ንሽም አራኖስ — ፫ ን ልሳዊ ብሌን ሰገደ — ፬ ንሽም ዮሐንስ — ፭ ንእቶ ማሞ ።

ከምዚሎም ሐሙሽተ ደቀ አዝማች ዕቑቢት ይበሃሉ ካብዚኦም ዝወጹ አሕዋቶ ድማ አብ ጸለምቲ ምስ ደቂ ሐወበኦም ተሐዋዊሾም ክሳዕ ሎሚ አብኡ አለዉ ።

## ዘርኢ ክፍለት ወዲ ናይል ።

እዚ ክፍለት'ዚ ሐዊ አዝማች ዕቁቢት ንሱ ነ፬ተ አወዳት ወለደ ሽሞሞ ድ ከምዚ ዝስዕብ እዩ ። ፩ ንገረ ድንግል — ፪ ንገብረልዑል — ፫ ንተኽሉ ሐባል — ባሕረ ነጋሢ ሥምረት ለአብን ።

ከምዚሎም ፬ተ አሕዋት ደቂ ክፍለት ዝፈረይዎም ዓድታት እኒ ዓዲ ኧላ እኒ አ ገናእ እኒ ዓዲ ጬማይ እኒ ዓዲ አውሐ ከምኡ ድማ ዘርኢ ክፍለት አብ ካልእ ዓድታ አይስአኑን እዮም ።



## ዘርኢ ባሕረ ነጋሢ ሥምረት ለአብ ።

እዚ ባሕረ ነጋሢ ሥምረት ለአብ ን፮ አወዳት ወለደ ሽሞም ድማ ከምዚ ዝስዕብ እዩ። ፩ ንተኽለሐንስ — ፪ ንገረክርስቶስ — ፫ ንከቲሮን — ፬ ንቶምበሳ — ፭ ንሸጊዕ — ፮ ንዘርዮሐንስ እዩ ።

ከምዚሎም ፮ተ ደቂ ባሕረ ነጋሢ ሥምረት ለአብ ይበሃሉ እዚአቶም ዝፈረዩዎ ድማ አብ ዓዲ ፀጓር አብ ዓዲ ባሕሮ አብ ደርዓንቶ አብ ደንጐሎ አብ ምሕያው ይርከቡ አለዉ ።

መ) ዘርኢ ዱርይ ፍጋጋ ወዲ ብሌን ሰገደ ንሱ ዝፈረዮም ማይ ሐርማዝ ዓዲ ባሪ ተኽላ ገላ አብ ዓዲ ሕዱግ እንዳ ሀኬፋ ዝበሃሉ አለው ገለ ድማ ናብ እምባ አላጀ አለው ፍርቆም ድማ ደቂ ሐለንጋይ አብ ከሰላን አብ ከባቢኡን አለዉ ድሩይ ፍጋጋ ሐደ እዋን ብዘበኑ አብ በረኻ መትሕት ዕሉል ሽፍታ ነበረ ሽፍትነቱ በሐደ አፍኡ ክሳዕ ቤተ መንግሥቲ አህዊኹ ነበረ አብ በረኻ መትሕት ካብ ሐንቲ እስ ላመይቲ ወሊዱ ነበረ ንሱ ዝፈረዮም በርከት በዚሖም አለዉ ከምኡ ድማ ቀድሚ ድሩይ ፍጋጋ ዝኸዱ ደቂ ሐወብኦም ካምልጋእ ዝውለዱ ደቂ ወረሰናዝጊ ምስአቶም ተሐዋዊሾም አብ አስላም አሚኖም ሐለንጋ እንዳተባህሉ ብሐደ ሽም ይጽውዑ አለዉ ።

ሠ) ዘርኢ ያዕቆብ ቆራይ ወዲ ብሌን ሰገደ ንሱ ድማ ን፪ተ ወለደ ንካምልን ንፍሬ ምኻእን ካብዚኦም ፍሬ ምኻእ ንሐደ ንእዮብ ወለደ እዮብ ድማ ነ፬ተ አወዳት ወለደ ንድብሉይን ንገብረየስን ንተኽለየስን ንተስፉየስን ነዚኦም ፈረየ ካብዚኦም ተኽለየስ ዝፈረዮም ሽሞም ከምዚ ዝስዕብ እዩ ። ፩ ንፍቕረየስ — ፪ ንብስምየስ — ፫ ንክፍለየስ ፬ ንነገደየስ ።

ከምዚሎም ፬ተ ደቂ ተኽለየስ ይበሃሉ ካብዚኦም ፍቕረየስ ዝፈረዮም አብ ላዕላይ ዓዲ ሀርፊ አለው ዝርካቦም ዘርኢ ብስምየስ አብንዱቕን ዓዲ ፍንዕን ዝርካቦም አብኡ አለዉ ክፍለየስ ዝፈረዮም ድማ እኒ ምግላብ እኒ ላዕላይ ዓዲ እኒ ዓዲ ማሕሩይ እኒ ዓዲ ሐርካም እኒ ደግሞመት ፍርቂ ዓዲ ሳግላ ከምዚሎም ደቂ ክፍለየስ ተብሂሎም ይጽውዑ አለው ።

እቲ ራባዓይ ነገደየስ ወዲ ተኽለየስ ዝፈረዮም ፲፪ተ ደቂ ነገደ ይበሃሉ እዚኦም ዝፈረይዎም ድማ እኒ ዓዲ ጉረቶ እኒ ቁሸት እኒ ማይ ኳኽ እኒ ዓዲ ገንደፈር እኒ በራኽ ከምዚሎም እዚአቶም ደቂ ነገደ ይበሃሉ ።

## ዘርኢ ካምል ወዲ ያዕቆብ ቆራይ ።

ካምል ንጭዋ ሥሉስ ወለደ ጭዋ ሥሉስ ድማ ን፫ተ ወለደ ንሠመረአብን ንቕዱስ ለአብን ንእኩቶ ለአብን እዚኦም ፫ቲኦም አሕዋት ዝፈረይዎም ዓዲታት ክንሰሚ እኒ አርግዛና እኒ ዓዲ ጉንጓይ እኒ ዓዲ ዓባቓት እኒ ዓዲ ሐረጐት እኒ ዓዲ መኸዳ እኒ ዓዲ ዓንዴል እኒ ዓዲ ጣፉ እኒ ዓዲ መርዒት እኒ ዓዲ ከምዝናብ ዓዲ መርከኛ ከምዚሎም እዚኦም ኩሎም ድጸብጸብናዮም ዓድታት ደቂ ጭዋ ስሉስ ይበሀሉ ።

ረ) ዘርኢ. ቀዳማይ ተምቦሳ ወዲ ብሴን ሰገደ እዚ ተምቦሳ ቀዳማይ ወዲ ብስ
ሰገደ ንሱ ነ፬ተ አወዳት ወለደ ሽሞም ድማ ከምዚ ዝስዕብ እዩ ። ፩ ንቴድሮስ —
ንአቢብ — ፫ ንተስፋማርያሞ — ፬ ንመንቆሬስ ።

ነዚኦም ፬ተ አወዳት ወለደ ካብዚኦም መንቆሬስ ዝፈረዩ·ም ዝርካቦም አብ ጥረ
ኸረም ናብ ሐንቲ ዓዲ አለው ዘርኢ. እቲ ካልአይ ሐው አቢብ ዝበሀል ንሱ ዝፈረየ
ንዑባልን ንመሕመድ'ኒ ዝበሀሉ ናብ ጥቓ መረገኛ አለው ነዚኦም ክልተ ዓዲ ዝፈረዩ እ

ዘርኢ. እቲ ፫ይ ተስፋማርያም ድማ ከምዚ እዩ ተስፋማርያም ነሡክሕ ወለደ አ
ክሕ ድማ ዘርኡ ዝርካቦም አብታ ብሽሙ ትጽዋዕ ዘላ ዓዲ ዓዲ ሰክሕ ዝርካቦም ደ
አሰክሕ አብአ አለው ።

ዘርኢ. እቲ ፬ይ ሐምም ቴድሮስ ዝበሀል ንሱ ን፪ ወለደ ንተዓረዝ ግን ንማዕቐባዝግ
ወለደ ካብዚኦም ቓዓረዝጊ ከይወለደ ብዙሕ እዋን ፀኒሑ ነበረ ማዕቀባዝጊ ግና ንማ
ደን ንድበዛናን ንኽልቲኤን ዓዲ ዝፈረዩ እዩ ፡ እዚ ማዕቀባዝጊ'ዚ ንቀዳማይ ሀብተየ
ወለደ ቀዳማይ ሀብተየስ ንቀዳማይ ዕዋል ወለደ ቀዳማይ ዕዋል ን፰ተ ወለደ ንዳግማ
ሀብተየሱስን ንተኽለአብን ንብስሞይን ንመሐረናን ንጋፋርን ነዚኦም ፰ተ አወዳት ወለ
ጋፋር ነሕፈሮም አሕፈሮም ንመርዱ መርዱ ንኽፍላይ ክፍላይ ንሥብሃቱ ሥብሃቱ ን
ንደመስቀል ዓንደመስቀል ንደጊያት መሐሪ ።

እዞም ዝኸበሩ ደጃዝማች መሐሪ ዓንደመስቀል ዝበሃሉ ፍሉጥ ዓብይ ሰብ እ
ክፍሊ ተኸላ ዝነበሩ ንሶም ድማ አብ ሰዋኪን ዝነበረ ኮለጅ ካብቶም አብኡ ዝተማሀ
ቀዳማይ እዮም ፡ ብሊቅነትን ብአእምሮን አዚዮም ብትምህርቲ ዝበሰሉ ንምኳኖ
ዝተፈልጠ እዩ ። ብኢጣልያ ጊዜ አብ ኢትዮጵያ ብዝተዘዋወሩሉ ብሥራሕ ምኽንያ
ካብሎም ቅድሚ አርባዓ ዓመት አትሒዘም ካብ አድባራትን ገዳማትን ሊቃውንት
ብናይ ዓድናን ብናይ ደቂ ወጻኢን በብዓይነቱ ዝአከብዎን ዘዳለውዎን ጽሑፍ ነዚ መጸ
ሐፍ'ዚ ክዳሉ ከለኹ ካብ ኢድ ወረስቶም ብዙሕ ጠቓሚ መጻሕፍቲ ብምርካበይ ክ
መስገንኩዎም አይሐልፍን እዩ ።

ዘርኢ. ተዓረዝጊ ሐው ማዕቀባዝጊ ።

ንሱ ተዓረ ብዕራይ ተባሂሉ ይጽዋዕ ነበረ ንዳግማዊ ተምቦሳን ንባሕረ ነጋሢ ዑ
ባሚካኤል ጥቁርን ወለደ ዳግማዊ ተምቦሳ ንባሕረ ነጋሢ ዮሐንስ ሀከይን ንህብቱይን ወለ

ም ዕ ራ ፍ ፳ ።

ዘርኢ. ባሕረ ነጋሢ ዑቅባንኪኤል ጥቁር ።

ብዘበን ሐፀይ ሡርፀ ድንግል ዑቅባሚካኤል ጥቁር ባሕረ ነጋሢ ተባሂሉ ንቱርኪ
ምስ ሰዓሩ አብ ፈረስ ማይ ንሱ እዚ ባሕረ ነጋሢ'ዚ አዚዩ ጅግና ከምዝነበረ አብታሪ
ነገሥት ናይ ሐፀይ ሡርፀ ድንግል ምዕራፍ ፳፪ ገጽ ፳፫ አግፊሑ የዘንትወሉ እዩ ብ



ረ ሥዕረት ቱርኪ አብ ሰፈር ንጉሥ ጸዊዖም ቀሚሽ አልቢሾም ሸሊሞም ናብ ድባ
ጋማ አሰረ ከተምኡ ድማ ናብ ተራእምኒ ዱር ቀስቂሱ ናብአ ከተማ ገበረ ተራ
ምኒ ድማ በቲ እዋን እቲ ዱር ጸሊምን ጠልን ነበረት ባሕረ ነጋሢ ድማ ናብአ ኮይኑ
ረብ ምላሽ ብ፩ ሽሕን ሐሙሽተ ሚእትን ሰብዓን ዓ-ም ተሸይሙ አብ ተራ እምኒ
ቕመጥ ነበረ ። አብኡ ኮይኑ ድማ ነ፬ተ አወዳት ወለደ ። ፩ ንሮም — ሰገድን — ፪
ርዓዶምን — ፫ ንገዶን — ፬ ንህብቶምን ።

ነዚኦም ምስ ወለደ ብትእዛዝ ንጉሥ ንዓደምሐራ ተጸዊዑ ምስ ፍላሻ አብ ቤጌም
ር ክዋጋእ ሞተ ዓሬቱ ግና ናብ ወዲ ሐው ናብ ባሕረ ነጋሢ ዮሐንስ ሀካይ ሐለፈት።
ንሱ ድማ ባሕረ ነጋሢ ዮሐንስ ሀካይ ስጋብ ሐፀይ ፋሲል ዘበነ መንግሥት አብ
መንግንቲ ኮይኑ ይገዝእ ነበረ ብዛዕባ'ዚ ዘዘንቱ አብ ክብረ ነገሥት ናይ (ታሪከ
ሥት) ናይ ሐፀይ ፋሲል ብዓብዩ ተጻሒፉ ይርከብ ።

ብዛዕባ ባሕረ ነጋሢ ዑቅባሚካኤል ዝወለዶምን ዝሐዝዎ ዓድታትን ክንሰሚ ደቂ
ዝርካቦም አብ ተራ ንምኒ አለው. አኮሎምኒ ሀብቶምኒ ይብሃሉ ።

ሀብቶም ዝፈረዩ·ም ድማ እንዳሹም ዘማርያም ዝበሃሉ ዝርካቦም አብ ተራ እምኒ
ስ ደቂ ሐወበኦም ተሐዋዊሾም አለው. ንሳቶም ድማ እንዳሹም ዘማርያም ይበሃሉ ።

ዘርኢ. አርዓዶም ፡ አርዓዶም ወዲ ባሕረ ነጋሢ ዑቕባንኪኤል ዝፈረዩ·ም ን፪ተ
ለደ ንዳግማይ አድከመን ንአቶ ብርሃንን ዳግማይ አድከመ ድማ ንሕድሮምን ንተስፎ
ን ወለደ ሕድሮም ድማ ን፪ተ ወለደ ንደጊያት ድብለየስን ነዝማች ቀለአብን ደጊያት
ብለየስን አዝማች ቀለአብን ዝፈረይዎም አብ ክሳድ ዳዕሮ አለው. ።

ደጊያት ድብለየስ ብዘበን ሐፀይ በካፋ ደገዝማቲ ተባሂሎም ሽመት ሡራዩ ከም
ሒዘም ነበሩ እቲ እዋን'ቲ ደጊያት ማሞ ወዲ ደጊያት ገብረክርስቶስ አብ ጸዓዘጋ
ዩኖም ጠቕሊሎም ይገዝኡ ነበሩ ። ደጊያት ድብለየስ ድማ ሰበይቶም እምቤት ጐር
ት ጓሎም ንሐፀይ መልከ ሰገድ ወይም ሡርፀ ድንግል ዝወለደታ ጓል ተስፋይ ገረብ
ደባይ ወለል የእቲዩ ነዞም ሕጂ ክሳድ ዳዕሮ ዘለው ዝፈረየ እዩ ።

ዘርኢ. ተስፎም ሐዊ ሕድሮም ወዲ ዳግማዊ አድከመ ን፫ተ አወዳት ወለደ ።
ንሥብሃት ለአብ — ፪ ንዓንዲት — ንዘርኢት ።

ነዚኦም ፫ተ ወለደ እዚኦም ፫ቲኦም አሕዋት ዝፈረይዎም ብሐንሳብ ተሐዋዊሾም
ኦም አብ ዓዲ ጐዳእቲ ገሊኦም አብላቄን ክሳድ ዳዕሮ ከምዚሎም ፫ተ ደቂ ተስ
ም ተባሂሎም ይጽውዑ አለው ።

ዘርኢ. አቶ ብርሃን ወዲ አርዓዶም ።

አቶ ብርሃን ነሕፈሮምን ንከሊብን ወለደ ካብዚኦም አሕፈሮም ዝፈረዩ·ም ዝርካቦም
ሐንቲ ዓዲ አብ ገዛ ዋዛ አለው ። እቲ ካልአይ ሐወ. ከሊብ ንዑቅቢት ወለደ ዑቕ
ት ድማ ን፫ተ ወለደ ሽሞም ከምዚ ዝስዕብ እዩ ። ፩ ንወልደጊዮርጊስ — ፪ ንዓንደ
ኤል — ነስገዶም ።

ነዚኦም ፫ተ አወዳት ወለደ ካብዚኦም እቲ ሓደ ወልደጊዮርጊስ ንሐንቲ ዓዲ
ደቀሰዩምቲ ዝፈረዩ እዩ ።

እቲ ካልአይ ሐዎም ድማ ዓንደንኪኤል ዝበሃል ንሐንቲ ዓዲ ሹም ዓንዱይ
ረዩ እዩ ።

እቲ ፫ይ ሐዎም አስገዶም ዝበሃል ንፀተ ወለደ ንሳልሳዊ ተምቦሳን ንዓንደ
ኖትን ሳልሳዊ ተምቦሳ ንቦኩሩ ቦኹሩ ድማ ነገልድም ወልደሥላሴ እዚ አገል
እዚ'ዩ ትሕቲ ራእሲ ወልደሥላሴ እቶም ገዛእ ትግራይ ትግሪ'ኚ አብጨለቆት ከ
ብዘበነ መሳፍንት ዝገዝኡ ዝነበሩ እዮም ንሱ ድማ አገልድም ወልደሥላሴ ወዲ
ጓል ራእሲ ወልደሥላሴ የእትዩ ግዝአት መረብ ምላሽ ተቐቢሉ ይገዝእ ነበረ አገል
ወልደሥላሴ ንገብረሥላሴ ወለደ ገብረሥላሴ ድማ ንጉግሣ ጉግሣ ንንጉሤ ወለደ።

ዘርኢ ዓንደሃይማኖት ሐው ሳልሳዊ ተምቦሳ ወዲ አስገዶም ንህዝቅያስ ወለደ
ቅያስ ድማ ንፀተ ወለደ ንወዳጁን ንካሣን ካብዚኦም ካሣ ንአቶ ሥብሃቱ አቶ ሥ
ንደጊያት ተፈሪ ወለደ እቲ ካልአይ ሐው ወዳጁ ወዲ ህዝቅያስ ንዮሐንስን ን
ወለደ ጐሹ ድማ ንብላታ ብተውልኝ ዮሐንስ ድማ ንፍስሃዬን ንግራዝማች ይግ
ወለደ ከም'ዚ'ሎም ደቂ አስገዶም እናተባህሉ አብ ኩዶ ፈላሲ ይጽውዑ አለዉ።

ዘርኢ ሮም ሰገድ ወዲ ባሕረ ነጋሢ ዑቅባሚካኤል ጥቁር ሮም ሰገድ ዝፈረ
ዝሐዝዎ ዓድን ከምዚ ዝስዕብ ንሰሚ አሎና ሮም ሰገድ ንእምቤት ሥላስ ጓል ደጊ
ሃብስሉስ ዓባቅ ጸዓዘጋ ንዓዓ የእትዩ አብ ተራ እምኒ አብቲ ከተማ ምቕማጥ እ
ዝነበረ ቀንዲ ዓዶም አብኡ ኮይኑ ብዘበን ሐፀይ ሥርፀ ድንግል ብ፩ ሺሕ ፭፻፵፮
ሮም ሰገድ ካብ እምቤት ሥላስ ንሰለስተ አወዳት ወለደ ። ፩ ንድብሎም — ፪ ንዳግ
ባሕረ ነጋሢ ዑቕባሚካኤል — ፫ ንዓንደየስ ።

መሊሹ ድማ ብድሕሪ'ዚኦም ካብ ካልእ ሰበይቲ ንዑቕባክርስቶስ ወለደ ከምዚ
፬ተ ደቂ ሮም ሰገድ ተባሂሎም ይጽውዑ ።

ካብዚኦም ፬ተ አሕዋት እቲ ቦ'ኹሪ ቤት ድብሎም ዝበሃል ን፫ተ አወዳት
ሽሞም ድማ ሐደ ነገደየስ ካልአይ ክፍለጊዮርጊሽ ሳልሳይ ፍቕረየሱስ ይበሃሉ
ካብዚኦም አቶ ነገደየስ ዝብሃል ጓል አዝማች አቢዳራ ጓል ጓሎም ነዝማች ፍቕረ
ዛይደ ኮሎም ዝገዝኡ ዝነበሩ ጓሎም እምቤት ግብጻዊት ካብ አዝማች አቢዳራ
ምቲ አድያቦ ዝነበሩ ንእምቤት ማርያማዊት ወሊደን እምቤት ማርያማዊት ድማ
አቶ ነገደየስ ተአትየን ንወልደጊዮርጊስን ንስያስን ንለተሃይማኖትን መልሹ ድማ
ካልእ ሰበይቲ ን'ክፍለማርያም ወለደ ካብዚኦም ወልደጊዮርጊስ ንገብሩን ንአሥ
ንወይዘሮ ሰበነን ወለደ ወይዘሮ ሰበነ ናብ ዓዲ ቁስሙ አብ አቶ ወልደቂስ ተአ
ንዓዲ ከንቲባ ሐንስ ዓዲ መንጐንቲ ዘለው ዝፈረያ እየን ።

ክፍለማርያም ወዲ ነገደየስ ድማ ን'ክፍሉን ንሹም ሀብቱይን ንተስፋይን ን
ከምዚሎም ፬ተ ደቂ ክፍለማርያም ይበሃሉ ወይዘሮ ለተሃይማኖት ድማ ጓል አቶ



ስ ናብ ከንቲባ ዑንኩር ደቂ ዳሽም ተአትያ ነዞም ሕጂ ዓዲ ጫብር ደቂ ዳሽም ዘለዉ
ዝፈረየት እያ ከምዚሎም ደቂ ነገደየስ ይበሃሉ ።

ዳግማዊ ባሕረ ነጋሢ ዑቕባሚካኤልን ዓንደየስን ድብሎምን ፫ቲኦም አሕዋት ዝፈረ
ሓዎም በሐንሳብ ተሐዋዊሾም አብ ዓዲ ጉልትን አብ ዓዲ ጭዕንዶግን አለው ከምኡ
ድማ ዘርኢ ዑቅባክርስቶስን ዳግማዊ ዑቕባሚካኤልን ዝፈረይዎም አብ ዓደባዓብዱን
ትሕታይ ሐፂናን አለው ከምኡ ከዓ አቶ ነገደየስ ብፍላይ ዓዲ ቃህሰስ ዝበሃል ርስቶም
ንሱ አይቕመጥዎን እዮም ከምዚሎም ዝሐዝዎ ዓድታትን ዘርኦምን ደቂ ሮም ሰገድ
ዚ ንዓጹ አሎና ።

ምዕራፍ ፳፩ ።

ዘርኢ ዳግማዊ ቶምቦሳ ሐው ንባሕረ ነጋሢ ዑቕባሚካኤል ።

እዚ ዳግማዊ ቶምቦሳ ወዲ ተዓረዝጊ ወይ ድማ ወዲ ተዓረዝጊ ብዕራይ ዝበሃል
ዝነበረ ንሱ ቶምቦሳ ን፪ አወዳት ወለደ ። ፩ ንባሕረ ነጋሢ ዮሐንስ ሀካይ — ፪ ንአቶ
ሀብቱይ ።

ከምዚሎም ክልተ ደቂ ዳግማዊ ቶምቦሳ ይበሃሉ ካብዚኦም ሀብቱይ ዝፈረዮም
እኒ አይቀበጹ እኒ ዓዲ ሹም ሀብቱይ እኒ ዓዲ አገራይ ከምዚሎም ፫ተ ዓዲ ደቂ ሀብ
ቱይ ይበሃሉ ።

ዘርኢ ባሕረ ነጋሢ ዮሐንስ ሀካይ ።

ባሕረ ነጋሢ ዮሐንስ ሀካይ ብዘበን ሐፀይ ፋሲል ፍሉጥ ሹም ነበረ ንሱ ድማ ንአቶ
ሥብሃት ለአብን ንደጊያት ዘርአብር'ኹን ን፪ቲኦም ወለደ ካብዚኦም አቶ ሥብሃት ለአብ
ዘርኡ ዝርካቦም አብ ዓዲ ቁስሞን ገለ ድማ አብ ዓዲ መንጐንቲ ንዓዲ ደጊያት ሥብ
ሃቱ ዝፈረዩ እዩ ።

ደጊያት ዘርአብሩ'ኽ ንደጊያት ማሞ ወለደ ደጊያት ዘርአብሩ'ኽ ብዘበኑ ሐደ ፍሉጥ
ፍሩሕ ጅግና ነበረ ብጅግንነቱ አብ ሙሉእ ኢትዮጵያ አዚዩ ስሙይ ኮነ በዚ ምኽን
ያት'ዚ ብፍቓድ ሐፀይ ፋሲል ጓል ጓሎም ንሐፀይ ፋሲል ጓል ልዕልቲ ሰብለ ወንጌል
ዝወለደታ ካብ ደጊያት ዲሜጥሮስ ደጊያት ዲሜጥሮስ ወዲ ራእሲ አትናቲዮስ ጐጃም
ዴጋ አሞት ቁልባ ኪዳነ ምሕረት ዝብሃል ዓዲ አብኡ ኮይኖም ንሙሉእ ጐጃም ዝገዝኡ
ዝነበሩ ጓሎም ብ፩ ሺሕን ፮፻፵፮ ዓ-ም እቴ ወለተጊየርጊስ ዝተባህለት ጓል ልዕልቲ
ሰብለ ወንጌል ንአአ አእትዩ ደጊያት ዘርአብሩ'ኽ ንደጊያት ማሞ ወለደ ደጊያት ማሞ
ንአቶ ፋሲል ወለደ አቶ ፋሲል ድማ ንአቶ ወልደሥርኤል ወለደ አቶ ወልደሥርኤል
ድማ ንዳግማዊ ዘርአብሩ'ኽ ወለደ ዳግማዊ ዘርአብሩ'ኽ ድማ ንሳልሳዊ ቶምቦሳን ንዓን
ዱን ን፪ቲኦም ወለደ ካብዚኦም ዘርአብሩ'ኽ ዝፈረዮም አብ ዓዲ መንጐንቲን አብ ቃ'ኚ

ታን አብቲ ናይ ጥንቲ ርስቶም ዓዶምን ይቕመጡ አለው ከምዚሎም ደቂ ሳልሳይ ቶ
በሳ ተባሂሎም ይጽውዑ አለዉ ።

ደጊያት ዘርአብሩኽ ከምቲ አብ ላዕሊ ተጠቒሹ ዘሎ ንልዕልቲ ወለተጊየርጊስ
ቲዩ ንዓዱ ክምለስ ከሎ ንጉሥ ድማ ባዕሎም ፵፬ተን (አርባዓን አርባዕተን) ርስ
ጉልትን ንአኽን ንደቅኽን ንደቂ ደቅኽን ይብጻሕኪ ኢሎም አፋነውዋ ። ካብዚ እዋን
ጀሚሩ ስጋዕ ዘበን ጣልያን ዝመጽእ ሥልጣን ሒዞም ዕቤት አበታቶም አይሰአኑ

ዮሐንስ ሀካይ ድሕሪ ሞት ሐወቡኡ ባሕረ ነጋሢ ዑቕባሚካኤል ጥቁር ሽ
ሒዙ ስጋዕ ዘበን ሐፀይ ፋሲል ጠቅሊሉ ስጋዕ መታሕት ይገዝእ ከም ዝነበረ
ታሪክ ነገሥት ናይ ሐፀይ ፋሲል ንባሕረ ነጋሢ ዮሐንስ ሀካይ ይሰምዮ እዩ ። ከም
ድማ ብዛዕባ ሥልጣን ባሕረ ነጋሢ ዮሐንስ ሀካይ አጋኒኑ ዝነግርን ዘዘንቱን ብ
መንሳዕ ዝተጻሕፈ መጽሐፍ ሮዲን ገጽ ፴፰ ቍ. ፸፱ ተመልከት (ርኤ) ።

### ወለዶ ደቂ ርብቃ ጓል ብሌን ሰገደ ።

እዛ ርብቃ እትበሃል ጓል ብሌን ሰገደ ካብቶም ፰ተ ደቂ ብሌን ሰገደ እያ ንሳ
ረየቶምን ዝሐዝዎ ዓድታትን ድማ አብቲ ምድሪ ዓደቦአ ተቐሚጣ ንጉድቦዝጊ ወ
ድግናይ ድግናይ ወዲ አከለ ተአትያ ን፫ተ ምስ ወለደት ብናእሽትኣም አብኣም ምስ ሞ
አዲኣም ንኹሎም ደቃ አኪባ እንዳ ሰብአያ ናብ ድግሳ ከደት ።

አብኡ ድማ ኃያሎይ እዋን ተቐመጠት አቦአ ብሌን ሰገደ ካብዚ ዓለም ብሞት ም
ተፈልዩ ። መሊሻ ካብ ድግሳ ንዓደ ቦአ ተመልሰትሞ ምስቶም ፫ተ አሕዋታ ም
ክማቐሉ ከለው ምስኣም ተመቕለት ።

ከምኡ'ውን እታ ሐፍታ ምብራቀ ፀሐይ ትበሃል ካብቲ ዝነበረቶ መጺአ ምስ አ
ዋታ ምድሪ ሐዘት ።

ርብቃ ድማ ናብዚ ሕጂ ዘለውዎ ዓዲ መጺአ ምድሪ ሐዘት ፣ እኒ ጸበላ እኒ ሐ
የልቦ እኒ ዓዲ አብራሄ እኒ ዓዲ ኮሎም ከምዚሎም ፬ተ ዓዲ ደቂ ጓል ብሌን ሰ
ርብቃ ዝወለደቶም መሬት አዲኣም ወረሱ ንሳቶም ቁጽሮም ሕጂ ምስ ደቂ ብሌን ሰ
ምስቶም ፫ተ አሕዋት ኮይኖም አብ እንዳባ ኮነ አብ አደባባይ ኮነ ብሐደ ሽም
ብሌን ሰገደ ይበሃሉ ።

### ወለዶ ደቂ ምብራቀ ፀሐይ ጓል ብሌን ሰገደ ።

እዛ ምብራቀ ፀሐይ ጓል ብሌን ሰገደ ካብ ኵሎም አሕዋታ አዝያ ጉልብትን ሕ
ትን መልክዔኛን (ጽብቕቲ) ነበረት በቲ እዋን'ቲ ንጉሥ ሞይቶም አብ ኢትዮጵ
ብዙሕ ዕግርግር ኮይኑ ነበረ ።

ካብ'ቲ ተሐዕያቶ ዝነበረት ወዲ ንብረኢድ ተኸለ ተሐዲጋ አውግሮም ዝበ
በዓል መረታ ሠበነ ሐደ ፍሉጥ ሰብ ነበረ'ሞ ብዙሕ ሀያብ ሒዙ ናብ አሕዋታ ደገ
ንዕ ነበረ ድሕሪኡ ትብጻሕካ በልዎ ንሱ ድማ ነዓአ አእትዩ አብ መረታ ሰበነ ከ



ም ሕጂ አብኡ ዘለው ፈረዩት ፣ ንሳቶም ድማ ዝሐዝዎ ዓድታት ከም'ዚ ዝስዕብ ንጠ
ስ አሎና። እኒ ዓዲ ፍንዕ እኒ ጓቋት እኒ እንዳማርያም ፍቕያይት ከምዚሎም ፫ተ ዓዲ
ብራቀ ፀሐይ ዝፈረየቶም ሕጂ መረታ ቀያሕቲ እንዳተባህሉ ይጽውዑ አለዉ ።

እቲ ሕጂ ዘለውዎ መሬት ድማ ናይ አዲኦም እዩ ክሳዕ ለይቲ ሎሚ አብቲ ምድሪ
ብሐጉኦም አብዚ ሕጂ መረታ ቀይሕ ዝበሃሉ እዚኦም ኵሎም ዝፀብፀብናዮም አብኡ
ለዉ ።

ከምኡ ድማ ሰብአያ ንምብራቀ ፀሐይ ፈለማ ዝወለዶም ካብ ካልእ ሰበይቲ ብፍ
ድ ምብራቀ ፀሐይ መታን እቶም ደቃ ካብ አሕዋቶም ተፈልዮም በይኖም ከይኮኑ
ሬሐ ከም ደቃ ጌሩ ምስ ደቃ ብሐንሳብ ምድሪ አውረሰቶም ። እዚ ኹሉ ትገብሮ ዘላ
ማ ንሳ ሰይቶ አብኦም ክንሳ እያ'ምበር አዲኦም አይኮነትን ።

ንሳቶም ድማ ምስ አሕዋቶም ኮይኖም መሬት ሒዞም አለዉ ፣ ሎሚ ንሳቶም ብሐደ
ም ደቂ ሥሑል ጊየርጊስ ይብሃሉ ፣ ንሳቶም ዝፈረይዎም ዓዲታት እኒ ሐሬን እኒ ገር
ሩ ፍርቂ ገደላ እዚኦም ካብ ምብራቀ ፀሐይ ዘይውለዱ በብኦም አሕዋት ደቃ እዮም።

ይኹን'ምበር ከምቲ አብ ላዕሊ ዝጠቕስናዮ ዘለውዎ ምድርን ዝፈረይዎምን ብሐደ
ም መረታ ቀያሕቲ እናተባህሉ ይጽውዑ አለዉ ።

## ምዕራፍ ፳፪ ።

### ወለዶ ምልጋእ ።

ዘርኢ ምልጋእ ዝፈረዮምን ዝሐዝዎ ዓድታትን ክንሰሚ ።

እዚ ምልጋእ'ዚ ፍላይ ማንታ ካብ አድከመ እዩ ፣ ስለዚ ስጋዕ ሎሚ ሥርዓት አድ
መን ምልጋእን እናተባህለ ይሕገጐን ይሥርዖን አሎ ፣ በዚ ምኽንያት'ዚ ስጋዕ ለይቲ
ሚ አብ አውራጃ ሠራዩ ብኡ ይካየድ አሎ ።

ዘርኡ ንሱ ዝፈረዮም ድማ ክንድቲ ብዝሒ የብሎምን ዘርኢ አድከመ ግና ነዛ
ድሪ ሠራዩ ላዕላን ታሕታን ምድሪ ከዲኖም ብዝሖም ሐመደ ግዳም እዮም ፣ ምልጋእ
፬ተ ወለደ ሽሞም ድማ ከምዚ ዝስዕብ እዩ ። ፩ ንጋንዛይዝጊ — ፪ ንወረሰናዝጊ
ንዳማስዝጊ — ንሽምካዝጊ ።

ከምዚሎም ፬ተ አሕዋት ደቂ ምልጋእ ይበሃሉ ፣ ካብዚኦም ጋንዛይዝጊ ወዲ ምል
እ ንቶምበሳ ወለደ ቶምበሳ ድማ ንጋንዘይ ምራራ ወለደ ጋንዘይ ምራራ ድማ ነ፬ተ
ለደ፡ ንዳግማዊ ቶምበሳን፡ ንካሕሱን፡ ንጐድፍለአብን፡ ንተስፋ ልዑልን፡ ከምዚሎም ፬ተ
ቂ ጋንዛይ ምራራ ይበሃሉ፡ ካብዚኦም ቶምበሳ ዝፈረዮም ሐደ ተአምሮ ካልአይ ተፋደ፡
ልሳይ ብሉል፡ ከምዚሎም ሰለስተ ደቂ ፪ይ ቶምበሳ ይበሃሉ ።

ካብዚኦም ደቂ ታአምሮን ደቂ ብሉልን እዚኦም ክልቲኦም አሕዋት ዝፈረይዎም
ብዝባን ቆሐይን እኒ ዓዲ ኩዳዳ እኒ ዳብር እኒ አደ ጐልቦ ገለ ናብ መያዕ ገለ ናብ

ቀጢና ዓዲ ሹም ቶምበሳ እኒ ኵሕሊ ዝብኢ እኒ ዓደ በነ እኒ ዓዲ ናላ እኒ ዓዲ ሰ
እኒ ዓዲ ውርጢ እኒ በራቒት ብሙሉኡ እኒ ወሃቢት እኒ ዓዲ ጕዳኢ ፮ ዓዲ ጐሰ
ኵዶ አቡዑር እኒ ዓዲ ደቀብ እኒ ዓዲ ፃልቂ እኒ ዓዲ ህቦ ከምዘለው ደቂ ሽ
እኒ ዳዕሮ ሐራ ገለ አብ ዓዲ ጭጐኖ ገለ አብ ዓዲ ክሳድ ገለ አብ ማይ ጐርዞ ከ
ድማ ሐሐሊፎም አብ ሙሉእ ቆሐይን ደቂ ታእምሮን ደቂ ብሉልን ደቂ ፪ቲኦም
ዋት ብሐንሳዕ ተሐዋዊሾም አለዉ ።

ከምኡ ድማ የሕዋቶም ደቂ ተፋዶ ዝፈረይዎም አብ ፯ተ ደቂ ሽሐይ ዓዲ ሐ
አለው ሕጅኳ አብ መራጉዝ ብዓብይ መሬት ተፋዶ ክሳዕ ሎሚ ፍሉጥ እዩ ።

ጕዱፍ ለአብ ድማ ንሱ ዝፈረዮም አብ መራጉዝ ዓዲ ጕዳኢ እንዳዝማች እ
ይበሃሉ አለዉ ቤት ተስፍኡ ዝበሃሉ አብ ኵዶ አብዑር አለዉ፣ ከምኡ ድማ ምዚ
ዝቑጸሩ አሕዋቶም አብ ብዙሕ ዓድታት ተዛኒቆም አለዉ ።

ክሕሱ ዝፈረዮም ድማ አብ መራጉዝ አብ ወሃቢትን አብ ኵሕሊ ዝብእን አብ
ይን ፋሕ ኢሎም አለውዎም ፣ ከምኡ ድማ ደማስዝጊ ወዲ ምልጋእ ን፰ተ ወለደ
ካብዚኦም እቶም ፬ተ የሕዋት ደቂ ደማስዝጊ ተፈልዮም ዝኸዱ አብ እምባ
ርን አብቲ ከባቢኡን ፬ቲኦም አሕዋት ዝፈረዩዎም ዓዲ ሒዞም አብኡ አለዉ ።

እቶም ካብኦም ዝተረፉ ፬ተ ደቂ ደማስዝጊ ተዓረን ገረክርስቶስን ሞስን ክሕ
እዚኦም ፬ቲኦም አሕዋት ዝፈረይዎም ገሊኦም አብ ዓይላ ገሊኦም አብ ቆሐይን
ቶም ክልኦት ደቂ ሐወብኦም ተሐዋውሾም አብኡ አለዉ ።

ከምኡ ድማ አሕዋቶም አብ ማይ ለሐም ገለ አብ ዓዲ ሽመክለ ገለ ናብ ማ
ገለ ናብ እምባዛርብ ከምዚሎም አለዉ ።

## ዘርኢ ሽማካዝጊ ወዲ ምልጋእ ።

ሽምካዝጊ ን፪ተ ወለደ ንናዘን ንገብረሃርያትን እዞም ክልተ አሕዋት ዝፈረይ
ዝርካቦም አብዝባን ሠራዬ ክልተ ዓዛርናን ቅነ ኃየላን ንዓዲ ባድምን ከምዚሎም
ናዘን ገብረሃርያትን ይበሃሉ ።

## ዘርኢ ወረሰናዝጊ ወዲ ምልጋእ ።

ወረሳነዝጊ ፈለማ ምስ አሕዋቱ ብገለ ነገር ተሐራሪቁ ካብ አሕዋቱ ተፈልዩ ማ
ደቁን አኪቡ ንኸሰላ ከይዱ ተቐመጠ ፣ ቅድም አብ ሰብዳራት ነበረ ደሐር በብንእ
ፍሑኽ እናበለ አብ ከሸመል ግርባ ዝበሃሉ ሥፍራን ከባቢኡን ከይኑ ነዞም
ዘለው ዘርኢ ሐለንጋ ዝበሃሉ ዝፈረዮ እዩ ፣ አብ ልዕሊኦም ድማ ደቂ ዱሪይ ፍ
ተሐዋዊሾም ብሐደ ሽም ተጠርኒፎም ሐለንጋ እናተባህሉ ጅንስሆም አል ሐ
እናበሉ እቶም ክልኦት ሕዝቢ ይጽውዕዎም አለዉ ፣ ከምዚሉ ወረሰናዝጊ ነዚ
ዝፈረዮ እዩ ።



## ዛንታ አዝማች ተስፋ ልዑል ።

እዚ አዝማች ተስፋ ልዑል'ዚ ወዲ ዳግማዊ ብሌን ሰገደ ንሱ ድማ ብዘበን ሐፀይ
ብለ ድንግል ሥዩመ ሠራዬ ተባሂሉ ይገዝእ ነበረ፣ ንሱ ድማ ባዕሉ ሠራዊት አኽቲቱ
ስቲ ናይ ግራኝ አሕመድ እንደራሴ ብ፩ ሺሕን ፭፻፳ ዓ-ም ተዋጊኡ ነቲ ናይ ግራኝ
ንደራሴ ሰዒሩ ንዓዱ ተመልሰ ነቲ እንደራሴ ድማ ቀቲሉ ብዙሐት ማረኸሎም በዚ
ዋንዚ ሐፀይ ልብነ ድንግል አብሰሚን ከለዉ ዐወት ናይ ተስፋ ልዑል ምስ ሰምዑ
ዙሕ ሐጐስን ተድላን አብ ሠፈር ንጉሥ ኮነ፣ ንጉሥ ድማ በቲ ሥርሑ (ዝገበሮ) ዓወት
ዝዮም ተሐጉሾም ሽመት ድማ ወሲኹም ካልእ ህያብ ወሲኮም ለአኹሉ ።

አብዚ መንጐዚ ግራኝ አሕመድ እቲ እንደራሴ ናቱ አዛዚ ናይ ኵናት ዝነበረ አብ
ማሴን ተሳዒሩ ምስ ሰምዔ ከምሐዊ ተቓጸለ ንሱ ድማ ሠራዊቱ አኪቡ ብ፩ ሺሕን
፭፻፳ ዓ-ም ናብ ሐማሴን መጺኡ ብድባርዋ ጌሩ ብነፋሲት አቢሉ አብ እግሪ ደብረ ቢዘን
ማእለያ ዘይብሉ ሠራዊት ሒዙ ተሰለፈ ተስፋ ልዑል ድማ ከም ዘለው ሕዝቢ መረብ
ላሽ ከቲቶም ምስ ግራኝ አሕመድ ተለሐሐሱ፣ አብዚ ኵናት እዚ ማእለያ ዘይብሉ
ብ ክልቲኦም ወገን ተወደኤ እቲ ሬሳ ድማ ከምዝረገፈ ቆጽሊ ንብምድራ ከዲንዋ ነበረ።

አስገደ ድማ አብዚ ኵናትዚ ካብቶም ናይ ግራኝ ዓበይቶም ብዙሐት ቀተለሎም
ንተኸነ አዝማች ተስፋ ልዑል አብቶም ማእከል ጸላእቲ አትዩ ክዋጋእ ከሎ ሞተ
ድርኡ ድማ አብቲ ሬሳ ጐይተኦም ከይኖም ተነጻጺፎም ሞቱ ።

ግራኝ አሕመድ ድማ ብድሕሪ ስዕረት ኵናት ዝረኸበ ኵሉ ሰብ እናቐተለን እናወ
ረን እናቃጸለን (እናንደደ) ንዝባን ሐማሴን አውራ አውራ ንድባርዋ ሰባን ማላን
መድ ገበራ'ሞ ብአከለ ጉዛይ ጌሩ ንትግራይ ተሳገረ ጅግንነት፣ ተስፋ ልዑል በዚ
ምዚ ተፈጸመ ።

ነዚ አግፈሑ ዘዘንቱ አብ ታሪኽ ልብነ ድንግል ርኤ ሐፀይ ንብለ ድንግል ሞት
ተስፋ ልዑል ምስ ሰምዑ እቲ ናይ ቅድም ሐጐሶም ናብ ሐዘን ተለወጠ ።

## ዘርኢ ጋብለ ።

ጋብለ ዝበሃሉ አብ ምድሪ ሠራዬ ዘለው ካብቲ መሠረት ወለደኦም ካብ ፈረስ ማይ
መጹ እዮም ጋብለ ዘብኦም አብ ክሳድ ዳዕሮን አብ ታኺታን አብ ዝባን ቆሐይን ሐሐ
ሊፎም አለዉ ከምኡ ድማ አብ ጥቓ ሊባን አኽት ትበሃል ዓዲ ዘርኢ ጋብለ አብ ኳን
ድባ አብ ደብረ ሲና ድምበዛን ከምዚሎም ሐሐሊፎም አለዉ ።

## ዘርኢ ማና

ማና ዝበሃሉ አብ ቆሐይን ሐሐሊፎም አለውዎም ከምኡ ድማ አሕዋቶም አብ ዓዲ
ና አለውዎም ፈለማ አቦታቶም ካብ ውድማና ትበሃል ዓዲ ጥቃ ጐንደር ትርከብ
ብእ እዮም ዝመጹ ዓሌቶም ድማ ካብ ሂታውያን እዮም ዝበሃል ።

## ቀዳማይ ዘመተ ሐፀይ ሠርፀ ድንግል ምስ ትርኩ ።

ባሕረ ነጋሢ ዕቑባ ሚካኤል ጥቁር ዝበሃል ብዘበን ሐፀይ ሠርፀ ድንግል ኣብ ትራ ፍሉጥ ኣዚዩ ዕውት ጅግና ነበረ ። ንሱ ቅድሚ ዓራት ምሐዙ ግና ብዘበን ሐ ሚናስ ኣትሒጁ ዝገዝእ ዝነበረ ሐደ ናይ ባሕረ ነጋሢነት መዓርግ ዝነበሮ ብ፩ ሺ ፭፻፷፯ ዓ-ም ባሕረ ነጋሢ ይሣቕ ዝብሃል ብዓል ሽረ ደብረ በንኰል እንዳ ኣቡነ እ እግዚእ እዩ ዝርከብ ታሪኹ ፈለማ ጊላ ንጉሥ ነበረ ደሐር ግና ብገንዘብ ሰዲዑ ስጋብ ዝጠፍእ ብታሕቲ ታሕቲ ምስ ቱርኩን ምስቶም ፈተውቲ ቱርኩን የሻሩ ነበ

ቁሩብ እዋን ምስ ጸንሔ ድማ ምስ ቢዘር ዓሕመድ ዝበሃል ኢማም ናይ ሐረር ኣኢኹም ዝመጹ፡ ምስ ቱርኮ ንኢትዮጵያ ሕዝባን መንግሥታን ኣብያተ ክርስቲያና ኣዝመቶም'ሞ ሀልም ኣቢሎም ክድምስስዋ በሐንሳብ ስምምዕነቶም ወድኡ ።

እዚ ኹሉ ክኸውን ከሎ እቲ ምኽሮም ኣብ ቤተ መንግሥት ተሰሚዑ ንጉሥ ተቓላጢፎም ብተሎ ከም ዘሎ ሠራዊቶም ኣክቲቶም ንቱርኩን ንባሕረ ነጋሢን ክ ንትግራይ ገጾም ተበገሡ እንተኾነ እቶም ዓበይቲ ሐማሴን ምስ ንጉሥ ዝነበሩ ተ በም ሐደ ልማኖ ኣቕረቡሎም ንሱ ከዓ ከምዚ ዝብል እዩ ።

ኦ ንጉሥ ንሕና ንባሕረ ነጋሢ ለሚና ብዕርቂ ካብቶም ጸላእትናን ፀላእቲ ሃይ ትናን ካብአቶም ፈሊና ክነእትዎ ንስኹም ከዓ በቲ ዓቢይ ርሕሩሕ ዝኾነ ግብር ምሉእ ምሕረትን ሽመትን ክይተስእንዎ መሐሉልና እሞ ዘመተ ይጽናሐልኩም ኢ ለመንዎም ንጉሥ ከዓ ሕራይ ተጣፅሹ ዘአቱ እንተኾይኑ ንባሕረ ነጋሢ ይሣቕ ካብ ርጉን ሽመቱን'ዊን ኣየስእኖን ኣጀኺትኩም ኢሎም ሐፀይ ሠርፀ ድንግል መሐሉሎም

ንሳቶም ከዓ እኒ ከንቲባ ሐሊቦ መረታ እኒ ኣዛዥ ብኢዱ ጽልማ ከምኡ ከዓ ሐት ዓበይቲ ተአኪቦም ናብ ድባርዋ ኣትዮም ንባሕረ ነጋሢ ይሣቕ ተዓሪቑ ክ ብዙሕ ለመንዎ ንሱ ኸዓ ሕራይ ክብሎም ቀኒዩ ዝመኸረ መኺሩ ኣነስ ኣይፋል ታ ዕል ምስ ንጉሥ ሐበሻ ካብ ምዕራቕሲ ምስ ቱርኩ ምእማን ደአ ይበልፀኒ ኣብ ምንጻፍ ማፅረ ማፅረ ከፍ ኣቢሉ ምስኡ ዘኽብረንን ኣዚዩ ዝፈትወንን ምስኡ ሽኒ ኢሉ ጠለሞም ።

ንሳቶም ከዓ ምስተሐለሉ እናሐዘኑ ናብ ንጉሥ ተመሊሾም ክብገሡ ከለዉ ጥይት መድፍዕ ካብቲ ሐዲሽ ኣጽዋር ቱርኩ ዝመጽኤ ኣብዚ ሀገርና ቅድሚኡ ተ ዘይፈልጥ ባዕሉ ባሕረ ነጋሢ ንመጀሀሪ መታን ኩኾና እንኩ እዚ ጥይት እዚ ንን ወሲድኩም ኣርእይዎም መታን እዚ ምሣይዘሎ ንጉሥ መን ምዃኑ ክፈልጥዎ ለአኽሎም ። ካብ ጽጋብ ጽጋብ በዚ ተመኪሑ ናይ መፈራርሒ ኢሉ ዝሰደዶ ሐ ጥይት መድፍዕ ሕጆም እናሐዘኑ ኣብቲ ቅድሚ መጋበእያ ዝገብሩሉ ናብኡ ቀ ኣብቲ ንጉሠ ነገሥትን ዓበይትን ዝነበርዎ ቀሪቦም ድማ ተራእዩ ።



እቲ ኹሉ ነገር ከዓ ተሰምዔን እተገብረን ዝረአዩ ዓበይቲ ኣብኡ ዝነበሩ መኳንን ትን መነከሳትን ዓገብ ዓገብ እዚ ኹሉ ዝገብሮ ዘሎ ናይ ጽጋብ ድፍረት እግዚአብሔር ዝቐብአም ንጉሥ ብገንዘብ ኣረማዊ ከም ይሁዳ ልቡ ጠፊኡ ኢሎም ብሕሩቕሩቕት ሀይ ተበገሥ ኢሎም ኵሎም መኳንንት ክዋግኡ ብምኽሪ ቆሮፀ ።

ንጉሥ ከዓ ነታ ከፉራርሀ ኢሉ ዝሰደዳ ጥይት ንቤተ ክርስቲያን ኣኽሱም ጽዮን ልኢኹም ኣነ ኣቦታተይ ምስ ኣረማዊያን ኩናት ክገጥም እየ እሞ ሠራዊተይ ኣኽቲተ ይብገስ ኣለኹ ንእግዚአብሔር ቀኖና ሐዙለይ ዓወት ክይከልአኒ ኢሎም ካልእ ሀያብ ንቤተ እግዚአብሔር ልኢኹም ንትግራይ ገጾም ተሣገሩ ።

አቐዲሞም ከዓ ኣነ በሐይሊ ጐይታይ መጻእኹኻ ንሳኻ ከዓ በሐይሊ ጥይት ኣጽዋር ቱርኩን ተመኪሕኻለይ ኣነ ኸአ ንሐያል ዘውድቕ ንድኹም ዘበራትዕ ብሽም ክርስቶስ መጻእኹኻ ኢሎም መልሾም ከዓ ድሎ ክይትዕሎ ጽናዕ ክይትምናዕ ኢሎም ለአኽሉ።

ብድሕሪዚ ከምዚሎም ድፍን ሐበሻ ክተት ሠራዊት ውቓዕ ነጋሪት ኢሎም ብሽ ነኽ የማን በዓል ሹም ተኽለ ጊዮርጊስ ብሸነኽ ጸጋም በዓል ሹም ተምቤን ገብረ ኢየ ሱስ እኒ ፈተውራሪ ክርስቶሳዊ ዝበሃሉ፡ ከምኡ ከዓ ኣብ ምድሪ ኤርትራ ዝነበሩ ሽማ ምንቲ በብኽፍሎም መምስ ጭፍርአም እናሠገሩ ናብ ንጉሦም ተሐዋወሱ ።

እኒ ስምኦን እኒ ኣቶ ኣስጐዶም እኒ ዕቑባ ሚካኤል ጥቁር እኒ ኣጐድር ዝበሃሉ ከምዚሎም መኳንንቲ መረብ ምላሽ ከም ዘለዉ ንቡረ እድ ቶማስ ከም ዘለዉ መኳ ንንቲ ዓደምሐራ ብኽተት ኣብ እንኪ ጨው ተሰለፉ ።

ከምኡ ከዓ እቶም ጸላእቶም ቱርኩን ሐገዝቲ ባሕረ ነጋሢን ማእለያ ዘይብሎም ሕዝቦምን ኣፅዋሮምን ከቲቶም ክልቲኦም ወገን ተሠለፉ ። እንተኾነ ባሕረ ነጋሢ ከም ብሐድሽ እዚ ኹሉ ምስ ገበረ ዕርቂ ካብ ንጉሥ ለመነ ። ንጉሥ ከዓ ሕራይ ዕርቂ ምሳይ እንተ ደአ ደሊኻ ነዓ ናባይ ክንዲ ሃይማኖትናን ዓድናን ብሐንሳብ ኰይና ጸላእትና ካብዛ ቅድስቲ ዓድና ነጥፍአዮም ። ኣነ ዝብለካ እንተ ዘይሰማዕኻ ግና ማይ ናብ ዓቐበት እንተዋሐጀ ኣኺ እንተፃዕደወ ኣይሰምዓካን እየ ኢሎም ለአኹሉ ።

እንተኾነ ንሱ ብብዝሒን ብሐይሊ ሰብን ደአ'ምበር ብሐይሊ ፈጣሪ ዲል ዝርከብ ኣይመሰሎን ምስ ቱርኩ ሐመደ ግዳም ዝኾነ ሠራዊት ሒዙ ኣብ ፈረስ ማይ ብ፩ ሺሕን ፭፻፸፯ ዓ-ም ብወርሒ ሕዳር ኩናት ተጀመረ ንጉሥ ከዓ ነቲ ሠራዊት ኣብ ክልተ መቐልዎ ማእኸል ባዕሎም ሐዝዎ ብሸነኽ የማናዮም ከዓ ሹም ተኽለ ጊዮርጊስ ብዙሕ ሠራዊት ሒዙ ተሰለፈ ብሸነኽ ጸጋማዮም ኣዝማች ሐረጐት ብዙሕ ርእሶም ተሰለፉ ከምዚ ጌሮም ንብምድራ ብሠራዊት ከደንዋ ።

ቱርኩ ከዓ ኣብዚ ዓድና ዘይተራእዩ ሐድሽ ኣፅዋር መዳፍዕ ጌሮም እናደጋገሙ ናብቲ ዕጡቕ ዝኾነ ከም ባርዕ ዝሻላበብ ዝነበረ ሠራዊት ኣብ ልዕሊኦም ካብ ሰማይ መብረቕ ዝወረደ ክመስል ክበናቑሮምን ክንቆጥቁጦምን ጀመረ ። እቲ ሕዝቢ ከዓ ኣዚዩ ፍርሒትን ምድሕርሐርን ክቃላባዕን ጀመረ ። ንጉሥ ከዓ እዚ ኹሉ ምስረአዩ ሠራዊት ክይደሀሎም ናብ ፈረስ ተወጢሖም ናብትን ናብትን ይዝምብዩ ነበሩ ።

ፈረሰኛታት ዝኾኑ እናሐረዩ ገለ ፤ ሺሕ ዝአክል ንቅድሚት ገጾም ብጋል
ዝሞተ ይሙት ዝተረፉ ጥሒሾም ብትብዓት ናብ ማእኸል እቲ ጸላኢ አትዮም
ግኡ አዘዙ ከምኡ ከዓ ቀቅድሚ እግረኛ ሰብ አባቕል ክንድአቶም ዚአኽሉ ክስዕብ
ተአዘዙ ደድሕሪኦም እግረኛታት ሠዓብዎምሞ ንፈለማ ሮምታ እናተኰሱ ምቕራብ
እዎም አዚዩ እቲ ኲናት ከምሐዊ ምስረሠነ ግና ብጋልቦት ጢሒሾም አብ ማእ
ሰፈሮም በዝን በዝን አልቦ አትዮም ኢድ ንኢድ ክሠልዕዎም አጽዋሮም እናሕ
ከመባጊዕ ሰስናሉ ተረፍ ዝሞቱ አሥርዎም ።

ደሐር ባሕረ ነጋሢ ይሣቕ ምስ ጭፍርኡ ክዋጋእ ከሎ ሐደ ጅግና ፈረሰኛ እ
ከረ መጺኡ ብሕላስ ፀፍፀፍ እንግድዕኡ ደርገመሉ ሽዑ ባሕረ ነጋሢ ደሙ
እናለ ንድሕሪት ገጹ ክምለስ ከሎ ተስፋ ቈሪጬ ፍጻሜኡ ምስ ረአዩ ካብ ዝ
ፈረሱ ሐጠቕ ኢሉ ወደቐ እሞ አብ ሐንቲ ገረብ ጽላል ደኺሙ ዘግ ኢ
ወደቐ እንተኾነ እዋን አይረኸበን ብአ ብአ ነፍሱ ወፀት እዚ ኹሉ ጅግንነቱ
ከምዚ ተፈጸመ ።

እቲ ናይ ቱርኩ ሥልጣን ሐለቓ ናይ ኲናት ክዘምት ዝመጸ ባሻ አክዋርድ
ሃል በቲ ሰዓት እቲ፡ እቲ ሠራዊቱ ክደሃል ከሎ ይርኢ ነበረ ንሱ ከዓ አብ ፈ
ኰይኑ ብየማናይ ኢዱ ወርቂ ሕላስ ሕጁ ዲኖ ለቢሹ ወርቂ ከለቻ አብ ርእሱ ደፊ
ወርቂ ደፍኡ ሴፍ አብ ማዕጥቕኡ ዓጢቑ ተስፋ ቆሪጬ አታሃድማ ዕቡያት ጌሩ ን
ሪት ገጹ ክምለስ ከሎ ሐደ ጅግና ሐበሻ ብጋልቦት አርኪቡ ሰደራ ልቡ ብኲናት
ተሉ ። ንሱ ኸዓ ዓው ኢሉ ካብ ፈረስ ዕልው ኢሉ ወደቐ ።

ንሱ ከዓ ካብ ፈረሱ ዝግ ኢሉ ወሪዱ በገዛእ ሴፉ ካብ ማዕጥቑኡ መሺቱ ከ
ዳዊት ንጕልያድ ዝገበሮ ክሳዱ ቆሮፆ እቲ ሽልማቱ ድማ ከምዘሎ ገፊፉ ወሲዱ እ
ቅድሚ ንጉሥ ፈከረሎም ፡ ንሰም ከዓ ሽም እዚ ጅግና እዚ ከይርሳዕ ንድሐር ነቲ ዝመ
እዋን እቲ ሽሙ አብ ድጓ ምልክት ክኸውን ይጸሐፍ ኢሎም ብግዕዝ ቋንቋ ን
ትርኩ ብሴፍ በተኸ ዝብል ስጋብ ለይቲ ሎም አብ ድጓ ምልክቱ ተጺሒፉ አሎ ።

ብድሕሪ እዚ ንጉሥ ነዚ ኹሉ ሥዒሮም አብ ድንኳኖም ኮፍ ኢሎም ነቲ ተቖ
ርእሲ ጀኔራል ወይ ከዓ ባሻ ኤኽዋርድን ናይ ባሕረ ነጋሢ ይስሐቕን ክልቲኤን አ
ስያዳ ምንዳፍ ፈለማ ክልቲኦም ብሐንሳብ ጐን ንጐንን ኰይኖም ከይጣለሙ ተ
እሐሉላ ናብአ ክልቲኤን አተራአስወን ።

እታ ፈለማ ከፋራርሕ ዝለአኽሎም ጥይት መድፍዕ አብቲ ቅድሚ ንጉሥ አ
ምንጻፍ ቀሪበን ምስተራእያ ሰብ ዝኾነ ዅሉ በቲ አብ ምድሪ እግዚአብሔር ዘርእ
ዝገብሮን ተአምራት ዘስተንክር ራአዩ እሞ አዚዮም ከዓ ተገረሙ ፡ እቲ ፈለማ ተ
ቕካ ነዓ እቶ እንተሉኳስ አነስ አይፋለ ምስባሻ ኤኽዋርድ ክልቴና አብ ሐደ ምን
ኮፍ ኢልና ከይንጣለም ተመሐሒልና ኢሉ ጥይት መዳፍዕ ከፋራርሕ ፈጣሪ ዘይክእ
መሲልዎ ብቱርኩ ተመኪሑ ብሐደ ንጉሠ ነገሥት እግዚአብሔር ዝቐብኦም ንሕግ
ከተሐዳድሩን ክሕልውን ከዋፍሩን እተሐርዩ ንጉሥ ዝደፈሮም ።



ንሰም ከዓ ብሽም ክርስቶስ ኢሎም ንአምላኽም አሚኖም ተዋጊኦም ዲል ሂብዎ
ሰ. እቲ ሬሳ ናይ ጸላእቶም አብ ቅድሚ ዓይኖም ዘርአዮም አምላኽ ነቲ ኲሉ ዝርኢ
ነበረ ሕዝቢ ተአምራቱ አብነት ኰኖም ።

በዚ ከምዚ ኲናት ቱርኩ ብታሕሣሥ ወርሒ ብ፩ ሺሕን ፰፻፸፮ ዓ-ም ተፈጸመ
ይ ዓወት አኽሊል ከዓ ደፍኡ ንጉሥ ከዓ ማእለያ ዘይብሉ አፅዋርኒ አቑሑትኒ አስያ
ኒ ወርቅን ብሩርኒ መዳፍዕ አናፍጥ ምንጻፋት ፍቕዲ ዘይብሉ በብዓይነቱ አብ ኢዶም
ሰአተወ. እናተኻታተሉ ስጋዕ ባጽዕ ስዒቦም አብ ኢዶም ጠቕሊሎም ሐዙ ካብኡ
ሚሩ ስጋብ ደጊያት ውቤ ባጽዕ አብ ኢድ መንግሥቲ ሐበሻ ነበረት ።

ንጉሥ ከዓ ነቶም ፈለማ ንዓዶም ኸዲያም ምስ ቱርኩ ኰይኖም እናመርሑ ሀገ
ን ቤተ ክርስቲያንን ዘጥፍኡ ዝነበሩ ካብቶም እተማረኹ እቶም ቀንዲ ቀንዲ እናተ
ሱ እኒ አመኒኦስ ወይ ከዓ አመነዲዎስ እኒ ከንቲባ እንግዳ ጽዮን ብፍትሐ ነገሥት
ፍሪዶም ብሞት ቀጽዕዎም ።

ብድሕሪ'ዚ ፍርዲ ምስፈጸሙ ታሪክ ነገሥቶም ሐፀይ ሠርፀ ድንግል ከም ዘዘንት
ዎ ብወርሒ ታሕሣሥ ብ፩ ሺሕን ፰፻፸፮ ዓ-ም ንጉሥ ካብ ሠራዬ ዓዲ ቖሮ ዝበሃል
ጅ ዑናታት ዘሎ ብዘበኑ ዓቢይ ዓዲ ብኽፍሊ ተኸላ ዝነበረ ይመስል ፡ ካብኡ ተላዒ
ሎም አብቲ ርእሲ ከተማ መናገሻ ድባርዋ አተወ. ፈለማ ቅድሚ ምምጽኦም እቶም
ርከኛታት ቱርኩ ፍቐዱልና እሞ ከምቲ ንጐይታና ናይ ዓወት መድፍዕ ክንትኩስ
ኢሎም አፍቂዶም እናደጋገሙ ንሰማይ ገጾም ተኲሾም ተቐበልዎም ።

ነቲ አጽዋርኒ አቕሑን ዝቕበሉ ዋናታት እኒ ስብሐት ለአብኒ እኒ ቊርባነ ክርስቶ
ስኒ ዝበሃሉ ኢሙናት መኳንንቶም ልኢኾም አብ ኢዶም ሐዝዎ ። ንኹሉ ሐላፊ ከዓ
ብልዕሊኦም አባ ንዋይ ዝበሃል ካብ ንጉሥ ዘይፍለ ፈላሲ ብምህሮ ሊቅነት ኮነ ብእም
ነት ኰነ ብምውፋርኒ ብምኽርን አዚዩ ጨለ ነበረ እሞ ንሱ አብ ልዕሊ ኲሎም ተሾመ ።

ንጉሥ ከዓ ሐያሎ መዓልቲ አብ ድባርዋ ነቲ ሕዝቢ ከከም ድኻሙ ክሽልሙን
ሐድሐደ ዓድታት ከዓ ርስቲ እናገበሩ ክምጥውዎም ቀነዩ ። ልደት አብ ድባርዋ ውዒ
ሎም ንጥምቀት ናብታ እተባረኸት ቅድስቲ ጽዮን አክሱም አትዮም እቲ ኵሉ ዝፈ
ጸመሎም አምላክ ከም ሥርዓት አቦታቶም ምስጋና ከቅርቡ ወዓሉ ።

ከህናት ልብሰ ክህነት ለቢሾም ብኾቦሮን ብጸናጽልን ንሴብሖ ለእግዚአብሔር እናሉ
ወታደር ከዓ በብሐለቐኦም ብፈረስን ብበቕልን በብሥፍርኦም ተሰሊፎም ሆ ሆ እናሉ
ደቀንስትዮ ከዓ እናገጠማን እናደረፋን እናሳዕሳዓን እናተቖየፀያን ብጣቓዒት እልል እናተ
ባህለ በብኽፍሉ ምሥረ ቃና ዝበሃል ጡሩምባ እናተነፍሔ ሣንቲ ዝበሃል መለኸት ድቢ
ዝበሃል ወርቂ ነጋሪት እናተሐምሐመ ብዓቢይ ክብሪ አብ አክሱም ከም ሥርዓት ሠል
ፎም ፈጸሙ ።

ብድሕሪኡ ነዚ ዅሉ ሠራዊት ግብሪ ከብልዕዎን ወርቂ ክሸልምዎን ብሩርን ከከም
መዓርጉን ዝግብኦን ክዕድሉ ቀኒዮም መወዳእትኡ አብዚ እንተቐነኹስ ሠራዊት ብቐ
ሉብ ከይሸገረኒ ኢሎም ምስቲ ሽዑ ዝነበረ ንቡረ እድ ቶማስን ምስቶም ዓበይቲ መኳ

ንንትን መነኮሳትን ነንዓዶም ክኸዱ በብሐደ አሳናቢቶም ንዓደምሐራ ተመልሱ ፡ ከም ከዓ እቲ ኹሉ ሠራዊት ነንዓዱ ተመልሰ ።

እዚ ክፍሊ ዛንታ ሠርፀ ድንግል ምስ መጽሐፍ ጀርመንን ቤተ መጻሕፍቲ ና እንግሊዝኒ ምስቲ ብራና መጽሐፍ ታሪክ ብግዕዝ ቋንቋ እተጻሕፈ ምስ ታሪክ ነገ ናይ ሐፀይ ሠርፀ ድንግል በቲ እዋንቲ ጸሐፌ ትእዛዝ ዝነበረ ወልደ ሃይማኖት ዝጸ ፎን ምስኰንቲ ሮስኒ ዝጸሐፎ ምዕራፍ ፲ ፺ ገጽ ፺፺ ብጣልያን አዛራርብኡ ፍላይ የ ሉን ናይ ኩሎም ከዓ ተሰማምዓይ ኰይኑ ሐደ እዩ ቃሉ ።

ጅግንነት ባሕረ ነጋሢ ዕቑባ ሚካኤል ጥቁር ።

እንደገና ከም በሐድሽ ካብ ቱርኩ ንጉሥ ካብ ኤርትራ ንደቡብ ኢትዮጵያ ሐፀ ሠርፀ ድንግል ምርሐቖም ምስፈለጠ፡ ንወዲ ሕሱም ዝበሃል ባሕረ ነጋሢ አቢሉ ንዕ መራሕ መገድን ከምኡ ከዓ ብታሕቲ ታሕቲ ንዝባን ሐማሴን በለኽ እናለ አልቦ ሀገ የጸልምት ነበረ ።

ቱርኩ ከዓ ንጉሥ ንሸነኽ ደቡብ ኢትዮጵያ መገዲ ሠለስተ ወርሒ ዘአክል ከ ዶም ሀገር ከግፍሑ ኢሎም ከም ዘማሐደጉሉ ምስ ፈለጠ አዚዩ ጠዓሞ ።

ወዲ ሕሱም ከዓ ሐያለ አጽዋር አኪቡ ጥዑም ጊዜ ዝረኸበ መሲልዎ ተቓላጢ ነቶም ሽማምንትን ገባራትን እናመጸ ደሐን አሎና እናበሉ ጥሪቶምን ወርቆምን እና መተን እናቐተለን መከሮኦም የሕሠሮም ።

ደሐር ግና ብሐማሴና መኺራ ክትዋጋእ ተዓጠቐት ከምኡ ከዓ ካብ ትግራይ እ ኹሉ ምሰምዑ እኒ ትግሬ መኰንን እኒ ከንቲባ ሐረጐት ። ኤርትራ ከዓ እኒ ዕቑባ ሚ ኤል ጥቁር ብዙሐት መኳንንቲ ተአኪቦም ትንትግ ዘንቲ ዕለት ምስ ወድ ሕሱም ይ ግኡ ነበሩ ። እንተኰነ ወዲ ሕሱም አብ ገምገም ባሕሪ ጥቓ ቱርኩ ብምኳኑ ሐድ ሐድሽ አጽዋር ተሰማሚዑ እናምጽኤ ምስቶም መኳንንቲ ኤርትራ ተዋጊኡ አብ ጐ ጐል ጽልማ ክልቲኦም ወገን በርቲዖም ምስተዋግኡ አማሲይኡ ግና ወዲ ሕሱም ሠ ሮም አብዚ ውግእ እዚ ብዙሕ ሕዝቢ ተወድአ ።

ንሳቶም ከዓ ዘይኰነሎም ምስ ረአዩን ካብ ቱርኩ እናተሐገዘ እናገደደ ከምዚ ኸዶ ስለ ዝፈለጥዎ ተቓላጢፎም ናብ ንጉሥ ደብዳቤ ከምዚ ዝብል ለአኹ ።

ኦ ንጉሥ ንሕና ሕዝብኹም ናይ ሐዘን አውያት ንጽሕፈልኩም አሎና ቱርኩ ካብ ዕርዱ ካብ ሕርጊጎ ወፂኡ ንዝባን ሐማሴን ንድባርዋ ሕጅዎ አውኡ ግና ኩና ገጢምናሉ ብብዝሒ ሐይሊ ሠራዊትኒ ሐድሽ አጽዋርኒ ስዒሩ ንከተማ ድባርዋ ሐሊ ናብ ማይ ፃዕዳ ከም በሐድሽ ካብ ትግራይ ተሐጊዝና ዘዓበየ ኩናት ገጢምና አብ ኩናት እዚ መእለያ ዘይብሉ መኳንንትን ሕዝብን አልቦ ዘሰክሕ እዩ ተኰስቲሩ ዘሎ

ቤተ ክርስቲያናት እውን ዝረኸቦ ተኩሽዎ ምርሐቅኩም ስለ ዝሰምዔ ከዓ ንት ራይ መረብ ዓቢ ተሣጊሩ ንአክሱም ክትኩስ እዩ ድላዩ ንሕና ሕዝብኹም ግና ማል ሰብናን ፍቕዳ ዱር ፀሊም ኢና ዘሎና ኢሎም ምስ ለአኹሎም ።



ንጉሥ ከዓ እዚ ኹሉ ምሰምዑ ካብቲ ዝነበርዎ ርሑቕ መገዲ ፫ ወርሒ ብገስጋስ ክብኡ ከሀፉ ለይትን መዓልትን ንቕድሚኦም እናአወጹ ክተት ሠራዊት ውቓፅ ነጋ ሪት ኢሎም ዘይከተተ ቤቱን ንብረቱን ርስቱን ውርሲ ንመንግሥቲ እዩ ከመይሲ እዚ ሎሚ መጺኡና ዘሎ አረማዊ ጉግ ማንጉግ ዝኾነ ሕዝቢ ቤተ ክርስቲያን ዘፍርስ አንስ ትና ዘርክስ መሬትና ዝወርስ ደምና ዘፍስስ ጨካን ዝኾነ ነቶም ዝተረፉ ቈለውዕና ከዓ ባርያ ጌሩ ዝገዝእ እዩ እሞ ዘሎ አጽዋርኩም ሕጅኩም ሴፍ ዘለዎ ሴፉ ስሒሉ ኩናት ዘለዎ ኩናቱ አብሊሑ ከም ዝስዕበኒ እናሉ ንቕድሚኦም ሠራዊቶም እናአከቡ አብ ተምቤን ምስ በጽሑ ፡ ንቕድሚት ፊተውራሪ ኰይኑ ዝአቱ አብ አፈና ኩናት በዓል እኽሱም ንቡረ እድ ቶማስ ዝበሃል ምስ ብዙሕ ሠራዊት ፈረሰኛ ሕጁ ተአዚዙ አተወ ።

ደደሕሪኡ ከዓ ቁርባነ ክርስቶስ ዝበሃል ምስ ብዙሕ ሠራዊቱ ገጠመ ንጉሥ ከዓ ሠራዊት እናአከቡ ሽሬ በጽሑ ፡ ወስኖ ዝበሃል አብ ትሕቲ ንቡረ እድ ዝእዘዝ ብሐደ ሸነኽ ገጠመ ።

ቱርኩ ግና ስጋብ መረብ ዓቢ በጽሔሞ አብ ልዕሊኦም ሠራዊት ሐበሻ ፀብለል የሎም እናጨደረን እናርከበን ከም አዝርእቲ የዓፅዶም ነበረ ፡ ንፈለማ ግና ቱርኩ በር ቲዑ ሐያሎ እዋን ምስተዋግኤ ሕዝቡ አዚዩ ምስተወድኤ እቶም ዝተረፉ ዓቕሎም ፀቢብዎም ንድሕሪት ገጾም ሀድማ ክጅምሩ ከለዉ ሐደ ዕውት አዚዩ ስሙይ ዝኾነ ጅግና በጽሒ ዕቑባ ሚካኤል ዝበሃል ኤርትራዊ ምስሐያሎ ጭፍርኡ አብ በረኻ መረብ ዓቢ አብ ዱር ፀኒሑ በዚአ መጽኤ ከየሉዎ በለኽ ኢሉ አብ አምበላይ ፈረስ ተወጢሑ ብጋልቢት አርኪቡ አብ ማእኸል እቶም ዝሀድሙ ዝነበሩ ዓበይቲ መራሕቲ ኩናት ቱርኩ አትዩ ሴፉ መሊሑ ሐሐሊፉ በበቲኹ አልቦ ኩስትር አበሎም ።

ነቲ አብ ኢዶም ዝነበረ አጽዋር እናገፈፈ ነቲ ፈለማ ካብ ውግእ ወሲዶሞ ዝነበሩ ገንዘብን አቑሑን አምልሹ ነቶም ካብ ሞት ዝተረፉ ማሪኹ ብዓቢይ ዓጀብ ሆናለ ወሲዱ ናብ ንጉሥ እንሆ ንበረኸት ኢሉ ፈከረሎም ።

ንጉሥ ከዓ ንዕቑባ ሚካኤል እቲ ኩሉ ዝፈጸሞ ጅግንነት አዚዩ ብሥርሑ ባህ ስለ ዘበሎም ። ከም ሥርዓት አብ ሰፈር ንጉሥ ጸዊዖም አዋጅ አንጊሮም ካብ ሎሚ ጀሚሩ እዚ ዕውት ዝኾነ ጀግና ባሕረ ነገሢ ዕቑበ ሚካኤል ንመረብ ምላሽ ከም ዘሎ ገዛኢ ኰይኑ ከተሐዳድር ኢሎም ቀሚሽ አልቢሾም ወርቂ አብ ክሣዱ አሰሩሉ ።

አብ ርእሲኡ ከዓ ብወርቂ ተጨምጨመ ጋማ አሰሩሉ ከምኡ'ውን ካልእ ህያብኒ አብ መሬት ሠራዩን ዝባንን ቆላን ማእለያ ዘይብሉ ርስትን ጉልትን አዋጅ አንጊሮም ብ፩ ሺሕን ፭፻፹፯ ዓ-ም ባሕረ ነጋሢ ዕቑባ ሚካኤል ግዝአት ምስ ሐዘ አብታ ጠልን ዱርን ዝነበረት አብ ተራ እምኒ አብአ ከተማ ገበረ ።

ንጉሥ ከዓ ንቱርኩ ክልተ እዋን ተዋጊአም ምሰዓርዎ ፈጺሙ ካብ ምድረ ሐበሻ እንተ ዘይአጥፈኤዮስ ንዳሕራይ ጊዜ እሾኽ ኰይኑ ዓደይ ሰላም አይተረክብንያ ኢሎም ነቶም አብ ኢዶም ዝነበሩ ምርኮኛታት የእዳዎምን የእጋሮምን አስአንዎም መታን ክስ

ክሖ እቶም ናእሽቱ አዘዝቲ ኵናት ቱርኩ ዝነበሩ ለይትን መዓልትን ሀዲሞም ዝባን ከባሳ ንምጽዋዕ አተዉ ።

ንጉሥ ከዓ ሠራዊት ልኢኹም ደድሕሪኦም አልቦ ህልም አቢሎም አጥፍእዎ እቶም ዝተረፉ ሒዶት ከዓ ብጀላቡ ንዳህላኽ ተሣገሩ አብኡ ንኹሉሣብ ተቐማጢ ሐላ ወሰን ሠራዊት ከየቕምጥሉ ብስንቂ ዝአክል ፀገም እኸሊ ዘይበቕሎ ቆላ ኰይኑ እኳ ሠራዊት ተሸጊሩ ዝገብሮ ምስ ጠፍአ የዕገርጊሩ የዕገርጊሩ ብዙሕ ወርቅን ብሩር ከምኡ'ውን ካልእ ንቕድሚኡ ዝረኸበ ኹሉ እናዘረፈ ይበልዕ ነበረ ። በዚ ከም ኵናት ቱርኩ ምስ ሐፀይ ሠርፀ ድንግል ተፈጸመ ።

እቲ ብገንዘብ ሰዲዑ ካብ ናይ ቱርኩ መንግሥቲ ባሕረ ነጋሢ ዝብል መዓርግ ቢሉ ንኸበሳ እናወፀ ሀገር ብዘመተ ለይትን መዓልትን ዘጥፍእ ዝነበረ ወዲ ሕሱ ዝበሃል ዝገብሮ ምስ ጠፍአ የዕገርጊሩ የዕገርጊሩ ብዙሕ ወርቅን ብሩር አቑሑን ሀ ንንጉሥ እኸሊ ማዕሪ ንኸብቲ ልኢኹ ዕርቂ ለመነ ።

ደሐር ከዓ ዓቢይ ጥፍአት ዝሠራሕኹ ንሕዝብን ንንጉሥን እየ እሞ በቲ ዝኰነ ለውሃትኩም መሐሩኒ ኢሉ እምኒ ተሸኪሙ አብ ቅድሚ ዙፋን ንጉሥ ፍግ ኢሉ ለመነ ።

ንሰም ከዓ ብሰንክኻ እቲ ኹሉ ዝፈሰሰ ደም አብ ሀይወትካ ርኸበ ድአ'ምበር ይሲ እንታይ ባህግኻ ሲኢነ ኢሎም ብዝገበሮ እተጥዓሠ መሲልዎም ንጊዜኡ ካብ ቕሩቖቶም ዝሒሎም ስለ ዝነበሩ ካብ ሞት ቅጽዓት መሐርዎ ። ደሐር ግና መልሹ ንጊዑ ምስቶም ብጩቱን ፈተውቲ ቱርኩን ተላእኢኹ ንምድሪ ሐባብ አቢሉ ካብ ውን ሐሊፉ በረኹኡ ተንቑተ ።

እዚ ኹሉ አብ ሠፈር ንጉሥ ምስተሰምዔ እቲ ዝቐነይዎ ሐጐስ አብ ጓሂ ተለወ ንጉሥ ከዓ አዚዮም ከም ሕሱም ጐሐዩ ።

## ዓወት ባሕረ ነጋሢ ዕቑባ ሚካኤል ።

እዚ ክኸውን ከሎ ባሕረ ነጋሢ አብጥቓ ዙፋን ንጉሥ ኰይኑ ይሰምዕ ነበረ እ ጐይታይ አነ ሐደ ጊላኹም ንወዲ ሕሱም ካብ ዘለዎ ሥፍራ ተዋጊኤ ከምጽአ ፍ ለይ ኢሉ ፈኪሩ ብዙሕ ወታደር አኪቡ ተበገሠ ።

ከምኡ ከዓ አብ ትሕቲኡ ዝእዘዝ በብኽፍሊ ግዝአቶም ብትእዛዝ ንጉሥ እኒ ቲባ ገብረ ክርስቶስ ከንቲብነቶም ካብዚኦም እዮም ዝተቐበሉ ።

ስለዚ ንወዲ ሕሱም ተዋጊኦም ከምጽእዎ ንበረኻ ወረዱ ዕቑባ ሚካኤ ንሱ አብ ፈረሱ ተወጢሑ ብገስጋስ ለይትን መዓልትን ወዲ ሕሱም ደሐን አለኹ እ ብገርሁ ዑጡቓት ጀጋኑ አብ ልዕሊዑ ከምዝአተውዎ ምስፈለጠ ግልብጥ ኢሉ ብፈ እናጋለበ ናብ ባሕረ ነጋሢ ዕቑባ ሚካኤል ትኽ ኢሉ አተዎ ።

ንሱ ባዕሉ ባሕረ ነጋሢ ፈለማ ብሕላሰ ወርዊሩ ምስሐቶ ካብ ማዕጦቑኡ ሴፉ መለ ክልቲኦም ተደባደቡ ወዲ ሕሱም'ውን ፍሉጥ ጅግና እዩ ዝነበረ ግና ካብኡ ዝብርት



ንጅግና ጅግና ስለ ዘለዎ ዕቑባ ሚካኤል በቲ ጨቢጥዎ ዝነበረ ስሑል ሴፍ አብ ዝባን ፈረሱ ከሎ ክሣዱ ቀጽይ አቢሉ በተኾ ።

እቶም ሰድራ ወዲ ሕሱም ከአ ብሞት ጐይትኦም ተስፋ ቆሪጾም ገለ ከየሉ ተዳሂ ሎም ትም ኢሎም ተማረኹ ።

ሽዑ ባሕረ ነጋሢ ነታ ዝቖረፃ ርእሲ ወዲ ሕሱምን ነቲ ዝማረኸ በብዓይነቱ እናፍ ጥን አቑሑን ነቶም ምሩኻት እናኾብኾቦም በዓቢይ ዓወት ተዓጅቡ ሆ ሆ እናሉ በብሐለቓኦም ጌሩ አብ ከተማ ድባርዋ አብ ሠፈር ንጉሥ አትዩ ነታ ዝቆረጻ ርእሲ ወዲ ሕሱም አብ ቅድሚኦም እንሆ ንበረኸት ኢሉ አብቲ ትሕቲ ዙፋን ወርቂ ፍግም ኢሉ ኢ.ድ ነሚኡ ፈከረሎም ።

ንሰም ከዓ በቲ ትንትግ ወይ ከዓ ወርትግ ብጅግንነቱ ዝፈጸሞ ዓወት አዚዮም ስለ ተሐጐስሉ ፈለማ ከአቱ ከሎ ብሰልፊ ብነጋሪትን ጥሩምባን ብመለኸትን ደቀንስትዮ ብደርፍን ብማዕማዒትን ከምኡ ከዓ ደቂ ተባዕትዮ ሆ ሆ እናሉ በዓቢ ክብርን ግርማን ጌሮም ንጉሥ ንባሕረ ነጋሢ ተቐቢሎም አብ ጥቕኦም አቐመጥዎ ።

ንሕና ንጉሠ ነገሥት ንዘለዓለም ዘይርሣዕ ጅግናን ሃይማኖቶኛን ዝኾነ ባሕረ ነጋሢ ዕቑባ ሚካኤል ምንም እኳ ብሥጋ እንተዘይወለድክዎ ብመንፈስ ቅዱስ ውላደይ እዩ እሞ ካብ ለይቲ ሎሚ አትሕጁ ወልደ ንጉሥ አቢልናዮ ኢና ወልደ ንጉሥ ኢልኩም ጸውዕዎ ኢሎም አዋጅ አንጊሮም ከምቲ ደቆም ዝአሥርዎ አልማዝ ወርቂ አብ ክሣዱ አሠሩሉ ወርቂ ካባ ከም ፀሐይ ዘይጥመት ከአ መጠውዎ ።

ታሪክ ነገሥቶም ከምቲ አጋኒኑ ዝዛረቦ ብዙሕ እዩ ግዝአት ከዓ መረብ ዓቢ ምላሽ ሕጁ ስጋብ ሐያለ ዘበን ብሰላም ይገዝእ ነበረ ።

ካብዚ ዘበንቲ አትሕጁ ስጋብ ሐፀይ ዮሐንስ ምጽዋዕ አብ ኢድ መንግሥቲ ሐበሻ ብዘይ ስቕቕታ ተናቓኒቑ ዝነበረ ዓራት ቀጥ ኢሉ ነበረ ። በቲ እዋንቲ ባሕሪ ነጋሢ ዕቑባ ሚካኤል አብ ደጋ ዝባን ሠራዬን አብ ምድሪ ቆላን ሐሐሊፉ ርስትን ጉልትን ንውሉድ ወለዶ መረቕሉ ።

ጅግንነት ባሕረ ነጋሢ አሕጺርና ንገድፎ አሎና እምበር ብምልኡ ንኽንጽሕፎ ብዙሕ እዩ ዛንትኡ ። እዚ መጽሐፍ ታሪኽ እዚ አብ ብራና ካብ ወልደ ሃይማኖት ብዘበኖም ዝነበረ ጸሐፊ ትእዛዝ ዝጸሐፎ እዩ ። ነዚ አብ ኢትዮጵያ ታሪኽ ምዕራፍ ፳፪ ገጽ ፳፰ አብ ኰንቲ ሮሲኒ መጽሐፍ ጣልያን'ውን ተጻሒፉ ይርከብ እዩ ።

## ምዕራፍ ፳፬ ።

### ወለዶ ሰብ ሊባን ።

እዞም ሕጂ አብዚ ምድሪ እዚ ሊባን ዝበሃሉ ዓሌት ዘጌ ካብ መራ ተክለ ሃይማኖት ዘርኢ ዝውለዱ እዮም ነቲ ወለዶኦም ከዓ አብ ዝሐለፈ ገጽ ተሰምዩ ዘሎ አቦታቶም ካብ መራ ተክለ ሃይማኖት ንላዕሊ ዘሎ ወለዶ ስጋዕ ይትረሃም ወዲ ዳዊት ንጉሥ

እስራኤል ዝነበረ በብሐደ እናሰመዬ ሽሞም ዝቖርሖም አብ ገድሊ ላሊበላን አብ ከ
አብ ታሪክ ነገሥትን እዩ ዝርከብ ።

ሕጅ ግና ካብ መራ ተክለ ሃይማኖት ንታሕቲ ናብዚ ዘለዉ ደቆምን ደቂ ደቆም ዝሐዝዎ ዓድታትን አመቓቕልኦምን ክንሰሚ መራ ተክለ ሃይማኖት ንጣጣው ደም

ጠጣው ደም ንግርማ ሥዩምን ንጃን ሥዩምን ወለደ ። ግርማ ሥዩም ዝፈረየ ደቂ አሮን ደቂ መቃርስን እንጦንስን ይበሃሉ አብ ላስታ ፋሕ ኢሎም ዓዲ ሒዞ አለዉ ። ከምኡ ከዓ ደቂ ይምሐረነ ካብ ቀዳማይ ሐርበይ ዝውለዱ ተሐዋውሾም አ ሽድሆን አብ ዋሮን አብ ዋድላን እዚዮም በዚሖም አለዉ ። ደቂ እንዳለው አይቀር አዚዮም ብዙሕ በዚሖም ስጋብ ሰቖጣ ሐመደ ግዳም ዝኸኑ ንብምድራ ኸዲኖማ አለዉ

ጃን ሥዩም ከዓ እቲ ሐው ግርማ ሥዩም ወዲ ጠጣው ደም ንሱ ጃን ሥዩም ን፫ ወለደ ። ሽሞም ከዓ ከምዚ ዝስዕብ እዩ ። ፩ ንሐፀይ ላሊበላን — ፪ ንቀዳማይ ሐፀ መራሬ ገብረ ማርያምን — ፫ ንቀ ቀዳማይ ሀርበይን ።

ነዚኦም ሠለስቲኦም ወለደ ፡ ካብዚኦም ሐፀይ መራሬ ገብረ ማርያም ንሐፀይ ይት ረክ ንበይኑ እዩ ዝወለደ ፡ ሐፀይ ይትባረክ ከዓ ን፪ተ አወዳት ወለደ ፡ ሽሞም ከዓ ከም አብ ታሕቲ ዝስዕብ እዩ ። ፩ ንዳግማይ ሐርበይ — ፪ ንዳግማይ መራሬ ገብረ ማርያም

ዳግማይ መራሬ ገብረ ማርያም ከዓ ንሠለስተ አወዳት ወለደ ሽሞም ከዓ ከምዚ ዝስ እዩ ። ፩ ንአምበሳ ጅርኒ — ፪ ንንዳለው አይቀርኒ — ፫ ንጅራተ ቀጭንኒ ። ነዚኦም ወለ

ዳግማዊ ሐርበይ ከዓ ንአብርሃም ቀሲስ ወለደ ፡ ካብ ላስታ ካብቲ ከተማ አቦ ካብ ቡግና ዝበሃል ዓዲ ደድሕሪ ደቂ ሐወቡኡ ናብዚ ምድሪ ሐማሴን ስዓበ እ አብዚ ኰይኑ ን፪ተ ወለደ ። ፩ ንኖኅን — ፪ ንሬኤ ፍጹምን ።

ነዚኦም ምስ ወለደ ሞተ ፡ ካብዚኦም ሬኤ ፍጹም ን፫ ወለደ ሽሞም ከምዚ ዝ ዕብ እዩ ። ፩ ንዝዋብእዚጊን — ፪ ንሣልሳዊ ሀርበይን — ፫ ንሊበዮን ነዚኦም ፫ ወዲ ወለደ ።

ካብኦም እቲ ቦኽሪ ቤተ ዝዋብዝጊ ንሱ ዝፈረዮም ዝርከቦም አብ ጉሕፂን አብ ብሽሙ ዝዋብ ተብሂላ ትጽዋዕ ዘላ ዓዲ አብአ አለዉ ። እቲ ምንእሱ ሣልሳዊ ሀርበ ከዓ ንሱ ዝፈረዮም አብ ጐዳይፍኒ አብታ ብሽሙ ትጽዋዕ ዘላ ዓዲ ዓደሐርበ እትበሃ አብ ጽልማ አብአ አለዉ ፡ እቲ ሣልሳዮም ሐዎም ሊበዮ እተባህለ ን፪ተ ወለደ ፡ ሽሞ ከዓ ከምዚ እዩ ። ፩ ንህብቱይኒ — ፪ ንገብረ ማርያምኒ ነዚኦም ወለደ ።

ካብዚኦም ህብቱይ ንጥርቀ ወለደ ጥርቀ ዝወለዶም ከዓ አብ ሊባን አለዉ ፡ ገብ ማርያም ከዓ ን፪ተ ወለደ ። ፩ ንሽመታን — ፪ ንሊበንታንትን ወለደ ።

ካብዚኦም ዘርኢ ሊበንታንቲ ዝርከበም አብ ሕምብርቲ ደቂ ሊበንታንቲ እናና ሀሉ ይጽውዑ አለዉ ፡ ሽመታን ከዓ ን፬ተ ወለደ ። አርባዕቲኦም ዝወለድዎ የ ዋት ብሐደ ተሐዋውሾም እኒ ወገሬቕ ላዕላይን ታሕታይን እኒ ግራት ገብሩ እኒ ደ ጉኖቕ ፡ ከምዚሎም ፬ተ ደቂ ሽመታን እናተባህሉ አብ ሊባን ስጋዕ ለይቲ ሎ ይጽዉዑ አለዉ ።



ደቂ ሬኤ ፍጽም ከዓ አብ ዓደርባዕተ አለዉ በርከት በዚሆም አለዉ ከምዚሎም ደቂ ጅራተ ቀጭንኒ ደቂ እንዳለው አይቀርኒ ደቂ አንበሳ ጅርኒ ፫ቲኦም ደቂ ዳግማይ መራሬ ገብረ ማርያም ይበሃሉ ፡ አብርሃም ቀሲስ ከዓ ሐዉ ምንእሱ ንመራሬ ገብረ ማርያም እዩ ካብ አብራሃም ቀሲስ ዝውለዱ ከዓ አስላም አብ ምድሪ ከሎዝዛይ ደቂ ቀሽ አብርሆም አለዉ አብ ዝመጽእ ገጽ ርኤ አብ ዘለዉ አልዮም ብሐደ እዮም ቀጒጽሮም ብዚ ዝተረፉ የሕዋት እዚኦቶም አብዚ መጽሐፍ በብክፍሎምን በብመፍሮምን ናይ መበቈል ሠር ሐረግ ወለደኦም ካብ መጀመርታ ስጋዕ መወዳእታ እንተንበብናዮ እዚና ንርድኦ ንኽእል ኢና ።

ወዲ ህብቶይ ጥርቀ ይብሀል ነበረ ንሱ ከዓ አብ ዓዲ ቦጐስ ዝበሀል ልዕሊ ጣላ ሎ ከረን ነበረ ከምኡ ከዓ አብ ሐልሐል ጥቃ ቤተ ክርስቲያን ካቶሊክ ዘላ ዑናታት ሎ ስጋብ ሕጅ አብ ሐልሐልን ዓዲ ቦጐስን ስለዚ በዚ እተላዕለ ካብዚ ስለ ዝኸዱ ደቂ ጥርቀ ናብ ሐልሐል ቦጐስ ዝበሀል እቲ ዘለውዎ መኻን ደቂ ጥርቀ አብ ከባቢ ረን አለዉ ።

## ምዕራፍ ፳፫ ።

## ወለዶ ደቂ ከታይ ትምዝአ ።

ወረደ ምሕረት ንስመ ስመ ነቅሐረት የእትዩ ንታእዛዝ ወለደ ታእዛዝ ድማ ንቲዕ ወለደ ቲዕ ድማ ንትንክቲዕ ወለደ ትንክቲዕ ንክንድሽሕ ክንድሽሕ ንከታይ ወለደ ከታይ ድማ ንጓል ሹም ዓጋመ አውዓሎም አክሐዶም ጅን ባሕራ ትበሃል አእትዩ ነዞም ዝስ ዕቡ ወለደ ንቖራይን ነውዓላን ከምኡ'ውን ካብ ካልእ ሰበይቲ ንኤልሳ ወለደ ።

ካብዚኦም አውዓላ ዝፈረዮም ቅናፍና እንዳባሽጉንዶ ዓማምሬ ዓዲ ሰጓጊ እንዳፎ ግራይ ከምዚሎም ደቂ አውዓላ ይበሃሉ ፡ አውዓላ ድማ ንጉዝልን ንመርዓዊን ወለደ ።

ጉዝል ንዑቕባዝግን ንዓብይ ዝግን ወለደ ዓብይዝጊ ንቅናፍናን ንንዳፍግራይን ዝፈ ረዮ እዩ ንንዳፎተይን ንንዓ አብርሃምን እንደ ጠበቓዩን እዚኦም ብሐበራ እንዳባሽጉ ንዶ ይበሃሉ ።

ደቂ ዓብይዝጊ ገብርሄትን ምሑርን ይበሃሉ ካብዚኦም ምሑር ንምሑር ንእሽቶ ወለደ ምሑር ንእሽቶ ንተስፎም ምስ አሕዋቱ እዚኦም ዝፈረይዎም አብ ቅናፍናን አብ እንዳ ፎግራይን አለዉ፡ መርዓዊ ዝፈረዮም አብ ዓዲ ሰጓጊን አብ ዓዲ ሳምረን አለዉ።

ኤልሳ ዝፈረዮም እታ ብሽሙ ትፅዋዕ ዘላ እምባ ከታይ ትበሃል አብአ አለዉ ፡ ከምዚሎም ብንዳብ ክፅውዑ ከለዉ ሰለስተ ደቂ ከታይ ይበሃሉ ።

### ዛንታ ከታይ ።

ከታይ አዲኡ ብዋንስታ ከላ ካብ ዓጋመ እንዳማርያም ጉንዳንጉንዶ አብ ድብርዋ እትያ ቕመጥ ነበረት ፡ ምኽንያቱ ድማ ሹም ዓጋመ አውዓሎም አክሐዶም ዝበሃሉ ገዛኢ

ናን በሐቂ ቤተ መንግሥቲ ይሁዳ አብ ሸዋ ዝነበሩ አቦታት ዘርአ ያዕቆብኒ ደቂ ደ... እዮም ንሰምዕ እምበር ካልእ አይንፈልጥን እንተኾነ አባጅን ይፈልጥ ።

እዞም ዝርቤን ዝበሃሉ ሕዝቢ እኒ ዓበዛ ዝበሃሉ ዓሌት ዝመጹ ዝርቤዮት ካህ... ኲይኖም እኒ ዓዲ ቀመሾ እኒ ዝርቤን አፈልባ እኒ ዝርቤን ዓዲ ባሮ እኒ ዝባን ዑና... ገርጠዋቲ እኒ ዘመር እኒ ዓዲ ዓዳ እኒ ዓዲ ሄኖክ ደቂ ሽሐይ ገለ ናብ ሕምብርቲ... መደባይ ወለል መደባይ ታብር እዮም ዝበሃሉ ።

ጭዋ ዝፈረይዎም ከዓ ደቂ ሌፋይ አብ ምድሪ አከለ ጉዛይ አለዉ እኒ ዓዲ ሐር... እኒ ዓዲ ጨዓ እኒ ከንተብባ ጐሹ ሀዘሞ እኒ አራይጣፍ እኒ ዑና ዓንዶም ፡ ከምኡ... ኳዓቲት ገለ ናብ ቴድረር ሐሐሊፎም አብ ምድሪ አከለ ጉዛይ አለዉ ጭዋ ዝበሃ... ከምኡ ከዓ ጭዋ ዝፈረይዎም አብ ትግራይ አብ ጥቓ ዓድዋ እትርከብ አብ እንዳ ጭ... ትበሃል ንእሽቶ ዓዲ አብኡ ዘርኢ ጭዋ አለዉ ።

## ምዕራፍ ፳፪ ።

### ጭዋ ቀደም ዓቀይቶት ንጉሥ እዮም ።

ጭዋ ቀደም ዓቀይቶት ንጉሥ ብዙሕ ጭፍራ ነበሩ ፡ ሐደ ግዜ ሐፀይ ዓምደጽ... ግምቢ ክሠርሑ ከለዉ ፡ ንሳቶም ከዓ ብሐይሊ ደአ'ምበር ብፍትሒ አይረኸብናን ብ... ለት ነቲ ክሠርሕዎ እተአዘዝዎ ቤት አፍ ደገ የብሉ መስኰት የብሉ ጌሮም ሠርሕ...

ንጉሥ ከዓ ብሐዳፍኡ ዝገብርዎ ጠፍኦም ቤት ሥርሑ እንተልዎም የፍርሱ ፡ ... ብቑ እንተልዎም የክፍኡ ፡ ሕፀቡ እንተልዎም የርሥሑን የባላሽውን አባያት ነበሩ

በዚ ምኽንያት እዚ ንጉሥ ሀልም አቢሎም ከጥፍእዎም ሐሰቡ ፡ አብዚ መ... ሐደ ዓቀይታይ ናይ ሐፀይ ዓምደጽዮን ብሸዋ ተአዚዙ ንምድሪ ሎጎ መጺኡ ከቦ... ብጨቱ ተፈልዩ ናብ ቓቕብዳ አቶ እቲ ወዲ ሀገር በዓል መሬት ጭቃ ሎጎታይ ከ... ሥሩዕ ተቐቢሉ ምሸት እንተ ብምስአን እንተ ብጕርሒ አይንፈልጥን ነቲ ዓቀይ... እንካ ቆሎ ስገም ተደረር ኢሉ ሰፍኢ መሊኡ አቕረበሉ ።

እቲ ጋሻ ንፈለማ አይበልዕን ኢሉ አበዮ እቲ ሎጎታይ ከዓ እንቅዓ ሽንፋእ እ... ጥሕ ሕላስ ነበረቶ እሞ እንካ ሐደው እዘን ቆሎ ስገም ተደረር ሐደው እዛ ሕላስ ... ረካ እየ የሎ ። እቲ ዓቀይታይ ከዓ ሕራይ ኢሉ ከም ዝበልዕ ንፈለማ ጉስም ጉ... አቢሉ ናብ ክዳኑ ቛፀረን ምድሪ ምስ ፀብሔ ክብገስ ከሎ ነቲ ሎጎታይ እዛበቕለይ ... በካስ እዛ ሕላስካ ግዳ ሀበኒ ኢሉ ለመኖ እቲ ሎጎታይ ሕራይ ኢሉ ነታ ሕላስ ሂቡ... በቕሊ አትረፈ ፡ ሽዑ እቲ ዓቀይታይ ነተን ቆሎ ስገምን ነታ ሕላስን ሒዙ ናብ ብ... ተሐወሰ እሞ ሕጅዎን ንሸዋ ግብሪ ንጉሥ አኪቦም ናብ ንጉሥ አተው ።

ንሱ እቲ ዓቀይታይ ከዓ ነተን ቆሎ ፈቲሑ አርአዮም ጐይታይ ሐደው እዛ ሕ... ከድረካ እየ ሐደው እዘን ቆሎ ስገም ተደረር ዝብሉ ሀገር አለዉ አብዚ ምድሪ አ...



...ጵያ ኢሉ እታ ሕላስን እተን ቆሎን አርአዮም ። እቲ ኹሉ ክነግሮም ከሎ እቶም ነባሮ... ምስ ንጉሥ ኲይኖም ዝሰምዑ ዝነበሩ እዝስ ዓገብ እዩ ዓገብ እዩ የሉ ይበሃል ።

ሽዑ ንጉሥ በአ በአ ነዞም ጭዋ ዝበሃሉ ጭፍራ ንሳቶም እዮም ዝክእልዎም ኢሎም ከም ዘለዉ ክትቱ ኢሎም ጸዊዖም ራእሲ ናዝዋ ዝዋንኦም ኪዱ ንሐማሴን ንምድሪ ሎጎ ውረሱ ኢሎም ሰደድዎም ንሳቶም ከዓ ተሐጕሾም ኩላቶም ኲይኖም ምስ ጐይትኦም ምስ ራእሲ ናዝዋ ካብ ምድሪ ሸዋ ተበገሱ ንቕድሚኦም ዝረኸብዎ እናዘመቱ ዓዲ ዓዲ ብበለሳ ጌሮም ከምቲ አብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮ ንኤርትራ ብ፲ ሺሕን ፩፻፴፮ ዓ-ም አትዮም ናብ ምድሪ ሎጎ ተቐመጡ ፡ አብኡ ከዓ ተረሰቱ ። ካብዚ ዝተረፈ በአውርኡ አብ ዛንታ ጭዋ ረኤ ።

## ምዕራፍ ፳፫ ።

### ምኽሪ ፫ተ ደቂ ተስፋ ገርግስ ነቕዔ ።

እዞም ደቂ ተስፋ ገርግስ ነቕዔ ብምኽሪ መሬት እንዳቡኦም ንመሐዝ ክፋላለዩ ከለዉ ከምዚ ገበሩ ይበሃል አሐና ነኒ በይነን ነሕድረን እሞ አብ ዘዝኸዳእ ደድሕሪአን ሴድና አብቲ ዘዝድቀሳእ ዓዲ ነናትና ንግበር ኢሎም ሠለስቲኦም ደቂ ተስፋ ገርግስ ነቕዔ በዚ ምኽሪ እዚ እንተ በሐቂ እንተ ብጕርሒ ደድሕሪ አሐኦም ስዒቦም ተፋላለዩ ይበሃል ።

ሽዑ ሐንሶ ሥርዶ ሥርዶ አቢሉ ክኸይድ ኢሉ ደድሕሪ አሕኡ ስዒቡ ናብ ምድሪ አከለ ጉዛይ አቶ ናብዚ ሕጂ ሎጎ ማርዳ ዝበሃል ዓዲ ናብኡ ተቐመጠ ዘርኡ ከዓ ስጋብ ሎይቲሎም አብኡ ሐያለ እዋን በርከተ አለዉ ፡ ብፃዕ ከዓ ደድሕሪ አሕኡ እናሰዓበ ንዓዲ ሐዮ አተወ ፡ ከምኡ ከዓ ጕመዳይ ቅድሚ ምብጋሶም ለይቲ ተንሲኡ አሕኡ አብ ሕዛእቲ የሕዋቱ አብልዕ ሐዲሩ ምድሪ ምስ ጸብሔ ከዓ ከምዛ አብ ገዛ ዝሐደረ ተመሲሉ ክናብ ብዕራይ ድማ ፀዓኒ ።

ሽዑ ንጉሆ ከምቲ ምክሮም የሕዋቱ ከኪብቶም ሕጅም አሰ አሰረን ደድሕሬኤን ተበገሱ ። ጕመዳይ ግና የሕኡ አብ ደምቢኡ ረፍ ኢለን ደቂሸን ተረፋ እቲ ብዕራይ ከዓ ከነብ በዚ ምኽንያት እዚ ንሱ አብ ሽከቲ ጕመዳይ ብጕርሒ ካብ የሕዋቱ ተፈልዩ አብአ ተረፈ ፡ ንሳቶም ከዓ እታጕርሒ ሐዎም አለለይዋ እሞ ክኽዱ ከለዉ ፡ ከምዚ ኢሎም ረገምዎ ።

እንተ ድአ ብሐቂ በጺሐትካ ትርሐስካ ፡ እንተ ድአ ብጕርሒ በሐሶት ኩይና ጉግማጉግ ይረስካ ፡ ኢሎም ረገምዎ ።

ብድሕሪዚ መርገም የሕዋቱ በሐቂ በጺሐዎ ዘርኢ ጕመዳይ ሕጅ አዚዮም ውሕዱት እዮም ፡ ሐይሊ ከዓ የብሎምኒ ዝርካቦም አብታ ቀንዲ ዓዶም አለዉ ፡ አብኡ ከዓ ጭዋ ዝበሃሉ ሕዝቢ ወሪሾሞም አለዉ ። ብዝሐም ከዓ ክንድቲ ዝኸውን ዘጃህር የብ

ም እንተኾነ በቲ ደቂ መሬትን ውሉዳትን ብምኳኖም ፈርገፅገፅ ስጋብ ለይቲሎ
ይሐደጉን ዘርኢ እቶም የሕዋቱ ግና አዚዩም ብዙሐትን ፅውዓትን እዮም ንብምድ
ልእ ኢሎም አለዉ ።

ምዕራፍ ፳፱ ።

## ወለዶ ሰብ ዛግር ።

እዞም ዛግር ዝበሃሉ ሕዝቢ ከዓ በቲ ካብ ጥንቲ አማጻጽኦም ናብዚ ምድሪ
ፈለማ ካብ አድያቦ ሽሬ እዮም እቲ ፈለማ ናብዚ ምድሪ'ዚ ዝመጸ ዓቢ ዝበሃል
ቢ ወዲ ሠመረ እዩ ።

መረ ከዓ ወዲ ኪዳነ እዩ ። — ኪዳነ ከዓ ወዲ ዘርአ ብሩኽ እዩ ። — ዘርአ ብሩኽ
ዲ ምስራይ እዩ ዝበሃል ዝነበረ ። ንሱ ባዕሉ ብዘበን ሐፀይ ላሊበላ ብላስታ መ
ቲ ግዜ ብ፩ ሺሕን ፪፻ ዓ-ም ምስቶም ብዙሐት ግብፃውያን ናብ ኢትዮጵያ ክም
ቡ ብመበል ብ፩ ሺሕን ፪፻ ዓ-ም ዝመጹ ትሕቲ አበ ዳንኤል ዝበሃሉ አቡን ገባ
ሐዳግን እዩ ዝነበረ ።

እንተኾነ ብፍላይ ምቕማጡን ርስቱን አብ አድያቦ ነበረ ፡ ደሐር ግና ካብ የሕዋ
ፈልዩ ፡ ዓቢ ንሐማሴን መጺኡ ናበማድር ጽልማ አትዩ ብርግፅ ተቐመጠ ።

መወዳእትኡ ምስ አረባ አብኡ ሞተ መቓብሩ ከዓ አብኡ ፍሉጥ ሥፍራ
ጋብ ለይቲሎም አብቲ ጥቓ አማድር ዘሎ መኻን መቓብር ዓቢ ይበሃል ፡ እንተ
ቅድሚ ምሟቱ ሰቡ አኪቡ ክኹብልል ከሎ ብዓዲ ንአምን አቢሉ ብዓንሰባ አቢሉ
ረቶም ጌሩ ንባሕሪ እንዳባ ማይታን ወረደ ንዓቢ ሐደ ሕልሚ ሪኦም ከዓ ክነግርዎ ፈተ

ከምዚ ድማ የልዎ አታ ሰብአይ ነዓ ንኺድ ካብዛ መኻን እዚአ ናብታ ናይ ፈለማ ዝ
ርካያ የልዎ ፡ ንሱ ከዓ ምስነገርዎ በአ በአ ካብአ ከሀፍፍ ዛግር አቶ ቑሩብ እዋን ከዓ አ
ተቐመጠ እሞ እታ ዘአተወላ እዋን ምሸት እዋን ድራር አብታ ኹዱኹዶ ክፍ ኢሉ
ትበርህ አብ ገረሚ አማዕዲዩ ረአዩ በአ በአ እናጐየየ ንገረሚ አትዩ ሐዊ ሀቡኒ
ለመኖም ።

ንሳቶም ግና በቲ እዋንቲ ሐዊ ንዘረኽብካ አይወሐብን እዩ ዝነበረ እሞ ገረመ
ከዓ አይበክን ኢሉ ከልእ ፡ እቲ ሰብአይ ሽው በሉ አስሐሉትኒ እኳ ኢሉ አብታ መ
ከም በዓል ደሐን ክፍ ኢሉ አራጢጡ ሐዊ ይስሕን ነበረ ።

ደሐር ግና ዛግረታይ ነታ ጫፍ ክዳኑ ሐዊ አንኺሹ ከየስተባሀሉሉ በሉ ደ
ሕደሩ ኢሉ ብድድ ኢሉ ተዓዝረ እሞ ዛግረታይ ከምዚ ጌሩ ካብ ገረመታይ
ሠሪቑ ወሰደ ።

ስለዚ በዚ ምኽንያት እዚ ስጋብ ለይትሎም ዛግረታይ ሠራቕ ሐዊ እናሉ ሐ
እዋን ይምድሩሎም ፡ ሽው ዓቢ ን፫ተ ወለደ ሽሞም ከዓ ከምዚ ዝስዕብ እዩ ። ፩



መረኒ — ፪ ንአፍደዩኒ — ፫ ንፍረ ሚካኤልኒ ይበሃሉ ነበሩ ። ካብአቶም አፍደዩ
ዝፈረዮም ዝርካቦም በሪሔት ዝበሃሉ አስላም አለዉ ። ዘርኢ ፍረ ሚካኤል ዝበሃሉ
ገለን አብ ዛግር አለዉ ገለ ከዓ አብ ጐረታት አለዉ ።

እቲ ዓቢ በኹሪ ቤት ከዓ ሠመረ ዝብሃል ን፪ተ ወለደ ንዘርአይኒ ንተኽላይኒ ነዚኦም
ንኽልቲኦም አወዳት ወለደ ፡ እቲ ሐደ ዘርአይ ዝበሃል ዝፈረዮም አብ ዛግር አለዉ ፡
ደቂ ተኽላይ ግና ብገደይን ብገምያን ናብ ጨዓረሺ አተው ብገደይ ከዓ ን፮ተ ወዲ ወለደ።
ካብዞም ፮ የሕዋት ፩ ገብረ ክርስቶስ ዝበሃል ዘርኡ ገሊአቶም አብ ዛግር ገሊኦም አብ
ጐረታት አለዉ ፡ ብገምያ ከዓ ዘርኢ ዘይብሉ ፀነተ ።

ምዕራፍ ፴ ።

## ንእሽቶይ ዛንታ ደቂ ሽሐይ ።

ደቂ ሽሐይ ካብ ጥንቲ መሠረት ወለደኦም ከምቲ አብ ምዕራፍ ፳፪ ተጠቕሹ ዘሎ
ጽሑፍ ካብ ምልጋእ እዮም ዘርኦም አቡኦም ከዓ ተፋዶ ይበሃል እዚ ተፋደ'ዚ ከምቲ
አብ ላዕሊ ጠቕሽናዮ ዘሎና ካብ አድከመ ምልጋእ እዩ ዓሌቱ ሕጅ ግና ብዛዕባ ናቱን
ናይ ደቁን ዛንታ አልዒልና ንሰሚ አሎና ፡ ደቂ ተፋዶ ብዘበኖም አዚዮም ዓበይቲ
ነበሩ ፡ ካብአቶም ሐደ ዓቢ ሰብ ከንቲባ ጥርቃይ ዝበሃሉ ነበሩ ፡ ብዘበኖም አቡነ ፊል
ጶስ ዝበሃሉ አብ በረኻ ደቂ ሽሐይ ኰይኖም የሕሩሱ ነበሩ ሐደ እዋን መሸልኦም
ግርም ቆዲያትሎም ከላ ከንቲባ ጠርቃይ ሰቦምኒ ማሎምኒ አኪቦም ኬይዶም አልቦ ከም
ዘይነበረት ሐመድ ገበርዋ ፡ አቡነ ፊልጶስ ከዓ ንያዖምኒ ንዓሌቶምኒ ረጊሞም ዓዶም
ሐዲጎምሎም ከዱ ። ካብኡ ደቂ ሽሐይ ሐመቑን ዓራቶም ከዓ አብ ካልእ ሐለፈት ።

ምዕራፍ ፴፩ ።

## ወለዶ ደቂ ሮቤል ።

እዞም ደቂ ሮቤል ፍልም አማጻጽኦም ናብዚ ምድሪ'ዚ ከምዚ እዩ ፡ እቲ አውራ
ዓዶም ቛራ እዩ ናብዚ ምድሪ ኤርትራ ዝመጽዎ እዋን ቅድሚ ደቂ ሚናብ እዮም ፡
ብዘበን ሐፀይ ዓንደጼን ፰ ወይከ ፱ተ ዓመት ምስ ነገሡ በዚ እዋን እዚ አቢሉ ሰብ
ቛራ ናብ መረታ አትዮም ብዙሕ እዋን ተቐመጡ ይበሃል ፡ ደሐር ግና እዞም ሕጂ ደቂ
ተስፋ ገርግስ ነቕዔ ለን ብዝብሃል ሽም ተጸውዑ ፡ ከምኡ ከዓ ካብ ደቂ ሮቤል ዝው
ለዱ ካብአቶም ሐፀይ ቴድሮስ ነገሡ ። እዞም ሕጅ ለን ዝበሃሉ ወለድኦም ከምዚ ዝስ
ዕብ እዩ ።

ተስፋ ገርግስ ነቕዔ ወዲ ጥፍረርያ እዩ ። ጥፍረርያ ከዓ ወዲ ቐይሕ አንበሳ እዩ ።
ቐይሕ አንበሳ ከዓ ወዲ እምሐ እዩ ። እምሐ ከዓ ወዲ ዓይደ እዩ ። ዓይደ ከዓ ወዲ

ዓንዶ እዩ ። ዓንዶ ከዓ ወዲ ሳውር እዩ ። ሳውር ከዓ አቦታቱ አብ ቛራ ቤጌ ምድር ገ ደር ካብ ዘርኢ ሮቤልን ካብ ዘርኢ ከለውን ካብ ክልቲኡ ነገድ ወይከ ዓሌት ዝወ እዮም ፡ ሕጅ ግና ደቂ ተስፋ ገርግስ በብሓደ ሽሞም ከምዚሎም እዮም ። ፩ ሐ ፪ ብፃዕ — ፫ ጐመዳይ ።

ነዚአቶም ሠለስቲኦም ወለደ ካብኦም እቲ ሐደ ሐንስ ዝበሃል ሐዎም ንለጎ ዝፈረዩ እዩ ዘርኢ ጐመዳይ ከዓ ዝርከቦም አብ ሽከትን አብ ዓዲ ለጎን ገለ አብ ሕምብ አለው ፡ ብፃዕ ከዓ ባዕሉ ናብ ዓዲ ሐዮ አትዩ ናብኡ ኰይኑ ከዓ ን፫ተ አወዳት ወ ሽሞም ከዓ ከምዚ ዝስዕብ እዩ ። ፩ ንረዳእዝጊ — ፪ ንኽረምቲዝጊ — ንአብዝጊ ።

ነዚኦም ሠለስቲኦም ወለደ ፡ ካብዞም ሠለስተ የሕዋት ክረምቲዝጊ ንሐዮ ወ ዘርኢ ሠለስቲኦም የሕዋት በሐንሣዕ ተሐዋውሾም አብ ዓዲ ሐዮን እኒ ዓዲ ሸረ እኒ ዓፅንዓይ እኒ ቃቕብዳ እኒ ዓዲ ባሮ እኒ አፍቶ እኒ ዓዲ ፈለስቲ እኒ ዓዲ ጣላ ሐሎ እኒ ዓዲ ገብራይ እኒ አባርዳእ ገለ ናብ ሕምብርቲ አለዉ ፡ እኒ ሐበላ ጉበር ደዳ እኒ ጽላለ ፍርቂ ደቂ አምሐረ ፡ ከምኡ ከዓ ሸውዓተ ሰፍአ ዘሐዞ ክልአት አብ ብዙሕ ዓድታት ሐሐሊፎም አይሰአኑን እዮም ።

ከምኡ ከዓ ካልኦት ደቂ ሮቤል አብ ዘለዉ አልዮም እኒ ዓሣውርታ ከም ዘ ንለጎ የሕዋቶም እዮም ካብ ዓሣውርታ ዝወፁ ከዓ አቦሥመራ ዘለዉ ገዛ አስመዔ ባህሉ አለዉ እዚአቶም ኵሎም ደቂ ጐፍቶ ጐፍቶ ወዲ ዓንዶ ፡ ዓንዶ ወዲ ሣ ከምዚሉ እዩ ትውልዶም ።

## አማጻጽአ ለጎ ።

እዞም ለጎ ዝበሃሉ ሕዝቢ ብአውርኡ አማጻጽኦኦም ፈለማ ከምዚ እዩ ፡ እዞም ዝበሃሉ ዝኾኑ ፈለማ አቦታቶም ከምዚ ቅድም ዝጠቐስናዮ ካብ ቛራ ዓቀይቶት ኑ ኖም ምስ መጹ ብዘበን ንጉሥ አግባአጼን ብዙሐት ኰይኖም ብምድሪ ዓጋመ አቢ አብዚ ሕጅ መረታ ቐይሕ ዝበሃል መኻን አትዮም ሐያሎ እዋን አብኡ ተቐመጡ ።

ዓቀይቶት ንጉሥ ብምኺኖም ነቶም አብ መረታ ዝነበሩ ገባራት ብዙሕ ይሕይል ነበሩ ፡ ደሐር ግና እተን አንስቲ ደቂ ዓዲ ከዓ መታን ንሰበእተን ከዕቶኦም ኢለን በ ሳብ ተማኺረን ከምዚ ገበራ መብልዕኒ መስተን ንሰበእተን ሰባር ቆፎ ብድብለ የቕርባ ነበራ ። ንሳቶም ከዓ እንታይ እዩ ብልሃቱ ኢሎም መምሰንስቶም ተበሀሀሉ ንሳተን ከምታ ምኽረን ዓቒይቶት አቑሑና ከምዘሎ ለጎ ወሲዶሞ የልአም ።

ብድሕሪኡ ንሳቶም ከዓ ሀይ ጽባሕ ንዑናይ ንበሎም ኢሎም ከም ዘለዉ ዓጢ አሰይፎም ስሒሎም ኵናቶም አብሊሖም ንሎጎ ሐደጋ ወደቕዎም እሞ አልቦ ሐመድ ርዎም ፡ እንተኾነ ፍሥሐ ገርግስ ዝበሃል ፍሉጥ ዓቢ ሰብ ካብቶም ሎጎ ነበረ ኋል እ ደቂ ዓዲ ካብኦም አጥንሹ ነበረ ፡ ግና እቶም አብ መረታ ዝነበሩ ደቂ ዓዲ ነተን ጥን አዋልዶም መታን ካብቶም ደቂ ሎጎ ሐድጊ ገለ ከየዕንሐ ብኻራ ይቐድዎን ነበሩ ።

ካብኦም ሐደ ሰብአይ ኋሉ ከይትቕደዶ ፈሪሑ ሐቢኡ ናብ ካልእ ንዓዲ ብዘ



ሰደዳ ፡ አብኡ ከዓ ንሳ ወዲ ወለደት እቶም ሰብ መረታ ከዓ ነዚ ምሰምዑ እቲ ለጎታይ ስከ ነቕዔ ኢሎም ተዛረቡ ፡ ብድሕሪኡ በዚ ምኽንያት እዚ እቲ ቆልዓ ተስፋ ገርግስ ነቕዔ የልዎ ።

ብድሕሪኡ እታ ሰበይቲ ንተስፋ ገርግስ ነቕዔ ምስ ወለደት ሐደ ሹም ደጊያት አቤዷር ዝበሃል ዓሌቱ ካብ ጅራተ ቀጭን ካብ ወረደ ምሕረት ዝውለድ አብ ድባርዋ ኰይኑ ይገ ዝእ ነበረ ፡ ንሳ ከዓ ሐንቲ ዕብቕቲ ላም ሒጃ እንሆ ድራር ጐይታይ ኢላ መጺአ ኢድ ነሥኤት ፡ ንሰም ግና ነታ ላም ምሒሮም ንዓአ ግና ብሂጎማ ብግብሪ ሥጋ ተራኺቦማ ሐደሩ ፡ ምድሪ ምስፀብሔ አ ጐይታይ ገለ እንተወለድኩስ ወዲ መን አቡኡ ኽብሎ እየ ኢላ ሐተተቶም፡ ንሰም ከዓ እንሃእንዶ እዛ ላም ደይ ብሰራ እየ ዝረኽብኩኺ ወዲ'ዛ ላም ኢልኪ ፀውዕዮ ኢሎም አፋነውዋ ።

ብድሕሪኡ ንሳ ወዲ ምስ ወለደት ሽሙ ላምዛ የለቶ ፡ ደሐር ላምዛ በጽሐ ምስ ኮነ እታ ሰበይቲ አደ ሎጎታይን ላምዛታይን ነዞም ክልተ ደቃ ኪዱ ሕነ ሎጎቶት ክፈሉ ኢላ ንመረታ ሕነ ክፈድዩ ሰደደቶም ፡ ንሳቶም ከዓ ንመረታ ወረዱ ፡ ለጎታይ ማል ክዘምት ወዓለ ላምዛታይ ሕነ ሰብአይ አዲኡ አቦ ሐወ አቦ ሎጎታይ ከፈለ ፡ ስለዚ አዋልድ ሎጎ አቡአን ማል ስለ ዝዘመተ ከዝምራ ከለዋ ኋል አብ ዘማት እናላ ስጋብ ለይቲ ሎም የዝምራ ። አዋልድ ላምዛ ከዓ አቡአን ሕነ ስለ ዝኸፈለ አዋልድ ላምዛ ኋል ብሕኒት እናላ የዝምራ ፡ ካብኡ ተስፋ ገርግስ ነቕዔ ናብ ሽከቲ አትዩ ተቐመጠ አብኡ ኰይኑ ነዞም ሕጂ ሕዝቢ ሎጎ ዝበሃሉ ፈረዩ ፡ እታ አደ ተስፋ ገርግሽ ነቕዔ አቦታታ ቀንዲ ዓዶም ሐሐይለ ትግራይ እዩ ።

እንተኾነ ቅድሚ ሎጎቶት ናብ'ዚ ምድሪ'ዚ ምምፅኦም ፡ አቦታታ ካብ ትግራይ መጺኦም አብ'ዚ ሕጅ መረታ ቐያሕቲ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዘሎ ዓዲ ሐያለ እዋን ገባራት ኰይኖም አብኡ ይቕመጡ ነበሩ ፡ ተስፋ ገርግሽ ነቕዔ ን፫ተ ወለደ ሽሞም ድማ ከምዚ ዝስዕብ እዩ ። ፩ ንሐንስ — ፪ ንብዕዓይ — ፫ ንጐመዳይ ፡ ከምዚሎም ፫ተ ደቂ ተስፋ ገር ግሽ ነቕዔ ይበሃሉ ።

## ም ዕ ራ ፍ ፴፪ ።

### ወለዶ ደቂ ማሉቕ ብፍላይ ።

ማሉቕ ዝፈረዮምን ዝሐዝዎ ዓድታትን አብ ምድሪ አከለ ጉዛይ እዮም ዝርከቡ ፡ ንሳቶም ድማ አከለን ጉዛይን ተባሂሎም ይፅውዑ ። ቀዳማይ መሮኒ ነ፬ተ ወለደ ሽሞም ድማ ከምዚ ዝስዕብ እዩ ። ንማሉቕ — ንጫሉቕ — ንፋሉቕ — ንዛኑቕ ።

ካብዚኦም ፋሉቕ ዝፈረዮም አብ ሐማሴን አለው ጫሉቕ ድማ ንገሸናሽምን ንመ ረታ ሰበነን ንመረታ ቀያሕትን ዝፈረየ እዩ ፡ ዛኑቕ ዝፈረዮም ፡ ገለ አብ ጉመሮ አለው ፡ ዝብሉ ሊቃውንቲ አለዉ ። ዘርኢ ማሉቕ ፡ ማሉቕ ንደጊያት ሠመረ (ወይም ዳዊት)

ወለደ ደጊያት ሠመረ ንደጊያት ጉማ ወለደ ፡ ደጊያት ጉማ ንክልተ ወለደ ። ንዳግማ መሮንን — ንካባን ። ካብዚኦም ክልተ አሕዋት እቲ ሐደ ካባ ንክልተ ወለደ ። ን ይን — ንነቐዛይን ።

ካብዚኦም ክልተ አሕዋት ድማ እቲ ሐደ አበዛይ ዝበሃል ፡ ንሐዲሽ ዓዲ ሐደግ ንደፈረን ፡ ከምኡ ድማ ንሐደ ገዛ አብ አሥመራ ገዛ ስርንስር ዝበሃሉን እዞም መ ሮቆ ድማ አሕዋቶም ካብ ሐዲሽ ዓዲ ዝወጽኡ እዮም ከምኡ'ውን ካብዚኦም ዝ አብ ካልእ ዓድታት አይስአኑን እዮም ።

ዘርኢ ነቐዛይ ፡ ነቐዛይ ዝፈረዮም ንእንገላ ትበሃል ዓዲ አብ መረታ ሰበነ ዘለ ከምኡ ድማ ገለ ናብ ዓዲ ኣዕዳድ ሐማሴን አሕዋቶም አለውዎም እዚኦም ክልተ አ ዋት አበዛይን ነቐዛይን ዝበሃሉ ካብ ጥንቲ ዓዶም ሀዋጹ ፡ (ይብሃል ነበረ) እዩ ዝነበረ

ዘርኢ ዳግማዊ መሮኒ ፡ ዳግማዊ መሮኒ ንሰለስተ ወለደ ። ንአከለጨንን — ንገብረ ርያምን — ንተኽለጨንን ።

ከምዚሎም ፫ተ ደቂ ዳግማዊ ደጊያት መሮኒ ይበሃሉ ፡ ካብዚኦም ገብረማርያ ሐድጊ የብሉን ፀኒቱ እዩ ።

<u>ም ዕ ራ ፍ ፴፫ ።</u>

ዘርኢ አከለጨየን ።

አከለጨየን ዝፈረዮም ከምዚ ዝስዕብ ንገልጽ አሎና ። ፩ ንደግለን — ፪ ንሐደ ይን — ፫ ንድግናይን — ፬ ንገሥገሣን — ፭ ንቦኽራይን ።

ከምዚሎም ፭ቲኦም አሕዋት ደቂ አከለጨየን እዮም ፡ ካብዚኦም እቲ ቀዳማ ሐዎም ደግለ ዝፈረዮም ን፪ተ ወለደ ። ፩ ንጽንዓይን — ፪ ንግርማኡን ።

ከምዚሎም ፪ተ ደቂ ደግለ ይበሃሉ ፡ ካብዚኦም ድማ ጽንዓይ ን፪ተ ወለደ ንአ ደን ነስገዳን ፡ ካብዚኦም አስገዳ ንርእሶም ወለደ ርእሶም ንሞሲ ወለደ ሞሲ ንተስፉ ወለደ ተስፉኡ ነዞም ዝስዕቡ ወለደ ። ፩ ንዓሊ ሄራን — ፪ ንፌጌሣን — ፫ ንዓገሣን — ንገሥገሣ ዳግማዊን ።

ነዚኦም ፬ተ አሕዋት ካብ ሒሞኡ ወለዶም ከምኡ ድማ ካብ ካልእ ሰበይቲ ንገ ንሐደ ወለደ ፡ ከምዚሎም ፭ተ ደቂ ተስፉኡ ይበሃሉ ፡ ዓሊ ሄራ ንዓዲ ብላታ ሀይሉ ገ ረየ እዩ ። እቶም ሰለስተ መዋልዱ ግና ሐድጊ የብሎምን ፀኒቶም እዮም ። ዘርኢ ገ ዝፈረዮም ፡ ገብሩ ንአብርሃምን ንተክለብርሃንን ንዳግማዊ ተስፉን ወለደ ።

ካብዚኦም ፫ተ አሕዋት እቲ ሐደ አብርሃም ዝፈረዮም ንጌልቶ ዓዲ ደጊያት በሀ ዝፈረዮ እዩ ። ተኽለብርሃን ዝፈረዮም አብ ዓደንገፎም አለዉ ። ዳግማዊ ተስፉኡ ን ድሐንን — ንሰምበት መሐረን ።

ነዚኦም ንኽልቲኦም ወለደ ፡ ካብዚኦም ምድሐን ንፃዕዳ ወዲ ላምዛይት ልማ ዝፈረየ እዩ ፡ ሰንበት መሐረ ድማ ንህብታይን ንኽርተማን ወለደ ፡ ካብዚኦም ሀብታ



ንዓዲ ፍንዕ አብታውሮ ዘለው ፈረዮ ፡ ኽርተማ ድማ ን፭ ወለደ ። ፩ ንሥብሐትን — ፪ ንአፍሐዬትን — ፫ ንገብሩን — ፬ ንባሐይላይን — ፭ ንዱሩይን ከምዚሎም ፭ተ ደቂ ኽርተማ ይበሃሉ ።

ካብዚኦም ሥብሐት ንሜዕላ ሠገነይትን ንሳይሕን ዝፈረዮ እዩ ፡ አፍሐየት ንፊልጶስን ንተወልዳይን ወለደ ፡ ካብዚኦም ፊልጶስ ንተኽለ ሰማእትን ንጊላይን ንጐድፍን ወለደ ፡ ጊላይ ንዓበይቲ ከነተብቲን ንናእሽቱ ከነተብቲን ዝፈረዮ እዩ ፡ ካብዚኦም ዓበይቲ ከን ተብቲ ንዓዲ ባሕረ ነጋሢ ሐድጉ ዝፈረዩ እዮም ፡ ናእሽቱ ከንተብቲ ድማ ንገዛ ዓዲ ደጊያት ሚከኤል ዝፈረዩ እዮም ።

ተወልዳይ ሐው ፊልጶስ ወዲ አፍሐየት ንሱ ንዓዲ ባሕረ ነጋሢ ተመልሶ ሠገነይቲ ዘለዉን አብ ሜዕላ ዘለውን ዝፈረዮ እዩ ፡ ዘርኢ ዳግማይ ገብሩ ወዲ ዳግማዊ ተስፉ አብታ ብሽሙ ትጽዋዕ ዘላ ንዓዲ ገብሩ ዝፈረዮ እዩ ፡ ዘርኢ ባሐይላይ ወዲ ዳግማዊ ተስፉ ንዓዲ ወልደንኪኤል አብ አኹሩር ዘለው ዝፈረዮ እዩ ፡ ዘርኢ ግርማኡ ወዲ ደግለ ፡ ግርማኡ ዝፈረዮም ንመስሐል ወደ አከለ ዝፈረዮ እዩ ፡ ዱሩይ ሐድጊ የብሉን ፀኒቱ እዩ ።

<u>ዘርኢ አስገደ ወዲ ጽንዓይ</u> ፡ አስገደ ዝፈረዮም ሐው አስገዳ ፡ ንዓድ ሀብተ ማርያምን፡ ንዓድሀብተየስን፡ ንዓዲ ተኽለየስን፡ ነዚኦም ዝፈረዮ እዩ ፡ ከምኡ ድማ ዓዲ ከንቲባ አስመዔ ምስኦም እዮም ። ካብዚ ንላዕሊ ተጻሒፉ ዘሎ ዘርኢ ደግለ ወደ አከለ ዝፈረይዎ ሕዝብን ዝሐዝዎ ዓድን አብ ዘለዉ አልዮም ዘርኢ ደግለ ወደ አከለ እዮም ዝበሃሉ ።

<u>ም ዕ ራ ፍ ፴፬ ።</u>

ዘርኢ ሐድጋይ ወዲ አከለ ።

ሐድጋይ ወደ አከለ ዝፈረዮም ሕዝብን አመቓቕሎኦምን ካብዚ ንታሕቲ ንገልጽ አሎና ፡ ሐድጋይ ንእንከዛን ወለደ ፡ እንከዛን ንዳግማዊ ሐድጋይ መናግሂ ወለደ ዳግማዊ ሐድጋይ መናጊሂ ን፬ተ ወለደ ። ፩ ንወለጊየርጊስን — ፪ ንሞሲን — ፫ ንጽንፋይን ፬ ንሁብን ።

ከምዚሎም ፬ተ ደቂ ዳግማዊ ሐድጋይ መናጊሂ ይብሃሉ ፡ ካብዚኦም ወለጊየርጊስ ዝፈረዮምን ዝሐዝዎ ዓድን አብ አድያቦ እዮም ዘለው ፡ ጽንፋይ ንሐንቲ ዓዲ ንዕዋንት ዝፈረዮ እዩ ፡ ሞሲ ንደቂ ሞሲ ዝፈረዮ እዩ ። <u>ዘርኢ ሁብ</u> ፡ ሁብ ን፮ተ አወዳት ወለደ ። ፩ ንመሐረዝግን — ፪ ንተዓረዝግን — ፫ ንተስፋዝግን — ፬ ንጐድቦዝግን — ፭ ንገደ ዝግን — ፮ ንፀጋዝግን ፡ ከምዚሎም ፮ተ ደቂ ሁብ እዮም ዝበሃሉ ።

ካብዚኦም መሐሪዝጊ ዝፈረዮም ከም ዘለው ዓዲ ቐይሕ ሐደግቲ አለው ፡ ዘርኢ ተዓረዝጊ ንዓዲ ባዕኽል ሐደግቲ ዝፈረዮ እዩ ፡ ዘርኢ ተስፋዝጊ ዝፈረዮም ዝርከቦም

አብ ዳዕረ ኩንዓት ሠራዩ ኣለዉ፡ ዘርኢ ግድቦዝጊ ዝፈረዮም ዓዶ ኣብዑር ሐደ
እዮም ፡ ዘርኢ ፀጋዝግን ገደዝግን ዝፈረይዎም ኣብ ማእከል ማዕረባ ኣለዉ ። ገደ
ን፫ተ ኣወዳት ወለደ ። ፩ ንዓጺዳን — ፪ ንቶማስን — ፫ ንብርሃኑን ።

ካብዚኦም ዓጺዳ ን፩ልተ ወለደ፡ ነውዓላን ንሥልጣንን ካብዚኦም ኣውዓላ ዝ
ዮም ዓዲ ኣሕስአ ሐደግቲ ይበሃሉ ።

ሥልጣን ንልዕመት ወለደ፡ ልዕመት ንከንቲባ ሠረቐ ብርሃንን ንተኹልይን
ሒምኡ ወለደ፡ ንጅናይ ድማ ካብ ካልኣይቲ ሰበይቲ ወለደ፡ ከንቲባ ሠረቐ ብርሃን
ንቲባ መድሕንዝጊን ንከንቲባ መሐሪዝግን ንፊተውራሪ ተላዝግን ንእምነዝግን ከ
ሎም ፬ተ ኣሕዋት ደቂ ከንቲባ ሠረቐ ብርሃን እዮም ዝበሃሉ፡ እዚኦም ፬ተ ኣሕ
ዝፈረይዎም ኣብ ማእከል ማዕረባ ኣለዉ፡ ተኹሉይ ዝፈረዮም ንሐድግሹምን ነስ
ንድሐኖምን ንማምሩይን ከምዚሎም ፬ተ ደቂ ተኹሉይ ይበሃሉ ።

ካብዚኦም ኣስመዔ ንሐረጎት ወለደ፡ ሐረጎት ንተስፊት ወለደ፡ ተስፊት ን
ወለደ፡ ፎቶ ንዕንቱራ ወለደ፡ ዕንቱራ ንከንቲባ ኣስመሮም ወለደ፡ ከንቲባ ኣስመሮም ን
ራእሲ ተሰማ ዝሐዙ ዝፈረዩ እዩ ። ሐድጊ ሹምን ኣድኃኖምን ማምሩይን ዝፈረይ
ኣብ ማእከል ማዕረባ ኣለው ብሐደ ሽም ደቂ ልዕመት ተባሂሎም ይዕውዑ ። ቶ
ዝፈረዮም ዝርከቦም ገለ ኣብ ኩዶ ፈላሲ፡ ገለ ኣብ ቤት ህበይ፡ ገለ ኣብ ዓዲ ኻ
ኣለዉ ። ዘርኢ ብርሃኑ ፡ ብርሃኑ ዝርከቦም እቶም ዘርኡ ኣብ ማእከል ማዕረባ ኣለ
እንዳ እምናይ ይበሃሉ ።

<u>ዘርኢ መሐረዝጊ ወዲ ሁቦ</u>፡ መሐረዝጊ፡ ንተስፋዝጊ ፡ ወለደ ተስፋዝጊ ንዓንደና
ወለደ፡ ዓንደናዝጊ ንማዕቀባዝጊ ወለደ ፡ ማዕቀባዝጊ ን፫ተ ወለደ ። ፩ ንሐልየስን —
ንተኽለየስን — ፫ ንሀብተየስን፡ ከምዚሎም ፫ተ ኣሕዋት ደቂ ማዕቀባዝጊ ይበሃሉ
ካብዚኦም ሐልየስ ንዓዲ ብላታ ገብረዝጊ ዓዲ ቐይሕ ሐደግቲ ዝፈረዩ እዩ፡ ተ
የስ ንበዓል መሐሪ ኪዳኔ ዓዲ ቐይሕ ሐደግቲ ዝፈረዩ እዩ፡ ሀብተየስ ዝፈረዮም
ኣሥመራ ሀዳሙ ኣለው ። ከምዚሎም ዘርኢ መሐሪዝጊ ወዲ ሁቦ ይበሃሉ ።

<u>ተዓረዝጊ ወዲ ሁቦ</u> ፤ እዚ ተዓረዝጊ ወዲ ሁቦ ንሐደ ንቀሊት ሐምሌ ወለደ፡ ቀለ
ሐምሌ ዝፈረዮም ድማ ኣብ ዓዲ ባዕከል ሐደግቲ ንባዐል ባሻይ ኣስፍሃ ዝሐዘ ዝፈ
እዩ ። <u>ተስፋዝጊ ወዲ ሁቦ</u> ፤ ተስፋዝጊ ወዲ ሁቦ ዝፈረዮም ድማ ዝርከቦም ኣብ ሠ
ዳዕረ ኩንዓት ኣለው ፡ <u>ጉዱቦዝጊ ወዲ ሁቦ</u> ፤ ጉዱቦዝጊ ወዲ ሁቦ ። ንግርማዝግን ን
ፉጌርግስን ።

ነዚኦም ክልተ ወለደ ፡ ካብዚኦም ግርማዝጊ ንዓዲ ሹም ግርማኡን ንዓዲ ሹም
ዳን ዝፈረዩ እዩ፡ ኣብ ዓደ ኣብዑር ሐደግቲ ዘለው እዮም ፡ ተስፋጌርጊስ ድማ ን
ሹም ደባስ ዝፈረዩ እዩ፡ እዚኦም ከምዘለው ኣብ ዓደ ኣብዑር እዮም ዝርከቡ ።

<u>ፀጋዝጊ ወዲ ሁቦ</u>፡ ፀጋዝጊ ወዲ ሁቦ ዝፈረዮም ከምቲ ቅድም ዝበልናዮ ኣብ
ል ማዕረባ እዮም ዘለው ።





## ዘርኢ ድግናይ ወደ ኣከለ ።

ድግናይ ወደ ኣከለ ዝፈረዮምን ኣመቓቕለኦምን ካብዚ ንታሕቲ ንገልጽ ኣሎና ፡ ድግናይ ንጽኑዕዝጊን ንጐድቦዝጊን ወለደ ፡ ከምዚሎም ፪ተ ደቂ ድግናይ ይብሃሉ ፡

ካብዚኦም ጽኑዕዝጊ ንሐንቲ ዓዲ ንሐዲዳ ዝፈረዩ እዩ ከምኡ ድማ ኣሕዋቶም ኣብ ከታይ ትበሃል ዓዲ ኣብ ሠራዩ ኣለዉ፡ እቲ ፈራይኦም ድማ ፃዕዳ ወዲ ፅኑዕዝጊ ይበሃል ፡ <u>ዘርኢ ጉድቦዝጊ ፡</u> ጉድቦዝጊ ዝወለዶም ፡ ፩ ንወረሠናዝጊን — ፪ ንቡግናይዝጊን — ፫ ንሀሎናዝግን — ፬ ንኮሞናዝግን — ፭ ንዓንዶናዝግን ፡ ከምዚሎም ፭ ኣሕዋት፡ ደቂ ጉድቦዝጊ ይበሃሉ ፡ ካብዚኦም ወረስናዝጊ ን፬ተ ወለደ ። ፩ ንዳግማዊ ድግናይ ፪ ንወራሲ — ፫ ንቴድሮስ — ፬ ንፍሬ መኻእን፡ ከምዚሎም ፬ተ ደቂ ወረሰናዝጊ እዮም ዝበሃሉ ።

ካብዚኦም ዳግማዊ ድግናይ ፡ ንጴጥሮስን ንሣሙኤልን ንምሕረትን ወለደ ፡ እዚኦም ዝፈረይዎም ዘርኢ ፫ቲኦም ኣሕዋት ኣብ ማእከል ድግሳ ኣለዉ ፡ ከምኡ ድማ ወራሲ ዝፈረዮምን ቴድሮስ ዝፈረዮምን ዘርኢ ክልቲኦም ኣሕዋት ኣብ ድግሳ ኣለው ፡ ፍሬ መኻእ ግና ሐድጊ የብሉን ፀኒቱ እዩ ። ዘርኢ ሣሙኤል ወዲ ዳግማዊ ድግናይ ፡ ሣሙኤል ወዲ ድግናይ ነ፬ተ ወለደ ። ፩ ንግርማ ገርጊስን — ፪ ንተፋ ጊየርጊስን — ፫ ንሀብተጊየርጊስን — ፬ ንኣመተ ጊየርጊስን ።

ነዚኦም ኣርባዕተ ኣሕዋት ወለደ፡ ካብዚኦም ግርማ ገርጊስ ንሀብተየስን ንተኸለየስን ወለደ ፡ ሀብተየስ ንሐረጎት ፡ ሐረጎት ንዘርኢት ወለደ ፡ ዘርኢት ንትኩእን ንዳግማዊ ግርማየስን ንዳግማዊ ተኸለየስን ንዳግማዊ ሀብተየስን ወለደ፡ ካብዚኦም ትኩእ ንዑቕቡን ንደበሳይን ወለደ፡ ዑቕቡ ንዓንዱ ወለደ ፡ ዓንዱ ንቢልዎ ወለደ ፡ ቢልዎ ዝፈረዮም ኣብ ድግሳ ኣለው ከምዚሎም ደቂ ሣሙኤል ኣብ ድግሳ ኣለዉ ።

### ዘርኢ ጴጥሮስ ሐዉ ሣሙኤል ።

ጴጥሮስ ንተኽለ ሹምን ንዓንደ ሹምን ን፪ተ ወለደ፡ ካብዚኦም ተኽለ ሹም ንትኩእ ወለደ ፡ ትኩእ ዝፈረዮም ድማ ዝርከቦም ኣብ ድግሳ ኣለዉ፡ ምሕረት ሐው ጴጥሮስ ወዲ ዳግማዊ ድግናይ ዝፈረዮም ድማ ኣብ ድግሳ ኣለዉ ።

<u>ዘርኢ ቴድሮስን ወራስን ፡</u> ቴድሮስ ዝፈረዮምን ወራሲ ዝፈረዮምን ዘርኢ ፪ቲኦም ኣብ ድግሳ ኣለዉ ።

### ዘርኢ ቡግናይዝጊ ወዲ ጉድቦዝጊ ።

ቡግናይዝጊ ሐው ወረሰናዝጊ ንማይ ሕማቕን ንሐዲሽ ዓዲ ቡግነይን ን፪ቲኤን ዓዲ ዝፈረዩ እዩ ፡ ዓንደናዝግን ኮሞናዝግን ሀሎናዝጊን ደቂ ግድቦዝጊ ዘርኢ ፫ቲኦም ኣሕ

ዋት ዝፈረይዎም አብ ሠራዩ ዓዲ አብርሆምን እኒ ፀበላ እኒ ሐሠር የልበ እኒ ዓ ኵሎም ዝበሃል ፡ ከምዚሎም አብቲ መሬት አዲኦም ርብቃ ተባህለት ጓል ብሌን ሰ ምድሪ አዲኦም ሒዞም አለው ፡ መጸውዒያም ድማ ድግና ባሻይ ይበሃል ።

ዘርኢ ገሥገሣ ወዲ አከለ ጽዮን ፡ ገሥገሣ ሐው በዓል ሐድጋይ ከምቲ ቅድ ዝጠቐስናዮ ፫ይ ሐዎም እዩ ገሥገሳ ዝፈረዮም ከም ዘለው አብ ወደ አከለ መስሐ ብዙሐት ዘርኢ ከይኖም ዓዲ ሒዞም አለዉ ።

ዘርኢ ቦኽራይ ወዲ አከለጽየን ፡ ቦኽራይ ሐዎም ንበዓል ሐድጋይ እዩ ፡ ንሱ ዝ ረዮም አብ ደቂ አከለን አክራንን እኒ ዓዲ ቃዕጥን ንዓዲ ደጊያት ቦኹሩ አፈልበ ውን ገለ ድማ አብ ማይሐ ዘለውን ከምኡ ድማ ሐሐሊፎም አብ ከልእ አይስእ እዮም ከምዚሎም ደቂ ቦኽራይ ይበሃሉ ።

ምዕራፍ ፴፮ ።

## ወለዶ ተኽለጨን አቦ ጉዛይ ።

ተኽለጨን አቦ ጉዛይ ን፪ተ ወለደ ፡ ንጉዛይን ንተኽዛንን ካብዚኦም ጉዛይ ዝፈረየ ክንሰሚ ጉዛይ ። ንጉድቦዝግን — ንቡርኽዝግን — ንቓልዝግን — ንሕዱግ ዝዋበዝግ ንዓረዝግን ወለደ ።

ከምዚሎም ፭ተ አሕዋት ደቂ ጉዛይ ይበሃሉ ፡ ካብዚኦም ጉድቦዝጊ ካብ ፮ ንሐደ ንተከስተ ብርሃን ወለደ ፡ ካብ ከልአይቲ ሰበይቲ ድማ ፮ተ ወለደ ሽሞም ድ ከምዚ አብ ታሕቲ ተመልኪቱ ዘሎ እዩ ። ፩ ንሐረስታይን — ፪ ንጓርጓርን — ፫ ን ሉን — ፬ ንቐይሕ ሞስን — ፭ ንተዐብቀን -- ፮ ንዘካርያስን ።

ከምዚሎም ፯ ደቂ ጉድቦ ወድ ጉዛይ ይበሃሉ ፡ ካብዚኦም ተኸስተ ብርሃን እ ወዲ ሒማ ካብ ጀኑ ዝተባህለት ዝተወልደ ። ንሱ ዝፈረዮም አብ ማእከል ዓዲ ቐ ዘለው ብዓል አቶ ታእዛዝ አቦ ብላታ ሎሬንሶ ነዚአቶም ዝፈረዩ እዩ ፡ ሐረስ ሐድጊ የብሉን ፀኒቱ እዩ ፡ ጓርጓር ንበዓል ቀሺ ገብረመድህን ዛህሉ አብ መሰ ዘለዉ ዝፈረዩ እዩ ፡ ሣእሉ ዝፈረዮም ። ፩ ንዓቓፅንን — ፪ ንጐፍላን — ፫ ንፍቁር

ከምዚሎም ፫ተ አሕዋት ደቂ ሣእሉ እዮም ካብዚኦም ዓቓፅን ዝፈረዮም ከ ንታሕቲ ንገልጽ አሎና ።

ምዕራፍ ፴፯ ።

## ዘርኢ ዓቃፅን ወዲ ሣእሉ ።

ዓቓፅን ዝፈረዮም አዚዮም ብዙሐት እዮም ፡ ዓቃፅን ፩ ንማዕቀባዝግን — ፪ ን ዳን — ፫ ነድከመን — ፬ ንዘአማንን ።



ከምዚሉ ነዚኦም ፬ተ ወለደ ፡ ካብዚኦም ማዕቀባዝጊ ንገረክስቶስን ንጅመልን ንዕንዳ ዋንን ወለደ ፡ ገረክስቶስ ድማ ንሥብሃት ለአብን ንብላይ ራዛን ንተስፋ ሥላሴን ንተኽለ ሥሉስን ወለደ፡ ካብዚኦም ሥብሃት ለአብ ን፫ተ ወለደ ሽማቶም ከዓ ከምዚ ዝስዕብ እዩ። ንመዓተን — ንዕሸትን — ንሀይለጊየርጊስን ።

ከምዚሎም ፫ተ ደቂ ሥብሃት ለአብ ይብሃሉ ካብዚኦም መዓተ ድማ ንበዓል ገብሬ ወዲ ተስፋማርያም ንንዳ ሀብታይ አብ ሐላይ ዘለው ዝፈረዩ እዩ ፡ ዕሸት ንንዳ አቶ መዓሾን ንንዳ አቶ ወልዱን አብ እምበይቶ ዓሬ ዘለው ዝፈረዩ እዩ ፡ ሀይለጊየርጊስ ንአርዓዶ ምን ንተኽሊትን ወለደ ፡ ካብዚኦም አርዓዶም ንሳምሪት ወለደ ፡ ሳምሪት ንጥዑምዝጊ ወለደ፡ ጥዑምዝጊ ንከንቲባ እሙንን ንፃዕዳን ወለደ፡ እዚኦም ዝፈረይዎ አብ ሐላይ አለዉ።

ብላይ ራዛ ድማ ንባዐል አቶ ተኽለን ንአቶ ተስፋማርያምን ንንዳ አቶ ትኩእን ዝፈረዩ እዩ ንሳቶም ድማ አብ ማዐርዳ ዝበሃል ዓዲ ዘለው እዮም ።

ተኽለ ሥሉስ ንንዳ ባሻይ ደስታ አብ እምቤይቶ ዓሬ ዘለው ንአኦም ዝፈረዩ እዩ። ዘርኢ ተስፋ ሥላሴ ፡ ተስፋ ሥላሴ ድማ ንንዳ አቶ ጋረድን ንንዳ ባሻይ ገብረሚካኤልን ንንዳ አቶ ሐጐሥን ንደዳ አቶ ህብቱይን ዝፈረዩ እዩ ፡ እዚኦም ድማ ዓድ ተስፋ ሥላሴ ዝበሃሉ አብ መዓርዳ አለዉ።

ዘርኢ ጅመል ወዲ ማዕቀባዝጊ ጅመል ዝወለዶም እልፍ ድምን ሃብተማርያምን ይበሃሉ ነበሩ ፡ ካብዚኦም እልፍ ድም ዝፈረዮም ዝርካቦም አብ ምድሪ ሠራዩ ጥቓ ዓረዛ አለዉ፡ ሃብተማርያም ድማ ንተኽለአብ ወለደ፡ ተኽለአብ ድማ ንተስፋ ጊየርጊስ ወለደ፡ ተስፋጊ የርጊስ ድማ፤ ንይስሐቅን — ንሥብሃት ለአብን ።

ነዚኦም ፪ተ ወለደ ፡ ካብዚኦም ይስሐቅ ንዓዲ ከንቲባ ጐይትኦም አብ እምቤይቶ ዓሬት ዘለዉ ዝፈረዩ እዩ ፡ ሥብሃት ለአብ ድማ ዝፈረዮም ፡ ንቢኢዳትን — ንገረድን ንኽፍሎምን፤ ከምዚሎም ፫ተ ደቂ ሥብሃት ለአብ ይበሃሉ ፡ ደቂ ሥብሃት ለአብ ዝፈረ ይዎም አብ ውህነይ ዓረት አለው ።

ገረድ ንአቶ ሳህሊትን ንበዓል አቶ ተኽለማርያምን ነዚአቶም ዝፈረዩ እዩ ፡ ዘርኢ ፪ቲኦም አሕዋት ድማ አብ አውህነይ አለዉ ። ዘርኢ ዕንድዋን ፡ ዕንድዋን ወዲ ማዕቀ ባዝጊ ን፫ተ ወለደ ። ንሻኽርን — ንጓዕዳድን — ንመርፍአን ።

ከምዚሉ ን፫ተ አሕዋት ወለደ፡ ካብዚኦም ሻኽር ንዓዲ አዝማች ብሩ ተኾንዳዕ ዝፈ ረዩ እዩ ፡ ጓዕዳድ ድማ ንዓድ በላምባራስ ጓንጉል ዓዲ ወቅራ ዓራቶ ዘለው ዝፈረዩ እዩ ፡ መርፍአ ድማ ንዓዲ አቶ አብርሃ ዝተባህሉ አብ ዓዲ ወገራ ዓራቶ ዘለው ዝፈረዩ እዩ ። ዘርኢ ዘአማን ወዲ ዓቓፅን ፡ ዘአማን ወዲ ዓቓፅን ንአቶ ተኪኤ ወዲ ሐጐስ ዝበ ሃሉ አብ አውህነይ ዓሬት ዘለው ንአአቶም ዝፈረዩ እዩ ። ዘርኢ አድከመ ወዲ ዓቓፅን አድከመ ዝፈረዮም አብ ዓደ አባጊዕ ሽመዛና ዘለዉ ኩሎም ዝፈረዩ እዩ ።

ዘርኢ ፃዕዳ ወዲ ዓቓፅን ፡ ፃዕዳ ዝፈረዮም አብ ሽመዛና ሐሐሊፎም ደቂ ፃዕዳ እንዳ ተባህሉ ይጽውዑ አለው ክንድቲ ዘአክል ድማ ብዝሒ የብሎምን ከምኡ ድማ

አብ አውሒ መጽሄ ዝበሃል ዓዲ አለው ፡ በቲ መሠረት ወለዶኦም ግና ካብ ሜፈረ
እዮም እንተኾነ ሕጂ ምስ ደቂ ዓቓጽን ተሐዋዊሾም ከም ሐደ ዓሌት ኮይኖም ቁጽ
ንን ዓቓፅንን ተባሂሎም ብሐደ ሽም ክሳዕ ሎሚ ይጽውዑ አለዉ ።

## ም ዕ ራ ፍ ፴፰ ።

### ወለዶ ጐፍላ ወዲ ሣእሉ ።

እዚ ጐፍላ ወዲ ሣእሎ ዝፈረዮምን ዝሐዝዎ ዓድታትን ከምዚ ዝስዕብ እዩ ደቂ
ጐፍላ ። ፩ ንዘርእሠናይን — ፪ ንካሕሳይን — ፫ ንገብረማርያምን — ፬ ንማዕቀባዝግ
፭ ንአቶ ግደይን — ፮ ንአቶ ብርሃነን ወለደ ።

ከምዚሎም ፮ተ ደቂ ጐፍላ ይበሃሉ ፡ አመቓቕልኦም ድማ ከምዚ'ዩ ዘርኢ ሠና
ንጴጥሮስን — ንሮቤልን — ንቦኽራይን — ንደረጨንን — ንሥብሃትን — ንትንሳ
ክርስቶስን — ንምድሓንን ከምዚሎም ፰ተ ደቂ ዘርኢ ሠናይ ይብሃሉ ። ካብዚኦም ጴጥ
ሮስ ንማይ ፃዕዳ ደጉዛይ ዘለው ዝፈረዩ እዩ ። ሮቤል ንቀርኒ መዓርን ንደርሰነይ ሐ
ሴን ዘለው ዝፈረዩ እዩ ፡ ቦኽራይ ንዓዲ ለጀ ዝፈረዩ እዩ ፡ ደረጨን ንባአታን ንቴ
ሮስን ንሠመረን ንተስፋኡን ዝወለደ እዩ፡ ካብዚኦም ባአታይ ንትኩእን ንተኽለ አቤል
ወለደ ፡ ትኩእ ንበዓል አቶ ሐይሽ ዓጋመተን ዘለው ዝፈረዩ እዩ ፡ ተኽለ አቤል ድ
ንስንዱድን ንዓዕማትን ንገርጊሽን ዝወለደ እዩ ። ካብዚኦም ስንዱድ ንበዓል አቶ ተማ
ዝሐዙ አብ ዓጋመተን ዘለው ዝፈረዩ እዩ ።

ዓዕማት ንመሐሪዝጊ ወለደ ፡ መሐሪዝጊ ድማ ንኢሳያስን ንኢያሱን ወለደ ፡ ኢያ
ዝፈረዮም ዓዲ ሹም ኢያሱ ዝበሃሉ አብ መዓርዳ አለው ከምኡ ድማ ዘርኢ ዓዕማ
ዝፈረዮም አብ መዓርዳ አለው ።

ቴድሮስ ዝፈረዮም ፡ ቴድሮስ ንንዳ ሹም የናይ ተኾንዳዕ ዘለውን ንንዳ ሹም ጋ
ግራመተን ዘለውን ንማርታን ንሀዳሙን ዘለው ንፍርቂ ዓናኒን ንዓዲ ከንቲባ ወል
አምላኽ ዓዲ ቐይሕን ንንዳ ገብረክርስቶስ ዓዲ ቐይሕ ዘለውን ነዚኦም ዝፈረዩ እ
ሠመረ ወዲ ደረጨን አብ ማይዝግን አብ ቆንጠጠፌ ዘለውን ነዚኦም ዝፈረዩ እ
ተስፋኡ ወዲ ደረጨን ንዓዲ ገብላ ቴግሬንን ንዓዲ አዝማች ጠዓመን ንዓዲ ወል
ዓሽክርን ንዓዲ ቀይሕን ዘለው ዝፈረዩ እዩ ፡ ካሕሳይ ወዲ ጐፍላ ዝፈረዮም አብ ምና
ጥቓ ዓዲ ቀይሕ አለዉ ። ገብረማርያም ወዲ ጐፍላ ሐድጊ የብሉን ፀኒቱ እዩ ፡ ማዕቀ
ዝጊ ወዲ ጐፍላ ዝፈረዮም አብ ማርታ እንዳ ዘርኦም ዝበሃሉን አብ በርኪቶ ዘለው
አብ ጐድፍ ዘለውን ከምዚሎም ን፫ቲኦም ዓዲ ዝፈረዩ እዩ ፡ ግደይ ወዲ ጐፍላ ዝፈ
ዮም ዓዲ አቶ ብርሃን ንዓዲ ሹም ወልደንኪኤልን እንዳ ሹም ዕንዳይን ነዚኦም ዝ
ረዩ እዩ

ዘርኢ ሥብሐት ሐው ደረጨን ወዲ ሣእሉ ፡ ሥብሐት ዝወለዶም ንዑቅብን፡ ንሀ
ተማርያምን፡ ንማዕቀባዝግን፡ ንሥልጣንን፡ ከምዚሎም ፬ተ ደቂ ሥብሐት ይበሃሉ፡ ካብ



ኦም ዑቅብ ንከንቲባ አሚነን ንበሊሒን ንዕንቆይን ንሀብተሥላሴን ነዚኦም ወለደ ፡ ካብዚ
ኦም ከንቲባ አሚኔ ንአቶ ሀብተንኪኤል ወለደ ፡ ሀብተንኪኤል ድማ ንደጊያት ገብረመ
ድህንን ንልጅ ሐጐስን ዝወለደ እዩ ። ደጊያት ገብረመድህን ዝፈረይዎም አብ ኳዓቲት
አለው ዕንቆይ ዝፈረዮም ንከንቲባ ድል ናይን ንዕቁብን ነአድከመን ነአውዓሎምን
ወለደ እዚኦም ዝፈረይዎም አብ ኳዕቲት አለዉ ፡ ዘርኢ ሀብተሥላሴ ፡ ሀብተሥላሴ ንበ
ዓል ቀኛዝማች መዓሾን ንግራዝማች ሰንጋልን ነዚአቶም አብ ኳዓቲት ዘለው ዝፈረዩ
እዩ ። ዘርኢ ሀብተማርያም ፡ ሀብተማርያም ወዲ ሥብሐት ዝወለዶም ካብዚ ንታሕቲ
ንገልጽ አሎና ። ንከንቲባ ተስፋሐንስን — ንባሕረ ነጋሢ ዘርአ ሐንስን ።

ነዚኦም ፪ተ ወለደ ፡ ካብዚኦም ባሕረ ነጋሢ ዘርሐንስ ንፎቶ ዝግን ንዛህላይ ዝግን
ንጥዑም ዝግን ካብ ሒማ ዝተወለዱ እዮም ፡ ከምኡ ድማ ካብ ካልአይቲ ሰበይቲ ንየማ
ኖን ንሀብተዝግን ወለዱ ። ካብዚኦም ፎቶ ዝጊ ንዓዲ ከንቲባ ፎቶ ዝፈረዩ እዩ እዚአ
ቶም ድማ አብ ኳዓቲት አለዉ ።

ጥዑምዝጊ ድማ ንዝባን ዝግብ ጥቓ ዓዲ ቀይሕ ዘላ ዓዲ ዝፈረዩ እዩ ፡ ዛህላይዝጊ
ድማ ዝፈረዮም ዝርካቦም አብ ዓዲ ደፈርቲ አለው ፡ የማኖ ንገዛ ዓዲ ኢያሱ ዝፈረዩ
እዩ ፡ ሀብተዝጊ ድማ ንብርሃነ ወለደ ፡ ብርሃነ ድማ ንዓዲ ገዛ አቶ ብርሃነ ዝፈረዩ እዩ ፡
ንሳቶም ድማ አብ እምባ ኰዓቲት እዮም ዘለው ፡ ከንቲባ ተስፋሐንስ ሐው ባሕረ ነጋሢ
ዘርአሐንስ ዝወለድዎም ። ፩ ንሀብተዝግን — ፪ ንገረድዝግን — ፫ ንሥብሐትዝግን
፬ ንተዓረናዝግን ።

ነዚኦም ፬ተ ወለዱ፡ ካብዚኦም ሀብተዝጊ ዝፈረዮም አብ ዓዲ ሐርገጽ አለዉ ፡ ገረድ
ዝጊ ዝፈረዮም አብ ዓዲ ደፈርቲ አለው ፡ ሥብሃትዝጊ ዝፈረዮም አብ ሕረት አለው ፡
ተዓረዝጊ ዝፈረዮም ዝርካቦም አብ ቴግሬኒ አለው ፡ ዘርኢ ባሕረ ነጋሢ ዘርአሐንስን
ዘርኢ ከንቲባ ተስፋሐንስን ክልቲኦም የሕዋት ዝፈረይዎም ብሐንሳብ አብ አብዓን አብ
ዑና ዓንዶምን አለው ። ዘርኢ ትንሣኤ ክርስቶስ፡ ትንሣኤ ክርስቶስ ንኢንቶን ዝፈረዩ እዩ
ምድሐን ንዓሮማ ዝፈረዩ እዩ፡ ከምዚሎም ደቂ ዘርኢ ሠናይ እናተባህሉ ይጽውዑ አለው።

## ም ዕ ራ ፍ ፴፱ ።

### ወለዶ ፍቁር ወዲ ሣእሉ ።

ፍቁር ወዲ ሣእሉ ንክልተ ወለደ ሽሞም ድማ ከምዚ ዝስዕብ እዩ ። ፩ ንዳግማዊ ሣእሉ — ፪ ንአቶን ። ከምዚሎም ፪ተ ደቂ ፍቁር ይበሃሉ ካብዚኦም ዳግማዊ ሣእሉ ንመንደፈራን ንዓዲ ቅርጫን ዝፈረዩ እዩ ፡ አቶን ድማ ። ፩ ንተስፋኡን — ፪ ንሠመረን ፫ ንገረክርስቶስን — ፬ ንተፋደን — ፭ ንናስርን ወለደ ።

ከምዚሎም ፭ተ ደቂ አቶን ይበሃሉ ፡ ካብዚኦም ተስፋኡን ናስርን ዝፈረይዎም አብ ዓዲ ከታ አለው ፡ ሠመረን ገብረክርስቶስን ዝፈረይዎም አብ ብርኪቶ ዝበሃል ዓዲ አለው ተፋደ ዝፈረዮም ዝርካቦም አብ አፍደዩ ድምበዛን አለው ።

## ም ዕ ራ ፍ ፴ ።

### ዘርኢ ቀይሕ ሞሲ ወዲ ጉድቦዝጊ ።

እዚ ቀይሕ ሞሲ ወዲ ጉድቦዝጊ ወዲ ወዱ ንጉዛይ ዝፈረዮም ዝርካቦም ከ
ተሐሒዙ ዝወረደ ሐደ ሰብአይ ጭሩም ዝተባህለ አብ ዓዲ ወገራ ዓረት አሎ ።

ዘርኢ ተዓውቀ ወዲ ጉድቦዝጊ፡ እዚ ተዓውቀ ወዲ ጉድቦዝጊ ወዲ ወዱ ንጉ
አከማ ወለደ፡ አከማ ድማ ንናስርን ንዓሚርን ንሣሙኤልን ወለደ፡ ካብዚኦም ና
ዝፈረዮም አብ ድርዓን አብ ማይ ሐራስትን አለው ዓሚር ዝፈረዮም ምስ አሕዋ
ዝፈረዮም አብ ድርዓን አብ ማይ ሐራሳት አለው፡ ሣሙኤል ዝፈረዮም አብ ድርዓን አብ ማይ ሐራሳት ዓረ
አብ ማይ ሐራሳት አለው፡ ሣሙኤል ዝፈረዮም አብ ድርዓን አብ ማይ ሐራሳት ዓረ
አለው ።

ዘርኢ ዘካርያስ ወዲ ጉድቦዝጊ፡ እዚ ዘካርያስ ወዲ ጉድቦዝጊ ወዲ ወዱ ንጉ
ንተኽስተን ንተዓረን ንዘርኢ ሠናይን ወለደ፡ እዚኦም ፫ተ አሕዋት ዝፈረይዎም
ድርዓ ዓረት አለው ካብዚኦም ዝተፈልዩ ካብ ተኽስተ ዝውለዱ አብ ዓዲ ፍንዕ
ደግለ ገለ አለው ።

ዘርኢ ብሩኽ እዝጊ ወዲ ጉዛይ፡ እዚ ብሩኽ እዝጊ ወዲ ጉዛይ እዩ ንሱ ዝፈረ
ድማ ንዳንበ ሠሐርትን ንዓዲ ካንታ ጥቓ አብ ሰላማ ዘላ ዓድን ነዚኦም ዝፈረዩ እ

### ዘርኢ ቃልዝጊ ወዲ ጉዛይ ።

እዚ ቃል ዝጊ ወዲ ጉዛይ እዩ፡ ንሱ ዝፈረዮም ከምዚ ዝስዕብ እዩ፡ ንዛይድን
ገዶምን ወለደ፡ ካብዚኦም ዛይድ ንዓዲ ክንተባ በኺት እምባደርሆ ዘለውን ከ
ድማ አሕዋቶም አብ ላዕላይ ትውልዲ ዝራኸቡ አብ አንከረ ባሩካ ዘለው ዛይድ ነዚ
ዝፈረዩ እዩ ።

እዚአቶም ቅድሚ ብዙሕ ትውልዲ ፈለማ ብስደት ንጉሎ መኸዳ ከይዶም
መጡ ነበሩ፡ ካብኡ ድማ ተላዒሎም አብ አንከረ ባሩካ ዓዲ ሐዙ ። ካብቶም እ
ባሩካ ዘለው ዓበይቲ እንዳሰሚና ንጽሕፍ አሎና፡ ባሩካ ንሹም ወልደክስቶስን ንእ
ተኽሉን ንአብስራን ወለደ፡ አዛዥ ተኽሉ ንአቶ ፀምሩ ወለደ፡ አቶ ፀምሩ ንደጊ
ሐጐስን ንደጊያት አብርሃን ንደጊያት አፅባሃን ወለደ፤ ካብዚኦም አብስራ ጓል
ወልደ ክርስቶስ ንደጊያት ወልደ ገብርኤልን ንደጊያት ገንዘቡን ወለደት ።

### ካልአይ ክፍሊ ።

አብ አንከረ ባሩካ ዝርከቡ አሕዋት ባሩካ ደቂ ዲያገናይ ይበሃሉ ዲያገናይ
ሹም ወልደ አቶ ሹም ንአቶ ዘርአብሩኽ ወለደ አቶ ዘርአብሩኽ ን፯ተ ወለደ ። ፩ ን
ላይን — ፪ ንሣሙኤልን — ፫ ንዓሰባይን — ፬ ንሐደምበስን — ፭ ንረዳእን — ፮
ጋይን — ንገብረማርያምን ።



ከምዚሎም ፯ተ አሕዋት ደቂ ዘርአብሩኽ እዮም፡ ...
ደምበ ላሊበላ ዝበሃል ዓዲ ሒዘም አለው፡ ፀጋይ ዝፈረዮም ድማ ናብዚ ሕጂ አስገዶ በኞላ
ዝበሃል ዓዲ ሒዘም አለው፡ ዓሰባይ ዝፈረዮም ድማ አብ ዓዲ ገደኑ አድያበ ዓዲ ሒዘም
አለው፡ ረዳእ ድማ ንዓዲ ነኻስ አድጊ ዝፈረዩ እዩ፡ (ሽሬ) ሐደምበስ ንማይ ቡሽላ
ዝፈረዩ እዩ፡ ካብዚኦም ገብረማርያም ድማ ንአቶ ወዳጁ ዝወለደ እዩ አቶ ወዳጁ ድማ
ንደጊያት ባስልዮስ ዝወለደ እዩ፡ ካብ ደጊያት ባስልዮስ ድማ ሹም ተምቤን ምርጫ
ይውለዱ እዮም፡ ከምዚሎም ደቀባት ናይ አንከረ ባሩካን ናይ ሽሬን ከይኖም አለው
ዘርኢ አስገዶም ሐው ዛይድ አበባ ሰላማን አብንዕልቶን አለው ።

ዘርኢ ሕዱግዝጊ፡ እዚ ሕዱግዝጊ ወዲ ጉዛይ ንዓዲ ጋይም ሐደ ገዛ አብ ድግሳ
ዘለውን ንገዛ ዓዲ አቶ ብርሃኔ አብ ብርኪቶ ዘለውን ዝፈረዩ እዩ ።

ዘርኢ ዓረዝጊ፡ እዚ ዓረዝጊ ወዲ ጉዛይ ንሠመረ ወለደ፡ ሠመረ ንዓንደንኪኤል
ወለደ፡ ዓንደንኪኤል ንዳግማይ ሠመረን ንሀብተንኪኤልን ወለደ፡ ሀብተንኪኤል ንዓረ
ዝጊን ንመሽትን ወለደ፡ መሽት ነርዓዶም ወለደ፡ አርዓዶም ንትኩእ ወለደ፡ ትኩእ
ንቂስሙ ወለደ፡ ቂስሙ ንተኽሊት ወለደ፡ ተኽሊት ንመሐርን ንማናን ንደስታን ንለ
ተንጉሥን ወለደ፡ እዚኦም ዝፈረይዎም አብ ምሕራድ ላም ቴድረር አለው ።

ዘርኢ ተክሌዛን ሐው ጉዛይ፡ እዚ ተክሌዛን ወዲ ተክለጨን ሐው ጉዛይ እዩ ንሱ
ዝፈረዮም ክንድቲ ብዝሒ የብሎምን ንዝበብ እዝግን ንዳሽም ዝግን ንተኽለዝግን
ወለደ፡ እዚኦም ዝፈረይዎን ዝሐዝዎ ዓድን አብ ሽመዛና አለው ።

## ም ዕ ራ ፍ ፴፩ ።

### ወለዶ ደቂ በድላይ ።

እዞም ደቂ በድላይ ዝበሃሉ ዓሌት ካብ መሠረት ወለደኦም ከምዚ ዝስዕብ እዩ፡
እቲ ቀንዲ ፈራይኦም ገድለ መዓት ይበሃል ነበረ፡ ንሱ ንሐደ ንበድላይ ወለደ፡ በድላይ
ድማ እቲ ቀንዲ መጸውዒኡ ዝነበረ ዘአማን ይበሃል በድላይ ዝፈረዮም ። ፩ ንሥብሃ
ትዝግን — ፪ ንፍቁርዝግን ፫ ንማዕቀባዝግን — ፬ ንገብረክርስቶስን ።

ከምዚሎም ፬ተ አሕዋት ደቂ በድላይ እዮም ዝበሃሉ፡ ካብዚኦም ፍቁርዝጊ ዝፈረ
ዮም አብ እምባ ኳኳት መዕሄት አለው፡ ማዕቀባዝጊ ድማ ። ፩ ንሀብተማርያም — ፪
ንእምባሎን — ፫ ንሹም ሐባልን — ፬ ንሀብቶምን — ፭ ንዓንደማርያምን — ፮ ንጐ
ድፍን — ፯ ንመላዔን ።

ከምዚሎም ፯ተ አሕዋት ደቂ ማዕቀባዝጊ እዮም፡ ካብዚኦም መላዔን ፀኒቱ እዩ
ዝተረፉ አብ ምርጋጽ መዕሄት ዘርኦም አብኡ አለው ።

ገብረክርስቶስ ወዲ በድላይ፡ ንቐሊትን — ንተኽለሃይማኖትን — ነስገዶምን — ንሀ
ብቶምን — ንተንሣኤ ክርስቶስን ወለደ፡ እዚኦም ፭ተ አሕዋት ዝፈረይዎም አብ እምባ
ኳኳት እዮም ዘለው ካብዚኦም ዝወጹ ድማ አብ ትግራይን ከምኡ ድማ አብ ጋዕቤነ

ፀጓር ሠራዬ ኣለዉዎም እዚአቶም እቲ መሠረት ዓሌቶም ካብ ነገደ ይሁዳ ዘርኢ ካብ ዘርኢ ንብለ ድንግል ኢና ይብሉ ።

ኣብ ዓሬት ዝባን ቡር ዘለው በርሄኔት ትብሃል ዓዲ ኣብ ዓሬት ዘላ ጂንሌን ፡ ዘዛማን ዝበሃሉ ክልተ ዓሌት ኣለው ፡ ካብዚኦም እቲ ሐደ ጂንሌ ዝበሃል ዓሌት ካብ ዓሳውርታ እዩ ሳውር ንዕመር ዓስድ ወለደ ዕመር ዓስድ ን፫ተ ወለደ ። ፩ ንጅንዓለን — ፪ ንተኽለ ሰማዕትን — ፫ ንእስመዔን ።

ከምዚሎም ፫ተ ደቂ ዕመር ዓስድ ይበሃሉ እዚኦም ፫ተ ኣሕዋት ናብ ሰለዋ ዝበሃል ሀገር ከይዶም ተቐመጡ ።

ዕመር ዓሰድ ኣብ ሰለዋ ሞተ ፡ እቶም ፫ተ ደቁ ግና ናብዚ ተመሊሾም ኣብ ኣሥመራ ይቕመጡ ነበሩ ካብዚኦም እቲ ሐደ ኣስመዔ ዝበሃል ካብ ኣሕዋቱ ተፈልዩ ኣብ ኣሥመራ ተረፈ ፡ ዘርኡ ስጋዕ ሕጂ ገዛ ኣስመዔ ይበሃሉ ኣለው ።

ጀንዓሊን ተኽለስማዕትን ጠሊሙና ንካ እዩ እዚ ሐውና ኢሎም ሐዲጎሞ ናብ ኣክለ ጉዛይ ኣትዮም ኣብ በርሄት ዝበሃል ዓዲ ኣትዮም ተቐመጡ ፡ ጀን ዓሊ ዝፈረየም ኣብ በርሄት ዓሬት ኣለው ።

ተኽለሰማዕቲ ግና ካብ ሐዉ ተፈልዩ ንባሕሪ ወሪዱ ኣብ ፋሩም ተቐመጠ፡ ጀን ዓሊ ድማ እቲ ሐው ንትንስኤ ክርስቶስ ወለደ፡ ትንስኤ ክርስቶስ ንሁብን ንባህለዝጊን ወለደ፡ ባህለዝጊ ዝፈረየም ኣብ በርሄኔት ኣለው ።

ራዛማራ ዝበሃሉ ዓሌት ።

ሀ) <u>ራዛ ማራ ዝበሃሉ ዓሌት ፡</u> ድማ ካብ ደንከል ዝመጹ ኣብ በርሄነት ኣለው ።

ለ) <u>ወገራ ዝበሃሉ ዓሌት</u> ድማ ኣብ ዓዲ ወገራ ዓሬት ኣለዉ ፈለማ ኣቡኦም ካብ ወገራ ቤጌምድር እዮም ዝመጹ ንሳቶም ድማ ኣብ ሐራሳት ኣለው ።

ሐ) <u>ኣብ ቆላ ሀዳድም ብዙሐት ዓሌት ኣለው ፡</u> ካብዚኦም ድማ ደግዔን ዝበሃሉ በቲ መሠረት ዓሌት ወለደኦም ካብ ዓሳውርታ እዮም ዝመጹ ።

መ) <u>መርዓ ዝበሃሉ ዓሌት ኣለው ፡</u> ንሳቶም ድማ ካብ መሠረት ወለዶኦም ካብ ዓሌት በለው እዮም ካብ ገብርሄት ዕውር እዮም ።

ሠ) <u>ጓዕዛ ዝበሃሉ ድማ ኣለው ፡</u> ንሳቶም ንዓዲ ደጊያት ማሕራይ ዝፈረዩ እዮም ፡ ካብቲ መሠረት ዓሌቶም ናይ ጥንቲ ደቂ መሬት ዝጸንሑ እዮም ፡ ኣብ ፃዕዳ ትበሃል ዓዲ ኣብ ሀዳድም ኣለው ።

<u>ም ዕ ራ ፍ ፴፪ ።</u>

## ነገደ ሌዊ ።

<u>ወለዶ እናደቆ እዞም እናደቆ ዝበሃሉ ዓዲ ፡</u> በቲ መሠረት ወለዶኦም ቀድሚ ነዊሕ እዋን ካብ ኣካዊራ ዝበሃል ሥፍራ ምስ ደቁ ካብ ኢየሩሳሌም መጺኡ ናብ ባዕዕ ቅሩብ



እዋን ተቐመጠ ካብኡ ተላዒሉ ድማ ናብ ኣጉዕዲ ኣትዩ ተቐመጠ ፡ ካብኡ ተላዒ
ድማ ምስ ነቐለ እቲ ንበረዶታ ዝበሃል ዓሌት ዝፈረዩ፡ ኣይከይድን ዕጭ በረኹ (ወዴኽ
ኢሉ ካብ ኣቡኡ ተረፈ'ሞ በዚ ምኽንያት'ዚ እዞም በረዶታ ዝበሃሉ ኣብ ባሕሪ ዘለ
ከምዚሎም እዮም ካብ ኣሕዋቶም ተፈልዮም ዝተረፉ፡ ስጋዕ ሎሚ ድማ በረዶታ ይበሃሉ

እቲ ኣቡኡ ንበረዶታ ግና ንፍዮሐብን ነዞም ሕጂ ኣብ ኣጉዕዲ ዘለው ኣሕዋቱ
ዝፈረዩ እዩ ሸሙ ድማ ኣካዊራ እዩ ዝበሃል ። ካብዚኦም ፍዮሐብ ንሸብራ ወለደ፡ ሸብ
ንዮሐንስ ወለደ ፡ ዮሐንስ ንኣለለባሮ ወለደ ፡ ኣለለባሮ ንዑቕብ ወይራ ወለደ ፡ ዑቕ
ወይራ ንመኰንን ወይራን ንኣካዊራን ወለደ ፡ ካብዚኦም መኰንን ወይራ ንንዳ መ
ንን ዋጅራት ከም ዘለው ዝፈረዩ እዩ ።

ኣካዊራ ድማ ንዳግማዊ ዑቕብወይራን — ንግደማርያምን ወለደ ፡ ግደማርያም ድ
ንተኽለሐንስ ወለደ ፡ ተኽለሐንስ ድማ ንእስጢፋኖስን — ንድሕነተ ማርያምን ወለደ
እስጢፋኖስ ድማ ንዓደወ ወለደ ፡ ዓደወ ድማ ንዘወልደማርያም ወለደ ፡ ዘወልደማ
ያም ድማ ንተኽለ ወለደ ፡ ተኽለ ድማ ንመሐ ወለደ ፡ እመሐ ድማ ንወልደሚካኤ
ወለደ ፡ ወልደሚካኤል ድማ ንፊታውራሪ ንጉሤ ወለደ ፡ ፊታውራሪ ንጉሤ ድማ ን
ግማዊ ዓደወ ወለደ ፡ ዳግማዊ ዓደወ ድማ ንወለጊየርጊስ ወለደ ፡ ወለጊየርጊስ ድ
ንብሩ ወለደ ፡ ብሩ ድማ ንደግያት ሐጐስ ወለደ ደግያት ሐጐስ ድማ ንዑቕብ ወይ
ወለደ ፡ ዑቕብ ወይራ ድማ ንዓንዱ ወለደ ።

ዘርኢ ዓንዱ ፡ ዓንዱ ካብ እምቤት ኣመተ ጅር እተባህለት ጓል ሐፀይ ናዖድ የ
ትዩ ን፫ተ ወለደ ። ፩ ንንኡሳን — ፪ ንሠበርግን — ፫ ንዘርኡን ።

ከምዚሎም ፫ተ ኣሕዋት ደቂ ዓንዱ ይበሃሉ ካብዚኦም ንኡሳ ንዝባን ሠራው ዝ
ረዩ እዩ ፡ ዘርኡን ሠበርግን ድማ ክልቲኦም ኣሕዋት ዝፈረይዎም ኣብ እናደቆ ኣለው
ካብ እናደቆ ዝወጽኡ ኣሕዋቶም እኒ ዓዲ ጉርዲ ጥቓ ዓረዛ ዘላ ፡ ዓዲ ገፋሕ መራጉ
ከምኡ'ውን ኣሕዋቶም ኣብ ቃኚታ ኣብ ሐደ ገዛ ኣለው ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ደቆዕን
ጽልማ ኣለው ። ከምዚሎም እዚኣቶም ዝፈረይዎም ኣብ ዘለው ኣልዮም ፫ተ እናደቆ
ይበሃሉ ነገዶም ድማ ካብ ቤተ ሌዊ እዩ መሠረቶም ።

ኣብዚ ምድሪ ኤርትራ ዝርከቡ ዘርኢ ሌዊ ፈለማ ኣመጻጽኦም ከምዚ እዩ ፡ ኣብዚ
ምድሪዚ ዝመጽዎ በብእዋኑ እዮም ዝመጽኡ ፡ ዝመጽእዎ ድማ ገሊኦም ካብ ተምቤ
ገሊኦም ካብ ሐዘ ገሊኦም ካብ ኣካዊራ ገሊኦም ካብ ኣኽሱም ኣብ ዘለዉ ኣልዮ
ግን ብሐደ ሽም ደቂ ሌዊ እዮም ዝበሃሉ ።

ከምዘለዉ ተምቤን ደቂ ሌዊ እዮም ፡ ከምኡ ድማ ኣሕዋቶም ኣብ ምድሪ ሽ
ቡልጋ ዝብሃል ዓዲ ሒዞም ኣለዉ ። ንሳቶም ድማ ካብ ጥንቲ ጀሚሮም ኣቦታቶም ካ
ናት ከይኖም ኣብ ኩሉ ኢትዮጵያ የገልግሉ ነበሩ ፡ ካብ ኣዛርያስ ካህን ዝወረደ ዘር
ዘለዎም እዮም ።

ሕጂ እኳ ኣቡነ ተክለሃይማኖት ካብ ቤት ሌዊ እዮም ። ካብ ዘርኢ ሌዊ ድማ ንጉሠ
ነገሥት ዮሐንስ እዮም ፡ ከምኡ ድማ እዞም ኣብ ካርነሽምኒ ደምበዛንን ዘለዉ ፡ ካ

ተምቤን ዝመጽኡ ደቂ ሌዊ እዮም ፡ ካብአቶም ድማ ብፍላይ ቀድሚ ኩሎም ዝመጸ ገረሚ ይብሃል ነበረ ፡ ንሱ ድማ ነዘም ገረሚ ዝፈረዮ እዩ ፡ ግሩም ዝብሃል ባዕሉ አብ ገረሚ አትዩ ዓዲ ሐዘ ።

ድሕሪ ግሩም ድማ ፀጋይ ዝብሃል ደድሕሪኡ ሰዓበ ብበረኻ መትሕት አቢሉ ብሽ ውዓተ ዓንሰባ አቢሉ ብጐልጐል ደቀ ተሸም አቢሉ ናብ በለዛ አትዩ ዋልታ ሰቐለ፡ ንሱ ዝፈረዮም ድማ ብሐደ ሽም ኳዜን ይብሃሉ ።

<u>ዘርኢ ፀጋይ</u> — ፀጋይ ንጥዑምዝግን — ንምርጃን — ንሠንገሳን — ንብሩኽን — ንበዓል ገድን — ንሜፎን ወለደ፡ ካብዚኦም ጥዑምዝጊ ንዘወልደማርያምን — ንህብቱይን — ንዓ ረይን ነዚኦም ፫ተ አሕዋት ወለደ ። ሰለስቲኦም አሕዋት ዝፈረይዎም አብ ዓዲ ጐነድ ዕጣን ዘርኤ ዝብሃል ዓዲ አለዉ ።

ምርጃ ድማ ዝፈረዮም አብ ዓዲ ቀይሕ አለዉ ፡ ሠንገሳ ዝፈረዮም ድማ አብ ዓዲ ይሕስአ ቆላ ደቂ ቃንፃ ዝብሃሉ ከምኡውን አሕዋቶም ደቂ ሠንገሳ አብ አከለ ጉዛይን አብ ሐማሴንን አብ ትግራይን ፋሕ ኢሎም አለውዎም ። ከምኡዉን ካብ ዘርኢ ሌዊ ዝውለዱ አብ ሐውዜን ኃያሎ ዓድታት አለውዎም ፡ እዞም ላጌኖት ዘቦኦምውን አብ ዘለዉ አልዮም አሕዋቶም ኢዮም ።

ዝተረፉ ካልኦት ደቂ ፀጋይ አብ ኳዜን አለዉ ካብኦም ዝወጽኡ ድማ አብ ብዙሕ ዓድታት አለዉ ። ካብዚኦም ድማ በለዛን ኳዜንን ገዛ ኳዜን ናብ እምባደርሆ አለዉ ።

<u>ዘርኢ ዮሐንስ ላህዊ ፡</u> እዚ ዮሐንስ ላህዊ ዝበሃል ብዘበኑ ገዛኢ ነበረ ፡ ንሱ ከዓ ዓሌት ካብ ቤተ ሌዊ እዩ ፡ ደቁ ድማ አባርግለን — ረገድለን — ጀገሬን — ማዓለን — ረግዳትን ዝብሃሉ ወለደ ።

ካብዚኦም፡ አባርግለ ንአባርግለ አብ ትግራይ ዘለዉ ዝፈረዮ እዩ። ካብዚኦም ዝመጹ አሕዋቶም አብ ዓዲ አቤቶ ሐማሴን አለዉ ፡ አብ ዘለዉ አልዮም ብሐደ ሽም ደቂ አባ ርግሌ ይብሃሉ ። <u>ረገድለ ዝፈረዮም</u> ካብ ትግራይ መጺኦም አብ ትሕቲ ደብረሲና ማዕ ልድ ቀይሕ ዝብሃል መኻን አትዮም ዓዲ ጌሮም ተቐመጡ ፡ ድሕሪ ነዊሕ እዋን ካብኡ እናወጹ ስጋዕ መንሳዕ ተዘርግሑ ፡ ከምኡ ድማ ምስ ደቂ መንሳዕ ብመውስቦ ተሐዋወሱ፡ ይኹን'ምበር በብማይ ቤቶም ረገድለ ዝፈረዮም ፍሉጣት እዮም ፡ ከምኡ ከዓ ደቂ ሐወቦኦም ካብ አባርግሌ ዝመጹ አብ መዓልዲ ጻሊም ደብረሲናን አብ ከባቢኡን አለዉ፡ ጀንገሬ ዝፈረዮም አብታ ብሽሙ ትጽዋዕ ዘላ ጀንገሬን ዓንሰባ አለዉ ።

ማዓለ ዝፈረዮም ድማ አብ ባርካ ምድሪ መትሕት ከምዘለዉ ንክልተ ቤት ማዓለ ዝፈረዮ እዩ ። ረግደት ሐድጊ የብላን ፀኒቃ'ያ እቲ ብጽሒታ ድማ ገድገድ ዝብሃል መኻን እዩ ዝነበረ ፡ እንተኾነ ሐድጊ ስለ ዘይብላ አብ ኢድ ካልኦት ሐለፈ ።

ከምኡውን ዓዲ አቤቶ ዘለዉ ካብ አባርግሌ ዝመጹ ዘርኢ ሌዊ እዮም አቦታቶም ፈለማ አብዚ መሬት'ዚ ምስ መጹ ብዘረባ አገው ብዙሕ እዋን ይዛረቡ ነበሩ፡ ድሕሪ ግና ድሕሪ ብዙሕ ጊዜ ብትግሪኛ ክዛረቡ ጀመሩ ።

ከምኡ ድማ እዞም ሰብ ዝባን አንገብ ዓሌት ሌዊ እዮም ። ደቂ ሌዊ ድማ ካብ



ጥንቲ አቦታቶም ካህናት ክይኖም ናይ ሕዝቢ መራሕቲ ስለ ዝነበሩ በዚ መዚ እ ካብ አክሱም አማራ ሳይንት ዝብሃል አብ ዓደምሐራ አብኡ ከይዶም ዝፈረይዎ አዚዮም ብዙሐት እዮም ። ከምኡድማ ደቂ ሌዊ አብ ምድሪ መትሕት ገለ ሒዶ ምስ ቶርዓ አለዉ ።

ምስ ቤት መዓለን ፪ተ መንሳዕን ምስ ማርያ ቀይሕን ማርያ ጻሊምን ተሐዋ ሾም እዚአቶም አለዉ ፡ ፈለማ አቦታቶም ካብ ተምቤን ካብ አሕዋቶም ተፈልዮ እዮም ዝመጹ ። እንተኾነ ዝመጽእዎ እዋን አዚዩ ነዊሕ እዩ ፡ ሕጂ ግና ንሳቶም አ ላም ስለ ዝኾኑ ነቲ ናይ ጥንቲ ወለዶኦም ለቒቖም ካብ ቤተ ሌዊ አይኮናን ምስ ዓሌ ነብይ መሐመድ ኢና ዓሌትና ይብሉ ።

ካብ ሌዊ ዝበልጾ መሲልዎም ይኹን ወይ ድማ ብዘይ ምፍላጥ ይኹን ዝበዝሐ ምስ ነብይ መሐመድ ዓሌት ኢና እናበሉ የዕልሉ ። ንሕናስ አቦታትና ዘዘንተዉልና መጻሕፍቲ ዝመርመርናን ፡ ናይ ወጻኢ ሀገር መጻሕፍቲ ከይተረፈ ምስ ናይ ዓበይ መጻሕፍቲ ኢትዮጵያ ተሰማማዒዑ ከምዚ ይብል ፡ ሐቂ ብሐቂ እዞም አብ ላዕሊ ዝሰ ናዮም ዓሌታት ኩሎም ስጋዕ ሀፀይ ልብነ ድንግል ዘመን ፡ አቦታቶም ዓበይቲ ካህና መራሕቲ ሕዝቢ እዮም ዝነበሩ ፡ አብ ዓዶም ድማ ብዙሕ አብያተ ቤተ ክርስትያና ከምዝነበረ ስጋዕ ሎም እቲ ፍራስ ናይ ቤተ ክርስትያናት ዑናታት አብ ሐድ ሐ መኻን ሐሐሊፉ አብ ምድሪ መንሳዕ አሎ ።

ድሕሪ ጥፍአት ግራይ ግና ፡ አቦታቶም ካቢ ከበሳ ሐገዝ ስኢኖም በይኖም ኮይኖ ካብ አሕዋቶም ምሕድግ ኢሎም ስለ ዝኾኑ አስላም ኃይሊ ረኺቦም ብግድን ብውደ አብ አስላም ሃይማኖት አለዉ ። እዚኦም ድማ ገለ ሒዶት ትውልዲ እዩ ፡ አስላም ክ ዝኾኑ ፡ ስለዚ ንሳቶም መማን ዓሌት ሌዊ ካብ ተምቤን ዝመጽኡ እዮም ።

ከምኡ ድማ አብ ፀዓዘጋ ዘለዉ ገዛ ላቼን ዓሰነሞን ካብ ዓሌት ሌዊ እዮም ። ከ ኡውን ሐሐሊፎም ገለ ናብ አከለ ጉዛይ ገለ ናብ ሐማሴን ገለ ናብ ሠራዬ ደቂ ሌ ተሐዋውሾም አብ ኩሉ መኻን አይስአኑን እዮም ።

<u>ከምኡ ድማ ደቂ መርሃጽየን ዝበሃሉ ጨንሐረ ዝሸሞም አለው ፡</u> ንሳቶም ድማ ክ አዘርያስ ካህን ዘርኢ ዘለዎም እዮም ጨንሐረ ማለት ጽዮን ሐረዮ እዩ ፡ ብእዋን ም ዋሕ እተላዕለ ግን ጽዮን ሐረዮ ዝተባህለ ጨንሐረ ዝብል ሽም ሐዘ ።

እቲ ናይ ፈለማ አቦኦም ቀሺ ክብርአብ ይበሃል ነበረ፡ እዚ ክብረአብዚ ካብ አዘር ካህን ዘርኢ ዝወረደ እዩ ፡ ክብርአብ ካህን ዝወለዶም ። ፩ ንመዛምርን — ፪ ንይትባረኽ

ከምዚሎም ፪ተ ደቂ ቀሺ ክብርአብ ይበሃሉ ፡ ካብዚኦም መዛምር ንቀሺ ገብረደ ግል ወለደ ፡ ቀሺ ገብረድንግል ንቀሺ ቦኽረጨን ወለደ ፡ ቀሺ ቦኽረጨን ድማ ንቀ ተስፋሚካኤል ወለደ ፡ ቀሺ ተስፋሚካኤል ድማ ንቀሺ ክፍለጽዮን ወለደ ፡ ቀሺ ክፍ ጽየን ድማ ንቀሺ ጐኖቋይ ወለደ ፡ ቀሺ ጐኖቋይ ድማ ንቀሺ ኃይሎም ወለደ ፡ ቀ ኃይሎም ድማ ንቀሺ ሐደራንኪኤል ወለደ ፡ ቀሺ ሐደራንኪኤል ድማ ንቀሺ ሣህለዝ ወለደ ፡ ቀሺ ሣህለዝጊ ድማ ንቀሺ ዓንዶም ወለደ ፡ ቀሺ ዓንዶም ንደቢሽን ንቀሺ ሀ

ተጊየርጊስን ወለደ፡ ደቢሽ ድማ ንወልደሚካኤል ድያቆን ወለደ፡ ወልደሚካኤል ዲያቆን ድማ ንቀሺ ገብረሚካኤል ወለደ፡ ቀሺ ገብረሚካኤል ድማ ንቀሺ ዑቕባሚካኤል ወለደ፡ ቀሺ ዑቕባሚካኤል ድማ ንቀሺ ኃይለ ወለደ፡ ቀሺ ኃይለ ድማ ን፪ተ ወለደ ። ፩ ንቀሺ ሀብተጊየርጊስን — ንቀሺ መሐርን ።

ክምዚሎም ፪ተ ደቂ ቀሺ ኃይለ ይበሃሉ፡ ካብዚኦም ቀሺ መሐሪ ንቀሺ ሶፍንያስ ወለደ፡ ቀሺ ሶፍንያስ ድማ ንቀሺ ክፍለጽዮን ወለደ፡ ቀሺ ክፍለጽዮን ድማ ንቀሺ ደብሩ ወለደ፡ ቀሺ ደብሩ ድማ ንዳግማዊ ቀሺ መሐሪ ወለደ፡ ዳግማዊ ቀሺ መሐሪ ድማ ንቀሺ ምስጉን ወለደ፡ እዚአቶም ዝፈረይዎም አብ ሡገነይቲ አለው ።

እዚአቶም ኩሎም አብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮም ካብ አዘርያስ ካህን ጀሚሮም ብቤተ ክህነት ማዕርግ ከየቋረፁ ስጋዕ ሎሚ አለው፡ ክምኡ ድማ አሕዋቶም ካብ ቤተ ሌዋ ዝውለዱ ካህናት ኮይኖም አብ ሙሉእ ኢትዮጵያ አለው ።

ክምኡ ድማ ሀብተጊየርጊስ ዝፈረዮም አብ ማእከል ሡገነይቲ ምስ ደቂ ሐወቦኦም አለው ።

ዘርኢ ይትባረኽ፡ ይትባረኽ ወዲ ክብረአብ አብቲ ቅድም ዝሰሚናዮ ንሱ ይትባረኽ ዝበሃል አብ ደቀ አከለ ድብድብ ዝበሃል ዓዲ አብ ሽመዛና አለው ። እዚአቶም ምስዘም አብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮም ብሐደ እዩ ቊጽሮም ።

### ዘርኢ ሀም ።

እዘም ሀም ዝበሃሉ ካብ ጥንቲ መሠረት ወለዶኦም ካብ ቤተ ሌዊ እዩ ዓሌቶም ናይ መጀመርታ አቦኦም ወልደአብ ካህን ዝበሃል ነበረ፡ ንሱ ድማ ንሸመርን ንዘማርያምን ወለደ፡ ካብዚኦም ሸመር ዝወለዶም ። ፩ ንመርሐምን — ፪ ንጸሊምን — ፫ ንወልደጽዮንን — ፬ ንተስፋጽዮንን — ፭ ንሰንበተ መሐርን ።

ክምዚሎም ፭ተ ደቂ ሸመር ይበሃሉ፡ ካብዚኦም መርሐም ዝፈረዮም ንጉሎሐራስን ገለ አብ ባምቡቕ ገለ አብ ዓዲ ፈላሲ ገዛ ስርንስር አሥመራን ገለ አብ ኩዶ አብዑር መራጉዝን ዓብይ እግሪ አድያቦን አለው ።

ወልደጽዮን ዝፈረዮም ድማ ዝርካቦም አብ እምባደርሆ አለዉ፡ ተስፋጽዮን ድማ ነዘም መለኹሴቶ ዝፈረዩ እዩ፡ ሰንበት መሐሪ ድማ ንዓሳግላን ንዓዲ ወገራ ሽመዛና ካብዚኦም ዝወጽኡ አሕዋቶም ድማ ገለ አብ ተራእምኒ ገለ እምባ ላኻ ጥቓ ሀም ገለ ናብ ንዕልቶ ገለ ናብ ምሕረት ዘለዉ ነዚኦም ዝፈረዩ እዩ ።

ዘርኢ ጸሊም ድማ ንዝባን ሀም ዘለው ዝፈረዩ እዩ፡ እዚኦም ደቂ ጸሊም ዝበሃሉ ቅድም ምስ ቴድረር ካብ ሀም ተዋጊኦም ንቴድረር ዘልቀቕዎም ንሳቶም እዮም ። ቴድረር ድማ በዚ ምኽንያትዚ ካብ ሀም ለቒቖም አብዚ ሕጂ ቴድረር ዝበሃል ዓዲ ሐዘ ።

መርሃጽዮን ዑቕባጽዮን ዝበሃሉ ሐደ ካልእ ዓሌት አለው፡ ንሳቶም ድማ እዚኦም ዑቕባጽዮን መርሃጽዮን እንዳተባህሉ ይፅውዑ አለው፡ አብ ማሕፉድ እንዳባሐንስ አትዮም ይቕመጡ ነበሩ፡ ደሐር ግና አስላም ምሰጭነቑሎም ናብ ሐላይ አትዮም ተቐ



መጡ፡ ካብኡ ዑቕባጽዮን ንባዐረዝጊ ወለደ፡ ባዐረዝጊ ድማ ንተስፋኡን ንፀጋኡን ንበኡን - ንዳሕናኡን - ወለደ፡ ተስፋኡ ድማ ንሞሳኡ ወለደ፡ ሞሳኡ ድማ ንካህሎ ወለደ ካህሎ — ንሣምራይን ንምሑርን ወለደ፡ ሣምራይ ንሣህሎም ወለደ፡ ሣህሎም ድማ ፩ ንዓንደንኪኤልን — ፪ ንገደቡስን — ፫ ንዕዋልን ።

ክምዚሉ ፫ተ አወዳት ወለደ ካብዚኦም ዓንደንኪኤል ንቐሺ ሀብቱን ንዘርኤሐንስን ንተስፋሚካኤልን ወለደ፡ ቀሺ ሀብቱ ድማ ንቀሺ ሣህሎም ወለደ፡ ቀሺ ሣህሎም ንለቃ ተኽለን — ንከንቲባ ዓንዱን — ንጋብርን ወለደ፡ ዘርሐንስ ድማ ንዘወልዲ ወለደ ዘወልዲ ንወልደገብርኤል ወለደ ።

ወልደገብርኤል ንሞሳኡ ወለደ፡ ሞሳኡ ንብርሃኔ ወለደ፡ ተስፋሚካኤል ድማ ሐንቲ ጓል እያ ሐድጉ እዚአቶም ካብዚ ንላዕሊ ዝሰመናዮም ዓሌታት ካብ መ ባይ ምስ ዝርቤኖት እዮም ቁጽሮም ፡ መርሃጽዮን ዑቕባጽዮን እናተባህሉ ድማ ይጽውዑ ።

ዝርቤኖት ዘቦኦም አብ ሙሉእ መረብ ምላሽ ዘለው፡ አብ ዘለው አሊዮም አሕዋቶም እዮም ። ምሑር ወዲ ይከህሎ፡ አብቲ ቅድም ሰሚናዮ ዘሎና ዘርኢ ምሑር አብ ሐላይ አለዉ ።

ፀጋኡ ዝፈረዮም ድማ ገሊኦም አብ ሐላይ ዘለው ዓዲ ደጊያት መዓሾ እዮም፡ ገሊኦም ድማ አብ ሜዔላን አብ ዓዲ ፍንዕ ሰያሕ አለው፡ ኤባኡ ድማ ንወለጊየርጊስ ወለደ፡ ወለጊየርጊስ ዝፈረዮም ድማ አብ ዴግራ ሊበዔ አለው ።

ዳሕናኡ ዝፈረዮም ድማ አብ መቐርካ ዓንሰባ ደቕ ሰብ አለው፡ እዚኦም ደቕ ሰብ እተባህሉሉ ምኽንያት ነቶም ቆልዑ ደቂ ደሕናኡ፡ አብ መሮር ወፊሮም ከለው ገ ሰብ ሐለፍቲ መንገዲ ደቂ መን ኢኹም ደቀይ ኢሎም ነቶም ቆልዑ ሐተትዎም፡ እቶም ቆልዑ ድማ ደቂ ሰብ ኢሎም ምላሽ ሀብዎም፡ በዚ ምኽንያትዚ ደቕ ሰብ ዝበሃል ሽም አትረፉ፡ እታ ዓዲ ድማ ክሳብ ሎሚ ደቕ ሰብ ትበሃል አላ ።

ክምኡ ድማ ዝርቤን አፈልባ ዝርቤን ዓዲባሮ ገለ አብ ዓደኰሎም ገለ አብ ዓድ ግጾ እኒ ዘመር ገለ አብ ሕምብርቲ ገለ አብ መደባይ ወለል ገለ አብ መደባይ ታብ ገለ አብ ቆላ ዛይደ ኰሎም እንዳባስምኦን ገለ አብ ማይ አፋልስ እኒ ገርጠጥቲ ጉሕጊ እኒ ዝባን ዑና ሠራዬ እኒ ዓደቁመሾ ደብረመርቆርዮስ ገለ ዓዲ ተኽሉ እኒ ዓዲ ሄኖ ደቂ ሽሀይ ዘለው ክምኡ ድማ ተሚታይን ማእስርቶን ዝበሃሉ አሕዋቶም ክምዚሎም ካብ ነገደ ብንያም እዮም ።

### ዛንታ ቴድረር ።

አሕመድፃዕዳን ናስር ዓላን ዜንጋሬላን ዓብደላን ዝበሃሉ አርባዕተ አሕዋት ነበሩ ካብዚኦም አርባዕተ አሕዋት እቶም ፫ተ አሕዋት ዝፈረይዎም ካብኦም አብ ሐብብ ዓ አለው አሕመድ ፃዕዳ ድማ አብ ሀም ነበረ፡ አሐዘረገን ትበሃል ዓዲ አብአ ብዙሕ እዋ

ምስ ተቐመጠ፡ አቡነ ሊባኖስ ዝበሃሉ ፈላሲ ቆሞስ ሐደ ዓብይ ሰብ ነበሩ፡ ንሶም ድማ ብብሕትውና ነዊሕ እዋን አብ በረኻ ይቕመጡ ነበሩ'ሞ ነሕመድ ፃዕዳ ድማ አጠሚቆ ምን አእሚኖምን እዚ ሠፈር'ዚ ንእኻን ንደቅኻን ንደቂ ደቅኻን እተባረኸት ትኹን ኢሎም ምስ መረቑዎ ዓዲ ሒዙ ተቐመጠ።

ቅድሚ ንሱ ናብአ ምምጽኡ ግና ሀም ዝበሃሉ ዓሌት አብኡ ነበርዎም፡ አሕመድ ፃዕዳ ድማ ኋል እቶም ሰብ ሀም የእትዩ ነበረ፡ ከምኡ'ውን ኋል ቴድረር አብ ደቂ ሀም አትያ ነበረት'ሞ እታ ኋል ሀምን ኋል ቴድረርን ክልቲኤን ብገለ ነገር ተሐራሪቐን ተጻረፋ፡ ብዛዕባዚ ሀም ሐደጋ ወዲቆም ንሰብ እምባስገዶም ነሕመድ ፃዕዳ ምስ ስድርኡ መደረጋሕ ጌሮም ሐመድ ገበርዎ፡ ንሳቶም ድማ ካብቶም ዝተረፉ ሀዲሞም ናብ ባሕሪ ወረዱ'ሞ ናብ አሕዋቶም ናብ ዓዲ ናይብ ከይዶም ሕነ ከፉድይዎም ለመንዎም።

ንሳቶም ድማ ነዝምተኩም ድእ'ምበር ሕነስ አይነፉድየኩምን ኢሎም አበይዎም፡ ከብቲ ግና አዝመትዎም፡ነተን ዝዘመትዎን ከብቲ ሒዞም ካብ ባሕሪ ክመጹ ከለው አብ እምኒ መሬት ክበጽሑ ከለው ላም እንዳሀቡ ናብ ቴድረር አተው፡ አብ እንዳ አቡነ ዮሐንስ ዝበሃል ዘሎ ገዳም ክበጽሑ ከለው ላም ሕደጉልና የልዎም፡ እቶም ቴድረር ድማ አይንሐድግን ኢሎም ምስ ገንገንታይ ዝበሃሉ ዓሌት ተዋግኡ'ሞ ነቶም ገንገንታይ ድማ ቴድረር ወድኡዎም፡ ገንገንታይ ድማ ምስ ተወድኡ ካብኦም ንጣር ዝተረፉ ሀዲሞም ወጹ። ካብቶም ዝወጽኡ ዘርኢ ገንገንታይ ገለ አለው

ደቂ ቴድረር ድማ ንገንገንታይ ምስ ሰዓርዎምን ምስ አጥፍእዎምን ነታ መሬት ቴድረር ትበሃል ወረስዋን ዓዲ ጌሮም ሐዝዋን ስጋዕ ሎም ደቆም አብ ቴድረር አለው። እቶም አብ ሀም ዝተረፉ አሕዋት ቴድረር አብ ሀምን አብ ጐደባብቶምን አለው።

ም ዕ ራ ፍ ፵፫ ።

አብዚ መረብ ምላሽ ዘለዉ ደቂ ስምዖን ።

ሸውዓተ ሠሐርቲ ሻሙናዮም ኰዳዱ ዝበሃሉ ካብቲ ፈለማ መሠረት ወለዶኦም ከምዚ እዩ ነገደ ስምዖን ናብ ቦራ ስላዋ እዮም ዘለዉ አቦታቶም ከምዚ ኢሎም እዮም ።

ደጊያት ፍረ ምኻእ ወዲ አቶ አስማርዕ፡ አቶ አስማርዕ ወዲ ደጊያት ሰምበታይ፡ ደጊያት ሰምበታይ ወዲ ደጊያት ደፈረጅን፡ ደጊያት ደፈረጅን ወዲ አዝማች ከራ፡ አዝማች ከራ ወዲ ራእሲ ፋሬስ እዩ፡ ራእሲ ፋሬስ ባዕሉ አብ ዓዱ አብ ቦራ ሠለዋ ከሎ ፍሉጥ ገዛእ ሀገር ትግራይ ነበረ፡ ብዘበን ሐፀይ ኢያሱ አድያም ሰገድ ራእሲ እተ ባህለሉ እዋን ብ፩ ሺሕ ፯፻፹፩ ዓ-ም አብ ጐንደር እዩ ።

ሐንቲ ወይዘሮ ገለቡ እትበሃል ናብ የጁ ዝበሃል ሀገር ናብ ኋንጉል ተአትያ፡ ነዛም ሕጅ አብ የጁ ዘለዉ ወረሴሀ ዝበሃሉ ዓዲ በዓል ራእሲ ዓሊ ወይዘሮ ገለቡ ንዓኦቶም ዝፈረየት እያ ።



ሕጂ እኳ እኒ ደጊያት አያሌው ብሩ ምስ እንዳ ራእሲ ወሌ የሕዋቶም እዮም ደጊያት ፍረ ምኻእ ከዓ ካብ ዓዱ ካብ ሠለዋ ምስ መጸ ናብ ሠራዬ እምኒ ሐይሊ ማ ፃዕዳ ተቐመጠ፡ መወዳእትኡ ግና አብ ጉሕጊዓ እንዳ ባመጣዕ ተቐብረ፡ ንሱ ደጊያ ፍረ ምኻእ ን፬ ወለደ፡ ሽሞም ከዓ ከምዚ ዝስዕብ እዩ። ፩ ንቕንዱር — ፪ ንአይፈ ፫ ንሬዙ — ፬ ንጸሊማይ፡ ነዚአቶም ነርባዕቲኦም ወለደ።

ካብዚአቶም እቲ ሐደ ራብዓይ ሐዎም ጸሊማይ ንእምኒ ጸሊም ዝፈረዩ እዩ፡ እ ሐደ ሐዎም ቕንዱር ዝበሃል ከዓ ንህርጉዴ አማድር ዝፈረዩ እዩ፡ ገለ ከዓ ደቂ ቕ ዱር የሕዋቶም ገዛ ደቂ ሐርሽ ሕምብርቲ አለዉ።

እቲ ካልአይ ሐዎም አይፈርሄ ዝበሃል ከዓ ዘርኡ አብ አዛይሔ ዝርካቦም አለዉ እቲ ሣልሳይ ሐዎም ሬዙ ዝበሃል ከዓ ንሱ ንሚካኤል ኸደና አትዩ ንቤተ ክርስቲ እንዳ ቅዱስ ሚካኤል ባዕሉ ዘሥርሐ ይበሃል፡ ንሱ ሬዙ ከዓ ንሸውዓተ አወዳት ወ ሽሞም ከዓ ከምዚ ብታሕቲ ዝስዕብ እዩ። ፩ ንፃዕዳን — ፪ ንደለሽምኒ — ፫ ንዓርከ ፬ ንአፍደዩን — ፭ ንደጐሐን — ፮ ንግዙእን — ንአድጐይኒ፡ ነዚአቶም ሸውዓተ ወ ምስ ወለደ ሞተ እሞ አብቲ ባዕሉ ዘሥርሖ ሚካኤል ከደና ዝበሃል ቤተ ክርስቲ አብኡ ተቐብረ።

ካብዞም ሸውዓተ አወዳት እቲ ሐደ ዓርከ ዝበሃል ዘርኢ ዘይብሉ በቲ'ኹ ተረፈ እቶም ሠለስተ አሕዋት አፍደዩን ደጐሐን ግዙእኒ ዝፈረይዎም ብሐንሳብ ተሐዋ ኾም ሠለስተ ጸሎት እናተባህሉ ይጽዉዑ አለዉ።

ዘርኢ ፃዕዳን ደለሽምኒ ክልቲኦም ዝፈረይዎም አብ ዝግብ አለዉ፡ እቲ ሻውዓ ሐዎም አድጐይ ዝበሃል ፩ ንሐሰባን — ፪ ንሽም ዳሕናን ንኽልቲኦም ወለደ፡ ካብዚአ ዘርኢ ሽም ዳሕና ዝርካቦም አብ እምቤቶ ሠሐርቲ አለዉ፡ እቲ ካልአይ ሐው ሐ ከዓ፡ ፩ ንሠምረ ጨንን — ፪ ንዓንደጼንን ነዚኦም ክልቲኦም ካብ ሐንቲ ሰበይቲ ወለደ

መልሹ ከዓ ካብ ካልእ ሰበይቲ ን፫ተ ወለደ፡ ሽሞም ከዓ ከምዚ ዝስዕብ እ ፩ ንሕድሮምኒ — ፪ ንጋብላን — ፫ ነርዓዳን፡ ንሠለስቲኦም ወለደ።

እዞም ዳሕረዎት ሠለስተ የሕዋት ባዕሉ ሐሰባ ካብ ሐንቲ አስላመይቲ ሰበይ ወሰኑ ዝበሃል ኋስኡ ዝነበረ ካብአ እዩ፡ ዝወለዶም ይበሃል፡ ካብዚኦም ሠመረጨ ዝፈረዮም ዝርካቦም አብ ዓዜን ገዛ ስሌን ዝበሃሉ አብኡ አለዉ።

ዘርኢ ዓንደጼን ከዓ ንሱ ዝፈረዮም ዝርካቦም አብ ዓዲ ሐወሻ አለዉ፡ አሕድሮ ከዓ ንዓዲ ሕድሮም ዝፈረዩ እዩ እታ ዓዲ ከዓ ብእኡ ሽም ትጽዋዕ አላ ዘርኢ ጋ ከዓ ናብ እምቤቶ አለዉ፡ ዘርኢ አርዓዳ ከዓ (ዓዲ ርዓዳ) ዘለዉ እዮም፡ ደቂ እን ዝበሃሉ ሕጅ ናብ ኰዳዱ ዘለዉ እዚአቶም ደቂ ስምዖን ካብ ሠለዋ ዝመጹ እዮም ሌት ከዓ ካብ ሐደ ነገድ እዮም ስለዚ ሸወዓተ ሠሐርቲ ሻሙናዮም ኰዳዱ ይበሃሉ

ከምኡ ከዓ ካብ ሬዙ ዝውለዱ ናብ ቋላ አለዉ እኒ ፍርቂ ትኹል እኒ ዓድ ፈታ ሥጋ ገዛ ዓዜን ዝበሃሉ አለዉ፡ እኒ ዓዲ በያኒ ዓረዛ እኒ ዑና ዘርኢት ዝሐዙ፡ ከዓ ከዓ ዘርኢ ፍረ ምኻእ አብ ብዙሕ ሥፍራ ሐሐሊፎም አለዉ።

ካብ ሽም ዓሕና ዝውለዱ ከዓ አብ ታሕቲ ቆላ እኒ ዓደምበላ ዝበሃል እኒ ደብረ ቆንፂ እኒ ገዛ ሕድሩ እዚአቶም ኵሉም ከምዚሎም የሕዋቶም እዮም ። ከምኡ'ውን ካብ ራእስ ፋርስ ዝውለዱ አሕዋቶም ዓደ በዓል ደጊያት ሕዝቄል እንዳ ራእሲ ሚካኤል ሥሑል ሠለወቶት አብ ናዕዴር ትበሃል ዓዲ ጥቓ አክሱም አብ ማይ ሉንጊ ማይትር ንጐ ምስ ጐደባብቶም አሕዋቶም እዮም ።

ዘርኢ ዴግራ ፡ ዴግራ ዝበሃሉ ዓደንገሮም ጥቓ ሠገነይቲ ዘለው ዴግራ ሊቤዔን ዴግራ መሬቶን እዘም ክልተ ዴግራ እዚኦም ካብ ቦራ ሰለዋ ዝመጹ ዘርኢ ስምኦን እዮም ቁጽሮም ድማ ምስ ሰሐርቲ ሐደ ዓሌት እዮም ፡ ዝመጽዎ ምኽንያት አቦኦም ፈለማ ብሽመት እዩ እንዳጊዔር ዝበሃል ሰብአይ ምስ ክልተ ደቁ እዩ ናብዚ ዝአተው ንሳቶም ድማ ባሕጐሮን አስማዔልን እዮም ዝበሃሉ ዝነበሩ ፡ ዝነበርዎ ዓዲ ድማ ምጽሒ አከለ ጉዛይ ጥቓ ሐላይ ዘላ ማሕዮ ትበሃል ሥፍራ እያ ዝነበረት ካብ ምድሪ ደንከል ካብቲ ዝነበርዎ ዓዲ ለቒቑ ሰቡን ማሉን አኪቡ ናብአ አትዩ ተቐመጠ ካብታ ዝነበራ ካብ በርሄነት ናብ አብዓ በዓቲሖ አትዮም መሬት ሒዞም ተቐመጡ ።

ድሕሪ ኃያሎ እዋን ድማ ክልቲኦም አሕዋት ተፈላለዩ እቲ ሐደ ባሕጉሮ ዝፈረዮም አብ አብዓለ አለው ፡ እቲ ካልአይ ሐው አስማዔል ድማ ካብ ሐው ተፈልዩ ናብ እንድሕሽ መጽሒ አትዩ ምስ ስድርኡ አብኡ ነበረ ካብኡ ለቒቑ ድማ ናብ በርኪቶ አትዩ ካብ ጓል በርኪቶ የእትዩ ነስገዶም ወለደ ፡ አስገዶም ድማ ንማሕዮ ወለደ ፡ ማሕዮ ድማ ንዴግራ ንሐንቲ ዓዲ ዝፈረዩ እዩ ።

አስማዒል ድማ ካብ በርኪቶ ንዴግራ ሊብዔ አትዩ ካብ ጓል ክፍላይ ዓሌት እንጀ ነታይ ትውለድ ንዓዓ የእትዩ ንአቡ ወለደ አቡ ድማ ። ፩ ንጸለሚን — ፪ ንቀይሕን ።

ካብ ቀዳመይቲ ሰበይቲ ነዚኦም ፪ተ ወለደ ካብ ዳሕረወይቲ ሰበይቲ ድማ ንገዓቲትን ንጋንዛይን ወለደ ከምዚሎም ፬ተ ደቂ አቡ ይበሃሉ ፡ ካብዚኦም ጸሊምን ጋዓቲትን ፪ቲኦም አሕዋት ዝፈረይዎም አብ ዴግራ ሊብዔ አለው ፡ ቀይሕን ጋንዛይን ፪ቲኦም አሕዋት ዝፈረይዎም አብ ዓደንጐሮም አለው ። ከምኡ ድማ እዘም ላቼኖት ዝበሃሉ አብ ላቼን ክሳድ ዳዕሮ አብ ዛይደ ኩሎም ትኹል ዝበሃል ዓዲ ዘለው አብ ዓዲ ነአምን ዓረዛ አብ ፀፀራት ደብረ አቡነ መንቆርየስ አብ ዓንቀጾ አብ ደምቤ ሸብኒ ትሕቲ ዓረዛ አብ ላቒን ብህኑና ጅመል ከምዚሎም ላቼን ዘብኦም ካብ ቤተ ስምኦን እዮም ።

## ምዕራፍ ፵፬ ።

### ወለዶ መረታ ሰበነን መረታ ቀያሕትን ።

መሮኒ ንጫሉቕን ንፋሉቕን ንማሉቕን ንዛኍቕን ነዚኦም ፬ተ ወለደ ፡ ካብዚኦም ጫሉቕ ንገሸናሽምን ንመረታ ሰበነን ንመረታ ቀያሕትን ዝፈረዩ እዩ ፡ ማሉቕ ድማ ንአከለን ጉዛይን ዝፈረዩ እዩ፡ ፋሉቕ ድማ ንሐማሴን ዝፈረዩ እዩ፡ ጫሉቕ ን፫ተ ወለደ። ፩ ንጉማን — ፪ ንዓንደሃይማኖት — ፫ ንንጉሥናሽምን ።



ከምዚሎም ፫ተ ደቂ ጫሉቕ እዮም ፡ ካብዚኦም ጉማ ዝፈረዮም ካብዚ ንታሕ... ንሰሚ አሎና ። ፩ ንሠመረየሱስን — ፪ ንኽፍለየሱስን — ንግርማየሱስን ።

ከምዚሎም ፫ተ ደቂ ጉማ እዮም ካብዚኦም ሠመረየሱስ ንተኽለሃይማኖትን ንዳ... ማዊ ዓንደሃይማኖትን ንግርማየሱስን ወለደ ፡ ካብዚኦም እቲ ሳልሳይ ሐዎም ተኽለ... ይማኖት ድማ ሽሞም ከምዚ ዝስዕቡ ወለደ ። ፩ ንዳግማዊ ጉማን — ፪ ንዳንኤል... ፫ ንአዮሮበአምን — ፬ ንወልደንጉሥን — ፭ ንዘረፋን ።

ከምዚሎም ፭ተ አሕዋት ደቂ ተኽለሃይማኖት እዮም፡ ካብዚኦም ዳግማዊ ጉማ ድ... ንሠመረን ንዳንኤልን ንኹሳን ወለደ ፡ ካብዚኦም ዳግማዊ ሠመረ ንዳግማዊ ተኽለሃ... ማኖት ወለደ ፡ ዳግማዊ ተኽለሃይማኖት ድማ ን፬ተ እዩ ዝወለደ ። ፩ ንቡታን — ፪ ንገ... ሩን — ፫ ንራሸትን — ፬ ንግርማየሱስን ። ከምዚሎም ፬ተ አሕዋት ደቂ ዳግማዊ ተ... ለሃይማኖት እዮም ፡ ካብዚኦም ቡታ ዝፈረዮም ቡታ ንበለታ ወለደ ፡ በለታ ንቀይዶም... ንልጓሞምን ወለደ ።

ዘርኢ ቀይዶም ፡ ቀይዶም ዝወለዶም ድማ ሽሞም ከምዚዩ ። ፩ ንሥሑልን — ... ንድሑንን — ፫ ንሐየትን — ፬ ንግርሙን ወለደ ።

ልጓሞም ግና ሐድጊ የብሉን ፀኒቱ እዩ ፡ (መኻን እዩ ዝነበረ) ነገር ግን ቀይዶ... ሐወ ንልጓሞም ድሑን ዝበሃል ወዱ ከም ውሉድካ ኸይኑ የገልግልካ ኢሉ ሀበ... ድሑን ወዲ ቀይዶም ድማ ንሐወቡኡ ንልጓሞም ከም መጠን ወዱ ኮይኑ የገልግ... ነበረ ፡ ልጓሞም ድማ ውላዶይ ኢዩ ኢሉ አውረሶ ፡ በዚ ምክንያት'ዚ ድሑን ወዲ ልጓ... ሞም ተባሂሉ ይፅዋዕ አሎ ፡ ድሑን ዝፈረዮም ። ፩ ንአካን — ፪ ንቡላን — ፫ ንዓረ... ግን — ንሐዬትን — ንሐሾን ።

ነዚኦም ካብ ሒምኡ ወለዶም ፡ ከምኡ ድማ ካብ ካልአይቲ ሰበይቲ ንበዓል ፋ... ወለደ ፡ ቡላ ሐድጊ የብሉን ፀኒቱ እዩ፡ ሐየት ዝፈረዮም ድማ አብ ኩዶ ፈላሲ ሠራ... ገዛ መረታ ዝበሃሉ አለው ፡ ሐሾ ድማ ሐድጊ የብሉን ፀኒቱ እዩ ፡ ዓረዝጊ ዝፈረዮ... ዝርካቦም አብታ ብሽሙ ትፅዋዕ ዘላ ዓዲ አብ መረታ ሰበነ አብ ዓረዝጊ አለው ። ኢ... ን፪ተ ወለደ ። ፩ ንቐደዝግን — ፪ ንአምለኽዝግን ወለደ ።

ቐደዝጊ ንሹሑት ወለደ ሹሑት ንላዕላይ ገዛ በራቜት ዓባይ ዝፈረዩ እዩ አምለኽ... ዝጊ ድማ ንሰንበታይ ወለደ፡ ሰንበታይ ድማ ንታሕታይ ገዛ በራቜት ዓባይ ዝፈረዩ እዩ።

በዓል ፋን እቲ ወዲ ካልአይቲ ሰበይቲ ንልዑል ወለደ ፡ ልዑል ንባርያይ ወለደ ... ባርያይ ድማ ንቐለቶ ወለደ ፡ ቀለቶ ድማ ንፃዕዳ ወለደ ፡ ፃዕዳ ድማ ንልዑል ወለደ ... ልዑል ድማ ንቐርፀቀምመን ንማይ እሑን ንዓዲ ሰጣሕን ንተኽለቢን ንዓደበነን ዝፈረዩ እዩ...

ዘርኢ ባርያይ ፡ ባርያይ ንቤት ህበይን ንዘዓረን አብ ውግሮ ዘለው ንሰሰወን ንን... ዳብርን ንፍሉሕን ነዚኦም ዝፈረዩ እዩ ። ዘርኢ ቀለቶ ፡ ንእምቤይቶን ንዑና ፈርያን... ንእንገላን ነዚኦም ዝፈረዩ እዩ፡ ከምኡ ድማ ዘርኢ ባርያይ አብ በራቜት ንእሽቶ አለው።

ፃዕዳ ድማ ዝፈረዮም ዝርካቦም አብ እምቤቶ አለው ፡ ከምዚሎም ድሑን ዝፈረ...

ን ዝሐዝዎ ዓድታትን ተጠርኒፉ ብሐደ ሽም ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮ ደቂ
ኣጓሞም ተባሂሎም ይፅውዑ ኣለው ፡ ከምዚሎም መረታ ሰበነ ይበሃሉ ።

## ዘርኢ መረታ ቀያሕቲ ።

ዘርኢ ሥሑል ፡ ዝፈረዮምን ዝሐዝዋ ዓድታትን ከብዚ ንታሕቲ ንሰምዮም ኣሎና ፡
ደቂ ሥሑል ። ፩ ንተኽሎምን — ፪ ንገብሮምን — ፫ ነውግሮምን ወለደ ።
ከብዚኦም ተኽሎም ዝፈረዮም ንድድሕሽቶ እተባህሉ ንሐሊበን ንዓዲ ኣጭቀትን
ወከብን ዝፈረዮ እዩ ፡ ገብሮም ድማ ሐው ተኽሎም ንሐደርኩዶን ንሐዲሽ ዓዲ ሐላ
ይን ኣብ ሐብ ዘለው ጸንዓ ደግለን ኣብ ልማምለ ኣኹሩር ዘለዉን ዝፈረዮ እዩ ።
ውግሮም ንዓዲ ከንቲባ ተስፋዝጊ ንበይኖም ዝፈረዮ እዩ ፡ ከምዚሎም መረታ ቀያ
ሕቲ ይበሃሉ ። ዘርኢ ሐየት ምስ መረታ ሰበነ ዝቌጸሩ ደቂ ሐየት ወዲ ቀይዶም ኣብ
ዓዲ ነኹያ ጽልማ ኣለው ፡ ከምኡ ድማ ግሩም ወዲ ቀይዶም ኣብ ተራእምኒ ከብዚኦም
ዝወጹ ድማ ኣብ ካልእ ዓድታት ገለ ኣይሰኣኑን እዮም ፡ ከምዚሎም ደቂ ግሩም ወዲ
ቀይዶም ይበሃሉ ።

## ኣቦታት መሮኒ ።

ከብ ኣርፋክሳድ ንታሕቲ ዘሎ ትውልዲ ንገልጽ ኣሎና ፡ ኣርፋክሳድ ንኽንድስ
ወለደ ፡ ንኽንድስ ንኣቶ ሹም ቀዳማይ ወለደ ፡ ኣቶ ሹም ቀዳማይ ድማ ንኣሚናዳብ
ወለደ ፡ ኣሚናዳብ ንስን ሰገድ ወለደ ፡ ስን ሰገድ ድማ ንዘሩባቤል ወለደ ፡ ዘሩባቤል
ድማ ንዓሻ ጐልጐል ወለደ ፡ ዓሻ ጐልጐል ድማ ንከንቲባ ወልደገብርኤል ወለደ ፡ ከን
ቲባ ወልደገብርኤል ድማ ንዜናገብርኤልን ንደጊያት ሠመረን ወለደ ፡ ከብዚኦም ደጊ
ያት ሠመረ ንደጊያት ጉማ ወለደ ፡ ደጊያት ጉማ ንቀዳማይ መሮንን ንብዕላይን
ወለደ ፡ ከብዚኦም ብዕላይ ዝፈረዮም ኣብ እገላ ደጉብስ ኣለው፡ ዜናገብርኤል ድማ ንእን
ጀን ዝፈረዮ እዩ ።
ከምኡ ድማ ዘርኢ እንጀን ኣብ እምባደርሆ ሐማሴን ኣለው ገለ ድማ ኣብ ዴግራ
ሊበዔ ጽንዓ ደግለ ኣለው ፡ እንጀን ዘቦኦም ኣብ ዘለው ኣልዮም ሐደዩ ቁጽሮም ቀዳ
ማይ መሮኒ ድማ ንጫሉቕን ንማሉቕን ንፋሉቕን ንዛኑቕን ወለደ ፡ ከምዚሎም ኣርባ
ዕተ ደቂ መሮኒ ይበሃሉ ፡ ዛኑቕ ንእንጀን ንበይኖም ዝፈረየ እዩ ፡ ከምዚኄሮም እዮም
ንደቂ መሮኒ ዝቆርሕዎም ገሊኦም ሊቃውንቲ ።
ገሊኦም ድማ ኣይፋል ደቂ መሮንስ ከምዚ ዝስዕብ እዮም ዝብሉ ኣለው ፡ መሮኒ
ንጉሥ ን፫ ንጫሉቕን ንማሉቕን ንፋሉቕን ወለደ ፡ ካልእ ራብዓይ ሐው ከም ዝነበሮም
ብዙሕ ኣይጠቕስዎን እዮም ። ኣብ ሐያለ መጻሕፍቲን ኣበይትን ከዓ ፡ ከም ዝነበረ ይን
ገር ከም ኣባ ገብረየሱስ ክፍለ ዝፀሐፍዎ ብዙሕ መረዲኢ ዘለዎ ኄሮም ካብ ዓበይቲ መጸ
ሕፍቲ ናይ ኢትዮጵያ ፍትሐ ነገሥት ከይተረፈ ከምኡ ድማ ናይ ብዙሐት ሊቃውንቲ
ናይ ነዊሕ ዘበናት ታሪኽ ዝሐዘ ኣዚዩ ዘጽግብ ዛንታታት ኣብ ኢዶም ብምርካበይ ነዚ



ኣብ ላዕሊ ጠቂሸዮ ዘለኹን ብትጉህ መንፈስን ምስትውዓልን ሐገዞምን ስለ ዘይተ
ደለኒ እቲ ታሪኽ ከመስግኖም ይነብር ።

## ምዕራፍ ፵፫ ።

## ዛንታ ጉድቦ ወዲ - ጉዛይ ።

ከምቲ ኣብ ቅድም ተጻሒፉ ዘሎ ግድቦ ካብታ ሒምኡ ጀኑ እተባህለት ንሐ
ንተኽስተ ብርሃን ምስ ወለደት ፡ ግድቦ ምስ ሰበይቱ መርዓ ወዶም ተኽስተ ብርሃን ከ
ብሩ ኣብታ ቅድም ዝነበርዋ ዓዲ ኣብ ሕጽይቶ ከይኖም ብዙሕ ሽሻይ በብዓይነቱ ቀ
ቦም መዓልቲ መርዓ ምስ በጽሔ ግድቦ ድማ ምስቶም ብጮቱ ናብ መርዓ ክኽ
ተበገሱ ። በቲ ዘመኖም መርዓዊ ወራድ መርዓ ኣይወፍርን እዩ እሞ ዝነበረ ፡ ተኽስ
ብርሃን ድማ በዚ ምኽንያትዚ ካብ ወራድ መርዓ ተረፈ ።
ግድቦ ድማ ምስ መሰነይትኡ ክኸይድ ከሎ ንገርገራ ዓጋሜ ኣብ ጥቓ ሕምብርቲ
ዝብሃል በረኻ ወሰን መንገዲ ኣብ መንጎ ክልተ ጸድፌ ምስ በጽሐ ፡ ሐንቲ ኣንስተይቲ
ኣንበሳ ዋዕሮ ምስ ሹድሽተ ኩራኩራ ካብ ዱር በለኽ ኢላ ወጺኣ ተጓነፈቶም ፡ ግድ
ድማ ነዚ ምስረኤ ኣዚዩተገረመ ፡ እታ ኣንበሳ ድማ ገለ ከየለት ምስ ደቃ ከደት ። እዚ ክ
ውን ከሎ ካብቶም ወራድ መርዓ ሐደ ሰብኣይ ዋጣ ዑፍ ዝፈልጥ ነበረሞ፡ ንግድቦ ከም
በሎ ፡ እዛ ሕጂ ነምጽአ ንወድኻ ተሐሲባ ዘላ መርዓት ንዓኻ የእትዋ እሞ ካብኣ ፮
ውላድ ክትወልድ ኢኻ ፡ ንሳቶም ድማ ኣዝዮም ንፉዓትን ጽዉዓትን ኣናብስን ክኾ
ልካ እዮም ፡ ነዛ ምድሪ ድማ ብብዝሐም ክመልእዋ እዮም ፡ ኢሉ እቲ ዋጣ ፋል ነገሮ
ግድቦ ድማ ነታ ነገራ ምስ ተዓዘበ ንዕኡ ከእትዋ ፈተወሞ ፡ ነታ መርዓት ንወዱ
ንተኽስተ ብርሃን ተሐሲባ ዝነበረት ካብ እንዳቡእ ሒዞማ ንዓዶም ከምለሱ ኸለዉ ኣብ
መንገዲ ምስ በጽሔ ነቲ ዝገበሮ ኩሉ ሐሲቡ ከምዚ በለ ፡ መንድአ ንሰበይቲ ንጀኑ
ንወደይ ተኽስተ ብርሃንን እዚ ወረዚ ደፊሩ ከብጽሐሎም እዩ፡ ኢሉ ነቶም ብጮቱ ሐ
ቶም እቲ ዋጣ ድማ ኣነ ኣሎኹ ጐይታይ ኢሉ ተበገሰ ፡ ንሳቶም ግና መንገዶም ለ
ጠም ብዝባን ዓዲ ቀይሕ ጌሮም ነታ ናይ ቀደም ዓዶም ዝነበረት ሕፀይቶ ንኢድ የማ
ሐዲጎም ብሐይነባ ጌሮም ብዝባን ሣእሉ ዝብሃል ዘሎ ሕጂ ፡ ኣብኡ ወጺኦም መር
ቶም ፡ ሒዞም ኣትዮም ዓዲ ጌሮም ተቐመጡ ።
ከመዮ በዓል ፋል እተዛረባ ሠሚራትሉ ፡ እታ መርዓት ፮ተ ኣወዳት ወለደት ፡ ን
ቶም ድማ ፮ቲኦም ሽሞምን ዝፈረይዎም ዘርኦምን ዝሐዝዎ ዓድታትን ኣብቲ ዝሐለ
ገጽ ወለዶ ደቂ ተከለጨን ተጽሒፉ ይርከብ ።
እቲ ዋጣ ድማ ናብታ ዓዲ ኣትዩ ንጀኑን ንወዳ ንተኽስተ ብርሃንን እዚ ወረዚ ም
ኣብጽሐሎም ፡ ጀኑ ድማ ብሕርቕርቖት ብእ ብእ ነዚ ዋጣ ኣብኣ ፍግም ኣበለቶ ። ነ
ዋጣ ምስ ቀተለቶ ነቲ ኣብቲ ዳስ ዝነበረ ሽሻይ ስዋን ሜስን ፡ ጀኑ ነቲ ኣጋንእ ኣል

ከምዘይነበረ ሰባበረቶን ደፍአቶን እቲ ሚስን ስዋን ድማ ካብቲ ዝነበሮ ዳስ፡ ካብ ዝባን ዓዲ ውሒጁ ንታሕቲ አብዚ ሕጅ ምድምባር ዝብሃል ዘሎ ሥፍራ ወሪዱ ስዋን ሚስን ተሐዋወሰ፡ በዚ ምኽንያትዚ እቲ ሥፍራ ተሐዋወሰሉ ምድምባር ተባሂሉ ስጋዕ ሎሚ ይጽዋዕ አሎ ።

## ምዕራፍ ፵፮ ።

## ዛንታ ወለገርግስ አድያቦ ።

ዘርኢ ወለገርግስ ዝሐዝዎ ዓድን አመቓቕልአምን ከምዚ ዝኽተል ጌርና ንገልጽ አሎና። ወለገርግስ ብሀፀይ እዮአስ ዘበን ካብ የሕዋቱ ካብ ሐደግቲ ተፈልዩ ብኹዶፈላሲ ጌሩ ብአደጕልበ ጌሩ ንመረብ ዓቢ ተሳጊሩ፡ ናብ አዲያቦ አትዩ ነቶም ሰብ አድያቦ ደቂ ዓዲ አብኡ ዝነበሩ ጋሻ ኰይኑ መሕደሪ ሥፍራ ሐቡኒ ኢሉ ለመኖም ።

ንሳቶም ከዓ ብጉርሖም ተማኺሮም መታን ከቕትልዎ ከም ሰብ ድሐን ንወለገርግስ በል ንዓ ናብዚአ ደቅስ ኢሎም ናብታ ጭምጭም ዝበለት ዱር ናብአ ክሐድር አርአይዎ፡ ወለገርግስ ድማ ደኺሙ ከቢድ ድቃስ ምስ ደቀሰ፡ ለይቲ ከውታ ምስኮነ እንበሳ መጺኡ ንወለገርግስ ክዋሕሮ ምስበለ፡ ወለገርግስ ከአ ብኡ ብኡ ተበራቢሩ ፈኪሩ ብሕላሰ ፈዘግ አበሎ ።

እቲ አንበሳ ከአ በአፍርሕሙ ፍግም ኢሉ ወደቐ፡ ወለገርግስ ከአ ምድሪ ምስ ፀብሔ ካብታ ቅሻረቱን ፋሪኡን ንግዳይ ክኸኖ ወሲዱ አቐመጠ፡ እቶም ሰብ ዓዲያቦ ግና ባዕላቶም ከምዝቐተልዎ ነቲ ቆርበቱ ዝተረፈ ገፊፎም እናፈከሩ ናብቶም ገዛእ ትግራይ ትግርኝ ዝነበሩ በቲ እዋን እቲ፡ አብ ዓዲ ከይዶም ፈከሩሎም እንሆ ንበረከት ኢሎም አብ ቅድሚ ራእሲ ሚኪኤል ኢድ ምስ ነስኡ ሐደ ሀያብ ክቕበሉ ከአ ተአዘዞም፡ አብዚ መንጎ እቲ ሀያቦም ከይተቐበሉ ከለዉ፡ ወለገርግስ ነታ ቅሻረቱን ፋሪኡን ሒዙ ናብ ግቢ ራእሲ ሚካኤል እናፈከረ አትዩ፡ ጐይታይ ብጀካዚ ቅሻረትን ፋረንዶ ግዳይ ይኸውን፡ አነ እየ ዝቐተልክዎ ኢሉ ምስ ፈከረሎም ነቶም ሰባት ሕፍረት አጕልበቦም፡ ሰብ ዝኾነ ኲሉ ተገረመ ። ንሶም ራእሲ ከአ ነቲ ንዓታቶም ክሀብዎም ተሐሲቡ ዝነበረን ካልእ ሀያብን ወሲኾም ወርቂ ከይተረፈ መጠውዎ ።

አብ ልዕሊዚ ከአ ዕዉት ጅግና ዝኾነ ሰብአይ ዝድለየሉ መዓልቲ አለዎ ኢሎም ካብአም ከይፍለ ተላበይዎ ንሱ ከአ ካብዛ መዓልቲዚአ አትሒዙ አብ ዓይኒ ራእሲ ሚካኤል ምርኡይ ነበረ፡ አብ ዝኸድዎ ኲናት ከአ ዕዉት ነበረ፡ ድሕሪ ብዙሕ አገልግሎት ከአ ነድያቦ ካብ ንጉሥ ነጊሮም ግዝአትን ርስትን ንዓኻን ንደቂ ደቅኻን ይብጻሕካ ኢሎም፡ ፈረስካ ካብ ንግሆ ስጋብ ምሸት ፀሐይ ሐንቲ ዕለት ዝረገጸ ዝኾነት ትብጻሕካ ኢሎም መረቑሉ፡ ብአዋጅ ከአ ንኹሉ ግዝአቶም አፍለጥዎ ።

ንሱ ከአ ወለገርግስ ከምቲ እተፈቕደሉ ምድሪ ምስ ፀብሔ ምስቶም ጌላው ንጉሥ ኮይኑ አብ ፈረስ ተወጢሑ ንምድሪ አድያቦ ክዝንቢየላ ወዓለ ። ደሐር ግና ፀሐይ ዕራ



ርበ ምስኮነ እቲ ፈረስ ደኺሙ ዘግየለ እታ ሥፍራ ድማ ጠልን ሽኻን ነበረት እሞ፡ ተ
ሊሉ ምትጋር ስአነ፡ ወለገርግስ ከአ ብዘንጊ ወር አቢሉ ብደርባይት አግገረላ እሞ
እታ ስፍራ ስጋብ ሎሚ ምድርባይ ዘንጊ ተባሂላ፡ ብሰርዚ ትጽዋዕ አላ ።

ወለገርግስ ካብቲ እዋን እቲ አትሒዙ ስጋብ ሎሚ አድያቦ ከምዘሎ ርስቱን ግዝ
ቱን ኮነ ። ወለገርግስ ሽመት ምስሐዘ ነዞም አብ ታሕቲ ተመልኪቶም ዘለዉ ወለደ ።

## ዘ ር ኢ ወ ለ ገ ር ግ ስ ።

ወለገርግስ ንቑሩብ ዓሬን ወለደ፡ ቑሩብ ዓሬን ንሽፋረ ወለደ፡ ሽፋረ ንአዛኸ ክ
ርአብ ወለደ፡ አዛኸ ክብርአብ ንወለየስ ወለደ፡ ወለየስ ከአ ን፮ተ ወለደ ።

፩ ንኽብሮም — ፪ ንሐደራየስን — ፫ ንዳዊትን — ፬ ንአዝማች አቢደራን —
ንማሞን — ፮ ንዘርኢ የሐንስን ። ከምዚሎም ፮ተ ደቂ ወለየስ ይብሃሉ ነበሩ፡ ካብ
አቶም ዘርኢ የሐንስ ዝፈረዮም አብ ዓዲ ሰቲ አለዉ፡ ፪ይ ዘርኢ ማሞ አብ ዓዲ ሽ
ተኽሎም አለዉ፡ ፫ይ ዘርኢ ዳዊት አብ ግድብ አለዉ፡ ፬ይ ደቂ ሐደራዩስ አብ ዓ
ሐደግቲ አድያቦ አለዉ፡ ፭ይ ደቂ ክብሮም ከአ አብ ዓዲ ዳዕሮን አድከመን አለዉ

## ዘ ር ኢ አ ቢ ዳ ራ ።

አዝማች አቢዳራ ወዲ ወለገርግስ ሽመት አድያቦ ናብኡ ነበረት ንሱ ከአ ነ፬ተ
ወለደ ። አዝማች አቢደራ ጓል አዝማች ፍቅረየስ ዛይደኰሎም እምቤት ግብፃዊት እ
ባህለት የእትዩ ። ንአቶ ፋሲልን — ንአቶ አርኰን — ንአቶ ዳንፋይን — ንእመቤት
ማርያማዊትን ወለደ ። ከምዚሎም ፬ተ ደቂ አቢዳራ ይብሃሉ ነበሩ፡ ካብዞም ፬ተ የሕ
ዋት ፋሲል ዝፈረዮም ሽሞም ከምዚ እዮም ። ንሕላይን — ንዳንግሽን ወለደ ።

ዓርኩ ከአ ንአመስያስ ወለደ — አመስያስ ከአ ንዘካርያስ ወለደ — ዘካርያስ ከ
ንወልደሐንስን ንወልደሥላሴን ንወልደንኪኤልን ወለደ — ወልደንኪኤል ንገብረፃ
ቕን ንጉርጃን ወለደ — ወልደሥላሴ ከአ ንአቶ ጉግሣን ንአቶ ምራጭን ወለደ —
አቶ ፀለላ ከአ ንቀኛዝማ ገብረእግዚአብሔርን ንደጊያት ገብሩን ንፊተውራር ኪዳ
ማርያምን ንፊተውራር አርአያን ወለደ — ዳግማዊ ወለገርግስ ከአ ንቀኛዝማች ብስ
ራት ወለደ ።

## ደ ቂ አ ቶ ም ራ ጭ ።

አቶ ምራጭ፡ ንደጊያት ወልደሥላሴን ንደጊያት ገብረሥላሴን ወለደ፡ ደጊያት
ወልደሥላሴ ንደጊያት ሃይለሚካኤልን ንደጊያት ተስፋሚካኤልን ወለደ፡ ደጊያት ገብ
ረሥላሴ ከአ ንቀኛዝማች ከበደ ወለደ፡ ደጊያት ሃይለሚካኤል ንደጊያት ሣህለን ንአቶ
ወለላን ወለደ ።

## ደቂ ዳንፋ ወዲ አበደራ ።

ዳንፋ ከአ ንወይዘሮ ሐቃፋ ወለደ፡ ወይዘሮ ሐቃፋ ናብ አቤቶ ተስፋገርጊስ ሠየ
ምቲ አሰገደ ተአትያ ንዕርፀን ንትርንጐን ንፀጉን ወለደት ። ፀጉ ናብ አቶ ፋሲል አላ

ጌን ጽምብላ ንአቶ ካሣሁን ንአቶ ገብረተኽለን ወለደት ዘርኢ ክልቲኦም የሕ ዮት ዝፈ ረይዎም በዓል እንግዳ ወርቂ ዝሐዙ ኣብኡ ኣለዉ ።

<u>ዘርኢ ትርንጎ</u> ፡ ትርንጎ ኣብ ኣቶ ጳውሎስ ተአትያ ዓዳንቀጠ ካብ ኣቶ ጳውሎስ ንራእሲ ባርያኡን ንደጊያት ክፍለገርጊስን ወለደት ፡ ራእሲ ባሪኡ ከአ ንደጊያት ገብረ መድህንን ንደጊያት በዛብሕን ወለደ ፡ ደጊያት ክፍለገርጊስ ንልጅ አበራን ንልጅ ገሠን ወለደ ፡ ኣቶ ፃዲቕ ወዲ ወልደንኪኤል ንወይዘሮ ተላ ወለደ ፡ ወይዘሮ ተላ ናብ አስገደ ናብ ኣቶ ማሩ ወዲ ወንዲያሬድ ተአትያ ንወይዘሮ ሮማን ወለደት ፡ ወይዘሮ ሮማን ከአ ናብ ንብሪእድ ወለገርጊስ ተአትያ ንወይዘሮ ታፋሡሽ አበኹሱም ወለደት ወይዘሮ ታፋሰሽ ከአ ናብ ደጊያት ተሰማ ፀዓዘጋ ተአትያ ንፊተውራሪ ወልደሥላሴ ወለደት ።

<u>ወይዘሮ ታፋሰሽ</u> ፡ መሊሻ ካብ ፊተውራሪ መሸሻ እንዳዋዕሮ ንፊተውራሪ አለማየሁን ንፊተውራሪ ገሠሠን ንግራዝማች መስፍንን ንልጅ ተኹሉን ወለደ ።

## <u>ደቂ እምቤት ማርያማዊት ።</u>

<u>እምቤት ማርያማዊት</u> ፡ ጓል አዝማች አቢደራ ናብ ኣቶ ነገደዮስ ወዲ ድብሎም ዓዲ ጉልቲ ተአትያ ንገዛ ነገደየስ ዝፈረየት እያ ጓላ ከአ ሠበነ ናብ አቦ ወልደቀስ ተአትያ ንዓድ ከንቲባ ሐንስ ዓድ መንጎንቲ ዝፈረየት እያ ፡ ከምዚሎም ዘርኢ ወለገርጊስ ካብ ሐደግቲ አከለ ጉዛይ እዮም ።

## <u>ም ዕ ራ ፍ ፵፮ ።</u>

## ትውልዲ ቤት ስባጋዲስ ።

ትውልዲ ደጊያት ስባጋዲስ ካብ ወረደ ምህረት ካብ ጅራት ቀጭን ካብ ላስታ ዝመፁ ንምኳኖም እተፈልጠ እዩ ።

ንሰምን ዓሌቶምን ናብዚ ንምጽሐፍ እተገደስናሉ ምኽንያት ንሰም ናይ ብዙሐት ሕዝቢ አቦ መሠረት ስለ ዝኾኑ እቶም ካብዚ ትውልዲ ሐረግ ተታሐሒዙ ዝወረደ ዘርኢ ዘለዎም አብ በብዓዱ አዚዮም ብዙሐት ስለ ዘለዉ ንሳቶም ዝፈረይዎምን ዘለውዎ ዓድታትን እናሰመና ካብዚ ንታሕቲ ንገልጽ አሎና ። አቦታት ስባጋዲስ ካብ ዳግማዊ ስመ ንላዕሊ ዘሎ ስጋብ ጅራት ቀጭን ፳ ትውልዲ ዝአክል እዮም ሕጂ ግና ካብ ዳግማዊ ስመ ንታሕቲ ዘለዉ ወለዶ ንጽሕፍ አሎና ።

<u>ዳግማዊ ስመ ንአብስበ ወለደ</u> ፡ አብስበ ድማ ንሽፋረ ወለደ ፡ ሽፋረ ከአ ንስብሐት ወለደ ፡ ስብሐት ድማ ንሹም ዓጋመ ኩመሊት ወለደ ፡ ሹም ዓጋመ ኩመሊት ከዓ ንሹም ዓጋመ ወልዱ ወለዱ ፡ ሹም ዓጋመ ወልዱ ከዓ ን፰ተ ወለዱ ሽሞም ከዓ ካብዚ



ንታሕቲ ንመልከት፡ ደቂ ሹም ዓጋመ ወልዱ ። ፩ ንፋሲልኝ — ፪ ንብሩርኒ — ፫ ንሰንበ ቱን — ፬ ንታቦቱን — ፭ ንካሕሳይን — ፮ ንፀበላን — ፯ ንደጊያት ስባጋዲስን — ፰ ንሐደሮን — ፱ ንፊተውራሪ ገብረ አምላኽን — ፲ ንፃዕዳን ነዚኦም ፲ እዮም ዝወለዱ ።

ካብዚኦቶም <u>፩ ፋሲል ዝፈረዮም</u> ዓዲ ግራዝማች ጐሹ ዝበሀሉ አብ ሰዔ አብ ማይ ሀምን ዘለው ዝፈረዮ እዩ ።

<u>፪ይቲ ሰንበቱ ከዓ</u> ፡ ንሳ ዝወለደቶም አብ ዓይበ እንዳ ንብረእድ ንቤት ሐርያ ዘለው ንአቶ ገብርሄት ጋንታ አቶ ሹም ዝበሀሉ ሰንበቱ ነዚአቶም ዝፈረየት እያ ።

<u>፫ይ ፃዕዳ አብ ቀዝቀዝያ ዘለው</u> ፡ ንዓደጊያት ወልደንኪኤልን ንዓዲ ፊተውራር ለ ለም አብ ጉሎ መኸዳ ዘለው አቤቶ ጋንታ ሹም እናተባህሉ ይጽውዑለው ።

<u>፬ይ ዘርኢ ፊተውራሪ ገብረአምላኽ</u> ፡ ከአ አብ ደቂ ሐርሽ እንዳ ዳግና እኒ ደጊያ ፀሐየ እኒ ደጊያት እንግዳ እኒ ምራጭ እኒ አቶ ደረስ እኒ አቶ ገብረ እኒ አቶ ገብ ተስፋይ ከምዚሎም ፯ የሕዋት ዝፈረይዎም በሐደሽም ዓዲ ፊተውራር ገብረአምላ ይበሀሉ አብ ዓዲ ሐረሲ አለው ።

<u>፭ይ ዘርኢ ካሕሳይ</u> ፡ እኒ ደጊያት ሐድጉ እኒ ደጊያት ወልድዮ አቦ በላይ ወልደ እኒ ፊተውራር ደስታ እኒ ፊተውራር ገሠሠ ዝበሀሉ ካብ ጓል ደጊያት ባህታ ሰገነይ ዝውለዱ እዮም እንዳ ካሕሳይ ተባሂሎም ይጽውዑ አለው ።

<u>፮ይቲ ወ/ፀበላ</u> ፡ ናብ አቶ ወልደ እሴይ ጓሕላት ዝበሀል ዓዲ አብ ሐራማት አት ንወ/ስሂን ወለደት ፡ ወይዘሮ ስሂን ከአ ናብ ባሕሪ ነጋሲ ዝወልዲ አትያ ንደጊያት ኃይ ማርያምን ንፊተውራሪ ወልዱን ንፊተውራሪ እምባዬን ነዚኦም ዝፈረየት እያ ፡ ንሳቶ ዘርኢ ፫ቲኦም የሕዋት አብ ማይ አብዓ ዝበሀል ዓዲ አለው ።

<u>፯ይቲ ወይዘሮ ብሩር</u> ፡ ድማ ናብ አይድዑር ዝበሀል ዓዲ አትያ ንአቶ ሮሜን ንደ ያት ደረስን ንኽልተ ወለደት ፡ አቶ ሮሜ ከዓ ንደጊያት ንጉሠ ወለደ፡ አብ ሐረሳዊ ድ ዝበሀል ዓዲ አለው ካብዚአቶም ከዓ ደጊያት ደረስ ፡ ንበዓልጋዳ ተኽለን — ንወይዘ ጀመርን ነዚኦም ንኽልተ ወለዱ ፡ በዓልጋዳ ተኽለ ንደጊያት ኃይሉ ወለዱ ፡ ንሶም ዝፈረ ዎም ከዓ ዓድ ደጊያት ኃይሉ አብ ደራ ዝበሀል ዓዲ አለው ። ወይዘሮ ጀመር ድማ ና ሐሐይለ ናብ ደጊያት ባርያጋብር ወዲ ደጊያት ገብረመስቀል አትየን ካብ ደጊያት ባ ያጋብር ንደጊያት ገብረሥላሴ ወለዳ ።

<u>፰ይቲ ወይዘሮ ታቦቱ</u> ፡ ናብ ደጊያት ድምፀ እንድርታ ፈለግ ዳዕሮ ዝበሃል ዓ አትያ ካብ ደጊያት ድምፀ ፡ ንራእስ አርአያን ንወይዘሮ ሥላስን ወለደት መልሻ ድ ታቦቱ ናብ ሹም ቴምቤን ባይሞት ተአትያ ንደጊያት ደርሶ ወለደት ራእሲ አርአ ዓቢ ዝወለዶም ። ፩ ንደግያት ደበብን — ፪ ንደጊያት አብርሃ ቀይሕን — ፫ ንደጊያ ተድላ አባጉበንን — ፬ ንደጊያት ደጀነን — ፭ ንደጊያት ረዳን ።

ከምዚሎም ፭ተ ደቂ ራእሲ አርአያ ዓቢ ዝፈረይዎም አብ እንድርታን አብ ካ ዓድን አለው እተን ሐብቶም እምበይተይ ሥላስ ጓል ታቦቱ፡ ካብ ደጊያት ድምፀ ዝ ለዳ ናብ ሹም ቴምቤን ምርጫ አትየን ካብኦም ን፭ተ ወለዳ ፡ ንሳቶም ድማ ሽም


7

ምዚ ዝስዕብ እዩ ። ፩ ንንጉሠ ነገሥት ሐፀይ ዮሐንስን — ፪ ንልጅ ጉብሳን — ፫ ንደያት ማሩን — ፬ ንልጅ ሐጐስን — ፭ ንእተጌ ድንቅነሽን ፡ ከምዚሎም ፭ተ ደቂ ሹምቴምቤን ምርጫ ይብሃሉ ፡ ዘርአም ድማ ናብ ሙሉእ ኢትዮጵያ ተዘርጊሖም አለው ።

፱ይቲ ዘርኢ ወይዘሮ ሐደሮ ፡ ናብ አቶ እምሐ አጉዕዲ አትየን ንፊተውራሪ ንጉሜን አቶ ወልደሥላሴ ወለዳ፡ አቶ ወልደሥላሴ ን፫ተ ወለዱ ። ፩ ንደጊያት አርአያን ንደጊያት እንግዳን — ፫ ንአቶ በላይን ፡ ነዚአም ፫ተ ወለዱ ፡ ፊተውራሪ ንጉሜ ድማ ደጊያት ተስፋይን ንደጊያት ተኽለጊየርጊስን ወለዱ ፡ እዚአም ዝፈረይዎም አብ አግዱ ዝበሃል ዓዲ አለው ።

፲ይ መበል ዓሰርተ ደቂ ሹም ዓጋመ ወልዱ ፡ ደጊያት ስባጋዲስ ዝበሃሉ ብዘበኖም ሐደ ዓብይን ፍሩሕን ሰብ ነበሩ ገዝአ ኩሉ ትግራይ ምስ ሐማሴን ብዘበነ መሳፍንትነበሩ እዮም ፡ ንሶም ድማ ን፯ተ ወለዱ ሽሞም ድማ ካብዚ ንታሕቲ ንገልጾ አሎና ። ፩ ንደጊያት ሐጐስን — ፪ ንደጊያት ካሕሳይን — ፫ ንሹም ዓጋመ አረጋዊ — ፬ ንደጊያት ወልደንኪኤልን — ፭ ንአቶ ኃይሉን — ፮ ንሹም ዓጋመ ሥብሐትን — ፯ ንአቶ ሱባን ።

ከምዚሎም ፯ተ አወዳት ደቂ ደጊያት ስባጋዲስ እዮም ፡ ደጊያት ሐጐስን ደጊያት ካሕሳይን አዲአም ሐንቲ እያ ደቂ ጓል ሐራማት እዮም ፡ ደጊያት ወልደንኪኤል አቶ ኃይሉ ካብ እምቤይተይ ጌርጊስ ጓል ሐኔታ ሱባ ዓዲ ሹም አኰሎም ሳዕስዕ ዝውለዱ እዮም ፡ ሹም ዓጋመ ሥብሐት ካብ ወይዘሮ ለተብርሃን ጓል ከንቲባ ዘርአሐንስ ወዲ ከንቲባ ቀላቲ አሕፍሰ ሽመዛና እዮም ዝውለዱ ።

ሹም ዓጋመ አረጋዊ ድማ ካብ እምቤተይ ትሻል ጓል አቶ ገብረመስቀል ዓቢ ዓረዛ ዝውለዱ እዮም ፡ አቶ ሱባ ድማ ምስ እንበዓል ደጊያት ወልደንኪኤልን አቶ ኃይሉን አዲአም ሐንቲ እያ ። ከምዚሎም ፲ተ ደቂ ሹም ዓጋመ ወልዱን ፯ተ ደቂ ደጊያት ስባጋዲስን እዚአቶም ዝሐዝዎን ዝፈረይዎን ከምዚ አብ ላዕሊ ብገፊሑ ተገሊፁ ዘሎ አዝዮም ብዙሓትን ምዕቡላትን ኮይኖም አብ ሙሉእ ኢትዮጵያ ዘርአም ተዘርጊሑ አሎ።

## ም ዕ ራ ፍ ፵፰ ።

## ወ ለ ዶ . እ ን ጋ ን አ ።

እዞም እንጋንአ ዝብሃሉ ካብቲ መሠረት ወለዶአም ካብ ዓሌት ላዕለዋይ ሳባ እዮም፡ እዚ ሳባዚ ድማ ቀንዲ ፫ይ ወዲ ኢትዮጲስ እዩ ፡ ደቂ ኢትዮጲስ ድማ ሽሞም ሳባ ኖባ — በለው — ከለው — ላክንዱን ይብሃሉ ነበሩ ።

ካብዞም ፫ተ አሕዋት ላዕለዋይ ሳባ ነዞም እንጋንአ ዝወለደ እዩ ፡ ካብዚ ሳባዚ ጀሚሩ ንታሕቲ ዘሎ ትውልዲ ስጋዕ ፲፫ ደቆም ደቂ ደቆም ጌሮም ይቖርሕዎም ። አብ ገለ ጽሑፍ ግና አይፋል ካብ ላዕለዋይ ሳባ ስጋዕ ሰብ አኖን ዝብሃል ፲፮ተ ጌሮም ይቖር



ሕዎም ። ዝኾነ ይኹን ካብ ሳባ ንምኧኑ ዓሌቶም እትፈልጠ እዩ ፡ ሕጂ ግና ካብቲ ድሕሪ ፲፮ተ ወለዶ ዝርከብ ሰብ አኖን ዝብሃል ንሱ ዝፈረዮም ሽሞም ካብዚ ንታሕቲ ንገልጾ አሎና ።

ደቂ ሰብ አኖን ፡ ሰብ አኖን ንመአዊ ወለደ ፡ መአዊ ድማ ንያዲት ወለደ ፡ ያዲት ድማ ን፫ተ ወለደ ፡ ፩ ንወልደርያስን — ፪ ንአንሮምን — ፫ ንእብነ ጣህርን ፡ ከምዚሎም ፫ተ ደቂ ያዲት ይብሃሉ ፡ ካብዚአም እብነ ጣህር ንእዮባን ወለደ ፡ ስጋዕ እዚ እዋንዚ ሽሞም ተጸዊዖም ዘለዉ ብዘበን እዮባን ብግዝአት ምኽንያት ንዓዲ ዓረብ ንየመን ብፍቓድ ሐፀይ ገብረመስቀል ምስ ከዱ ስጋዕ ብዙሕ ትውልዲ አብ የመን ነበሩ ፡ ደሐር ግና ድሕሪ ብዙሕ ትውልዲ ዳግማዊ እዮባን ዝብሃል ካብቶም አሕዋቱ ተፈልዩ ምስ ብዙሕ ርእሱ ኮይኑ አብ ቡሬ በረኻ ተቐመጠ ።

ወልደርያስ ዝፈረዮም ፡ ግና አብ የመን ብዙሕ ዓድታት ሒዘም አለዉ ፡ እቶም ካልአት ዓሌት ድማ ሐበሽ እናበሉ ስጋዕ ሎሚ ይጽውዕዎም ፡ እቲ ዘለውዎ መኻን ድማ ፍሉጥ እዩ ፡ ጀበለል ሐበሽ ይብሃል ፡ እቲ መኻን ድማ ደጋን ቆላን እዩ ፡ ሐሐሊፈ ድማ ናይቶም ቀዳሞት አቦታቶም ዝነበረ ቤተ ክርስትያናት ስጋዕ ሎሚ ዑናታት ይርከብ ። ንሳቶም ግና አብ አስላም ሃይማኖት እዮም ዝርከቡ ፡ አዚዮም ብዙሓት ማእለያ የብሎምን ።

ዘርኢ እዮባን ፡ እዮባን ዝወለዶም አብ ቡሬ ባሕሪ ተቐሚጡ ፡ ን፮ተ ወለደ ስሞም ድማ ከምዚ ዝስዕብ እዩ ፡ ፩ ንስርኹሶን — ፪ ንዋኪታይን — ፫ ንጐረፈታይን — ፬ ንንዳ ወረዛይን — ፭ ንንዳ ሐረዛይን — ፮ ንሐዘን — ፯ ንቶርዓን ከምዚሎም ፯ተ ደቂ እዮባን ይብሃሉ ። ካብዚአም ስርኹሶ ዝፈረዮም አብቲ ብሽሙ ትጽዋዕ ዘላ ዓዲ አብ ስርኩሶ አለዉ ። ካብአም ዝወጹ ድማ አብ ካልእ ዓድታት አለዉ ።

ዋኪታይ ዝፈረዮም ድማ አብ ገረዓልታ አለዉ ፡ ጐረፍታይ ዝፈረዮም ድማ በራ ሠለዋ ሐሐሊፎም አለዉ ከምኡውን ካብ ካልእ ዓሌት ዝውለዱ አብ በራ ሠለዋ ቤተ ስምዖን ዝብሃሉ አለውዎም ፡ አብ ገረዓልታውን ካልእ ዓሌት አለውዎም ፡ ሐሐሊፎም ዓድታት ሒዘም በርከት አለዉ ።

ካብ ደቂ እዮባን ዝውለዱ የሕዋቶም አብ ቶርዓ ተሐዋዊሾም አለውዎም ከምኡ ድማ ካብአቶም ዝኸዱ ካብ እዮባን ዝውለዱ አብ ሐዘ ተሐዋዊሾም ምስ ካልእ ነገድ አብ ሐዘ አለዉ ። ብጀካ እዚአቶም ድማ ሐዘ የሕዋት መንሳዕ አዝዮም ብዙሓት እዮም ። ፪ተ ሐዘ ተብሂሎም ይጽውዑ ። ከምኡ ድማ አብ ቶርዓ ብሔት ሙሰ ዝብሃሉ መስመር ዝወለዶም አብ ቶርዓ አለዉ ፡ ከምቲ አብ ቅድም ተጠቒሶም ዘለዉ አብ ወለዶ ሮብራ ካብአቶም ካብ መስመር ዝወጹ አብ ቶርዓ አለዉ ፡ ብጀካ እዚአቶም ድማ ፪ተ ቶርዓ የሕዋት መንሳዕ እዮም ።

ስለዚ እቲ ሕዝቢ ብኸብቲ ምኽንያት ብስደት ካብ አሕዋቱን ካብ ወገኑን እና ተፈልዩ ምስ ካልእ ነገድ እና ተሐዋወሰ ብቋንቋ ምውርራስን ብምትእትታውን አብ ሐደ ሽም ይጠቓለል፡ ግና በብዓይነቱን በብክፍሉን ፍሉጥ እዩ፡ ከምኡ ድማ ወሬዛይ ዝፈረ

ዮ·ም ሐሐሊ.ፎም አብ ትግራይን አብ ኤርትራን ዝርከቦም ንጣር አለው·ዎም ፡ ክንድ·ቲ ዝአክል ግና ብዝሒ. የብሎ·ምን ፡ ከምኡ· ድ·ማ ሐረዛይ ዝፈረዮ·ም አብ ከባቢ. ባፅዕ ዝር ከቡ ሕዝቢ. ዝገልጽ አብ ቤት በለው· ጽሑፍ ዝርከቦም ተሰምዮ·ም አለዉ. ።

## ዛንታ ገብሩ አዶናይ ።

ገብሩ አደናይ ወይን ገብሩ ሃዳናይ ፡ ዝብሃል አብ ስርኩ·ሶ ምስ የሕዋቱ ብዙሕ እዋን ይቕመጥ ነበረ ፡ ደሐርው·ን አብ ምድሪ ሐዘ ወሪዱ· አብኡ· ሐያለ እዋን ምስ ፀንሐ ሰቡ·ን ማሉ·ን አኪ.ቡ· ናብ የሕስአ አትዩ ተቐመጠ ፡ አብ አሕስአ ኮይኑ· ድ·ማ ሐንቲ ጓለ ባት የአትዩ ካብአ ንሰለስተ አወዳት ወለደ፡ ሽሞም ድ·ማ፡ ዑ·ቕባንኪ.ኤል — ፍረንኪ. ኤል — ተስፋ·ንኪ.ኤል ይብሃሉ· ነበሩ እዚ.ኦም ሰለስተ ደቂ ገብሩ አዶናይ ተባሂ.ሎ·ም አብዘለዉ. አልዮ·ም ብሐደ ሽም ይፅው·ዑ· ፡ ንሱ· ድ·ማ ካብ አሕስአ ተመሊ.ሱ· ናብ ሐዘ አትዩ ተቐመጠ፡ እቶም ፫ተ ደቁ ግና ሰቦምን ማሎ·ምን አኪ.ቦም ንዓይላ ጉ·ንደትወረዱ፡ አሕኦምን ጠለ በጊ.ዖምን አግማሎ·ምን ማእለያ ዘይብለን ሐመደ ግዳም እየን ዝነበራ፡

ንሳቶም ድ·ማ ፈለማ አብ አሕሳአ ክቕመጡ· ስለ ዘይፈ.ተዉ. ፡ ናብ ዓይላ ጉ·ንደት ዓዲ. ክገብሩ ሐረዩ በዚ. እዋንዚ. ጉ·ንደት ዱ·ር ጸሊ.ም ህሮ·ርማ በረኻ ህልም ዝበለ ገረብ ነበረ ። ንሳቶም ድ·ማ ሐያሎ እዋን አብኡ· ተቐመጡ· ፡ ካብዚ.ኦም እቲ ሳልሳይ ሐዎም ፍረንኪ.ኤል እተባህለ ካብ ዓይላ ጉ·ንደት ፡ ካብ አሕዋቱ ተፈልዩ ንዝባን ሡራዩ አትዩ ተቐመጠ ፡ ንሱ· ዝፈረዮ·ም ድ·ማ አብ ዓዲ. ሐርካይን ዓዲ. ቐለቶን ዓዲ. ሐሰሮን አለዉ. ፡ ካብዚ.ኦም ዝወጽሉ· አሕዋቶም ድ·ማ አብ ታኺ.ታ አለው·ዎም ፡ ከምዚ.ሎ·ም ንሱ· ዝፈ ረዮ·ም አብ ዘለዉ. አልዮ·ም ደቂ ፍረንኪ.ኤል ይብሃሉ· ።

ዘርኢ. እቲ ካልአይ ሐዎም ዑ·ቕባሚ.ካኤል ድ·ማ ፡ ንሱ· ዑ·ቕባሚ.ካኤል ካብ ጉ·ንደት ካብ ሐዉ. ተፈልዩ ሰቡ·ን ማሉ·ን አኪ.ቡ· ብኹ·ዶ ፈላሲ. ጌሩ· አብዚ. ሕጂ እንጋንአ ተባ ሂላ ትጽዋዕ ዘላ ዓዲ. ፡ አብ ማእከላ አትዩ ተቐመጠ ። ፈለማ ግና ካብ ጉ·ንደት ቅድሚ ምብጋሱ· ፪ቲኦም አሕዋት ክፈላለዩ ከለዉ. ፡ ተስፋ·ንኪ.ኤልን ዑ·ቕባንኪ.ኤልን ፡ አታ ንስኻ ንዓላኻ ፡ አታ ንስኻ ንዓይላኻ ኢ.ሎ·ም ፪ቲኦም አሕዋት ብምኽሪ ተፈላለዩ ይብሃል።

እዚ. ዛንታዚ. ድ·ማ ብዙሐት የዘንትው·ዎ እዮ·ም ፡ በዚ. ምኽንያትዚ. እቲ ንዓላ ሐዘ ፡ እቲ ድ·ማ ንዓይላ እንጋንአ ሐዘ ። ዑ·ቕባንኪ.ኤል አብ እንጋንአ ኮይኑ· ማሉ·ን ጠለ በጊ.ዑ·ን ገመሉ·ን ማእለያ ዘይብለን ምድሪ ከዲ.ነን ነበራ ይብሃል ። ንሱ· ድ·ማ ምስቶም ሽዑ· ዝነ በሩ· ገዛእ ሀገር እምሐገርጊ.ስ ዝብሃሉ· ፡ አብ ዓይኖም ድ·ማ ምርኡ·ይ ነበረሞ ነዚ. ሕጂ ዘለው·ዎ ምድሪ ካብቶም ሽዑ· ዝነበሩ ንጉ·ሥ ርስቲ አታሐዝዎ ። እቲ ዝሐዘ መኻን ድ·ማ እንጋንአ ይብሃል ፡ ብስሜን መረታ ቀያሕቲ ፡ ብደቡ·ብ እገላ ሐመስ ፡ ብምስራቕ ሐር ማዝ ዝረገጾ ፡ ብምዕራ·ብ ሡሐርቲ ከምዚ.ሉ· ርስቲ ንኡ·ኡ·ን ንደቁን ንደቂ ደቁን ይብሃ ሕካ ኢ.ሎ·ምዎ ይብሃል ።

ብዛዕባዚ. እና ጠቐሰ ዘዘንቱ፡ በርሙ·ዳዝ ዝብሃል ወዲ. እስፓኛ ካብ ኢ.ትዮ·ጵያ ዝመ ሰዶ ጽሑ·ፍ ሐሐሊ.ፉ ይጠቕሶ እዩ ፡ ደቁ ዝሐዝዎ ዓድ·ታት ድ·ማ ክንሰሚ ፡ እኒ ደቀ እም



ሐረ እኒ አፈልባ እኒ ቐይሕ ኮር እኒ ሰሳሕ እኒ ደቂ ናዘ እኒ ነፀሉ ከምኡ· ድ·ማ ካብዚ.ኦም ዝወጹ· ሐሐሊ.ፎም ምስ ካልእ ዓሌት ተዛኒቖም ይርከቡ· ።

ተስፋ·ሚ.ካኤል ድ·ማ አብ ጉ·ንደት ኮይኑ· ንሱ· ዝፈረዮ·ም አብ ዓዲ. ደራጉ·ዲ.ን አብ ገዛ ዓዲ. ሀብሱ·ሉ·ስ አብ ዓዲ. ሽመክለ ከምኡ· ድ·ማ ካብኦም ዝወጹ· ፡ እንዳምሕረት ዝብ ሃሉ· አሉ·ዋቶም ፡ አብ ፃዕዳ ክስታን አለው·ዎም፡ ከምኡ·ው·ን ሐሐሊ.ፎም አብ ዓይላ ጉ·ን ደት ይርከቡ· ።

ከምዚ.ሎ·ም ፫ተ ደቂ ገብሩ· አዶናይ ፡ አብ ዘለዉ. አልዮ·ም ብሐደ ሽም ደቂ ገብሩ· አዶናይ ይብሃሉ· ። ከምቲ አብ ላዕሊ. ዝጠቐስናዮ· ካብ ጥንቲ መሠረት ወለዶኦም ካብ ቀዳ ማይ ሳባ ወዲ. ኢ.ትዮ·ጲ.ስ ተተሐሒ.ዙ· ዝወረደ ዘርኢ. ንምኳኖም አብ ብዙኃት ጽሑፍ መጻሕፍቲ ይነግረሎ·ም እዩ ። ከምኡ·ው·ን ምስ አባ ብርሃነ መስቀል ተኸሉ ሐው· ደጊ ያት ገብራይ ዝተሰማምዒ እዩ ።

## ምዕራፍ ፴፱ ።

## ወለዶ መንሳዕ ።

እዞም ክልተ መንሳዕ ካብ ጥንቲ መሠረት ወለዶኦም ከምቲ አብ ሐድ ሐደ ጽሑፍ ተጠቒሱ ዘሎ ከምዚ ዝስዕብ ንገልጽ አሎና ። ክልተ መንሳዕ አቦታቶም ካብ ዓዲ. ዓረብ ካብ ዘርኢ. ቁረሽ ካብ ማዓወያ ዘርኢ. ተታሐ.ዙ ዝወረደ ስጋዕ ዜድ·ን ዝበድ·ን ክልቲ ኦም አሕዋት ሐያሎ ትው·ልዲ. ገይሮም ይቐርሕዎም ።

ክልቲኦም አሕዋት ከአ አብ ምድሪ ዓረብ እዮ·ም ዝነበሩ· ፡ ድሐር ግና ክፋላለዩ ከለዉ. ዜ.ድ አብ ምድሪ ዓረብ ተረፈ. ዝቤድ ግን አብ ምድሪ አፍሪካ ባሕሪ ኤርትራ ተሳ ጊሩ· አብ ቡ·ሪ በረኻ ባሕሪ አትዩ ተቐመጠ ፡ አብኡ· ኮይኑ· ከአ ፡ ፩ መንስዓይ — ፪ ሃደ ንደዋይ — ፫ ሐዘታይ — ፬ ሽሃይ ፭ ማርያይ — ፮ ዓደግሌ — ፯ ቶርዓይ ከምዚ.ሎ·ም ደቂ ዜ.ድ እዮ·ም ዝብሃሉ· ።

ሃደንደዋይ ፡ ንሃረንደዋ ዝፈረየ እዩ ፡ ንሳቶም ዝፈረይዎም አብ በረኻ ምዕራ·ብ ኤር ትራ ወሰነ ወሰን ሐሐሊ.ፎም «ዛላን» ሐለው·ቲ ከብቲ ኮይኖም አብ ብዙሕ ስፍራ ፋሕ ኢ.ሉ·ም አለዉ. ፡ ብሐደ ሽም ሃረንደዋ ይብሃሉ· ።

ዘርኢ. ቶርዓ ፡ ቶርዓ ዝፈረይዎም አብ ብዙሕ ስፍራ አለዉ. ፡ ገሊ.ኦም አብ ጊንዳዕን አብ ከባቢ. እግሪ ደ·ብረቢ.ዘንን አለዉ. ፡ ብሐደ ሽም አብ ዘለዉ. አልዮ·ም ቶርዓ ይብሃሉ·።

ሽሃይ ዝፈረዮ·ም ፡ ሽሃይ ዘብኦም አብ ዘለዉ. አልዮ·ም ብሽም አብኦም ሻሁ· ተባ ሂሎ·ም ይጽው·ዑ· አለዉ. ።

ዘርኢ. ማርያይ ፡ ማርያይ ዝፈረዮ·ም ከአ ምድሪ ሮታ ዘለዉ. ማርያ ጸሊ.ምን ማርያ ቀይሕን ተባሂ.ሎ·ም ይጽው·ዑ· አለዉ. ፡ ቅድ·ም ማርያይን መንስዓይን ብሐንሳብ ካብቲ ዝነበርዎ ምድሪ ቦሪ ዝብሃል ባሕሪ ጥቓ ደንከልን ዙ·ላን ዘላ ፡ ካብአ ተላዒ.ሎ·ም ሰቦምን

ማሎምን አኪቦም አብ ሃይገት አተዉ ። ንሳ ከአ ምዳቕ ጽሐይ እያ እሞ ናብአ ክኸ መጡ ፈተዉ ፡ ጸኒሖም ከአ ክሳዕ ሮታ ምድሪ ሐዙ ። ብፍላይ መንስዓይ ንሃይገት ንበ ይኑ ክሕዛ ፈተወ ፡ አብ ዓመት ክልተ ግዜ ክረምቲ ስለ ዘለዋ አብአ ክቕመጥ ሐረየ ። መንስዓይ ንዓረቢ ወለደ ፡ ዓረቢ ከአ ንአወሊ ፍንጃይ ወለደ ፡ አወሊ ፍንጃይ ከአ ንሐ ዋጨ ወለደ ፡ ሐዋጨ ከአ ንመሐሪ ወለደ ፡ መሐሪ ከአ ንዑቕባዝጊ ወለደ ፡ ዑቕባዝጊ ከአ ንአብርሄ ወለደ ፡ አብርሄ ከአ ንሰረቐሽንገብ ወለደ ፡ ሰረቐሽንገብ ከአ ንአሕፈሮም ወለደ ፡ አሕፈሮም ከአ ንካምል ወለደ ፡ ካምል ከአ ንአፍታይ ወለደ ፡ አፍታይ ከአ ንኸንቲባ ዑቕባንኪኤል ወለደ ፡ ከንቲባ ዑቕባንኪኤል ከአ ንሃብተስላሰ ወለደ ፡ ሃብተ ስላሰ ከአ ንትምኪኤል ወለደ ፡ ትምኪኤል ከአ ንገብረየስ ወለደ ፡ ገብረየስ ከአ ንተስ ፋንኪኤል ወለደ ፡ ተስፋንኪኤል ከአ ንአፍታይ ወለደ ፡ አፍታይ ከአ ንኸንቲባ ተስፋ ንኪኤል ወለደ ፡ ኸንቲባ ተስፋንኪኤል ከአ ንኸንቲባ ዑቕባንኪኤል ወለደ ፡ እዚኦም ዝፈረይዎም አብ ገለብ አለዉ ፡ ዓዲ አሕፈሮም ከአ ይብሃሉ ።

## ምዕራፍ ፱ ።

## ደቂ ለዋይ ።

እዚ ለዋይ እዚ ሐው አሕፈሮም ወዲ ሰረቐሽንገብ እዩ ፡ ለዋይ ከአ ሰለስተ ወለደ ፡ እዚአቶም ከምዚ ዝስዕብ እዮም ፡ ገብረየስ ዓንዶላይ — ቡላ — ይብሃሉ ፡ እዚ ኦም ሰለስቲኦም ዝፈረይዎም አብ ገለብ አለዉ ፡ ብሐደ ሽም ደቂ ለዋይ ይብሃሉ ፡ ከምኡ ከአ ደቂ ለዋይ ካብ ካልእ ሰበይቲ ዝውለዱ ፡ ሐሸላ — ግዕደድ — መሐሪ — አቤብ ወለደ ፡ ካብዚኦም ሐሸላ ንዓንዶላይ ወለደ ፡ ዓንዶላይ ከአ ንገብረየስ — ንዓ ይላይ — ንዓንደየስ ወለደ ፡ እዚኦም ዝፈረይዎም አብ ኩሉ ዓድታት ብሽም አቦታቶም አብ ዘለዉ አልዮም ዓድ ገብረየስ ዓድ ዓይላይ ዓድ ቡላ ይብሃሉ አለዉ ።

ገብረየስ ንተስፋንኪኤልን ንዓዳን ንሀብተማርያምን ወለደ ፡ ካብዚኦም ተስፋንኪ ኤል ንሕመድን ንመስመርን ንአስፈዳይን ንሐሸላን ንሰመራን ወለደ ፡ ካብዚኦም መስ መር ንኸንቲባ ቴድሮስ ወለደ ፡ ከንቲባ ቴድሮስ ከአ ንገላድዮስን ንተኽለየስን ንገርጊ ስን ንአስገዶምን ንብእምነትን ወለደ ። ካብዚኦም ከንቲባ ብእምነት ንኖርን — ንናይርን ንተስፋንኪኤልን — ንዓሊኑርን — ንአስገዶምን — ንአልመዶምን — ንዓሊሸኽን — ንዑ መርን — ንመሐመድ ዓልን — ንመሐመድ ኑርን — ንእዙዝን ወለደ ። ካብዚኦም እዙዝ ወዲ ከንቲባ ብእምነት ንመሐመድ ንፍክክ ወለደ ።

<u>ደቂ ተኽለየስ</u> ፡ ተኽለየሰ ወዲ እድሪስ ንሃብተየስን ንከንቲባ ነጋስን ንይበቲትን ንአዛዝን ወለደ ፡ ካብዚኦም ከንቲባ ነጋሲ ዝወለዶም ሐደምበስ ግሬነት ናትናኤል እዚ አቶም ደቂ ከንቲባ ነጋሲ ይብሃሉ ። አዛዚ ሐው ከንቲባ ነጋሲ እዩ ፡ አዛዚ ዝወለዶም ንገንደር ንሀብተየስ እዚኦም ደቂ አዛዚ እዮም ፡ ገንደር ንሃብተገርጊስ ወለደ ።



ኤሎስ ወዲ እድሪስ ዝፈረዮም ከምዚ ዝስዕብ እዩ ፡ ንእድሪስን ንመሐመድን ን ጃጅን ንእያሱን ንገላይዶስን ወለደ ፡ ካብዚኦም ልጃጅ ንድራር ንራካ ንለጃጅ ንመ መድ ዓሊ ወለደ ።

<u>ደቂ ዓንዶላይ</u> ፡ ዓንዶላይ ወዲ ለዋይ ዝፈረዮም ፡ ንሰመረልዑልን ንተስፋጮን ወለደ ፡ ካብዚኦም ተስፋጮን — ንየሃንስ — ንአሚር — ንይስሐቕ — ንተስፈገርጊስ — ንብሐይላይ — ንለዋይ ወለደ ።

<u>ደቂ ለዋይ</u> ፡ ለዋይ ንአሕፈሮም ንፍክክ ንዑቕባገርጊስ ንዳምር ወለደ ፡ ሰመረልዑ ንመዲን — ንከቢን — ንገቢል — ንአሚር ድሩይ ወለደ ።

<u>ደቂ ዓንዶላይ</u> ፡ ዓንዶላይ ንእድሪስን ንዮናስን ወለደ ፡ ተስፋጮን ወዲ ዓንዶላይ ን ሸላ — ንየጊን — ንዓይላይን ወለደ ፡ መሊሱ ከአ ካብ ካልእ ሰበይቲ ንቴድሮስን — ንዕቑባ ስን — ንረድእን — ንመብስዕን — ንዳርን — ንሳልሕን — ንነታባይን ወለደ ። ተስፋጮ መሊሱ ከአ ካብ ካልእ ሰበይቲ ንኖር — ንፍክክ — ንፍሊጽስ ወለደ ፡ ካብዚኦም ዓ ላይ ወድ ተስፋጮን ንተኽለየስ — ንግብጣን — ንዕጀል — ንናሽሕ — ንሙሳ — ን ባብ ወለደ ፡ ካብ ዚኦም ልባብ ዝወለዶም ንዓቤ — ንሱር — ንየሐንስ — ንበኺት — ንሐምደ — ንሙሳ ወለደ ፡ ከምዚሎም ደቂ ልባብ ይብሃሉ ።

<u>ደቂ ዕጀል</u> ፡ ዕጀል ወዲ ዓይላይ ንመንደር — ንዓይላይ — ንአድግ — ንፈደል ንእያሱ — ንኖር ወለደ ፡ ካብዚኦም ዓይላይ ወዲ ዕጀል ንሐስማን ንፍሊጽስን ወለደ ካብዚኦም ድማ ፍሊጽስ ወዲ ዓይላይ ንገብረጻድቕን ንሰለሙንን ወለደ ፡ ፈደል ወዲ ዕጀል ከአ ንእዛዝ — ንሀዳድ — ንዳዊት — ንአማኒኤል ወለደ ፡ ሀዳድ ወዲ ዕጀል ንአ ልአዛር ወለደ ፡ አልአዛር ከአ ንኤልያስን ንኤልሳን ወለደ ።

<u>ደቂ የጊን</u> ፡ ወድ ተስፈጮን የጊን ንዓገባ — ንወርዒሰብ — ንጀሃድ — ንክፍለገርጊስ ወለደ ፡ ካብዚኦም ክፍለገርጊስ ንአስፈዳይ ወለደ ፡ አስፈዳይ ከአ ንዳፍላ ወለደ ፡ ወር ዒሰብ ወዲ የጊን ንሀብተየስ ወለደ ፡ ሀብተየስ ንወርዒሰብ ወለደ ፡ ወርዒሰብ ከአ ንጀሚዕን — ንፍክክን - ንገላዲዎስን — ንሕዳድን — ንሀብተየስን — ንጃወጅን — ንት ምኪኤልን ወለደ ።

<u>ደቂ ግዕዳድ ወዲ ለዋይ</u> ፡ ግዕዳድ ንስብሐለብ - ንመናቕሙ - ንተስፋልዑል ወለደ ፡ ካብዚኦም ተስፋልዑል ንቡላ ወለደ ፡ ቡላ ከአ ንትራጅ ወለደ ፡ ትራጅ ከአ ንጀሃድ ወለደ ፡ ጀሃድ ከአ ንቡላ ወለደ ፡ ቡላ ከአ ንጀሂድ ወለደ ፡ ጀሃድ ንዒተልን ንትራ ጅን ወለደ ፡ ካብዚኦም ዒተል ዝወለዶም ንትራጅ — ንፌደል — ንአብርሃም — ንጃምዕ ንእያሱ ወለደ ፡ ከምዚሎም ዓዲ ቡላ ይብሃሉ ።

<u>ደቂ መሐሪ ወዲ ለዋይ</u> ፡ ክንድቲ ዝአክል ብዝሒ የብሎምን ዝርካቦም ግና ምስ ዓዲ ቡላ ተሐዊሾም ፡ ብዓዲ ቡላ ሽም ይጽውዑ አለዉ ። ከምኡ ከአ ደቂ አቢብ ወዲ ለዋይ ዝፈረዮም ፡ ዝርካቦም ምስ ዓድ ገብረየስ ይጽውዑ አለዉ ። እዚ መሐሪ ወዲ ለዋይ ዝፈረዮም ንሐምድ = ንተኽለየስ — ንሐንስ — ንገንደር ንመሐመድ — ወለደ፡ አቢብ ዝወለዶም ወዲ ለዋይ ሐዊ መሐሪ እዩ ፡ ንሹም ሐድገ — ንአቢብ — ንስዕረ

ዓውራይ — ንሐይልሚኪኤል — ንመሐመድ ወለደ፡ እዚኦም ዝፈረይዎም ምስ ዓድ
በ ረየስ አለዉ ።

ደቂ አሕፈሮም ወዲ ሰረቐ ሽንገብ፡ አሕፈሮም፡ ንካምልን ንአስመዔን ወለደ፡ ካብዚ
ም አስመዒ ንያዕቆብ — ንባይራይ — ንሐየሎም — ንትምኪኤል — ንየረን — ንአቢብ
ዚኦም ወለደ፡ ካብዚኦም አቢብ ንይስሐቕ — ንትማርያም — ንትምኪኤል — ንዘርኣት
ወለደ፡ ካብዚኦም ትምኪኤል ንገብረንኪኤል — ንሃብተገርጊስ — ንዑቕባንኪኤል
ወለደ፡ ዑቕባንኪኤል ከአ ንገብረንኪኤል ወለደ ። ካብዚኦም ድማ ገብረንኪኤል ወዲ
ዑቕባንኪኤል ንሃብተስላሰን ንሐምደን ወለደ ።

ባይራይ ከአ ንኤርምያስን — ንመሐመድ — ንትምኪኤል - ንእድሪስ - ንኖር ወለደ፡
ርኣት ወዲ ሻሐቕ ከአ ንማንታይ ወለደ፡ ሐየሎም ወዲ ያዕቆብ ከአ ንስመረአብ
ተኽለአብ — ንገብረየስ — ንናይር — ንአተሽም — ንኅይበቱ — ንአብርሄ — ንገብረ
መስቀል — ንገብረማርያም ንዝወልዲ — ንከፎብ ከምዚሎም ደቂ ሐየሎም ወዲ ያዕ
ቆብ ይብሃሉ፡ እንተኾነ አብቲ ላዕሊ መጸውዒኦም ደቂ ሰረቐሽንገብ እዮም ዝብሃሉ ።

ደቂ ካምል፡ ካምል ዝወለዶም ክንሰሚ ንአፍታይ ንማልክ ወለደ ፡ ካብዚኦም
ማልክ ንድብሎይ ወለደ፡ ድብሎይ ዝፈረዮም ክንድቲ ዝአክል የብሎምን፡ አፍታይ
ንክንቲባ ዑቕባንኪኤል — ንሃብተስላሰ — ንደሲት — ንሕኒት — ንተስፋላሰ — ንትምኪኤል
ከምዚሎም ደቂ አፍታይ ይብሃሉ ። ክንትብነት ከአ ካብ ቤት አብርሄ፡ ካብዚ ዑቕባ
ሚካኤል እዚ እያ እተጀመረት እንተኾነ፡ ሃብተስላሰ ክነሱ ቦኽሪ ቤት ብንእሽትኡ
ስለ ዝሞተ፡ ወዱ ትምኪኤል ንእሽተይ ስለ ዝኾነ ናብ ሐወቡኡ ናብ ደሴት ክንቲባ
ነት ናብኡ ሐለፈት ።

ዘርኣ ደሴት፡ ደሴት ንተኽለየስ — ንነበራይ — ንሃመጃይ ወለደ ፡ ተኽለየስ ከአ
ሐድጊ ስለ ዘይብሉ አሕዋቱ ወረስዎ ። ነበራይ ከአ ንፊደል — ንሀብተየስ — ንናይር
— ንኖር — ንድሩይ —ንመሐመድ ወለደ፡ ካብዚኦም ድሩይ ንመሐመድ — ንሃመጃይ
— ንእድሪስ ወለደ፡ እድሪስ ከአ ንእሽሐቕ ወለደ፡ ካብዚኦም ከአ እሽሐቕ ንገብረየስ
ወለደ ገብረሰየስ ከአ ንመሐመድ ኬር ወለደ፡ መሐመድ ኬር ከአ ንመስመር — ንገን
ደር— ንመንደር— ንእስጢፋኖስ — ንገብረየስ ወለደ፡ ከምዚሎም ዓድ ኢድሪስ ይብሃሉ ።

ደቂ ሕኒት፡ ሕኒት ንጫድቕ ወለደ፡ ጫድቕ ከአ ንአሕፈሮም — ንሕኒት ወለደ፡ ካብ
ኦም ሕኒት ንተስፋጮን — ንጉጉይ — ንአሕፈሮም — ንፍካክ ወለደ፡ ሀዳድ ከአ ንተስፋ
ጮን ወለደ፡ ተስፋጮን ግን ሐድጊ የብሉን፡ ጉጉይ ወዲ አሕፈሮም — ንተኽለየስ
ንናሽሕ — ንብእምነት — ንመሐመድ — ንእክት ወለደ፡ ካብዚኦም ናሽሕ ንአሕመድ
ንእድሪስ — ንብእምነት ወለደ፡ ሕኒት ወድ ጫድቕ ንሰረቐ ንገብርረብ ወለደ፡ እዚኦም
ግና ሐድጊ የብሎምን፡ ተስፋስላሰ ወዲ ዑቕባንኪኤል ንገረማርያም — ንመስመር —
ንስመራ — ንሰናድር — ንመንደር — ንዓብዱ — ንዓልገደናይ ወለደ፡ ካብዚኦም መንደር
ወድመስመር ቀዳማይ ንመስመር ወለደ፡ መስመር ከአ ንእድሪስ - ንጋብሽ — ንመፍ
ለስ — ንሳልሕ — ንበኺት — ንግዓር ወለደ፡ ካብዚኦም ጋበሽ ወድ መስመር ንክልአይ



መስመር — ንመሐመድ — ንፊሊጵስ ወለደ ፡ ገንደር ወድ መስመር ድማ ንቐዳማይ
ሃብትየስ — ንበኺት — ንሽልሽል — ወለደ፡ ስመራ ወድ ገረማርያም ንገረማርያም —
ሳምራን ወለደ፡ ካብዚኦም ገረማርያም ንዓበ — ንሳምራ ወለደ፡ ሳምራ ወዲ ገረማርያም
ንጅቡል — ንሕነሽም ወለደ፡ ካብዚኦም ሕነሽም ንጅቡል ወለደ፡ ጅቡል ከአ ንመሐ
መድ ወለደ ።

ደቂ ትምኪኤል፡ ትምኪኤል ወዲ ሃብትስላሰ ንገብረየስ — ንተስፋንኪኤል — ንአ
ፍታይ ንካምል — ንሐርሾይ — ንገብረየስ — ንየጊን ወለደ፡ ካብዚኦም ካምል ቀዳ
ማይን ገብረየስን ሐድጊ ዘይብሎም ስለ ዝጠፍኡ አሕዋቶም ወሪሶምዎም አለዉ ። ሐር
ሾይ ወድ ተስፋንኪኤል ንተስፋንኪኤል — ንደስላስ — ንገብረየስ — ንሃብትስላሰ —
ንመሐመድ — ንሐምድ ኑር ወለደ፡ የጊን ወድ ተስፋንኪኤል ንደሲት — ንአብስላብ —
ንሀያቡ — ንአሚር — ንቴድሮስ ወለደ፡ ሀያቡ ከአ ንጀሚል — ንእብራሂም ንደሲት
— ንየጌን ወለደ፡ ቴድሮስ ግና ንግሬነት ወለደ፡ አብ ስላብ ወዲ የጊን ከአ ንካምል —
ንትምኪኤል — ንሽሐቕ — ንእዛዝ — ንሀዳድ — ንገብረየስ — ንአብ ስላብ — ንእድሪስ
— ንካምል ወለደ፡ ሀያቡ ወዲ የጊን ከአ ንዑመር — ንየጊን — ንማሕሙድ — ንጃ
ውጅ — ንእክድ — ንእድሪስ — ንዓሊ ወለደ ።

ካብዚኦም አፍታይ ወድ ተስፋንኪኤል ንትማርያም — ንተስፋንኪኤል ወለደ፡ ካብዚ
ኦም ትማርያም ብንእሽትኡ ከሎ ሞተ ። ተስፋንኪኤል ግና ንአፍታይ — ንብእምነት
ወለደ፡ ብእምነት ከአ አብ ዘመተ ብዘበን ደግያት ውቤ አብ ኩናት ሞተ፡ አፍታይ
ከአ ንልጃም — ንእያሱ — ንተስፋንኪኤል — ንብእምነት ወለደ፡ ካብዚኦም ከአ ልጃም
ንእድሪስ — ንሐምድ — ንጀሚዕ — ንሐጂ — ንማሕሙድ ወለደ፡ ደቂ ብእምነት ከአ
አፍታይ — እያሱ — አስፈዳይ — ሐስማ ይብሃሉ፡ ካብዚኦም ክሳዕ ለይቲ ሎሚ ሽመት
ምስኦም አላ፡ እዚኦቶም ከአ ዓድ አሕፈሮም ተባሂሎም ይጽውዑ አለዉ ።

ዛንታ ቤት ሽሕቀን፡ አብረሄን ሽሕቀንን ደቂ ዑቕባዝጊ እዮም፡ ብሐንሳብ ይኾ
መጡ ነበሩ፡ ዑቕባዝጊ ዝወለዶም ንገረማርያም — ንዓገባ — ንሽምትንስኤ — ንብሃይ
ማኖት — ንሹምገድ — ንከሊብ — ንገረማርያም — ንክንቲባ ዘርኣት — ንሐየት —
ንሀሞም — ንክንቲባይ ከሊብ — ንክንቲባይ ዕሪት — ንክንቲባይ አትከነ — ንፈዛዕ —
ንመንደር — ንመስመር — ንገንደር — ንገብረየስ — ንዳር — ንገረክርስቶስ — ንእዙግ
— ንተኽለየስ — ንእድሪስ ከምዚሎም ሐደ ገዛ እዮም ።

ከሊብ ንመስመር ወለደ መስመር ከአ ዝፈረዮም ከምዚ ዝስዕብ እዩ፡ ሳምራ ሕሻል
— ትጃር — ቴድሮስ — ክንቲባ ዳር — ዕሪት — ዓሳማ — እዛዝ — ልባብ — ሀዳድ —
እያሱ — ጀንጀር — ክንቲባይ እድሪስ — ክንቲባይ ባይራይ — ሻውሽ ፍካክ — ሽከ
— ትማርያም — ገብረየስ — መፍለስ — ፊደል — ዳይር — ሃብተየስ — ሕመድ — ዕጀል
— ሐስማ — ሕሻል — ክንቲባይ መሐመድ — ራካ — ቡላ — ብእምነት — ኤቢብ — ግ
ጣን — ዕፈል — መዲል — ዝርኣት — አፍታይ — አስፈዳይ — ወርዒ — ሰብ አስ
ዶም — ጅሃድ — ሽከር ከምዚሎም ሐደ ገዛ እዮም ።

ፈዘዕ ወድ ዘርኢት ፡ ንከንቲባይ ዘርኢት — ንካልአይ ደሲት ወለደ ፡ ከንቲባይ ዘርኢት ደሲት ሐወ ፡ ስለ ውሉድ ዘይነበሮ ወረሶ ፡ ደሲት ዝወለዶም አቢብ — ዕቕባረቢ — ኖረዲን — እድሪስ ወለደ ፡ ዓገባ ወድ ገረማርያም ፡ ገረማርያም ወድ ዑቕባዝጊ እዩ ፡ ህብቱ ንሐሽላ ወለደ ፡ ህብቱይ ወዲ ዓገባ እዩ ፡ ዓገባ ወድ ዑቕባዝጊ ዝፈረዮም ፡ ዑቕባሐንስ — ትምኪኤል — ከንቲባይ ተስፋንኪኤል — ከንቲባ ትማርያም ጅግና ስለ ዝነበረ ፡ በዚ ምኽንያት እዚ በላዕ አዳም ተባሂሉ ይጽዋዕ ነበረ ። ወርዒ ሰብ ንዕጂል — ንገረንኪኤል — ንተስፉ ወለደ ፡ ካብዚኦም ተስፉ ንዕጂል ወለደ ።

ዓገባ ወዲ ወርዒ ሰብ ከአ ዑቕባሐንስ — ዑቕባየስ — ንከንቲባይ ተኽልንኪኤል — ንአውዓሎም — ንአሚር — ንየጊን ወለደ ፡ ካብዚኦም አውዓሎም ወድ የጊን ንመዲን ወለደ ፡ መዲን ከአ ንዓንዱ ወለደ ዓንዱ ከአ ንገብራይ — ንአውዓሎም ወለደ ። ተኽለጨን ወርዒ ሰብ ወዲ ዑቕባሐንስ ንከንቲባ ዑቕባንኪኤል ወለደ ፡ ከንቲባ ዑቕባንኪኤል ከአ ንተኽለሐንስ ወለደ ፡ ከንቲባ ተኽለሐንስ ከአ ንከንቲባ ዓንደየስ ወለደ ፡ ከንቲባ ዓንደየስ ከአ ንከንቲባ ሃብተየስ ወለደ ፡ ሃብተየስ ከአ ንቴድሮስ ወለደ ፡ ቴድሮስ ከአ ንህብተየስ ንፍከክ ንስመራ ወለደ ፡ ሹም ትንሳኤ ከአ ወዲ ዑቕባዝጊ ወለደ ።

## ምዕራፍ ፶፩ ።

### ደቂ ተስፎይ ።

ተስፍይ ፈለማ ካብ ዓዛውል እዩ ናብ መንስዓ ዝመጸ ንሱ ድማ ብዘበኑ ሐደ ዓቢ ሰብ እዩ ዝነበረ ፡ ብዙሕ ሃብታምን ለጋስን ተቐባል ጋሻን እዩ ዝነበረ ፡ ከምኡ ከአ አስራት ብኹራት ከየቋረጸ ጽቡቕ ግብሪ የዘውትር ነበረ ፡ እዚ ከአ ካብ ዓዛውል ዝኸደ ካብ ዓሌት ሌዊ እዩ ፡ ከምኡ ከአ በብእዋኖም ዝመጹ ካብ ካልእ ዓሌት አብ ምድሪ መንሳዕ ሐሐሊፎም ብዙሓት አለው፡ ሕጂ አብ ዘለው አልዮም ምስ ክልተ መንሳዕ እዮ ቀጾሮም ።

ተስፎይ ዝወለዶም ፡ ንዕዋጨን — ንገብረስላሴን ወለደ ፡ ካብዚኦም ገብረስላሴ ንዕቕበኽርስቶስን — ንዮሐንስን — ንገብረክርስቶስን — ንተስፎይን — ንፈታይን — ንሕመድን — ንሃብተስላሴን ወለደ ፡ ዑቕባስላሴ ንዑቕባክርስቶስ ወለደ ፡ ዑቕባክርስቶስ ከአ ንዕዋጨን — ንየሐንስ ወለደ ፡ የሐንስ ከአ ንብእምነት ወለደ ፡ ብእምነት ንዓይበ ወለደ ፡ ዓይበ ንተስፎይ ወለደ ፡ ተስፎይ ንሕድርማርያም ወለደ ፡ ሕድርማርያም ንመሐመድ — ንብእምነት — ንዓይቡ — ንዑቕባጨን ወለደ ፡ ካብዚኦም ተስፎይ ወዲ ሐንስ ንየሐንስ — ንዛይድ — ንጥሜቴዎስ ወለደ ፡ ጥሜቴዎስ ከአ ንዮናታን ወለደ ፡ ከምዚሎም ብሐደ ሽም ዓዛውል ይብሃሉ ።

## ምዕራፍ ፶፪ ።

### ዛንታ የሐንስ ሐካይ ።

የሐንስ ሐካይ ዝብሃል በዓል ዓዲ መንጐንቲ ሰራየ አብ መንሳዕ ሐያለ እዋን ይቕመጥ ነበረ ፡ አብ አግዓዞ ዝብሃል አብ ምድሪ መንሳዕ ዝርከብ አብኡ ቤተ ክርስትያን እንዳ ማርያም ተኸለ ፡ ንሱ ድማ የሐንስ ሐካይ አብታ ባዕሉ ዝሰርሐ ቤተ ክርስቲያን አብኡ ከይኑ አብ ዓመት በታ ንግደታ ንኩሉ ቤት መንሳዕ ሰብአይ ሰበይቲ ከም ዘለዉ ሕዝቢ መንሳዕ ይቕበል ነበረ ፡ ድሕሪ ብዙሕ ዓመታት ግና ከምቲ ዘልመዶም ከይቀበሎም አበየ ፡ እተን አንስቲ መንሳዕ ብሐደ ሽም ተአኪበን ንሰብኡተን ነገራ ንሳቶም ከአ ተአኪቦም ልቓቓልና በልዎ ፡ ንሱ ከአ ሐደ ሚእቲ መጽዓኛ ሃቡኒ እሞ ክለቀልኩም በሎም ፡ ከምኡ ከአ ነተን መጽዓኛ ዘብጽሑ ሰብ ሃቡኒ በሎም ፡ ንሳቶም ከአ ከምቲ ቃሉ ፈጸምሉ ብድሕርዚ ነቲ ዝሃቡዎን ናቱን ወሲኹ ንዓዲ አተወ ። እቶም ምስኡ ዝነበሩ ጌላው ግና አይንኸይድን ኢሎም አብ መንሳዕ ተረፉ ፡ እቶም ዝተረፉ ዝፈረይዎም ክሳብ ሕጂ አብ ምድሪ መንሳዕ አለው ፡ በዚ ምኽንያት እዚ የሐንስ ሐካይ አስላማይ አይመማኽርቲ እኽሊ አይከብትን ኢሉ መሲሉ ይብሃል ።

### ደቂ መሐሪ ።

መሐሪ ንዑቕባዝጊ ንአበዛዝጊ ንንዋይዝጊ ወለደ ፡ ካብዚኦም ንዋይዝጊ ሐድጊ የብሉን ስለዚ አሕዋቱ ወሪሶሞ አለው፡ አበዛዝጊ ንቤትሹም አበዛ ዝፈረየ እዩ ፡ አበዛዝጊ ንሃብተስላሴ ወለደ ፡ ሃብተስላሴ ከአ ንሹም አበዛ ወለደ ፡ ሽም አበዛ ከአ ንዶርሙሽ ወለደ ፡ ዶርሙሽ ከአ ንመቓዝጊ ወለደ ፡ መቓዝጊ ከአ ንእቶ የረን — ንረድአን — ንሹም አበዛን — ንገናድን — ንሐይለየስ — ንዘማትን — ንሸንጉልን ወለደ ፡ ካብዚኦም ሸንጉል ንዘርኢት — ንሃብተስላሴ — ንዳብር — ንሕመድ — ንሸንጉል ወለደ ፡ ሸንጉል ንዑቕባየስ ወለደ ፡ ባይራይ ንእቶ ወለደ ፡ እቶ ከአ ንማርያይ — ንነበራይ — ንጃሚል — ንዘማት — ንገቢል — ንስልጣን ወለደ ፡ ስልጣን ንዘማት — ንዓብደል ሸኽ — ንኢሰፈዳይ ወለደ ፡ ከምዚሎም ደቂ ሹም አበዛ ይብሃሉ ።

## ምዕራፍ ፶፫ ።

### ዛንታ መንሳዕ ።

እዛ ሕጂ መንሳዕ ተባሂላ ትጽዋዕ ዘላ መሬት ቀድሚዘም ሕጂ ዘለዉ ሕዝቢ ዓርዓ ዝብሃሉ ዓሌት ነበርዎ ። ንሳቶም ከአ ብዘበኖም አዝዮም ሐያለትን ስልጡናትን ሃብታ ማትን ነበሩ ።

አብ ከባስ ሐገብን አብ ኩሉ ምድሪ ብዙሐት እዮም ዝነበሩ ፡ ዘበኖም ምስ በጽሐ ግና በረኾም እዞም ሕጂ ዘለዉ ሕዝቢ መንሳዕ እቲ ምድሮም ሒዞም አለው ፡ ብዘበኖም ዝነበረ ዒላታት ክሳብ ሎሚ አብ ከሪር ጥቓ ሐባብ ዒላ ሩም ይብሃል አሎ ። መንሳዕ ከአ ካብ ጥንቲ አቦታቶም ክርስትያን እዮም ዝነበሩ ፡ ታቦቶም ከአ ንመብዛሕትኡ ማርያም እዮም ዘኽብሩ ዝነበሩ ፡ ንበረኻ ባሕሪ ታቦቶም ሒዞም አብ ላባ ባሕሪ ትቕመጥ ነበረት ። ንዓዶም ክምለሱ ከለው ከአ ናብ ሃይገት ሒዘማ ይምለሱ ነበሩ ፡ እታ ቤት ክርስትያን ክሳዕ ሕጂ እንዳ ማርያም ትብሃል አላ ። ከምኡ ከአ አብ ሃይገት ዑናታት አብ ከባቢ ናይ መንሳዕ አብ አጋዕሮን አብ ገለብን አብ ብዙሕ ስፍራን ይርከብ ።

## ወለዶ ደጊያት ክፍለ ዋህድ ።

እዞም ደጊያት ክፍለዋህድ ካብቲ ጥንቲ መሠረት ዓሌቶም ካብ ነገደ ዮሴፍ ወዲ ያዕቆብ. ክወርድ ክዋረድ እዮም ፡ ንሳቶም ከአ ዝመጽዎ ከም ኲሎም የሕዋቶም ብዙሐት ኲይኖም ብአዋን ቀዳማይ ምንሊክ እዮም ፡ ካብ ምድሪ እስራኤል ናብዚ ምድሪ ኢትዮጵያ ዝአተዉ እሞ ፡ አብ ምድሪ ላስታ ኲይኖም ስጋብ ዋግሹም ተወልደመድህን ብዙሕ ትውልዲ ጌሮም እዮም ዝቐርሕዎም ።

ካብዚአቶም ዋግ ሹም ተወልደመድህን ዝብሃል ሐደ ዓብይ ፍሉጥ ሰብ ነበረ ንሱ ድማ ፡ ንዋግ ሹም ገብረመድህን ወለደ ፡ ዋግ ሹም ገብረመድህን ንዋግ ሹም ምንሊክ ወለደ ፡ ዋግ ሹም ምንሊክ ድማ ንዋግ ሹም ትንከቲዕ ወለደ ፡ ዋግ ሹም ትንከቲዕ ድማ ንዋግ ሹም አሴር ወለደ ፡ ዋግ ሹም አሴር ድማ ንዋግ ሹም ሐንጣል ወለደ ፡ ዋግ ሹም ሐንጣል ድማ ንዋግ ሹም አራንዮስ ወለደ ፡ ዋግ ሹም አራንዮስ ንዋግ ሹም ደሞ ወለደ ፡ ዋግ ሹም ደሞ ንዋግ ሹም ሕነሽም ወለደ ፡ ዋግ ሹም ሕነሽም ንዋግ ሹም ዝዋበ ወለደ ።

ዋግ ሹም ዝዋበ ድማ ካብ ዓዱ ካብ ሰቆጣ መጺኡ ናብ ዓጋመ አተወ ፡ አብኡ ድማ ሐያለ እዋን አንፈጥፌጡ ይገዝእ ነበረሞ ንማርያም ጉንደጉንዶ ትብሃል ገዳም አብ ዓጋመ ዘላ ንሀፀይ ዳዊት ነጊሩ ፡ ብዘበኑ እያ እተጋደመት መሊሹ ድማ ኋሎም ንሀፀይ ዳዊት ሐብቲ ሀፀይ ዘርአያዕቆብ ዝወለደታ ልዕልቲ ቅዱሳን የእትዩ ንአዘዘ ወለደ ፡ አዘዘ ድማ ንኋል ከንቲባ ናስር በዓል እምባ ሠርሐ መስሐል ወዶአከለ ወይዘሮ አበርኽከ እተባህለት ኋል ወይዘሮ ምንጥል ኋል ራእሲ ዓንደሃይማኖት ፀዓዚጋ ዝወለደታ የእትዩ ን፬ተ ወለደ ፡ ፩ ንደብረጽዮንን — ፪ ንሀብተልዑልን — ፫ ንግርማልዑልን — ፬ ንይስሐቅን ፡ ካብዚአም ዘርኢ ይስሐቅ አብ እገላ አለዉ ።

ግርማልዑል ድማ ንሹም ዓጋመ ዘወልደ ማርያምን ንሀብተልዑልን ንሹም ዓጋመ ተስፋሐንስን ፡ ነዚአም ፫ተ ወለደ ። ደብረጽዮን ድማ ን፫ተ ወለደ ፡ ፩ ንደግያት ክፍለ ዋህድን — ፪ ንሹም ዓጋመ እምሐን — ፫ ንወይዘሮ ትካልን ወለደ ። ደጊያት ክፍለ ዋህድ ድማ ን፫ተ ወለደ ፡ ሽሞም ድማ ከምዚ ዝስዕብ እዩ ፡ ፩ ንዘወልደማርያምን — ፪ ንቦኪሞስን — ፫ ንአርቃንዮስን ።

ዘርኢ ፫ቲኦም አሕዋት ዝፈረይዎም አብ ዓድዋ ዓዲ ሹም ያዕቆብ እናተባህሉ ይጽውዑ አለዉ ፡ ክምኡ ድማ አሕዋቶም አብ ማይ አብዓ ጋንታ አፈሹም እንዳ በሕረነጋሢ እሸት ተባሂሎም ይጽውዑ አለዉ ። ቦኪ ሞስ ድማ ንያዕቆብ ወለደ ፡ ያዕቆብ ንለተብርሃን ናብ ደጊያት ሀዝቅያስ ሠረወታይ አብ ናዕዴር አትያ አብ ሎግምቲ ንራእሲ ምኪኤል ሥሑል ወለደት ፡ ወይዘሮ ትካል ሐብቲ ደጊያት ክፍለ ዋህድ ናብ አፈሹም እስጢፋኖስ አትያ አብ ጉልዓ ንበዓል አቶ ጊላዝግን ንአቶ ልብሱን ወለደት ፡



ዘርኢ የማኖ ዴሬ ወርሐት ብዙሐት ፈርዮም አለዉ ፡ ዘርኢ ልብሱ ድማ አብ ዓዲ አቤቶ ዘወልደማርያም አብ ዝባን ሰርኹሶ ዘሎ ነዚኦም ፈረዩ ።

ክብዚኦም ዓዲ ደጊያት ክፍለ ዋህድ ዝወጽኡ ድማ እኒ ዓዲ ዛውል እኒ ወኪ እኒ ዓዲ ሽኻ አብ ሠራዩ ድማ እኒ ዓዲቀ ገነት እኒ ዓዲ ኲቡሎ ገለ አብ አድግና ገለ ናብ ታኺታ ገለ አብ ዓዲ ክምዝናብ ገለ ናብ ሽማንጉሥ ታሕታይ አለዉ ።

ዘርኢ ሃብተልዑል ፡ እቲ አብ ላዕሊ ሽሙ ተጠቒሱ ዘሎ ፡ ንሹም ዓጋመ ተክለየሐንስ ወለደ ፡ ሹም ዓጋመ ተክለየሐንስ ንትግሬ መኰንን ለባሲ ወለደ ፡ ትግሬ መኰንን ለባሲ ድማ ንሰለስተ ወለደ ፡ ንጋፍርን ንርቱዕ አምላኽን ንነጊድን ። ካብዚኦም ርቱዕ አምላኽ ንዓርከ ንብዕሎ ንሚና ንባብለ ንገደለው ወለደ ። ዘርኢ ዓርከ ዝፈረዮም አብ ጉልዓ ዓዲ ዋዓይን ዓዲ ግራት አለው ። ዘርኢ ብዕሎ አብ ማይ መርሐ አለዉ ። ዘርኢ ገብለ ዝበዝሑ አብ ፈረስ ማይ አለዉ ፡ ክብኦም ዝወጹ ድማ እብ ክሳድ ዳዕሮን አብ ቆሐይንን አብ ታኺታን አብ ጥቓ ሊባንን አብ ኳንደበን አብ ደብረሲናን አለዉ ።

ሚና ዝፈረዮም አብ ምድሪ አከለጉዛይ አብ ሸነኽ ዓዲ ቐይሕ አለዉ ። ገደለው ዝፈረዮም ንደብረጽዮን — ንሹም ዓጋመ ገብረ ድንግል — ንክርስቶሳዊ — ንወለተሥላሴ — ንለተድንግል — ንውዳሴ ንሰበኔ ጊዮርጊስ — ንስጢፋኖስ ። ደብረጽዮን ዝፈረ ዮም አብ እምቤቶ ባኲላ ስርኲሶ ፡ ዘርኡ አብኡ አለዉ ፡ ክምኡ ድማ አብ ጸሊም ሐመድ፡

ሹም ዓጋመ ገብረድንግል አብ ጽንዓ ድጋላ አብ ጋንታ አፈሹምን አብ ገርሐ አለዉ ። ክርስቶሳዊ ዝፈረዮም ፡ ዘርኡ አብ ወዓጋን አብ ዋራትን አለዉ ። ለተድንግል ዝፈረየቶም ፡ አብ ዳራ አብ ክልተ አውላዕሎ አለዉ ። ውዳሴ ዝፈረየቶም ፡ አብ ጉሎ መኸዳ አለዉ ። ሰበነ ጊዮርጊስ ንዓዲ ትግሬ መኰንን ብሩ ዝፈረየት እያ ። ወለተሥላሴ ናብ ሹም ዓጋሜ ኲመሊት አትያ ፡ ንዓዲ ሹም ዓጋመ ወልዱን ንዓዲ ሹም ናግሥ ዝፈ ረየት እያ ። ክምዚሎም ካብ ዘርኢ ደጊያት ክፍለዋህድ እዮም ።

### ወለዶ ዛውለታይ ዘርኢ ክልተ ዛውል ።

ካብ ዓጋመ ዓዲግራት ቡከት እዩ ዝወጸ ። ደቂ ደጊያት ክፍለዋህድ አርቀንዮ ባኪሞስ ዘወልደማርያም ይብሃሉ ፡ ካብ ነገደ ዮሴፍ ወዲ ያዕቆብ ዘወልደማርያም ወ ደጊያት ክፍለዋህድ ንሐማሴን ክልተ ደቁ ሒዙ ገዓዘ ፡ ደቂ ዘወልደማርያም ዓንደሃ ያት ወልደሃርያት ይብሃሉ ፡ ወልደሃርያት ንዛውል ክልክልቲ ለሚዓ እንተረአያ ክና ብዕራይ ጽዒኑ ናብ ዛውል በቁሸ በቋቑሸ ደአ እንበር ኢሊ አብአ ተረፈ ።

በዚ ምኽንያትዚ ዛውል በቕሽት ተባሂሉ ይፅዋዕ ፡ ዓንደሃርያት ግና ንወሰን ሰሊ ሰላሊበ ደአ እንብር ኢሉ ካብ ወኪ ክሳዕ ገድገድ ፡ ክሳዕ ጋድም ምህረ ሐዘ ፡ በዚ ምክ ንያትዚ ዛውል ሰሊበ ይብሃል ። ዓንደሃርያት ንዘራጽየን ወለደ ፡ ዘርአጽየን ድማ ፫ ወለደ ፡ ካብ ክስታነይቲ ፫ተ ንጻዕዳን ንዓኽሮን ንሐውያን (በርደግ) ወለደ ፡ ካብ ቢለ ይቲ ድማ ፉናን ዛናን ወለደ ፡ አብ ቢለን ዝነብሩ ዛውል አስላሞም ክስታኖም አ መንሳዕን አብ ቢለንን ዝነብሩ ፡ ብሐባር ዛውል ይብሃሉ ።

## ናይቤት ሰለባ ጋንታ ።

ኣኸሮ ወዲ ዘራጽየን ንዓምባሮን ንሐዞትን ወለደ፡ ሐዞት ንሐደራንኪኤል ወለደ፡ ሐደራንኪኤል ንተስፋገርጊሽን ንዳግማዊ ሐዞትን ወለደ፡ ተስፋገርጊሽ ንሰለባ ወለደ፡ ሰለባ ንተስፋንኪኤልን ንክንቲብ ገብርኤልን ንቅዱሳንን ወለደ፡ ካብ ዛውል ድማ ኣብ ዓዲ ሸኻ ኣለዉ ።

## ዛ ን ታ  ደ ጊ ያ ት  ክ ፍ ለ ዋ ህ ድ ።

እዞም ደጊያት ክፍለዋህድ ኣብዝሕኡ ኣብ ድባርዋ ይቕመጡ ነበሩ፡ ኣሕዋቶም ባሕረ ነጋሲ እመሐሥላሴን ባሕረ ነጋሲ ኣብርሃምን ክልቲኦም ኣሕዋት ኣብ ዙላ እዩ ዝነበረ ምቕማጦም፡ ንሳቶም ድማ ሰለስቲኦም ኣሕዋት ኣብ ምድሪ መትሕት ምስ ጸላኢ ኲናት ገጢሞም፡ ደጋያት ክፍለዋህድን ባሕረ ነጋሲ እምሐሥላሴን ኣብኡ ሞቱ ።

ባሕረ ነጋሲ ኣብርሃም ከምብሒድሽ ሠራዊት ኣኽቲቱ ነቶም ጸላእቶም ኣርኪቡ ሕነ ኣሕዋቱ ብዙሕ ቀተለሎም ።

### ም ዕ ራ ፍ  ፲፫ ።

### ዘ ር ኣ  ወ ቐ ር ት ን  ክ ል ክ ል ት ን ።

ሰብ ወቐርቲ ድማ ካብ ዘርኣ ኣሕዋት ዓዲ ደጊያት ክፍለዋህድ እዮም፡ ካብ ሐሐይሌ ዝመጽኡ፡ እቲ ቀንዲ ፈራይኦም ኣስገዶም ይብሃል ነበረ፡ ንሱ ድማ ፈለማ ካብ እምባ ሰነይቲ እዩ ዝመጸ፡ መጺኡ ድማ ኣብ ዓዛርና ይቕመጥ ነበረ፡ ንሱ ን፫ተ ወለደ፡ ሽሞም ከምዚ ዝስዕብ እዩ፡ ንጐባይን ንመሐሪን ንሸለለን ወለደ ። ካብዚኦም ድማ እቲ ሳልሳዮም ሸለለ ዝብሃል ዝፈረዮም ኣብ ኣሥመራ ገዛ ሸለለ ዝብሃሉ ኣለዉ ።

ጐባይ ድማ ዝፈረዮም ኣብ ዓደቀ ኣለዉ ። መሐሪ ዝብሃል ሐዎም ድማ ኣብ ወቐርቲ ኣተወ፤ ንሱ ዝፈረዮም ድማ ኣብኡ ኣለዉ ። ኣሕዋቶም ንዓዲ ደጊያት ክፍለዋህድ ደድሕሪኦም ካብ ሐሐይለ ሲዒቦም ናብ ክልክልቲ ኣተዉ፤ ገሊኦም ድማ ናብ ሕምብርቲ ኣተዉ፡ ከምኡውን ኣሕዋቶም ከምቲ ቀድም ዝጠቐስናዮ ሐሐሊፎም ኣብ ብዙሕ ስፍራ ኣለውዎም ። ወቐርቲ ፈለማ ኣቦታቶም ካብ ውቕሮ እዮም፡ ናብ ሐሐይለ ዝመጹ እዞም ኣብ ውቕሮ ዘለዉ ምስ ጐደባብቶም ሐው ደጊያት ክፍለዋህድ ዝፈረዮም እዮም ።

### ም ዕ ራ ፍ  ፲፬ ።

### ዘ ር ኣ  በ ለ ው ።

ጥንቲ ቅድሚ ምላድ ክርስቶስ ብሽሕን ፷፪ ዓ-ም ኢትዮጲስ ዝበሃል ንጉሥ ፲፪ ዓመት ገዝኤ ። ኣዲኡ ንኢትዮጲስ ድማ ካብ ነገደ ኲሽ ጓል ንጉሥ ቱቱ፡ ኣግሊ ትብሃል እያ ዝነበረት ኢትዮጲስ ክኣ ን፳ተ ወለደ ሽሞም ድማ ከምዚ ዝስዕብ እዩ ንላክንዱን — ንሳባን – ንበለውን — ንክለውን — ንኖባን ከምዚሎም ሐሙሽቲኦም ደቂ ኢትዮጲስ ይበሃሉ ።

ኣቦታት ኢትዮጲስ ከምዚ ዝስዕብ ንሰሚ ኣሎና ኢትዮጲስ ወዲ ቡልቅያ፡ ቡልቅያ ወዲ ቀዳማይ ኣክናሁሰ ወይን ቀዳማይ ሳባ ቃይማይ ሳባ ድማ ወዲ ዮቅጣን ዮቅጣን ወዲ ኤቤር ኤቤር ወዲ ሳላ ሳላ ወዲ ቀርናን ቃይናን ወዲ ኣርፋክሳድ ኣርፋክሳድ ወዲ ሴም ሴም ወዲ ኖህ ከምዚሎም እዮም ኣቦታት ኢትዮጲስ በብኡ ካብ ነገደ ሴም፡

በዲኡ ድማ ኣግሊ ጓል ንጉሥ ቱቱ ካብ ነገደ ኲሽ ካብቶም ኣውራ ብዘበኖም ሰለሥልጣን ዝነበሩ ካብኣቶም እዩ ሕጂ ግና ብዛዕባ ደቂ በለው ኣመቓቕልኦምን ዝሐዝዎ ምድርን ከምዚ ዝስዕብ ንገልጽ ኣሎና ።

ካብዚ ላዕለዋይ በለው ወዳ ኢትዮጲስ ጀሚሩ ስጋዕ ቀዳማይ ሣምራ ሰላሳን ሾሞንተን ወለዶ፡ ጌሮም ይቆርሕዎም ካብ ቀዳማይ ሣምራ ንታሕቲ ዘሎ ወለዶ፡ ከምዚ ዝስዕብ ንገልጽ ኣሎና ቀዳማይ ሣምራ ንሁመድ ወለደ፡ ሁመድ ከዓ ንማሕሙድ ወለደ፡ ማሕሙድ ከዓ ንዳግማዊ ሁመድ ወለደ፡ ዳግማዊ ሁመድ ከዓ ንዓሊ ወለደ፡ ዓሊ ከዓ ንዓምር ቅኑዕ ወለደ፡ዓምር ቅኑዕ ዝበሃል ፈራዪ ኲሎም ዓሌት ናይብ እዩ ።

ሁመድ ቅኑዕ ወይን ኣሕመድ ፃዕዳ ዝበሃል ሐው ቀዳማይ ሣምራ ካብ ካልእ ሰበይቲ ዝውለደ ነበረ ሁመድ ድማ ኣብ ፃውራ ባሕሪ ይቕመጥ ነበረ ንሱ ን፫ተ ወለደ ንሕመድ መላሄን ንሕመድ መኻእን ንሽመዲንን ካብዚኦም ኣሕመድ መኻእ ንበትመኻእ ዝፈረዮ እዩ ።

ዘርኣ ኣሕመድ መላሄ ን፫ተ ወለደ፡ ንሕመድ ሐበሻይ ንሕምድ ምናሴ ንሕመድ ድራር ካብዚኦም ኣሕመድ ምናሴ ዝፈረዮም ኣብ ወኪ ዱባ ኣለዉ፡ ኣሕመድ ድራር ዝፈረዮም ኣብ ቴድረር ኣለዉ ኣመቓቕልኦም ድማ ከምዚ እዩ፡ ንኣኽርዩን ንሐወንታን ንኣሞጐኖን ነዞም ፫ተ ወለደ ስጋዕ ሎሚ ድማ በብኦም ሽም ደቂ ድራር ተባሂሎም ይዕውዑ ኣለው ንሳቶም ከዓ ኣብ ቴድረር ከም ዘሎ ርስቲ ሒጆም ዓዲ ገበሩ ኣዋልዶም ከዝምራ ከለዋ ጓል ሽም ባሕሪ ወይን ጓል በለው ኢለን የዝምራ ።

ዘርኣ ኣሕመድ ሐበሻይ፡ ንእይጣዕሰ ወለደ ኣይጣዕስ ን፬ተ ወለደ፡ ንኣድመቆም ንሐሉ ንእምናይን ጐንፌ፡ ከምዚሎም ፬ተ ደቀ ኣይጣዕስ ይበሃሉ ዓዶም ድማ ኣብ ምዕራብ ተኸላ ጥቓ ዓረዛ እዩ ዝርከብ እኒ ዓራቶ ዝበሃል ዓዲ እኒ ማሀቹቅ እኒ ስምሀሮ እኒ እንዳ ማርያም ዓብይ ዓዲ እኒ ሰቛር እኒ ዓዲ ኳኹት እኒ ዓዲ ገባ፡ ከምዚሎም ሽውዓተ ዓዲ ፬ቲኦም ኣሕዋት ዝፈረይዎም ፯ተ ደቀይ ጣዕስ ይበሃሉ ።

## ዛ ን ታ  ኣ ይ ጣ ዕ ስ ።

እዚ ኣይጣዕስ ኣይጣዕስ እተባህለሉ ምኽንያት ከምዚ ዝስዕብ እዩ፡ ብዘበን ሀፀይ ዘርኣያእቆብ ወዲ ሀፀይ ዳዊት መነኹሴ ቆመሰ ባሕታዊ ኣቡነ ኣብሳዲ ዝበሃሉ ኣብ በረኻ ብብሕትውና ይቕመጡ ነበሩ፡ ሐደ መዓልቲ ኣብቲ ዝብሕትውሉ ዝነበሩ መኻን

ሰበይቲ ኣሕመድ ሐበሻይ ብገለ መንገዲ ክትሐልፍ ተጓነፈቶም ፡ ንሳ ኸኣ ርእይ ምስ በለቶም ናብ ባይታ ፍግም ኢላ ሰገደትሎምን ኣብ እግሮም ተሳለመቶም ፡ ንሶም ድማ ኣይደሐንክን ዶ ? ኢሎም ሐተትዎ ንሳ ከኣ ኣቱም ኣቦይ ኣነ ሐደ ልማኖ ክልምነኩም ሰ. ሕራይ በሉኒ የለቶም ቀጺላ ከኣ ኣብዚ ዓለምሰ. ሐደ ውላድ መዕሸዊ ስኢነ ምንስኹም ሐደ ዓብይ ሰብ በዓል ብዙሕ ተኣምራት ናይ ረቢ ሰብ ኢኹም እሞ እንተ ፈጠረለይስ መርቁኒ ኢኹም የለቶም ።

ንሶም ድማ በሊ የልዋ ውላድ ክትወልዲ ኢኺ እግዚኣብሔር ዝደለኺዮ ኩሉ ክገብረልኪ እዩ ኣብ ገዝኺ ከይድኪ ከኣ ለምንዮ ፡ እቲ ናይ ፈለማ ዝወለድኪዮ ድማ ነኣይ ረድኢ ክኾነኒ ክትህብኒ ኢኺ ኢሎም ቃል የእተውዋ ንሳ ከኣ ሐንትስ የህበኒ ድኣ'ምበር ይህበኩም ኢላ ተሳሊማቶም ካብቲ ዝብሕትውሉ መሮር ንገዝአ ኸደት ።

ድሕሪ ዓመት ከምታ ትምቢቶም ወዲ ወለደት ፡ እንተኾነ ምስ ፈርዘነ እቲ ቆልዓ ከምታ ማሕላእ ክትህበም ኣይፈተወትን ተጣዕሰት ንሶም ድማ ካብቲ ዝብሕትውሉ ዝነበረ መሮር ክዘዋወሩ ከለዉ ፡ ጉንፍ ረኺብዎ'ሞ ኣቲ ተጣዕሽኪ ድኺ የልዋ ንሳ ከኣ ሰምቢዳ ኣይፋለይ እንታይ ከልዕል ውሰድዎ ድኣ ኢላ ምላሽ ሀበቶም ንሶም ድማ ነቲ ቆልዓ ካብ ስድርኡ ወሲዶም ኣምሂሮም ክርስቲያን ጌሮም ብዙሕ እዋን ረድኢ ናቶም ኮይኑ ነበረ በዚ ምኽንያት'ዚ ተጣዕሽኪ ዲኺ ስለ ዝበልዋ ብሠሪ'ዚ ኣይጣዕስ ዝብል ሽም ሐዘ ስጋዕ ለይቲ ሎሚ እቶም ደቁ ኣብ ዘለዉ ኣልዮም ደቁ ኣይጣዕስ ይብሃሉ ።

እዚ ዛንታ'ዚ ኣብ ገድሊ ኣቡነ ኣብሳዲ ደብረ ማርያም ዝበሃል ገዳም ኣብ ቆሐይን ይርከብ ንሱ ጣዕስ ድማ ዝነበሮ ብጊዜ እርግንኦም ንኣቡነ ኣብሳዲ ብሀፀይ ዘርኣያእቆብ ወዲ ዳዊት ዘመን እዩ ፡ እቲ ገዳም ናቶም ድማ ሽዑ እዩ ፡ እተሠርሔን እተገደመን እተ ጎለተን ።

## አ ቦ ታ ት ደ ጊ ያ ት ድ ዕ ቡ ል ።

እዚኦም ሐውያ ዝብሃሉ ከምቲ ኣብዚ መጽሐፍዚ ኣብ ዝሐለፈ ገጽ ተጽሒፉ ዘሎ ኢትዮጲስ ዝበሃል ፈራይ ኩሎም ደቂ በለው ነበረ ፡ እዚ ኢትዮጲስ እዚ ሳልሳይ ወይም ራብዓይ ደኣ እምበር ፡ ላዕለዋይ ዓቢ ኢትዮጲስ ኣይኮነን ፡ ዝነበሮ ድማ ድሕሪ ልደት ክርስቶስ እዩ ፡ ንሱ ድማ ንኣቡስትርያ ወለደ ፡ ኣቡስትርያ ድማ ንላክንዱን ወለደ ፡ ላክንዱን ድማ ንላክንዱ ወለደ ፡ ላክንዱ ድማ ንኽብረኣብ ወለደ ፡ ኽብረኣብ ድማ ንምዕ ወለደ ፡ ምዕ ድማ ከም ንጉሥ ኮይኑ ኣብዚ ሕጂ ቤት ንጉሥ ዘሎ ጥቓ ዳምባ ደቡብ ኣብኡ ኮይኑ ይገዝእ ነበረ ።

ንሱ ድማ ንወፈርታይን ንሠረንታይን ንገንገንታይን ንጉረታይን ንመንጎንታይን ንዓቤታይን ንስም ዓስመታይን ወለደ ፡ ከምዚሎም ፯ተ ደቂ ምዕ ይብሃሉ ። ካብዚኦም ድማ ወፈርታይ ንደጊያት ዓንደሃይማኖት ወለደ ፡ ደጊያት ዓንደሃይማኖት ድማ ንደጊያት ሐለንጋይ ወለደ ፡ ደጊያት ሐለንጋይ ንደጊያት ድዕቡል ወለደ ፡ ናይቶም ዝተረፉ ፮ተ ኣሕዋት ወፈርታይ ግና ዝፈረይዎን ዝሐዝዎን ዓድታት ፡ ካብዚ ንታሕቲ ንገልጽ



ደጊያት ድዕቡል ንሐንቲ ንቕድስተ ሃና ወለደ ፡ ንሳ ከኣ ካብ ኣምበሳ ጅር ወ...
መራሪ ገብረማርያም ፡ መራሪ ገብረማርያም ወዲ ሀፀይ ይትባረክ ። ንሐደ ንጅር ገደ...
እያ ዝወለደት ፡ ጅር ገደላ ድማ ምድሪ ኣቦሐጎኡ ደጊያት ድዕቡል ወሪሹ ይገዝእ ነበረ
ንሱ ድማ ንሰርብ ደም ወለደ ፡ ሰርብ ደም ድማ ንእልፍ ደም ወለደ ፡ እልፍ ደም ንሰ...
ከም ዓንቋ ወለደ ፡ ሰብ ከም ዓንቋ ንእስተናኣድ ወለደ ፡ እስተናኣድ ንኣከለጽዮን ወለደ
ኣከለጽዮን ድማ ንሽመዲን ጓል ሁመድ ቅኑዕ ሐፍቲ ኣሕመድ መላጼን ኣሕመድ መ...
እን ኣእትዩ ነድከመን ምልጋእን ወለደ ፡ እዚኣቶም ዝፈረይዎም ድማ ኣብ ሙሉ...
ሠራዩ ኣለዉ ። ከምኡ ድማ ዘርኢ ገብርሄት ዕውር ሐውያ ዘቦኦም ካብ ወፈርታ...
ምስ ዓዲ ደጊያት ድዕቡል እዮም ቁጽሮም ።

ዘርኢ ገንገንታይ ፡ ገንገንታይ ዝፈረዮም፡ ኣብ ምሉእ ኤርትራ ሐሐሊፎም ኣለዉ...

ዘርኢ ዓቤታይ ፡ ዓቤታይ ርስቱ ኣብ ሠራዩ ተኸላ ዓቢይ ዓዲ እትብሃል ኣላ ፡ ሕ...
ግና ንሱ ዝፈረዮም ስለ ዝጠፍኡ እቲ ርስቱ ካልኦት ዓሌት ሒዘሞ ኣለዉ ። እታ ዓ...
ግን ብሽሙ ዓቢይ ዓዲ ተባሂላ ትጽዋዕ ኣላ ።

መንጎንታይ ዝፈረዮም ፡ ዝርከቦም ኣብታ ብሽሙ ትጽዋዕ ዘላ ኣብ ማእከል ዓ...
መንጎንቲ ኣለዉ ።

ሠረንታይ ዝፈረዮም ፡ እኒ ዑና ጉዶ እኒ ዓዲ ሽብጢ ሠራዩ እኒ ማይ ልቡስ ገ...
ድማ ኣብ ደምበላስ ገለ ኣብ ዓዲ ሕዝባይ ጉሕጺእ ገለ ኣብ ዓደውዓላ ቆላ ገለ ናብ ማ...
ሽሩ ገለ ጥቓ ዓዲ ቐይሕ ኩሎጉዛይ ከምኡ ድማ ካብ ዓቤታይን ካብ ገንገንታይን ንጣ...
ኣብ ምድሪ ሽመዛና ገለ ናብ ሽሬ ገለ ናብ ጊንዳዕን ኣብቲ ከባቢኡን ኣብ ኣብረሽቆ...
ዓጀን ዝብሃሉ ድማ ኣብ መትሕት ኣለውዎም ።

ጉረታይ ዝፈረዮም ፡ ጉረታይ ፈለማ ኣብዚ ሕጂ ዓዲ ጉረቶ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዘለ...
ኣብኡ እዩ ዝነበረ ምቕማጡ ካብኡ ግና ጅር ገደላ ነዞም ኩሎም ዓሌት ኣዲኡ ምሰ...
ፍኦም ፡ ካብኡ ዝተረፉ እዮም እዞም ሕጂ ዝጸብጸብናዮም ፡ በዚ ምኽንያትዚ ድማ...
ተረፍ በለው ይብሃሉ ።

ጉረቶም ዝፈረዮም ፡ ኣብ ማእከል ኣሥመራ ዘለዉ ገዛ ጉረቶም ዝብሃሉን ኣ...
እምባ ደርሆን ገለ ኣብ ዓድተክሌዛን ገለ ኣብ ደቂ ሽሃይ ገለ ኣብ ዓዲ ጓሪ ገለ ኣብ ዓ...
ነኣምን ገለ ኣብ ዓዲ ንስቲ ኣለዉ ።

ሰም ዓሰመታይ ዝፈረዮም ፡ ኣብታ ሎሚ ብሽሙ ትጽዋዕ ዘላ ዓዲ ፡ ኣብ ሰ...
ዓሰም ጉሕጺዓ ኣለዉ ። ዘርኢ ሰም ዓሰመታይ ድማ ኣብ ዓሰም ምስ ደንከል ኣስላ...
ኣለዉ ፡ ከምኡውን ብቐረባ እዋን ከብኣቶም ዝወጽኡ ኣሕዋቶም ኣብ ዓዲ ኺላ ገ...
ዓዲ ኣይተ ገብራይ ተባሂሎም ይጽውዑ ኣለዉ ። ከምኡ ድማ ኣሕዋቶም ካብኣቶ...
ዝተፈልዩ ኣብ ዓዲ በዛ ኣፈልባ ቆላ ዝብሃል ጥቓ ዓረዛ ኣለዉ ። ከምዚሎም ደቂ ሹ...
ምዕ ይብሃሉ ፡ እቲ ቀንዲ ዓዶም ግና ከምቲ ቅድም ዝበልናዮ መበቆሎም ኣብ ጥ...
ዳምባ ቤት ንጉሥ እትብሃል ዘላ ኣብኣ እያ ዝነበረት ።

እዞም በለው ዝብሃሉ በቲ ጥንቲ ኣቦታቶም ኣብ መትሕትን ብዘበናም ዝጨርሕ...

ጨርሕን ዝቐበርዎ ቅርጺ ሐውልትን ከምኡ ድማ ዒላታት ዒላ በለው ዑናታት በለው ጨርሒ በለው እናተባህለ ስጋዕ ሎሚ ይጽዋዕ አሎ ። ከምኡ ድማ አብ ምድሪ ትግራይ አብ ፈረስ ማይ አብቲ ሸኻ ዋሐዝ ማይ ዘለዎ ምልክታት አሎ ። በቶም ተወለድቲ ደቂ ዓዲ ይትረኽሉ አሎ ። ከምኡ ድማ አብ ምድሪ ወልቃይት ማይ በለው ጐቦ በለው እናተባህለ ይጽዋዕ ፡ አብዝሑ ግን አብ ምሪ ቢንዓምር እዩ ዝርከብ ፡ አቦታቶም አዚ ዮም ግኑናትን ምዕቡላትን ከምዝነበሩ ይንገር ።

ደሐር ግና ካልኦት ነገድ በብዝነገሠ ንጉሥ ተኸቲሎም እናመጽኡ ሐደ ዓሌት ምስ ካልእ ዓሌት ብምትሕውዋስን ብምውላድን ብጊዜ ምንዋሕን ነቲ ሽም ደአምበር ካብ ዘም ኩሎም ሐደኳ ብዘርኢ ዓሌቱ ብሐቂ ንዝፈልጥ ዘይውለድ አይርከብን እዩ ።

## <u>ም ዕ ራ ፍ ፶፯ ።</u>

## ወ ለ ዶ ቤት ና ይ ብ ።

እዘም እንዳ ናይብ ዝብሃሉ ዝፈረይዎን ዘለውዎን ዓድታትን ዛንትኦምን ከምዚ ዝስዕብ ንገልጽ እሎና ።

ዓዲ ናይብ ዝብሃሉ ዓሌት በቲ መሠረት ወለድኦም ካብ በለው ንምኳኖም አብ ብዙሕ መጻሕፍቲ እና ደጋገመ ይሰምዮም እዩ ። ካብ በለው ዝውለዱ በብክፍሎምን በብዓዶምን አብዚ መጽሐፍዚ አብ ወለዶ በለው ዝብል አርእስቲ ምዕራፍ ሒዙ ዘሎ ናብኡ እንተንበብና ክንግንዘበ ንኽእል ኢና ።

ሕጂ ግና ብዛዕባ ቤት ናይብ አቦታቶምን ደቆምን ደቂ ደቆምን ካብ በለው ጀሚሩ ስጋብ ሳምራ አቡኦም ብዙሕ ትውልዲ ጌሮም ይቐርሕዎም ፡ ንሕና ግና ካብ ሳምራ ንታሕቲ ዘሎ ወለዶ ንሰሚ አሎና ፡ ቀዳማይ ሳምራ ንሁመድ ወለደ ፡ ሁመድ ከአ ንማሕሙድ ወለደ ፡ ማሕሙድ ከአ ንዳግማዊ ሁመድ ወለደ ፡ ዳግማዊ ሁመድ ከአ ንዓሊ ወለደ ፡ ዓሊ ከአ ንዓምር ቅኑዕ ወለደ ፡ ዓምር ቅኑዕ ከአ ን፫ተ ወለደ ፡ ፩ይ ንናይብ ሙሳ — ፪ይ ንሁመድ — ፫ይ ንአሕመድ ፡ ነዚኦም ፫ተ እዩ ዝወለደ ፡ ካብዚኦም እቲ ካልአይ ሐዎም ሁመድ ዝብሃል አብ ግራር ባጽዕ ከለዉ ብገለ ነገር ምስ ሐዉ ምስ አሕመድ ተሐራሪቆም አሕመድ ንሁመድ ቀቲልዎ ንኸበሳ ሐዲሙ ወጸ ።

ናይብ ሙሳ እዚ ምስ ሰምዔ ንሐዉ አርኪቡ ካብ ዘለዎ ክቐትሎ ሐሰበ ፡ እንተኸነ ካብ ሕርቕርቖቱ ምስ ዝሐለ እቲ መዋትን እቲ ቀታሊን ፪ቲኦም የሕዋቱ ምኳኖም ሐሲቡ ክይቀተሎ ተረፈ ። እቲ መዋቲ ሁመድ ቅድሚ ምማቱ ን፩ደ ወሊዱ ነበረ ፡ ንሱ ድማ ዓሊ ይብሃል ፡ ዓሊ ንዓምር ወለደ ።

እቲ ሳልሳዮም ወዲ ዓምር ቅኑዕ አሕመድ ዝብሃል ሀዲሙ ዝኸደ ዘርኡ ንሱ ዝፈረዮም አብ ምድሪ ቴድረር አከለ ጉዛይን አብ ሠራዬን አብ ሐማሴንን አብ መትሕትን ሐሐሊፎም ደቂ ሕመድ ቅኑዕ ይብሃሉ ፡ አብ ዘለዉ አሊዮም ፍሉጣት እዮም ።



ናይብ ሙሳ ወዲ ዓምር ቅኑዕ ፡ ብዘበን ሀፀይ ሚናስ ዘበነ መንግሥት እዩ ዝነበረ ንሱ ዕድመ ፀጊቡ እዩ ዝሞተ ፡ ፲፰ ዓመት ዝአክል መዋእል ነበሮ ፡ ናይብነት ምስተ በለ ስጋብ ሀፀይ ባካፋ ዘበነ መንግሥት ነበረ ፡ አሪጉ ዓዲ ምስ ወዓለ ጉልባሽ ዓይ ወዲቑ ምርአይ ይኽልአ ነበረ ይብል ፡ አብቲ መጽሐፍ ዓድ ናይብ ብዓረብኛ እተጻሕ ብራና ናይ ቀደም አብ ድኾና ቁጽሪ ፩ ገጽ ፪ ምስ ናይብ መሐመድ ተቐሚጡ ይርከብ

<u>ብዛዕባ ደቂ ናይብ ዓምር ቅኑዕ አመቓቕልኦምን ዝፈረይዎን ዝቕመጥዎን ።</u>

ከምቲ አብ ቅድም ዘሎ ናይብ ዓምር ቀኑዕ ወይም ሠይድ ዓምር ቅኑዕ ዝብሃ ዝነበረ ን፫ተ ወለደ ፡ ፩ይ ንናይብ ሙሳ — ፪ይ ንሁመድ — ፫ይ ንአሕመድ ነዚኦ ምስ ወለደ ፡ እቲ ሽመቱ ናብቲ ቦኽሪ ወዱ ሐለፈ ፡ ካብዚኦም ናይብ ሙሳ ዝወለዶ ክንሰሚ ፡ ናይብ ሙሳ ን፬ተ ወለደ ፡ ፩ይ ንከኪያ አሕመድ ኑር — ፪ይ ንዓምር ባሻይ — ፫ይ ንመሐመድ ቀይሕ — ፬ይ ንአሕመድ ሐርሽ ፡ ከምዚሎም ፬ተ ደቂ ናይብ ሙ እዮም ዝብሃሉ ፡ ካብዚኦም ደቂ ከኪያ አሕመድ ኑር ከምዚ ዝስዕብ ንገልጽ አሎና

<u>ከኪያ አሕመድ ኑር</u> ንዑስማን ዓቃ ወለደ ፡ ዑስማን ዓቃ ን፭ተ አወዳት ወለደ ፩ይ ንከኪያ ዓሊ — ፪ይ ንሙሳ — ፫ይ ንአሕመድ ከኪያ — ፬ይ ንዳግማዊ አሕመድ ኑር — ፭ይ ንሳልሕ ፡ ከምዚሎም ፭ተ ደቂ ከኪያ አሕመድ ኑር እዮም ። ፭ተ አሕዋት ዝፈረይዎ ከአ አብ ድኾኖን (ሕርጊጎ) አብ ባጽዕን ከባቢኡን አብ ጊንዳዕን አብ ከረንን አለዉ ።

<u>ደቂ ዑመር ባሻ</u> ፡ ዑመር ባሻ ዝፈረዮም አብ ድኾኖን አብ ጊንዳዕን ከባቢኡን አ መጣዓት ዓይለት ዋናታት አለዉ ።

<u>ደቂ መሐመድ ቀይሕ</u> ፡ መሐመድ ቀይሕ ዝፈረዮም አብ ድኾኖን አብ ባጽዕን ከ ቢኡን አብ ጊንዳዕን አብ ዓይለትን አብ ከረንን አብ ዘለዉ አሊዮም ዓድ መሐመ ቀይሕ ይብሃሉ ።

<u>ደቂ አሕመድ ሐርሽ</u> ፡ አሕመድ ሐርሽ ንከኪያ ዓምር ወለደ ፡ ከኪያ ዓምር ንወ ብቶን ንታጅዕን ን፪ተ ወለደ ፡ እዚአቶም አብ ድኾኖን አብ ባጽዕን አብ ጊንዳዕን አ ከረንን አለዉ ። ከምዚሎም ዘርኢ ፬ተ ደቂ ናይብ ሙሳ ይብሃሉ ።

<u>ዘርኢ አሕመድ ወድ ናይብ ዓምር ቅኑዕ</u> ፡ እዚ አሕመድ እዚ ሐው ናይብ ሙሳ ወዲ ናይብ ዓምር ቅኑዕ እዩ ፡ ንሱ ንሐደ ንዓሊ ወለደ ፡ ዓሊ ከአ ንናይብ ዓምር ወለደ ናይብ ዓምር ከአ ን፰ተ ወለደ ፡ ፩ይ ንናይብ ሐሰን — ፪ይ ንናይብ መሐመድ ጉላይ — ፫ይ ንናይብ ዑስማን — ፬ይ ንሕመድ ዓምር — ፭ይ ንዓብደል ረሱል — ፮ይ ንዓምር ጃብር — ፯ይ ንዑመር — ፰ይ ንዓምር እድሪስ ፡ ከምዚሎም ፰ተ ደቂ ናይብ ይብሃሉ ነበሩ ። ፰ተ የሕዋት ዝፈረይዎም አብ ድኾኖን አብ ዙላን አብ ባጽዕን አብ ከባቢኡን አለዉ ።

<u>፪ይ ዘርኢ ናይብ መሐመድ ጉላይ</u> ፡ ወዲ ናይብ ዓምር ዝፈረዮም አብ ሞጣዓትን አብ መንሳዕን ገሊኦም ድማ ምስ ሳዒዳ አብ ድኾኖን አብ ካልአት ሥፍራውን አለው ዎም ፡ ቤት ጉላይ ከአ ይብሃሉ ።

፫ይ ዘርኢ ናይብ ዕስማን ፡ ወዲ ናይብ ዓምር ንናይብ እድሪስ ወለደ ፡ ናይብ እድ
ክአ ንናይብ ሐሰንን ንናይብ ዕስማንን ወለደ ፡ እዚኦም ክልቲኦም አሕዋት ዝፈረይ
ም አብ ድኹኖን አብ ምጽዋዕን ከባቢኡን አለዉ ፡ ካብዚኦም ናይብ ሐሰን ንናዝርይን
መሐመድ ኑርን - ንሸኽ ያሲንን ወለደ ። ከምኡ ከአ ዓምር ሙሳ ወዲ ናይብ ዕስማን
ዉ ንናይብ እድሪስ እዩ ፡ ናይብ ዕስማን ዝፈረዮም ምስ አሕዋቶም አለዉ ።
፬ይ ዘርኢ ሕመድ ዓምር ፡ ወዲ ናይብ ዓምር ዝፈረዮም ዝርካቦም አብ ድኹኖን
በ ባጽዕን አብ ካልእውን አለውዎም ቤት ሳርዳን ይብሃሉ ።
፭ይ ዘርኢ ዓብደል ረሱል ፡ ወዲ ናይብ ዓምር ዝፈረዮም አብ ዓይሌት ዋናታት
ለዉ ፡ ቤት ዓብደል ረሱል ይብሃሉ ።
፮ይ ዘርኢ ዓምር ጃብር ፡ ወዲ ናይብ ዓምር ዝፈረዮም አብ ድኹኖን አብ ምጽዋ
አብ ሕንጥምሎን አብ ጊንዳዕን አብ ዘለዉ አልዮም ቤት ሪሐኒ ይብሃሉ ።
፯ይ ዘርኢ ዑመር ፡ ወዲ ናይብ ዓምር ንባሆን ንሽራገይን ዝፈረየ እዩ ፡ ንሳቶም ከአ
በ ድኹኖን አብ ባጽዕን አብ ዓይለትን አብ ጊንዳዕን አብ ዙላን ፡ አብ ዓይለት ግን
ከት በዚሐም አለዉ ፡ ቤት ናይብ ዑመር ተባሂሎም ይጽውዑ አለዉ ።
፰ይ ዘርኢ ዓምር እድሪስ ፡ ወዲ ናይብ ዓምር ዝፈረዮም አብ ባጽዕን አብ ድኹኖን
በ ከባቢ ባጽዕን አለዉ ። ከምዚሎም ፰ተ ደቂ ናይብ ዓምር ወዲ ዓሊ ይብሃሉ ፡
በ ዘለዉ አሊዮም ፰ተ ቤት ዓምር ተባሂሎም ይጽውዑ ።
ድኹኖ ከአ ብናይብ ዓምር ቅኑዕ እያ ዝኸተመት ፡ ቅድሚ ሀፀይ ገብረድንግል ፲
መት ፡ ንሱ ናይብ ዓምር ቅኑዕ ካብ ግራር ናብ ድኹኖ አትዩ ፡ ዱር ቀስቂሱ ዓዲ ገበረ
ኹኖ ማለት ከአ መዕረፍ ሐራምዝ ማለት እዩ ፡ በቶም ቅድሚአቶም ዝነበሩ ከልእ
ቤት ብዘረብኦም ዱኹኖ ማለት ሐራምዝ (ዝዒማሉ) ዝዓርፉሉ እዩ ይብሃል ።
ናይብ ሙሳ ከአ ካብ ሀፀይ ሚናስ ጀሚሩ ስጋብ ፭ተ ትውልዲ ደቂ ደቆም ስጋብ
ፀይ ዮሃንስ ፃዲቁ ፡ ፍጹም ተአዛዚ እዩ ዝነበረ ፡ ናይብ ዝብሃል ሽም ከአ ካበብኡ
ይብ ዓምር ቅኑዕ እዩ እተጀመረ ፡ ናይብ ማለት ብቱርኪ (ስዩም) ሹም ማለት እዩ ።
ብ ርእሱ ዝገብሮ ከለቻ ወርቂ ተዋሂብዎ ስጋብ ፭ተ ወለዶ ደቂ ደቁ ፡ ስጋብ ናይብ
ሕመድ ዘበን ፡ ብሀፀይ ኢያሱ ዓቢ ዘመነ መንግሥት አብ ድኹኖ እታ ከለቻ ናይ
እሱ እትእሰር ወርቅን ብዙሕ አናፍጥን ናብ ንጉሥ ዝኸይድ ንጕንደር ካብ ባሕሪ
መጸ በብዓይነቱ አቕሑትን ንብረቱ ኩሉ ድኹኖ ከምዘላ ብሐዊ ተቓጸለት ።

ዛ ን ታ ።

አብ ገሊኡ ጽሑፍ ከአ ድኹኖ ማለት መደበር ሐራምዝ ማለት እዩ ፡ እዚ ተባህለሉ
ኽንያት ከአ በቶም ቀዳሞት ነገሥታት ኢትዮጵያ ብበዓል ሀፀይ ካሌብ ግዜ ፡ ንባሕሪ
ሳገሩ ንሀገር ዓረብ ክሐስቡ ከለዉ ፡ ብሐራምዝ እዮም ስንቂ ወታደር ዝዳሎ ዝነበረ
ሞ ፡ ስጋብ ፭፻ ሐራምዝ ዘዕበይወን ለሚዳታት ነበርኦም እሞ ፡ ካብ ማእከል ኢትዮ
ያ እና ተጻዕና ዝወረዳ መንበረን ነበረ ይብል ።



ከምኡ ከአ አብ ገሊኡ ታሪኽ ዓረብ ብአብርሃ ግዝኢ ዝነበረሉ እዋን ፡ አብ ሠንዓን አብ የመንን (አስሐበል ፊል) ሰብ ሐራምዝ መመላለስቲ ስንቂ ከም ዝነበራ ይነግር ።

ብ ዘ በ ነ   መ ሳ ፍ ን ቲ ።

ብዘበነ መሳፍንቲ ናይብ መሐመድ ዓብደል ራሒም ዝብሃል ፡ እዚ ዝገነነ ካብ ቱርኪ ምስ ተሸመ ካብ አቦታቱ እተለምደ ግብሪ ንጕንደር ከልኪሉ ፡ ምስ ደጊያት ውቤ ኩናት ገጢሙ ፡ ተሳዒሩ ብዙሕ ጠባናጁን ገንዘብን ምንጻፋትን ወሲኹ ልኢኹ ተዓርቀ ፡ ግዝአቱ ከአ ስጋብ በይሉል ስጋብ ስዋኪን ስጋብ ዓቒቕ ወሰን ባሕሪ ተዋሂብዎ ነበረ ፡ ከምቲ አብ ዛንትኡ ተጻሒፉ ዘሎ ብዙሕ እዩ ።

ሰበይቱ ከአ ኣል ሹም ዓጋመ አረጋዊ ወይዘሮ ብድር ኣል ወዳ ንሻትል ኣል አቶ ገብረመስቀል ዓቢ ዓረዛ ዝወለደታ የእትዩ ፡ ነዞም ሕጂ ዘለዉ ፈረየት ።

ብ ዛ ዕ ባ   ስ ል ጣ ን   ዓ ዲ   ና ይ ብ ።

ከምቲ አብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ፡ ናይብነት ዝተጀመረሉ ፡ ካብ ዓምር ቅኑዕ እዩ ፡ ካብኡ ከአ ናብ ወዱ ፡ ናብ ናይብ ሙሳ ሐለፈት ፡ ካብ ናይብ ሙሳ ከአ ናብ ናይብ ዓምር ወዲ ዓሊ ወዲ ሐው ዝወለዶ ንናይብ ሙሳ ናብ ናይብ ዓምር ሐለፈት ፡ ካብ ናይብ ዓምር ከአ ናብ ናይብ ሐሰን ዓምር ሐለፈት ።

ናይብ ዓምር ፴፬ ዓመት ምስ ገዝኤ ናብ ወዱ ናብ ናይብ ሐሰን ሐለፈት ፡ ካብኡ ከአ ናብ ናይብ መሐመድ ጉላይ ናብ ወዱ ሐለፈት ፡ ካብኡ ከአ ናብ ሐዉ ናብ ናይብ ዕስማን ሐለፈት ፡ ካብኡ ከአ ናብ ናይብ አሕመድ ወዲ ሐወቡኡ ፡ ወዲ ናይብ ሐሰን ሐለፈት ፡ ካብኡ ከአ ናብ ናይብ እድሪስ ናብ ሐዉ ሐለፈት ፡ ካብኡ ከአ ናብ ናይብ ያሕያ ወዲ ናይብ አሕመድ ሐለፈት ፡ ካብኡ ከአ ናብ ናይብ ዑስማን ወዲ ናይብ እድሪስ ሐለፈት ፡ ካብኡ ከአ ናብ ናይብ ሕሴን ሐለፈት ፡ ካብኡ ከአ ናብ ናይብ መሐመድ ወዲ ናይብ ያሕያ ሐለፈት ፡ ካብኡ ከአ ናብ ናይብ ሐሰን ወዲ ናይብ አደም ሐለፈት ፡ ካብኡ ከአ ናብ ናይብ እድሪስ ወዲ ናይብ ዑስማን ሐለፈት ፡ ካብኡ ከአ ናብ ናይብ እድሪስ ወዲ ናይብ ሐሰን ሐለፈት ፡ ካብኡ ከአ ናብ ናይብ ዓብደልራሒም ሐለፈት ፡ ካብኡ ከአ ናብ ናይብ ዓብደል ከሪም ናብ ሐዉ ሐለፈት ።

በዚ እዋንዚ ጣልያን ናብ ኤርትራ አትዩ ንምጽዋዕ ምስ ሐዘ እቲ ስልጣን ናይብ አዚዩ ደኺመ እሞ እቲ ሽመት ናብ ክልት ገዛ ክካፈሉ ተመደበ ።

ደቂ ናይብ ሐሰን ወዲ ዓምር ሽመቶም ብፍላይ ናብ ድኹኖ ተቐሚጦም ክዳንዩ ተመደበ ።

ደቂ ናይብ ዑስማን ወዲ ዓምር ከአ ሽመቶም ብፍላይ ናብ ሞንኩሎ ኮይኖም ክዳንዩ ተመደበ ፡ ካብዚኦም ናብ ናይብ መሐመድ ሐለፈት ፡ ካብኡ ከአ ናብ ሐዉ ናብ ናይብ ሐሰን ሐለፈት ካብኡ ከዓ ናብ ናይብ እድሪስ ወዲ ናይብ መሐመድ ናብኡ ሐለፈት ካብኡ ከዓ ናብ ደቆም አላ ።

አብ ድኰኖ ዘለዉ ናይባት ካብ ናይብ ዓብደል ከሪም ናብ ወዱ ናብ አሕመድ ባሻ ሐለፈት ካብኡ ከዓ ናብ ወዱ ናብ ናይብ መሐመድ ወዲ ናይብ ሕመድ ሐለፈት ከምዚሎም ዕቤት አቦታቶም ሒዞም ካብ ናይብ ዓምር ቅኑዕ ስጋብ ሎሚ ፳፩ ናይባት ከየቛረፁ በዚ መዓርግ እዚ እናተፀውዑ አለዉ ።

ከምኡ ከዓ አብ ትሕቲ ናይብ ዝእዘዙ በብክፍሊ ሐለቕአም ዝፅውዑሉ ዝነብሩ ሽመት ፩ ሳርዳን - ፪ አሚር - ፫ ዓቃ - ፬ ሻውሽ - ፭ ፓሻ ከኪያ ዝበሀል መዓርግ ዝወሀቦም ዝነበረ ካብ ቱርኪ ዝመፀን ተለምደን እዩ፡ ስጋብ ሎሚ አይደኸመን ። ናይ ዓሌት ናይብ ወዲ እናናብ ምጽዋዕ ዘለዉ በብዓሌቶም ንምስማይ ካብዚ ዝስዕብ ንጅምር አሎና ።

ም ዕ ራ ፍ ፲፰ ።

## አብ ምጽዋዕ ዘለው ነገድ በብኽፍሎም ።

አብ ምጽዋዕን አብ ከባቢአን ዝርከቡ ዓሌታቶም ንገልጽ አሎና ።

፩ይ ዘርኢ. ሳይቕን ሐቢብ፡ እዞም ሳይቒን ሐቢብ ዓሌቶም በቲ መሰረት ወለድአም ካብ ሕንዲ እዮም ዝመጹ ንሣቶም ዝፈረይዎም ከአ ገሊአም አብ ድኾኖ ገሊአም አብ ጊንዳዕ አብ ከረን አብ አቑርደት አለዉ፡ ከምዚ ኢሎም አብ ዘለዉ አሊዮም ሳይቕን ሐቢብ ተባሂሎም ይጽውዑ ዝመጽዎ ዘመን ብሥልጣን ሣሊም ካብ 400 ዓመት ዘይበዝሕ እዩ ።

፪ይ ዘርኢ. ቱርኪ፡ እዞም ቱርኪ ዝበሃሉ ዓሌት ክንድቲ ብዝሒ የብሎምን ዝርካቦም አብ ድኾኖ አብ ጊንዳዕ አለዉ፡ ቤት ቱርኪ ተባሂሎም ይጽውዑ ።

፫ይ ዘርኢ. ኩርዲ፡ እዞም ኩርዲ ዝበሃሉ ዓሌት ንሳቶም ዝፈረይዎም ገሊኦም አብ ድኾኖ ገሊኦም አብ ጊንዳዕ አብቲ ከባቢኡን ዝበዝሑ አብ ዓይለት በርከት አለዉዎም።

፬ይ ዘርኢ. ምሽናቕ፡ ከምኡ ከአ ምሽናቕ ዝባሃሉ ዓሌት አብ ባጽዕን ሕንጥምሎን አብ ድኾኖን አለዉ፡ ደቂ ምሽናቕ ይባሃሉ ካብአቶም ዝወፁ ሐሐሊፎም ንማር አብ አስመራን አብ ካልእን አይሣአኑን እዮም ።

፭ይ ዘርኢ. በርሐቱ፡ እዞም በርሐቱ ዝፈረዮም ኩሎም አብ ድኾኖ ገሊአም አብ ባጽዕ አብ ጊንዳዕ አብቲ ከባቢኡን አለዉ፡ ካብ ቀደም ነጋዶ እዮም መጸዋዊኢአም በርሐቱ ይባሃሉ ።

፮ይ ዘርኢ. ሸረፋይ፡ እዞም ሸረፋይ ዝበሃሉ ዓሌት አዝዮም ውሑዳት እዮም ዝርካቦም ከአ አብ ድኾኖን አብ ባጽዕን አለዉ፡ መጸዋዊኢአም ሸረፋይ ይበሃሉ ።

፯ይ ዘርኢ. ሻውሽ አሽራፍ፡ ዝበሃሉ ዓሌት አብ ድኾኖ አብ ባጽዕ አለዉ፡ ብሐደ ሽም ደቂ ሻውሽ አሽራፍ ይበሃሉ ።

፰ይ ዘርኢ. ሻውሽ ሐላይ፡ እዚአም ደቂ ሻውሽ ሐላይ ዝፈረይዎም ገሊአም አብ ድኾኖ ገሊአም አብ ባጽዕ አለዉ፡ ካብዚአም ዝወጹ አብ ማርያ ቀይሕን አብ ማርያ ጸሊምን አለዉ፡ ምስአም በርከት አለዉ ደቂ ሻውሽ ሐላይ ይበሃሉ ።

፱ይ ዘርኢ. ኢዳ፡ እዞም ኢዳ ዝበሃሉ ካብቲ መሠረት ትውልዶም አብ ኩርባርያ እዮም ዝወረዱ ካብ ዓሌት ሮብራ ንሣቶም ዝፈረይዎም አብ ርዓት ዝበሃል አውራጃ ምጽዋዕ ዝርከብ ዓዲ አለዉ፡ ቤት ጨዋይ ተባሂሎም ይጽውዑ ።

፲ይ ዘርኢ. ሽነቲ፡ እዞም ሽነቲ ዝበሃሉ ንበይኖም ሐደ ዓሌት እዮም ንሳቶም ዝፈረይዎም ገሊአም አብ ድኾኖ ገሊአም አብ ባጽዕ አለዉ ከምኡ ከአ ካብአም ዝወ… አብ ካልእ ሐሐሊፎም ንማር አይሣአኑን እዮም ቤት ሽነቲ ይባሃሉ ።

፲፩ ዘርኢ. የማኒ፡ እዚአቶም ከአ አቦታቶም ካብ የመን ዝመጹ ናይ ናይብ መ… አገልገልቲ ዝነበሩ እዮም ንሣቶም ዝፈረይዎም ከዓ ገሊአም አብ ድኾኖ ገሊአም አብ… ምጽዋዕ ሕንጥምሎ ገሊአም አብ ጊንዳዕ ገሊአም አብ ከረን አለዉ፡ አብ ዘለዉ አሊ…ዮም ቤት የማኒ ተባሂሎም ይፅውዑ ።

፲፪ ዘርኢ. ቀረባሽ፡ (ቀለባሽ) ዝበሃሉ ዓሌት ካብ ጥንቲ ቀለባሽ እዩ ዝነበረ ሽሞም እዚ ሽምዚ አብ ክብረ ነገሥት ዘሎ ሽም ከምኡ ከአ አብ ልማድ አበው ዝበሃል መጽሐፍ ብራና ይሠምዮ እዩ ግና ሕጂ አብቲ ንሱ ዝፈረዮም ክንምለስ ቀረባሽ ዝፈረዮም አብ ድኾኖን አብ ሕንጥምሎን አብ ምንኩሉን አብ ምጽዋዕ በርከት አለዉ አብ ማርያ ጸሊም አለዉ ቤት ቀረባሽ ይበሃሉ ።

፲፫ ዘርኢ. ሐምዳን፡ ዝበሃሉ ዓሌት አብ ባጽዕ አብ ሕንጥምሎ አብ ድኾኖ አለዉ ቤት ሐምዳን ይብሃሉ ።

፲፬ ዘርኢ. ጀሚል፡ እዚ ጀሚል ዝፈረዮም ክንድቲ ዝአክል ብዝሒ የብሎምን ዝር…ካቦም አብ ድኾኖ ቤት ጀሚል ይበሃሉ ።

፲፭ ዘርኢ. ሐሰባላ፡ ዝበሃሉ ዓሌት ምጣዓት አብ ትግራይ ከአ አለዉዎም አብ… ዘለዉ አልዮም ቤት ሐሰባላ ይበሃሉ ።

፲፮ ዘርኢ. ሽነቴ፡ እዞም ሽነቴ ዝበሃሉ ዓሌት ፍርቆም አብ ድኾኖ ካብአም ዝተፈ…ልዩ ከአ አብ አቑርደት በረከት ቤት ሽነቲ ይበሃሉ ።

፲፯ ዘርኢ. ሌማን፡ እዞም ሌማን ዝበሃሉ ዝበዝሑ አብ ከረን አብ ዓይበት አብ ማይ… ውዑይ ምስ ምስለኔአም ምድሪ ሒዞም አለዉ፡ ቤት ሌማን ይበሃሉ ።

፲፰ ዘርኢ. አሥፈደ፡ አሥፈደ ዝፈረዮም ቤት ዑመሪት አብ ድኾኖን አብ ሕንጥ…ምሎን አለዉ ቤት አስፈደ ይበሃሉ ።

፲፱ ዘርኢ. አንሠራ፡ እዞም አንሠራ ዝበሃሉ ሕዝቢ ወለድአም ካብ ዳሥም ዝወ…ለዱ ካብ ሚናፍረ እዮም ንሣቶም ከአ ገሊአም አብ ድኾኖ አብ ምጽዋዕ አለዉ፡ ቤት አንሠራ ይበሃሉ ከምኡ ከአ ቤት ድኒ ዝበሃሉ አብ ድኾኖ አብ ምጽዋዕ አብ እምበ…ረሚ አለዉ ካብ ሚናፍረ እዮም ።

፳ ዘርኢ. ሰቤ፡ እዞም ሰቤ ዝበሃሉ ፈለማ ካብ ሚናፍረ እዮም ዝመጹ ንሳቶም…

ዝፈረይዎም ገሊኦም አብ ድኾኖ ገሊኦም አብ ምጽዋዕ ገሊኦም አብ ሕንጥምሎ ገሊኦም ምንኩሉ አለዉ ፡ አብ ዘለዉ አልዮም ብሐደ ሽም ቤት ሰቤ ይበሃሉ ፡፡

፲፩ ዘርኢ ሐምዳን ፡ ቤት ሐምዳን ዝበሃሉ ዓሌት በቲ መሠረት ወለድኦም ካብ ዓረብ ሽም ካብ ከተማ ደማስቆ ብዘመን ናይብ ዓምር እዮም ዝመፁ ንሳቶም ዝፈረይዎም አብ ድኾኖ አብ ጊንዳዕ አብ ከረን አለዉ ፡ አብ ዘለዉ አልዮም ቤት ሐምዳን ይበሃሉ ፡፡

፲፪ ዘርኢ ደፋላ ፡ እዞም ደፋላ ዓሌቶም ካብ በለው እዮም ንሳቶም ግና ካብ ዓዲ ናይብ ከይኮነስ ብላዕሊ እዮም ዝፍለዩ አብ ታሕታይ መጸዊዒኦም ቤት ዮስፍ ይበሃሉ ንሳቶም ዝፈረይዎም አብ ድኾኖን አብ ጊንዳዕ ምስ ደቂ ሐወቦኦም መቐሖ በለው ዘቦኦም ከምቲ አብ ቅድም ተመልኪቱ ዘሎ አብ ላዕሊ እዩ ዝፍለ ፡፡

፲፫ ዘርኢ ሎቤኔት ፡ እዞም ሎቤኔት ዝበሃሉ ዓሌቶም ካብ ዓሣውርታ እዮም ንሳቶም ዝፈረይዎም አብ ድኾኖን አብ ምጽዋዕን አብ ዙላን አለዉ ፡ ብሐደ ሽም ሎቤኔት ይበሃሉ ፡፡

፲፬ ዘርኢ ሰይድ ፡ ሮመዳን አብዚ ገለ አለዉ ካብዚ ዝኸዱ የሕዋቶም አብ አዲስ አበባ ሐሐሊፎም ንጣር አብ ካልእ ዓድታት አይሣአኑን እዮም ቤት ሰይድ ሮመዳን ይበሃሉ ፡ ንሳቶም ከአ አሽራፍ እዮም ፡፡

፲፭ ቤት ሸኽ ድርቡሽ ፡ ዝበሃሉ ሐደ ዓሌት አብ ምጽዋዕ አብ ሕንጥምሎ አለዉ ፡ እዞም ኩሎም ዝጸብጸብናዮም ዝበዝሑ ወታደራት እናኾኑ ገሊኦም አብ ምድሪ ሐበሻ ዝወረዱ እዮም ገሊኦም ከአ ከምቲ ቅድም ዝበልናዮ ብንግዲ ምኽንያት ምስ መፁ አብዚ ዝተረፉ እዮም ዝበዝሑ ብዘመን መሣፍንቲ ዝመጹ እዮም ፡፡

፲፮ ዘርኢ ሸኽ ማሕሙድ ፡ እዚ ሸኽ ማሕሙድ እዚ ፈቒ መሐመድ ካብ ሕጃዝ እዩ ዝመፀ ናብዚ ዝመፀሉ እዋን ብድሕሪ ሐፀይ ፋሲል ዘበነ መንግሥት እዩ በቲ መሠረት ወለድኡ ግና ካብ ዝቤር እብኒ ዓዋም ዝውለድ እዩ ዓሌቱ ንሱ ዝፈረዮም ከዓ ስጋብ ሎሚ ዘርኦም መሻይኽ እዮም ፡፡ ንሱ ሸኽ ማሕሙድ ዝፈረዮም አብ ድኹኖን አብ ባጽዕን አብ ከባቢኡን አብ ማርያ ገሊኦም አብ ከረን ገሊኦም አብ አቑርደት ገሊኦም አብ ዙላ ከምኡ ከዓ ካብኦም ዝወፁ ሐድሐደ ንጣር አብ ካልእ ዓድታት አይሰአኑን እዮም አብ ዘለዉ አሊዮም ቤት ሐሊ ይበሃሉ ፡፡

ከምኡ ከዓ የሕዋቶም ካብ ዝቤር ዝውለዱ ቤት ዝቤር ዝበሃሉ ሐደ ዓሌት ዓብ ዙላን አብ ድኹኖን አብ ምጽዋዕን አብምንኩሉ ሐሐሊፎም አብ ከረን አብ አቑርደት አለውዎም ፡፡

ከምኡ ከዓ ሐደ ካልእ ገዛ ቤት ማዕጡቅ ዝበሀሉ አብ አውራጃ ምጽዋዕ ሐሐሊፎም አብ ዘለዉ አልዮም ቤት ማዕጡቕ ይበሃል ፡፡

ከምኡ ከአ የሕዋቶም ሸኽ ኢብራሂም ዝፈረዮም ክሳብ ሎሚ ደቁ ደቂ መሻይኽ እዮም ሕጂ'ውን አብአቶም እያ ዘላ ቤት ሸኽ ኢብራሂም እዮም ዝበሃሉ አብ ዘለዉ ዓብዮም ፡ ከምኡ ከአ የሕዋቶም ቤት ሸኽ ዑመር ዝበሃሉ ዑመር ዝፈረዮም አብ ዙላ አለዉ ሽመት ሒዞም አለው ከምኡ ድማ የሕዋቶም አባት ዝፈረዮም አብ ኩሉ ዓድታት አለዉ ፡፡ ከምኡ ከዓ የሕዋቶም ቤት አሕመድ ደርቂ ዝፈረዮም ከአ አብ ባጽዕን



አብ ከባቢኡን ብዙሐት እዮም ካብአቶም ከአ ፡ ከምኡ'ውን ሸኾም ድማ ሸኽ … ይብሃል ብሀደሽም ዓድርቂ ይበሃሉ አብቲ ላዕሊ መጸውዒያም ቤት ሸኽ ማሕሙ… ደቂ መሐመድ ካብ ዝቤር እብኒ ዓዋም እዮም ፤ ዓሌቶም ዝመጹዎ ዘመን ብድሕሪ… ንብለ ድንግል እዮም ፡፡ ፲፯ ደቂ ሰይድ መሐመድ ዑስማን ፡፡

ሰይድ መሐመድ ዑስማን ማርቃኒ ካብ ዓዲ ዓረብ ናብዚ ዝአተወሉ ብዘበን … ተኽለጊርጊሽ ተፍፃሜት መንግሥቲ ፡ ናይብ ያሕያ ገዛኢ ብዝነበሩሉ እዋን አብ… አትዮም እተቐመጡ ንሶም ዝወለድዎም ከአ ፡ ፩ ንሰይድ መሐመድ ሥሪአል … ፪ ንሰይድ ሐሰን — ፫ ንሰይድ ጃዕፈር — ፬ ንሰይድ ዓብደላ ማሕጁብ — ፭ ን… መሐመድ ሐሽም ፡፡

ከምዚሎም ፬ቲኦም የሕዋት አማቃቅልኦም ከምዚ ዝስዕብ እዩ ፡ ፩ ሰይድ … መድ ሥሪ አልካትም ፡ ን፪ተ ወለደ ንሰይድ እስማዒልን ንሰይድ መሐመድ ዑስማ… ለደ ፡ እዚአቶም ክልቲኦም የሕዋት አብ ቃሒሪ አብ ምስሪ አለዉ ፡ ፫ ሰይድ ጃ… ዝፈረዮም አብ ከረንን አብ አቑርደትን አለዉ ፡ አብ ከረን እካ ብዓል ኢብራሂም… ደላ ማሕጁብ ይብሃሉ አለዉ ፡ ፬ ሰይድ መሐመድ ሐሽም ን፪ተ አዋልድ ምስ … ሞቱ መቓብሮም ከአ አብ ሕንጥብሎ እዩ ንሶም ንሰቲን ማርያም ሰቲን ዓላዊያ ወ… ሰቲ ዓለዊያ አብ ሕንጥብሎ ምስ አቡአ ተቐብረት ፡ ሰቲ ማርያም ከአ አብ ሰዋኪ… ብረት ፡፡

ከምዚሎም አስያድ ይብሃሉ ዓሌቶም ካብ ቆረሽ ካብ ቤተሰብ ነቢይ እዮም… ረብ ግዜ እዮም ዝመጹ ፡፡ እዚ ጽሑፍ'ዚ ከምዚ አብ ላዕሊ ዝጠቀስናዮ ካብ ቤት… ብን ከምኡ ከዓ ምስ ካልእ ዓበይቲ መፃሕፍቲ ዝተሰማምዔ እዩ ፡፡

## ምጽዋዕ ዝተባህለሉ ዘመን ፡፡

ከምቲ አብ ዓድ ናይብ ዘሎ ዛንታ ካብ ጥንቲ ባጽዕ እዩ ዝነበረ ሽማ ምጽዋዕ… ባህለሉ እዋን ብዘበን ሐፀይ ሰርፀ ድንግል ቱርኩ ንኢትዮጵያ ፪ ግዜ ተዋጊኡ… ዝነበረ አብ ቅድም ሰሚናዮ አሎና አብ ብዙሕ ታሪኽ ዝተፈልጠ እዩ ንሶም ንቲ… ምስ ሰዓርዎ ፈጽሚ ካብ ምጽዋዕ እንተ ዘይአጥፊኤዮስ ዓደይ ኢትዮጵያ ሰላም አይ… ክብንያ ብማለት ሠራዊት ማእለያ ዘይብሉ ተኻታቲሎም ዘጥፍእዎ ንባጽዕ ሊኢ… እቲ ሠራዊት አብ ግራርን አብ ዕዳጋን ስጋብ ተደዓሊ ንብምድራ ከዲኖማ ነበሩ ፡፡

ንሳቶም እቶም ፀላእቲ ከዓ ናብ ውሽጢ ባጽዕን ዓብደልቃድርን ተሳጊሮም ብ… ይረአዩ ነበሩ ከምዚ ሎሚ ከዓ መሰጋገሪ ብልሐት አይነበረን ፡ ካብቶም ሠ… ከዓ ገለ ሐደ ክፍሊ ናብ ርእሲ ምድሪ ምሰፈሩ ንዕዳጋ ከይተመልሱ ከለዉ ፡ … መሊኡ ገለ ሐያሎ መዓልቲ ካብሎቶም ተፈሊዮም ይፀዋውዑ ነበሩ እሞ ዶሐር እ… ሰብ እታ ምጽዋዕ እናበሉ በታ ዝሐለፈት ናይ ፀገምሰሙን ብአ ምስ ጀመረት ምጽ… ተባህለት ስጋብ ሎሚ ይብል አብቲ ዛንትኦም ፡ ከምኡ'ውን አብ ካልእ ጽሑፍ… ቾሰ እዩ ፡፡

## ም ዕ ራ ፍ ፵፱ ።

### ምምጻእ መሮኒ ናብዚ ምድሪ ሐማሴን ።

አብዚ ምድሪ'ዚ ፍልም ዝአተወ ወዲ ኋሉቕ መሮኒ ይበሃል ነበረ፡ ንሱ ቅድሚ አብዚ ምድሪ ምምጽኡ አብ ደብሪ እንዳ ሥላሴ ፃዕዳ እምባ ነበረ፡ ካብኡ መጺኡ አብ ገሸናሽም ተቐመጠ ሽዑ እዚ ምድሪ እዚ ዱር ፀሊም ጠሊ ነበረ እሞ መሮኒ ከዓ ዓዲ ክገብር አብኡ ሐረዩ አብኡ ኰይኑ ንመርዌ ንኹሉ መትሕት ይገዝእ ነበረ፡ ንሱ ከዓ ን፫ ወዲ ወለደ ንማሉቕኒ ንፋሉቕኒ ንጫሉቕኒ ።

ሰለስቲአቶም ምስ ዓበዩ ማሉቕ ካብ የሕዋቱ ተፈልዩ ንምድሪ አከለ ጉዛይ አተወ፡ ፋሉቕ ከዓ አብ ዓመዒ አትዩ ተቐመጠ እቲ ፫ይ ሐዎም ጫሉቕ ግና ምሰቡኡ ተረፈ ። ፋሉቕ አብ ዓመዒ አትዩ ን፯ ወዲ ወለደ ንድምበዛኖይኒ ንምሕረትኒ ንተኽሥተኒ ንሽምረፀምኒ ንሽምረጥብኒ እቲ ሻድሻዮም አበይ ከምዚነበረ አይፍለጥን እዩ፡ ሐድጊ የብሉን ካብዞም ፭ተ የሕዋት ድምበዛኖይ ንደቀተሽምኒ ንቤት አስገደን ዝፈረዩ እዩ ።

ወረደ ምሕረት ከዓ ንዓዲ ሐንስ ዝፈረዩ እዩ፡ ተኽሥተ ብርሃን ከአ ንዓዲ ንአምን ዝፈረዩ እዩ፡ ሽምረፀም ከዓ ንዓዲ ኰሎምኒ ንደቀ ዘርኡን ዝፈረዩ እዩ፡ ሽምረጥብ ከዓ ፈራይ ኵሎም ንደቂ ተዓውቐ እዩ፡ ጫሉቕ ከዓ ዝርካቦም ንሱ ዝፈረዮም አብ ገሸናሽም አለዉ፡ ካብአቶም ዝውለዱ ከዓ በቢ ዘለውዎ ንጣር ንጣር ናብ ሠራዮን አብ ካልእ ዓዲን አይሰአኑን እዮም፡ ከምኡ መረታ ቀያሕትን መረታ ሰበነን ካብኡ እዮም ።

መሮኒ ፍልም ናብዚ ቅድሚ ምምፅኡ አብ ዓዱ አብ ደምቢያ ዓደምሐራ ምስ አቡኡ ኋልቕ ነበረ ደሐር ግና አብ በረኻ ብኒዓሚር ይቕመጥ ነበረ አቦታቱ ከዓ ከምዚ ኢሎም እዮም ዝወፅኡ ኋልቕ ወዲ ስና፡ ስና ወዲ ዳግማይ ሚናብ፡ ዳግማይ ሚናብ ወዲ ጉማ ጉማ ወዲ ስናሕ ስናሕ ወዲ ሽምሽማ ሽምሽማ ወዲ ሚናብ ቀዳማይ እዩ ።

እዚ ሚናብ'ዚ ሐደ እዋን ቤተ ሰቡ አኪቡ ካብ ደምቢያ ካብ ዓዱ ንምድሪ መትሀት አትዩ ስጋብ ከሰላ ምስደቁ ኰብለለ ደቁ ከዓ ርስቲ ከይሐዙ ብዙኅ እዋን ነበሩ፡ ካብዚ ሚናብ'ዚ ከዓ ንላዕሊ ዘሎ ወለዶ ስጋብ ሳኦል ወልደቂስ ንጉሥ እስራኤል ሰላሳ ዝአክል ወለዶ አሎ፡ እንተኾነ ሽሞም አጽሪዩ ዝፈልዮ የልቦን ካብ ሳኦል ወልደቂስ ስጋብ ቀዳማይ ሚናብ ዓቢ ወዲ ያዕቆብ ዘለዉ መጻሕፍቲ እስራኤል ንኵሎም በብሐደ ይቖርሖም እዩ ።

ገለ ከዓ አይፋል አቦታት መሮኒ ከምዚ እዮም ይብሉ፡ መሮኒ ወዲ ጉማ ጉማ ወዲ ኋልቕ ኋልቕ ወዲ ብሩኽ ብሩኽ ወዲ ሽማንጉሥ ሽማንጉሥ ወዲ ድምበዛን ድምበዛን ወዲ ቆርበት ቆርበት ወዲ ሃማ ሃማ ወዲ ኋልቕ ኋልቕ ወዲ አፈወርቂ አፈወርቂ ወዲ ሳኦል ሳኦል ወዲ ወልደቂስ ወልደቂስ ወዲ ሚናብ ዳግማይ ዳግማይ ሚናብ ወዲ ደምሽማ ደምሽማ ወዲ ሚናብ ቀዳማይ ሚናብ ቀዳማይ ወዲ ያዕቆብ፡ ገሊአቶም ድማ ካብ ደምብያ ዝመጸ ኋልቕ እዩ ይብሉ፡ ገለ ከአ አይፋል አቦታት መሮኒስ ከምዚ ዝስዕብ ጌሮም



ይቈርሕዎም መሮኒ ወዲ ሽማጡር ሽማጡር ወዲ ደምባይ ደምባይ ወዲ ያዕቖብ ዳግማይ ያዕቆብ ዳግማይ ወዲ ሠምረጨን ሠምረጨን ወዲ ሚናብ ካብ ደምቢያ ዝመ… ደምባይ እዩ ይብሉ ።

### ዛ ን ታ ገ ሸ ና ሽ ም ።

ብድሕሪ እዚ አቡኦም መሮኒ አሪጉ ዓዲ ምስወዓለ ጫሉቕ ነቶም ክልተ የሕዋ… ካብ ዘለውዎ ሊኢኹ ንዑ ነቦኹም ቀልቡ ኢሉ አምፅኦም ንሳቶም ከዓ ሐቂ መሲ… ዎም ፋሉቕኒ ማሉቕኒ ንገሸናሽም ወረዱ ሽዑ ከዓ አቡኦም መሮኒ ሞይቱ ጸንሐም መይቱ ክነሱ ደአሉ ከምዚ ዘለና ኢሎም ንቅተሎ ኢሎም ተማኸሩ ።

ደሐር ግና ተጣዒሾም ክውለድ ሪእናዮስ፡ ከመይ ጌርና ክንቀትሎ ኢሎም ሐ… ደግዎ፡ ደሐር ሐዘኖም ምስወድኡ መቓብር አቦም ሪኦም ክብገሡ ከለዉ ንጫሉቕ ከምዚ ኢሎም ተበገሱ ቍሸት አየደምብርካ፡ ነዛ ዳዕሮ አየምልእኻ፡ ድራር ዕለት አይኽላእ… ኢሎም ረጊሞም ነንዓዶም ከዱ ።

ዘርኢ ማሉቕ ከዓ ከምቲ መርገም የሕዋቱ በጺሕዎ ካልእ ዓዲ አይፈለየን ቍሸ… ከዓ አይወሰኽን ዝርካቦም ዘርኡ ስጋብ ለይቲሎም አብታ ናይ ጥንቲ ዓዲ አቦኦም ተ… ኪቦም ከምዘለዉ አብአ አለዉ፡ እታ ዓዲ ዝቕመጥዋ ዘለዉ ከዓ ሽማ ገሸናሽም ት… ሃል ንሳቶም ከዓ አዚዮም ሒደት እዮም ዘርኦም ክንድቲ ዚአክል ብዝሒ የብሎምን፡

ሕጅ እዞም ዘርኢ ጫሉቕ ዝኾኑ እንተ ተአከቡ ከም ዘለዉ ልክዕ ጽላል ዳዕሮ ድአ'ምበር ካብአ አይሐልፉን እዮም፡ ስጋብ ሎም በዛሕና እንተሉ ዋላኳ ካብ ሐንቲ ጽላል ዳዕሮ አይሐልፉን እዮም ።

ከምኡ ከዓ ብጸጋ ናይ ሥጋ ካብዞም ዓሌት እዚኦም ንድራር ዕለትን ንኽዳን ድአ እምበር ንኒሕኒ ንዘጃህር ሀብቲ ካብ መሬት ኾነ ካብ ማል ኾነ የብሎምን፡ ስለዚ በሐቂ… በቲ እዋንቲ መርገም የሕዋት ፍጹም እዩ ዝነበረ ክንብል ዝመስል እዩ ።

ዘርኢ እቶም ክልተ የሕዋቱ ፋሉቕኒ ማሉቕኒ ግና አዚዮም ብዙሐት በዚሖም ንም… ድሪ ከዲኖማ ምልእ ኢሎም አለዉ፡ ካብዚኦም ሕጅ አብዚ ምድሪ ሐማሴን ዋናታት… ኰይኖም ዝርአዩ ዘለዉ ዘርኢ ተሽም በሐዳፍኡ ደቂ ተስፋጼን አዚዮም ሰብ ማርዳን… ሰብ ጋማን ቀሚሽን ስጋብ ለይቲ ሎም ምርኡያት በብዘለውዎ ዕቤት አጸቢቖም ዓደቡ… አም ሕጆም አብ ኵሉ መኻን ዕውዓትን ሰብ ዓራትን ኮይኖም አለዉ ።

ደቂ ማሉቕ ከአ ዝሐዝዎን ተረሰትዎን ዓዲ አብ አከለ ጉዛይ ሐሐሊፉ ፍሉጥ እዩ፡ መቓብር መሮኒ ከዓ ሥጋብ ሕጅ ፍሉጥ መኻን እዩ ።

ንሱ ናብታ ጥቓ ጻዕዳ እምባ መገዲ ዘሎ ዑናታት ድአ'ምበር ሕጅ ቤት የብሉን ሀሮሮማ በረኻ ኰይኑ አሎ፡ እላባን ዱር ፀሊምን እዩ፡ ስጋብ ብዙሕ እዋን ደቂ ማሉቕ ካብ አከለ ጉዛይ ዓመት ዓመት እናመጹ መቓብር አቦና እናሉ ዋዕላ ይገብሩ ነበሩ፡ መቓብር አቦና እናሉ ፩ ዓቢ ጨርሒ ጨርሔሙሉ ስጋብ ሕጅ አሎ ።

ፈለማ ቤተ ክርስቲያን ቅዱስ ሚካኤል ታቦት ነበሮ ደሐር ግና ንሱ ተሪፉ ናብቲ
ፈለማ ቤተ ክርስቲያን ቅዱስ ሚካኤል ታቦት ነበሮ ደሐር ግና ንሱ ተሪፉ ናብቲ ጐደብኡ ሐደ ክልእ ታቦት ቤተ ክርስቲያን እንዳ መድኃኔ ዓለም ተሠሪሒዎ አሎ።

## ወለዶ ሰብ ገሸናሽም።

እዞም ሰብ ገሸናሽም ዝበሃሉ ባዕላቶም ንሕና ዘርእና ካብ ፋሉቕ ኢና ይብሉ ከምኡ ከዓ ዛንታ መርመርቲ ነዚ ወረ'ዚ ድግም ይደግምዎ ብዙሐት ይቕበልዎ ስለዚ ወለዶኦም ከዓ ከምዚ እዩ ይብሉ፤ ፈለማ ፋሉቕ አብ ቤት አቡኡ ዝተረፈ ንሱ እዩ እሞ አብኡ ኽይኑ ከዓ ንደምበዛንኒ ንመፃጉዕኒ ንቡርኽናን ንጀ ወለደ፤ ካብአቶም ክንቲባ ተቢሂሉ ደምበዛን ንጀ አወዳት ወለደ፤ ብርኩና ከዓ ንገሸናሽም ወለደ እዚ ገሸ ናሽም እዚ እዩ የሕዋቱ ዝረገምዎ ይብሉ። ጫሉቕ ንገሸናሽምን ንመረታ ሰበነን መረታ ቐይሕን ዝፈረየ እዩ። ገሸናሽም ከዓ ንገሸናሽም ዝፈረየ እዩ።

## ምዕራፍ ፳፫።

## ወለዶ ወረደ ምሕረት።

ወረደ ምሕረት ከዓ ፈለማ ካብ እንዳቡኡ ካብ ዓመዒ ወዒኡ ናብ ዓተከሌዛን አትዩ ተቐመጠ፤ ንሱ ንክንቲባ ሐንስ ወለደ ክንቲባ ሐንስ ከዓ ንዓድተከሌዛን ሐዲጉ ናብ ዓደሐንስ አተወ፤ ንሱ ብሽመት ስጋብ ባሕሪ ይገዝእ ነበረ።

ብዘበኖም አተሽም አብ ትሕቲኦም ኰይኑ ገባርን ሐዳጊን ናቶም ነበረ፤ ንሶም ከዓ እዮም ዘዕበይዎ ብዘበን ሐፀይ ዓምደጽዮን በዚ ዘበንዚ እዮም ጭዋ ዝበሃሉ ናብዚ ሐማሴን ሠራይት ዝመጹ ሽዑ አባ ናፍር ዝበሃሉ አብ ፃዕዳ ኽስታን ዝነበሩ፤ እቶ ሽም ከዓ አዚዩ በጽሒ ምስኰነ ንወይዘሮ ባሕሮ በዓልቲ ሠራዬ ጓል በግአጽዮን ወዲ አድከመ ንዓአ የእተዩ ካብአ ንሐደ ተስፋ ጽዮን ምስ ወለደት መኸነት፤ ክንቲባ ሐንስ ከዓ ንያዕቆብ ዝበሃል ሐደ ወዲ ወለዱ፤ ንሱ ዝፈረዮም ከዓ ዝርከቦም አብ ዓዲ ሐንስ አለዉ፤ እታ ዓዲ ከዓ ስጋብ ሎም ብሽሞም ትጽዋዕ አላ።

ከምኡ ከዓ እዞም አብ ደብሪ ዓድሐንስ ዘለዉ ደቂ ሠመረ ገለ ሰብ ዛንታ ደቂ ክንቲባ ሐንስ አይኰኑን ዝብሉ አለዉ፤ ሠመረ ጓስኦም ዘዕበይዎ ወዲ ከዓ እሙን ጊሊ እዮም ከነሱ ብዘመተ ባህ አቢልዎም ስለ ዝነበረ፤ ሐደ ምዕልቲ አነ ዝደለኻዮ ተዛረብ ከሀበካ ኢሎም መሐልሉ።

ንሱ ከዓ ርስቲ ተመነ፤ ሽዑ ንሶም ሰምቢዶም አነስ ጥሪት ሽመት ሀብቲ ትምነ መሲሉኒ እምበር ርስትን ውሉድንዶ ይዕደል ኢሎም አዚዮም ጕሀዩ እሞ፤ እንተኸነ ቓል ኪዳን ዕኑዕ እዩ ዝነበረ፤ ስለዚ በቲ ኺዳኖም ጸኒዖም ደር ንዛእ ኢሎም ነዛ ሕጅ ዘለውዎ ዘርኢ ናቱ ዓዲ ሐንስ ርስቶም እያ ወዶም ግና አይኰነን።



## ዘርኢ ተኸሥተ ብርሃን።

ተኸሥተ ብርሃን ካብ ዓደቡኡ ወጺኡ አብ ዓዲ ንአምን ንሱ ባዕሉ አትዩ ዓ… ሐዘ፤ ንሱ ንንአምንኒ — ንዕንኩርኒ ን፪ቲኦም ወለደ፤ ካብዚኦም ንአምን ንሞሲ ብርሃን… - ንአካለ ብርሃንን - ንሠረቀ ብርሃንን ን፫ቲኦም ወለደ።

እታ ዓዲ ድማ ብሽሙ ዓዲ ንአምን ትብሃል አላ፤ ካብዚኦም ፫ተ የሕዋት ከአ እ… ሠረቀ ብርሃን ዝብሃል ንተዓረዝጊኒ - ንበግዓጮንኒ - ንቴድሮስኒ - ነውዓሎምኒ ነ… ኦም ፬ተ ወለደ፤ ካብዚኦም ተዓረዝጊን በግዓ ጮንን ክልቲኦም ካብኡ ወጺኦም አ… ምለዛናይ ወሪዶም አብኡ ነዞም ሕጂ ዘለዉ ፈረዩ።

ከምኡ በግዓ ጮን አብ ዓዲ ቐሺ፤ ዓድ ኢዮአስ ዝብሃሉ ዝፈረየ እዩ፤ ቴድሮስ ክ… ካብኡ ወጺኡ ንዓድ ዕጀል ዝፈረየ እዩ፤ ካብኦም እተፈልዩ አሕዋቶም ከአ ዓድ ዕጀ… አብረሽቖ አለዉ፤ ዘርኢ ዕንኩር ከአ ዝርከቦም አብ ዓዲ ንአምን አለዉ፤ ከከም… ሎም ኩሎም እዚኦም ብሐደ ሽም ደቂ ተኸሥተ ብርሃን ይብሃሉ።

## ዘርኢ ሽምረፀም።

ሽምረፀም ከአ ናብ ዋልታ መድሐኒት ዝሽማ ዓንሰባ ከይዱ ተቐመጠ፤ ንሱ ክ… ንዘርኡ ወለደ፤ ዘርኡ ከአ ንመላብስ ወይ ከአ ንመላብሶ ወለደ፤ ናብ ዋልታ መድሐ… ኒት ከአ ተቐመጠ።

ንሱ መላብሶ ንብርሃንኒ - ንምሳ ብርሃንኒ ን፪ተ ወለደ፤ ምሳ ብርሃን አብ ደቂ ዘር… እተባህለት ዓዲ ዓንሰባ ተቐመጠ፤ አብኡ ከአ ፈረዮ። ብርሃን ከአ ናብ ደቂ ዘርኡ ደም… ዛን አትዩ ናብኡ ተቐመጠ፤ ክልቲኡ ዓዲ ከምዚሉ ብሽም አቡኦም ደቂ ዘርኡ ተባሂለ… ይስመያ አለዋ። ዘርኢ ብርሃን አብ ደምበዛን ደቂ ዘርኡ ኰይኑ ንበአሚንን — ንሽ… ረብን — ንሽምረጨንን — ንኸሪፍን ን፬ተ ወለደ፤ ካብኦም ከአ ሽምረጨን ንያ… ቆብን — ንዓገባን — ንሃብተስላሰን ነዚኦም ፫ተ ወለደ።

ካብዚኦም ዓገባ ንዓደኰሎም ሰዓበ፤ ያዕቆብ ንደቂ ዘርኡ ዓንሰባ ተመልሰ፤ ሃብ… ሥላሴ ምስ ሐወቡኡ ምስ ከሪፍ አብ ደቂ ዘርኡ ድምበዛን ተረፈ፤ ደድሕሪኡ ከአ ደ… ሐዉ በአሚን ካብ ደቂ ዘርኡ መጺኦም ሰዓብዎ፤ ከምዚሎም ደቂ ሽምረፀም ገሌኦ… ዓድ ኵሎም ገሊኦም ናብዘን ክልተ ደቂ ዘርኡ አለዉ።

## ወለዶ ሽም ረጥብ።

ሽም ረጥብ አብ ዓደቡኡ ተቐሚጡ ንቢደልኒ — ንተዓውቀን ን፪ተ ወለደ፤ ካ… ዚኦም ቢደል ፍልም ንዓዲ ቢደል ሐዘ፤ ተዓውቀ ድማ ናብ ዓመፂ ሐያለ እዋን ም… ጸንሔ፤ ብድሕሪኡ ንዓዲ ተከሌዛን ተሳገረ፤ ደሐር ግና ናብ ዓመፂ አትዮም ተረሰቱ… ከምዚሎም ዘርኢ ቢደል አብ ዓመፂን አብ ዓዲ ቢደልን አለዉ።

እቲ ክልአይ ወዲ ሽም ረጥብ ተዓውቀ ዝብሃል ነብርሃን — ንሠመረጨንን — ንተ ክለዛንን ነዚኦም ን፫ተ ወለደ፡ ሠመረጨን ዝፈረዮም አብ መትሕት ምስ ቢሌን መዳ ውብቶም አለዉ፡ አብ ሐልሐል ገጾም እዮም ምድሪ ሒዞም ዘለዉ፡ ዘርኢ አብርሃ ከአ ደድሕሪኦም ንሐልሐል ስዓቡ፡ ዓድ ገብሻን ዓድ ፀፍዓን ይብሃሉ፡ ካብአቶም ዝተረፉ ደቂ ጴጥሮስ አለውዎም ።

ተክሌዛን ግና ናብዛ ሕጂ ብሽሙ እትጽዋዕ ዘላ ዓዲ ናብአ ተረፈ፡ ንዓተክሌዛን ምስ ጐዶቦታታ፡ ንዋራን ንድግድግን ንእምባ ደርሆን ከምኡ ከአ አብ ደምበዛን ሐያለ አለዉ፡ ከምዚሎም ደቂ ተክሌዛን ይብሃሉ፡ ስለዚ ተክሌዛን ፈራይ ዓድ ተ'ኽለ ሃይማ ኖትን ዓድ ክፍሎምን ዓድ ኤሉስን እዩ፡ ወለድኦም ድማ ከምዚ ዝስዕብ እዩ፡ ተክለ ዛን ንሠራው ሰገድ ወለደ፡ ሠራው ሰገድ ንፍረ መ'ኻእ ወለደ፡ ፍረ መ'ኻእ ከአ ንተ'ኽለ ሃይማኖትን - ንህብታይን ወለደ ።

ካብዚኦም ተ'ኽለ ሃይማኖት ንዓድ ተ'ኽለ ሃይማኖት ዝፈረዮ እዩ። ህብታይ ከአ ንስ ብሐት ለአብ ወለደ፡ ስብሐት ለአብ ንፍቕሮይ ወለደ፡ ፍቕሮይ ንክንቲባ ገብረ ሥላሴ ወለደ፡ ክንቲባ ገብረ ሥላሴ ንስገዶምን - ንክንቲባ ክፍሎምን ወለደ፡ ካብዚኦም ክንቲባ ክፍሎም ንዓዲ ክንቲባ ክፍሎም ዝፈረዮ እዩ፡ አስገዶም ከአ ንዓድ ኤሉስ ዝፈረዮ እዩ።

<u>ም ዕ ራ ፍ ፳፩ ።</u>

## ወ ለ ዶ ክ ን ቲ ባ ድ ም በ ዛ ኖ ይ ።

ክንቲባ ድምበዛኖይ ወዲ ፋሉቕ፡ ካብ እንዳቡኡ ካብ ዓመፂ ወፂኡ ናብ ምለዛኖይ ዓንሰባ አትዩ ተቐመጠ፡ ንሱ ንዛኖይ ወለደ፡ ብዛዕባ እዚ እታ ዓዲ ምለዛኖይ ተብሂላ ትጽዋዕ አላ ምላድ ዛኖይ ማለት እዩ፡ ዛኖይ ከአ ካብአ ወጺኡ ንኳንድባ አቶ፡ አብኡ ኰይኑ ንሐሙሽተ አወዳት ወለደ፡ ሽሞም ከአ ከምዚ እዮም ዝብሃሉ፤ ፩ይ ንሰለሙን - ፪ይ ንመ'ኽተርን - ፫ይ ንሐደምበስን - ፬ይ ንሕዝፀይን - ንሐያሎን ነዚኦም ወለደ።

ሐያሎ ግና አዲኡ ንበይና እያ፡ ካብ ሰበይቲ ኋስኡ ብዓመጽ ስለ ዝተወልደ፡ በሐ ይሊ እዩ ተወልደ ባህለት ሐያሎ የለቶ ። በዚ ምኽንያት እዚ በሐይሉ ተባህለ፡ ከምዚ ሎም ሐሙሽተ ደቂ ዛኖይ ይብሃሉ ።

ካብኦም ሰለሙን ንደቂ ገብሩ ከምዘለዉ ዝፈረዮ እዩ፡ መ'ኽተር ከአ ንደቀምሐረ ወጸ፡ ገብሩ ግና አብታ ሕጂ ብሽሙ ትጽዋዕ ዘላ ዓዲ ገብሩ ንዓአ ፈረዮ፡ መ'ኽተር ከአ ንመሐሪ ወለደ፡ መሐሪ ከአ ንደቀምሐረ ዝፈረዮ እዩ። ሐያሎ ንሐያሎት ፈረዮ፡ ሐደምበስ ከአ ናብ እንዳቡኡ ተረፈ፡ ንሱ ንብእምነት ወለደ፡ ብእምነት ከአ ነስገዶም - ንፋሬም'ኻእን - ንሥሙርን - ንዘርአ ብሩ'ኽን ከምዚሉ ን፬ተ ወለደ።

ዘርኢ ሥሙር አብ እምባደርሆ አለዉ፡ ካብአቶም ዘርአ ብሩ'ኽ፡ ዘርኡ ዝርካቦም አብ ተዓንደር አለዉ፡ ገሊኦም ከአ አብ እምባ ደርሆ አለዉ። አስገዶም ከአ ቅድም



አብ ሹም ጅምሩቕ ነበረ፡ ካብኡ ንእምባ ደርሆ አቶ፡ ደሐር ከአ ንእምባ ደርሆ ሐዲ ንበረ'ኽኡ አተወ፡ ንሱ ከአ ፯ተ ወለደ፡ ሽሞም ከአ መዓተይ - ሥሙር -- ተስፉ - አድከመ — ብሐይላይ — ሃብተጨን — ገንሸል ይብሃሉ። ከምዚሎም ኵሎም በ ሽም አቡኦም ቤተ አስገደ ይብሃሉ።

እቶም ዝበዝሑ አብ ምድሪ ሐባብ በርከት በዚሖም አለዉ፡ ካብዞም ሸውዓተ ቤ ዝቕራሕናዮም ቁሩብ አብ ዓዲ ንፋስ አለውዎም፡ ፫ተ ሐባብ ግና አየሕዋትናን ዝብለ አለዉ፡ ምኽንያቱ ከአ ሐደ እዋን፡ ካብዞም ሐባብ ቤተስገደ ደቂ ሽከር ምስ ስሐር አብ ጊንዳዕ ኵናት ገጢሞም ነበሩ እሞ ተሳዕሩ፡ ደሐር ንሳቶም ንዓዲ ንፋስ ሐግዘ ኢሎም ሰብ ለአ'ኩሎም ዓዲ ንፋስ ግና አበይዎም፡ በዚ እተላዕለ አየሕዋትናን ገላ አስገደ ደአምበር ሕውነት ምሳና የብሎምን ይብሉ፡ እንተ'ኾነ አልዒሎም ክሕስዉ እ በር ብሐቂ የሕዋቶም ደቂ አስገደ እዮም፡ ሕዝባይ ወዲ ዛኖይ ከአ ንአቶ ሽም ወለደ አቶ ሽም ከአ ን'ኵሎም አቦታትና ጸዓዘጋን ሐዘጋን ከምዘለዉ ደቂ ተሽም ፈረዮ።

<u>ወ ለ ዶ ደ ቂ ቢ ደ ል ።</u>

እዞም ደቂ ቢደል ዝኾኑ ንሕና ካብ ፋሉቕ ኢና ይብሉ፡ ቢደል ወዲ ደምበዛ መፃጕዕ ሐዎም ንበዓል ወረደ ምሕረት - ሽምረጥብን - ተኽሥተ ብርሃንን - ዛኖይ ይብሉ፡ ሐያሎይ ግና ነዚ ዘይቕበሉ አለዉ፡ እቲ ሻድሻይ ወዲ ደምበዛን ይትረፍ ዶ ዘርኡ፡ ሽሙ እኳ አይፍለጥን እዩ ዝነበረ፡ ከመይ ካብ እንዳቡኡ አብ መሮር ከይዳ እዩ ዝጠፍኤ።

እዞም ሎሚ ቢደል ሚደል ዝብሃሉ ሕዝቢ ደቁ አይኮኑን፡ ሐሲዮም እዮም ዝብለ አለዉ። እንተ'ኾነ ወዲ ደምበዛን ቢደል ከምቲ ባዕላቶም ዝብልዎ መማን እንተ'ኾይነ ከምዚ እዩ፡ ቢደል አብ ጐዳጕዲ ኮይኑ ንሽማ ንጉስን — ንዕላማን — ንተ'ኽላይን ነዚ ኦም ወለደ፡ ካብዚኦም ሽማ ንጉሥ አብ ጐዳጕዲ ኮይኑ ብዘበን ንጉሥ ኢያሱ ንእሽቶ አብ ዘመተ ውዒሉ ርስቲ ገበሩሉ፡ ዘርኡ ከአ ከምዘለዉ ንክልተ ሽማንጉሥ ፈረዮ።

ዘርኢ ዕላማ ከአ ዝርካቦም ገለ ናብ ሽማ ንጉሥ ላዕላይ ምስ ደቂ ሐወቡኦም አለዉ፡ ገሊኦም ከአ አብ በረ'ኻ መትሕት አለዉ፡ እቲ ሳልሳዮም ከአ ንተ'ኽላይ ወለደ ተ'ኽላይ ከአ ንዓድተክላይ ብሐንሳብ ምስ ሐዉ ርስቲ ገበሩ፡ ሕጂ ግና ዝበዝሑ ደቂ ተ'ኽላይ ናብ በረ'ኻ መትሕት በርከት አለዉ።

<u>ም ዕ ራ ፍ ፳፪ ።</u>

## ቤ ት አ ስ ገ ደ ።

ከምዚ ዝብሉ ገሊኦም ሰብ ዛንታ አለዉ፡ አስገደ ባህለት ጥንቲ ቅድሚ ምላደ ክርስቶስ ዝነበሩ ሕዝቢ ኢትዮጵያ፡ ካብአቶም ሐደ ፍሉጥ ሽም ነበረ፡ እዚ አስገደ እዚ ግና ሽሙ ሠምረ ልዑል እዩ ዝብሃል፡ ንሱ ከአ ብሽም ፈረሱ አስገደ ተባህለ፡

ንሱ ከአ ወዲ ሐደምበስ እዩ ፡ ንሱ ነ፬ተ አወዳት ወለደ ፡ ሽሞም ከአ ከምዚ እዩ ፡ ፩ይ ንጓዕዳድኒ — ፪ይ ንሐራኒ — ፫ይ ንሥሙርኒ — ፬ይ ንጉጬትኒ ።

ጉጬትን ሥሙርን ዝፈረይዎም አብ ሽረ አለዉ ፡ ዘርኢ ሐራን ጓዕዳድን በቲ ሽም ሐደኳ ንሽም የብሎምን ። ዘርኢ ሥሙር ገሊኦም አብ እምባ ደርሆ ገዛ ሽማግለ ዝብሃሉ አለዉ ፡ አስገደ ባዕሉ ንጓል ናይብ ዑመር ፃዕዳ እተባህለት የእትዩ ነ፬ተ አወዳት ወለደ ፡ ሽሞም ከአ ከምዚ እዩ ፡ ፩ይ ንአድከመን — ፪ይ ንተስፋውን — ፫ይ ንገርጊሽን — ፬ይ ንግርኒትን ነዚኦም ወለደ ። መሊሹ ከአ ንሐንቲ በዓልቲ ምለዛኖይ የእትዩ ን፫ተ ወለደ ፡ ሽሞም ከአ ከምዚ እዩ ፡ ፩ይ ንአብርሃምን — ፪ይ ንሥሙርን — ፫ይ ንጀንክርን ወለደ ፡ ከምዚሎም ፯ተ ደቀስገደ ይብሃሉ ።

ሐደምበስ አቦ አስገደ ቅድም አብ ዓዲ አዲኡ አብ ሽረ ንበአሚን አብኡ እዩ ዝወለዶ ሕጇ እኳ ዘርኢ በአሚን አብ ሽረ ገለ አለዉ ፡ ደቂ ግርኔት ን፫ተ መፍለስ ዝፈረዩ እዮም ። ካብ ደቂ ገርጊሽ ከአ ፍርቂ አብ እምባ ደርሆ ፡ ፍርቂ ከአ አብ ዓድ ንፋስ አለዉ ፡ ካብ ዘርኢ አስገደ አብ አከለ ጉዛይ አብ ሰገነይቲ አለውዎም ፡ ገለ አብ አኸሩር ፡ ገለ አብ ሒቦ ፡ ከምኡ ከአ አብ ምድሪ ሠራዩ ታሕቲ ቆላ ሐሐሊፎም ንጣር አይስአንዎምን እዮም ።

ከንቲባ አስገደ ብዘበን ሀፀይ ንብለ ድንግል እዩ ዝነበረ ፡ በዚ እዋንዚ ንሱ ሰቡ አኪቡ ምስቲ ገዛእ ሃገር ኤርትራ መረብ ምላሽ ዝነበረ ተስፋልዑል ሐቢሩ ብሐንሳብ ክልተሳዕ ተዋጊኡ ንደብረ ቢዘን ካብ ቁጣዓ ግራይ ንእዋኑ ደሐንት ይብሃል ፡ ዘበኑ ብ፩ሽሕን ፭፻፶፪ ዓመተ ምሕረት አቢሉ እዩ ። አብ መወዳእታኡ ግና ግራይ ንተስፋልዑል ቀተሎ ፡ ግራይ ከአ መደበር ሠራዊቱ አውራ አብ ድባርዋ ገበረ ።

በዚ እዋንዚ ሀፀይ ንብለ ድንግል ዝገብርዎ ምስ ጠፍኦም ናብ ደብረ ዳሞ ሐኸሩ ፡ እታ ገዳም ከአ ብኸሳ ጸድፊ እያ ብገመድ ተወዚብካ እያ እትውጻእ ፡ ብየማን ብጸጋም መሕኰሪ የብላን ፡ ንጉሥ ከአ ንገለ ሐጻር እዋን አብአ ተማዕቀቡ ፡ እንተኾነ ብጥሜት ዝገብርዎ ምስ ጠፍኦም ስጋብ ዘንጊ ወርቆምን ቃለቤቶምን ሽይጦም ንእዋኑ ተነስኡ መወዳእታኡ ግና ብሕርቕርቐትን ብዓቕሊ ጽበትን አብአ ነቐጹ አብታ እግሪ ጸድፊ ድማ ተቐብሩ ።

ብድሕሪኦም ግና ድሕሪ ክንደይ ጸገምን ትዓብን አብ ኢትዮጵያ ራህዋ ኮነ ፡ እንተ ግራይ አሕመድ ማእለያ ዘይብሉ ሕዝቢ ሐመድ ገበሮ ፡ ንኽንደይ ቤተ ክርስቲያናት ከአ አልቦ ንብሃገራ የዕነዋ ፡ እቲ እዋንቲ ምድሪ ሐበሻ ብዲማ ትተርፍ እምበር ከምዚ ኢላ ትሐዊ ዝብል ሐደኳ አይነበረን እናሉ ሰብ ክልእ ሃገራት ዝጸሐፍዎ ዘንታ እንተ ምበብና ብሐዳፍኡ ዘሡክሕ እዩ ።

ብሐደ ሸነኽ ድማ እቶም አቦታትና ዓበይትን አናእሽቱን ካህናትን ፈለስትን ዘርባዕባዕ ከየሉ ብሽም እግዚአብሔር እናጸውኡ ደአምበር ፡ ብሽም መሐመድ ወለምለም ከየሉ ፈትዮም መሥዋእት ኮይኖም ተሰየፉ ፡ ከምኡ ከአ እቶም ሽማምትን ገባራትን በብመኻኖም አሰይፎም ሲሒሎም ኵናቶም አብሊሖም ብትብዓት አብቲ ማእከል



ሰጡቕ ሠራዊት ግራይ ድርግም እናሉ ሬሳን ንሬሳን ይዝሕዝሕዎን ይዓጽድዎን ነበሩ ። እንተኸነ እቶም ጸላእቶም ብብዝሕን በጽዋርን ይዕብልልዎም ነበሩ ፡ ከምዚሎም አቦታ ትና ሰብ ማርዳን ሰብ ግዳይን ብዙኃት ሹማምንቲ ብኢድ ግራይ ተወድኡ ፡ እንተኸነ እቲ ናታቶም ሞት ንዓዶምን ንዘርኦምን ቀዳዊና ኮነ ።

ከምቶም ክልኦት የሕዋትና ወሰነ ወሰን ዘለዉ ሃይማኖቶም ለዊጦም ጸጋ አምላኽ ርሒቕዎም መጸውዒ ሽም ዘይብሎም ዝተረፉ አይኮናን ። አቦታትና ቀሳውስቲ ብጸሎቶም እቲ አብ ዓለም ብኩናት ዝመጽእ መዓት አብ ልዕሊኦም በብእዋኑ ዝፍጸሞም ዝነበረ ዓመጽ ስለ ዘሕለፉ ፡ እቲ ኵሉ ቤተ ክርስቲያናት ቀኒዑ ፡ እቲ ሕዝቢ በዚሑን ፈርዩን ፡ መንግሥቶም ተኺሎም ዘንትኦም ስጋብ ኵሉ ዓለም ተዘርጊሑ ፡ ብሽም አቦና ኢትዮጵያ ንስመ አሎና ።

ከምኡ ከአ ከምቲ አብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮ አብ ሽረ ዝርከቡ ደቂ አስገደ ዝሐዝዎ መሬትን ዓድን ክንሰሚ ፡ እኒ ማይ ድሙ እኒ ዓልጌን እኒ ዓደ በዙት እኒ ሆሆዩ እኒ ከሳድ ጋበ እኒ ፃዕዳ እምባ እኒ ዓድ ደጐል እኒ እንዳያርግስ እኒ ማይ አምበላ እኒ በራቖ እኒ ዘናቖደ እኒ ዓዲ አምቡሉ እኒ ዓዲ ቀዲዳ እኒ ዓድ ዜሌዲን እኒ ዓዲ ቐሰተ ዓጋም ፡ ከምዚሎም ብዙኃት ደቂ አስገደ አለዉ ።

ብጀካ አብዚ ጸብጺብናዮ ዘሎና ካብዚኦቶም እተፈልዩ ሐሐሊፎም ምስ ካልእ ዓሌት ንጣር አይስአኑን እዮም ፡ ነዚኦቶም ዘተሐዳድር ምስሌነ ደቂ አስገደ ዋና ምኽ ግጡ አብ ማይ ድሙ እዩ ዝነበረ ስጋብ ለይቲ ሎም አብኡ እዩ ፡ መዓርጎም ካብ ቀደሙ ፊተውራሪ እዩ ፡ እቶም ዝተረፉ አብ ኤርትራ ዘለዉ የሕዋቶም ከአ ላዕለዎቶምን ታሕ ተዎቶምን ካብ ቀደም ከንቲባ እዮም ዝጽውዑ ፡ ስጋብ ለይቲ ሎም ነገደ አስገደ በሐ ጺሩ ዘርኦም በዚ ነዓጹ አሎና ።

ም ዕ ራ ፍ ፳፫ ።

| ፯ ተ ደ ቂ አ ቶ ሽ ም ሻ ሙ ና ዮ ም ሙ ሣ ። |
|---|

ሕዝባይ ፈዳይ ሕነ ፡ ሕዝባይ ቅድም ምስ ሐዉ አብ እንዳቡኡ ምስ ሐደምበስ ነበረ ፡ ደሐር ግና ጓል ደቂ ሽሐይ ካብ እንዳ ዘክርስቶስ የእቶ እሞ ንቑሩብ እዋን አብ እንዳ ሰበይቱ ይቕመጥ ነበረ ። ካብኡ እቶም እንዳ የሕሙኡ ምስአቶም ብገለ ነገር ተጻ ሊኡ አብ ሞሮር በይኑ ምስ ረኸብዎ ንሕዝባይ ኤኢዶም ቅትኪቶም ሞይቱ ኢሎም አብ ዱር ጕሲሶም ሐቢኦሞ ንዓዶም አተዉ ።

ደሐር ሐንቲ ካብ ዓዲ ሐንስ ፡ ባርያ ናይ እንዳ ከንቲባ ሐንስ ዕንጨይቲ ክትአራሪ ኢላ ጉምብሕ እንተ በለት ፡ ሕዝባይ ዘግ ኢሉ ረአየቶ ፡ ንሳ ሸዑ እና የእወየት ንዓዲ ሐንስ አቶት ፡ ከንቲባ ሐንስ ብአውያት እናህፈፉ መጺኦም እንተ ረአዩ ፡ ሕዝባይ አብአ ተራዒቱ አፍ የብሉ መለፍለፍ የብሉ ምስ ረኸብዎ ፡ ብቓሬዛ ተሸኪሞም ንዓዱ ንኺን ድባ ናብ ስድርኡ አብጺሖም ንዓዶም ተመልሱ ።

ብድሕሪኡ ሕዝባይ ምስ ሐወየ ንዓደምሐራ ንምድሪ ሽዋ ናብቶም ቀድሚ ሀፀይ ፃዊት ዝነበሩ ንጉሥ ሕዝባይ ናብኦም አትዩ ብዙሕ እዋን ጊላ ናቶም ኰይኑ ተቐመጠ፡ ኣብኡ ከአ ንሐንቲ አምሐረይቲ አጥነሰ፡ ደሐር ንጉሥ እቲ ዘምጽአ ኩሉ ምስ ነገሮም ብዙኃት ፈረሰኛታት ሂቦም ሰደድዎ ።

ሕዝባይ ቀድሚ ምብጋሱ ፡ ነታ ዝጠነሰትሉ ሰበይቲ ንምልክት ክኸና ፡ ሐንቲ ቃለ ቤት ናቱ ሽም ዘላታ፡ እንኪ ገለ እንተ ወለድኪ ነዚአ ሒዝኪ ንምድሪ ሐማሴን ምጺ፡ እንዳ ከንቲባ ሐንስ ኢልኪ እተዊ፡ ንሰም ከአ እዛ ቃለቤት እዚአ ምስ ረአዩ፡ ብጽቡቕ ክቕበሉኺ እዮም ፡ ኢሉ ተላዚብዋ ነቶም ካብ ንጉሥ እተቐበሎም ጭፍራ ሒዙ፡ ብሰ ፎጣ አቢሉ በድያቦ ጌሩ ንበረኻ መትሕት አቶ ።

ደሐር ግና ንሳቶም ደሐን አሎና እናሉ ከለዉ በለኽ የለ እሞ ፡ ንደቂ ሸሐይ ከቢ ብዋ ሐደረ ። ካብኡ ምሸት ጸልማት ምስኮነ፡ ተኸዲኑ ፈላሲ ተመሲሉ ናብታ እንዳ ሐሙኡ አትዩ ኮፍ የለ፡ እታ ናይ ፈለማ ሒሙኡ ሞይቱ ኢላ ቀቢጫቶ ዝነበረት እዚ ኩሉ አይፈለጠትን ።

ንሱ ድማ ኮፍ ኢሉ ኸሎ አብቲ ጐረቤት መሰንቆ ክሃርሙ ሰምዔ እሞ፡ነታ መርዓቲ አትን እምበይተይ ነዛ መሰንቆ ኰታ ለምናለይ ኢሉ ተዛረበ፡ ንሳ ከአ ለሚና አምጽ አትሉ ፡ ሽዑ ንሱ ነታ መሰንቆ የቓንያ ነበረ ፡ ንሳ ከአ ንዕኡ ምስ ሰምዔት ንብዓት ዘር ባሕ ዘርባሕ አቢላ ንብዓታ ሥዓራ ።

እቶም አብኡ ኮፍ ኢሎም ዝነበሩ ሰባት ደቂ ዓዳ ፡ አይድሐንክንዶ እንተልዋ ንሳ ከአ አነስ እዚ አደራድራ እዚ፡አደራድራ ሕዝባይ ወዲ ዛኖይ ድአ መሲሉንን፡ጥዒሙ ንን፡ የለቶም ። ንሳቶም ከአ ሰብ ደቂ ሸሐይ ዝቐተልዎ መሲልዎም ቀደም ዝሞተ ኢሎም ሰሐቕዋ ።

ድሐር ግና ሕዝባይ ንበይና ጌሩ ተገለጸ፡አነ ሕዝባይ አነ እዩ ኢሉ ኪዳን የእተዋ፡ በሊ አነ ዝመጻእክዎ ሕነይ ክፈዲ እየ እሞ ፡ ንስኽን ሥድራኽን ምድሪ ክጸብሕ ከሎ፡ አብዛ ልዕሊ ቤትኪ ፈልፈል እትብል ሐንቲ ጨርቂ ብነዊሕ ስላዕ ትኸሊ ሞ ፡ ንዓኽን አብዛ ገዛ ዘለኹም ሐዲገ፡ነዛ ዓዲ ሐመድ ከልሕሳ እዩ ኢልዋ አብ ሠራዊቱ ተመልሹ ተሐወሰ ።

ካብኡ ንንግሁኡ ምድሪ ምስ ጸብሔ ሕዝባይ ምስ ሠራዊቱ ኮይኑ ንደቂ ሸሐይ ሰበምን ማሎምን አልቦ ኩስትር አበሎም ። እታ ሰበይቱ ዝነበረት ግና ምስ ስድራአ ደሐነት፡ ከምኡ ከአ ምስአ ካልእ ሰበይቲ ጥንስቲ ደሐነት እሞ ፡ ንሳ ዝፈረየቶም እዮም እዞም ... ዘለዉ ደቂ ሸሐይ ፡ ሕዝባይ ግና አብኡ ምስአቶም ተለኻኺሙ ተደይቑ ሞተ ።

ቀድሚ ሙማቱ ግና ምስታ አምሐረይቲ ዝገበሮ ኩሉ ንከንቲባ ሐንስ ነጊርዎ ነበረ ፡ ድሕሪ ነዊሕ እዋን እታ አምሐረይቲ አብ ዓዳ ከላ ምስ ወለደት ሽሙ አቶ ሹም ኢላ ሰመየቶ ፡ ወዳ ምስ ፈርዘመላ፡ነታ ቃለቤት ሕዝባይ ዝሃበን ነቲ ቈልዓን ሒዛ እና ሐተተት አብ ከንቲባ ሐንስ አቶት እሞ ፡ ከምታ ሕዝባይ ዘላ ነታ ቃለቤት ሃበቶም ።



ንሰም ድማ መማን ወድና እዩ ኢሎም ተቐበልዋ፡ አቶ ሽም ከአ ስጋብ አዝ ዝዓቢ አብ እንዳ ከንቲባ ሐንስ ነዊሕ ጊዜ ከም ውላዶም ጌሮም የዕበይዎ ፡ ደሐር ከ ባሕሮ እተባህለት ጓል በግዓ ጽዮን ወዲ አድከመ ሐው ምልጋእ በዓልቲ ሠራዩ አ ርዓውሉ ንሳ ከአ ንተስፋጽዮን ምስ ወለደት በኸነት ።

## ምዕራፍ ፳፬።

## ዛንታ ከንቲባ ዮሐንስ ።

ሐያል ሰበይቲ ቤታ ተፍርስ ከምዝብሃል ፡ ሰበይቲ ከንቲባ ዮሐንስ ዓማጺትን ጐ ጺትን ንፍዕትን ነበራ ይብሃል እሞ ፡ አቶ ሹም ከአ ምስኤን ዓብዩን ተደርዕዩን ክንሱ በቲ ሐይለን አንጸርጺሩ ካብኤን ወጸ ፡ ከመይ ካብቶም ስድራ ቤተን ዝመጸ ሰፍአ ሌማት ስጉርፍአ ጻሕሊ ነዚ ዝመስል ከአ ካልእ አቓሑ ናብ ቤት ከምዘሎ አልዒለ ናብ ማእከል ከብድ ቤተን አከብአ ።

ብድሕሪዚ ኵላተን አንስቲ ዘበላ ተአኪበን ዘይጥቡብ ተጣበበ ፡ ብሐንሳብ መኺረ በብዝመጽዎ እዋን፡ምግቦም እንካ አብ ክዳንካ ኢልና ንሀቦም ኢለን ብሐንሳብ ተማሐ ሒለን ቆረጻ ። ከምኡ ከአ አብ ገገዝኤን ነንሰብኡተን ካብ ምርር አብ ዝመጽሉ እዋን አብ ከክዳኖም ሀብኦም ፡ ካብኦም ሐደ ሐሪቑ እንተ ተዛረበ ከምታ ዝመኸርአ ፡ ሣላ ሰበይቲ ከንቲባ ሐንስ አቓሑ ቤት የልቦን ኢላ ተዛረበት ።

እቶም ካልኦት ሰብኡት ድማ አብ ገገዝኦም ከምዚ ገጠሞም ፡ ድሐር ኩሎም ሰብ ኡት ዘብኦም ጽባሕ ጽባሕ እናሉ አብ ባይቶ ዓዲ ተአኪቦም ፡ ሐደ ካብኦም ከምዚሉ ተዛረበ ፡ አታ አነስ እምበር ዘይርኹብ ረኺበ ፡ ምስሔይ እንተበልኩስ አብ ክዳነይ ድአ እንካ ንሣእ ኢላ ሰበይተይ ሀበትኒ የለ ፡ ሐደ ከአ መሊሹ አነ ከአ አብ መሶብ ዘይት ብኒ እንተ በልክዋስ አቓሑ ቤትና ኩሉ እንዳ ከንቲባ ሐንስ ተሪፉ፡ ሣላ ሰበይቲ ከንቲባ ዕደ ተረኺበ የለትኒ፡ ኢሉ ንኹሎም ሰብ ነገሮም ።

ደሐር ኵላቶም አብ ገገዝአቶም ስለ እተጓነፎም ፡ እምበአር ንኹላትና እዩ ፡ ዓገብ ዓገብ ኢሎም ኵላቶም ከአ ከም ሕሱም ጐሃዩ ። ከምዚሎም ከአ ሐቢሮም መኺሩ አታ ነዚአምስ ብጀካ ገዝአም ሐዲካ ምኻድ ካልእ ዘዋጽእ የብልናን ኢሎም ምኺሮም ብሐደ ኰይኖም ቈረጹ፡ በዚ እዋንዚ ከአ ከንቲባ ሐንስ ግብረ ንጉሥኒ ፈሰስኒ ክእክቡ ንባ ሕሪ ወሪዶም ነበሩ ፡ ግና አብ ቤቶም ነቲ ባዕሎም ዘዕበይዎን ዝአምንዎን ፡ ንአቶ ሹም ምቕማጥ አብ ዓዶም ሐዲጎም ነበሩ ።

ሽዑ አቶ ሹም በቶም ገባራቶም ተሐቢሉ ሎሚ እያ እትቐንዓኒ ኢሉ ናብ ገረና ጭራ ኩራ ሸፈቱ አንጋዓላይ (እምብለይ) የለ፡በአ በአ ከንቲባ ሐንስ አብ መሎጎ ባሕሪ ከለዉ ሐደ ካብ ሥድራ ቤቶም ከይዱ እዚ ወረዚ ነገሮም ። ንሰም እዚ ስማዕ እዚ ምስ ምዑ ፡ በአ በአ ከብደይ ኢሎም ተቐሪጮም ብጓሂ አብአ ከለዉ ተኸኽ ኢሎም ሞቱ ።

## ምዕራፍ ፳፰ ።

### ምእታው አቶ ሽም አብ ዓዲ ቖንጺ ።

አቶ ሽም አብ ገ[redacted]ረና ተቐመጠ አብኡ ከአ ታቦተ ሚካኤል ቤተ ክርስቲያን ነበረ፡
ር ነዛ ሕጂ ምስ[redacted] ስድርኡ ናብ ሰብጣ ዝብሃል መኻን ቀረበ ፡ አቶ እናተባህለ ከአ
ት ከንቲባ ሐንስ ሕጁ ከም ግዛኢ ኮይኑ ነበረ ።
ደሐር አቶ ሽም ቤተ ክርስቲያን ክሰርሕ ደልዩ ፡ ቀድሚ ምስርሑ ግና ንእባ ናፍር
ኸሮም ፡ አባ ናፍ[redacted]ር ዝብሃሉ ሐደ ግብጻዊ ፃዕዳ አብ ፃዕዳ ኽስታን ነበሩ ።
እታ ዝነበርዋ ዓ[redacted]ዲ ስጋብ ሎሚ ሽማ ፃዕዳ ኽስታን ብአአም ምኽንያት ኢያ ፡ ፃዕዳ
ስቲያን ዝብል ሽ[redacted]ም ትስመ ዘላ ።
ንሶም ከአ ንአቶ ሽም ፡ በል አብታ ክትሠርሐላ ዝደለኻ ሥፍራ ሐንቲ ላም ሕረደላ
ም ፡ ንሱ ከአ ከም[redacted]ታ ቓሎም ላም ክሐርድ አምጽኤ ። ንሶም ባዕሎም ምስ አኸስተ
ከአ ፡ ከምብሐደ[redacted]ሽ ተንሲአ ፈንጺጋ ጋለበት ።
ድሐር ከአ ደ[redacted]ሕሪአ እንተ ሰዓብዋ እታ ላም ናብዛ ሕጂ ቤተ ክርስቲያን ዓዲ
ጺ ዘላ እንዳ ሚ[redacted]ካኤል ክትበጽሕ ከላ ፡ ዓዕ ኢላ ወደቐት ፡ አባ ናፍር ከአ አብዛ ሕጂ
ደቐትላ መኻን [redacted]አብአ ቤተ ክርስቲያን ሥራሕ የልዎ ።
አቶ ሽም ከአ ከ[redacted]ምታ ቓሎም ሕራይ ኢሉ አብ ዓዲ ቖንጺ አትዩ ቤተ ክርስቲያን
ካኤል ሠርሔ ። [redacted]ባ ናፍር ከአ እዚ ጐልጐል እዚ ንስኻን ደቒ ደቅኻን ዘርእኻን
ልእዎ እዮም [redacted]ሎም ተነበይሉ ፡ ዘበኑ ከአ ብሀፀይ ዳዊት ብ፩ሽሕን ፫፻፺ ዓመተ
ሐረት አቢሉ እዩ ።
እቶም ቀድሚ [redacted]አቶ ሽም ዝነበሩ ሕዝቢ አብ ሐማሴን ሒደት አስላም ነበሩ ፡ ዘር
ከአ ካብ አስማ[redacted] ዒል ዝብሃሉ ፡ ካብ ሐደ ፍሉጥ ዓሊ ቑንጹብ ዝብሃል ነበረ ፡ ስለዚ
ቑንጹብ ባህለት[redacted] ዓዲ ቆንጺብ ማለት እዩ ፡ ብድሕርዚ አቶ ሽም ንብር ኄሩ አብታ
ሉ ዝሠርሐ ቤተ ክርስቲያን ተቐብረ ።

## ምዕራፍ ፳፺ ።

### ዛንታ ምኽዓው ቆሎ ።

ብዘበን አቶ ሽ[redacted]ን አድከመ ምልጋእን ፡ ካልአት'ውን ምስአቶም አሻሪዮም ፡ ዘበን
ጋብ ነበረሞ አባጸ[redacted]ሕ ብሐዳፍኡ ጸጊቦም ፡ ከምዘለዉ ሙሉእ ሠራዩ ሃይ ንኺድ ማል
ዘመት ኢሎም ን[redacted]ሕድሕዶም ሕራይ ሐቅኹም ተባሂሎም አሳይፎም ስሒሎም ኩና
ም አብሊሖም ና[redacted]ብ ዘመተ ተበገሱ ።
ስድራ አቶ ሽ[redacted] ከአ አሕአም ከብልዐ ፡ እኽሊ ክዘርኡ ንባሕሪ ወሪዶም ነበሩ ፡ ሰብ



አቶ ሽም ከአ እዚ ወረዚ ምሰምዐ ፡ አቶ ሽም ፳ መርዓውትን ፳ የዕሩኽን ሕጁ ተሰለፈ

ሰብ ሠራዩ ከአ ምሌን ሰገድ ወዲ ክርስቶስ ማኢ ዝዋንአም ፡ ንሱ በዓል ቄጽ
ነበረ እሞ ፡ ክልቲኦም ጋንታ አብኡ ተናጄቱ ፡ እታ ሥፍራ እተዋግኡላ አብ ጥቓ ዓ
ተኽላይ ዘላ ፡ ስጋብ ሎሚ ምልጥቲ ምውጻእ ሰብ ሠራዩ ትብሃል አላ ።

ካብዛ ዘልናያ መኻን ሰብ ሠራዩ ፡ ዓወት ስኢኖም ምዕልቲ ከሊእዎም ንዓዶ
ገጾም ሃዲሞም ፡ ዓዲ በዛሐንስ አተዉ ። ዓዲ በዛሐንስ ከአ በዚ እዋንዚ ዑሙር ዓ
ነበረ ፤ እንተኾነ ሰበረ ኩሉ ግዜ ዕዩኡ አይሐድግኒ ነበረ እሞ ፡ እቶም ሥድራ አ
ሽም ክሳውዲ ሕጆም ዓገትዎም ።

አብኡ ሰብ ሠራዩ ብድሕሪት እምበር ብቕድሚት ክይፈርሑ ከለዉ ፡ ሐደ ካብቶ
ጸላእቶም ንሐደ ሰብአይ ቆሎ ሰኒቑ ዝነበረ ፡ ብኩናት ወግአ ፡ እቲ ብጫይ እተወግ
ከአ ደሐንዶ አታ ኢሉ ሐተቶ ። ንሱ ከአ አነስ ድሕን እየ ፡ እንተኾነ ቆለይ ተኽ
የሎ ። ስለዚ በዚ ምኽንያት እዚ እታ መኻን ስጋብ ለይቲ ሎም ምኽዓው ቆሎ ተባሂ
ትጽዋዕ አላ ።

ሰብ ሠራዩ ከአ መላስ አውያት ዘይብሎም ተኾስተሩ ይብሃል ። አቶ ሽም ም
ሥድርኡ ብላዕሊ ኰይኖም ሐደ ኮይተረፈ ወዲአምዎም ንዓዶም ከዱ ይብሃል ።

### ደቂ አቶ ሽም ።

አቶ ሽም ከአ ሐንቲ ሰበይቲ ባሕሮ እትብሃል ብዓልቲ ሠራዩ ነበረቶ ፡ ንሳ ከ
ንተስፋ ጽዮን ጥራይ ምስ ወለደት መኸነት ፡ ደሐር ሐደ እዋን ናብ ዓደቡኡ መገሻ
ምስከደት ብዙኃት ሸውዓተ ከልቢ ኰይኖም ንሐደ ከልቢ ሸውዓቲኦም ኰይኖም ክ
ንጽጽዎ ረአየት ።

በዚ ምኽንያት እዚ ወዳ ተስፋ ጽዮን ሐደ ስለ ዝኾነ ጕሃየት ፡ ንዓዲ ቖንጺ ም
ተመልሰት ከአ ንሰብአያ ካብ ካልእ ክወልድ ብዙሕ ለመነቶ ። ሐንቲ ሰበይቲ ሐም
እተባህለት ነበረት እሞ ካብአ ውለድ ኢላ ለመነቶ ።

ንሱ ከአ ከምታ ቃል ሰበይቱ ንሐምዳ ካብ ምእራይ ኰዕንቲ አምጺኡ የእተዋ እ
ካብአ ሽድሽተ አወዳት ወለደ ፡ ሽሞም ከአ ከምዚ ዝስዕብ እዩ ፡ ፩ይ ገብረ ክርስቶስ
፪ይ አብርሃም ፡ ብሽም ፈረሱ (ራውያ ተባህለ) — ፫ይ ብሩህ — ፬ይ መቆሬስ — ፭
ዘርጠናይ — ፮ይ ያዕቆብ ከምዚሎም ካብ ሐምዳ ሽዱሽተ አወዳት ወለደ ።

ድሕሪ ኩሎም ከአ ንሙሳ ካብ ሐንቲ ሰበይቲ አስሏመይቲ ወለደ ፡ እዘም ፯ተ ደ
አቶ ሽም ፡ ሻሙናዮም ሙሳ እዮም ። ተስፋ ጽዮን ከአ ብድሕሪ ሞት አቡኡ ፡ ና
ልዕሊ ኩሎም የሕዋቱ ዓቢን ሹምን ነበረ ።

ንሱ ከአ ካብ ዓዲ ቖንጺ ናብ ሀዘጋ አተወ እሞ አብኡ ኰይኑ ነ፬ተ ወዲ ወለደ
ሽሞም ከአ ከምዚ ዝስዕብ እዩ ፡ ፩ይ ንዓገባን — ፪ይ ንዘርአይን — ፫ይ ንተከለን
፬ይ ንሚናብን ነዚኦም ፬ተ አወዳት ወለደ ።

ገብረ ክርስቶስ አብ ፃዕዳ ክርስቲያን ተቐመጠ ፡ አብርሃም ከአ ናብ ሕምብር

## ምዕራፍ ፳፭ ።

### ምእታው አቶ ሽም አብ ዓዲ ቐንጸ ።

አቶ ሽም አብ ገረና ተቐመጠ አብኡ ከአ ታቦተ ሚካኤል ቤተ ክርስቲያን ነበረ፡ ደሐር ነዛ ሕጂ ምስ ስድርኡ ናብ ሰብጣ ዝብሃል መኻን ቀረበ ፡ አቶ እናተባህለ ከአ ሽመት ክንቲብ ሐንስ ሕጂ ከም ገዛኢ ኮይኑ ነበረ ።

ደሐር አቶ ሽም ቤተ ክርስቲያን ክሰርሕ ደልዩ ፡ ቅድሚ ምስርሑ ግና ንአባ ናፍር አማኸሮም ፡ አባ ናፍር ዝብሃሉ ሐደ ግብጻዊ ፃዕዳ አብ ፃዕዳ ኽስታን ነበሩ ።

እታ ዝነበርዋ ዓዲ ስጋብ ሎሚ ሽማ ፃዕዳ ኽስታን ብአኦም ምኽንያት ኢ.ያ ፡ ፃዕዳ ኽርስቲያን ዝብል ሽም ትስመ ዘላ ።

ንሶም ከአ ንአቶ ሽም ፡ በል አብታ ክትሠርሐላ ዝደለኻ ሥፍራ ሐንቲ ላም ሕረደላ የልዎ ፡ ንሱ ከአ ከምታ ቓሎም ላም ክሐርድ አምጽኤ ። ንሶም ባዕሎም ምስ አኸስተ ንዋ ከአ ፡ ከምብሐድሽ ተንሲ.አ ፈንጺ.ጋ ጋለበት ።

ድሐር ከአ ደድሕሪአ እንተ ሰዓብዋ እታ ላም ናብዛ ሕጂ ቤተ ክርስቲያን ዓዲ ቐንጺ ዘላ እንዳ ሚካኤል ክትበጽሕ ከላ ፡ ዓዕ ኢ.ላ ወደቐት ፡ አባ ናፍር ከአ አብዛ ሕጂ ዝወደቐትላ መኻን አብአ ቤተ ክርስቲያን ሥራሕ የልዎ ።

አቶ ሽም ከአ ከምታ ቓሎም ሕራይ ኢ.ሎ አብ ዓዲ ቐንጺ አትዩ ቤተ ክርስቲያን ሚካኤል ሠርሔ ። አባ ናፍር ከአ እዚ ጐልጐል እዚ ንስኻን ደቂ ደቅኻን ዘርእኻን ክመልእዎ እዮም ኢ.ሎም ተነበዩሉ ፡ ዘበኑ ከአ ብሀፀይ ዳዊት ብ፩ሽሕን ፫፻፺ ዓመተ ምሕረት አቢሉ እዩ ።

እቶም ቅድሚ አቶ ሽም ዝነበሩ ሕዝቢ አብ ሐማሴን ሒደት አስላም ነበሩ ፡ ዘርአም ከአ ካብ አስማዒል ዝብሃሉ ፡ ካብ ሐደ ፍሉጥ ዓሊ ቑንጹብ ዝብሃል ነበረ ፡ ስለዚ ዓሊ ቑንጹብ ባህለት ዓዲ ቆንጺ.ብ ማለት እዩ ፡ ብድሕርዚ አቶ ሽም ንብር ኔሩ እብታ ባዕሉ ዝሠርሐ ቤተ ክርስቲያን ተቐብረ ።

## ምዕራፍ ፳፮ ።

### ዛንታ ምኽዓው ቆሎ ።

ብዘበን አቶ ሽምን አድከመ ምልጋእን ፡ ካልአት'ውን ምስአቶም አሸሪዮም ፡ ዘበን ጽጋብ ነበረሞ አባጽሕ ብሐዳፍኡ ጸጊቦም ፡ ከምዘለዉ ሙሉእ ሠራዩ ሃይ ንኺድ ማል ንዝመት ኢ.ሎም ንሕድሕዶም ሕራይ ሐቅኹም ተባሂሎም አሳይፎም ስሒ.ሎም ኩና ቶም አብሊ.ሖም ናብ ዘመተ ተበገሱ ።

ስድራ አቶ ሽም ከአ አሕኦም ከብልዐ ፡ እኽሊ. ክዘርኡ ንባሕሪ ወሪዶም ነበሩ ፡ ሰብ



አቶ ሽም ከአ እዚ ወረዚ ምስምዐ ፡ አቶ ሽም ፳ መርዓውትን ፳ የዕሩኽን ሕጁ ተሰለፈ

ሰብ ሠራዩ ከአ ምሴን ሰገድ ወዲ ክርስቶስ ማኢ. ዝዋንአም ፡ ንሱ በዓል ቈጽ ነበረ እሞ ፡ ክልቲአም ጋንታ አብኡ ተናቜቱ ፡ እታ ሥፍራ እተዋግኡላ አብ ጥቓ ዓ ተኽላይ ዘላ ፡ ስጋብ ሎሚ ምልጥቲ ምውጻእ ሰብ ሠራዩ ትብሃል አላ ።

ካብዛ ዘልናያ መኻን ሰብ ሠራዩ ፡ ዓወት ስኢ.ኖም ምዕልቲ ከሊ.እዎም ንዓዶ ገጾም ሃዲሞም ፡ ዓዲ በዛሐንስ አተዉ ። ዓዲ በዛሐንስ ከአ በዚ እዋንዚ ዑሙር ዓ ነበረ ፤ እንተኾነ ሰበረ ኩሉ ግዜ ዕዩኡ አይሐድግኒ ነበረ እሞ ፡ እቶም ሥድራ አ ሽም ክሳውዲ ሕጆም ዓገትዎም ።

አብኡ ሰብ ሠራዩ ብድሕሪት እምበር ብቕድሚት ክይፈርሑ ከለዉ ፡ ሐደ ካብቶ ጸላእቶም ንሐደ ሰብአይ ቆሎ ሰኒቹ ዝነበረ ፡ ብኩናት ወግአ ፡ እቲ ብጫይ እተወግ ከአ ደሐንዶ አታ ኢ.ሉ ሐተቶ ። ንሱ ከአ አነስ ድሕን እየ ፡ እንተኾነ ቆለይ ተኻ.ሰ የሎ ። ስለዚ በዚ ምኽንያት እዚ እታ መኻን ስጋብ ለይቲ ሎም ምኽዓው ቆሎ ተብሃ ትጽዋዕ አላ ።

ሰብ ሠራዩ ከአ መላስ አውያት ዘይብሎም ተኸስተሩ ይብሃል ። አቶ ሽም ም ሥድርኡ ብላዕሊ. ኰይኖም ሐደ ክይተረፈ ወዲኦምዎም ንዓዶም ከዱ ይብሃል ።

### ደቂ አቶ ሽም ።

አቶ ሽም ከአ ሐንቲ ሰበይቲ ባሕሮ እትብሃል ብዓልቲ ሠራዩ ነበረቶ ፡ ንሳ ከ ንተስፋ ጽዮን ጥራይ ምስ ወለደት መኸነት ፡ ደሐር ሐደ እዋን ናብ ዓደቡኡ መገሻ ምስከደት ብዙኃት ሸውዓተ ከልቢ ኰይኖም ንሐደ ከልቢ ሸውዓቲአም ኰይኖም ክ ንጽጽዎ ረአየት ።

በዚ ምኽንያት እዚ ወዳ ተስፋ ጽዮን ሐደ ስለ ዝኾነ ጒሃየት ፡ ንዓዲ ቐንጸ ም ተመልሰት ከአ ንሰብአያ ካብ ካልእ ክወልድ ብዙሕ ለመነቶ ። ሐንቲ ሰበይቲ ሐም እተባህለት ነበረት እሞ ካብአ ውለድ ኢ.ላ ለመነቶ ።

ንሱ ከአ ከምታ ቃል ሰበይቱ ንሐምዳ ካብ ምእራይ ሶዕንቲ አምጺ.ኡ የእተዋ እ ካብአ ሽድሽተ አወዳት ወለደ ፡ ሽሞም ከአ ከምዚ ዝስዕብ እዩ ፡ ፩ይ ገብረ ክርስቶስ ፪ይ አብርሃም ፡ ብሽም ፈረሱ (ራውያ ተባህለ) — ፫ይ ብሩህ — ፬ይ መቆሬስ — ፭ ዘርጠናይ — ፮ይ ያዕቆብ ከምዚ.ሎም ካብ ሐምዳ ሽዱሽተ አወዳት ወለደ ።

ድሕሪ ኵሎም ከአ ንሙሳ ካብ ሐንቲ ሰበይቲ አስኳመይቲ ወለደ ፡ እዘም ፯ተ ደ አቶ ሽም ፡ ሻሙናዮም ሙሳ እዮም ። ተስፋ ጽዮን ከአ ብድሕሪ ሞት አቡኡ ፡ ና ልዕሊ. ኵሎም የሕዋቱ ዓቢ.ን ሹምን ነበረ ።

ንሱ ከአ ካብ ዓዲ ቐንጺ. ናብ ሀዘጋ አተወ እሞ አብኡ ኰይኑ ነ፬ተ ወዲ ወለደ ሽሞም ከአ ከምዚ ዝስዕብ እዩ ፡ ፩ይ ንዓገበን — ፪ይ ንዘርአይን — ፫ይ ንተከለን ፬ይ ንሚናብን ነዚ.አም ፬ተ አወዳት ወለደ ።

ገብረ ክርስቶስ አብ ፃዕዳ ክርስቲያን ተቐመጠ ፡ አብርሃም ከአ ናብ ሕምብር

ዉ ፡ ካብ ሕምብርቲ ለቛቛ ከአ ናብ ወኪ ድባ ተቐመጠ ፡ ብሩህ ከአ ፍልም አብ ጣል ጥቓ ዓዲ ንፋስ ነበረ ፡ ድሐር ግና ሻሆን ቶርዓን እና ተዋግኡን እና ዘመቱን ተ ጨነቑሉ ወሰን ኰይነ ኢሉ ናብ የሕዋቱ ናብ ዓዲ ቖንጺ ተመልሰ ።

መቆሬስን ዘርጠናይን እንዳቡኡም ተቐመጡ ፡ መቆሬስ ዛቑናይ ነበረ እሞ ነቲ ቤተ ርስቲያን እንዳበና አገልግል ኢሎም ፡ የሕዋቱ አብ ዓዲ ቖንጺ የቐመጥዎ ፡ ዝቐኑት ጠናይ ግና ብርግጽ አይሰማዕናዮን ።

ያዕቆብ ከአ ምንአስ የሕዋቱ ስለ ዝኾነ፡ ተስፋ ጽዮን እዚ ንእሽቶ ሐወይሲ ምሳይ ጋዕ ኢሉ ናብ ጥቕኡ አብ ዓዲ ያዕቆብ አቐመጦ ። እቲ ሙሳ ዝብሃል ከአ ካብታ ስላመይቲ እተወልደ ፡ ናብ ዓዲ ሙሳ ተቐመጠ ።

## ተ ስ ፋ ጼ ን እ ቲ ም ሩ ቕ ።

ተስፋ ጼን በኹሪ ወዲ ሒማ ስኼማ እዩ ፡ በቡኡን በዲኡን ከምኡውን ብሰበይቲ ቡኡን ምሩቕ ነበረ ፡ ሐደ ግዜ ንሱ ብንእሽትኡ ከሎ ፤ አቡኡ ገና ናብ ዓዲ ቖንጺ ይአቶ ፡ ብሐደ በዓል መዓልቲ እንዳ አቶ ሽም ዓበይቲ አኮታት ተስፋ ጼን ካብ ተኸላ ተዉ ። ሽዑ ግብሪ ምስ ወደቓ አቶ ሽም ንተስፋ ጼን ኪድ ነዴኻ ሐምዳ ጸውዓያ ሉ ለአኽ ፡ ንሱ ከአ ክጽውዓ ከሎ እትው እንተበለ ሐምዳ ምስ ሰብአይ ደቂሻ ጸኒሐ ሱ ከአ ቶሎ ይጽውዑኒ አለዉ ኢልዋ ተመልሰ ።

ነቡኡ ከይነገረላ ከአ አቦይ ንሳስ ጡሽ ትወብእ አላ ኢሉ አማሰመሰላ ፡ ቶሎ ሀውካ ሎም ከልአይ ለአኽዎ ፡ ንሳ ድማ ተሀዊኻ ብድድ ኢላ መጸት ፡ አብቲ ድርኩኺት ት እትው ክትብል ከላ ደም አብ ኩሩኹሪአ ጥብ የላ ፡ ተስፋ ጼን ድማ ቶሎ ብኽ ኑ ከይረአይዎ ሐሰሰላ እሞ ፡ እዚ ኵሉ ከአ ሰበይቲ አቡኡ ክነሳ እምበር አዲኡ ይኮነትን ።

ድሕሪ እዚ ንሳ አብ ቤት እትው ምስበለት ፡ ነታ ቅድም እተቐበለታ ቀርኒ ሜስ ናዘረት አብቶም አጋይሽ መርቒለይ ኢላ አመረቐታ ፡ ከምኡውን ናብ አቶ ሽም አመ ቐታ ።

ኵሎም ምስ መረቕዋ ንተስፋ ጼን ጸዊዓ ናብ ቅድሚ የሕዋቱን አቡኡን ፡ እቶም አጋይሽኒ እንካ በል ወደይ ብሩኽ እተመረቐት ትብጻሕካ ልዕሊ የሕዋትካ ሕደር ኢላ ታ ኵሎም ዝመረቕዋ ዋንጫ ሜስ ሃበቶ ፡ ንሱ ከአ ተቐቢሉ ዕልው አበላ ።

## ማ ር ያ ም ተ ስ ፋ ጼ ን ።

ተስፋ ጼን አብ ዓዱ ቤተ ክርስቲያን ክሰርሕ ከሎ፡ አስገደ ወዲ ብእምነት ወዱ ንሐደምበስ አብ ሽም ጅምሉቕ ነበረ እሞ ፡ ሎም መጺአዶ አብ ጥቓይ ቤተ ክርስቲያን ክትሰርሕ ኢሉ ፡ ነቲ ተስፋ ጼን ስርሕ ዝውዓሎ መጺኡ ለይቲ ብጸልማት አፍ ርስ የሕድሮ ነበረ ።

ተሰፋ ጼን ከአ አታ አነስ ፡ ሰብ ዘይረኽቦ ረኺቡ ኢሉ ነሕዋቱ ነገሮም ፡ ንሳቶም ከአ እንታይ ኰንካ ንገረና ኢሎም አዚዮም ሰምበዱ ፡ ቤተ ክርስቲያን መዓልቲ ሥርሕ ይውዕላ ፡ እንተ ሰብ ይኹን እንተ ጋኔን ይኹን ፡ ለይቲ አፍርስ እናሐደረ መከራይ ጸጊቡ ዝገብሮ ጠፊኡኒ ኢሉ ነሕዋቱ አማኸሮም ።

ንሳቶም ከአ በል እንተ ሰብ ኰይኑ ፡ እንተ ግኒ ኰይኑ አብኡ ክንረኽቦስ ለይቲ አጸሚና አጽዋርና ሒዥና አብአ ንሕደር ኢሎም ፡ ብለይቲ ተጸቢዮም አብ ጥቓ ቤተ ክርስቲያን ተሐብኡ ። ሽዑ አስገደ ከም ልማዱ ምስ ሥድርኡ ከፍርስ ኢሉ መጸ ፡ ተስፋ ጼን ከአ ምስ የሕዋቱ ኰይኑ ሀይ በሎ ፡ እናለ ካብ ሀዘጋ ጀሚሮም ደድሕሪኦም ስጋብ ሹም ጁምሉቕ አባረርዎም ።

ካብኡ አስገደ ንሹም ጁምሉቕ ሐዲጉ ንእምባ ደርሆ ሃዲሙ አቶ ። ተስፋ ጼን ከአ ብዕረፍቱ ቤተ ክርስቲያን ማርያም ሠሪሑ ፈጸማ ፡ ታቦተ ማርያም ከአ አባሪኹ የትከለላ ።

## ምዕራፍ ፳፤ ።

## ምዕናት ዘርጠናይ ።

እዞም ሽዱሽተ ደቂ አቶ ሽም ካብ ሐምዳ እተወልዱ ንተስፋጼን እዝስ ካብ ካልእ እተወልደ ከመይ ኢሉ አብ ልዕሊ ኹልና የሐድር ኢሎም በቢቑሩብ ቕንአት ሐደ ሮም ሽዑ ሐቢሮም ሽዱሽቲኦም የሕዋቱ ሀይ ንቕተሎ ኢሎም በሐንሳብ ቌረፁ እሞ ዋዕላ ገበሩ ፡ ደሐር ንተስፋጼን ምማና ወዓል ኢሎም ዓደምዎ ።

ደሐር ግና ተጣዕሾም ከምዚ ተበሀሁሉ ፈለማ ካብኦም ገብረ ክርስቶስ በሐዳፍኡ ደሐን ሰብ ነበረ እሞ ከምዚ የሎም ሕጅ ነዚ ሐውና ንተስፋጼን ደሙ እንተፍሰስናዮ ሐዘኑ ንዓና እዩ ፡ ደሐር ከዓ ብዙሐት ሰብ ደም ክንተክል ኢና ሕጅ ግና ንምቕታሉ እንታይ ባህጉ ስኢና ኢሎም ብሐንሳብ ክዝትዩ ወዓሉ ፡ አብዚ መንጎ እዚ ዘርጠናይ አልዒሉ ንተስፋጼን እንግድዕኡ ወግአ ፡ ሽዑ ኵሎም ከምዘለዉ ሰምቢዶም ተንሢኦም ንዘርጠናይ ሕጆም ክንቀትለልካዶ ሐደው እንታይ ትገብሮ የልዎ ።

ተስፋጽዮን ከዓ ምቕታልሲ አይፋልኩም ሕደግዎ እንተኾነ እቲ ኽፋእ ግብሩ ንር እሱ ኽምለስ እዩ ዘርኢ ብተኽ ኢልኩም ርገምዎ የሎም ፡ ንሳቶም ከዓ ብሐደ ቓል ኰይኖም ፡ ዘርኢ ብተኽ — ዘርኢ ብተኽ ዘርኢ ብተኽ፣ ኢሎም ረጊሞም ሐደግዎ በዚ ምኽንያት እዚ ሐድጊ ዘየብሉ አሠሩ ጠፍኤ ፡ ብዛዕባ እቲ ሽመት የሕዋት ከዓ ብፍቓድ የሕዋት ንገብረ ክርስቶስ ኾነ ተስፋጼን ከዓ ነዛ ጉርሒ የሕዋቱ ምስ ተዓዘበ ነገራታ ሪኡ በዓቢዩ ሽመት ክልምን ናብ ንጉሥ ንጐንደር ከደ ፡ ገለ ሰብ ዛንታ ከዓ አያፋል ንሸዋ ከይዱ ተስፋጼንሲ ናብ ሐፀይ ሚናስ ዘመን እዩ ቅድሚ ጐንደር ዝብሉ አለዉ ዝኾነ ይኹን ተስፋጼን ዕድሚኡ ብሐፀይ መልክ ሰገድ እዩ ዝነበረ ።

## ክልተ እንዳ ተስፋ ጽዮን ።

ካብቶም አርባዕተ ደቂ ተስፋጼን ተከለን ዓገባን አብ ፀዓዘጋ ምስ ጕደቦታቱ፡ ከምኡ ድማ ዘርኢ ሚናብኒ ዘርአይኒ ናብ ሀዘጋ ምስ ጕደቦታቶም አለዉ፡ ምኽንያት እቲ አመ ቓቕልኦም ከዓ እምበአር ተከለን ሚናብን ሐንቲ እያ አዲኦም ፡ ዓገባን ዘርአይኒ ከዓ ካብ ሐንቲ ካልእ ሰበይቲ ዝውለዱ ከነሶም ፡ አቡኦም ተስፋጼን በታ ቅድም ንርእሱ ዝረኸባ ፀበባ ዘኪሩ ተከለን ዓገባን ንፀዓዘጋ ኬድኩም አብአ ተቐመጡ የሎም ።

ከምኡ ከዓ ሚናብን ዘርአይን አብ ሀዘጋ ትረፉ ኢሉ ተላበዎም ፡ ከምዚ ጌሩ ክልተ ካብታ ሐንቲ ዝውለዱ አዛኒቑ አቐመጦም ፡ ከከም ምዕባዮምኒ ምንእሶምኒ ጌሩ መታን ከይበአሱ ብፍቕሪ ክቕመጡ ሐሲቡ ገበሮ ፡ እንተኾነ አዋላልድኦም ድማ ካበርባዕቲኦም ዓገባ በኹሪ እዩ ካብታ ሐንቲ ድማ ተከለ እዩ ፡ ተከለ ከምታ ትእዛዝ አቡኡ ሽዓ መጺኡ ናብ ፀዓዘጋ ተቐመጠ ።

ንሱ ድማ ንቤተ ክርስቲያን ቅዱ ስገርጊሽ ዝሠርሔ ፡ ዓገባ ከም ሽም የሕዋት ኰይኑ አብ ሀዘጋ ተቐመጠ ናብ ፀዓዘጋ አይአቶን ሞተ ፡ ደቂ ዓገባ ከዓ ቅድም ምስ አቡኦም አብ ሀዘጋ ነበሩ አቡኦም ምስ ሞተ ግና ከምቲ ትእዛዝ አባሐጉኦም ወሪዶም ናብ ተከለ ንፀዓዘጋ ሰዓብዎ ፡ ሽሞም ከዓ ሕነ ሽም — ፊሊቆስ — በግዓጼን ይበሃሉ ነበሩ ፡ እቶም ቅድሚ ተከለ አብ ፀዓዘጋ ዝነበሩ ዘጋ ዝበሃሉ ዓሶት እዮም ፡ ዘጋ ማለት ከዓ ዓሶት ባህለት እዩ ፡ በከፋፍላ ደቂ ተስፋጼን ግና ከምዚ ዝብሉ ሰብ ዛንታ አለዉ ።

አቡኦም ተስፋጼን ከይከፈሎም ከሎ ቅድም ተከለ ባዕሉ ብፍቓዱ ካብ የሕዋቱ ተፈልዩ፡ ይሕሸኒ ይገፍሐኒ ኢሉ ማሉን ገንዘቡን አኪቡ ከይዱ ፀዓዘጋ ከምዚ ሐዘ የዘንትዉ ፡ ብዛዕባ አዴታቶም ከዓ ተከለን ዓገባን ካብታ ሐንቲ ሰበይቲ ፡ ሚናብኒ ዘርአይኒ ካብ ካልእ ሐንቲ ሰበይቲ እዮም ዝተወልዱ ዝብሉ አለዉ ፡ በዚ ምኽንያት እዚ ከዓ ሚናብኒ ዘርአይኒ ድሕሪ ሞት ዓገባ ንደቁ አፅበቡሎም እሞ እዚ ምስኰነ ተከለ ንደቂ ሐዉ ካብ ሀዘጋ አውፂኡ ናብ ፀዓዘጋ የእተዎም ።

## ምዕራፍ ፳፰ ።

### ደቂ ተሽም ምስ አስገደ።

ተስፋጼን ካብ ዝለቓቕስ ፡ አስገደ ከዓ ከቲቱ ነታ ናይ ቀደም ስዕረቱ ድቃስ ስኢኑ ሕነ ክፈዲ ምስ ደቂ አቶ ሽም ክዋጋእ መጸ ፡ ገብረ ክርስቶስ ከዓ ከም ሹም የሕዋት ኰይኑ ንደቂ ሐዉ ንዓገባን — ንዘርአይ ቁንፁብኒ፡ ከምኡ ከዓ ንኻልአት የሕዋቱን ፈተውቱን አኪቡ ናብ ሽም ጅምሉቕ ምስ አስገደ ተዋግኤ አብኡ ከዓ አስገደ ሠዓረ ።

ገብረ ክርስቶስ አብኡ ሞተ ፡ ዓገባ ከዓ ክሀድም ክብል አብ ሰርዋ ሞተ ፡ ዘርአይን እቶም ካልኦት ዝተረፉ ሐዲሞም ወፁ ፡ አብርሃም ከዓ ናብ ሕምብርቲ አትዩ አስገደ



ከምዝሠዓረ ሰምዔ፡ በአ በአ ብፈረሱ ተቖለበ አብ ሐዘጋ አቶ እሞ ካብኡ ንወዲ ሐ
ንዘርአይ ቁንፀብ ምስኡ ተማሊኡ ንማይ በላ አቢሉ ከደ ።

ሽዑ ብፈረስ ጌሩ በታ ገፋሕ ሰፈሩ ሐለፈ በዚ ምኽንያት እዚ እታ ፈረሱ ራ
እትበሃል ነበረት እሞ ካብኡ ንነጀው እዚ ሽም እዚ ንጕይትአም ተዋህበ፡ እታ
ረረትላ ሩባ ከዓ ምሥራር ራዊያ ትበሃል አላ ብድሕሪ እዚ ናብቲ መንጎ ዓድ ሐ
ሉስኒ ወኪ ድባ ዘሎ ጕልጕል ተሰለፉ ።

አብአ ራዊያ ናብ ዝባን ፈረሱ ኰይኑ ክዋጋእ ኵናት ጌሮም ነቲ ፈረሱ ሐንዘፍ
ሽም ፈረሱ ግንዳል ይበሃል ነበረ ፡ ቀለቡ ከዓ ፫ተ ገበታ ስገም ፫ተ ገበታ ፀባ ንጉ
ምሸትን ነበረ ፡ ስለዚ ኵናት አትይዎ ከሎ ንጕይትኡ ሕጂ እምባ ደርሆ አትዩ ሞ
ድሕሪዚ አስገደ ንታሕቲ ንበረኽኡ ወረደ ፡ ካብዚ መዓልቲ እዚ ጀሚሩ ወኪ ድባ ተ
መጠ ፡ ነቲ ሬሳ ሐዉ ገብረ ክርስቶስ ከዓ አልዒሎም አብአ ቐበርዎ ፡ ዓገባ ድማ
ዘጋ ተቐብረ ።

## ጅግንነት ዘርአይ ።

ተስፋጼን ከዓ አብ ዓደምሐራ ምስ ንጉሥ ይቕመዋ ነበረ እሞ ፡ ሐደ መዓል
ንጉሥ በል የልዎ አብ ምድሪ ሐማሴን ሐደ ሽፍታ ዱሩይ ፍጋጋ ዝበሃል በዓል ዓ
ባሪ ተኸላ ብሐዳፍኡ የሐሊሉኒ እሞ ፡ ሕጅካ ክተእትዎዶ አይትኽእልኒ የልዎ ።

ተስፋጼን ከዓ አነስ አይፋለ አይክእልን ፡ እንተኾነስ ባርዕ ዝኾነ ዘርአይ ዝበሃ
ወደይ አሎኒ እሞ፡ ንሱ አብታ ዘለዋ ከይዱ ከእትዎ ይኽእል እዩ የሎም ፡ ንሶም ከ
በል ቶሎ ለአኽሉ ኢሎም ተዛረብዎ እሺ ጕይታይ ኢሉ ተስፋጼን ንዓዱ ናብ ወዱ ብ
ብአ ሊኢኹ ዘርአይ ወደይ ሎሚ ሞትኒ ሽመትኒ ክልቲኤን ብኢደን ብእግረን መ
ኤን አለዋ እሞ ፡ ተሎ ንዓ ጠበቕ በለኒ ኢሉ ለአኽሉ ። ንሱ ከዓ ከምታ ዘረባ አቡ
ንዓደምሐራ አቶ እሞ ፡ ካብ ንጉሥ ተአዚዙ ንዱሩይ ፍጋጋ ክሕዝ ፀዓዲት አፍራ
ፀዓዲት ጤለ በጊዕ ከምኡ ከዓ ካብ ካልእ ከብቲ በብዓይነቱ ሕጁ ናብቲ ሽፍታ ዘለ
በረኻ መትሕት ወረደ ።

ሽዑ እቲ አዚዩ ዕሉል ዝኾነ ሽፍታ ዱሩይ ፍጋጋ ዝበሃል ዘንፈጥፍጥ ዝነበረ
አብ ልዕሊኡ ከምዝአምሰለ ዕጡቕ ኵናት ከምዝመጸ ከይፈለጠ ደሐን አለኹ እናለ
አብቲ በረኻ ጥቓ ከሠላ ፡ ሽሃይ መሲሉ ክዛዋወር ከሎ ዘርአይ ቁንፁብ አዝጊቡ ሐዘ
ደሐር አሚሩ ናብ ንጉሥ አወፈዮ ንጉሥ ከዓ አዚዮም ዝፈርሕዎ ሽፍታ ስለ ዝነበረ
አብ ኢዶም ምስ አተወሎም ፡ ሽመት ሠራዬ ናብ ካልኦት ደቂ ሐወቡኡ ካብ ዱሩይ
ፍጋጋ ሐለፈት ፡ ንተስፋጼን ከዓ ሽመት ተከለን ዓገባን ሚናበት ዘርአይን ክገዝእ ተቐ
ቢሉ ንዓዱ ንሐማሴን አትዩ ተቐመጠ ብድሕሪ ተስፋጼን ከዓ ናብ ወዱ ሐለፈት ፡ ካብ
ከንቲ ሮሲኒ እተጻሕፈ ።

## ሞ ት ብ ሩ ሕ ።

ኦድከመ ምልጋእ ብሌን ሰገድ ኣብ ምውዳእ ሰብ ሠራዪ ምፃእ ኣቢዖም ፡ ለይትን ›ዓልቲን ድቃስ ሰእኑ ፡ ቆልዓ እንተ ተወልደ ከዓ ኣይ..ታቶም እንተ ኽትርስዕ ደቂ ›ሽም ከይትርስዕ እናላ የቕምስኦም ነበሩ ።

ያዕቆብ ቆራይ ዝበሃል ወዲ ብሌን ሰገድ ዝዋንኦም ሰብ ሠራዩ ከቲቶም ምስበም ›ሰለፉ ብሩሕ ወዲ ኣቶ ሽም ድማ ከም ዘለዉ እንዳቡኡ ኣኸቲቱ ብሺሕን ብ፩ ፪ሕን ፬፻፶ን ዓ-ም ኣብ ጐልጐል ክሳድ ዳዕሮ ገጠሙ ክልቲኦም ጋንታ ብዙሕ እዋን ›ርቲዖም ተዋግኡ ፡ እንተኰነ ድል ንሰብ ሠራዩ ኰነ ሠዓሩ ፡ ብሩሕ ከዓ ኣብኡ ሞተ። ›ርቲዖም ... ኣቶት እሞ ምስ

እታ ብሩሕ ሠሪሩዋ ዝነበረት ባዝራ ኒሂራ ከዓ ናብ ዓዲ ቆንጺ ኣቶት እሞ ምስ ሞተ እንዳቡኡ ከዓ ኣምጺኦም ዓዲ ቆንጺ ቐበርዎ ፡ ካብኡ ንነጀው ከዓ ኣንስቲ ደቂ ›ተሽም ቆልዓ እንተ ተወልደ፡ እንተ ክትርስዕ ደም ኣድከመ ምልጋእ ከይትርስዕ፡ እናላ የቕምስኦም ነበሩ ፡ ስለዚ ደቂ ተሽምን ኣድከመ ምልጋእን ውግኦም በዚ ኣይዓ ›ረፈን ኣብ ማይ ግንድን ኣብ ዓዲ ባናን ማይ ኣሮንን በቢእዋኑ ገጢሞም ኔሮም ይበሃል ካብ ኮንተ ሮሲኒ እተጻሕፈ ።

## ም ዕ ራ ፍ ፳፱ ።

## ኣ ር ሐ ዘ ር ኣ ይ ኒ ኣ ስ ም ዔ ን ።

በዚ ዘበን እዚ በዓል ዓጋመ ሠረፀ እንድርያስ ዝበሃል ኣብ ሽማ ንጉሥ ነበረ እሞ፡ ሐንቲ መዓልቲ ከምዚ ኰነ ይበሃል ፡

ኣሐ ዘርኣይ ቁንፀብኒ ኣሐ ሠረፀ እንድርያስኒ ሐደ መዓልቲ ማይ ክሰትያ ኣብ ሩብ ተኾር ተራኸባ ፡ ሽዑ ናይ ክልቲኦም ኣራሑ ኣብኡ ተዋግኡ እሞ ፡ ኣርሐ ሠረፀ እን ድርያስ ስዓረ ፡ ዘርኣይ ከአ ሐሪቑ ተሳዒሩኒ ኢሉ ጐህዩ ፡ ብሕላስ ነቲ ኣርሐ ሠረፀ እንድርያስ ቀተሎ፡ ሽዑ ሠረፀ እንድርያስ ኣርሐይ ቀቲሉለይ ኢሉ ጐህዩ ሴፉ ስሒሉ ሕላሱ ኣብሊሑ ፡ ሕነ ክፈዲ ምሽት ኣፀሚዩ ናብ ሀዘጋ ከይዱ ፡ ናብ እንዳ ዘርኣይ ኣቶ ። ኢሉ፡

ሠረፀ እንድርያስ ከአ ሕጂ እንተ ቐተልክዎ ደም ንደቀይ ክገድፈሎም እዩ ኢሉ፡ ተጣዒሱ ነቲ ዝሐሰቦ ገዲፉ ክልእ ሐሰበ ፡ ለይቲ ምስ ሰበይቱ ደቂሱ ከሎ ካብቲ ፀጕሪ ሠበይቱን ካብቲ ጋዕሱን ካብቲ ጕንጕኑ ፈረሱን ብሴፍ ጐሚዱ ፡ ማዕጾ ኣርሒዩ ንዓዱ ገፁ ከደ ።

ኣብ ተኾር ክበፅሕ ከሎ ምድሪ ፀቢሕዎ ፡ ሐደ ቀሺ ካብ ጨዓረሽ ተበጊሹ ኣብኡ ተጓነፎ ፡ ኣታ ካህን ደው በል ኢሉ ሐዘ ፡ ሽዑ ናበይ ገፅካ ትኸይድ ኢሉ ሐተቶ ፡ ኣነ ንሀዘጋ እንዳ ዘርኣይ እየ የሎ፡ ንሱ በል ሕጂ ኣነ ዝበልኩኻ ሕራይ እንተዘየልክኒ ክቐ ትለካ እየ የሎ ፡ ንሱ ከአ ፈሪሑ ሕራይ የሎ ፡ በል ንዘርኣይ ቑንፀብ እንካ ጕንጕኒ ፈረሱ ከኒ ጋዕሲ ርእስኻን ፀጕሪ ሠበይትኻን ፡ ሠረፀ እንድርያስ ሊኢኹልካ ኢልካ ሃብለይ



ኢሉ ኣምሒሉ ሃበ ፤ ንሱ ከአ ሕራይ ኢሉ ተቐቢሉ መገዱ ከደ ፡ እቲ ካህን ከአ ናብ ሀዘጋ ምስኣቶ ፡ እንዳ ዘርኣይ ከመሐደርኩም ኢሉ እንተኣቶ ፡ እንዳ ዘርኣይ ከአ ሠብ ኣይን ሠበይትን ተጐልቢቦም ሕዙናት መሲሎም ምስ ረኣዮም ፡ ኣታ ኣይድሐንኩም እንዶ የሎም ።

ንሳቶም ከአ ኢቱም መምህረይ ሰብ ትስሕቕ ሐዲሩልና ራኣዩንዶ እዚ ኣራእስና የልዎ ፡ ንሱ ከአ እቲ ሠረፀ እንድርያስ ዝበሎ ዝኸነ ኩሉ ነገሮም ፡ እቲ ፀጕሪ ከአ ኣርኣዮም ፡ ሽዑ ዘርኣይ ቑንፀብ ከምዚ የለ ፡ ኣሳማሚዑለይ ኢሉ ተዛረበ ፡ ካብኡ ሠረፀ እንድርያስ ኣስምዔ ተባህለ ይብሃል ።

## ሞ ት ዘ ር ኣ ይ ።

ድሕሪ እዚ ኹሉ ከአ ዘርኣይ ብጅግንነቱ ፍሉጥ ኮይኑ ካብ ሀፀይ ኢያሱ ዓቢ ተ ዚዙ ፡ ክዋግኡ ንጋላ ቤት ካብ ብዙሕ ሀገር ፡ ብዙሕ ሠራዊት ኮይኖም ክዋግኡ ከለዉ ዘርኣይ ሐጺር ነበረ እሞ ፡ ከም ዑፍ ኮይኑ ይነጥርን ይሽልብለብን ነበረ ፡ ኣብ መንጎዚ ከአ እቶም ጋላ ኩናታት ኣብ ድሪ ተኺሎምሉ ከለዉ ምስ ብዙኃት መኳንንቲ ብጮ ኣብኡ ድርግም ኢሉ ምስ ፈረሱ ኣብኡ ሞተ ፡ ስልዓዲን ዝብሃል መኻን ኣብ ምድሪ ጋላ ኣብአ እተቐብረላ ስጋብ ለይቲ ሎሚ ፍሉጥ መኻን እዩ ።

## እ ዋ ን እ ር ግ ን ኡ ን ተ ከ ለ ።

ሰበይቲ ተከለ መኻን ነበረት እሞ ንሱ ከዓ ከይወለደ ነዊሕ ዘበን ተቐመጠ ፡ ንደቀ ሐዉ ደቂ ዓገባ ከዓ ከም ደቁ ጌሩ ይርእዮም ነበረ ፡ ድሕሪ ሐያሎ እዋን ከዓ ተከለ ኣዚዩ ምስ ኣረገ ጐልባሻ ዓይኑ ምስ ወደቐ ደቂ ሐዉ ደቂ ዓገባ ማይጨሎት ከሕፅብዎ እንዳባ ማይታን ወሰድዎ ፡ እዚ ኵሉ ክኸውን ከሎ ደቂ ሐዉ ተከለ ሐድጊ ዘየብሉ ከይተርፍ ኢሎም ብዙሕ ይጕሕዩ ነበሩሞ ፡ ናብ እንዳባ ማይታን ወሰድዎ ደሐር ኣባ ማይታን ነቶም ደቂ ከምዚ የልዎም ።

ሕጅክምዎ ክትከዱ ከለኹም ኣብታ ጥቓ ዓድኹም ምስ በጻሕኩም ሐንቲ ክ ዓሌት ሐውያ ዝትውለድ ጓል እኽልቲ ጐርዞ ክትጓነፈኩም እያ እሞ ንሐውቦኹም ኣመርዕውሉ ፡ ሽዑ ሐድጊ ካብአ ነዛ ንምድሪ ዝመልኡ ክሐድገልኩም እዩ ኢሎም ተመነይሎም ፡ ደሐር እቶም ደቂ ከምታ ዘረባ ኣባ ማይታን ኣብ ማይ ጨው ክበጽሐ ከለዉ ኣብ ወስን ደዕዳዓ መገዲ ክፍ ኢላ ኣብአ ቀባሕባሕ ትብል ተጓነፈቶም ንሳቶም ከዓ ጓል መን ኢኺ ኢሎም ሐተትዋ ፡ ንሳ ከዓ ካበይ ምኳና ኣፍለጠቶም ሽዑ ንተከለ ኣመርዓውሉ ተከለ ከዓ ነ፬ ወዲ ካብአ ወለደ ፡ ሽሞም ከምዚ ብታሕቲ ዝስዕብ እዩ ። ፩ ንዘርአ ብሩኽን — ፪ ንኬፋን — ፫ ንዕቑባ ኣብን — ፬ ንዕቑባይን ነ ኦም ኣርባዕቲኦም ካብአ ወለደ ።

## ምዕራፍ ፳ ።

## ወለዶ ሚናበ ዘርአይ ።

እቶም አብ እንዳቡኦም ዝተረፉ ክልተ ደቂ ተስፋ ጼን ሚናበትን ዘርአይን አመቓልኦም ከምዚ ዝስዕብ እዩ፡ ሚናብ ንፀ፱ተ ወለደ ሽሞም ከዓ ከምዚ እዩ፡ ፩ ንዕንቖ ሐርያትን — ፪ ንስብሐት ለአብኒ፡ ካብዚኦም እቲ ሐደ ስብሐት ለአብ ንሽም ጅምሉቕ አትዩ አብኡ ተቐመጠ፡ ዘርኡ ከዓ ስጋብ ለይቲ ሎም አብኡ አለዉ፡ እቲ ሐደ ዕንቖ ሐርያት ድማ ነ፬ተ ወለደ ሽሞም ከዓ ከምዚ ዝስዕብ እዩ ። ፩ ንደባስኒ — ፪ ንዘርአ ብሩኽኒ ፫ ንዘርኡኒ — ፬ ንዳግማይ ተስፋ ጼንኒ፡ ነዚኦም ፬ተ አወዳት ወለደ ።

እዞም አርባዕተ የሕዋት አብ ማእከል ሀዘጋን አብ ጐደባብትን አለዉ፡ እንተኾነ ብሽም እቲ ዓቢ ሐዎም ደበነይ ዝበሃል ብኡ ሽም ደበነይ ይበሃሉ፡ እዚአቶም ኩሎም ብሐደ ሽም ጭቅኦም ንበይኖም ፍሉይ እዩ፡ ዘርአይ ከዓ ነ፭ተ ወለደ ሽሞም ከምዚ እዩ ። ፩ ንስጐዶምኒ — ፪ ንሀብ ሥሉስኒ — ፫ ንሽማግለን — ፬ ንአስፈደይን — ፭ ንመርዓውን ነዚኦም ፭ቲኦም ወለደ ። ካብኦም ከዓ ብጀካ አስጐዶም ዘርኢ አርባዕቲኦም የሕዋት ካብ ሀዘጋ ወፃኢ እዮም ዘለዉ ሀብ ሥሉስ አብዛ ሕጂ ብሽሙ እትስመ ዘላ ዓዲ ዓዲ ሀብ ሥሉስ ዘርኡ አብአ አለዉ ።

ሽማግለ ከዓ ንሱ ዝፈረዮም አብዛ ሕጂ ዓዲ ሽማግለ ተቢሂላ ትጽዋዕ ዘላ ዝርካቦም ዘርኢ ሽማግለ አብአ አለዉ፡ እቲ ሳልሳይ ሐዎም አስፈደይ ከዓ ከምዞም የሕዋቱ ዓዲ ሕጇ አብታ ብሽሙ ትጽዋዕ ዘላ ዓዲ፡ ደቁ ዝርካቦም አብአ አለዉ፡ መርዓዊ ከዓ ዝፈረዮም አብታ ዓዲ ብሽሙ ትስመ ዘላ አብአ አለዉ፡ እቲ በኹሪ ቤት አስጐዶም ዝበሃል ሐዎም ከዓ ን፫ተ አወዳት ወለደ፡ ሽሞም ከዓ ከምዚ ዝስዕብ እዩ ። ፩ ንደብረ ጨን — ፪ ንሀብተ ማርያም — ፫ ንፍሬ ምኻእኒ ነዚኦም ሠለስተ ወለደ ።

ካብዚኦም ዘርኢ ደብረ ጨንኒ ዘርኢ ሀብተ ማርያምኒ ዘርኢ ኽልቲኦም የሕዋት ብሐደ ሽም ሕጅ ገዛ ዓዲ ደብረ ጨን ይበሃሉ፡ ጭቅኦም ከዓ ሐደ እዩ ። ፍሬ ምኻእ ከዓ ንሱ ዝፈረዮም ሐደ ገዛ ኰይኖም ገዛ ዓዲ ፍሬ ምኻእ እናተባህሉ ይዕውዑ አለዉ፡ ጭቅኦም ንበይኖም እዮም ።

ብፍላይ ከዓ ካብ ገዛ ደብረ ጨንኒ ፍሬ ምኻእኒ ካብ ክልቲኦም ገዛ ዝወፁ ናብ ሸነኽ በረኻ ናብ ክልተ ቑሸት ዓዲ ግናን ተገድረን ዝበሃሉ አለውዎም ። የሕዋት ደቂ ዘርአይ ከዓ ሐያሎ አብ ምድሪ በኔዓምር ፋሕ ኢሎም ንጣር ንጣር አለውዎም፡ ብዝበን ዱሩይ ፍጋጋ ሸፈቱ አብ በረኻ ከሎ ዘርአይ ከዓ ንዱሩይ ፍጋጋ ክሕዝ ኢሉ ናብቲ በረኻ ምስወረደ ሽዑ አብቲ በረኻ ዝፈረዮም ካብ አስላመይቲ እተወልዱ እዮም ሕጅ ሽሞም አላቢዓ ይበሃሉ አለዉ ።

እቲ ዕቤት ዓዲ አብ ሀዘጋ ካብ ዘርአይ ጀሚሩ ናብ ወዱ ናብ አስጐዶም ። ካብ አስገዶም ከዓ ናብ ወዱ ናብ ደብረ ጨን፡ ካብ ደብረ ጨን ናብ ወዱ ናብ ዕቑባሐንስ፡ ካብ ዕቑባ ሐንስ ናብ ወዱ ናብ ተኽሎም፡ ካብ ተኽሎም ከዓ ናብ ወዱ ናብ ድብሎም፡ ካብ ድብሎም ከዓ ናብ ወዱ ናብ ክንቲባ ዘክርስቶስ፡ ካብኡ ከዓ ናብ ወዱ ናብ ወል
ዲት፡ ካብኡ ከዓ ናብ ወዱ ናብ ረድኢት፡ ካብ ረድኤት ናብ ወዱ ናብ ብዕዓይ፡ ካብ
ብዕዓይ ከዓ ናብ ወዱ ናብ በኪት፡ ካብ በኪት ናብ እዚ ሕጅ ዘሎ ከምዚሉ ካብ ጥንቲ
ስጋብ ሎሚ ካብ አቦ ስጋብ ውሉድ ወለዶ እናተሐላለፈ ከምዚሉ አሎ ስጋብ እዚ
ግዜና ንሕና ከዓ በዚ እዋንዚ ክንጽሕፍ ናይ አቦታት ዝግድሰና እዩ ።

## ወለዶ ተከለን አገባን ።

አመቓቕላ ተከለን ዓገባን ከምዚ እዩ፡ ተከለ ከምዚ አብ ላዕሊ ዝቬራሕናዮም
ን፬ተ አወዳት ወለደ፡ ሽሞም ከዓ ከምዚ ዝስዕብ እዩ ። ፩ ዘርአ ብሩኽኒ — ፪ ኬፋ
፫ ዕቑበ አብኒ — ፬ ዕቑቦይኒ፡ እዚኦም ፬ቲኦም አወዳት ደቂ ተከለ እዮም ዝበሃሉ
ካብዚኦም ኬፋ ሐድጊ ዘየብሉ ጠፍኤ፡ ዘርአ ብሩኽ ግና ን፭ አወዳት ወለደ ሽሞም
ከዓ ከምዚ እዩ፡ ፩ ንአቢብኒ — ፪ ንላእከ ጼንኒ — ፫ ንእምሐኒ — ፬ ንጋይምኒ — ፭
ንመፍለስኒ፡ ነዚአቶም ወለደ ።

ካብዚአቶም መፍለስኒ ጋይምኒ ሐድጊ ዘየብሎም ጠፍኡ፡ ዕቑበአብ ከዓ ን፭ ወለደ
ሽሞም ከዓ ከምዚ እዩ ። ፩ ንዘገርግሥኒ — ፪ ንምሐኒ — ፫ ንመሐረ ክርስቶስኒ ፬
ንዓፅመ ገርግሥኒ — ፭ ንሐርያኡን ነዚኦም ንሐሙሽቲኦም ወለደ ።

ካብዚኦም ዓፅመ ገርግሽ ዘርኢ ዘየብሉ ጠፍኤ፡ ዘገርግሥ ንቀሺ ስንዱድን ንሐ
ምበርን ወለደ፡ ቀሺ ስንዱድ ከዓ ንቀሺ ሰለሞንን ንቀሺ ኃይሉን ወለደ፡ ቀሺ ኃይለ
ድማ ንመድሕን ወለደ፡ መድሕን ንወልደገብርኤል፡ ቀሺ ሰለሞን ከዓ ን፭ ወለደ ሽሞም
ከዓ ከምዚ ዝስዕብ እዩ፡ ፩ ንኽፍላይኒ — ፪ ንሐለቓ ዕንቋይን — ፫ ንወልዱኒ — ፬
ንሥላስን — ፭ ንሠርጊትን ወለደ፡ ዕቑቦይ ከዓ እቲ ሐሙሻይ ሐዎም ወዲ ተከለ
፩ ንናትኤልኒ — ፪ ንገብረ ኢየሱስኒ ን፪ተ ወለደ ።

ካብዚኦም ገብረ ኢየሱስ ሐድጊ ዘየብሉ ጠፍኤ፡ እቶም ሠለስተ ግና ዘርአ ብሩኽ
ዝፈረዮም አቢብኒ ላእከ ጽዮንን እምሐን ዘርኢ ሠለስቲኦም አብ ተከለ ታሕታይ አለዉ
ላእከ ጽዮን ዝፈረዮም ከዓ አብ ተከለ ላዕላይ አለዉ ። እዚአቶም ከምሐደ ማይ ቤት
ኰይኖም አለዉ በዚ እዋንዚ ጭቅኦም ብሐደ እዮም ።

ደቂ ዕቑበ አብ ከዓ ሠለስቲኦም ከምኡ ከዓ ደቂ ዕቑባይ አብ ላዕላይ ተከለ አለዉ
እዚአቶም ከዓ ከምሐደ ዓሌት ኾይኖም ጭቅኦም አቢ ሐደ ኽፍሊ እዩ፡ ደቂ ዓገ
ከዓ ፫ተ እዮም ሽሞም ከምዚ እዩ ። ፩ ንበግዓጼንኒ — ፪ ሕነሽምኒ — ፫ ፈሊቆስ
ከምዚሎም ሠለስተ ደቂ ዓገባ ይበሃሉ ነበሩ ።

ሠለስቲኦም አመቓቕልኦም ከምዚ እዩ፡ ሕነሽም ን፫ተ ወለደ ሽሞም ከዓ ከምዚ
እዩ ። ፩ ንኽፍለን — ፪ ንሳሙሰንኒ — ፫ ንሕዝባይኒ፡ ነዚኦም ሠለስቲኦም ወለደ፡ ንሰ
ዓገባ በኹረ ቤት እዩ እሞ እቲ ዕቤት ዓዲ ናብኡ ነበረት ካብኡ ከዓ ናብቲ በኹ
ቤት ወዲ ዓገባ ወዲ ሕነሽም ናብ ሳሙሰን ሐለፈት ሳሙሰን ከዓ ን፭ተ አወዳ

ወለደ፣ ሽሞም ከዓ ከምዚ ዝስዕብ እዩ። ፩ ንከንቲባ ገብረ ክርስቶስን — ፪ ንዳግማይ አቶ ሹምኒ — ፫ ንሐን ሽሉሽኒ — ፬ ንተኽለስሉስን — ፭ ንፀሊማይኒ ነዚኦም ወለደ።

ካብዚኦም ፭ተ የሕዋት ደቂ ሳሙስን እቲ ዕቤት ዓዲ ናብቲ በኹሪ ቤት ናብ ዳግማይ አቶ ሹም ሐለፈት፣ ካብኡ ከዓ ናብ ወዱ ናብ ድብለየስ ሐለፈት፣ ካብኡ ናብ ወዱ ናብ ከንቲባ ሐንስ ሐለፈት፣ ካብ ከንቲባ ሐንስ ናብ ከንቲባ ተክለ ገርግሽ ሐለፈት፣ ካብ ከንቲባ ተኽለ ገርግሽ ከዓ ነዛ ሽመት ፯ተ ወለዶ ዝነበረት ውላድ ስለ ዘይነበሮ ብፍቓዱ አብ ዓዲ አውደቓ ዓዲ ከዓ መሪጾም ነስጐዶም ወዲ ዘርአይ ኩርፎ ዕቤት ዓዲ ናብኡ ሐለፈት፣ ንሱ ካብ ገዝኦም መቕረብ ስለ ዘይነበሮም ወለድኡ ከምዚ ዝስዕብ እዩ፣ ዘርአይ ኩርፎ ወዲ ገብረ ክርስቶስ — ገብረ ክርስቶስ ወዲ ሐደራንክኤል ሐደራንክኤል ወዲ ዓንደንክኤል — ዓንደንክኤል ወዲ ድብለየስ ሐው ከንቲባ ሐንስ እዩ።

ሐንሽ ሥሉስ ከዓ ንዓዲ ስእሊት ዝፈረዩ እዩ ተኽለታቴስኒ ፀሊማይኒ ሐድጊ ዘይብሎም አሠር ጠፍኡ፡ ከንቲባ ገብረ ክርስቶስ ከዓ ንዓዲ ከንቲባ ገብረ ክርስቶስ ዝፈረዩ እዮም፣ ስድራ አቶ ሹምኒ ሐንሽሉሽኒ ምስ እንዳ ከንቲባ ገብረ ክርስቶስ እዩ ቀ‐ዕሮም ጭቅአም ከዓ በሐደ እዩ፣ ዓዲ ከንቲባ ገብረ ክርስቶስ ተባሂሎም ይጽውዑ።

ዓዲ ከንቲባ ክፍለ ከዓ ነሐሙሽተ አወዳት ወለደ፣ ሽሞም ከዓ ከምዚ ዝስዕብ እዩ። ፩ ንዳግማይ ዓገባን — ፪ ንዓን ሥሉስን — ፫ ንተስፋ ሥላሰን — ፬ ንተኽለ ሃይማኖትን ።

ካብዚኦም ዳግማይ ዓገባን ዓንሥሉስን ተስፋ ሥላሰን እዚኦም ሠለስቲኦም ዝፈረዩዎም ከምሐደ ዓሌት ኰይኖም በሐደ እዩ ቑዕሮም እሞ ዘርኢ ሠለስቲኦም ገዛ ዓዲ ከንቲባ ክፍለ ይበሃል፣ ካብዚኦም ከዓ እቲ ሳልሳዮም ተስፋ ሥላሰ እተባህለ ንከንቲባ ገብረ ሥላሰን ንየሕዋቶምኒ ወለደ፣ ከንቲባ ገብረ ሥላሰ ከዓ ንዓዲ ደገዝማቲ ዝፈረዩ እዩ፣ ንሳቶም ከዓ ከም ሐደ ዓሌት ኰይኖም ዓዲ ደገዝማቲ ይበሃሉ፣ ጭቅአም ከዓ ንበይኖም እዮም ሕጅ ዘለዉ፣ ተኽለ ሃይማኖት ከዓ እቲ ራብዓዮም ንኽልተ ወለደ ንተኽለስታቴስኒ ንፍጻይኒ ወለደ ዘርኢ ክልቲኦም የሕዋት ደቂ ተኽለ ሃይማኖት አብ ዓዲ ገብሩ አለዉ።

ካብ ዘርኢ ከንቲባ ክፍለ ከዓ ብጀካ እዞም አብዚ ዘለዉ ካብኦም ተፈልዩ ሐሐሊፎም ድሕር አብ ብዙሕ ዓድታት ፋሕ ኢሎም አለዉ። አብ ዓዲ ተኽላይ መርሐኖ አብ ዓዲ ጐምቦሎ ገለ ናብ ዓዲ ገልግል ገለ አብ ዓጽንዓይ ገለ ናብ ቀራና ኹዶ ገለ ከዓ ንጣር ሐሐሊፎም ድሕሪ ስዕረት ደጊያት ኃይሉ ሀሀዲሞም ምስከዱ ስጋብ ሕጂ ዓዶም ዘይተመልሱ ፍቕዳ ቆላ ስጋብ አድያቦ ፋሕ ኢሎም አለዉ።

ሕዝባይ ከዓ እቲ ሳልሳይ ወዲ ሕነ ሽም ንገዛ ዓዲ ሕዝባይ ዝፈረዩ እዩ፣ እዚኦም ሕጂ ሐደ ዓሌት ኰይኖም ጭቅአም ከዓ ብርእሶም ፈልዮም ንበይኖም እዮም፣ ዝተረፉ ፪ተ ደቂ ዓገባ ዝፈረይዎም ከምዚ እዩ፣ ንገዛ ዓዲ ፊልቆስ ጐዕላይ ዝፈረዩ እዮም ንሰም ፈለማ ካብ የሕዋቶም ተፈልዮም ናብ ክልእ ዓዲ ከይዶም ነበሩ፣ ካብኡ ድሕሪ ሐያሎ እዋን



ካብ ደቂ ዘርኡ ናብ ጽላለ ዓዲ ጉዕላይ አብኡ ነበሩ፣ ካብኡ ብዘበን ራእሲ አሉላ ተማ ጉቶም አብ ፀዓዘጋ ምድሮም ረኸቡ ካብኡ ጀሚሮም ፀዓዘጋ አለዉ፣ ከም ሐደ ዓሌት ኰይኖም ጭቅአም ንበይኖም ፈልዮም አለዉ።

በግዓዜን ከዓ እቲ ሳልሳይ ወዲ ዓገባ ንዓዲ ሽሻይ ፈረዩ፣ እዚአቶም ሕጂ ምስ ዓዲ ከንቲባ ገብረ ክርስቶስ እዩ ቑዕሮም እዞም ሽዱሽተ ገዛ ዝነበሩ በብጭቅአም ዝቖ ራሕናዮም ቑዕሮም ብሐደ እዩ ግብሪ ንጉሥ ኰነ ናይ ቤተ ክርስቲያን ኰነ ብሐደ እዮም ዝምደቡ፣ ብጀካ እዞም ሽዱሽተ ዓሌት ካልእ ዓሌት ሐደ ሰብአይ አለዉ፣ ሽሞ ከዓ ላዕላይ ገዛ ወይ ከዓ ገዛ ሥድራ ይበሃሉ፣ እዚአቶም ከዑ እቶም ገዛእቲ ዝነበሩ አበታትና እዮም አምጺኦም ናብ ፀዓዘጋ ዘእተውዎም፣ ዝመጽዎ ከዓ ካብ ኩትሞ አወ ልዕ ዓሌት ጭዋ እዮም፣ ገሊኦም ከዓ ካብ ወቐርቲ፣ ገሊኦም ካብ ክልእ ሀገር ዝመጹ ዓሌት ጭዋ እዮም፣ ንሳቶም ከዓ ተአኻኺቦም ከም ሐደ ዓሌተ ኰይኖም ጭቅአም ንበይኖም ፈልዮም አለዉ።

## ሞ ት ሕ ነ ሽ ም ።

ሕነሽም ካብ ፀዓዘጋ ወጺኡ ናብ ጻን ተክል ዑና ሕነሽም ዝብሃል መኻን ተቐሚጠ የማን ጺጋም እናዘመተ ይሽኣብብ ነበረ፣ ከየዕረፈ ወግሐ ጸብሐ ንኩሎጉዛይ እና ተግ ግኤ ይዘምቶም ነበረ፣ ዝገብርዎ ምስ ጠፍኦም ዘይጣበብ ተጣበቡሉ፣ ካብ እኩስጉዛይ ሐደ ሰብአይ ብዓል ደሐን ተመሲሉ፣ ጋሻ ኮይኑ ናብ ቤቱ አቶ እሞ፣ ድሐን አለኸ እናለ በታ ተኰልኩልዋ ዝነበረ ካራ አዘንጊዑ አምዑቱ አውጺእዎ ሃደመ። በዚ ከምዘ አጣፋፍአ ጠፍኤ፣ ሽመቱ ከአ ናብ ወዱ፣ ናብ ከንቲባ ክፍለ ሐለፈት።

## ው ግ እ ጐ ል ጐ ል አ ም በ ዓ ።

ውግእ ጐልጐል አምበዓ፣ አብቲ ቀደም ዘበን ሐደ ካልእ ጅግና ሕነሽም ዝብሃል ነበረ፣ ወዲ ባሕረ ነጋሲ ዘገርጊሽ፣ ካብ ዓዲ ከንቲባ ገረኽስቶስ፣ ንሱ እተን አሐ እን ቡአ ሳዕሪ ከብልዕ ብሐጋይ ናብ ቆላቁል ወረደ፣ ሰለስተ ደቂ መፍለስ ከአ ነተን አሐ ክዘምቱ ሐደጋ ወደቕዎም፣ እቶም ብጮት ሕነሽም ሐዲጎምዎ ሀደሙ፣ እቲ እሙ ጊሊኡ ንሕነሽም ግና ከምዚ ኢሉ አታባብዖም፣ ካብ ሽምና ንጽይቕ ሕነሽም ሀዲመ ማለት፣ ሕነሽም መይቱ ማለት ዓቢ ዓወት እዩ ኢሉ፣ ኽቲ እሙን ባሪኡ ምስ የሎ ገ ሐዘም፣ ገለ ከአ ቀተሎም፣ ፍቕዶም አርብዓ ዝኾኑ እሞ፣ ነበ ሕነሽም ከምዚ የልዎ፣ ወድኻ ሐባብ መጺኦም ሐደጋ ወዲቖምዎ ስዒርዎም፣ ንሱ ከአ ናብ ጐልጐል አም በዓን አርብዓን አይወደይን የሎ እሞ፣ ነዚ ሕነሽም እዚ ይኹን ወይ ከአ ንሐነሽም ወዲ ዓገባ ይኹን፣ ከምዚ ኢሎም ገጠሙሉን ሐለይሉን ይብሃል።

ሕነሽም ሊላዩ
በዓል አምበላዩ

አበይ ጨርሕኻ
በዓል ውላድሐኻ
አብ ጐልጐል አምበዓ
ቀታል ክልተርብዓ
ሕነኸም ሕነኸም
ወዲ ደቀተኸም
ብዛብይ ዝቕርሰም ።

ምዕራፍ ፳፩ ።

## ጥቢ ሕዝባይ ።

ሕነኸም ምስ ሞተ ፡ ሰለስተኦም ደቁ ሳምሶንን ፡ ከንቲባ ኽፍለን ሕዝባይ ከልአይን ፡
ለስተኦም ከምዚ ኢሎም ዘተዩ ፡ ምድርና ነጸልም የሉ ፡ ሕዝባይ ከአ ተንኰል ሐሰበ ፡
ታን ንግራት ዓገብ ክረክብ ዘይጥቡብ ተጣበበ ፡ ንሐደ ሰብአይ ከምዚ ኢሉ ተቛራ
ሮ ፡ ንጽባሕ ምስ አሕዋተይ መሬት ክንማቐል ኢና እሞ ፡ እናህልካ አለልያ እዛ በት
ይ ዕንጨይተይ ኢለ ክአትዋ እዬ ኢሉ ፡ እሞ ዓስኻ ከአ ሐላፍ መገዲ መሲልካ በታ
ሎናያ መኻን ሕለፍ እሞ ፡ ንሕና አታ ሰብአይ ንዓ ዕንጨይቲ አውድቐልና እንተ በል
ካ ነዛ በትረይ ናብቲ ከምዚ ዝበለት መኻን አውድቐለይ የሎ ።
አሕዋቱ ግና ኹሉ ኹሉ ከይፈለጡ ተታሐሒዞም ምድሮም ከጸልሙ ናብ ሞሮር
ፈሩ እሞ ፡ ናብ ሠለስተ መደብዎ ፡ ደሐር እቲ ዳግማይ ሕዝባይ እተቛጸሮ ሰብአይ ፡
ሐላፍ መገዲ መሲሉ መጸ ፡ ከመዓላትኩም የሎም ፡ ሽዑ ንሱ ዕንጨይቲ አውደቐ ፡ ከምታ
ምኽሮም ገበረ ፡ እታ በትሪ ሕዝባይ ናብ ግራት ዓገብ ንዕዑ በጽሔት እሞ ፡ ከንቲባ
ክፍለ ናይ ጕርሒ ከምዝኸነት አለሊዮምዋ ንሕዝባይ ከምዚ የልዎ ።
እንተድአ ብኡነት ኰነት ተቐመጠላ
እንተድአ ብጕርሒ ኰነት ተጕድአላ
ደቅኻን ሐረስቲ ደቀይኒ በላዕቲ ይግበሮም የልዎ ።
ብዚ ምኽንያት እዚ ግራት ዓገብ ይብሃል አሎ ።

## ዓገብ ክፍላይኒ ሕዝባይኒ ።

ብዛዕባ ግራት ዓገብ ባዕላቶም ሰብ ርስቲ ዝኾኑ ከምዚ ኢሎም የዘንትዉ ፡ ደቂ ሕነ
ሸም ክፍለን ሕዝባይን ሳሙሶንን እዮም እሞ ፡ ሰለስቲኦም አሕዋት ክፍለን ሕዝባይን ደቂ
ሐንቲ ሰበይቲ ሳሙሶን ግና ዓቢ ወዲ ቀዳመይቲ ሰበይቲ ነበረ ፡ ስለዚ እቲ ምድሮም
ከአ ንካፈል ኢሎም ሐሳቦም ቈረጹ እሞ ፡ ንሳሙሶን ንስኻ ዓቢ ኢኻ እሞ አክፍለና
የልዎ ።



ንሱ ግና አይፋል ባዕልኹም ኬድኩም ክልቴኹም ክፈልዎ የሎም እሞ ፡ ቀደ
እውን ናይ ልበም አይኮነን ንኽምስሉ ድአ እዮም እምበር ፡ ፍታዎምሲ ባዕላቶ
ክምድቡ ብሐንሳእ ከአ ክዕምሩ እዮም ፡ እንታይድአ ካብቲ በይና ዘዲኡ ሐዎም ም
ንቲ ክፍለዩ አብ መንጎ ክልቲኦም ግዲኡ ከይበጽሐ ክባላሐቱ እዮም ዝገበርዎ ።
ሎሚ ንኽፍለ በጺሕዎ ዘሎን ንሕዝባይን ንደቂ ሳሙሶንን እቲ ናይ ክፍለ ዒላ አ
ረሰም ይብሃል እሞ ፡ ብሽንኽ ስሜን በቲ ጽሑፍ እምኒ አብ መንጎ ዓድን መንጎ ዓሰጕ
ዘሎ እዩ ፡ እቲ ናይ ሳሙሶን ከአ አብ ማእኸል ዘሎ ንመንገዲ ዓዲ ገብሩን ንደቂ ዳ
ምን ዝወስድ ዘሎ ሕዛእቲ ዓቢ እዩ ሽሙ ፡ እቲ ሳልሳይ ከአ ግራት ዓገብ ክፍለ ሕ
ባይ ንጸጋም ክትከይድ ንዓዲ ገብሩ ምስ ሐዘ ብሽንኽ ደቡብ ዘብል አብ መንጉኡ እ
መንገዲ ሕምብርቲ ዝወስድ እዩ እሞ ፡ ንምኽፋሉ ክድልድልዎ ከለዉ ክፍለን ሕዝ
ይን ተባሃሉ ዝብል ከአ ከምዚ እዩ ።
አብ መንጎ ክልቴና ሳሙሶን ከይአቱስ እታ ማእከለይቲ ነንእሳ የሉ ፡ ነዘን ክል
ወሰን ግና አዚና ነግፍሐየን ኢሎም መኸሩ እሞ ፡ ንሳሙሶን ሕረ ክንብሎ ኢና ንስ
ግና ብምግፍሔን ካብዘን ክልተ ወሰኖት እዩ ዝሐሪ ኢሎም ተማኸሩ ።
ሽዑ ጸዊዖም ከምዚ የልዎ ፡ እንሆ ደልዲልናዮ ካብ ሰለስቲኤን ሕረ የልዎ ፡ ንሰ
ከአ ዜሩ እናኸለለ አጸቢቑ እንተ ረአዩን ሩብሕን ጕዱእን ከይነን ምስ ረአየ ፡ ና
ጕርሒ ምኽና አጸቢቑ ፈለጠ እሞ ፡ ባህ ከይብሎም ኢሉ ነታ ንእሽቶ ማእከለይቲ
እዚአ ትሕሸኒ ኢሉ ሐረየ እሞ ፡ በቲ ዝገበርዎ አጕሂዩዎ አብታ ግራት ጠጠው ኢሉ
ዓገብ የለ ፡ ግራት ዓገብ እናተባህለት ስጋብ ለይቲ ሎሚ ትጽዋዕ አላ ፡ እታ ምድሪ ዓቢ
ስለ ዝሐዛ ዓቢ ትብሃል አላ ስጋዕ ሎሚ ካብታ መዓልቲ እቲአ ፡ ሕዝባይን ክፍለን ሳሙ
ሶንን ከምዚ አብዚ ላዕሊ ዝዝንቶ ዘሎ እዩ ።

## ሽማሙንቲ ።

ሽመት ከንቲባ ክፍለ ናብ ወዱ ናብ ተኽለሃይማኖት ሐለፈ ፡ ተኽለሃይማኖት አብ
ፀዓዘጋ ከይኑ ክገዝእ ከሎ ፡ ሃገር ብኽፉእ ነቕጽን ንፋስን ዘርኡ ጠፍኤ ፡ በብዓመት ከአ
እናገደደ ከደ ፡ በዚ ምኽንያትዚ እንተሐሸ ኢሎም ሽመት ናብ ወዱ የሕለፍዎ ፡ መሊሹ
ድማ ዝገደደ ኮነ ፡ ተኽለታቴስ ከአ ዝገደደ ኮይኑ ምስረኤ ሽመት ናብ ኤሕዋት መለሳ ፡
ኤሕዋት ከአ ሽመት ወዲ ሳሙሶን ንከንቲባ ገረኽስቶስ ሸሙዎ ።
ከንቲባ ገረኽስቶስ ከአ ንወዶም ንእምሀ ግብሪ መንግሥቲ ከእቱ ንጎንደር ናብ
ሀፀይ ተልኢኹ ምስከደ አገልጊሉ ተሸይሙ መጸ እሞ ፡ አበይ ከሎ አነ አይሸየምን
ኢሉ ነቡኡ ሃበም ፡ ድሕሪኡ ቅድም ካብ የሕዋት ድሐር ካብ ንጉሥ ከንቲብነት አም
ጺኡ ነቡኡ አሸሞም ይብሃል ።

## ምእታው ተኽለታቴስ ናብ ዓዲ ገብሩ ።

ተኽለታቴስ ሽመቱ ምስ ሐለፈ ንደቁ አኪቡ ካብ ፀዓዘጋ ዘቢሉ ናብ ዓዲ ገብሩ
አቶ ፡ ምኽንያቱ ከአ ሐደ ሃብታም ገብሩ ዝብሃል ብዓል መቐርከ እንዳብ ሹም ነበረ
እሞ ፡ ባርያ ተኽለታቴስ ከአ ንጓል ገብሩ ናብ ዓዲ ከይዱ አበላሸዋ ፡ ገብሩ ከአ ቀተሎ ።

ተኽለስታቴስ ድማ ብሞት ባርይኡ ጒህዩ ናብ ንጉሥ ጠርዔ ፡ ንጉሥ ከአ ዘረብኡ ሰሚዖም ፡ በል እታ ዓዲ ገብሩ ከምዘላ ርስትኻ ትኹን ፡ ንውሉድ ወለዶ ደቂ ደቅኻ ኢሎም መጠውዎ ። ከምዚሉ እዩ ተኽለታቴስ ንዓዲ ገብሩ እተሰረተ ፡ ከምኡውን እቶም ደቂ ሐወ. ደቂ ፍንጃይ ደድሕሪኡ ሰዓቡ ።

## ዑ ና ሐ ሽ ል ን ዑ ና ጉ ዶ ን ።

በዚ ጊዜ አቢሉ ክልተ ዓዲ ፋሕ ዝበላ ነበራ ፡ ንሰን ከአ ዑና ሐሽልን ዑና ጉዶን ዝበሃላ አጠፋፍኤን ከምዚ እዩ ፡ ሐንቲ ሰበይቲ ወዳ አብዘን ዓድታት እዚአተን ሐሳሲ ዝበሃላ ዮም ቀተልዎ እሞ ፡ እቶም ደቂ ዓዲ ከአ ነቲ ቀታሊ ከይገልጽዎ ትም ኢሎም ዕሽሽ የልዎ ፡ ንሳ ከአ ብሞት ወዳ ድቃስ ሰአነት እሞ ዘይጥቡብ ተጣበበት ።

ሕነ ወዳ ክትፈዲ ንሕድ ሕዶም ከምዚጣፍኡ ምስ ሕሊናአ መኸረትሞ ፡ ፈላሲት ተመሲላ ናብ ዑና ሐሽል መጺአ ከምዚላ ትልምን ነበረት ፡ ማርያም ትሃብኩም ካብ ዑና ጉዶ ዝመኸሩልኩም የውጽእኩም በለት ፡ እንታይ ይብሉና ዲዮም የልዋ፡ እንታ ይከ ዘይብልኹም ፡ አስያፎም ስሒሎም ኩናቶም አብሊሖም አጽዋሮም ሒዞም ንዑና ሐሽል ሐመድ ንግበሮም ክብሉ ድአ ሰሚዔ የለቶም ፡ ንሳቶም ከአ ከይቀደሙና ሃይ ንበሎም ክብሃሉ ከለዉ፡ ንሳ ከአ መሊሻ ንዑና ጉዶ ከይዳ ማርያም ትሃብኩም ካብ ዑና ሐሽል ዝብልኹም የውጽእኩም እናበለት ትልምን ነበረት ።

ንሳቶም ከአ እንታይ ይብሉናለዉ. እዮም ኢሎም ጠየቕዋ ፡ አጽዋሮም ሒዞም ግዲ ንዑናይ ነጥፍአዮም ኢሎም ክማኸሩ ሰሚዔ የለቶም ፡ ንሳቶም ከአ ንዑናይ ንበሎም እናበሉ ክቕረቡ ከለዉ ፡ ጓሶት አብ ሩባ ናትና እየን ዝሰትያ ቀድም ፡ እብ አሐና እየን ዝሰትያ በዚ ተላዕለ እሞ ፡ ንዓዲ አውያት ኮነ ፡ ከምዚሎም ዓጢቖም ተሰሊፎም መጹ እሞ ፡ ክልቲኦም ዓዲ ተፋለሱ ።

እቲ ምድሮም ከአ ፈረቕኡ ዓድ ሰጉዶን ወኪ. ዱባን ፡ ፈረቕኡ ከአ ጻዕዳ ኽስታን ወረስዎ ። እቲ ዑናታት ስጋዕ ለይቲ ሎም ፍሉዋ መኻን እዩ ።

## ም ዕ ራ ፍ ፳፩ ።

### ወለዶ ደቂ ገብረ ክርስቶስ ።

ገብረ ክርስቶስ ፈለማ አብ ፃዕዳ ክስታን ኾይኑ ንጀተ አወዳት ወለደ ፡ ሽሞም ከዓ ከምዚ እዩ ። ፩ ንሐብታይኒ — ፪ ንዮሴፍኒ — ፫ ንቶምቦሳኒ — ፬ ንኃይላይኒ — ፭ ንዓግማይ ብሩሕኒ — ፮ ንዕቑባ ሥላሰኒ ፡ ነዚአም ወለደ ።

ካብ ሽድሽቲኦም ዳግማይ ብሩሕኒ ዕቑባ ሥላሰኒ ዘርኢ. ዘየብሎም ኤውር ጠፍኡ እቲ ሳልሳዮም ግና ሀብታይ ንፃዕዳ እምበ አትዩ ንሱ ዝፈረዮም ዝርካቦም አብኡ አለዉ. ። ከምኡ ከዓ ኃይላይ ዘርኡ ዝፈረዮም አብ ቑሼት አለዉ. ፡ ዮሴፍኒ ቶምቦሳኒ



አብ ፃዕዳ ክስታን ተቐመጡ ካብአቶም ከዓ ዝፈረይዎም ዮሴፍ ንጀተ ወለደ ፡ ሽ
ከዓ ከምዚ ዝስዕብ እዩ ። ፩ ንዳግማይ ገብረ ክርስቶስ — ንሠምረ ክርስቶስ ነዚ
ወለደ ፡ ሠመረ ክርስቶስ ንዳዕሮ ጳውሎስ (ወይ ከዓ ንዳዕሮ ቓውሎስ) አትዩ ንኪ
ዝግ — (በኺ.ት) ንሽመርዝግን — ንኩኖዝግን ንዚአቶም ፈረዩ ፡ ዳግማይ ገብረ ክ
ቶስ ከዓ አብ ዓደቡኡ ተሪፉ አብኡ ኰይኑ ንሮተ አወዳት ወለደ፡ ሽሞም ከዓ ከ
ዝስዕብ እዩ ። ፩ ንብፃዕ አምላኽኒ — ፪ ንተስፋዝጊኒ — ፫ ንሀብተ ልዑኒ ነዚአ
ወለደ ።

ካብዚአቶም እንዳ ሀብተ ልዑል ቀንዲ ሰብ ዓራት ኮኑ ፡ ካብአም አብ ፃዕዳ ክስ
እኒ ዓዲ ክንቲባ እኒ ዓደይጠቦ አውራታት አለውዎም ካብዚአቶም ሕጅ አብ ዓስ
አለውዎም ከምኡ ከዓ ካብዚአም ዝወፁ የሕዋቶም አብ ዓዶም ነገርኒ አብ ዓድ ሐ
ሽተን አብ ጉዳይፍኒ ገለ አብ ገጀረትኒ አለውዎም ፡ ከምዚሎም እዚአም ብሐደ ገ
ዘርኢ. ገብረ ክርስቶስ ይበሃሉ ።

## ወ ለ ዶ ደ ቂ ብ ሩ ሕ ።

ብሩሕ ዝፈረዮም ከምዚ እዩ ፡ ንሱ ነ፭ ወለደ ። ፩ ንሐደገምበስኒ — ፪ ንቴድሮ
፫ ንጋብስታን — ፬ ንክንቲባ ገርግሽኒ — ፭ ንወራስኒ ፡ ነዚአም ፭ ወለደ ፡ ካብዚአቶ
ግና ወራሲ. ዝፈረዮም አብ ቑላ ሠራየ ገለ ሒደት አለውዎም ፡ ዘርኢ. ሐደ ገምበ
ጋብስታኒ ቴድሮስኒ ዘርኢ. ሠለስቲኦም የሕዋት አብ እንዳቡኦም አብ ዓዲ ቆንጺ. አለ
ወዲ ቴድሮስ ተኽለታቴስ ተባህለ ግና ካብ ዓዲ ቆንጺ. ወጺኡ አብ ዓዲ ጓዕዳድ አተ
ዘርኡ ከዓ ንሱ ዝፈረዮም አብኡ አለዉ. ።

ክንቲባ ገርግሥ ከዓ ባዕሎም ንምስጓጉ አትዮም ተቐመጡ አብኡ ኰይኖም ከ
ነ፬ተ አወዳት ወለዱ ፡ ሽሞም ከዓ ከምዚ እዩ ። ፩ ንገብረ ክርስቶስ ጋላን — ፪ ንወ
ሎን — ፫ ንስሜናይን — ፬ ንሳልሳዊ ብሩሕን ነዚአቶም አርባዕተ አወዳት ወለዱ ፡ ካ
ዚአም ሳልሳዊ ብሩሕ ካብ ምስጓጉ ወፂኡ ንኽትሞ አውልዕ አቶ ዘርኡ አብኡ አለወ
ሰሜናይ ከዓ ዓዲ ሐማሴናይ እናተባህሉ አብ ዕልማን አብ ቑላን ፋሕ ኢሎም አለዉ.
ዘርኢ. ገብረ ክርስቶስ ጋላ ከዓ ገለን አብ ምስጓጉ ገለን አብ ዓዲ ቆንጺ. አለዉ. ፡ ዘርእ
ወለሎ ከዓ ዝርካቦም አብ ምስጓጉ አለዉ. ፡ አመቓቕላ ጅቂ ብሩሕ ከምዚሎም ተዘርግ
ሖም አለዉ. ።

ደቂ መንቆሬስ ግና ናብ ክልእ ዝወፀ የብሎምን ዝርካቦም አብታ ዓደቡኦም አ
ዓዲ ቆንጺ. ንሳቶም ይበዝሑ ፡ ደቂ ራውያ ከዓ አብ ወኪ. ዱባ ጥራይ ዝርካቦም አብአ
እዮም ዘለዉ. ፡ ከምኡ ከዓ ደቂ ያዕቆብ ዝርካቦም አብታ ብሽም አቡኦም እትፅዋዕ
ዘላ አብአ አለዉ፡ ከምኡ ከዓ ደቂ ሙሳ አብታ ብሽም አቡኦም እትጽዋዕ ዘላ አብ ዓዲ
ሙሳ አብአ አለዉ. ።

## ወዲ ደገዝማቲ ሀብስሉስ ዓባቕኒ እምሐን ።

ከንቲባ ገረኽርስቶስ ምስ ሞቱ፡ እቲ ሽመቶም ናብ ወዶም ናብ እምሐ ተመልሰት፡
ከንቲባ ገረኽርስቶስ ምስ ሞቱ፡ እቲ ሽመቶም ናብ ወዶም ናብ እምሐ ተመልሰት፡
ኒ ግዜዚ አቢሉ ከአ ገብረሥላሴ ወዲ ተስፋላሰ ምስ ሀብስሉስ ወዱ ኰይኑ ካብቲ
ቐሚጥዎ ዝነበረ፡ ካብ ፅላለ ኣብ ወዲ ሐወቡኡ፡ ምክትኒ መዓርኒ አትሒዞም ናብ
ነዘጋ መጹ እሞ፡ እምሐ ከአ ነቲ ዘምጽኡሉ ህያብ ቀ፡ልሕ ከይበሎም ደገ ከጽንአም
ንዩ ነበረ ።

ምስ ቀበጹ ተስፋ ስኢኖም ንዓዶም ተበጊሾም ክኸዱ ከለዉ፡ ሀብስሉስ ደድሕሪ
ቡኡ ክኸይድ ከሎ፡ ዕም ዕም ዕም እናለ ይኸይድ ነበረ፡ አቡኡ ከአ አይድሐንካንዶ
ሎ፡ ንሱ ከአ ኣቓቦ አነስ እምበር ነጋሪት ዊን በለኒ የሎ፡ አቡኡ ከአ ወደይ ሰብ ነጋ
ት ንዓይናም ጸሊኦምና ለዉ አበይ ክንረኽቦ ትምበል የሎ ።

ሀብስሉስ ከአ ኣቓቦ ካብ ምስ እዚአቶም ምቕማጥሲ ምጥፋእ ይሐይሽ ኢሉ፡ ካብ
ት አቡኡ ካብ ፅላለ መሊቑ ንዓደምሐራ ጐንደር አቶ፡ ንሱ ከአ ብሐዳፍኡ ፈረስ
ራሪ ነበረ እሞ፡ ምስኡ ልጓም ዓረብ ተማሊኡ፡ አብቲ አደባባይ ግቢ ሀፀይ ፋሲል
ናወዓለ፡ አብ ዝረኸበ ደገ እናሐደረ ብዓበቕ ቆንደፍደፍ ኢሉ ነበረ እሞ፡ ዝበዝሕ
ሙ ሀብስሉስ ዓባቕ እናተባህለ ይጽዋዕ ነበረ፡ በዚ ኸምዚ ዘአመሰለ ተዋርዶን ጸበ
ን አብ ከተማ ንጉሥ ሸውዓተ ዓመት ተቐመጠ ።

ብድሕርዚ እምሐን ሀብስሉስ አብ ቤተ መንግሥቲ አደባባይ አሎ ምስበልዎ፡ ብአ
በአ ዋይአነ አብ ቤተ መንግሥቲ ከይሐልፈኒ ኢሉ ካብ ፀዓዘጋ እተቖልበ ንጐንደር
አቶ፡ ሽዑ እምሐ አብ ቤተ መንግሥቲ ገባርን ሐዳግን ኰነ፡ ሀብስሉስ ግና ግዳም
ሐዳሪ በላዕ ግብሪ፡ ዘበኑ ብ፲፮፻፸ ዓመተ ምሕረት እዩ ።

## ሀ ብ ስ ሉ ስ ምስ ል ጓ ሙ ።

ሐደ እዋን ናብ ጐንደር ሀፀይ ፋሲል ሐደ ዕቡድ ዝኾነ ፈረስ አንበላይ ነበሮም፡
ካብ ሐሻኽሮም ሐደ ካብኦም ዝደፍሮ አይነበረን፡ ከምኡ ብዘረባ ዘረባ ዘምጽአ ሐደ
ምዕልቲ ጃንሆይ ሀፀይ ፋሲል ንእምሐ ከምዚ የልዎ፡ አንታ እምሐ ካብዞም ሐማሴን ዶ
ገለ ፈረስ ዘጋልብ የልቦን የልዎ፡ ንሱ ከአ እስኪ ጐይታይ ንራእሲ ኤልያስ ዓረዛ ንዕ
አም ክንጥይቖም የለ፡ ንጉሥ ከአ ንራእሲ ጠየቕዎም፡ ንሶም ድማ አ ንጉሥ ጐይታይ
አብዚአ አሎ ሀብስሉስ ዝብሃል ወዲ ሐወቡኡ ንእምሐ እስኪ ንሱ ክንጥይቕ ኢሎም
አጸውዕዎ፡ ንጉሥ ከአ እቲ ዘምጽአ ናብ ጐንደር ንራእሲ ሐቲቶም፡ ራእሲ ከአ
ንንጉሥ ነገርዎም ።

ካብኡ ንጉሥ ነዚ ፈረስ ለጕሞም ሃብዎ እሞ፡ ሀብስሉስ ከአ ፈረስ ምግላብ በሐ
ደፍኡ ልሙድ ኪኢላ ነበረ፡ ነዚ ፈረስ እንዳጋለበ ዓፍራ ነጠቕ ነጠቕ፡ ፈጥ ፈጥ ስጋብ
ዝብል ገበሮ፡ ሽዑ ሰብ ዝኾነ እንታይ ኮን ክረኽበ እዩ አበይኮን ክወድቕ እዩ እናበለ



እፈርሕ ነበረ፡ ራእሲ ከአ እዚ ቆልዓስ እንተወደቐስ እንታይከ ክብል እየ እናበሉ
ደሐር ሀብስሉስ ከአ ምስ ፈረሱ ድርግም የለ ።

ራእሲ ኤልያስ በዓል ዓረዛ በቲ እዋን እቲ አብ እንዳ ንጉሥ ገባርን ሐዳግን ነበ
እሞ፡ ንእምሐ ከምዚ በልዎ፡ አታ እዚ ወዲ ሐወቦኻስ ካብዚ ዕቡድ ፈረስዚ እንቋ
እዝጊሔር አውጽአ የልዎ፡ ንሱ ግና ባዕሉ ይፈልጥ የሎም፡ ሽዑ ራእሲ ከአ ንኸንቲ
ዘማት ወዲ ክፍለ በዓል ዓዲ ተከሌዛን ናብኡ ነበረ እሞ፡ አንቱም ከንቲባ እዚ ዐባ
እዚ ሀብስሉስ ዝበሃልሲ እምሐ ብኽፉእ ዓይኑ ይሪኦ፡ እንታይ ጉዱ የልዎም፡ ንሶ
ከአ አነስ ገሪሙኒ እንድዩ ኢሎም፡ ክልቲአቶም ተጻወቱ ይበሃል ።

ካብቲ መዓልቲ እቲ ጀሚሩ ሀብስሉስ ዓባቕ አብ ቤተ መንግሥቲ ፍሉጥ ኮነ፡ እ
ተኾነ ከም እምሐ አይኮነን፡ ዘበኑ ብ፲፮፻፸፬ ዓመተ ምሕረት አቢሉ እዩ ።

## ካ ል አ ይ ጥ ቢ እ ም ሐ ።

ድሕሪ ቁሩብ ጊዜ ከንቲባ ዘማት በዓል አተከሌዛን ወዲ አይተ ኽፍለ፡ ከንቲብነ
ምስ ተቐበሉ፡ ድሕሪ ፬ ዓመት ንዓዶም ገዛኢ ክኾኑ ካብ ሀፀይ ሽመት ምስ ተቐበሉ
ሀፀይ ፋሲል ከአ ከምዚ የሉ፡ ብሐዳፍኡ ንኸንቲባ ዘማት ይፈትውዎም ነበሩ እሞ
መን አሎ ሀብሮም ንኸንቲባ ዓዱ አብጺሕዎ ዝመጽእ የሉ፡ እምሐ ከአ አ ጐይታ
ካብ ሀብስሉስ ዓባቕ ዝነፍዕ የልቦን የሎም እሞ፡ ንሱ የብጽሐዮም የሎም፡ ሐቅኻ ኢ
ኢሎም አጸውዕዎ እሞ፡ ሀብስሉስ ንኸንቲባ ዘማት ዓዱ አብጺሕካዮ ዶ ክትምለስ አ
ከአለካን የልዎ ንሱ ከአ እሺ ጐይታይ፡ ካብ አዘዙኒ አብጺሔዮም እምለስ የሎም
ንጉሥ ድማ ንኸንቲባ ዘማት እዛ ቃለቤት ወርቂ እንካ እሞ፡ ብሐቂ ዓድተከሌዛን ም
አብጽሐካ ነዛ ቃለቤት ወርቂ ሂብካ፡ እንካ ንጃንሆይ ሃቦም ኢኻ ኢልካ ስደዶ ኢሎ
ሀብዎም፡ ሽዑ ንዓዶም ተበገሱ ።

እምሐ ግን በአ በአ ንዓዱ ንፀዓዘጋ ከምዚ ኢሉ ለአኸ፡ ሀብስሉስ ዓባቕ ም
ከንቲባ ዘማት ይመጽእ አሎ እሞ፡ አብ መንገዲ ጸኒሕኩም ቅተልዎ፡ አብዚ ግ
ንምቕታሉ አይጥዓመንን ከይተሐልፍዎ ኢሉ ብታሕቲ ታሕታ ንስድርኡ ልኢኹሎ
ነበረ፡ ንሳቶም ከአ ሴፎም ስሒሎም ኵናቶም አብሊሖም አብ ምድሪ ሡራዬ ይጽ
ይዎም ነበሩ ።

ሀብስሉስ ግና ካብ ራእሲ እቲ ምኽሪ ረኺብዎ፡ ብፁረኻ በረኻ አቢሎም ዓድተ
ሌዛን ምእታዎም ምስ ሰምዑ ሐሪቖም በቃ ዝመጸላ በረኻ ፍቕዳ ክሳድ ሒዞም ክ
ለስ ከሎ ክንረኽበ ኢሎም ይጽበይዎ ነበሩ፡ ነገርግና ንሱ ከምብሐዲሽ ብበረኻ በሕ
አቢሉ በረኻ በረኻ ብዓጋመ አቢሉ ጐንደር አቶ ።

እታ ዝሃብዎ ቃለቤት ወርቂ ሒዙ ናብ ግቢ አቶ፡ ሽዑ አብቲ ቅድሚ ንጉሥ ብገጸ
ፍግም ኢሉ ኢድ ነስኤ፡ ንሶም ከአ ከመይ ኢልካ ቀኒኻ ሀብስሉስ እምበርዶ ንዘማት
ዓዱ አብጺሕካዮ ኢኻ የልዎ፡ እወ ጐይታይ የሎም ። በል ምልክት እንታይ አምጺ

ካ የልዎ ፡ እናሃትለ እዛ ወርቂ ቃለቤት የሎም ፡ ሽዑ ንጉሥ ንሀብስሉስ እታ ወርቂ ቃለቤትን ካልእ ስልመ ወሲኹም ከም ስርዓት ሽመት ሂቦም ቀሚስ አልቢሶም ጓሎም ሂቦም ንዓዱ ክገዝእ ሰደድዎ ።

## ሀብስሉስ ንጓል ሀፀይ ፋሲል ።

ብድሕሪ እዚ ጓል ሀፀይ ፋሲል ሒዙ ባምበሎ ትግራይ ምላሽ ግዝአት ሂቦም አቤቶ ሀብስሉስ አቢሎም አፋነውዎ ፡ ብ፲፮፻፸፰ ዓመተ ምሕረት ካብ ጐንደር ተበገሱ ፡ ግና ናብ መንገዲ እናኸዱ ከለዉ ሀብስሉስ ፡ እታ ጓል ሀፀይ ንዓቐቶ እሞ ፡ ንሱ ከአ ከም ንቡር ሰብአይን ሰበይትን ክራኸባ እንተደለ አበየቶ አዋረደቶን ፡ ንሱ ከአ ብሕርቕር ቕት ወስ እንተበለ በአ በአ ከረፍ የለት ሞተት ።

ድሕሪ እዚ ሀብስሉስ ንጐንደር ተመልሰ ፡ ናብ ንጉሥ አትዩ ሴፍን ገመድን ናብ ክሳዱ ጌሩ አ ጐይታይ ንስኹም ብዓቢይ ልውሃትን ፍቕርን ጓልኩም ሂብኩም አፋኒኹምኒ እንተኾነ ናይ ሰይጣን ነገር ኰይኑ ፡ አነ ከም ግቡእን ንቡርን ኢለ ክቃረባ እንተ ደለኹ ፡ ብንፅቐት ምስ ከልኤትኒ ፡ አነ ከአ ትመውት አይበልኩን ወስ እንተበልኩ ተሎ ኢላ ነብሳ ካብ ስግአ ተፈልየት ፡ በዚ ኸምዚ ዝአመሰለ ድንገት አነ አብ ቅድሜኹም ስቐሉኒ የሎም ።

ሽዑ ንጉሥን ብዙሐት መሳፍንትን ሊቃውትን ምስኦም ኰይኖም ይሰምዑ ነበሩ ፡ ንጉሥ ሽዑ ነቶም ባሮትን ዓሽከር ናታ ዝነበሩን ንበይኖም ጌሮም ሐተትዎም ከም ሐንተ ቓል ኰይኖም ፡ ከምቲ ሀብስሉስ ዝበሎ ሐቂ እዩ የልዎም ፡ ንጉሥ ከአ ነቶም አብ ትሕቲ ዙፋን ወርቂ ዘለዉ ነበሮ ፡ ነዚ ሰብ እዚ ካብ ሞት እንተ መሐርኩዎ ሐጢአት ይኸነኒ የልዎም ፡ ንሳቶም ከአ በብሐደ እናተስኡ ጐይታይ እዚሄር እኳ ምሕረት እዩ ዝፈቱ እናበሉ ካብ መቕጻዕቲ አድሐንዎ ።

ሽዑ ሀፀይ ምሒሮም ናብ ግዝአቱ ሰደድዎ ፡ ነገር ግና አቤቶ ናይ ነገሥ ዓሌት ዘለዎም መዓርግ እዩ እሞ ፡ አብ ክንዲ አቤቶ ደገዝማቲ ሂቦም ንመረብ ምላሽ ግዝአት ሂቦም ምስ ብዙሐት ጭፍራ ንዓዱ ንሐማሴን ሰደድዎ ፡ ብ፲፮፻፸፱ ዓመተ ምሕረት እዩ (ክ. ነ. ሥ. ገጽ ፪፻ን ፳) ።

## ሽመት ዓዲ ደጊዝማቲ ፈለማ አብ ፀዓዘጋ ።

ፈለማ ብዘበን ሐፀይ አድያም ሰገድ ብኽንደይ ተዓብ ሽመት ሐማሴን ተቐቢሎም መጹ ፡ ድሕረዚ ደጊያት ሀብስሉስ ዓባቕ ብ፩ ሺሕን ፯፻ ዓ-ም አቢሉ እዩ ፡ ብኽንደይ ተጋድሎን ፃዕርን ዓዶም አትዮም ተቐመጡ ፡ ከምዚሎም ብኽንደይ ፃዕሪ ዝረኸብዎ ሽመት ስጋዕ ሎሚ እቲ ሥልጣን ካብ ዘርኢ ዘርኦም አይወጸን ፡ ሕጅ ንሳቶም እዮም ብሐቂ ነዛ ምድሪ ሐማሴን ዝዕዉሉላን ዝራአዩላን ዘለዉ ፡ ስለ እዚ ንሶም ምስተኸልዎ ስጋብ ለይቲ ሎም ዓዲ ደገዝማቲ ይበሃል እሞ ፡ ብዛዕባ እዚ ነዞም ዘለዉ ካብ ዘርኢ ደጊያት ሀብስሉስ ከምዚ የልዎም ።



እዛ ሀገር ሐማሴን ግዝአት አቦታትኩምን ዘርእኹምን ትርሐስ ይፍጠረልኩም ናየቦታት ይመለስ ፡ ዘርኢ ሰበን ገርግስ ክንደይ ከይበርስ ኢሎም ገጠሙሎም ደጊያ
ሀብስሉስ ንሶም ዝገዝእዎ ዘበን ፴፱ ዓመት እዩ ፡ ሀብስሉስ ዓባቕ ሰበይቶም ጓ
አምሐ ገርግስ ዓረዛ እያ ዝነበረት ፡ ንሳ ከዓ ናይ ፈለማ ደገዝማቲ ምሰበሉ እዮም ዘ
ተውዋ ንሳ ነ፬ተ ወለደት ሽሞም ከዓ ከምዚ ዝስዕብ እዩ ። ፩ ንደጊያት ገብረ ክር
ቶስኒ — ፪ ንባሕረ ነጋሲ ኢያሱኒ — ፫ ንመቤት ሥላስኒ — ፬ ንወይዘሮ መንጥልኒ
ነ፬ቲኦም ምስ ወለደት ሞተት ። ደጊያት ገብረ ክርስቶስ ሽመት ሐዘ ፡ ባሕረ ነጋ
ኢያሱ ከዓ ንሕምብርቲ አትዩ ናብኡ ተቐመጠ ።

እታ ሳልሰይቶም ሐብቶም መዋዕልቶም እመቤት ሥላስ እተባህለት ናብ ሮ
ሰገድ ወዲ ባሕረ ነጋሲ ዕቑባ ሚካኤል ጥቁር ዓዲ ጉልቲ ደብረ አቡነ መርቆሬ
ተአትያ ፡ ንሳ ካብ ሮም ሰገድ ፬ አወዳት ወለደት ፡ ሽሞም ከዓ ከምዚ ዝስዕብ እዩ
፩ ንድብሎምኒ — ፪ ንዓንደሉስኒ — ፫ ንዕቑባ ክርስቶስኒ — ፬ ንዳግማይ ዕቑባ ሚ
ኤልኒ ዝበሃሉ ፬ተ አወዳት ካብ ሮም ሰገድ እመቤት ሥላስ ጓል ደጊያት ሀብስሉ
ነርባዕቲኦም ወለደት ።

ዘርኢ አርባዕቲኦም የሕዋት አመቓቕልኦምን ዝሐዝዎ ዓድን ዘርጊሑ በብሐደ ን
ግር አብ ምዕራፍ ፳ ረኢ ብድሕሪ ሐሙኡ ደጊያት ሀብስሉስ ካብ ካልእ ሰበይቲ የ
ትዩ ካብአ ን፭ተ ወለደ ሽሞም ከዓ ከምዚ እዩ ። ፩ ንዓንደንክኤልኒ — ፪ ንቴድሮስ
፫ ንወለገርግሽኒ — ፬ ንአከሎምኒ — ፭ ንከንቲባ ቢኢደትኒ ነዚኦቶም ሐሙሽተ ወለደ
ካብዚኦም ከንቲባ ብኢደት ንዓዲ ቢኢደት ዝፈረዩ እዩ ፡ ወለገርግሽ ዝፈረዩ
ገለ ሒደት ዘርኡ አብ ዓዲ ነኽአ አለዉ ፡ ቴድሮስ ዝፈረዮም ከዓ አብ ዓዲ ሐዮ ዝር
ቦም አብኡ አለዉ ፡ አከሎም ዝፈረዮም ከዓ አብ ደቅዕንዓ አለዉ ፡ ከምዚሎም እዮ
አመቓቕልኦም ደቂ ደጊያት ሀብስሉስ ።

## ምሻም ደጊያት ገብረክርስቶስ ።

ባሕረ ነጋሲ እያሱ በዥሪ ቤት ወዲ ሒማ ፡ ከምቲ አብ ላዕሊ ዘሎ እዩ ፡ አቡኡ ደ
ዝማቲ ግብሪ ንጉሥ ክወስድ ንጐንደር ክኸይድ ኢሎም ንባሕረ ነጋሲ ከምዚ የልዎ
ናብ ጃንሆይ ሀፀይ ኢያሱ ብርሃን ሠገድ ግብሪ ሒዙሎም ክኸይድ አዘዝዎ ፡ ንሱ ግ
አብ መንገዲ ደኸን ሐደ ነገር ይረኽበኒ ኢሉ ፈሪሑ አበ ።

ገብረኽርስቶስ ግና አነ ክኸይድ ኢሉ ብዙኃት አጋስስ ጽዒኖም ምስ ብዙሕ ጭፍ
አፋነውዎ ፡ ንሱ ከአ ብደሐን ናብ ንጉሥ ሀፀይ ኢያሱ አቶ ፡ እናኸደ እናመጸ ፍሉ
ጊልኦም ኰነ ፡ ብመንፍዓቱ ከአ ደገዝማቲ አቢሎም ነታ ሻድሻይቲ ጓሎም ልዕልቲ ወ
ገርጊስ አመርዓውዎ ፡ አብ ልዕሊኡ ከአ ዝሐደረቶ ንእድን ፷፬ ጉልትን ርስትን ገበሩ
እሞ ፡ ከምዚ የልዋ ንዓኸን ንደቂ ደቅኸን ንውሉድ ወለዶ ይብጻሕኪ ኢሎም መ
ቕም ሃብዋ ፡ ግዝአቱ ከአ ባምበሎ ወሲኹም አብ ልዕሊ እቲ ናየቡኡ መረብ ምላ
ድኽና ፈሳሽ ሀብዎ እሞ ፡ ብቡዙሕ ተዓጅቦም ንዓዶም ክአትው ከለዉ ልኡኽ ሰደዱሎም

## ዋዕላ ማይ መንካዕ ።

ደጊያት ገብረ ክርስቶስ ክመጹ ከለዉ ንዓዶም አእትዉኒ ኢሎም ልኡኻት ሰደዱ፡
ዓበይቲ ሐማሴን ከዓ እዚ ምስ ሰምዑ ዋዕላ ንግበር ኢሎም አብ ማይ መንካዕ ተአከቡ
አብኡ ከምዚ ኢሎም መኸሩ አቡኡ ከሎ ሸመት ሕጁ ካብ ዝመጽእ አይንቀበሎ ፡ በዛ
ዘረባ እዚአ ኵሎም ተሰማምዑ ፡ ደሐር ግን እንታይ ኢልና እሞ ነመኽኒ የሉ ገለ
እምቢ ጥራይ ንበል የሉ ፡ ገለ ከዓ እምቢስ አየውጽአናን እዩ አይውሉድናን ደአ
ንበሎ የሉ ፡ ገለ ከዓ ንጉሥ ወሊዱኒ እንተ በልናኸ ይሕሸናዶ ኰይኑ የሉ ።

አብ መንጎ እዚ እንታይ ከም ዘመኽንዩ ምስ ሰአኑ ኵሎም መንካዕ ዝኸነ ዘረባ
ኢሎም ነኒዓዶም ከዱ ። በዚ ምኽንያት እዚ ሽም እታ ዝወዓሉላ ሩባ ስጋዕ ሎም ማይ
መንካዕ ትበሃል አላ ፡ እዚ ወረዚ ከዓ ናብ ደጊያት ገብረክርስቶስ በጽሔ ፡ ንሶም ድማ
ልኡኻት ናብ ዓደቡኦም ሰዲዶም ከምዚ የልዎም ሐንትስ ብታሕጓስ ድአ ተቐበሉኒ እም
በር ካብ ፍቓድ አቦይኒ አደይኒ ዓደይኒ አይወጽእኒ ኢሎም ተመባፅዑ ፡ እዚ ዘረባ እዚ
ምስ ሰምዑ ከም ዘለዉ ደቀተሽም ብሐማሴናዎም ከቲቶም ተቐቢሎም ዓዶም የእተው
ዎም ፡ ትንትግ አብ ትሕቲ አቡኦም ደጊያት ሀብስሉስ ከፍ ኢሎም የሥርዑን የማሐዳ
ድሩን ነበሩ እምበር ጓል ንጉሥ የእትዩ እዩ ገዛእ ሀገር እዩ ኢሎም ፡ ኹርዓት አይ
ተሰምዖምን ።

## ምዕራፍ ፴፪ ።

## ሥርዓት ሀብስሉስ ገብረ ክርስቶስ ።

ብሸሕን ፷፻፰ ዓመተ ምሕረት ካብዚ ግዜ እዚ አትሒዙ ዋዕላ ተገብረ ፡ በዚ እተላ
ዕለ ስጋብ ለይቲ ሎም ሥርዓት ሀብስሉስ ገብረ ክርስቶስ ይብሃል ።

ፍርድን አብ ሰቐላ
ዋዕላ አብ ማይ በላ ይበሃል ።

ሽዑ ናብኡ ዋዕላ ክገብሩ ከለዉ ደጊያት ሀብስሉስ አብ ክብ ዝበለ ዙፋን ይቕመጡ
ነበሩ ፡ ደጊያት ሀብስሉስ ከአ ብፍታዎም ባህ የብልዎምን ይሰርዑን ይእዝዙን ነበሩ ።
ደጊያት ገብረ ክርስቶስ ከአ አብ ትሕቲ አቡኦም ተቐሚጦም ይሰርዑ ነበሩ ።

እቲ ሽዑ አብኡ እተሰርዔን እተሐገገን፡ ብልቢ ወለድን አመንትን ከይከነስ በዕ
ሎም ደጊያት ገብረ ክርስቶስ ብዘበን ሀፀይ ኢያሱ ዓቢ እውን ካብ ጐንደር ካብ ፍትሐ
ጥንታዎት ነገሥቲ ኢትዮጵያ ፡ ካብኡ ኸነ ኢሎም አቕዲሖም እዮም ዘምጽእዎ ፡ እንተ
ኸነ ሐደ ሐደ ሰባት አይፋል ፡ ደጊያት ገብረ ክርስቶስ ንእመቤት ሰበነ ገርግስ ጓል ሀፀይ
ኢያሱ ዓቢ ተመርዕዩ ንዓዱ ካብ ጐንደር ክወጽእ ከሎ ፡ ቅድሚ ምብጋሱ ካብቲ ፍትሐ
ነጋውሥ ሐሐሊፉ ንዕኡ ዘገድስ አገልቢጡ ንዓዱ አምጺኡ ነቡኡ ንደጊያት ሀብስሉስን
ነቶም ዓበይቲ ዓድን አኪቡ አብ ማይ በላ ምስቲ ፈለማ ዝነበረ ሥርዓት ዓደቦ አዛኒ
ቑን አሐዲሹን አቕመ ።



ዓደቦ ከአ ከምዘለዉ ፈትዮም ሥርዓት ሀብስሉስ ገብረ ክርስቶስ ኢሎም ፡ በ
ወድን ሰመይዎ ፡ ምንም እኳ ሕጂ በብእዋኑ እና ተሐደሰ እንተኸደ ፡ ንሳቶም ፈለም
ስለ ዝኸኑ ፡ ስጋብ ሕጂ አብ ዓደቦ ሥርዓት ሀብስሉስ ገብረ ክርስቶስ እናተባህለ
ራዕ አሎ ።

## ግዝአት ደጊያት ገብረ ክርስቶስ ።

ደጊያት ገብረ ክርስቶስ ከምታ መብፅዔኦም ካብ ፍቓድ አቦኦምኒ አዲኦምኒ ከ
ወፁ ብዙሕ ፀንሑ ፡ አቡኦም ምስ ሞቱ ድማ ብድሕሪኦም በይኖም ጠቕሊሎም ገዛ
ኸኑ ንሶም ፈለማ ንገዛ ደገ ፀዓዘጋ ዝሠርሑ ፡ ባዕሎም ከዓ ናብኡ ተቐመጡ እቶ
ብድሕሪኦም በብታራ ዝገዝኡ ዝነበሩ ኵሎም ስጋብ ልጅ አበራ ዘበን ጣልያን ቤቶ
አብኡ ነብሩ ።

ደጊያት ገብረ ክርስቶስ ድማ ናብቲ ቕድሚ ገዝኦም ዘሎ ጐልጐል መዓል
ቀዳም ቀዳም ዕዳጋ ገበሩ ፡ ሐደ ካልእ ዕዳጋ ከዓ አብ ዓዲ መንጐንቲ ሰኑይ ሰኑ
ገበሩ ፡ ከምኡ ከዓ ሐደ ካልእ አብ ድባርዋ ፡ ደጊያት ገብረ ክርስቶስ ንሰበይቶ
ንሰበነ ገርግሥ ሕጅም ንጉራዕ ንጉሥ ከምቲ ዝመረቑሎም ፍቕዲ ዘየብሉ ጉልቲ ከ
ጐንደር አብ ብዙሕ መኻን ካብ መንገዲ የማነ ፀጋም ሰበነ ገርግሽ ዝረገፀቶ ዝሐደረ
ዘበለ ስጋብ ሐማሴን ከምኡ ድማ ካብ ፀዓዘጋ እናኸደት አብ ሐያሎ ዓድታት ዝሐ
ቶን ዝወዓለቶን ዘበለ ኹሉ ጉልቲ ገበሩላ ፡ አቡአ ሐፀይ ዮሐንስ ፃዱቁ ወዶም ን
ፀይ ፋሲል ዝወለዶ ሰበነ ገርግሽ ናብ ደጊያት ገብረ ክርስቶስ ክትምርዖ ከላ ሐፀይ ዮ
ንስ ፃዲቁ ዝረገፀቶ ዓዲ ጉልቲ ንዓአን ንደቂ ደቃን ይብፃሕኪ ኢሎም መሪቑ
አፋነውዋ ግዝአት ባምቦሎ ምላሽ ከዓ ሀብዋ ።

ብድሕሪ ነዊሕ እዋን ከዓ እዚ ኹሉ ንዓአን ንደቂ ደቃን ስጋብ ዘበን ጣልያን ጕ
ቶም ነበረ ፡ ከምኡ ከዓ ካልአት ደቂ ፀዓዘጋ ከም ሰብ ጉልቲ ኰይኖም አተውዎ
ጂሐ ግና ጣልያን ብዛዕብኡ እዚ ጕልቲ እዚ ቀደም ንሽማምንቲ ዓዲ ደገዝማቲ ን
ሕጂ ከዓ ንዓና ንገዛእቲ ዝግባእ ኢሉ ካብ ዘሎ አልዩ ጉልቲ ሰበነ ገርግሽ እተባ
ዝኾነ ኵሉ አብ ኢዱ መልሽዎ ነበረ ፡ ንሱ ድማ በሐቂ ከም ርስቲ መንግሥቲ ይ
እምበር ከም ጉልቲ ጌሩ አይወሰደን ዝነበረ ምድሪ ጠፍን ምድሪ ጉልትን ኵሉ ከ
ሐደ ስለ ዝመሰሎ ንሕናስ ሐይሊ ስኢና ዝኽልክሎ በቲ እዋኑ አይተኻእለን ከምዚ
ደጊያት ገብረ ክርስቶስ ግዝአቶም ፴፱ ዓመት እዩ ይበሃል ፡ ነቲ አጋዛዝኦም ዝነ
አብቲ ዝሐለፈ አብ ላዕሊ ጠቒሽናዮ ዘሎና አብኡ ረኤ ።

## ደቂ ደጊያት ገብረ ክርስቶስ ።

ደጊያት ገብረ ክርስቶስ ከዓ ካብ ጓል ንጉሥ ፃዲቁ ዮሐንስ እመቤት ገርግስ አ
ዕት አወዳትን ሐንቲ ጓልን ወለዱ ፡ ሽሞም ከዓ ከምዚ ዝስዕብ እዩ ። ፩ ንደጊያት ተ
ሴንኒ — ፪ ንደጊያት ማሞን — ፫ ንደጊያት ርእሰ ሃይማኖትን — ፬ ንራእሲ ዓ

ሃይማኖትን — ፳ ንወይዘሮ ሙዚትኒ፡ ነዚኦም ሐሙሽቲኦም ወለዱ፡ ካብ እምቤት ምር ሊት ኃብቲ ደጊያት ድብለየስ ዓደድከመ ክሳድ ዳዕሮ ከአ ን፫ተ አወዳት ወለዱ፡ ሽሞም ከምዚ እዩ ፡፡ ፩ ንባሕረ ነጋሢ ተኽሊት — ፪ ንባሕረ ነጋሢ ተስፋ ገርግስኒ — ፫ ንባሕረ ነጋሢ ዘወልደ ማርያምኒ ነዚኦም ወለዱ፡ ካብዚአቶም ደጊያት ተስፋ ጼንኒ ደጊያት ማሞን ደጊያት ርእሰ ሃይማኖትኒ ራእሲ ዓንደ ሃይማኖትኒ ደድሕሪ ሕድ ሕድ በቢታራ ይገዝኡ ነበሩ፡ ካብ አርባዕቲኦም ድማ ደጊያት ተስፋ ጼን ንዓዲ ደጊያት ኃይሉ ሐባል ዝፈረዩ እዮም፡ ደጊያት ማሞ ከዓ ብሐፀይ በካፋ ጊዜ አብ ወሎ ክገዝኡ ከለዉ ካብ እምባሠል ኣል ጀንጥራር የእትዮም ካብ ዘርኦም፡ መሳፍንቲ አብ ወሎ አለዉ ይበሃል፡ ደጊያት ርእሰ ሃይማኖት ሐድጊ ዘየብሎም ጠፍኡ፡ ራእሲ ዓንደ ሃይማኖት ዝፈረይዎም ብዝሐም አብ ዓዲ ከልከልቲ ጉልቶም ነበረት እሞ ኵሎም አብአ ሠፈሮም አለዉ ፡፡

ንሰም ንአቶ ተስፋ ጼን ወለዱ፡ አይተ ተስፋ ጼን ንአይተ ስሄል ወለዱ፡ አይተ ስሄል ንፊተውራሪ ገብረ መድህን ወለዱ፡ ፊተውራሪ ገብረ መድህን፡ ንፊተውራሪ በለ ውን — ንደጊያት ተሰማን ወለዱ ፡፡ እታ ሐፍቶም ወይዘሮ ሙዚት ንዓዲ ኟላ ናብ አይተ ክፍሊት ወዲ ተኽሊት በዓል ቆጽሊ ነበረ እሞ፡ መታን ካብ ግዝአት ዓረዛ እንተ ደሐኑ ኢሉ ብኽንደይ ደገ ጽንዓት መዕቖቢ ክኾንዎም ተጣቢቡ ንወይዘሮ ሙዚት የእተወ፡ ካብ ዘርኡ ከአ ዓዲ ደጊያት ተስፋ ማርያም አለዉ ፡፡

እታ ቀዳማይ ሕምነት ንሰብ ዓዲ ኟላ አዚያ ቀዳዊቶም ስለ ዝኾነት፡ መሊሾም ከአ ኣል ደጊያት ጉብሳ ወዲ አይተ ገብረ ማርያም ንወዲ ደጊያት ተስፋ ማርያም ተአ ትያ አላ ፡፡ ካብቶም ሠለስተ ባሕረ ነጋሢታት ከአ፡ እቶም ክልተ ናብ ጕጕልቲ አቦ ታቶም ከይዶም ሰፈሩ ፡፡

ባሕረ ነጋሢ ተኽሊት ንዓዲ ተኽላይ ከደ፡ ክሳዕ ሕጂ ከአ ዘርኡ አለዉ ፡፡ ንሱ ን፫ተ ወለደ፡ ሽሞም ከአ ከምዚ ዝስዕብ እዩ፡ ፩ይ ንባሕረ ነጋሢ ተኽላይኒ — ፪ይ ንአ ይተ ዘርኡኒ — ፫ይ ንባሕረ ነጋሢ ኽፍለ ሥላሰኒ ነዚኦም ፫ተ ወለደ ፡፡

ካብዚኦም ፫ተ የሕዋት ከአ አይተ ዘርኡ፡ ንአይተ ገርግሽ ወለደ፡ አይተ ገርግሽ ከአ ንባሕረ ነጋሢ አሚነ ወለደ ፡፡

ባሕረ ነጋሢ ተስፋጊየርጊስ ንሠለስተ ወለደ ፡ ሽሞም ከምዚ ዝስዕብ እዩ ፡ ፩ ባሕረ ነጋሲ እምሐ — ፪ ሥእሉ — ፫ ወልዱ ፡፡

ካብዚኦም ባሕረ ነጋሢ እምሐ ንባሕረ ነጋሢ ወልደገሪማን — ንገብሩን — ንዓን ዱን — ንክንፉን — ንዕቑቡን ወለደ ፡፡ ባሕረ ነጋሢ ወልደገሪማ ድማ ንአይተ ተማኑ ንፊታውራሪ ሥርያል ንአይተ አቡን ንአይተ ዑቕባልደትን ወለደ ፡፡

ሥእሉ ድማ ንባዲጉን ንቦኹርን ወለደ፡ ወልዱ ንርእሳትን ንባሕረ ነጋሢ ዘገርጊ ስን ወለደ፡ እዚኦም ዝፈረዩዎም አብ ፀዓዘጋን አብ አማድርን አብ ዓዲ ገዳን ሐልሐለን አለዉ ፡፡

እቲ ሳልሳዩም ባሕረ ነጋሢ ዘወልደ ማርያም ግና ናብ ፀዓዘጋ ተረፈ ፡፡ ንሱ ዝፈረ ዩም ክንድቲ ዝአክል ብዝሐ የብሎምን፡ ገለ ተረፍ ካብአቶም አብ ገዛ ዓዲ ሽንቲበ



ኽፍለ ተሐዋዊሾም ይርከቡ ፡፡ አብ መንጎዚ ደጊያት ገብረ ክርስቶስ አብ ፀዓዘጋ ኽይ ኖም ንባምቦሎ ትግራይ ይገዝኡ ነበረ ፡፡

ሐደ እዋን ነቲ በኹሪ ቤት ወዶም ንደጊያት ተስፋ ጼን ግብሪ ንጉሥ ሕጅካ ኪድ ኢሎም አዘዝዎ፡ ሽዑ ከም ቅድም አቡኡ ደጊያት ገብረ ክርስቶስ ባዕሎም ከይዶም ደገ ንጉሥ ጸኒዮም አቦኦም ከለዉ፡ ብቑመነኦም ንግዝአት አቡኦም ሕጆም ንዓዶም አተዉ፡ ብድሕርዚ ከአ ደጊያት ተስፋ ጼን አብ ፀዓዘጋ ኽይኖም ሐያሎ እዋን ገዝኡ ብድሕርዚ እቶም ካልአይ ሐዎም ደጊያት ማሞ፡ ብፍቓድ ንጉሥ ጋላ ቤት ክዋግእ ከዱ፡ ንጋላ ስዒሮም ድማ አገቢሮም አጥሚቖምን ግዝአቶም ገበርዎ፡ ሽዕኡ ናብኡ ኰይ ኖም ዝፈረይዎም ዘርኦም አብ ወሎ አለዉ ፡፡ ብድሕርዚ ንጉሥ ከአ ተሐጕሶም ደጊ ያት አቢሎም ብዙሕ ህያብን ካልእውን ሸለምዎም ፡፡

## ደጊያት ተስፋጼንን ደጊያት ማሞን ተሸሙ ፡፡

አብ መንጎ እዚ ደጊያት ገብረ ክርስቶስ አብ ፀዓዘጋ ኰይኖም ንባምብሎ ምላሽ ገዝኡ፡ ክገዝኡ ከለዉ ሐደ እዋን ንቦኽሪ ወዶም፡ ንደጊያት ተስፋጼን ግብሪ ንጉሥ ሕጅካ ኪድ ንጐንደር ኢሎም ሂቦም ለአኽዎ፡ ንሱ ከአ በብዓይነቱ ናብ ቅድሚ ሀፀይ ዝቕረብ ህያብን ግብርን ሒዙ ናብ ደገ ንጉሥ ጸኒዑ አቶ ፡፡

አብኡ ብዙሕ እዋን ደገ ጸኒዮም ብቑመነኦም ከለዉ ሽመት ለመኑ፡ ሀፀይ ቴዎፍ ሎስ ከአ ወዲ ሐፍተይ ኢሎም ድግዝምነት ሂቦም ብ፲፯፻፫ ዓመተ ምሕረት፡ ንግዝአት አቡኦም ሃብዎም፡ በዚ ተሐጕሶም አብ ፀዓዘጋ ኰይኖም ባምቦሎ ምላሽ ድኽኖ ፈሳሽ ይገዝኡ ነበሩ ፡፡

ብድሕሬኡ ከአ እቶም ካልአይ ንእሽቶ ሐዎም አብ ቤት ንጉሥ ደገ ጸኒኦም ደጊያት ማሞ ተባሂሎም ብፍቓድ ንጉሥ ንጋላ ቤት ክዋግኡ ምስ ብዙሐት መኳንንቲ ኰይ ኖም ከዱ፡ ስዒሮም አገቢሮም አጠሚቖም ግዝአቶም ክኸውን ተፈቒደሎም፡ ምስኡ ከአ ብዙሕ ስልመ ተሰለሙ፡ ብዙሕ እዋን ይገዝኡ'ውን ነበሩ ፡፡

## ት ው ል ዲ ገ ዛ ሥ ድ ራ ፡፡

በዚ እዋንዚ አቢሉ ዘርኢት እተባህለ ጭወታይ በዓል ክትም አውሊዕ፡ ንዓዲ ደገዝማቲ ተኸቲሉ ናብ ፀዓዘጋ ምስአቶም ትዕቚትነት አተወ ፡፡ ንዕኡ ገረድ ሰበነ ገር ጊሽ አመርዓውዎ፡ ካብአ ወዲ ምስ ወለደ፡ ነቲ ወዱ ክንዲ ደባስ መዘከርታ ኢሎም ብሽም ደባስ የልዎ ፡፡

እዚ ደባስ እዚ ንገዛ ደቂ ደባስ ዝወለደ እዩ፡ ንሱ ን፭ተ ወለደ፡ ሽሞም ከአ ከምዚ እዩ፡ ፩ይ ንሰላፍ ወለ ክርስቶስኒ — ፪ይ ንገብሩኒ — ፫ይ ንተኽሉኒ = ፬ይ ንወለንኪ ኤልኒ — ፭ይ ንሐንቲ ኣል ምሕሩ እትብሃል ነዚኦም ሐሙሽቲኦም ወለደ ፡፡

ካብኦም አሰላፍ ወለ ክርስቶስ ንዓዲ ገልድም ፈረየ፡ እታ ሐፍቶም ምሕሩ ከአ ናብ ክንፈ ወዲ ማርያም ተአቶት፡ ንሱ ከአ ፈራይ ዓዲ ክንፈ እዩ ፡፡ አቡኡ ማርያም ካብ ዝባን አንገብ መጺኡ ነበረ፡ ንዓዲ ደገዝማቲ ክኽተል ፡፡

## ማርያም ዓሰልዳይት ።

ደጊያት ተስፋጼን ምስተሸሙ ነቡኦም ንደጊያት ገብረ ክርስቶስ ብትሕቲኦም ጌሮም ካብ ሥልጣኖም አውሪዶም ሐዝዎም ፣ በዚ ምኽንያት እዚ አቡኦም ኲርዮም ጒህዮም ሽመቶም ስለ ዝወሰዱሎም ካብ ሽዑ ከም ወዶም አይረአይዎምን ።

ደጊያት ተስፋጼን ግና ወዲ ጓል ሀፀይ እያሱ ዓቢ ብምኽኖም ብዙሕ ሐበንን ኵርዓትን ብሐዳፍኡ ይስምዖም ነበረ እሞ ፣ አቡኦም ከአ ኩሉ አብ ልቦም ጌሮም ክጸንሑ ክጸንሑ ፣ ደጊያት ተስፋጼን ክልአይ ሐመሙ ፣ ሕማሞም ከአ እንዳ ነውሔ ከደ እሞ ፣ ብዛዕባ እዚ ዋጥኦም ከምዚ ኢሉ ደረሰሎም ፤

ከመዓልካ ከመሎኻ ዛራ
ጽላል ሀፀይ ጐንደር ወርቂ ዝዘፈራ
እንተ ሞትካ ናይ አብርሃም ሣራ
ሕማም ላዕሉ ክፉእ ጸበባ መከራ ፣ የሎም ።

አቡኦም ደጊያት ገብረ ክርስቶስ ከአ ብሕማም ወዶም ፣ በይነይ ሽመት ክብሕት ኢሎም ብዙሕ ተሐጒሱ እሞ ፣ ናብ ማርያም ዓሰልዳይት ከይዶም ቅተልዮ ኢሎም ብዙሕ ለሚኖም መብጽዓ ተመባጽዑላ እሞ ፣ ንዓዶም ተበገሱ ። ክአትዉ ከለዉ አብ ጥቓ ፀዓዘጋ ምስበጽሑ ሰብ ኩሉ ክባኸይን ክናጸይን ሬሳ ወዶም አርከቡ እሞ ፣ ተጠዓሱ ፣ ግና ሐደኳ ክገብሩ አይከአሉን ስቕ ኢሎም ወዶም አቕበርዎ ።

## ሞት ደጊያት ገብረ ክርስቶስን እመቤት ሰበነ ገርግሽን ።

ብድሕሪ ሞት ደጊያት ተስፋጼን ካብ ብዝሒ ዘበናት እተላዕለ መንከሳሞ ብዙሕ ንዋየ ቅዱሳት መስቀል መጻሕፍቲ ፣ ንሐድ ሐደ ዓቢ̣ይ ቤተ ክርስቲያናት ይህብ ነበረ ፣ አውራ ኳ ናብቲ ዝመንኰሳሉ ፣ በቲ ሽዑ እዋን ፍሉጥ ዓቢ ገዳም ዝነበረ ደብሪ አቡና መርቆርዮስ ህያብ ወርቅን ብሩርን መሳቕልን መጻሕፍትን ስጋብ ለይቲ ሎም አሎ ፣ ከምኡ ከአ ናብ ካልኦት ዓድታት እናኸዳ ቤተ ክርስቲያን የስርሐ ነበረ ።

ካብ አደራሽን ወጺኤን ናብ ጥቓ እንዳ ገርግሽ ንእሽቶ ቤት ሰሪሐን ይቕመጣ ነበራ ። እታ ቤተን ዝነበረት ስጋብ ሎሚ ነበረት ፣ አብአ እኳ ሕጂ ወይዘሮ አማረሽ ጓል ደጊያት ሀይሉ ሐባል ይቕመጥአ ነበራ ።

ደጊያት ገብረ ክርስቶስ ከአ ብድሕሪ ሞት ወዶም ፣ ሽመት ቀደሞም ተመሊሶም ሐዙ ፣ ግና ብዙሕ አይጸንሑን ብተሎ ሞቱ ፣ ንሶምን አቡኦም ደጊያት ሀብስሉስ ዓበቕን አብ ጐልቶም ናብ ዓዲ ከፈላ ተቐብሩ ።

እመቤት ሰበነ ገርግሽ ግና ብዙሕ ዓመታት ቤተ ክርስቲያን እና ሰዓማን ጸሎት እና ገበራን ምስ ሞታ እንዳ ገርጊስ ተቐብራ ።



## ግዝአት ደጊያት ርእሰ ሃይማኖት ።

ደጊያት ገብረ ክርስቶስን ደጊያት ተስፋጼንን ምስ ሞቱ ፣ ካብ ደጊያት ተስፋጼ ሽመት ናብ ደጊያት ማሞ ሐለፈት ፣ ንሶም ከአ ናብ ጋላ ቤት ይገዝኡ ነበሩ ፣ ካብ ሀፀ ከአ ፍትው ነበሩ እሞ ፣ ዓራት ንሐዎም ንደጊያት ርእሰ ሃይማኖት አትሐዝዎም ፣ መረ ምላሽ ይገዝኡ ነበሩ ይብሃል ።

ደጊያት ማሞ ብርቱዕ ጅግና ነበሩ ፣ ብፍቓድ ሀፀይ ቴዎፊሎስ ንዋልድባ ከይዶም ንደጊያት ወልደ መቁሬስ ዝብሃል ተዋጊኦም ስዒሮም ሒዞም ናብ ንጉሥ አበርከትዎም ከምኡ ከአ ብፍቓድ ንጉሥ ናይ ዋጅራት ገዛኢ ዝነበረ ደጊያት ወልደ ሥላሴ ወልደ ሂወት ሸፊቱ ስለ ዝነበረ ፣ ከይዶም ወጊኦም ስዒሮም ተመልሱ ፣ ሽዑ እቶም ሸፍታ ዝነበሩ ንጓል ደጊያት ማሞ ኤእቲዮም ተቐመጡ ፣ ሽዑ ደጊት ማሞ ንዓዶም ምስ አተዉ ከምዚሎም ደረሱሎም ፤

ካብ ምዕዋዕ እንዲኽን ቀሚሽክን
ካብ ፀዓዘጋ ሻኹራ ቑራዕ ርእስኽን
ካብ ምዕዋፅን ካብ ዓድዋን ኮረሻኽን ግላስክን
ካብ ጐንደር አቡንክን ንጉሥክን
ትሰምዒዶ መላስን ገናሕን ።

## ሞት ደጊያት ርእሰ ሃይማኖት ።

ብድሕሪ እዚ ቅሩብ እዋን ደጊያት ማሞ ንሐማሴን ምምጻእ ምስ ሐሰቡ ፣ ደጊያት ርእሰ ሃይማኖት አጸዊያም ንሐዎም ምቕማጥ ጌሮም ካብ ንጉሥ አፍሊጦም ንዓዶም ንምድሪ ሐማሴን መጹ ፤ ብድሕሪኦም ግና ጋላ ቤት ንደጊያት ርእሰ ሃይማኖት ምፅዓድ አበይዎም ፣ ተላዒሎም ቀተልዎም ።

እዚ ወረ እዚ ምስ ሰምዑ ፣ ደጊያት ማሞ ብዙሕ ጒህዮም ሕነ ሐዎም ክፈድዩ ብዙሕ ጭፍራ ወሲኾም ንዓዲ ጋላ ዘመትዎን አጥፍእዎን ፣ ነቶም ጋላ ዓዲ ሐዲጎም ስጋብ ዝኸዱ ገበርዎም ፣ ሽዑ ንዓዶም ተመልሱ ።

## ናብ ጐንደር ህያብ ደጊያት ናይዝጊ ።

ብድሕርዚ ደጊያት ናይዝጊ ዝብሃል ከአ ናብ ወልቃይት ፍሉጥ ገዛኢ ነበረ ፣ ሐደ እዋን ምስ ደጊያት ማሞ ናብ ቤተ መንግሥቲ ጐንደር ግብሪ መኳንንትን ሊቃውንትን ግብሪ ምስ ተበልዔ ፣ ብዛዕባ ዘረባ ዘረባ ዘምጽአ ፣ ደጊያት ማሞ ምስቲ ደጊያት ናይዝጊ ተኧርዮም ፣ እታ ሕማቕ በላዕ ጎነ እንጣጢ ነዓንዶ አነን ንስኻን ሄሂያብና አይነርእን አብ ቅድሚ ጃንሆይ ኢሎም ፣ ንደጊያት ማሞ አዋረድዎም ፣ ንሶም በል መዓልቲ ቆጸራ ንፍለ የልዎ ።

ጸሐፊ ትእዛዝ ዮናታን ቆጸራ ክንደይ ትደልዩ የልዎም ፣ ደጊያት ናይዝጊ ብንዕ

ቖት ቃል ፡ መንፈቕ የሎም ፡ ደጊያት ማሞ ከአ ሕራይ ትኹን የሉ ፡ ግና ጸሐፌ ትእዛዝ ናይ ንጉሥ መዚኑ ዓመት ኢሉ በተኸሎም ፡ ህያበም ከቕርቡ ነንዓዶም ተበገሱ ፡ ደጊያት ናይዝጊ አቐዲሙ ፡ ጡዋ ፈርጊ ፡ ቅጭን ቛረ ፡ መቑሎ ነፍጢ ፡ ቅርሺ ወርቂ ፡ ናይ አራዊት ግዳም ፡ በብዓይነቱ ቈረባብቲ ፡ ፀዓዱ አብዑር ፡ ፀዓዲት አባጊዕ ፡ ፀለምትን ቀያሕትን አፍራስ አባቕል ማል ፡ ፍቕዲ ዘይብሉ በብዓይነቱ ናብ ቤተ መንግስቲ አወፈዩ ።

ጸኒሖም ከአ ደድሕሪኦም ደጊያት ማሞ ፈሪሖም ከይርትዑ ፡ ንብሃገሩ አዚዞም ዝሐሸን ዝተመርፀን አቕሑ ከነ ማል ከነ ንንጉሥ ዝበቅዕ ተሎ ኢልኩም አምጽኡለይ ኢሎም አዘዙ ።

## ህ ያ ብ ደ ጊ ያ ት ማ ሞ ።

ድሐር ደጊያት ማሞ ንጐንደር ክኸዱ ቆጸርኦም ምስበጽሐ ፡ እቲ ካብ ሃገር ዝርከቡ ዝረኸብዎ ኩሉ ፡ አቕሑን ማልን ከምኡ ከአ ካብ ባሕሪ ዝመጸ በብዓይነቱ ፡ ንንጉሥ ዘሔጕስ አቕሑ ዝሐዛ አጋስስ እተጻዕና ፡ ካብ ፀዓዘጋ ዝጀመራ ቀዳሞታን ዓዲ ባሮ ነበራ ።

እንዳ ቤት ንጉሥ ምስ አተዋ ፡ ደገዝማቲ እቲ ህያቦም ክፈትሑ ጀመሩ ፡ እቲ ቀዳማይ ዘውጽእዎ ግምጃ ጁኽ ነበረ ፡ ብድሕሪኡ ከአ እቲ አዋርቕ ደቂ ሕድርትና አቁጐዳጕዲ ዝረኸብዎ በብዓይነቱ ፡ ከምኡ አበጀዲድ ፡ ስጋጃ ፡ ስያዳ ፡ ግብረ መርፍእ ፡ ምንጻፋት ፡ አናፍዋ ፡ ሉል ፡ ካብ ከብቲ በብዓይነተን ፀዓዲት ፀለምቲ ቀያሕቲ ፡ አፍራስ ፡ አባቕል ፡ አባጊዕ ፡ አጣል ፡ የእዱግ ፡ አግማል ፡ ፈርግ ካብ ኩሉ ዓይነት ፡ ናብ ሀፀይ ባካፉ አበርከቱ ።

ሽዑ ንጉሥ ብዙሕ ተሐጕሱ ፡ ደጊያት ማሞ ከአ ኦ ጐይታይ ተሐጐሸኩምለይ ዶ የልዎም ፡ ንሶም ከአ እወ የልዎም ፡ እምበአርከ አነውን ከተሔጕሱኒ ይልምነኩም አሎኹ የልዎም ፡ እቲ እትትምነዮ በል የልዎም ፡ ደገዝማቲ ከአ ዓደይ አንበጣ በሊዕዎ እዩ'ሞ ግብሪ ንጉሥ ምሐሩለይ ኢሎም ለሚኖም ፡ ግብሪ አምሐርዎ ።

ደሐር ግና ድሕሪ ምሳሕ ድሙ ወርቂ ፡ ገበል ወርቂ ፡ እተሰርሔ እንሆ ምሳሕ ንጉሥን እቴጌን ኢሎም አበርከትሎም ። ሽዑ ካብ ህያብ ደጊያት ናይዝጊ ናይ ደጊያት ማሞ ይበልጽ ተባሂሉ ተመስከረሎም ፡ በዚ ህያብ ደጊያት ማሞ ንጉሥ አዚዮም ተገረሙ ።

## ም ዕ ራ ፍ ፸፫ ።

## ኩ ና ት ደ ጊ ያ ት ድ ብ ለ የ ስ ።

አድከመ ምልጋዕ በዚ እዋን እዚ አዝዮም ምስ ደቂ ተሸም ብግዝአት ተሐሪዖቕም ነበሩ ፡ ቅድሚዚ ንዱሩይ ፍጋጋ ዝበሃል በዓል ዓዲ ባረ ተኸላ ዝገበርዎ በእሲ ብድሕሪኡ ከአ ንባሕረ ነጋሢ ዮሐንስ ሀካይ በዓል ዓዲ መንጐንቲ ፡ ከምኡ ከአ ምስ አይተ አርዓዶም እተባህሉ በዓል ክሳድ ዳዕሮ ኰይኖም ትንትግ ክልቲኦም ጋንታ ይዋግኡ ነበሩ ።



ሕጂ ግና ብዛዕባ ደጊያት ድብለዩስ ወዲ ወዶም ንአይተ አርዓዶም ፡ ንኣል ተስፋ[illegible] ካብ መደባይ የእተወ ፡ ካብ ኣል ኣሎም ንሀፀይ መልክ ሰገድ ወይ ከአ ሀፀይ ሠር[illegible] እትውለድ ፡ ንዓአ ከእቱ ከሎ ፵፬ ጕልቲ ነበሮ እሞ ፡ ግብሪ ንደጊያት ማ[illegible] ፡ ከምኡ ከአ ብፀዓዘጋ ክእዘዝ ውርደት ኰይኑ ተራእዩ ፡ ስለዚ ሐደ እዋን እ[illegible] ፀዓዘጋ ዝነበረ ምቕማጥ ደጊያት ማሞ ግብሪ ንጉሥ የእተዉ ኢሉ እንተ ለአኸሉ[illegible] ደጊያት ድብለዩስ ከአ ብጀካ ሀፀይ ቴዎፍሎስ አፅራር ሰገድ ጐይታ የብለይን እሞ[illegible] ግብረ ንጉሥ ባዕለይ እየ ዘእትዎ ኢሉ አበየ ።

እንተኾነ ሀፀይ ኢያሱ አድያም ሰገድ እዮም ሐዋ ንሰበነ ገርግስ ስለ እዚ ወ[illegible] ሐፍቶም እዩ ፡ ደጊያት ማሞ ፡ ንጉሥ ከአ ንሠራዊ ላዕለዋይ ዝኾነ ሻራ ደጊያት ድብ[illegible] ዩስ ነበረ ። አሰላፊ ከአ እቲ ምቕማጥ ደጊያት ማሞ ወረቐት ንጐንደር ለአኸ ።

ደጊያት ማሞ ከአ ካብ ንጉሥ ሐመደ ግዳም ዝኾነ ሠራዊት አብ ሐማሴን መጺኦ[illegible] አብ ሰፍአ አብ ማይ ሸምባቡ ጐልጐል ገጠሙ ፡ አዝዩ ብዙሕ አጽዋር ብታሕቲ ታሕ[illegible] ካብ ቱርኩ ምስ ናይብ ተሰማሚዑ አኪቡ ነበረ ፡ ደሐር ግና ንሱ አብ ልዕሊኡ ካ[illegible] ዓደምሐሩ ማእለያ ዘይብሉ ሠራዊት ከምዚ ከበቦ ምስ ፈለጠ ብወርሒ ጥሪ ብዘበ[illegible] ዮሐንስ ብ፲፯፻፺፱ ዓመተ ምሕረት ፡ ከምዘለዉ ፈተውቱን ሐገዝቱን አኽቲቱ ሎ[illegible] ቀዋን ዝባን ሠራዊን በዚ እዋንዚ አብ ሰፍአ ፫ተ መዓልትን ፫ተ ለይትን አልቦ ትኽ[illegible] ስትር አበሉ ።

ስድራ ደጊያት ድብለዩስ ዑሩይ መዛግብቲ ሕጀም ነቲ ሠራዊት ንጉሥ ዓገት[illegible] ብተኹሲ እንተ ኾነ ብብዝሒ ፈረስ ጠሐስዎም ፡ መወዳእትኡ ግና ደጊያት ድብለዩ[illegible] ምስ ብዙሐት ፈተውቱ ፡ ሰብ ማርዳን ሰብ ግዳይን አብ ለልዕሊ ተነፃፂፎም ሞቱ[illegible] ከምዚሉ ጅግንነት ደጊያት ድብለዩስ በዚ ተፈጸመ ።

ካብኡ እቶም ሠራዊት ንጉሥ ከምዚሎም ዝባነ ዝባን ሠራዊ ስጋብ ሰፍአ ዘ[illegible] ቶም አልቦ ህልም አበልዎ ፡ ብድሕሪ እዚ ክሳድ ዳዕሮ ምስ ወደቐት ስጋብ ለይቲ ሎ[illegible] አይተንሥኤትን ። ካብኡ ተነቓኒቑ ዝነበረ ዓራት ፀዓዘጋ ከም ቀደሙ ንደጊያት ማ[illegible] ቀጥ የለሎም ።

እቶም ሠራዊት ንጉሥ ምስ ሠዓርዎም ንሠራዊ ንደጊያት ማሞ ዓዶም የእትዮም[illegible] ነንዓዶም ተመልሱ ፡ እንተኾነ እመቤት ጐርዚት ሰበይቲ ደጊያት ድብለዩስ ኣሎም ን[illegible] ፀይ መልክ ሰገድ ፡ ድሕሪ ሞት ሰብአየን ደብረ አቡነ መርቆሬዎስ ባዕለን የሔድሸ[illegible] ነቲ ቅድሩ ሰርሕአ ። ከም ገዛኢት ኰይነን ብዙሕ እዋን ነበራ ፡ ብድሕሪኤን ግና ዓራ[illegible] ክሳድ ዳዕሮ ናብ ካልእ ሐለፈት ።

## ሞት ደጊያት ማሞ ናብ ዓደምሐሩ ።

ሞት ደገዝማቲ ናብ ሰፈር ንጉሥ ቅሩብ እዋን ሐሚሞም ሞቱ ፡ ንጉሥ ከአ ብነ[illegible] ሬትን ብሰንደቕ ዓላማን ብዙሕ ዓጀብ ጌሮም ቀበርዎም ፡ ብድሕሪኦም እቶም ንእሽ[illegible] ሐዎም ራእሲ ዓንደ ሃይማኖት አቢሎም ንተከዘ ምላሽ ክገዝኡ ፡ ምቕማጦም ናብ ዓድ[illegible] ኰይኖም ክገዝኡ ተሸሙ ።

## ዓድዋ ተሰሬሑ ዝኸተመሉ እዋን ።

ራእሲ ዓንደ ሃይማኖት በዲኦም ካብ ልዕልቲ ሰበነ ጌርጊሽ ጓል ሀፀይ ኢያሱ እዲ ያም ሰገድ እየን ፡ አቡኦም ከአ ደጊያት ገብረክርስቶስ ወዲ ሀብስሉስ ዓባቕ ሐው ደጊ ያት ማሞ እዮም ።

እዛ ዓድዋ እትብሃል መኻን ቀደም አባሐጉኦም ዓዲ እንተትገብራ ኢሎም ተተ ምኒዮምላ ነይሮም ይብሃል ፡ ራእሲ ዓንደ ሃይማኖት ገረብ ጥሒሶም ከተማ ሰሬሐም አኸቲሞም ምቕማጦም አብአ ገበሩ ፡ አብአ ቤተ ክርስቲያን እንዳ ማርያም ሰርሑ ። ባብቲ እዋን እቲ አትሒዙ ስጋብ ለይቲ ሎም ከተማ ምቕማጥ ዓበይትን ፍሉጥ ዓድን ኮነት ። ራእሲ ዓንደ ሃይማኖት ናብአ ብዙሕ እዋን ተቐመጡ ።

## ሽፍትነት ብላታ ሚካኤል ስሑል ።

ብዛዕባ ራእሲ ዝሰርሕዎ ሒዶት ዛንታ ከነልዕል ፡ ንሶም ብዙኃት ጐራዙ ናብ ቤት እናምጽኡ ጥራዬን ጌሮም ቤት ዓጽዮም አጥባተን ብኢዶም ዕትዕት እናበሉን እናሰዕ ስዑን ይውዕሉ ነበሩ ፡ ሐደ ምዓልቲ ወይ ከአ ክልተ ምዓልቲ ከይኮነስ ትንትግ (ኩሉ ጊዜ) ከምዚ ዝበለ ግዕዝና ነበሮም ።

ብላታ ሚካኤል ግና ባዕሉ የካይዶን ይእዝዘን ነበረ ፡ ደሐር ግና በይነይ እሎኹ እናበሉ ከም ቀደሞም አብ ማእከል እተን ጐራዙ ክስዕስዑ ከለዉ ፡ ብላታ ሚካኤል ከአ ካብ ተምቤን መጺኡ እንተረኤ ፡ ከምቲ ብወረ ዝሰምዖ ዝነበረ አብ ዓይኑ ገጠ መሉ ፡ እዞም ሰብአይሲ ዝቕበሎም ስኢኖም ደአምበር ፡ ነዛ ዓራትስ አይደልዩዋን እንካ እዮም ኢሉ ንምሽፋት ሐሰበ ።

ንሶም ግና ገና አይፈለጠንን እናበሉ ከም ቀደሞም እና ተሐብኡ ይስዕስዑ ነበሩ ፡ ሐደ እዋን ንሐማሴን በጺሑ ክምለስ ኢሎም ተበገሱ ፡ ንሱ ከአ ናብ ዓዲ ሸረፈቶ ምስ በጽሐ ሸፈተ ። እዚ ወረዚ ምስተሰምዔ ከምዚ ኢሎም ግጥሚ ገጠሙሉም ፡

ደርመን ከመይ ኢኻ ደርመን  
ከዳዕ ጠላም እያ ዘመን  
ሐወይ ኢልካ እኳ ሰብ አይትእመን  
ድሙኻ እኳ ተምጽአልካ ተመን ።

## ው ግ እ ጋ ሻ ወ ር ቄ ።

ራእሲ ዓንደ ሃይማኖት አብ ክሳድ ጋሻወርቄ ፡ ምስቲ ብላታ ናቶም በዓል ተምቤን ብላታ ሚካኤል ስሑል ኲናት ገጢሞም ፡ አብኡ ብላታ ሚካኤል ስዒሩ ንራእሲ ቀተ ሎም ፡ ደሐር ንርእሱ ቀታል ራእሲ ፡ ራእሲ ሚካኤል ስሑል ተባህለ ፡ ንሀገር አንፈ ፈጣ ። ሽዑ ናብ ዓድዋ ኰይኑ ንትግራይ ትግርኝን ንሐማሴንን ሐዘ ።



## ግ ዝ አ ት ባ ሕ ረ ነ ጋ ሲ ሰ ለ ሙ ን ።

ባሕረ ነጋሲ ሰለሙን ወዲ ደጊያት ተስፋጼን ፡ ብድሕሪ ሞት ሐወቦኦም አብ ፀዓ ዘጋ ኰይኖም ይገዝኡ ነበሩ ፡ እንተኾነ ንሶም እቲ ናይ አቦታቶም ግዝአትን ሥልጣንን ናብ ኢድ ራእሲ ሚካኤል ስሑል ነበረ እሞ ፡ ክገጥም እየ ኢሎም ኲናት ምስ ራእሲ ሚካኤል ናብ ዕዳጋ ረቡዕ ተዋግኡ ።

ድሕሪ ሠለስተ መዓልቲ ካህናት መጺኦም ዓረቕዎም ፡ ባሕረ ነጋሲ ሰለሙን ንመረብ ምላሽ ብትሕቲኦም ኰይኖም ክገዝኡ ፡ ራእሲ ግና ብላዕሊ ኰይኖም ንትግራይን ንሐማ ሴንን ክእዝዙ ተዓርቁ ። በዚ እዋን እዚ ከአ ሀፀይ ኢያሱ አድያም ሰገድ ናብ ሐማሴን መጺኦም ንምድሪ ሐባብ ከይዶም አገበርዎ ፡ ዳግማይ ኢያሱ እዮም ዝበሀሉ ፡ ዘበኑ ብ፲፯፻፳ ዓመተ ምሕረት ።

## ውግእ ራእሲ ሚካኤል ስሑል ምስ ናይብ ።

ብዘበን ባሕረ ነጋሲ ሰለሙን ፡ ናይብ ንግዝአት ሐማሴን ደልዩ ናብ ቤት መኻእ ወጸ ፡ ንድባርዋን ንእምኒ ጸሊምን ንተራእምንን ንጉራዕን አቶ ፡ ንሶም ባሕረ ነጋሲ ሰለ ሙን ግና ንራእሲ ሚካኤል ርድኡኒ ኢሎም ለአኹሎም ፡ ራእሲ ከአ ካብ ትግራይ ባዕሎም አኸቲቶም ፍቕዲ ዘየብሉ ሠራዊት ሒዞም ናብ አከለ ጉዛይ ዓድ ናይብ ገጠሙ አብኡ ከአ ራእሲ ሚካኤል ስሑል ስዓሩ ፡ እታ ድግሳ ግና አጻቢቑ ዓሪዱዋ ሰለ ዝነበረ ዝደፍራ ተሳኢኑ ዑቕባ ስላሰ ወዲ ሕድሪንኪኤል ዝበሃል ጅግና ፍሉጥ በዓል ጨዓረሽ ናብታ ዕርዲ ድግሳ ድርግም ኢሉ አቶ እሞ ፡ ነቶም አብአ ዝነበሩ ማሪኹ ናብ ራእሲ አበርከቶም ፡ ራእሲ ከአ ስጋብ ባዕዕ ከምዘሎ ዘሚቶም አጥፍእዎ ፡ ደሐር ግና ራእሲ ምስ ናይብ ዕርቂ ገበሩ እሞ ፡ ብዙሕ አናፍጥን ቅርሺን ምስ ሃቦም አገቢሮም ተመልሱ ።

## ደቂ ባሕረ ነጋሲ ሰለሙን ።

ባሕረ ነጋሲ ሰለሙን ሰበይቶም እመቤት ጐይተን ብዓልቲ ጽልማ ቃቅብዳ ዝብሃል ዓዲ ፡ ጓል ቀሊት ወዲ ፈቶ ፡ ካብኤን ንአይተ ደብረጽዮንን — ንባሕረ ነጋሲ በኸሩን ወለዱ ፡ አይተ ደብረጽዮን ንዓዲ ደብተራ ባሪኡ ዝፈረዩ እዮም ።

እቲ ግዝአት አቡኦም ግና ንባሕረ ነጋሲ በኸሩ ተዋህበ ፡ ባሕረ ነጋሲ በኸሩ ቅድም ብንእሽቶኦም ቀሺ ነበሩ ፡ ደሐር ግና አቡኦም ምስሞቱ ዓራት አቡኦም ሐዙ ፡ ነጋሪት ጻዓኑ ንእዋኑ ደገዝማትነት ረኸቡ ፡ ደሐር ግና ንድባርዋ ምስ ጠቕለሉ ባሕረ ነጋሲ ተባህሉ መረብ ምላሽ ከአ ይገዝኡ ነበሩ ።

## ም ዕ ራ ፍ ፳፬ ።

### ሠለስተ ደቂ ተሸም ሰብ ሥልጣን ዘርኢ ተኸለታትዮስ ።

አብ ተከለ ዓገባ እንዳ ተኸለታትዮስ ፡ ብትሕቲ ዓዲ ደገዝማቲ ኰይኖም ርኢያትን መኳንንትን ነበሩ ፡ ንሳቶም ብዘበን ደጊያት ገብረ ክርስቶ ኮነ ከምኡ ከአ ብደቂ ደቆም ንምሉእ ዓንሰባን ለጎጭዋን ሐያሎ እዋን ይገዝኡ ነበሩ ።

ተኽለታትዮስ ንባሕረ ነጋሲ ዘኽርስቶስን — ንሰመረኽርስቶስን — ንበረኽትአብን
ደ፡ በረኽትአብ ደቁ ገለ አብኡ ገለ አብ ማእከል ዓዲ አለዉ፡ ባሕረ ነጋሲ ዘኽር
ስ ግና ፍሉጥ ኮነ፡ ንጓል ጓሎም ንሀፀይ መልከሰገድ፡ ሀፀይ ሡርጸ ድንግል ካብ
እምሀጩን ዝብሃሉ በዓል መራጕዝ፡ ዓቢ ሰብ ነበሩ ካብኦም ትውለድ፡ ካብአ ንአ
ዘግን — ንኸንቲባ ቡላን — ንብእምነትን — ንአቢብን ወለደ፡ ዘመኑ ፲፭፻፹፰ ዓመተ
ሕረት አቢሉ እዩ ይብሃል ።

ካብኦም ከንቲባ ቡላ ንአቤቶ ወልደጊዮርጊስን — ንባሕረ ነጋሲ ዕቑባትን ወለዱ፡
ኢአቶም ኲሎም ነቲ ግዝአት ዓዲ ደገዝማቲ፡ ብትሕቲኦም ንኹሉ ጠቕሊሎም ሐዝዎ፡
ሕረ ነጋሲ ዕቑባት ከአ ንባሕረ ነጋሲ ቃቦትን — ንአቶ ተስፋጼንን ወለዱ ።

## ውግእ ባሕረ ነጋሲ በኸሩ ምስ ናይብ ።

ባሕረ ነጋሲ በኸሩ ዕልኦም ጥራይ ምስ ቤተ ሰቦም አይኮነን፡ ምስ ናይብ ብዙሕ
ጻልኡ፡ ቀደም ብዙሕ ጉልቲ አቡኦም ንናይብ ሂቦምዎ ዝነበሩ የሕደግዎ፡ በዚ እተላ
ለ ናይብ ክዋጋእ ኢሉ ናይ ኵናት ሐለቓ ያሕያ ወዲ ሹቶል በትሩ ዝበሃል ምስ
ዙሕ ሰራዊት ከቲቱ አብ ምሪ ደቀምሐረ ተጋጠሙ ።

ናብኡ ባሕረ ነጋሲ በኸሩ ሰዓሩ፡ ድሕሪ ቁሩብ እዋን ከአ ካብ ቱርኪ ተሐጊዙ
ብ ወሲኹ ናብ ክሳድ ዛግር ገጠሙ ። ባሕረ ነጋሲ በኸሩ መሊሾም ከም ቀደሞም
ዓሩ፡ ከምኡ ከአ ናብ ጥቓ ፀዓዘጋ ሳልሳይ ተዋጊኦም ምስ ሰዓርዎ፡ ብዙሕ እዋን
መኺን ምስ አበዮ ዓረፈ ።

## ሞት ሀፀይ እዮአስ ናብ ጐንደር ።

በዚ ዘበን እዚ ብ፲፯፻፸ አቢሉ ራእሲ ሚካኤል ስሑል፡ በቲ እዋን እቲ ንምሉእ
ኢትዮጵያ ብትሕቲ ንጉሥ እዮም እናተባህለ ንኹሉ ጠቕሊሎም አንፈጥፌጠም ይገ
ዝኡ ነበሩ፡ እቶም በቲ ግዜኦም በብሐደ ዝገዝኡ ዝነበሩ ነገሥታት ንሽም ደአሎም
እምበር፡ ገባርን ሐዳግን ናይ ሐቂ ገዛኢ ከምዝደለዩ ዝገብሩ፡ ሥልጣን ናብኦም ነበረ
እሞ፡ ብገለ ምኽንያት ተጻሊኦም እንተ ተሐራረቑ ናብ ባይቶ ዓበይቲ ወሲዶም አፍሪ
ዶም አትሒዞም ብሻሽ አሕኒቖም አቕተልዎም፡ ሽዑ ሰብ ዝኸነ ብሐዳፍኡ ሰምበደ፡
ወዲ ራእሲ ማካኤል ከአ እዚ ዓገብዚ ምስ ዓገቡ ነቡኡ ከምዚ የሎም ።

ንንጉሥ ዶ አልዒልኩም ትቐትሉ
ቀዳማይ እዝጊ ዶ ከምዚ ጌሩ
ዳሕረዋይ እዝጊ ደአ ተፈጢሩ የሎም ።

ብድሕሪ እዚ ራእሲ ሚካኤል ስሑል ንምድሪ ሐማሴን ሐያሎ እዋን የገዝምትዎ
ነበሩ፡ ናብ ሥልጣን ቤተ መንግሥቲ ምስ ሐዙ፡ ግዝአቶም ፴ ዓመት እዩ ።



## ግዝአት ባሕረ ነጋሲ በኸሩ ፀዓዘጋ ።

ባሕረ ነጋሲ በኸሩ ወዲ ባሕረ ነጋሲ ሰለሙን፡ ከም አቡኦም ግዝአት መረብ ምላሽ
ነበረ፡ ንሶም ከአ ካብ አቡኦም ዝወረስዎ ደአምበር ካብ ንጉሥ ዘምጽእዎ አይኮነን
እሞ፡ እዞም ካልኦት መኳንንቲ ሐማሴን፡ እኒ ኸንቲባ ገደደ ሀዘጋ፡ እኒ ዓድ ሀብተል
ዑል፡ እኒ አቶ ተላ ብዘበን ራእሲ ሚካኤል ነቲ ናይ ጥንቲ ስልጣን ፀዓዘጋ ከቃልልዎን
ክንዕቑዎን ርእሶም ክልዕሉ ጀመሩ፡ ከምኡ ከአ ካብ ሰብ ፀዓዘጋ ንባሕረ ነጋሲ ክንዕቑ
ዎም ክጻልእዎም ጀመሩ ።

ስለዚ ንሶም ምንም እኳ ካብ ራእሲ ሚካኤል ዕረፍቲ እንተረኸቡ፡ እቶም አናእ
ሽቱ መኳንንቲ ሐማሴን ዕረፍቲ ድቃስ ከልእዎም፡ ብዛዕባ እዚ ከምዚ የሉ፤

ዋንጫ ፃዕዴ ብርለ ደበነ
ወዲ መን ይዕላእ እተሸመ
ወዲ መንከ ይፍቶ ዝደኸመ፡
ኢሎም ገጠሙሎምን ደረሱሎምን ።

ራእሲ ሚካኤል ከአ ባዕሎም ኰነ፡ ብሐሻኽሮም ኰነ፡ እናልአኹ ንበሐማሴና ስጋብ
ቃሕቲ ዘሚቶም አጥፍእዋ፡ ባሕረ ነጋሲ እኳ እምበአር ንመረብ ምላሽ ይገዝኡ ነበሩ፡
ነገር ግን ዘማቶ ብዝመጹሉ መጠን ይሕብኡ ነበሩ ። እቶም ዘማቶ ምስ ለቐቑሎም ናብ
መኻኖም ይምለሱ ነበሩ ።

ሐደ እዋን ግዳ ናይ ራእሲ ሚካኤል ስሑል ሐሽከር ክንፍየ ዝበሃል መጺኡ፡ ነዚ
ጐልጐል ከምዘሎ ተኩሽዎ ነበረ እሞ፡ ዝዘመተ ዘሚቱ ክምለስ ከሎ ደድሕሪኡ ስዒ
ቦም ተዋጊኦም ሰዓርዎ ። ብፍላይ እተን አዜን ፍሉጣት ባዕሎም ራእሲ ሚካኤል ዝዘ
መቱለን ናብዚ ምድሪ ሐማሴን ክልተ ግዜ እየን ።

## ሐይሊ ከንቲባ ዑቕባንኪኤል ሀዘጋ ።

አብ ሀዘጋ በቲ እዋን እቲ እዞም ከንቲባ ዑቕባንኪኤል ሰልጢኖም ነበሩ፡ ንሶም
ከአ ከምኩሉ ሰቦም ናብ ትሕቲ ዓዲ ደገዝማቲ ኰይኖም ይገዝኡ ነበሩ፡ ንኹሉ ንሚ
ናበዘርአይን ንካርነሽምን ብምሉኡ፡ ንሶም ወዲ ተኽለሐርያት ካብ ዓዲ ፍረ ምኻእ
እዮም ምላዶም ።

ከንቲባ ተስፋንኪኤል ግና ዓራቶም ተገምጢሉ ብዙሕ ደኺሞም ነበሩ፡ ክንድቲ
ዝአክል ስልጣን አይነበሮምን እሞ፡ እቶም ዘበናዊ ብዓል ስልጣን ዝነበሩ፡ ከንቲባ
ዑቕባንኪኤል ንከንቲባ ተስፋንኪኤል ብዙሕ ይገፍዕዎም ነበሩ፡ ካብኡ እኳ ንእሽቶ
ገለ ክንዝክር፡ ሐደ እዋን ጣዕዋ ከንቲባ ገደደ ወዲ ከንቲባ ተስፋንኪኤል፡ ናብ ዑቕባ
ንኪኤል ዘሕረስዎ ግራት አትዩ ተዘርዔ እሞ፡ ከንቲባ ገደደ ከም ግቡእ ስርዓት ደቂ
ተሸም ከፈለ ክወስድ ተቐበለኒ እንተበልዎም፡ እንተደለኻ ክልተ ዓቤት አድሪ ከፈልካ
ውሰዶ ብዝተረፈ ዕቑባ አይደሊ ስሩዕ አይደሊ ኢሎም አበይዎም ።

ክንቲባ ገደደ ከአ ደሓን ኢሎም ከይተማጉቱ ትም ኢሎም ሕራይ ኢሎም ክልተ
ዓቤት አድሪ ከፈሎም ጣዕውአም ወሰዱ ፡ እምበአር ንሰም እኳ ካብ ክንቲባ ተስፋንኪ
ኤል ክንሰም ናብአም ክዳነዩ አይግብኦምን ኔሩ ።

ብድሕሪ እዚ ክንቲባ ዑቕባንኪኤል ክዘምቱ ኢሎም ንባሕሪ ወረዱ ፡ አብኡ ሰብ
ጽንዓ ደግለ አድቢዮም ጸኒሖም አብ ሐፍሎት ቀተልዎም ። መይቶም ምስ ተባህሉ
ደቂ ክንቲባ ተስፋንኪኤል አብ ክንዲ ዝሕጐሱ ብዙሕ ጕሃዩ እሞ ፡ ሕነ ወዲ ሐወበ
አም ን'ኽፈል ኢሎም ፡ ክንቲባ ገደደን — ክንቲባ ሕድሪትን — ክንቲባ ጊላስሉስን
ከቲቶም አጽዋሮም ሒዞም ናብ ጸንዓደግለ ከይዶም ሕነ ከፊሎም ንዓዶም ተመልሱ ።

ክንቲባ ገደደ ካብ ጸንዓደግለ ብዕንጨይቲ መስቀል ጌሮም አምጺኦም ፡ ናብ ቀጽሪ
ቤተ ክርስቲያን ተኽልዎ ስጋብ ሕጂ'ውን ናብ ደገሰላም ሀዘጋ አሎ ። ካብኡ ንነጀው
እዚ ከምዚ ዝአመሰለ ሀብቲ ካብ ዓዲ ክንቲባ ዑቕባንኪኤል ዘምበለ ፡ ስልጣኖም ዝሕ
ተለ ፡ እዚ ኹሉ ተአኪቡ ናብ ዓዲ ክንቲባ ገደደ ኰነ ።

## ለበዋ ክንቲባ ገደደ ።

ክንቲባ ገደደ ነ፬ተ ወለዱ ፡ ንክንቲባይን — ንክንቲባ ቀለተን — ንክንቲባ ሂለ ኽስ
ቶስን — ንባሕረ ነጋሲ ገብራትን እተባህሉ ወለዱ ፡ ካብአም ክንቲባ ቀለተ ብጕብዝ
ንአም ከለዉ ናብ ራእሲ ሚካኤል ስሑል ት'ኽትልነት አተዉ እሞ ፡ ናብ ብዙሕ ኵናት
ውዓሉ ከአ ፡ በቲ ሞይአም ካብ ራእሲ ሚካኤል ስሑል ክንቲብነት ወሲዶም ንዓዶም
ምስ አተዉ ፡ አቡኦም መኒኖም ንዓዶም ሐዲጎም ንቢዘን ከይዶም ተቐመጡ እሞ ፡ አበ
ገብረ ሥላሰ ተባህሉ ።

ድሕሪ ቁሩብ እዋን እቶም ዝተረፉ ካልአት ደቆም ፡ ካብ ዓደምሐራ ሽመት ከነም
ጽእ ኢሎም ምስ ሐሰቡ ፡ ሽዑ አቡኦም ከምዚ የልዎም ፡ ደቀይ ኩሉኹም ክንቲባ
ታት አይትኹኑ ፡ ገሌኹም ባሕረ ነጋሲ ደአ ኩኑ ኢሎም ተላበውዎም ፡ ደሐር ንሳቶም
ከም ለበዋ አቡኦም እቶም ሳልሳዮም ባሕረ ነጋሲ ኰኑ ።

## ሐይሊ ባሕረ ነጋሲ በ'ኹሩ ።

ባሕረ ነጋሲ በ'ኹሩ ሐደ ርጉም ፡ ብዙሕ ክፉእ ገዛኢ ነበሩ ፡ ከም ሐይሎም እም
በር ከም ፍቓድ ዓዶም ዘይገብሩ ነበሩ ፡ ተ'ኻእለኒ ኢሎም ንምድሪ የሕዋቶም ብሐይ
ሎም ናብ መቐሕ ይልብድዎም ነበሩ ፡ ካብዚ ዘበን አትሒዘም ፡ ደቂ አምሀን ደቂ አቢ
ብን ካብ ላዕላይ ተከለ እዚ ምድርና ከይጠፍአና ኢሎም አብዚ ሕጂ ዘለውዎ ወረዱ ፡
ሐያሎ ካብ ደቂ ተከለ ከአ ናብ ሀዘጋ ፡ ናብ ክንቲባ ቀለተ ከይዶም ተማዕቖቡ ።

በዚ ዘበን እዚ አርባዕተ ደቂ ደባስ ካብ ኩትም አውልዕ አሕዋቶም ሰደድዎም
እሞ ሀዲሞም አብ ባሕረ ነጋሲ በ'ኹሩ አተዉ ፡ ዕቑባ'ኹም የልዎም ፡ ንሰም ድማ ምስ



ፀዓዘጋ ክንድቲ ብዙሕ ፍቕሪ ስለ ዘይነበሮም ፡ ንደቂ ደባስ ብጽቡቕ ተቐቢሎም አዘዝ
ትን ናዘዝትን ጌሮም ፡ ነታ ሐፍቲ ደባስ ንክፍለ አመርዓውዎ ። ንሱ ምስአቶ ናብ ፀዓዘጋ
ሰዓበ ፡ እቶም ባሕረ ነጋሲ በ'ኹሩ ፍቕሪ ምስፈለምዎ ስጋብ እቶም ብድሕሪአም ዝገዝኡ
ዝነበሩ ኩሎም አይጸልእዎምን ፡ እዚአቶም ጕይቶት እዮም ።

## ም ዕ ራ ፍ ፩፫ ።

## ውግእ ባሕረ ነጋሲ በ'ኹሩ ምስ ዓዲ ቢኢዳት ።

ባሕረ ነጋሲ በ'ኹሩ ቅድሚኡ ምስ ደቂ ሐወቦአም እኒ ዓዲ ክንቲባ ቢኢደት ሰብ
ደቂ ጽንዓ ካብ ዘርኢ ደጊያት ሀብስሉስ ዓባቕ ፡ እኒ ባሕረ ነጋሲ ክፍለ ወዲ ባሕረ ነጋሲ
ተኽሊት በዓል ዓዲ ተ'ኽላይ ፡ ምስ ሐያሎ ካልአት ውግእ ነበሮም ፡ ንሳቶም ከአ እቲ
ግዝአት ዓዲ ደገዝማቲ ክምለሰልና እናበሉ ሐደ እዋን ፡ ባሕረ ነጋሲ በ'ኹሩ ግብሪ
ንጉሥ ከእትዉ ናብ መንሳዕ ወረዱ ።

ደቂ ቢኢዳት ምርሐቕም ምስ ረአዩ ነቶም ሐሽከሮም ናብ ዑና ኹሕሎ ደቂሾም ነበሩ
እሞ ፡ ሐደጋ ወዲቖም አጥፍእዎም ፡ በዚ ዝአክል ዑና ኹሑሎ ስጋብ ለይቲ ሎሚ ዑና
ኽነት ፡ ደቂ ፀዓዘጋ ከአ ምስቲ ደብሪ ኰይኖም ብአውያት መጺኦም ናብኡ ተሳዕሩ ።

ባሕረ ነጋሲ በ'ኹሩ እዚ ወረዚ ምስ ሰምዑ በአ በአ ተቐላጢፎም ወጹ እሞ ፡ ሰበም
ሒዞም ገጠሙ ፡ አብኡ ባሕረ ነጋሲ በ'ኹሩ ሰዓሩ ፡ ዓዲ ቢዒዳት ከአ ሃዲሞም ንሠራዩ
ናብ ዓዲ ጕሮቶ ዝብሃል አተዉ ፡ ባሕረ ነጋሲ በ'ኹሩ ከአ ስዒሮም ንዓዶም አተዉ ።

እንዳ ባሕረ ነጋሲ ተስፋገርጊሽ በዓል አማድር ጽልማ ፡ ንሰም ሻራ ባሕረ ነጋሲ
በ'ኹሩ ነበሩ ፡ ስለዚ ዓዲ ቢኢዳት ከአ ንክንቲባ ባሕረ ነጋሲ በ'ኹሩ ዝረኸቡ መሲል
ዎም ንማድር ወደቖዎም ፡ አውያት ከአ ንፀዓዘጋ ሰደዱሎም እሞ ፡ ባሕረ ነጋሲ በ'ኹሩ
ከአ ንዑናይ ሐግዙና እንተበልዎም ፡ ደቂ ፀዓዘጋ ከአ ንሕና ናብ ዓድናን ናብ ምድር
ናን ዝመጸና እዝጊ ዘውዓለና ንውዕል ብዝተረፈስ ናብ ዓዶምን ናብ ምድሮምን ኬድና
አይንዋጋእን ኢሎም ብፀዓዘግአም አበይዎም ።

ሽዑ ባሕረ ነጋሲ በ'ኹሩ ዝሐዙ ሒዞም ዝርካቦም ከይዶም አብ ዕዳጋ ድሕና ምስ
ዓዲ ብኢዳት ውግእ ገጠሙ ፡ ናብኡ ባሕረ ነጋሲ በ'ኹሩ ተሳዒሮም ተታሕዙ ፡ አሲ
ሮም ንደቂ ጽንዓ ወሲዶም አብ ውሻጠ አቐሚጦም ፈውሲ አስተይዎም እሞ አይሞቱን
ደሐኑ ፡ ደሐር ግና አሲሮም ንጐንደር ወሲዶም ናብ ንጉሥ አበርከትዎም ፡ ንጉሥ
ከአ ንሐውካዶ ከምዚ ይግበር ኢሎም ፡ ድሕሪ ዓመት ዓሪቓም ንዓዶም ሰደድዎም'ሞ ፡
ከምቀደሞም ናብ ሽመቶም መለስዎም ።

## ቀዳማይ ዘመተ ራእሲ ሚካኤል ስሑል ።

ባሕረ ነጋሲ በ'ኹሩ ግዝአቶም ክጅምሩ ከለዉ ፡ ራሕሲ ሚካኤል ስሑል ባዕሎም
ሰብ በሐደአፉ ዝስክሐሉ ሰራዊት ሒዞም ፋርን ፋፋርን ከምዝበሃል ካብ ብዝሒ ሕዝቢ
አተላዕለ ካብ አፈልፃ አከለጉዛይ ዝሐዙ ምስ ገጠሙ ስጋብ አፈልባ ዓረዛ ፡ ክንዲ ሑፃ

ሕሪ ዝኾኑ ሠራዊት ሒዞም በዚ ተላዕለ ዛግራን ቖቓሕን ዓገዜዮንን ስቕ ኢላ ተታሕ
ት ፡ ፈተውራሪኦም ኢራ ሰፈሩ እቲ ግምጃንከን ናይ ራእሲ ሚካኤል ከአ ናብ ጕል
ጐል ጽልማ ተኺሉ ዝበዝሐ ናይቶም ዓበይቲ ከአ ናብ አረጊት ድባርዋ ነበሩ ዝተረፉ
ገንዲሐመድ ዝኾኑ ደገዝማትታት ተማቐሎም ንብሐማሴና ስጋብ ወሰን ስናር ብምዕ
ራብ ገጾም ዘመትዎን አጥፍእዎን ።

በቲ እዋን እቲ ወዲ ሕድረንኪኤል ዝዋንኦም ምስ ሐያሎ ፈተውቱ መራሕ መገዲ
ጐይኑ ሀገር የዝምት ነበረ ፡ ብድሕርዚ ራእሲ ሚካኤል ስሑል ንሀገረ ሐማሴን ስጋብ
ቶኰር ጠቕሊሎም ምስ ሐዝዎ ፡ ንወዲ ሕድሪንኪኤል መገዲ አብ ክንዲ ዝመርሐ
ሽመት ወይ ገንዘብ ዝደለኻዮ ተተምነ የልዎ ፡ ንሱ ከአ ጐይታይ ሽመት አበይ ክትመ
ልሱለይ የሎም ፡ ንሰም ድማ ሽመት ዓዱ ሂቦም ንዓዶም ተበገሱ ። ንወዲ ሕድሪንኪኤል
ከምዚ ኢሎም ሐለይሉ ፧

ወዲ ሕድሪንኪኤል ስኺፀባ ጤለ
ከመዓልካ ይብላኻ አዋልድ ደንገለ
አብ ርሒብ ዘማቲ አብ ፀቢብ ዓጋቲ
ከመዓልካ ይብላኻ ናይ ዓደቦኻ አንስቲ ።

ሰብ ሐማሴን ከአ ስሑል መጸ ምስ ሰምዑ ፍቕዳ በረኽኦም ፋሕ ኢሎም ሃደሙ ፡
በቲ እዋን እቲ ከንቲባ ቀለተ ወዲ ከንቲባ ገደደ ፡ ሀዘጋ ምስ ጐይትኦም ምስ ራእሲ
ሚካኤል መጹ ፡ ንሰም ከአ ንባሕረ ነጋሲ መራሕ መገዲ ክኾንዎም መጹ ፡ ከንቲባ ከአ
አብ ዓይኒ ራእሲ ምርኡይ ነብሩ እሞ ፡ ኋል ራእሲ ሚካኤል የእትዮም ንሚናበ ዘርአይ
ንኹሎም ደቂ አዳም ካብ ወረራ አድሐንዎም ።

አብ ባሕሪ ምስ ወረዱ በቲ ብዝሒ ሠራዊትን ፈረሰኛን ኩሉ ሰራዊተይ ንማይ
ባሕሪ ጮንጊዑ ክውድኦ ይኽእል እዩ ኢሎም ፈከሩ እሞ ፡ በዚ እተላዕለ ኋሎም ከም
ዚላ ገጠመትሎም ።

ሥድራ ቤትካ ደአ ከይጉዳእ
ሠራዊትካ ደአ ከይውዳእ
ቀላይ ባጽዕ ዶ ቀዲሕካ ይውዳእ ፡ የለቶም ።

ብድሕሪዚ አብ ገምገም ካርነሽም ኰይኖም ብመነፀር ጌሮም ንባሕሪ ገጾም ራእዮ ፡
ሽዑ ንከንቲባ ገደደ ንኺድ ዶ ንባሕሪ ክንዘምቶ የልዎም ፡ ሽዑ ሥድራ ከንቲባ አብኡ
ስለ ዝነበሩ ጐይታይ ሠራዊት ክንጠም ፡ እቲ ንደልዮ ግብሪ አገቢርና አሎና ንዓደም
ሐራና ደአ ንመለስ የልዎም ፡ ንሰም ከአ ሐቅኻ ኢኻ ነጋሪት መልስ ኢሎም
ንዓዶም ተበገሱ ። ከምዚ ገሮም ከንቲባ ቀለተ በዓል ሀዘጋ ንዓደቡኦም ካብ ዘመተ ንኹ
ሎም ሚናበ ዘርአይ አድሐንዎም ።

ራእሲ ሚካኤል ንባሕረ ነጋሲ በኹሩ አሰርዎም ።

ባሕረ ነጋሲ በኹሩ ከአ ብማዕዶ ፈሪሖም ካብ ፀዓዘጋ ሃዲሞም ነበሩ ፡ ናብ ሰፍአ
ባምብቆ ዝብሃል ዓዲ እንዳ ሐትንኦም በአ በአ ከይቀነዩ ንበረኻ ውሻጠ ዝብሃል ደረፉ ።



ካብ ተኸላ ሰራዬ ከአ እኒ ተኽሉ ሐባል ከምኡ ድማ ብዙሐት መኳንንቲ ናብ
ራእሲ ሚካኤል አተዉ ፡ ካብ ፀዓዘጋ ከአ እኒ ባሕረ ነጋሲ ዝወልዲ ወዲ ደጊያት ገብረ
ክርስቶስ ናብ ራእሲ አቲዮም ሽመት ተከለ ዓገባ ደልዮም ደገ ይጸንዑ ነበሩ ።

እዚ ወረ እዚ ምስ ሰምዑ ባሕረ ነጋሲ በኹሩ ካብቲ ዝነበርዎ በረኻ ተላዒሎም
ናብ ራእሲ ሚካኤል አተዉ ። ሽዑ እቶም ጸላእቶም ዓዲ ቢኢዳት ናብ ራእሲ ሚካ
ኤል ስሑል ንባሕሪ ነጋሲ በኹሩ ከሰስዎም ፡ በዚ ምኽንያትዚ እዚ ራእሲ ሐዞ ኢሎም
አሰርዎም ፡ ድሕር ግና ፈቲሕዎም ፡ ተፈቲሖም ግና ምስ ራእሲ አብ ቤተ መንግሥቲ
ሽውዓተ ዓመት ምስኦም ተቐመጡ ።

እቲ ሽመት ተከለ ዓገባ ንባሕረ ነጋሲ ዝወልዲ ንኹሉ ምሉእ ሐማሴን ሽምዎም ፡
ንሰም ምስ ሞቱ ግና ዓራት ናብ አቶ ገብረ ክርስቶስ ወዲ ባሕረ ነጋሲ በኹሩ ብፍቓድ
ራእሲ ሐለፈት ፡ ናብ ፀዓዘጋ ኰይኖም ድማ ገዝኡ ።

ካብ ሰብ ሀዘጋ ከአ በዚ ዘበን እዚ ሰብአይ ኋሎም ንራእሲ ሚካኤል ከንቲባ ቀለተ
ንሐማሴን ሰለስተ ዓመት ገዝኡ ይብልዎም ፡ ካልኦት ዛንታ ጸሐፍቲ ግና አይፋል ንመ
ረብ ምላሽ ድአሎም ጠቕሊሎም ዝገዝኡ ዝብሉ ይርከቡ ፡ ገለ ከአ ምኽዓው ቆሎ
ምላሽ ደአሉ ይብሉ ። ዝኾነ ይኹን ሽመት ሀዘጋ ካብ ከንቲባ ቀለተ ጀሚሩ እዩ ዝተላዕለ ።

ባሕረ ነጋሲ በኹሩ ተመልሱ ።

ብድሕሪ ሸውዓተ ዓመት ንጉሥ ምስ ራእሲ ሚካኤል ብገለ ነገር ምስ ተሐራረቑ ፡
ባህ ከይብሎም ንራእሲ ኢሎም ሽመት ምኽዓው ቆሎ ምላሽ ንባሕረ ነጋሲ በኹሩ
መለሱሎም ፡ ዓዶም አትዮም ተቐመጡ ፡ ራእሲ ሚካኤል'ውን ንባሕረ ነጋሲ በኹሩ
ተዓረቕዎም ፡ ብሰላም ከአ ስጋብ ብዙሕ እዋን ተቐመጡ ፡ እንተኾነ አይሰክሑን ።

ምዕራፍ ፳፮ ።

## ወለዶ ደቂ ሽሐይ ።

ደቂ ሽሐይ ከምቲ አብ ቅድም አብ ወለዶ ምልጋእ ተጠቒሱ ዘሎ ፡ ምልጋእ ንጋን
ዛይዝጊ ወለደ ፡ ጋንዛይዝጊ ንቶምቦሳ ወለደ ፡ ቶምቦሳ ንጋንዛይ ምራራ ወለደ ፡ ጋንዛይ
ምራራ ንተፋደ ወለደ ፡ ተፋደ ንተስፋው ወለደ ፡ ተስፋው ንዳግማዊ ተፋደ ወለደ ፡
ዳግማዊ ተፋደ ንሽሐይ ወለደ ፡ ሽሐይ ነ፬ተ ወለደ ፡ ሽሞም ኋእ ከምዚ ዝስዕብ ንገልጽ
አሎና ፡ ፩ይ ንብዙሕ ሐደርን — ፪ይ ንሽሐቖን — ፫ይ ንፍርያን — ፬ይ ንብርሃኑን
ከምዚሎም ፬ተ ደቂ ሽሐይ ተባሂሎም ይጽውዑ አለዉ ።

ካብዚኦም እቲ ራብዓይ በኹሪ ቤት ብዙሕ ሐደር እተባህለ ንሱ ፩ይ ንመንከሳይን
፪ይ ንጽጊትን ን፪ተ ወለደ ፡ ካብዚኦም መንከሳይ ዝፈረዮም አብ ማእከል ከብዲ
ዓዲ ደቂ ሽሐይ አለዉ ፡ ጽጊት ዝፈረዮም ከአ ገሊኦም አብ ብሌን አለዉ ፧ ገሊኦም
ከአ አብ ማእከል ደቂ ሽሐይ ምስ ደቂ ሐወቡኦም አለዉ ።

፪ይ ሽሐቖ ዝፈረዮም ከምዘለዉ አብ ደቂ ሽሐይ አለዉ፣ ምስ ደቂ ሐወቡኣም ተሐዊሾም ገዛ ሽሐቖ ይበሃሉ ።

፫ይ ፍርያ ከአ ፩ይ ንሰረቀ — ፪ይ ንሰመረ — ፫ይ ንሐንገለን — ፬ይ ንደሞታይን ከምዚሎም ፬ተ ደቂ ፍርያይ ይበሃሉ፡ ካብዚኦም ሰረቀ ንተ`ኽሎም ወለደ፡ ተ`ኽሎም ከአ ንሐሰማ ወለደ፣ ሐሰማ ከአ ፩ይ ንሕድሪትን — ፪ይ ነውዓሎምን ወለደ፣ ክልቲኦም የሕዋት ደቂ ሐሰማ ዝፈረይዎም አብ ከብዲ ዓዲ አለዉ ።

፪ይ ሰመረ ከአ ንተስፋላሰ ወለደ፣ ተስፋላሰ ከአ ዝፈረዮም አብ ደቂ ሽሐይ አለዉ ።

፫ይ ሐንገላይ ዝፈረዮም አብ ማእከል ደቂ ሽሐይ አለዉ ።

፬ይ ደሞታይ ዝፈረዮም ደቂ ተባዕትዮ የብሉን፣ አዋልድ እየን ።

## ዘ ር ኢ ብ ር ሃ ኑ ።

ብርሃኑ ዝፈረዮም ከምዘለዉ አስላም ዓናግር እዮም፣ ደቂ ብርሃኑ ይበሃሉ፣ አብ ዘለዉ አሊዮም አቦታት ምልእ ።

ምልጋን አድከመን ማናቱ የሕዋት እዮም፣ አቡኦም ከአ አካለጽዮን ይብሃል ነበረ ኣካለጽዮን ወዲ አስተናአድ፣ አስተናአድ ከአ ወዲ ሰብ ከም ዓንቋ፣ ሰብ ከም ዓንቋ ወዲ እልፌ ድም፣ እልፌ ድም ከአ ወዲ ሰርቢ ድም፣ ሰርቢ ድም ከአ ወዲ ጅርገደላ፣ ጅርገደላ ከአ ወዲ አንበሳጅር፣ አንበሳጅር ከአ ወዲ መራሬ ገብረ ማርያም፣ መራሬ ገብረ ማርያም ከአ ወዲ ሀፀይ ይትባረክ፣ ሀፀይ ይትባረክ ከአ ወዲ ሀፀይ ላሊበላ፣ ሀፀይ ላሊበላ ከአ ወዲ ቀዳማይ መራሬ ገብረ ማርያም፣ ቀዳማይ ገብረ ማርያም ከአ ወዲ ጃንሥዩም (ዛን)፣ ጃን ሥዩም ከአ ወዲ መራሬ ተ`ኽለ ሃይማኖት፣ መራሬ ተ`ኽለ ሃይማኖት ከአ ወዲ መራ ገብረክርቶስ፣ መራ ገብረክርቶስ ከአ ወዲ አቤቶ ታዴዎስ፣ ኣቤቶ ታዴዎስ ከአ ወዲ አቤቶ ፊሊጶስ፣ አቤቶ ፊሊጶስ ከአ ወዲ አቤቶ ወልደ ጊዮርጊስ፣ አቤቶ ወልደጊዮርጊስ ከአ ወዲ ይትራሃም፣ ይትራሃም ከአ ወዲ ቀለምሲን እዩ።

ካብዚ ንላዕሊ ዘሎ ስጋብ ንጉሠ ዳዊት ንጉሥ እስራኤል ብቓል ጌሮም ይቖርሕ ዎም፣ አብ ጥንታዊ መጻሕፍቲ ሽማቶም በብሐደ ዝፈሊ ካብ ቀለምሲን ንላዕሊ አይረኸብ ናን፤ ስለዚ እዚ አብ ላዕሊ ጠቒስናዮ ዘሎና ወለዶ፣ ምስ ናይ ዓበይቲ ላስታን ምስቶም ደረስትን እተሰማምዔ እዩ ።

## ወ ለ ዶ ደ ቂ ታ ር ቀ ።

እዞም አብዚ ምድሪ'ዚ ዝርከቡ ደቂ ታርቀ በቲ ቀዳማይ ዘርኦም ካብ ነገደ ይሁዳ ካብ አዱል ወዲ ይትርሃም ወዲ ዳዊት ንጉሥ እዮም ምስ ደቂ አንበሣ ጅርን ደቂ ጅራተ ቀጭንን እዮም ቊጽሮም ሕጅ ግና አቦታቶም ካብዚ ንታህቲ ንገልጽ አሎና ።

ታርቀ ወዲ ሕብቶይ፣ ሕብቶይ ወዲ ሊበዮ፣ ሊበዮ ወዲ ርእየ ፍፁም፣ ርእየ ፍፁም፣ ወዲ አብርሃም ቀሲስ፣ አብርሃም ቀሲስ ከዓ ወዲ ቀዳማይ ሐርበይ፣ ቀዳማይ ሐርበይ ወዲ ጃን ሥዩም እዩ፣ ጃን ሥዩም ከዓ ወዲ መራ ተክለ ሃይማኖት እዩ፣ ካብኡ ንላዕሊ ዘሎ አብዚ መጽሐፍ'ዚ አብ ቅድም ተጠቒሱሎ ።



ታርቀ ፈለማ ምስ የሕዋቱ አብ ጽልማ ምስድርኡ ብዙሕ እዋን ይቕመጡ ነበሩ፣ አብዛ ሕጅ ሐልሐለ ትበሀል ስፍራ አብታ ጥቕእ ዘለዋ ዑናታት አብአ ቤተ ክርስቲያን እንዳ ሚኪኤል ነበረት አብታ ጥቓ ቤተ ክርስቲያን ካቶሊክ ዘላ ሕጂ፣ ከምኡ ከዓ አብ ገቦ ዓዲ መጐስ ከዓ አብ ላዕሊ ስጋብ ሕጅ ዑናታት ዘሎ አብኡ ሐደ ቤተ ክርስቲያን ነበሮም ካብኡ ሰቦምን ማሎምን ከሀናቶምን ንኩሉ ታቦታቶም አኪቦም ንምድሪ ሐልሐለ በጐስ ወሪዶም ተቀመጡ ቅድም አብ ጐልጐል ሐልሐለን ዓዲ በጐስ ጥቓ ጣላን ምቅማጦም ስለ ዝነበረ፣ በዚ ምክንያት'ዚ እቲ ሽም ናብቲ ጉዓዞም ዝአተወሉ ዓዲ በቲ ናይ ፈለማ ዝነበርዎ ሐልሐለ በጐስ ኢሎም ሰመይዎ ይበሀል ።

ክ`ኽዱ ከለዉ ዝወሰድዎ ፩ ሚካኤል — ፪ ገርጊስ — ፫ ስላሴ — ፬ ዓርባእቱ እንስሳ ፭ ማርያም ከምዚ ጌሮም ፭ ታቦታቶምን ካህናቶምን ሐጆም አተዉ ካብዚኦም ታቦት ሚኪኤል አብ ማእ`ኽል ከረን ተ`ኽሉ ታቦት ማርያም ናብ ደብረ ሲና ታቦተ ስላሴ ናብ ደብረ ፃዕዳ እምባ ተከሉ ፬ተ እንስሳ ከዓ ናብ ጉሽ ዓንሰባ ሰርሑ፣ ታቦተ ጊዮርጊስ አብ መጋርሕን ሽርከን አሎ እሞ አቦታቶም ቀደም ፀላእቲ ክልዓልዎም ከለዉ ታቦተ ጊዮርጊስ ሕጆም ኩናት ገጢሞም ንፀላእቶም አልቦ ሐመድ አልሐስዎም ይበሀል ።

ደቂ ታርቀ ዘለውዎ ዓድታት አብ ሐሙ`ሽተ ተመዲቡ ይጽዋዕ ። ፩ ዓዲ ዒደከል ፪ ዓዲ ዘማት — ፫ ዓድ ሐደምበስ — ፬ ዓዲ ገብሩ ሠለሙን — ፭ ዓዲ ገብሩ አስጐዶም ከምዚሎም ፭ መደብ ሹም ታርቄ ይብሀሉ፣ በሐደ ምስሌኔ ናይ ገዛእ ርእሶም ዘለዎም ስጋብ አርብዓ ሺሕ ዝግመት ሕዝቢ ቢሌን አለዉ፣ ከምኡ ከዓ ካብአቶም ዝወፁ ካብ ክልእ ዓድታት ፋሕ ዝበሉ አለውዎም ቋንቋኦምን ባሀሊ አቦታቶም ከይሐደጉ ስጋብ ሎሚ በቲ ናይ ፍላይ ገዛእ ርእሶም ቋንቋ ይጥቀምሉ አለዉ ።

እቶም ዝተረፉ አብ ላስታ ዘለዉ ካብ ዓሌት መራ ተክለ ሃይማኖት ዘለዎም ኮነ ወይም እቶም ዓሌቶም ኮነ አብቲ አውራጃ ላስታ ዝርከቡ ብቛንቛ አገው ስጋብ ሎሚ ይዛረቡ እቶም ክልአት የሕዋቶም ከምኦም በቢ እዋኑ ካብ ዓዶም ዝወፁ ከምኒ አድከመ ምልጋእ ከምኒ ደቂ ወረደ ምሐረት ከምኒ ሊባን ኩሎም እቲ ናይ ፍላይ ቛንቛኦም ዘረባ አገው ወይ ከአ ብሌን አጥፊኦም ኩላቶም ብትግርኛ እዮም ዝዛረቡ እቶም ዝበዝሑ የሕዋቶም አብ አውራጃ ላስታን አብ አውራጃ ሰቆጣን፤ ተዘርጊሖም ዘለዉ ሕዝቢ ስጋብ ሎም ከምቲ አብ ላዕሊ ዝበልናዮ ናይ ገዛእ ርእሶም ብፍሉይ ቛንቋ አገዊኛ ሒዞም አለዉ ።

## ደ ቂ ታ ር ቀ ።

ታርቀ ዝፈረዮም ደቁ ከምዚ ዝስዕብ ንገልጽ አሎና ፩ ንለመጨሊን — ፪ ንሐዳን ፫ ንብገዳይን — ፬ ንሳቲፍን — ፭ ንገብሩን — ፮ ንደብሩን ከምዚሎም ፮ ደቂ ታርቀ እዮም ዝበሀሉ ።

ካብዚኦም ለመጨሊ፣ ፩ ንአዲግን — ፪ ንከፈላን — ፫ ንአድከማን ወለደ፣ እዚአቶም ዝፈረይዎም አብ ምሉእ ብሌን ደቂ ለመጨሊ ተባሂሎም ብሐበራ ይጽውዑ አለዉ።

ደቂ ሐዳ ወዲ ታርቀ ፡ ፩ ንሣዕሪ እምባን — ፪ ንአፍርሆምን — ፫ ንተስፋኤን ፬ ንዕቁብኤን — ፭ ንብርሃን ወለደ ፡ ከምዚሎም ደቂ ሐዳ እዮም ዝበሀሉ ።

ደቂ ብገዳይ ፡ ንአቶሹምን ንዓንደ ሃይማኖትን ንፍካክን ወለደ ፡ ካብዚኦም ፍካክ ንሠመራን ንዕቊበጽዮን ንሐብተጽዮንን ወለደ ፡ ካብዚኦም ከዓ ሠመራ ንዓንደ ሥላስን ንሕንሹምን ንኂርተማን ወለደ ፡ እዚኦም ዝፈረይዎም ዓብ ዓዝማት ምሉእ በርከት አለዉ።

ደቂ ገብሩ ወዲ ታርቀ ፡ ገብሩ ንሰለሙን ንስጐዶም ንመን ገዳይን ከምዚሎም ፫ ደቂ ገብሩ ይበሀሉ ።

ካብዚኦም ሰለሙን ፡ ንዛይድ ወለደ ፡ ዛይድ ከዓ ንዳግማዊ ሠለሙን ወለደ ፡ ዳግማዊ ሰለሙን ከዓ ንዳግማዊ ዛይድን ንግርማይን ወለደ ፡ ካብዚኦም ዛይድ ንሐርበይን ንአፍደዩምን ንበሐይላይን ወለደ ።

ደቂ ግርማይ ፡ ግርማይ ንረጢ ወለደ ፡ ረጢ ዝፈረዮም ከዓ ምስ ኩሎም ደቂ ሐወቱኦም ብሐደሽም ደቂ ገብሩ ተባሂሎም ብገዝኦም ይጽውዑ ።

ደቂ አስጐዶም ፡ ንገብራይን - ንሕድሪንኪኤልን - ንፍሬን ንግምላልዑን ወለደ ፡ ካብዚኦም ግምላልዑል ንጉጉይን - ንዓቦይን ወለደ ፡ ካብዚኦም ጉጉይ ንዘርኢትን - ንኖርን ንዕሬትን ወለደ ዓቦይ ወዲ ግምላልዑል ንኽፍል ማርያም ወለደ ፡ ክፍል ማርያም ከዓ ንአቢብን - ንሠመረ ልዑልን - ንነብረጼንን ወለደ ፡ እዚአቶም ዝፈረይዎም ደቂ ገብሩ ወዲ ታርቀ ይበሀሉ ።

ደቂ ሣቲፍ ወዲ ታርቂ ፡ ሣቲፍ ዝብሀል ዝነበረ ሐድጊ የብሉን ፀኒቱ እዩ ። ደቂ ገብሩ ወዲ ታርቆ ዝፈረዮም አብ እግርባ ምሉእ ወዲ በርከት አለዉ ። ደቂ ሣዕሪ እምባ ወዲ ታርቀ ፡ ንሱ ንሠመራ ወለደ፡ ሠመራ ዝፈረዮም አብ በጉ ዝበሀል ወረዳ አለዉ ።

ደቂ ሐዳ ወዲ ታርቀ፡ ንሱ ሐዳ ንአፍርሆምን - ንመሐርን - ንአቶሹምን - ንሕንሹምን ንጋሞይን ወለደ ፡ ካብዚኦም ምሐሪ ንሕያቡን ነርዓዶምን ወለደ ፡ ካብዚኦም ዓርዓዶም ንሕብቶይ ወለደ ፡ ሕብቶይ ከዓ ንዕቑብ ክርስቶስን ንዕቊቤሰን ወለደ ፡ ካብዚአቶም ከዓ እቲ ሐደ ዕቑብ ክርስቶስ ንሐይሊንኪኤልን ንዓንድኪኤልን ወለደ ፡ ካብዚአቶም ዓንድኪኤል ሐድጊ የብሉን ፀኒቱ እዩ፡ ሐይሊንኪኤል ግና ነርዓዶም ወለደ አርዓዶም ከዓ ንኢዶከልን ንዘማትን ን፪ ወለደ እዚአቶም ፪ቲኦም የሕዋት ዝፈረይዎም እዚዮም ዘሎሐት እዩም ናብ ክልተ ክፍሊ ሐገር ተከፋሎም በብ ሽም አቡኦም ኢዶከልን አብ ዘማትን ተባሂሎም ይጽውዑ አለዉ ። እቲ ሳልሳይ ሐዎም አይረስዕ ዝበሀል ንእሽቶ ሐዎም ንበዓል አብዘማት ንሱ ገና በጽሒ ከሎ ስለ ዝሞተ ሐድጊ የብሉን ፀኒቱ እዩ ።

ደቂ ዕቁበየስ ፡ ወዲ ሀብቶይ ንማልክን - ንበሐይላይን - ንመሐሪን ን፫ ወለደ ፡ ካብዚኦም ማልክ - ንሐደምበስን - ንአቶ አምበሰን - ንአድከመን ወለደ፡ ካብዚአቶም ብሐይላይ ወዲ ዕቁበየስ ንዘምኪኤልን - ንገቢልን - ንዳይርን ወለደ ፡ እዚአቶም ዝፈረይዎም አብ ... አለዉ. አልዮም በሐደሽም በቲ ቀንዲ መፀዊዕኦም ቤት ሐደምበስ ተባሂሎም ይጽውዑ።



ደቂ መሐሪ ፡ መሐሪ ንዮሃንስ ወለደ ዮሃንስ ዝፈረዮም ድማ ምስ ደቂ ሐደምበስ አለዉ ። ዘርኢ ተሸሞ ፡ ተሸም ንፈዛፅን ንስምዖንን ነሰክሕን ንሣሙኤልን ንአይሰክሕን ወለደ ፡ ከምዚሎም ደቀ ተሸም ይበሀሉ እዚኦም ዝፈረይዎም አብ ዓድ ዘማት አለዉ ።

ዘርኢ ሕንሽም ፡ ሕንሽም ነፍርሐም ወለደ አፍርሐም ንጐድሎም ወለደ ፡ ጐድሎም ዝፈረዮም አብ ዓዲ ሐደምበስ አለዉ ።

ዘርኢ ጉመይ ፡ ጉመይ ወድ አፍርሐም ንጊማይ - ንፍካከ - ንደባሳይ ወለደ ፡ እዚኦም ዝፈረይዎም አብ ዓዲ ሐደምበስ አለዉ፡ ከምዚሎም አብ ዘለዉ አልዮም ደቂ አፍርሐም ወዲ ሐደ ይበሃሉ ።

ዘርኢ ተስፍኤን ወዲ ሐዳ ፡ ንተስፍኤን — ንሀዝበይን — ንዕጉብን — ንሐንኪልን ወለደ ፡ ካብዚኦም ሀዝበይ — ንዕጉብ — ንተስፋጊየርጊሽ — ንሽቦትን ወለደ ፡ ካብዚኦም ድማ ተስፋጊየርጊሽ ዝፈረዮም አብ መጋርሕ ዓድሰኹነይቲ አለዉ ።

ዘርኢ ሽቦት ፡ ሽቦት ንገረድን — ንደምዕን — ንጨዋናይን — ንጋርአልበን ወለደ፡ ከምዚሎም ደቂ ሽቦት ይበሃሉ ፡ ካብዚኦም ገረድ ንአቶሽምን — ንሕዝባይን — ንጋሕርን ወለደ፡ ካብዚኦም አቶሽም ወድ ገረድ — ንዕጇልን — ንሽቦትን — ንኢድሪስን ንሐሸልን — ንዕቴልን ወለደ፡ እዚኦም ኩሎም ዝፈረይዎም አብ ስኹነይቶ አለዉ ። ሀዝባይ ወድ ገረድ — ንአብርሄ — ንጋሮ — ንይስሃቅ — ንፍካከ — ንኑረዲን ወለደ ፡ አብርሄ ንዴገና — ንዓጅጅን — ንሀዳድን — ንሙሳን ወለደ ፡ ካብዚኦም ሙሳን ዓጅጅን ሐድግ ዘይብሎም ፀነቱ፡ ዴጌናይ ድማ ንሠመረልዑልን — ንተስፋልዑልን — ንጌርጊሽን — ንዑቕብጌርጊሽን ወለደ ።

ካብዚኦም ሠመረልዑል ንገሸሞን - ንጭመርን — ንኻልአይ ዴጌናይን ወለደ ፡ ካልአይ ዴጌናይ ሐድጊ ዘይብሉ ፀነተ ፡ ተስፋልዑል ግና ንብእምነት ወለደ ፡ ብእምነት ድማ ንደምሳስን — ንደርማስን — ወለደ ፡ ካብዚኦም ደምሳስ ሐድጊ ዘይብሉ ፀነተ ፡ ደርማስ ንመንደርን — ንተስፋልዑልን ንእድሪስን — ንገብረየስን — ንፍካክን ወለደ ፡ ካብዚኦም እድሪስን ተስፋልዑልን ሐድጊ ዘይብሎም ጠፍኡ ፡ መንደር ግና ንብእምነት ወለደ ፡ እዚአቶም ዝፈረይዎም አብ ስኹነይቲ አለዉ ።

## ወለዶ ደቂ ሚና ።

እዘም ደቂ ሚና አብዚ ምድሪ አከለ ጉዛይ ዘለዉ በቲ ጥንቲ መሠረተ ወለዶኦም ከምዚ ዝስዕብ እዩ ፡ ዝመጽዎ ናብዚ ብዘበን ሐፀይ ዓምደ ጽዮን አዝማች ስብሐቱ ካብ ጉራዕ ክተት ሠራዊት ውቓዕ ነጋሪት ኢሎም ስጋብ ባምቡላ ትግራይ ምላሽ ድኹኖ ፈሳሽ እዩ ዝነበረ ግዝአቶም ምሠራዊቶም ንደቡብ ኢትዮጵያ ክኸዱ ከለዉ ማእለያ ዘይብሉ ሕዝቢ ንቖኑቖ ኢሉ ክደ ነዚ አግፈሐ ዝገልጽ ናይ ሐፀይ ዓምደ ጽዮን ታሪኽ ነገሥቶም ይነግር ።

ብዛዕባ አማጽአ ሚና ክስሚ ድሕሪ ሠለስተ ዓመት አዝማች ስብሐቱ በዚ ሰሚን ኢትዮጵያ በቲ እዋን እቲ ጸላኢ የፍርሕን ዕግርግር በዚሑ ስለ ዝነበረ ፡ ጭዋ ዝበሃሉ

ቁርበን ዝበሃሉ አበዛ ዝበሃሉ ዝርቤኖት ዝበሃሉ ሚና ዝበሃሉ በብኽፍሊ. ሐለቓአም ክከላኸሉ ንጸላኢ ኢሎም በዚ ምኽንያት እዚ እዮም ዝመጹ ። ካብዚአም ጭዋ ዝበሃሉ አብ ዘለዉ አላዮም ራእሲ ናዝዋ ዝዋንአም ናብ ሰምበል ሰፈሩ፣ ብዛዕባ ጭዋ ዝሐዝዎ ዓድታትን አማጻጽአአምን ዛንትአምን ዝነግር አብዚ መጽሐፍ እዚ አብ ምዕራፍ ፳፮ ረኤ ።

ብዛዕባ አበዛ ዮሐንስ ከዓ ዝሐዝዎ ዓድን ተረስትዎን ዝገልጽ አብ ምዕራፍ ፳፮ ተመልከት ዝርቤኖት ግን ብዓሌት ርግጽ ካብ ሚናብ እዮም፣ ግን ዝመጽዎ ካብ መደባይ ወለል ብሐፀይ ገብረ መስቀል ካህናት እናኾኑ እዮም ናብ ምድሪ ፋሕ ኢሎም ዘለዉ።

ስለዚ ቅድሚ ጭዋ እዮም ናብዚ መረብ ምላሽ ዝመጹ፣ ደቂ መርሀ ጽዮን ይበሃሉ ብዛዕበአም አጸቢቑ ዝገልጽ ብፍላይ ደቂ በለው ዝብል አርእስቲ ዘለዎ አብ ምዕራፍ ፳፮ ረኤ፣ ሕጅ ግና ብዛዕባ ደቂ ሚና ዘለውዎ ዓድታትን አማቓቕልአምን ክንሰሚ ሚና በቲ መሠረት ወለድኡ ካብ ሚናብ ወይ ከዓ ብንያም ወዲ ያዕቆብ እዩ ። እዚ ሚና እዚ ካብ ደምብያ ናብ ትግራይ መጺአም አቦታቱ አብ ዛና ጥቓ ሽሬ ነበሩ፣ ካብኡ ሠራዊት ንጉሥ ኰይኑ ከምዚ አብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮ መጺኡ ካብቶም ሠራዊት ተፈልዩ ካብ ሐንቲ አስላመይቲ ንጋዓስን ንደስምን ወለደ፣ ነዚአም ንፀአም ምስ ወለደ ብጕበዙ ገና በዕሒ ከሎ ሞተ ።

ደቂ ግና ብመንፋዓቶም አዚዮም እተፈልጡ ኾኑ፣ ስጋብ ዘመተ ትንትግ ምስ ንጉሥ ይኽተሉ ነበሩ ይበሃል ፡ ካብዚአም እቲ በኵሪ ቤት ገዓስ ነስምዔ ንበይኑ እዩ ዝወለደ፣ አስመዔ ከዓ ን፯ ወዲ ወለደ፣ ሽሞም ከዓ ከምዚ ዚስዕብ እዩ ። ፩ ንፈጋሻን ፪ ንስሊማን ጋሻን - ፫ ንሹም ደኪዳንግሻን - ፬ ንዓሣወፈጋሻን - ፭ ንሕመድጋሻን ፮ ንሐርጋሻን - ፯ ንሹም ምዔ ጋሻን እዚአም ፯ አወዳት ከምዚሎም ደቂ ስምዔ ይበሃሉ። እቲ ሐውብአም ንእሽቶ ምንእስ አስመዔ ገሠም ዝበሃል ንሱ ንደበና ወለደ፣ ደበና ከዓ ከም ሐው ፮ አወዳት ወለደ፣ ሽሞም ከዓ ከምዚ ዝስዕብ እዩ ። ፩ ንዘይላዩ - ፪ ንዓብደላ ሐረኽ - ፫ ንሱብኹም - ፬ ንእንዳናፍዕ - ፭ ንዓሳቡራን - ፮ ንኡንደሹን ከምዚሎም ፮ተ ደቂ ገዓሠም ተባሂሎም ይጽውዑ ከምዚሎም ፲፫ ገዛ የሕዋት በሐበራ ደቂ ሚና ፈረዩ ይበሃሉ ።

ሚና ፈረ ባህለት ሚናብ ዝፈረዮም ማለት እዮም፣ ዝቕመጥዎን ዝሐዝዎን ዓዲ ብምብራቕ ፀሐይ ብዙላ ጌሩ ስጋብ ዝባን ዓዲ ቐይሕ ስጋብ ሰንዓፈ ከምኡ ኢሎም ወቐት ሐረ እዮም ዝጽውዑ ከምዚሎም ፲፫ተ ደቂ ሚና ፈረ በርከት በዚሐም አለዉ ።

## ወለዶ ደቂ አብርሆም ።

እዚ አብርሆም እዚ ዓሌቱ ካብ ሌዊ እዩ ዝመጸ ብዘበን ደጊያት ክፍለ ዋሀድ እዩ ካብ ተምቤን ካብ ዓዱ ቀሺ ኰይኑ እዩ ዝመጸ ንሱ ቀሺ አብርሃም ንሐደ ንፍቓድ ሐረኽ ዝበሃል ንሐደ ንበይኑ እዩ ዝወለደ ንሱ ፍቓድ ሐረኽ ከዓ ዘርኡ ስጋብ ሎሚ አብ ዘለዉ አልዮም ደቂ ቀሺ አብርሆም ይበሀሉ ግን ብጊዜ ብዝሐት ናብ እስላም ሃይ



ማኖት አትዮም ሕጅ ንሳቶም ካብ ተምቤን ዝመፃና ደቂ ቀሺ አብርሆም ኢና ይብሉ ከምኡ ከዓ ምስአም ዝቼፀሩ አብ ታሕታይ ወለደ ዝራኸቡ መኻፍልቲ መሬቶም ሐ ይትዓረን ሒላጣ ቁም ተዓረን ዝበሃሉ ክልተ ማይበት ምስ ደቂ አብርሆም በሐንሳ ተሐዋውሾም ከም ሐደ ዓሌት ኰይኖም ይቼፀሩ፣ መጸዊኢአም ደቂ ፍቓድ ሐረኽ ወ ከዓ ደቂ አብርሆም ይበሃሉ፣ እቲ ዘለውዎ መሬት ከዓ አብ ማእኸል አከለ ጉዛይ እዮ ዓሣውርታ እዮም ዝጽውዑ፣ ገለ ከዓ ዛንታ ጸሐፍቲ እዚ ቀሺ አብርሆም እዚ ካብ ዝበሃል አብ ትግራይ ናዕዴር ዘለዉ ደቂ ሀርበይ የሕዋት ሊብንን ዓዲ ሐርበን ጽልማ ካብአም እዩ ዝውለድ ዝብሉ'ውን አለዉ እንተኾነ ንዝስዕብ ጊዜ አፃሪናን አማሳኺ ናን ስጋብ ዝጸሐፍ ንእዋኑ ዛንታ ደቂ ቀሺ አብርሆም ብዚ ከምዚ ንዓፁ አሎና ።

## ወለዶ መስፍንቶ ።

እዞም መስፍንቶ ዝበሃሉ ካብቲ መሠረት ወለዶአም ካብ ነገደ ሳባ ካብ ዘርኢ ሚ ዊያን ዝወረዱ ዓሌት እዮም፣ መስፍንቶ አቦ አጋቦስ ቅድሚ ንግሥተ አዜብ ዕሥራ ክልተን ወለደ፣ ንላዕሊ ብአድሐና ንግሥት ጊዜ እዩ ዝነበረ ነዚ ዛንታ እዚ አግፌሑ አማዕቢሉን ዝገልጽ አብዚ መጸሐፍ አብ ምዕራፍ ረኤ ።

እዚ አጋቦስ እዚ ከምቲ አብ ላዕሊ ጠቐስናዮ ዘሎና ንሱ እዩ ነቲ አብ መደባ ዝነበረ ገበል በሐዊ ጌሩ ዝቐተሎ፣ ገዛ ከዓ አብ እምባ ደርሆ ዘለዉ. አጋቦስ እዮም ደሐር ግና እዞም ሕጅ ነገደ ዛጌ ዝበሃሉ አብ ቕድም አልዒልናዮም ዘሎና ብቀዳማ ምኒልክ ጊዜ ካብ እስራኤል ፈለማ ምስ መጹ አቦታቶም ንበዓል መራ ተኸለ ሃይማ ኖት ደቂ ይትራሃም አብ መስፍንቶ ስጋብ ምላድ ክርስቶስ ግዜ ደቂ ደቆም አብኡ ነበሩ

ደሐር ግና ካብኡ ለቐቕም አብ ባሕሪን ገለ ከዓ አቐዲሞም ናብ ላስታ ከዱ፣ ገለ አም ከዓ በብቐሩብ ንማእከል ኢትዮጵያ አተው ።

አብዚ ምድሪ'ዚ ዘለዉ ካብ መስፍንቶ ዝወጹ እኒ ዓሸሮ'ኸይ እኒ ፀፀራት ደብሪ ገለ አብ ዓፃንፋ እኒ ደብረ ሲና ቆላ ከምኡ ሐሐሊፎም ፋሕ ኢሎም አለዉ ።

## ምዕራፍ ፴፯ ።

## ዘርኢ ዓብደላ ሰንዓ ።

ዓብደላ ሰንዓ ወዲ መሐመድ ይበሃል፣ እዚ መሐመድ እዚ ከዓ ዓሌቱ ካብ ቆረሽ ዓዲ ዓረብ ዝውለድ እዩ ካብ ዓሌት መሐመድ ካብ ኻሉ ካብ ፋጥማ ዘርኢ ዝወረደ ስጋብ ዓብደላ ሰንዓ ፴፫ ወለዶ ጌሮም ይቖርሕዎም አብ ናቶም ዛንታ ብዓረብኛ ብታርታ ደቆም ደቂ ደቆም ተጽሒፎም አለዉ፣ አማጽእ ዓብደላ ሰንዓ ።

ዓብደላ ሰንዓ ብ፩ ሺሕን ፫፻፺ ዓ-ም ብዘበን ሐፀይ ዳዊት ካብ ሰንዓ ካብ ከተማ የመን ዝመፀሉ ምኽንያት ምስቶም ደቂ የመን ብገለ ነገር ተሐራሪቑ ንኹሎም ስድርኡ

እኺ.ቡ ብዕራይ ዕዒ.ኑ ተበገሠ፤ ደሐር ብጀልባ ተሳፊሩ ናብ ምጽዋዕ አቶ፤ ካብኡ ተል ዒሉ ምስ አርባዕተ ደቁ ንዝባን አከለ ጉዛይ በቲ እዋንቲ ሀገረ ቡር እዩ ዝበሃል ዝነበረ ቅድሚ አከለ ጉዛይ ተባሂሉ ምጽውዑ ይብል ናብ ናይ ፕሮፌሰር ተአምራት ዐናታት ጽሑፍ፤ ናብዛ ሕጂ አብ ከስከሰ ትርከብ እምባ ዓረብ ታሬኻ ትበሃል ዘላ ፍራስ ዘለዋ ዓብደላ አብአ ቤት ሠሪሑ ብዙሕ እዋን ምስድርኡ አብአ ይቕመጥ ነበረ፤ ደቁ ከዓ ሽሞም ከምዚ ዝስዕብ እዩ ። ፩ ሙሳ — ፪ ዓብደርሒ.ማን — ፫ ዮሱፍ — ፬ መሐመድ — ፭ ፈጥማ ነዚ.ኦም ፭ቲኦም ሒ.ዙ ካብታ ዝቕመጡላ ዝነበሩ ዝባን ካብአ ወሪዶም ናብዛ ሕጂ ፀግዒ እምባ ዘላ ዓዲ ንምብራቕ ፀሐይ ዝርኢ ናብኡ አባይቲ ሠሪሖም ዓዲ ጌሮም ተቐመጡ ።

በዚ እዋን እዚ ሀፀይ ዳዊት ካብ ዓደምሐራ ካብ ኤረር መፂ.ኦም ንምድሪ ግብጺ ክሐልፉ ከለዉ ናብ መቐርካ ዓንሰባ ቑሩብ እዋን ጸኒሖም ናይ ሕዝቦም ኵነታት ክገብሩ ቀኒዮም ነአቡነ መርቆሪዎስ ዝበሃሉ ሐደ ዓቢ ቆሞስ ነበሩ እሞ ንሶም በዓል ብዙሕ ተአምራት ኔሮም ሀፀይ ዳዊት ጸዊኦም አብ መቐርካ ብዙሕ ጉልቲ ጕለትዎም ረሰትዎምን ይብል ሐድ ሐደ ዛንታ ።

በዚ እዋንዚ ሙሳ ወዲ ዓብደላ ሰንዓ ብዙሕ ሀያብ ካብ ባሕሪ ዝመጸ ጁ.ኽ ግብረ መርፍእ በብዓይነቱ ንንጉሥ ዝበቅዕ አቕረበሎም እታ ሐብቱ ፋጥማ ከዓ አዚ.ያ ጽብቕቲ ብመልክዓ ሕርይቲ ነበረት'ሞ ክርስትና አልዒ.ሎም ወለተ ጽዮን (ናርዶስ) ቢ.ሎም ወሰድዋ ።

ሙሳ ከዓ ብዙሕ እዋን ጊላ ንጉሥ ኰይኑ አብ ብዙሕ ዘመተ እናኸደ ብፍቓድ ንጉሥ ምስ ስልዓዲ.ን ዕግርግር ብዝገበረሉ ጊዜ ንሱ ሙሳ ባዓል ዓወት ዘለዎ መዓልቲ ውዒሉ ከምኡ'ውን አብ ሎጓሀይቂን አብ ዓርጐብ ኵናት ውዒሉ በዚ ምኽንያት እዚ ንሐብቱ ንወለተ ጽዮን አብ ሠፈር ንጉሥ ጸዊዖም ፵፬ ጉልቲ ንዓኺ.ን ንዓሌትክን ይብ ጻሕኺ. ኢ.ሎም በዚ እዋን እዚ ከዓ አብ ጉንደ ጉንዲ ዝበሃል ማርያም አብ ጸጋመ ዝርከብ ዝተኸብረ ገዳም ተሠሪሑ ተገደመ፤ እታ ጓል ዓብደላ ሰንዓ ዝሐዘቶ ጉልቲ እኒ ዓደጣል ሽመዛና እኒ ፊያያሻ እኒ መገዲ ዕርፌ እኒ በፈቓያ እኒ ሕንጥሎ እኒ ጉበ እኒ ማይ ጉሊ. እኒ ዓዲ ዋጠቅ እኒ በራቒት እኒ ዓዲ ጉልቲ ሽመዛና እኒ ብሐት ከምኡ ውን ንግዜኡ ዘይተጻሕፈ አብዚ አብ ካልእ ኔርዋ ይበሃል ።

ከምኡ ከዓ አብ ዓጋመ አብ መንጎ ዓዲ ግራትን ውቕሮ ዝርከቡ ዓድታት አድሀና ዝበሃል ብዙሐት ክርስቲያን እስላምን ተሐዋውሾም ደቂ ዓብደላ ሰንዓ ይበሃሉ፤ ስጋብ ሙሳ ብዘ ሎም ጭቅአም ካብ ርእሶም እዮም፤ ደቂ ሙሳ አማቓቕልአም ከምዚ እዩ፤ ሙሳ ብዘ በኑ ፍሉጥ ጅግና ፈረሰኛ ነበረ ካብ ቤት ናይብ ምሬማ እተባህለት የእትዩ ካብአ ንመ ሐመድ ወለደ መሐመድ ከዓ ንዳግማዊ ሙሳ ወለደ፤ ዳግማዊ ሙሳ ከዓ ንዓብደል ዋሒ.ድ ወለደ፤ ዓብደል ዋሒ.ድ ከዓ ነ፬ተ አወዳት ወለደ፤ ሽሞም ከዓ ከምዚ እዩ ። ፩ ንዑመርኒ — ፪ ንሹም አሕመድኒ — ፫ ንአቦክርኒ — ፬ ንሹም አሕመዲ.ንኒ ከምዚ ሎም ፬ተ የሕዋት ነበሩ ።



ካብዚ.ኦም እቲ ንእሽቶ ሐዎም ግና ዝርኢ. ዘየብሉ ጠፍኤ (ፀንተ)፤ ዝርኢ. እቶም ፫ተ የሕዋት ግና ብሐንሳብ ተሐዋውሾም ዝርኢ. ፫ቲኦም አብቲ ቀንዲ ዓዲ ናይ ሙሳ ጉልቲ አብ ላዕሊ. ዝፀብፀብናዮም ዓድታት ርስቲ ሒ.ዞም አለዉ፤ ደቂ ዮሱፍ ሐው ሙሳ ከዓ ንሱ ዝፈረዮም ዝርካቦም አብ ትግራይ ዓድ ደሕና ምስ ጐደባብቶም አለዉ ።

ፍርቆም ከዓ አብ ሽመዛና አለዉ መንጎ ዓዲ ግራትን ውቕሮን ዘሎ ዓድታት ከምቲ ቅድም አብ ላዕሊ. ዝጠቐስናዮ ክርስቲያንን እስላምን ኰይኖም ደቂ ዮሱፍ እናተባህሉ ስጋዕ ለይቲ ሎሚ ይጽውዑ አለዉ፤ ዝርኢ. እቲ ሳልሳይ ወዲ ዓብደላ ሰንዓ መሐመድ ዝበሃል ንሱ ዝፈረዮም ደቁ ዝርካቦም ዓዲ ዳሕና ትበሃል አብ ሽረ አለዉ ።

ዓብደላ ሰንዓ ከምቲ ቕድም ዘልናዮ ብዘበን ሐፀይ ዳዊት ጊዜ እዩ፤ ርስቲ ዝሐዘ ካብ ዓዲ ዓዛቢ. ጀሚሩ ስጋብ እምባ ደርሆ ጌሩ ስጋዕ ማይ ሌባ ካብኡ ስጋብ ደንጐላ ስጋብ ደምበ ብፁር ከምዚ.ሉ ዝኸበበ ስጋብ ሎሚ ደቁ ደቂ ደቁ አብአ አዚ.ዮም በር ከት ኢ.ሎም በዚ.ሖም አለዉ ።

ሀፀይ ዳዊት ካብ መቐርካ ደቀሠብ ንምድሪ እስራኤል መቓብር መድሐኒና ኢ.የሱስ ክርስቶስ ክበጽሑ ብምድሪ ሱዳን አብ ስናር ዝበሃል ከተማ ቀኒዮም ግዝአቶም ከደላድሉ ወሪሖም ብጾመ አርብዓ ንኢ.የሩሳሌም ከይዶም መብጽዕአም ፈጺ.ሞም ክም ለሱ ከለዉ አብ ምድሪ ኖባ ዓሰ ሐሚሞም አብ ከተማ ስናር ዓሪፎም አብኡ ተቐብሩ ዝብል ጽሑፍ አሎ ።

አብ ገለ ጽሑፍ ከአ ሐፀይ ዳዊት አማውትአም ካብ ፈረስ ወዲ.ቆም ተረጊጮም ሞይቶም ዝብል ጽሑፍ አሎ፤ ድሕሪ ነዊሕ እዋን ወዶም ሐፀይ ዘርአ ያዕቆብ ምስ አቡነ ፊልጶስ ካብ ሎጓሀይቂ ወሎ በሐንሳብ ናብ ምድሪ ኤርትራ አብ ሰንዓፈ አትዮም ወዓሉ ሐደሩ በዚ ጊዜ እዚ ሙሳ ንሐፀይ ዘርአ ያዕቆብ ተቐበሎም፤ አቡነ ፊልጶስ ከዓ ንፅኡን ንቤቱን ባረኽዎ ።

ሐፀይ ዘርአ ያዕቆብ ከዓ ንአቡነ ፊልጶስ ጸዊዖም አብ ሠፈር ንጉሥ አቦይ ሐፀይ ዳዊት አስሚ.ዖምኹም ዝነበሩ ጉልቲ ይርጋአልኩም ኢ.ሎም እዚ ሕጂ ዘሎ አብ በሀገሩ ናይ አቡነ ፊልጶስ መሬት በዚ እዋን'ዚ እዩ ዝመጠውዎም አቡነ ፊልጶስ ድማ መደባይ ታብር እዩ ዓዶም ዝርአም ካብ ዝርቤኖት ነገደ ብንያም እዮም፤ አብ ሠራዬ ከዓ ብሌን ሰገድ ዝበሃል በዚ እዋን'ዚ ተሸመ፤ ብሐፀይ ዘርአ ያዕቆብ ደብረ ማርያም ቆሐይን በዚ ዓመት እዚ ተገደመን ተጐለተን ።

ነዚ ኵሉ አፀቢ.ቑን አማዕቢ.ሉን ዝነግር ብዛዕባዚ አቢ ገድሊ. አቡነ መርቆሬዎስን አቡነ ፊልጶስን አቡነ አብሳድን ናይ ሠለስቲኦም እተሰማመዔ እዩ ።

ዝተረፈ ከዓ አብ ታሪክ ነገሥት ሐፀይ ዳዊትን ሐፀይ ዘርአ ያዕቆብን ክትርድእዎ ትኽእሉ ኢ.ኹም፤ ብድሕሪ'ዚ ሐፀይ ዘርአ ያዕቆብ ካብ ስናር ከይዶም አስከሬን አቡኦም ሐፀይ ዳዊት ንዓዶም ንኢ.ትዮጵያ አምጺ.ኦም ቀበርዎ ንሶም'ውን ስጋብ ግብጽን ምድሪ እስራኤል ከይዶም ብዙሕ መጻሕፍትን ግማደ መስቀልን ሒ.ዞም ብሰላም ንዓዶም ተመሊ.ሶም አብ ክብረ ነገሥቱ ገጽ ፴፺ ረኤ ከም ዝብል ብሐፀይ ዳዊት ጊዜ እዩ

ግማደ መስቀል ዝመፀ፡ ብዙሐት አብያተ ክርስቲያናት ምህናጽን ጣኦታት ምዕናውን መጻሕፍት ካብ ዓረብ ናብ ግዕዝ ምግልባጥን ክልእ'ውን ጽቡቕ ተግባር ዘይርሳዕ ዝፍ ጽሙ ከም ዝነበሩ አብ ብዙሐት መጻሕፍቲ ይምስክረሎም ።

ብዘበን ሙሳ ሐደ ቈልዓ ጠፊኡ ዝነበረ አብ ዓዲ ዓረብ ተረኺቡ ንዓዱ ተመልሰ፡ ሙሳ ሐደ እዋን ክነግድ ኢሉ ንዓዲ ዓረብ ተጓጊሩ ንየመን ከደ፡ አብኡ ብገርሁ ክዘ ውር ከሎ ሐደ ቆልዓ ዝፈልጠ ወዲ ፈታዊኡ ወዲ ርእሶም፡ ርእሶም ከዓ ወዲ ግድብ ወዲ ወዱ ንጉዛይ ረኺቦ እንታይ አምፀአካ ኢሉ ምስሐተቶ እቲ ቆልዓ ከዓ አነ አብ ሐይ ከለኹ ካብ በረኻ ነጋድ እዮም ከይፈተኹ እናወቕዑ አምጺኦም ሸይጦምኒ ኢሉ እቲ ዝረኸቦ ጸገም ነገሮ ።

ንሱ ከዓ ሙሳ ንወዲ ርእሶም እቶም ነጋድ ካብ የሕሠዓ ዝመጹ ንባሕሪ ዝመላለሱ ም'ዃኖም ተፈሊጡ ድሕሪ ሐያሎ እዋን ከም ጥበቡ ጌሩ ነቲ ቆልዓ ሙሳ ሒዝዎ ንዓዱ ናብ አቡኡ አምጺኡ አራኺቦ ስድርኡ ከዓ አዚዮም ተሐጕሱ አብ ገዛኦም ዓቢ ፍሥሐ ወረደሎም፡ ርእሶም ከዓ ነቲ ኵሉ ዝገበረሉ ቁም ነገር ሪኡ ሐሲቡ ሐደ ህያብ ዘይር ሳዕ ንውሉድ ወለዶ ዝኸውን አብ ገዛ ጸዊዑ አብ ቅድሚ ብዙሐት ዓበይቲ ካብታ ብጽሒቱ መሬት ረጊጹ ካብ ከስከሰ ስጋብ ካራቡሳ ዋጋ'ኻ ኢሉ ምስህቦ ስጋብ ለይቲ ሎም አብ ኢድ ደቂ ሙሳ አሎ በዚ ምኽንያት እዚ እዮም ዝሐዝዎ ይበሃል ።

ዝሐዝዎ ዘበን ፲፩፻፳ ዓ-ም አቢሉ እዩ፡ ሰንዓፈ ተባሃለሉ ምኽንያት ከምዚ እዩ፡ ፈለማ ዓብደላ ሰንዓ ከምቲ አብ ቅድም ተሰምዩ ዘሎ አመጻጽአ ዓብደላ ካብ ዓዱ የመን ካብ ከተማ ሰንዓ ብ፲፫፻፺ ዓ-ም ናብዚ መ'ኻን ምድሪ ሐበሻ ምስአቶ ናብዛ ሕጅ ዘላ ዓቐብ ታሪኻ ናብአ ወጺኡ ንምብራኽ ፀሐይ ገጹ ኰይኑ ንባሕሪ ገጹ እናማዕደወ ሠንዓ ፌን ሠንዓፌን ኢሉ ክልተ ሳብ ብዓረብኛ ቋንቋ ፀውዔ፡ በዚ ምኽንያት እዚ ሠንዓፌን ባህለት ብእዋን ብዝሐት ሠንዓፈ ዝብል ሽም ሐዘ፡ ከምኡ ከዓ ዓቐብ ታሪኻ ዝበሃል ዘሎ አቐበት በዓረብኛ ወቐት ታሪኽ እዩ ስጋብ ሎሚ ዓቐብ ታሪኻ ትበሃል አላ ፍል ጥቲ መ'ኻን እያ ።

## ዛንታ አቡነ መርቆሬዎስ።

አቡነ መርቆሬዎስ እተወልድሉ ዓዲ ወምበርታ ዝበሃል ዓዲ አብ ጥቓ መቐሌ ዝር ከብ እዩ አብኦም ድማ በዓል ገዳ ቶማስ ይበሃሉ ነበሩ ዓሌቶም ድማ ካብ ነገደ ሌዊ እዮም ዝተወልዱሉ ዘመን ከአ ብሐፀይ አግበአጽዮን ወዲ ሐፀይ ይኩኖ አምላክ ዘመነ መንግሥት ብ፩፪፻፸፯ ዓ-ም እዩ ።

እዞም አቡነ መርቆሬዎስ ዝበሀሉ ሐደ ዓቢይ ቆሞስ በዓል ብዙሕ ታአምራት እዮም ዝነበሩ ብዘበኖም ሐፀይ ዳዊት አቦ ዘርአ ያዕቆብ ንግብጺ ክኸዱ ከለዉ አብ መቐርከ ደቕ ሰብ ሐፀይ ዳዊት ነአቡነ መርቆሬዎስ ካብቲ ዝብሕትውሉ መሮር ፀዊዖም ተራኺብ ዎም ንሶም ከዓ በቲ እግዚአብሔር ዘብረሀሎም ከምዚ የልዎም፡ ኪድ መገድ'ኻ ሰላም ክቐንአካ እዩ ስጋብ ምድሪ ሰናር በጺሖም ተመልሱ፡ ዝኸድዎ ግዝአቶም ኩሉ አዳላዲ





፩) አመተ ሥላሴ ጓል ደጊያት ሀብስሉስ አዲአ ንበይና እያ ጓል አዝማች እ

ዝወለደታ፡

፪) ወይዘሮ መንጥል ጓል ራእስ ዓንደሃይማኖት እምበር ጓል ደጊያት ሀብስ

አይኮነትን ።

፫) ሠበነ ገርጊሽ ጓል ሐፀይ ዮሐንስ ፃዲቁ ሐፍቲ ሐፀይ ኢያሱ እያ እምበር ፡

ሐፀይ ኢያሱ አይኮነትን ።

፬) ሠበይቲ ደጊያት ድብለየስ ጓል ተስፋይ ገረብ ጓል ጓሎም ንሐፀይ መልከ ሰ

እያ እምበር ጓሎም ንሐፀይ መልከ ሰገድ አይኮነትን ።

| ጌ ጋ | ገ ጽ | መስመር | እ ሩ ም |
|---|---|---|---|
| አሴ | 14 | 4 | አሴር |
| ካብ ቱርኪ | 48 | 9 | ቱርኪ |
| ዳዕሪ | 64 | 26 | ዳዕሮ ኩንዓት |
| ኢሊ | 99 | 29 | ኢሉ |
| ለሚዳታት | 106 | 33 | ለማዳታት |
| ሐፀይ ገብረድንግል | 106 | 18 | ሐፀይ ልብድንግል |
| ዓደቡኡ | 123 | 18 | ዓደቡአ |
| አቦታት ምልእ | 158 | 12 | አቦታት ምልጋእ |
| ቀለምሲን | 158 | 22 | ቀለምሲስ |
| መራሪ ተክለሃይማኖት | 158 | 19 | መራ ተክለሃይማኖት |
| ገዓሰን | 162 | 15 | ገዓሶ |
| መንበረን | 106 | 34 | መደበረን |
| አቡነ መርቆርዮስ ኩብ ሌዊ | 166 | 27 | ካብ ነገደ ሮቤል |
| ሁማሮር | 167 | 31 | መሮር |
| ክንቲባ ዮሐንስ | 168 | 23 | ደጊያት ዮሐንስ |
| ዓደንቀጦ አደጊ | 169 | 22 | ዓደንቀጦን ዓና'ኻስ አድግ |

ሎም ተመልሱ ከምኡ ከዓ ካብ ንጉሥ ዝዓለወ አብ አዳል ሐደ ጉንኑን ሽፍታ ሰልዓዳይ ሐዊኹ ፡ ነበረ'ሞ ብዛዕባዚ ከዓ ንሶም አቡነ መርቆሬስ እቲ ሐለቓ ኩናት ዝለአኽካዮ ከሰንፍ እዩ ዓወት ክረክብዩ ኢሎም ተነበይሎም ፡ ንጉሥ ግና ንፈለማ ነቲ ቃሎም ደኹን ብማለት ተጠራጢሮም ነበሩ ፡ ደሐር ግና ከምታ ቃሎም ሰሚራትሎም እቶም ሠራዊት ንጉሥ በዓቢይ ዓወት ስዒሮም ንኹሉ ግዝአቶም ዓመፀኛ ቀጺዖም ሠጥ አቢሎም ንዓዶም ተመልሱ ፡ ሽዑ ሐፀይ ዳዊት ፀዊዖም ነአቡነ መርቆሬዎስ ብዙሕ ጉልትን ርስትን ይብፃሕኹም ኢሎም ንዓኹምን ንደቁኹም መነኰሰትኩም መነባበሪ ምስጋና ንልዑል እግዚአብሔር ንዓዶምን ንሃይማኖቶምን ዝልምንሉ መነባበሪኦም መጠውዖም።

በዚ ከምዚ ደብረ መርቆሬዎስ ተገደመ ፡ ነዚ ኹሉ ዝቕበል ብመንፈስ ዝወለድዎ ፈላሲ አባ መርምህናም ዝበሀል ጸሐፊ ዝነበረ ንሱ እዩ ነቲ ንጉሥ ዝሀብዎም ኩሉ አብ ክንድኦም አብ ኩሉ መኻን አብዚ ሕጂ ዘለዎ ምድሪ ፈላሲ ዘበለ ከም ዘሎ ተተኸለ፡ ካብዚ እዋንዚ አትሒጁ ዓቢ ገዳም ፍሉጥ አብ ኩሉ ኢትዮጵያ ቁጽራ ካብተን ዓበይቲ ገዳማት ቀዳመይቲ ከም ዝነበረት አብ ኩሉ አድባራት ኢትዮጵያ አብ ዓበይቲ መፃሕፍቲ ተጠቂሹ ሽማ ዛንትአን ደብረ ድማሕ እናበለ የልዕላአ ንሶም ከዓ 130 ዓመት ዕድሚኦም አብዚ መንገኦ ግና 189 ዓመት ባዲማ ሰብ ዘየብላ ጥራይ ዓዲ አራዊት ዱር ፀሊም ነበረት ።

ደሐር ብዘበን ሐፀይ ዮሐንስ ፃዲቁ ከደ ዓቢይ ሰብ ዝነበሩ አቡነ ተኽለየሱስ ዝበሀሉ ፡ ከም በሐድሽ ጠሪዖም ከም ቀደሙ ከምቲ ሐፀይ ዳዊት ዝሃብዎም ይመለሰልኩም የልዎም ፡ ከም ሐድሽ እተገደመን እተሰርሔን እታ ሽዑ ዝነበረት አብ ክሳድ ዳዕሮ ሰበይቲ ደጊያት ድብለየስ ጓል ጓሎም ንሐፀይ መልክሰገድ ጓል ተስፋይ ገረብ መደባይ ድሕሪ ሞት ሰብአያ ትገዝእ ምስ ነበረት ንደብረ አቡነ መርቆሬዎስ አስረሐቶ ።

ብድሕሪኡ ከዓ ደጊያት ማሞ ፀዓዘጋ ብዙሕ ሕያብ ንዋየ ቅዱሳት ስጋብ ሎሚ አብ መሳቕሎም ደጊያት ማሞ ፀዓዘጋ ይብል ፡ ከምኡ'ውን እምቤት ሰበነ ገርግሥ ድሕሪ ሞት ሠብአየን አብ ደብሪ እየን ዝመንኰሳ ንሰን ከዓ ብዙሕ ህያብ ዘይርሳዕ ገበራሉ ፡ መቃብረን ግና አብዚ ቤተ ክርስቲያ ፀዓዘጋ እንዳ ገርጊሽ እዩ ።

## ም ዕ ራ ፍ ፳፰ ።

## ወ ለ ዶ ራ እ ሲ ደ ጌ ና ይ ።

ደጌናይ መሠረት ወለድኡ ካብ ዓጋመ ወዲ ሹም ዓጋመ አውዓሎም አኽሐዶም ሐዋ ንሹም ባሕራ እዩ ፡ ሹም ባሕራ ንእሽቶ ሐብቱ እያ ፡ ንሳ ዝፈረየቶም ከአ ከምቲ አብ ቅድም ተጠቒሹ ዘሎ ፡ ናብ ክንድሽሕ አትያ ንትምዝአ ዝፈረየት እያ ።

ንሱ ራእሲ ደጌናይ ተባሂሉ ናብዚ ሕጂ ሽሬ ዝበሃል ምድሪ ካብ ዓጋመ መጺኡ ምስቶም አብኡ ዝነበሩ ኩናማ ተዋጊኡ ስዒሩ ንሑመራ ንታሕቲ የህዲምዎም ተመ

ሹ ፡ ከምዘሎ ምድሪ ሽሬ ሒዙ ተቐመጠ ፡ ንሳቶም ከአ ሽዑ ምስ ለቐቑ አብዚ ሕጂ
ለውዎ በረኻ በረኻ ወሰን ተከዘን አብ ከባቢኡን ስጋብ ሎሚ ዘርኦም አለዉ ።
ደጌናይ ፈለማ አብ እንዳ ስላሴ ማይ ሽሩ ቤት ጭርቆስ ፡ ንብር ኔሩ አሪጉ ምስ ሞተ
ብ ጭርቆስ ተቐብረ ፡ ቅድሚ ሙማቱ ንምድሪ ሽሬ ጠቕሊሉ ምስ ሐዘ ደጌናይ ንሐደ
አሃዱ አንበሳ ወለደ ፡ አሃዱ አንበሳ ከአ ንደጊያት ዘርአብሩኽ ወለደ ፡ ደጊያት ዘር
ብሩኽ ን፮ተ ወለደ ።
ሽሞም ከአ ከምዚ ዝስዕብ እዩ ፡ ፩ይ ንአዝማች ረዳእን — ፪ይ ንዳግማዊ አሃዱ
አበሳን — ፫ይ ንተኽላይ ምልምን — ፬ይ ንዘአማንን — ፭ይ ንአስገደ ጸጋይን — ፮ይ
ንአቶሹምን ፡ ከምዚሎም ፮ተ የሕዋት ዝፈረዮም ፡ ዝሐዝዎ ምድርን ሽማቶምን ከብዚ
ንታሕቲ ንገልጽ አሎና ።
፩ይ አዝማች ረዳእ ፡ ንዓዲ ራእሲ ባሪኡ ዝፈረዮ እዩ ።
፪ይ ዳግማዊ አሃዱ አንበሳ ፡ ንዓዲ ጉሸላ ንገዛ አቶ ከሕሱን ዝሐዙ ዝፈረዮ እዩ ።
፫ይ ተኽላይ ምልምል ፡ ጥቓ እንዳ ስላሴ ዘላ ዓዲ ግደድ ትበሃል ዝፈረዮ እዩ ።
፬ይ ዘአማን ፡ ከአ ናብ ስማ ዓባቕ ኰይኑ ነዘም ሕጂ አብኡ ዘለዉ ፈረዮ ።
፭ይ አስገደ ጸጋይ ፡ አብ አስገደ ኰይኑ ነዘም አብ ምሉእ አስገደ ዘለዉ ፈረዮ ፡
ስጋብ ሎሚ ደቂ አስገደ ጸጋይ ይበሃሉ አለዉ ።
፮ይ አቶሹም ፡ ንሳሙኤልን — ንገብረ ማርያምን ን፪ተ ወለደ ፡ ካብዚኦም እቲ ሐደ
ገብረ ማርያም ንአርቃዴዎስ ወለደ ፡ አርቃዴዎስ ከአ ንመዝራእተ ክርስቶስ ወለደ ፡
መዝራእተ ክርስቶስ ከአ ንወዳጅ ወለደ ፡ ወዳጅ ከአ ነ፬ተ ወለደ ።
ሽሞም ከአ ከምዚ ዝስዕብ እዩ ፡ ፩ይ ንደጊያት ዮሐንስን — ፪ይ ንደጊያት ተስፋይን
— ፫ይ ንደጊያት ባስልዮስን — ፬ይ ንእምበይተይ ወለተ ድንግልን ወለደ ፡ ከምዚ
ሎም ፬ተ ደቂ ወዳጅ ይበሃሉ ነበሩ ።
ካብዚአቶም ከንቲባ ዮሐንስ ንአቶ ፋሲል ወለደ ፡ አቶ ፋሲል ከአ ንወይዘሮ ገለላ
ዊት ጓል ራእሲ ሚካኤል ስሑል የእትዩ ንቃለ ክርስቶስ ወለደ ፡ ቃለ ክርስቶስ ከአ
ንወይዘሮ ወርቅ ውሃ ወለደ ፡ ወይዘሮ ወርቅ ውሃ ከአ ናብ ሹም ተምቤን ወልደኪዳን
ተአትያ ንሹም ተምቤን ምርጫ ወለደት ፡ ሹም ተምቤን ምርጫ ከአ ንንጉሠ ነገሥት
ዮሐንስን — ንልጅ ጉግሣን — ንደጊያት ማሩን — ንልጅ ሐጐስን — ንእቴጌ ድንቅነ
ሽን ወለደ ።
እምበይተይ ወለተ ድንግል ጓል ወዳጅ ምንአሱ ንደጊያት ባስልዮስ ናብ አቶ
ጸምሩ ዓረዛ ተአትያ ንገብረመስቀል ዓቢ ወለደት ፡ ደጊያት ተስፋይ ወዲ ወዳጅ ዝፈረ
ዮም አብ ማይ ድማስ አለዉ ፡ እቲ ሣልሳይ ወዲ ወዳጅ ደጊያት ባስልዮስ ዝፈረዮም
አብ ዓድዋ አለዉ ፡ ዝበዝሑ አብ ዓዲ አቡንን አብቲ ከባቢኡን ዓዲ ደጊያት ባስል
ዮስ ይበሃሉ ።
ዘርኢ ሳሙኤል ወዲ አቶ ሹም ሐው ገብረ ማርያም ክልቲኦም ደቂ አቶሹም
ሕጂ ግና
ማናቱ እዮም ፡ ገብረ ማርያም ዝፈረዮም ካብዚ ንላዕሊ ዝገለጽናዮም እዮም ፡ ሕጂ ግና



ዘርኢ ሣሙኤል ዝፈረዮም ነመልክት አሎና ፡ ሣሙኤል ንዘሥላሴ ወለደ ፡ ዘሥ
ከአ ንደጊያት አስገዶም ወለደ ፡ ደጊያት አስገዶም ከአ ብፍቓድ ሀፀይ በካፋ ፡ ን
ደጊያት ዘርአብሩኽ ዓዲ መንጐንቲ አዲአ ጓል ልዕልቲ ሰብለወንጌል ጓል ሀፀይ ፋሲ
ዝወለደታ ንሰበነጊዮርጊስ ጓል ሐብታ ዝወለደታ ጓል ወለተጊዮርጊስ ወይዘሮ ቅድ
ክርስቶስ የእትዩ ንጃንጥራር ስፋንን — ንአቶ ሕዝቅያስን ን፪ተ ወለደ ።
ካብዚኦም አቶ ሕዝቅያስ ንአቶ ዮሐንስን — ንአቶ ጊዮርጊስን ወለደ ፡ አቶ የ
ንስ ከአ ንአቶ ስእለ ክርስቶስ ወለደ ፡ አቶ ስእለ ክርስቶስ ከአ ንአቶ ድራር ወለ
አቶ ድራር ከአ ንጓል ራእሲ ሚካኤል ስሑል ወይዘሮ ፀዳል የእትዩ ንደጊያት ሕ
ያስ ሽሬ ወለደ ፡ ደጊያት ሕዝቅያስ ከአ ንአቶ ስራቤልን — ንወይዘሮ እንግዲህን ወለ
ካብዚአቶም አቶ ስራቤል ዝፈረዮም አብ ማይ ትዋሩን አብ ካልእዊን አለውዎም ።
ዘርኢ ወይዘሮ እንግዲህ ፡ ወይዘሮ እንግዲህ ነዝማች ባሪኡን — ንአቶ ጸዳሉን
ንወይዘሮ ገዛችንን ወለዳ ፡ ወይዘሮ ገዛችን ናብ ባሩካ ናብ አቶ ጸምሩ ተአትዩን ንደ
ያት ሐጎስ ወለዳ ፡ ደጊያት ሐጎስ ከአ ንደጊያት አብርሃን — ነዝማች ገብረ መድህ
ወለዱ ፡ እዚአቶም ዝፈረይዎም አብ ባሩካን አብ ሰለኽለኻን አብቲ ከባቢኡን አለወ
አዝማች ባሪኡ ንደጊያት ተሰማን — ንባላምባራስ ኪዳኔን — ነዝማች ወልደ
ዳንን — ንልጅ ወልደጊዮርጊስን — ንባላምባራስ ውብሸትን ወለዱ ፡ እዚአቶም ዝፈ
ይዎም አብ ማይ ትዋሩን አብ ዓቃብ ስዓትን አለዉ ዘርኦም ፡
አቶ ፀዳሉ ሐው አዝማች ባሪኡ ንደጊያት መንገሻን — ንደጊያት ወልደ አረጋ
ወለዱ ፡ እዚአቶም ዝፈረይዎም ምስ ደቂ ሐወቡኦም አብ ዓደቀ ማልኽን አብ ከባ
ሰለኽለኻን ዘርኢ ክልቲኦም የሕዋት በርከት አለዉ ።
ዘርኢ ሕዝቅያስ ወዲ ጃን ጥራር ስፋኒ ፡ ንሱ ዝፈረዮም ዓዲ ራእሲ ባሪኡ አብ ዓ
ንቀጦ አድጊ አለዉ ፡ ካብ ረዳእ'ውን አለዎም ወለዶ ፡ ናብ ዓነካስ አድጊ ዘለዉ ።
ዘርኢ ወይዘሮ ወለተድንግል ጓል ወዳጅ ፬ይቱ ንደጊያት ባስልዮስ ምዕባዩ እ
ንሳ ከአ አብ ፀምሩ ተአትያ ንገብረመስቀል ዓቢ ወለደት ፡ ገብረመስቀል ዓቢ ከአ ንጓ
አቶ መንግሥቱ ወይዘሮ ለተየናስ በዓልቲ ደኰነቢያ ዛይደኰሎም የእትዩ ንወይዘ
ትሻልን — ንወይዘሮ ትምቀርን — ንልጅ ጊጋርን ካብ ሐንቲ ወለደ ፡ መሊሹ ከአ ካ
ካልእ ንአቶ ወንደፍራሽን — ንወይዘሮ ሳንዱን ወለደ ፡ መሊሹ ከአ ካብ ሣልሰይ
በዓልቲ ዓዲ ጐዳኢ ወይዘሮ ለተንጉሥ ጓል ከንቲባ ሥብሐቱ ንአቶ ገብረጻዲቕን —
ንወይዘሮ ምቁርን — ንወይዘሮ ሻሹን — ንወይዘሮ ? — ንአቶ ወንድ ወሰንን ወለደ
አቶ ገብረመስቀል አብ ኩልኹሎም ፲ተ እዮም ዝወለደ ።

## ዛንታ እኖ ራእሲ ሚካኤል ።

ሐደ ጊዜ አዛዥ ያዕቆብ ዝብሃሉ ዓብይ ዓዲ ሰብ ነበሩ ፡ ብዘበኖም ግብሪ ኮነ ፡ ና
ቤተ ክርስቲያን ዉሃባይ ፡ ሐደ መዓልቲ አብ ዓዶም ጥቓ እንዳብ ገሪማ ዘላ ዓዲ አብ
ኰይኖም አብ ሕፃብ ዓላቡ ዘለቅሕዎም ዝኸኑ ለጐምቲ ኩሎም ተአኪቦም ክቐትልዎ

ሐሰቡ ፡ ንሶም ከአ አመጻጽእኦም ርእዮም ምሒረ አሎኹ ኢሎም አብታ ሰውሒ
ሞም ንገዝኦም ንለጕምቲ ከዱ ።
ሐንቲ ጓሎም እሸተ ማርያም ዝሸማ ሽዑ በአ ለይቲ እታ ጓሎም ካብ ካልእ ሰብ
ሐንቲ ጓል ነበረታ'ሞ ፡ እቶ ሕዝቅያስ ንሐማሴን ክሐልፉ አብ ገዝኦም ተጋይሾም ፡
ጓል ከአ ቢሂጋቶም ናብ ሕልፍኝ መድሐኒት ከተቅምሶም (ከተስትዮም) ኢላ ተራ
ቶም እሞ ፡ ንራእሲ ሚካኤል ጠነሰት'ሞ ፡ አብ እንዳ ቡአ ምስ ወለደቶ ናብ ድግና
ሃል ዓዲ አብ ናዕዴር ተማኺራ ንንዳቡኡ ምስ መጉዚት ሊኢኻ የዕበዮቶ ፡ ደሐር
ሊኢኻ እንዳ ቡአ አምጽአቶ'ሞ ፡ እቶም ዓበይቲ ንአዛኹ ያዕቆብ ነገርዎም ፡
ም ከአ አዚዮም ሐዘኑ ፡ ከምዚሎም ከአ ረገምዋ እንተኾነ አብ ሸውዓተ መዓ
ቲ እንተዘየሎ ፡ አብ ሻውዓይ ወርኂ ይቕሰፍኪ ኢሎም ረገምዋ ፡ ንሳ ከአ ሰውነታ
ሰላሊዓ ሞተት ።
እዚ ኵሉ ክኸውን ከሎ እቲ ሒማአ ተዓረቕኒ ኢሉ ይልምና ነበረ ፡ ስለምንታይ
ል ኪዳን ስለ ዝዓበዮ ይብሃል ፡ አቡአ አዛኹ ያዕቆብ ንዑኡ ነቲ ቈልዓ ግን ወራሲ
ይኹን ኢሎም አውረስዎ ፡ ሽዑ ከአ ሚካኤል ተባህለ ፡ ምስዓበዩ ደርሆ ዝሐረ
ሉ ምፁ ኮንኩ ፡ ጤል ዝሐረደሉ ነብሪ ኮንኩ ፡ ላም ዝሐረደሉ አምበሳ ኮንኩ እናበለ
በቕሩብ እናዓበየ ከደ ።

## ራእሲ ሚካኤል ምስ ዓበዩ ።

ምስ ዓበዩ ንወይዘሮ ፀዳልን — ንወይዘሮ ገላዊትን ወለዱ ፡ ወይዘሮ ገላዊት ናብ
ሲል ወዲ ገብረማርያም ተአትየን ንወይዘሮ ወርቅነሽ ወለዳ ፡ ንሰን ከአ ንሹም ፡ ተም
ን ወልደኪዳን ወለዳ ።

## ወ ለ ዶ ደ ቂ ዳ ሽ ም ።

እዞም ደቂ ዳሽም ካብ ጫሉቕ ምስ ደቂ ዘርኢሰናይ (ደርስነይ) ቀረናኹዶ ዘለዉን
ፍደዩ ዘለዉን አሕዋት ኢና (ማለት ነገዶም) ካባና እዮም ይብሉ ።
ዳሽም ንተኽለሰንበት ወለደ ፡ ተኽለሰንበት ንግርሚ ወለደ ፡ ግርሚ ንዳሽም ከል
ይ ወለደ ፡ ዳሽም ከልአይ ንዓንዱን — ንገብሩን ወለደ ፡ ካብዚኦም ፪ተ አሕዋት ዓንዱ
ተኸስተብርሃን ወለደ ፡ ተኸስተብርሃን ንሐጺርን — ንሸሀይን — ንዑቕቢትን ወለደ ፡
ብዚኦም ሐጺር ንሀብጨንን — ንተኽለጨንን — ንነገደጨንን — ንተስፉጨን
ወለደ ፡ ካብዚኦም ሀብጨን ሐድጊ ዘይብሉ ፀኒቱ ፡ ተኽለጨንን — ነገደጨንን — ተ
ጨንን ዝፈረይዎም አብ ደቂ ዳሽም አለዉ ፡ ካብዚኦም ዝወጽኡ ድማ አብ ዓዲ ተክ
ይ እንዳ ዑቕቢት አለዉ ፡ ከምኡ'ውን አብ ማይ አልበ አብ ማይ ሐርሽ አብ ሐበላ
አብ ሀብረ ሀማርብን አብ ካልእ'ውን ንማር ደቂ ዓንዲ አለዉ ።
ዘርኢ ገብሩ ፡ ገብሩ ንሽማንጉሥ — ንሽም — ንሰላብ ነዚኦም ሰለስተ ወለደ ፡ ካብ
ዚኦም ሽም ንሽሐቕን — ነድከመን ወለደ ፡ እዚአቶም ዝፈረይዎም አብ ከብዲ ዓዲ



አለዉ ። ሽማንጉሥ ዝፈረዮም ገለ አብ ፀዓዘጋ ገዛ ዓዲ ጭተ ዝብሃል አለዉ ።
ሰላብ ንዘርኡን — ንተስፋስላሴን — ንዑቕባስላሴን ወለደ ፡ እዚኦም ዝፈረይዎ
አብ ከብዲ ዓዲ መቸርካ ይርከቡ አለዉ ።

## ኩ ና ማ ደ ቂ ን ጉ ሠ ባ ዜ ን ።

መሠረት ዓሌት ኩናማ ደቂ ንጉሠ ባዜን ከምዚ ዚስዕብ እዩ ፡ ፩ይ ኩናማ ማ
— ፪ይ ኩናማ ቲካ — ፫ይ ኩናማ ላከቱኩራ — ፬ይ ኩናማ ባርካ ፡ ዝብሃሉ ደቂ ንጉ
ባዜን እዮም ፡ አብ አኾሱም እዚአቶም ተዋጊኦም ካብ ላዕሊ አልቀቕዎም ፡ እዚኦ
ዝፈረይዎም አብ ባረንቱን ቱኩምቢያን ባሸኳን ሻምብቆን ኡጋሮን እምኒ ሐጀርን ስጋ
አድያቦን ወልቃይትን ዓዲ ጫርን አለዉ ።
እዚኦም ስጋብ ፮ሽሕ ዝበጽሑ ናብ ትሕቲ ዓድያቦ አሸረሊና ቢያራ መተተብ ዝ
ሃል ዓዲ አለዉ ፡ ቋንቋኦም ድማ ኩናማ ይብሃል ፡ ሃይማኖቶም ክርስቲያን ፡ ዝበዝ
፬ተ ደቂ ደቁ ንባዜን ንጉሥ ይብሃሉ ፡ ዋና ከተምኦም ድማ ባረንቱ እዩ ።

## ም ዕ ራ ፍ ፸፱ ።

## ውግእ ሀፀይ ምኒልክ ምስ ጣልያን ።

ፈለማ ራእሲ መንገሻ ወዲ ሀፀይ ዮሐንስ አብ ኳዓቲትን አብ ሰንዓፈን ምስ ጣ
ያን ተዋጊኦም ተሳዕሩ ፡ ብድሕሪ እዚ ከአ አብ እምባላጀን መቐለን ፡ እቲ ናይ ጣል
አዛዚ ሠራዊት ወይ ከአ አዝማች ዝነበረ ጀኔራል ባራቴሪ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵ
ዕርቂ ደአምበር ውግእ ምግባር አይክእልን ኢሉ ንመንግሥቲ ኢጣልያ ብሰፊ
ጽሒፉ ልኡኽ ለአኸ ፡ ግናኸ በቲ ሽዑ እዋን ዝነበረ ቀዳማይ ሚኒስተር ሐደ ጊዜ እ
ይኹን ተዋጊእኹም ከይሰዓርኩም ሽም ኢጣልያ ከየሐደስኩም ክልተ ዲል ኰይንኩ
ከሎኹምሲ ዕርቂ እንተ ገበርና ሽምና እናሐሰረ ክኸይድ እዩ ፡ ንሕና ከአ እናተደፈር
ክንነብር ኢና ዝብል ምላሽ ሰደደ ።
ጀኔራል ባራቴሪ ከምዚ ዝብል ቃል ምስተቐበለ ፡ ንሱ ድማ ከምቲ ዝነበሮ አዝማ
ኰይኑ እናተረፈ ፡ እቲ ዝነበረ ናይ ውግእ ሠራዊት አብ አርባዕተ ክፍሊ መቐሎ ፡ ፩
ክፍሊ አብ ትሕቲ ጀኔራል አሪሞንዲ ፡ ፪ይ ክፍሊ አብ ትሕቲ ጀኔራል ዳቦርሚዳ ፡ ፫
ክፍሊ አብ ትሕቲ ጀኔራል ኤለና ኪኸውን ተመደበ ።
ካብዞም ፬ተ ጀኔራላት እቶም ክልተ ቀዳሞት ነናይ ገዛእ ርእሶም ሠራዊት ሕጆ
ብራዕዮ ዝበሃል መኻን አቢሎም ፡ ብየማንን ብጸጋምን እናኸኑ ንዓድዋ ከዘምቱ ተ
ገሱ ፡ እቲ አብ ትሕቲኡ ወታደራት ደቂ አባት ዝነበርዎ ከአ ናብ ዓራራ እተባህ
መኻን ሐሊፉ ክጽብ ዝብል ትእዛዝ ተቐበለ ።
ካብቶም ፬ተ ጀኔራላት እቶም ፫ተ ከምዚ ጌሮም ተሰለፉ ፡ እቲ ጀኔራል ኤለና ዝ

ዝነበረ ራብዓይ ክፍሊ ብድሕሪት ኲይኑ ክሕሉ ተመደበ፤ እዚ አብ አርባዕተ
ሊ ተኸፊሉ ዝነበረ ሠራዊት ፍቕዱ ካብ ፳ሽሕ ሰብአይ ዝበዝሐ እዩ ዝነበረ፤ ስሳ
ፍዕ ከአ ነበሮም ።

በዚ ጊዜ እዚ ጃንሆይ ሀፀይ ምኒልክ አብ ቤተ ክርስቲያን ቅዱስ ገብርኤል ብአቡነ
ምስ ናይ ቅዳሴ ሥርዓት አቐዲሶም ምስወጹ ከምዚ ዝስዕብ ጌሮም ሠራዊቶም ንው
እሰለፉ፤ ፩ይ ግርማዊ ንጉሠ ነገሥት ሀፀይ ምኒልክ አብ ጥቓ ዓድዋ ዓዲ ማሕለኻ
ሃል ምስ ፴ሽሕ ሠራዊት ተሰለፉ፤ ፪ይ እቴጌ ፀሀይቱ አብ ትሕቲ ዳግማዊ ምኒልክ
ርዎ ስፍራ ካብ ፪ሽሕ ንላዕሊ ተሰለፉ፤ ፫ይ ብሸነኽ ጸጋም ዳግማዊ ምኒልክ አብ
ጓጓ አብ ስግር ሩባ፤ ንሶም ፊተውራሪ ገበዮህ ምስ ፺ሽሕ ወታደራት ንውግእ
ዉ፤ ፬ይ ንጉሥ ተኽለ ሃይማኖት ምስ ፫ሽሕ አብ ማይ ጓጓ ተሰለፉ፤ ፭ይ ብሸነኽ
ን ጃንሆይ አብ ማይ ደላዕታ፤ ራእሲ ወሌ በዓል የጁ ምስ ፫ሽሕ ርእሶም ተሰለፉ ።
፮ይ አብ ሠናይ ቐባዖት አብ እንዳ ሚካኤልን ራእሲ ሚካኤል ዓሊ ምስ ፰ሽሕ
ደራት ተሰለፉ፤ ፯ይ አብ ዓዲ አቡን ልዑል ራእሲ መኰንን ምስ ፰ሽሕ ሠራዊት
ለፉ፤ ፰ይ አብ እንዳ ማርያም ሸዊቶ ራእሲ መንገሻ ዮሐንስን ራእሲ አሉላ አባ
ን ራእሲ ሐጐስን ምስ ብዙሕ ሽሕ ርእሶም ፍቕዶም ዘይተፈልየ ሒጆም ንኲናት
ለፉ፤ ፱ይ አብ እንዳ ማርያም ሸዊቶ ዋግ ሥዩም ጓንጕል ምስ ፺ተሽሕ ርእሶም
ለፉ፤ ፲ይ ራእሲ ስብሐትን ከልአት ከአ በዓል ራእሲ ወልደ ሚካኤል እኒ ደጊያት
ሬ ካብ ጣልያን ተፈልዮም ምስ ፫ሽሕ ርእሶም ተሰለፉ ።

ሠራዊት ኢትዮጵያ ኵሉ ኵሎም ፸፫ ሽሕ ዝኸውን ዕጡቕ ጅግና ሕዝቢ ከምዚ
ም ነቶም ጸላእቶም ጸብለል የልዎም፤ ብጀካ እዞም ፍቕዶም እተፈልጠ ማእለያ ዘይ
ሎም በብርእሶም ዋልትአምን አሳይፎምን ኲናቶምን ሒዞም አበርቲዖም ክዋግኡ
ዓሉ፤ ካብአቶም እኳ እኒ ደጊያት ውቤ ተሰማ እኒ ቢትወደድ አጽናፌ እኒ አፈ
ሥ ነሲቡ እኒ ደጊያት ገሠሠ እኒ ሊቀ መንኳስ አድነው እኒ ብጅሮንድ ከተማ እኒ
ተውራሪ ሃብተ ጊዮርጊስ እኒ አዛዥ ወልደ ገብርኤል እኒ ደጊያት ወልደ ገብርኤል
ባሻይ ተአምራት እኒ አዛዥ አማኑኤል (ደሐር ቢትወደድ ዘበሉ) ከምኡ'ውን ካብ
ማሴን ብዙሐት ዓበይቲ ምስ ንጉሦም ወዓሉ ።

እቲ ኲናት ብየካቲት ፳፫ ፲፰፻፹፰ ዓመተ ምሕረት ሰንበት መዓልቲ ተጀምረ፤
ብ ሠራዊት ሐበሻ እቲ ፍልም ዝገጠመ ዕዉት ዝኾነ ጅግና ጠቕላሊ አዛዚ ፊተው
ሬ ገበየሁ ነበረ ። ጠቕላሊ ሐለቓ ሠራዊት ጣልያን ከአ እቲ ጀኔራል ፈለማ ደቂ
ሬ ገበየሁ ነበረ ። ጠቕላሊ ሐለቓ ሠራዊት ጣልያን ከአ እቲ ጀኔራል ፈለማ ደቂ
ባት ዓሳክር ክገጥሙ አዘዘ ውግእ'ውን ተጀመረ ። ግናኸ ብድሕሪኡም ራእሲ መንገ
ን ራእሲ ሚካኤልን ዋግ ሥዩም ጓንጕልን ሐደጋ ወዲቖም ብጥይት ቐተልዎም፤
ብአቶም ዝበዝሑ አብ ጐላጕል ሬሳን ንሬሳን ዝሕዝሕ አበልዎም ።

እቶም ዝተረፉ ግን ተስፋ ቄሪጮም ተማረኹ፤ እቶም ትርፋፍያ ሃዲሞም ናብ ጀኔ
ል አሪሞንዲ ተመልሱ ። ሠራዊት ኢትዮጵያ ከአ እናፈከሩን እኖጨደሩን ንቕድሚት
ጾም ይደፍኡ ነበሩ፤ አብ ንጉሥ ስፍራ ጐሰሰ ዝበሃል ከምብሐድሽ ምስቲ ዝሃድም
ነበረ ኲናት ገጠሙ ።



እቲ ሠራዊት ጸላኢ ብሐደ ሸነኽ ሃዲሙ ክወጽእ አይክአለን፤ ብርቱዕ ጸድፊ ዓገቶ
እም ተስፋ ቈረጸ፤ በዚ ሰዓትዚ ዝሞተ ብሐዳፍኡ ማእለያ አይነበሮን፤ እቲ ሬሳ ጸላኢ
ከአ አዚዩ ዘሰክሕ አብረርእሲ ንብምድራ ሬሳን ንሬሳን ተኸዲና መርገጽ እግሪ አይነበ
ራን፤ አብዚ መንጎዚ እቶም ዕዉታት ዝኾኑ ጅግናታት ፊተውራሪ ገበየሁን ቀኛዝማች
ታፈሰን ብትብዓት ልበም ካብ ሠራዊቶም ተፈልዮም ጉራዴ መሊሖም እናጨደሩ አብ
ማእከል አትዮም አልቦ ዕጽድ ወዐልዎም፤ አብ መጠረስትኡ ብጥይት ተወቒዖም ክል
ቲኦም አብ ጐሰሰ ሞቱ፤ ወታሀደር ሐበሻና ግና ብጅግንነትን ብደሞምን ንትውልዲ
ትውልዲ ቅያት ሐደጉ ።

ጃንሆይ ከአ በሎ እናበሉ የታባብዑ ነበሩ፤ እቴጌ ፀሀይቱ ከአ ከም ወዲ ተባዕታይ
አብ ፈረስ ተወጢሔን አብቲ ባርዕ ኲናት አትየን ይዝምብያ ነበራ፤ እቲ ብእኤን ዝም
ራሕ ዝነበረ ክፍሊ ከም ሐዊ ይሻላበብ ነበረ፤ ነቲ ሬሳ እናልዓላን ንዝጠመየ እናብል
ዓን ማይ ንዝጸምኤ ማይ እናስተያን ከምዚ ዝበለ ናይ ጅግንነት ግብሪ ንውሉድ ወለዶ
ዘይርሳዕ አርአያ ዝኸውን ሥራሕ ክፍጽማ ወዓላ ።

ሊቀ መንኳስ አባተን ራእሲ አሉላ አባ ነጋን ደጃች ባሻህን ብጅሮንዲ ባልቻን
አርባዕቲኦም እዚኦቶም ዝወዓልዎ አዚዩ ዘስተንክር ዝኾነ ጅግንነት ብጠበንጃን ብመድ
ፍዕን ተሐዋዊሹ እቲ ተኹሲ ከም ዝናብ ይወርድ ነበረ፤ መሊኾም ከአ ብፈረስ ጥሒሶ
ምዎም አተዉ፤ እቲ ተኹሲ ናታቶም ሐይለ ምድርን ከጨንቑ ወዓለ ። እቲ ሠራዊት
ጣልያን ከአ እቲ ሒጅዎ ዘሎ ሕዝቢ ሠራዊት ሐበሻ አዚዩ ብርቱዕን ደፋርን ዝነፍዕን
ምኳኑ ምስረአዩ ገለ ፬ተ ሰዓት ምስተዋግኡ፤ ንድሕሪት ገጾም ምህዳም ጀመሩ፤ እቲ
የማን ጸጋም ዝሻላበብ ዝነበረ ሠራዊት ኢትዮጵያ እናርከበ አጽዋሮም እናገፈፈን እና
ማረኸን እናቐደመ ከአ ምህዳም ከልኦም ።

እቲ ጀኔራል አልበርቲኒ ከአ እታ ተወጢሕዋ ዝነበረ በቕሊ ብጥይት ተወቒዓ ምስ
ወደቐት፤ ማሪኽም ናብ ሐለቓኦም አወፈይዎ፤ ከምዚሉ እቲ ሐደ ክፍሊ ውግእ ወደቐ
እቲ ካልአይ ክፍሊ አብ ራዓዮ ዝበሃል መኻን፤ ሠራዊት ጸላኢ ጀኔራል ኤለና፤ ካብ
ሰዓት ፬ተ ስጋብ ሰዓት ፱ተ በርቲዑ ክዋጋእ ምስ ወዓለ፤ በቲ ካልእ ክፍሊ ዝነበረ ጀኔራል
አሪሞንዲ ሞይቱ ተረኺበ፤ ብድሕርዚ ከአ አብ እንዳ ማርያም ሸዊቶ እቲ ተሪፉ ዝነ
በረ ሠራዊት ጣልያን ተአኻኺቡ ካብቲ ዝቐደመሲ ከምብሐዲሽ ዝበርትዔ ኲናት
ገጠመ፤ መጠረሽትኡ ግና ክልቲኦም ከካብ ሰፈሮም እናወጹ ብትሕዞ ተዋግኡ ።

ሠራዊት ሐበሻ ሕአ ብጕራደ ዝኸእሎም ከምዘየልቦ ዝገልጽ አብነት ክህቡ ወዓሉ፤
ንጀኔራል ዳቦርሚዳ ከአ ሐደ ጅግና ብጥይት አፍልቡ ምስ ጀርገመሉ ሐነግ ኢሉ ወደቐ
እሞ፤ ብጽምኢ ማይ ጊዒሩ ሞተ ። ብድሕርዚ ዓቕሎም ምስ ጸበቦም እቶም ሠራዊቱ
ጠበንጃኦም ንምድሪ አፉ እንዳደፍኡ ክማረኹ ወዓሉ እሞ፤ ሠራዊት ኢትዮጵያ ናይ
ዓወት ዘውዲ ክደፍእ ተረኺበ ።

ካብ መጀመርታ ስጋብ መጠረሽታ ዝሞቱ ሠራዊት ጣልያን ፫ሽሕ ገለ ከአ ፺ሽሕን
ቺን ዝብሉ አለዉ፤ ምስኡ ዝነበሩ ደቂ ዓዲ ባትብዙቕ ፪ሽሕ ምውታት እዮም እተማ

ኹ ጣልያን ከአ ፪ሽሕን ፩፻ትን እዮም ፡ ፳ መዳፍዕ ፡ ብዙሕ ማእለያ ዘየብሉ ጠበናጁ ብ ወገን ኢትዮጵያ ዝሞቱን ዝቘሰሉን ኵል ኵሎም ፲፩ሽሕ እዮም ተባሂሉ ይንገር ። ታደራት ጣልያን ዝሞቱ ሞይቶም ዝተረፉ ትርፋፍያ ዝበሃሉ ተባታቲኖም ሃሃዲሞም ንዲ ቐይሕ አቢሎም አተዉ ።

አብዚ ምህዳም እዚ ከአ ጀኔራል ኤለና ዝበሃል ብጥይት ቈሰለ ፡ ብድሕርዚ ሠራ ት ሐበሻ ስጋብ መረብ አሳጊሮም ንዓድዋ ተመሊሾም አብ ትሕቲ ጃንሆይ ኰይኖም ቲ ዓወት ዝሃበ አምላኽ ምስጋና አቕረቡ ፡ ብድሕሪኡ ከአ ፍርዲ ንምርኰኛታት ተጀ መረ ፡ ጣልያንን ዓረብን ምሕረት ተገብረሎም ።

አብዚ ውግእ እዚ አይተ ውዓሎም በዓል እንክጨው ምእንቲ ንዓዱን ንሃይማኖቱን ም ሰላይ ኰይኑ ፡ ብዲፕሎማሲ ካብ ሽሕ አጽዋር ዝሐዙ ወታደራት አዚዩ ዝበለጸ ራሕ ጅግንነት ፈጸመ ። እቶም እተማረኹ ጣልያንን ዓረብን ፡ መብልዕን መስተን ኸቡ ፡ ብድሕሪ እዚ አብ ዓለም እዚ ዝገርም ዓወት ኢትዮጵያ ምስተ ሰምዔ ካብ ሊቀ ጳጳሳት ብፁዕ ወቅዱስ ጳጳስ ልዮን መበል ፲፫ተ ቊጽሪ ካብኦም ሐደ ልማኖ ዝሐዘ ጽሑፍ ብ ዳግማዊ ምኒልክ ንጉሠ ነገሥት መጸ ።

እቲ መልኽቲ ከአ ከምዚ ዝስዕብ ነበረ ፤ ይብጻሕ ናብ ሐያል ካብ ሐያላት ናይ ኢትዮጵያ ንጉሠ ነገሥት ዳግማዊ ምኒልክ ሰላም ንዓኹምን ንቲ ዕዉት ሕዝብኹምን ይኹን ፡ በቲ ክርስቲያን ዝኾነ ተግባርኩም ነዚ ዘቕርበ ዘሎኹ ልማኖን ምኽርን መር ሚርኩም ሠናይ ዝኾነ ግብሪ ክትፍጽሙ ይአምነኩም አሎኹ ፡ አምላኽ አብ ዘመተ ላእትኹም ደቂ ጣልያን የሕሊፉ ሂብኩም አሎ እሞ ፡ እቶም ምሳኹም ዘለዉ ምሩ ኻት አብዛ ሃገር ኢጣልያ ዘለዋ በሽሐት ዝቑጸሩ እኖታቶምን የሕዋቶምን አንስቶ ምን ዝዓበየ ሐዘንን ጭንቅን ድአ ይኾኑ እምበር ፡ ንግርማዊነቶምስ አብ ሐይልኹም ኮነ አብ ዝናኹም ኮነ ገለኳ ዝውስኹልኩም የብሎምን ።

ንሕና ከአ ከምቲ ካብ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እተቐበልናዮ ሐደራ ከም ደቅና ጌርና ኢና እንናፍቖም እሞ ፡ ብሽም ቅድስት ሥላሴን ብድንግል ማርያምን ብስም እቲ እትናፍቕዎ ጐይታ ፡ ብዝፈጠነ ምሕረትኩም ከምትፍንዉለይ ግበሩለይ ኢለ የማሕጽን ኩም አሎኹ ፡ ነዚ ዘቕረብኩልኩም ልማኖ ከም አረማዊ ክፉእ ሰብ ከይትሕሰምዎ ነዚ እንተዘየንበብኩም ናብ ቅድሚ ዓለም ነገሥታት ከይትርከቡ ፡ ከምኡ ከአ እዛ ወረቐ ተይ አብ መዝገብኩም ገልብጥዋ ምስክር እያ ፡ ንስኹም ብትገብርዎ ምሕረት ግብሪ ከአ ባዕሉ እቲ ርሕሩሕ ኵሉ ዝኽእል አምላኽ ክኽሕሰኩም እዩ ።

ከምኡ ከአ ብዙሐት ዓበይቲ ሰባት ድማ አብ ዓለም ድምጾም ክብ አቢሎም ክል ዕሉኹምን ከመስግንኹምን እዮም ፡ ካብቶም አብ ቅድሚት ዝርከቡ እኳ ንሕና ኢና እዚ ናይ ልማኖ ቃል ተፈጺሙ ክንርኢ ብተስፋ እንዳ ተጸበና ልዑል እግዚአብሔር ከአ አብ ልዕሌኹምን አብ ልዕሊ ሕዝብኹምን በረኸቱ የውርድ እናበልና ናይ ወርትግ ጸሎትና ንገልጽ ፡ ልዮን መበል ፲፫ተ ሮማ ።

ጃንሆይ በዚ ካብ ጳጳስ ዝመጸ ቃል ፡ ነዞም አብ ኢዶም ዝርከቡ ምሩኻት ደቂ



ጣልያን ብቅልጡፍ ክለቕዎም አይክአሉን ፡ እንዳጕሃዩ ተስፋ ዘለዎ ደብዳቤ መልሱ ናብ ሊቀ ጳጳሳት ጸሐፉ ፡ ድሕሪ ሒደት እዋን ዳግማዊ ምኒልክ ዕርቂ አብ መንጎ ጣል ያንን ኢትዮጵያን ምስተፈጸመ ፡ ምሩኻት ደቂ ጣልያን ተማሒሮም ንዓዶም ተመሊ ሾም አተዉ ፡ እቶም ዝተማረኹ ጣልያን ፩ሽሕን ፮፻ትን እዮም ይበሃል ፡ አሽሐት ባት ብዙቕ ከአ ዓዶምን መንግሥቶምን ዝወግኡ ተዳሂሎም የእዳዎምን የእጋሮምን ሰአኑ ፡ ጣልያን ከአ ንመረብ ምላሽ ሕጁ ተቐመጠ ፡ በዚ ከምዚ ንሕና ሰብ ሐማሴን ጠፊእና ተረፍና ፡ ነዚ ኵሉ ሪኡ ሐደ ሰብአይ አስተንቲኑ ከምዚሉ ገጠመ ፤

ውሬሳው ካሣ ብድርቡሽ ምስ ፈረሰ
ንጉሥ ባሕሪ መጸ እንዳሐምበሰ
መድፍዕኒ ረኼትኒ እናተኰሰ
እልፊ ጭዋ ወደባት እናተሐበሰ
ነዃል ዝኢዱ ክመጽእ እዩ ትብሉና ቴድሮሰ
ገና ፈዳይ ሕነ ክውለድ ዝበሃል ንጉሠ
ገጹ ከይረኤና ምድሪ መሰ
ባዕልኹም ትፈልጡ ሥላሰ ።

ኢሉ ሐደ ሰብአይ ድሕሪ ኵናት ዓድዋ ገጠመ ይበሃል ።

## ስለ ግርማዊ ቀዳማዊ ኃይለ ሥላሴ ሐጺር ዛንታ ።

ግርማዊ ቀዳማዊ ሀፀይ ኃይለ ሥላሴ ብ፲፰፻፹፬ ዓመተ ምሕረት ሐምሌ ፲፮ መዓ ልቲ ፡ ካብ ልዑል ራእሲ መኰንንን ካብ ወይዘሮ የሺ እመቤትን ፡ አብ ሀረር አውራጃ አብ እጀርሳ ጎሮ ተወልዱ ፡ እእምርኦም ንትምህርቲ ክፈቕደሎም ከሎ እዋን ፡ ብናይ ኢትየጵያን ብናይ ፈረንሳውን ብትግሃት መንፈስ አዘውቲሮም ትምህርቶም ይቕጽሉ ነበሩ ፡ አብ መንጎ እዚ ዳግማዊ ምኒልክ ፡ ገና ወዲ ፲ተ ዓመት ዕድሜኦም ከለዉ ደጊ ያት ተፈሪ አበልዎም ፡ ብድሕሪ እዚ አቦኦም ልዑል ራእሲ መኰንን ከለዉ ፡ ብ፲፰፻፺፰ ዓመተ ምሕረት ብ፲ተ መዓልቲ ወርኂ ጥሪ ብዕለተ ሰንበት ፡ ደጊያት ተፈሪ ተባሂሎም ተሸሙ ።

ንመጋቢት ፲፫ መዓልቲ ፡ ልዑል ራእሲ መኰንን ካብዚ ዓለም ብሞት ተፈልዩ ፡ ብድሕሪ እዚ ባዕሎም ዳግማዊ ምኒልክ ብዛዕባ ራእሲ መኰንን ብዙሕ ሐዘኑ ፡ ደጊያት ተፈሪ ከአ ትምህርቶም እናቐጸሉ ናብ ዳግዊ ምኒልክ ትምህርቲ ቤት ከለዉ ፡ ብ፲፱፻፪ ዓመተ ምሕረት ብምሉኡ ናይ አቡኦም ግዝአት ዝነበረ ፡ ናይ ሀረር ጠቕላይ ግዝአት ተሸሙ ፡ ብ፲፱፻፫ ዓመተ ምሕረት ጓል ጓሎም ንንጉሥ ሚካኤል ወይዘሮ መነን ብወ ርኂ ሰነ ናይ መርዓ ሥነ ሥርዓት ተፈጸመ ፡ ንእኤን ምስእተዉ ፡ ብ፳፪ መዓልቲ ጥሪ ፲፱፻፭ ዓመተ ምሕረት ፡ ንልዕልቲ ተናኘ ወርቅ ወለዱ ።

ብድሕሪ እዚ ንራእሲ ተፈሪ ብአንደበቶምን ብትግሃቶምን አርሒቕምን አዕሚቖ ምን ዘስተውዕሉ ብምዃኖም ፡ ሕዝቢ ኢትዮጵያ ካብ ልቢ ተቐቢልዎም ነበረ ፡ ብድሕ

ንግሥተ ነገሥታት ዘውዲቱ ንመንግሥትነት ክሕረያ ከለዋ፡ ንሶም ከአ ልዑል ልጋ ወራሽ ናይ ኢትዮጵያ እንደ ራሴ ተባሂሎም ናይ አልጋውራሽነት መዓርግ ወርቂ ማ አሠሩ፡ ብቕድሚ እዚ ልዑል አዝማች አሰፋ ወሰን ሐምሌ ፳ መዓልቲ ብ፲፱፻፰ መተ ምሕረት ተወልዱ፡ ብድሕሪኦም ከአ ሐምሌ ፲፰ መዓልቲ ብ፲፱፻፱ ዓመተ ምሕ ት ልዕልቲ ዘነበ ወርቂ ተወልዳ፡ ጥቅምቲ ፪ መዓልቲ ብ፲፱፻፲፪ ዓመተ ምሕረት ዕልት ፀሀይ ተወልዳ፡ ጥቅምቲ ፮ መዓልቲ ፲፱፻፲፮ ዓመተ ምሕረት ልዑል መኰንን ወልዱ፡ የካቲት ፳ መዓልቲ ፲፱፻፳፫ ዓመተ ምሕረት ልዑል ሣህለ ሥላሴ ተወልዱ ።

ብ፲፱፻፱ ዓመተ ምሕረት አብ ሰገሌ ንጉሥ ሚካኤል ገለ ፹ ሽሕ ዝአክል ሠራዊት ኽቲቶም ምስ ልዑል አልጋ ወራሽ ተፈሪ ተዋጊኦም ብብዝሒ ኃይሊ ደምሲሶም፡ ልጋ ወራሽ ስዒሮም ንጉሥ ሚካኤል ኢዶም ሃቡ፡ በዚ ከምዚ ድሕሪ ክንደይ ሕል ት እቲ ኲናት ተፈጸመ ። በድሕሪ ስዕረት እዚ ልዑል አልጋ ወራሽ ተፈሪ ምስቶም ጋኑን እሙናትን ዝኾኑ ገላውኦምን መኳንንቶምን ብዓቢይ ዓጀብን ግርማ ዝመልአ ወትን ናብቲ ርእሲ ቅንዲ ከተማታት አዲስ አበባ፡ ጥቅምቲ ፳፬ መዓልቲ ብ፲፱፻፱ መተ ምሕረት ብዘስተንክር ሠልፊ አዲስ አበባ አተዉ፡ ብድሕርዚ ብየካቲት ወርኂ ብ፲፱፻፲፱ ዓመተ ምሕረት ኤሌክትሪክን ብዝበለጸ ንኸተማን ንመገድታትን ከምዚከፋፈል ገበሩ፡ ከምኡ ከአ ንሥርዓተ ንግሥና ዝኸውን የዳልዉ ነበሩ ።

ብየካቲት ወርኂ ፬ መዓልቲ አብ ቅዱስ ጊዮርጊስ ቤተ ክርስቲያን ቅብዓተ መንግ ሥት ብዝግባእ ተቐብኤን ናይ ኢትዮጵያ ንግሥተ ንግሥታት ዘውዲቱ ወለቱ ለዳግማዊ ምኒልክ ተባሂለን ዘውዲ ደፊኤን ሥርዓተ ንግሥና ተፈጺሙ አብቲ ዝፋን አቦታተን ተቐሚጠን፡ ንጉሥ ወልደ ጊዮርጊስ ናይ ንግሥነት መዓርግ ተዋሂቦም ንጐንደር ተሸሙ፡ ብድሕርዚ ከአ ኢትዮጵያ አብ አፍሪቃ ብዝበለጸ ቀዳምነት እኳ እንተ ነበራ ምስ ዓለም ነገሥታት ዘራኽብ ማሕበር ስለ ሕዝቦምን ዓዶምን ሐለዋ መድሕን (ሲኩሪቲ ኮሌክቲቭ) ዝብሃል ውዑል ብኸንደይ ተጋድሎ ደቂ አፍሪቃ ዘይረኸብዎ ዕድል ይግብእ አቢሎም አፍሪዶም፡ ካብተን ናይ ዓለም ሕቡራት መንግሥታት ቀዳመይቲ ኰይና ብምርካብ፡ ንዓለም አገሪምዎ አሎ ።

ብድሕርዚ ልዑል አልጋ ወራሽ ተፈሪ ንዓባይ ብሪታንያ መንግሥቲ እንግሊዝ ተለ አኢኹም፡ እቲ ዘውዲ ሀፀይ ቴድሮስ ካብቲ ዝነበሮ መኻን መለስዎ፡ ደድሕርዚ ከአ ብርሃንና ሰላም ናብ ኢትዮጵያ፡ ነቲ ብብርዒ እናጸሐፍካስ ብዙሕ አሳልጦ ዘይህብ ብም ኺኑ ተገንዚቦም ማሕተም አምጺኦም ተኸሉ ። ብ፲፱፻፳፫ ዓመተ ምሕረት ሐዲሽ ወን ጀለኛ መቕጫ አቐሙ፡ ደድሕሪኡ ከአ ብዙሓት ኤውሮጳውያን መምህራንን ሐኻይ ምን በብዓይነቶም አምጺኦም ጥበብን ዕውቀትን ከምዚሳፋፋሕ ገበሩ ።

ብ፲፱፻፳፫ ዓመተ ምሕረት ብወርኂ መስከረም አብ አራዳ ጊዮርጊስ አደባባይ ሐወ ልቲ ዳግማዊ ምኒልክ ዕፁብ ዝኾነ አቘሙ፡ በዚ ዓመት እዚ ከአ ናይ ኢትዮጵያ ባንክ አቘሙ፡ ከምኡ ከአ ሕገ መንግሥቲ አቘሙ፡ ቅድም ኢሎም ብ፲፱፻፳፪ ዓመተ ምሕ ረት ራእሲ ጉግሣ ወሌ ሸፊቶም ንመጋቢት ፳፪ መዓልቲ ብዙሕ ሠራዊት ካብ ክልቲ



አም ተዋጊኦም ናይ ልዑል አልጋ ወራሽ ተፈሪ ወታደራት ስዒሮም፡ ራእሲ ጉግ ወሌ ናብ ኲናት ሞይቶም ተረኺቡ ዘሕዝን እዩ ።

ራእሲ ጉግሣ ወሌ እምቢ ማለቶም በዚ ከምዚ ዋጋኦም ረኸቡ፡ ነቲ ሕዝቢ ከ ልዑል አልጋ ወራሽ ምሕረት ገበርሉ ። ንግሥተ ንግሥታት ዘውዲቱ አብ ናይ አቦ ተን ዙፋን ተቐሚጠን ፲፫ ዓመት ዝአክል ብርኅራኄ የካይድኦ ምስ ነበራ፡ መጋቢ ፳፬ መዓልቲ ብ፲፱፻፳፪ ዓመተ ምሕረት ካብዚ ዓለም ብሞት ተፈልየን፡ ብኽብሪ ዝ ልኦ ሥርዓት ቀብረን ተፈጸመ ። ብድሕሪ ፯ተ ወርኂ ጥቅምቲ ፳፫ መዓልቲ ብ፲፱፻፳ ዓመተ ምሕረት ፤ በዚ ዘበን እዚ ልዑል እግዚአብሔር ፍቓዱ ኾይኑ፡ ግርማዊ ቀዳማ ኃይለ ሥላሴ ንጉሠ ነገሥት ዘኢትዮጵያ ተባሂሎም አብ ቅዱስ ጊዮርጊስ ቤተ ክርስቲ ያን ሥርዓተ ንግሥና ክግበር ከሎ ናይ ሕቡራት መንግሥታት ከካብ መንግሥቶም ተ ዲሞም መጺኦም ብዓቢይ ክብሪ ሥርዓተ ንግሥና ተፈጸመ፡ ከምኡ ከአ ወዶም ልዑል አዝማች አስፋ ወሰን ናይ አልጋ ወራሽነት መዓርግ ተቐበሉ ።

ብ፲፱፻፳፫ ዓመተ ምሕረት ንኢትዮጵያ ሕዝቦም ብዘበናዊ አነባብራ ንብረቱን አካይ ድኡን ከተሐያይሽሉ ኢሎም ፓርላማ አስሪሖም አመረቑ ገና ናይ ሥራሕ ፍሬኦም ከየ ርአዩ፡ ጣልያን ቅድሚ ፵ ዓመት አትሒጁ ዝደልዮ ዝነበረ ግፍዒ ናብ ልዕሊ ኢትዮ ጵያ ክፍጽሞ ተላዕለ ። ብ፲፱፻፳፯ ዓመተ ምሕረት ናብ ኢትዮጵያ ዘሕዝን ግፍዒ ተፈ ጸመ፡ ግርማዊነቶም ከአ ነቲ እግዚአብሔር ዘምጽኦ መዓት ብትዕግስቲ ስጋብ መወዳ እታ እናተኻላኸሉ ምስ ጸንሑ ናብ ዓለም መንግሥታት ድሕሪ ክንደይ ድኻምን ተጋ ድሎን አብ ጀኔብ ከይዶም፡ ብሕቡራት መንግሥታት ናይ ዓለም ተሐጊዞም ብ፲፱፻፴፫ ዓመተ ምሕረት፡ ንጸላኢ ድል ጌሮም ናብቲ ርእሲ ከተማታት አዲስ አበባ ብሚያዝያ ፳፯ መዓልቲ አትዮም ብሥልጣን ክመርሕዎ ጀመሩ ።

ዝሐለፉ ነገሥታት ኢትዮጵያ በብዘበኖም ክምነይዎ ዝነበሩ፡ ብድሕሪ ክንደይ ክር ክርን ተጋድሎን ቀዳሞት ከይኰነሎም ተሪፉ ዝነበረ ናይ ቤተ ክህነት መዚ፡ ግርማዊ ነቶም ብዘይ ጳጳስን አባትርያርክን ምምባርሲ ውርደት ኰይኑ ስለ ተሰምዖም፡ ቀዳሞት ክገብርዎ ዘይክአሉ ብዘበኖም ፈለማ ጳጳሳት ቀጺሉ ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ቀጺሉ ከአ ቅዱስ ወብፁዕ አባትርያርክ ከምተን ክልኦት ዓበይቲ ብሄራት ዓድታት አቐጽርዋ ። እዚ ዕድል እዚ ብዘበንና ምርአይናን ብምርካብናን ንትውልዲ ዘይርሳዕ እዩ፡ መረብ ምላሽ ከአ ካብ ሐያሎ ዘበናት ብዓመጽ አብ ባዕዳን ኢድ ተታሒዛ ካብ አዲአ አካል ተፈልያ ዝነበረት ፤ እቶም ባዕዳን ገዛእቲ ብኲናት እኳ እንቲዘይለቐቑስ ካብ ኰናት ዝገ ድ ብናይ ዲፕሎማሲን ብናይ ፖሊቲክ ዝተደኽሞን ዝተጻዕሮን ንምኺኑ አብ ማንም ሐሲና ተቐሪጹ አሎ ።

ብ፲፱፻፵፬ ዓመተ ምሕረት ምስታ አካላ ዝኾነት ኢትዮጵያ ሐቢራ፡ እንሆ ብግርማ ነቶም ትምራሕ አላ፡ አብ ኵሉ ኢትዮጵያ ቤት ትምህርትታት አዝዩ ተስፋሕፊሑን ገዕቢሉን፡ ካብ ሰዓት ናብ ሰዓት፡ ካብ ጊዜ ናብ ጊዜ ብዙሕ ስጉምቲ ወሲዱ፡ እቶም ንጻታት አብያተ ትምህርቲ ብዝበለጸ ይጋፋፍሑን ይተሐያየሹን አለዉ ። ብናይ ኤክ

ኖሚክን ብናይ እንዱስትሪን ብናይ አየር ምርኽኻብን ብናይ ዲፕሎማሲ ርክብን፡ ብብ ዝሐዘ ኵሉ ምቅድዳም ሒዙ አሎ ።

ኢትዮጵያ ብግርማዊነቶም ጽቡቕ ፍቓድን ርእየቶምን ዝአተወቶ ናይ ዓለም ግሊ በር ስለ ዘለዋ ወዲ ሰብ ናይ ሕይወት መድሕን (ሲኩሪቲ ኮሌክቲቭ) ዝብሃል ውዑል ስለ ዝሃለዋ አብ ኰረያ ኲናት ወታደራት ምስ ሕቡራት መንግሥታት ጐኒንጐኒ ኰይና ብዝበለጸ ጅግንነት ዓወት ዘለዎ ንዓዶምን ንንጉሠ ነገሥቶምን ጽቡቕ ሽምን ዛንታን አትሪፎም አለዉ፡ ከምኡ ከአ ነቶም ካብ ብዙሕ ዘበናት ነፃነት ዝማሐደኑም አፍሪካ ውያን የሕዋትና ንነብሲ ወከፍ አፍሪካዊ ነፃነቱ ክረክብ ብዝክአል መጠን ካብ ነዊሕ ዘበን ጀሚሮም ካብ ምድካም ሐንቲ መዓልቲ ከየቋረጹ ብትግሃትን ብብልሀነትን ነፃነ ቶም ከምዘጓናጽፍዎም፡ እቶም ነፃ ዝኾኑ መንግሥታት አፍሪካ ንግርማዊ ቀዳማዊ ኃይለ ሥላሴ ንጉሠ ነገሥትን ንሕዝቦም ኢትዮጵያን ዓቢይ ምስግና ዘለዎ ከይርሳዕ አብ ነብሲ ወከፍ ጽሑፍ ምዕራፍ ሒዙ ይርከብ ።

ግርማዊነቶም ካብ አካለ መጠን ዐቕመ አዳም ካብ ዝኾኑ ጀሚሮም፡ በቲ ብሩህ ዝኾነ አእምርኦም፡ ነቲ እተዋህቦም መዚ ኵሉ ንኢትዮጵያ ዓዶምን ንሕዝቦምን ልም ዓትን፡ ብዲፕሎማሲ ርኽክብ ብፍቕሪ ሰንሰለት ምትእስሳርን ምስ ብዙሓት መንግሥ ታት አዛማድዮምናን አኹሪዖምናን ከምዘለዉ፡ ንዓለም አደኒቕዎ አሎ፡ ናይ ኢትዮጵያ እምባታትን አፍላጋትን ቆላታትን ቀላያትን ብዕልልታ አምላኾም የመስግኑ ።

ስብሐት ንልዑል እግዚአብሔር ይኹን ።



## ዝኸበርኩም አምበብቲ ።

ናይ መጻሕፍቲ ምንባብ ልማድን ናፍቆትን ዘለኩም ካብ ብብዙሑ ብሒደቱ ካብ ነዲሉ ብሐጺሩ የቕርብ አለኹ ።

፩ — ሐደ ወዲ ሰብ ንአካለ መጠን ምሰርከበ ቀንዲ አብ ግብሪ ከውዕሎ ዝግደሰሉ አርሒቅካ ምርአይን የዕሚቑኻ ምሕሳብን እዩ ።

፪ — አርሒቅካ ምርአይ ማለተይ ካብ ፍጥረተ ዓለም ጀሚሩ ስጋዕ ዘበና ካብ ዘሎ ናዮ ዘበን አታሐሒዙ ንዝስዕብ ግዜታት እተፈፀመን ክንፍዕሞ ዝግበአናን ፩ ካብ ትም ሀርቲ ዝረኸብናዮን ፪ ብመጻሕፍቲ ናይ ጥንቲ ብምምባብ አስተውዒልና ዝአከብናዮም ሐረግ ናይ ወዲ ሰብ ትውልዲን ናይ አበው ዛንታን ተአኪቡ አብ ሐደ ጽሑፍ ምዕ ራፍ ሕጁ ነንበብቲ ምቕራብ አለዎ ።

፫ — ነቲ ዝረኸቦን ዝአከቦን ዝደኸሙሉ መጻሕፍቲ አዳልዩ ነንበብቲ ከየቕረበ እንተ ተረፈስ መብራህቱ ከም ዝሐብአ ጥራይ ከይኰነስ ሕይወቱ ባዕሉ ከም ዝቐተለ ዘቖጸሮ እዩ እንተልኩ ስሕተት አይኾነን እዩ ።

፬ — እዚ ክብል ከሎኹ ሐደ ሰብ በአእምሮ ዘይበሰለ ብሕሊና አመት ብልቢ ወለድ አርሒቑ ዘይምስትውዓል ባህሊ ዓድን እምነትን ልማድ አበውን ዘይሰማማዕን መድ ሐን ዘይብሉ ደሪስካ ምቅራብሲ ይቅሬታ ዘየብሉ ነውሪ፡ ፈውሲ ዘየብሉ ቁስሊ፡ መሠ ረት ዘየብሉ ቤት እዩ፡ እንተልኩ ድፍረት ኢይኮነን እዩ ።

፭ — ግና ዕድሚኦም ምሉእ ከምቲ አብ ላዕሊ ተጠቂሱ ዘሎ ካብ ብዙሕ ዓለማት ዝርከቡ ጥንታውያንን ዘበናውን ዝተጻሕፈ ለይትን መዓልትን ብትግሀት አማሚኺሮምን አጻሬዮምን እሞ ንህዝቢ ክካፈል ኢሎም አዳሊዮም ከቅርቡልና ከለውስ፡ ካብ ክንዲ ዝበቅዕ ናይ ድኻሞምን ሞያኦምን ብምስጋና ዋግኦም አብ ክንዲ ምቕራብሲ ሐድ ሐደ ሰባት ቅድሚ ሐደ ገጽ ምንባቦምን ምምዝዛኖምን ዘለፋን ነቐፍታን ከቕርቡ እንተተረ ኺቡ፡ ነቶም ደረስቲ ሐሳቦም ብሸዊቱ ምቁራጽ ማለት እዩ፡ እሞ ክቡራት አምበብቲ ካብቲ ድርስቲ ነቕርበልኩም ጽሑፍ ምናልባት ወዲ ሰብ ኰይኑ ስሕተት ዘይርከቦ ፍጡር አይርከብን እዩ እሞ፡ እዚ መጽሐፍ'ዚ ብንባብ ክትሐልፍዎ ከሎኹም አብቲ ዝንነፍኩም ናይ ሐድ ሐደ ቃላት ግዱፍ ወይም ስም ስሕተት እዩ እትብልዎ እንተሎ ቅድሚ ምንቃፍኩም ብጽሑፍ ዝበቅዕ መረዲኢ ዝሐዘ ኰይኑ ክቐርበለይ አነውን ብናፍቖት ክቕበሎ ፍፁም ሐረርታይ ከም ዝኰነ እገልጽ አለኹ ።

ፍ ጻ ሜ ኰ ነ ።

## ምእራም ጌጋ

| ጌጋ | ገጽ | መስመር | እሩም |
|---|---|---|---|
| ቋንቋትታ | 3 | 14 | ቋንቛታት |
| ከብ | 5 | 6 | ካብ |
| ተቑበልዋ | 5 | 21 | ተቑበልዎም |
| ሐውለተ | 11 | 14 | ሐውልት |
| ሡሐር | 13 | 27 | ሡሐርቲ |
| ንሰንበተ ሐነከን | 24 | 3 | ሐነከ ሰንበተ |
| አንበሳ ጅር ወዲ ጅር ገደላ | 27 | 27 | ጅር ገደላ ወዲ አንበሳ ጅር |
| ፫ተ ወለደ | 28 | 30 | ፪ተ ወለደ |
| ብዝሖም | 55 | 17 | ብብዝሖም |
| ደማ | 71 | 26 | ድማ |
| መንሳፅን | 75 | 5 | መንሳዕ |
| ሰንበት መሐሪ | 76 | 26 | ሰንበተ መሐሪ |
| ስለዋ | 78 | 24 | ሰለዋ |
| ዓድያቦ | 84 | 17 | አድያቦ |
| ንቀኛዝማ | 85 | 23 | ንቀኛዝማች |
| ወለደ | 86 | 12 | ወለደት |
| ሐሐሊፈ | 89 | 13 | ሐሐሊፉ |
| ጐረፈታይ | 89 | 18 | ጐረፍታይ |
| ሐዘ | 89 | 27 | ሐዞ |
| ዝወድሉ | 90 | 18 | ዝወጽኡ |
| ተስፍይ | 96 | 17 | ተስፎይ |
| እተጋደመት | 98 | 15 | እተገደመት |
| ሡረወታይ | 98 | 29 | ሡለወታይ |
| እብ | 99 | 11 | እብ |
| ጽጋዓ ደጋላ | 99 | 17 | ጽንዓ ደግለ |
| ቀይማይ | 101 | 5 | ቀዳማይ |
| ቀርናን | 101 | 6 | ቀይናን |
| ወዳ | 101 | 11 | ወዲ |
| ድፅቡል | 102 | 22 | ድዕቡል |

ምእራም ጌጋ

| ጌጋ | ገጽ | መስመር | እሩም |
|---|---|---|---|
| ከብእቶም | 103 | 30 | ካብእቶም |
| ንዳማዊ | 105 | 14 | ንዳግማዊ |
| ስማሕ | 112 | 21 | ስናሕ |
| ምልጥቲ | 123 | 4 | ፍልጥቲ |
| ወስን | 129 | 27 | ወሰን |
| እኩለ ጉዛይ | 133 | 16 | እኩሎ ጉዛይ |
| ዓስኻ | 134 | 14 | ንስኻ |
| እምሐን ሀብ ስሉስ | 138 | 16 | እምሐ ንሀብ ስሉስ |
| ዝፅውዐላን | 140 | 31 | ዝጽውዐላን |
| ጂሕ | 143 | 23 | ሕጂ |
| ባምብሎ | 145 | 12 | ባምቦሎ |
| ምሪ | 152 | 14 | ምድሪ |
| ነብሩ | 156 | 19 | ነበሩ |
| ክነጥም | 156 | 29 | ከነጥሚ |
| ደረዱ | 156 | 35 | ወረዱ |
| እዚ | 157 | 6 | (X) |
| ካብዚኦ | 158 | 4 | ካብዚኦም |
| ንነብረጽየን | 160 | 16 | ንደብረጽየን |
| እዩም | 160 | 28 | እዮም |
| ተሸሞ | 161 | 2 | ተሸም |
| ሐደ | 161 | 8 | ሐዳ |
| አግፈሒ | 161 | 31 | አግፈሑ |
| ምዕራፍ ርኤ | 162 | 5 | ምዕራፍ ፳፯ |
| » | 162 | 6 | » ፳፯ |
| | 162 | 10 | » ፴፯ |
| ጉንዳ ጉንዲ | 164 | 23 | ጉንዳ ጉንዶ |
| ብፀር | 165 | 11 | ብዐር |
| መጻሕፍቲ | 166 | 3 | መጻሕፍቲ |
| ሁማሮር | 168 | 32 | መሮር |






ምዕራፍ

## አርእስቲ

ቀዳማይ ናይ ዛንታ መእተዊ . . . . . . . . .
፩ ብቐዳማይ አሪት ቀድሚ ማይ ጥፍአት . . . . . . .
፪ ብሔረ አግዓዚት . . . . . . . . . . . .
፫ ዘርኢ ሊቀ ካህናት አዛርያስ . . . . . . . . .
፬ ምእታው ክርስትና ናብ ኢትዮጵያ . . . . . . .
» ፪ ሩፊኖስ . . . . . . . . . . . . .
፭ ምእታው ኢትዮጵያውያን ናብዚ . . . . . . .
፮ ሐውልቲ መጠራ . . . . . . . . . . .
፯ ንግሥተ ሳባ አብ ማይ በላ ተበኹረት . . . . . .
፰ ብዘመን አብርሃ አጽብሐ ናይ ምስፍሕፋሕ ሃይማኖት . . .
፱ መሠረት ዓሌት ዛጌ . . . . . . . . . .
፲ ብዘመን ጉዲት ወይከዓ ዮዲት . . . . . . . .
፲፩ ደቂ መራ ተክለ ሃይማኖት ዝገዝእዎ ዘመናትን ሽሞምን . . .
፲፪ ሐማሴን እተባህለሉ ምኽንያት . . . . . . .
፲፫ ምምጻእ መሮኒ ናብዚ ምድሪ ሐማሴን . . . . . .
፲፬ ደቂ ጅራት ቀጬን . . . . . . . . . . .
፲፭ ወለዶ ደቂ ሮብራ . . . . . . . . . . .
፲፮ ዘርኢ ሐውያ . . . . . . . . . . . .
፲፯ ወለዶ ደቂ አንበሳ ጅር ወዲ ጅር ገደላ (ዘርኢ አድከመ) . . .
ዘርኢ ዓቓፅን ሐዊ ታዴዮስ . . . . . . . . .
ዘርኢ አኮሎም ድማ ከምዚ'ዩ . . . . . . . .
ወለዶ ባሕረ ነጋሢ ኃይለአብ . . . . . . . .
ዛንታ ዳግማዊ ተስፉ ልዑል . . . . . . . .
፲፱ ምሕዝ ሥልጣን ደቂ ባሕረ ነጋሢ ኃይለአብ . . . . .
ወለዶ ዘርኢ ክርስቶስ መዋኢ ሐው ተስፉ መዋኢ . . . .
ዘርኢ ትንሳኤ ክርስቶስ (ቁንጹብ) . . . . . . .
ዘርኢ (ሥእለጽዮን) . . . . . . . . . .
ዘርኢ ቦኽረጽየን ወዲ ክርስቶስ መዋኢ . . . . . .
ዘርኢ ሥብሐት ለአብ . . . . . . . . . .
ዘርኢ ናይል ወዲ ሥብሃት ለአብ . . . . . . .
ዘርኢ ክፍለት ወዲ ናይል . . . . . . . . .

| ምዕራፍ | ኣርእስቲ | ገጽ |
|---|---|---|
| ፲፱ | ዘርኢ ባሕረ ነጋሢ ሥምረት ለአብ | ፴፭ |
| » | ዘርኢ ካምል ወዲ ያዕቆብ ቆራይ | ፴፭ |
| » | ዘርኢ ተዓረዝጊ ሐው ማዕቀባዝጊ | ፴፮ |
| ፳ | ዘርኢ ባሕረ ነጋሢ ዑቅባንኪኤል ጥቁር | ፴፮ |
| » | ዘርኢ አቶ ብርሃን ወዲ አርዓዶም | ፴፯ |
| ፳፩ | ዘርኢ ዳግማዊ ቶምቦሳ ሐው ንባሕረ ነጋሢ ዑቕባሚካኤል | ፴፱ |
| » | ዘርኢ ባሕረ ነጋሢ ዮሐንስ ሀካይ | ፴፱ |
| » | ወለዶ ደቂ ርብቃ ጓል ብሌን ሰገደ | ፵ |
| » | ወለዶ ደቂ ምብራቀ ፀሐይ ጓል ብሌን ሰገደ | ፵ |
| ፳፪ | ወለዶ ምልጋእ | ፵፩ |
| » | ዘርኢ ሽማካዝጊ ወዲ ምልጋእ | ፵፪ |
| » | ዘርኢ ወረሰናዝጊ ወዲ ምልጋእ | ፵፪ |
| » | ዛንታ አዝማች ተስፉ ልዑል | ፵፫ |
| » | ዘርኢ ጋብለ | ፵፫ |
| » | ዘርኢ ማና | ፵፫ |
| ፳፫ | ቀዳማይ ዘመተ ሀፀይ ሠርፀ ድንግል ምስ ትርኩ | ፵፬ |
| » | ጅግንነት ባሕረ ነጋሢ ዕቑባ ሚካኤል ጥቁር | ፵፭ |
| » | ዓወት ባሕረ ነጋሢ ዕቑባ ሚካኤል | ፶ |
| ፳፬ | ወለዶ ሰብ ሊባን | ፶፩ |
| ፳፭ | ወለዶ ደቂ ከታይ ትምዝአ | ፶፫ |
| « | ዛንታ ከታይ | ፶፫ |
| ፳፮ | አብዚ ምድሪ ሐማሴን ዘለዉ ሕዝቢ ጭዋ | ፶፭ |
| ፳፯ | ጭዋ ቀደም ዓቀይቶት ንጉሥ እዮም | ፶፮ |
| ፳፰ | ምድሪ ፫ተ ደቂ ተስፋ ገርግስ ነቕዔ | ፶፯ |
| ፳፱ | ወለዶ ሰብ ዛግር | ፶፰ |
| ፴ | ንእሽቶይ ዛንታ ደቂ ሽሕይ | ፶፱ |
| ፴፩ | ወለዶ ደቂ ሮቤል | ፶፱ |
| » | አማጻጽአ ለነ | ፷ |
| ፴፪ | ወለዶ ደቂ ማሉቕ ብፍላይ | ፷፩ |
| ፴፫ | ዘርኢ አክለጨየን | ፷፪ |
| ፴፬ | ዘርኢ ሐድጋይ ወዲ አክለ | ፷፫ |
| ፴፭ | ዘርኢ ድግናይ ወዲ አክለ | ፷፭ |
| » | ዘርኢ ጴጥሮስ ሐው ሣሙኤል | ፷፭ |
| » | ዘርኢ ቡግናይዝጊ ወዲ ጉድቦዝጊ | ፷፭ |





| ምዕራፍ | ኣርእስቲ | |
|---|---|---|
| ፴፮ | ወለዶ ተክለጨን አቦ ጉዛይ | |
| ፴፯ | ዘርኢ ዓቃዕን ወዲ ሣእሉ | |
| ፴፰ | ወለዶ ጉፍላ ወዲ ሣእሉ | |
| ፴፱ | ወለዶ ፍቁር ወዲ ሣእሉ | |
| ፵ | ዘርኢ ቀይሕ ሞሲ ወዲ ጉድቦዝጊ | |
| » | ዘርኢ ቃልዝጊ ወዲ ጉዛይ | |
| » | ካልአይ ክፍሊ | |
| ፵፩ | ወለዶ ደቂ በድላይ | |
| » | ራዛማራ ዝበሃሉ ዓሌት | |
| ፵፪ | ነገደ ሌዊ | |
| » | ዘርኢ ሀም | |
| » | ዛንታ ቴድረር | |
| ፵፫ | አብዚ መረብ ምላሽ ዘለዉ ደቂ ስምዖን | |
| ፵፬ | ወለዶ መረታ ሰበነን መረታ ቀያሕትን | |
| » | ዘርኢ መረታ ቀያሕተ | |
| » | አቦታት መሮኒ | |
| ፵፭ | ዛንታ ጉድቦ ወዲ ጉዛይ | |
| ፵፮ | ዛንታ ወለገርግስ አድያቦ | |
| » | ዘርኢ ወለገርግስ | |
| » | ዘርኢ አቢዳራ | |
| » | ደቂ አቶ ምራጭ | |
| » | ደቂ ዳንፉ ወዲ አበደራ | |
| » | ደቂ እምቤት ማርያማዊት | |
| ፵፯ | ትውልዲ ቤት ስበጋዲስ | |
| ፵፰ | ወለዶ አንጋንአ | |
| » | ዛንታ ገብሩ አዶናይ | |
| ፵፱ | ወለዶ መንሳዕ | |
| ፶ | ደቂ ለዋይ | |
| ፶፩ | ደቂ ተስፎይ | |
| ፶፪ | ዛንታ የሐንስ ሐካይ | |
| » | ደቂ መሐሪ | |
| ፶፫ | ዛንታ መንሳዕ | |
| ፶፬ | ወለዶ ደጊያት ክፍለ ዋህድ | |
| » | ወለዶ ዛውለታይ ዘርኢ ክልተ ዛውል | |

| ምዕራፍ | | ገጽ |
|---|---|---|
| | ናይ ቤት ሰለባ ጋንታ | ፻ |
| | ዛንታ ደጊያት ክፍለዋህድ | ፻ |
| | ዘርኢ ወቐርትን ከልከልትን | ፻ |
| | ዘርኢ በለው | ፻ |
| | ዛንታ አይጣዕስ | ፻፩ |
| | አቦታት ደጊያት ድዕቡል | ፻፪ |
| | ወለዶ ቤት ናይብ | ፻፬ |
| | ብዛዕባ ደቂ ናይብ ዓምር ቅኑዕ አመቓቕልኦምን ዝፈረይዎን ዝቕመጥዎን | ፻፭ |
| | ዛንታ | ፻፮ |
| | ብዘበነ መሳፍንቲ | ፻፯ |
| | ብዛዕባ ስልጣን ዓዲ ናይብ | ፻፯ |
| | አብ ምጽዋዕ ዘለዉ ነገድ በብኽፍሎም | ፻፰ |
| | ምጽዋዕ ዝተባህለሉ ዘመን | ፻፲፩ |
| | ምምጻእ መሮኒ ናብዚ ምድሪ ሐማሴን | ፻፲፪ |
| | ዛንታ ገሽናሽም | ፻፲፫ |
| | ወለዶ ሰብ ገሽናሽም | ፻፲፬ |
| | ወለዶ ወረደ ምሕረት | ፻፲፬ |
| | ዘርኢ ተከሎት ብርሃን | ፻፲፭ |
| | ዘርኢ ሽም ረፀም | ፻፲፭ |
| | ወለዶ ሽም ረጥብ | ፻፲፭ |
| | ወለዶ ከንቲባ ድምበዛናይ | ፻፲፮ |
| | ወለዶ ደቂ ቢደል | ፻፲፯ |
| | ቤት አስገደ | ፻፲፯ |
| | ጊተ ደቂ አቶ ሽም ሻሙናዮም ሙማ | ፻፲፱ |
| | ዛንታ ከንቲባ ዮሐንስ | ፻፳፩ |
| | ምእታው አቶ ሽም አብ ዓዲ ቐንጻ | ፻፳፪ |
| | ዛንታ ምኽዓው ቆሎ | ፻፳፪ |
| | ደቂ አቶ ሽም | ፻፳፫ |
| | ተስፋ ጼን እቲ ምሩኽ | ፻፳፬ |
| | ማርያም ተስፋ ጼን | ፻፳፬ |
| | ምዕናት ዘርጠናይ | ፻፳፭ |
| | ክልተ እንዳ ተስፋ ጽዮን | ፻፳፮ |
| | ደቂ ተሸም ምስ አስገደ | ፻፳፮ |







| ምዕራፍ | | ገጽ |
|---|---|---|
| ፳፰ | ጅግንነት ዘርአይ | ፻፳፯ |
| » | ሞት ብሩሕ | ፻፳፰ |
| ፳፱ | አርሐ ዘርአይኒ አስምዔን | ፻፳፰ |
| » | ሞት ዘርአይ | ፻፳፱ |
| » | እዋን እርግንኡ ንተከለ | ፻፳፱ |
| ፴ | ወለዶ ሚናበ ዘርአይ | ፻፴ |
| » | ወለዶ ተከለን አገባን | ፻፴፩ |
| » | ሞት ሕነሽም | ፻፴፫ |
| » | ውግእ ጐልጐል አምበዓ | ፻፴፫ |
| ፴፩ | ጥቢ ሕዝባይ | ፻፴፬ |
| » | ዓገብ ክፍላይኒ ሕዝባይኒ | ፻፴፬ |
| » | ሽማሙንቲ | ፻፴፭ |
| » | ምእታው ተኸለታቴስ ናብ ዓዲ ገብሩ | ፻፴፭ |
| » | ዑና ሐሽልን ዑና ጉዶን | ፻፴፮ |
| | ወለዶ ደቂ ገብረ ክርስቶስ | ፻፴፮ |
| » | ወለዶ ደቂ ብሩሕ | ፻፴፯ |
| | ወዲ ደገዝማቲ ሀብስሉስ ዓባቕኒ እምሐን | ፻፴፰ |
| » | ሀብስሉስ ምስ ልጓሙ | ፻፴፰ |
| » | ካልአይ ጥቢ እምሐ | ፻፴፰ |
| » | ሀብስሉስ ንጓል ሀፀይ ፋሲል | ፻፴፱ |
| » | ሽመት ዓዲ ደገዝማቲ ፈለማ አብ ፀዓዘጋ | ፻፵ |
| » | ምሻም ደጊያት ገብረክርስቶስ | ፻፵፩ |
| » | ዋዕላ ማይ መንካዕ | ፻፵፪ |
| ፴፪ | ሥርዓት ሀብስሉስ ገብረ ክርስቶስ | ፻፵፪ |
| » | ግዝአት ደጊያት ገብረ ክርስቶስ | ፻፵፫ |
| » | ደቂ ደጊያት ገብረ ክርስቶስ | ፻፵፫ |
| » | ደጊያት ተስፋጼንን ደጊያት ማሞን ተሸሙ | ፻፵፭ |
| » | ትውልዲ ገዛ ሥድራ | ፻፵፭ |
| » | ማርያም ዓሰልዳይት | ፻፵፮ |
| » | ሞት ደጊያት ገብረ ክርስቶስን እመቤት ሰበነ ገርግሽን | ፻፵፮ |
| » | ግዝአት ደጊያት ርእሰ ሃይማኖት | ፻፵፯ |
| » | ሞት ደጊያት ርእሰ ሃይማኖት | ፻፵፯ |
| » | ናብ ጐንደር ህያብ ደጊያት ናይዝጊ | ፻፵፯ |
| » | ህያብ ደጊያት ማሞ | ፻፰፵ |
| ፴፫ | ኵናት ደጊያት ድብለየስ | ፻፵፰ |

| ምዕራፍ | አርእስቲ | ገጽ |
|---|---|---|
| ፳፫ | ሞት ደጊያት ማሞ ናብ ዓደምሐራ | ፻፵፱ |
| » | ዓድዋ ተሰሪሑ ዝኸተመሉ እዋን | ፻፶ |
| » | ሽፍትነት ብላታ ሚካኤል ስሑል | ፻፶ |
| » | ውግእ ጋሻወርቂ | ፻፶ |
| » | ግዝአት ባሕረነጋሲ ሰለሙን | ፻፶፩ |
| » | ውግእ ራእሲ ሚካኤል ስሑል ምስ ናይብ | ፻፶፩ |
| | ደቂ ባሕረ ነጋሲ ሰለሙን | ፻፶፩ |
| ፳፬ | ሠለስተ ደቂ ተሸም ሰብ ሥልጣን ዘርኢ ተኽለታትዮስ | ፻፶፩ |
| » | ውግእ ባሕረ ነጋሲ በኹሩ ምስ ናይብ | ፻፶፪ |
| » | ሞት ሀፀይ እዮኣስ ናብ ጐንደር | ፻፶፪ |
| » | ግዝአት ባሕረ ነጋሲ በኹሩ ፀዓዘጋ | ፻፶፫ |
| » | ሐይሊ ክንቲባ ዑቕባንኪኤል ሀዘጋ | ፻፶፫ |
| » | ለበዋ ክንቲባ ገደደ | ፻፶፬ |
| » | ሐይሊ ባሕረ ነጋሲ በኹሩ | ፻፶፬ |
| ፳፭ | ውግእ ባሕረ ነጋሲ በኹሩ ምስ ዓዲ ቢኢዳት | ፻፶፭ |
| » | ቀዳማይ ዘመተ ራእሲ ሚካኤል ስሑል | ፻፶፭ |
| » | ራእሲ ሚካኤል ንባሕረ ነጋሲ በኹሩ አስርዎም | ፻፶፮ |
| » | ባሕረ ነጋሲ በኹሩ ተመልሱ | ፻፶፯ |
| ፳፮ | ወለዶ ደቂ ሽሐይ | ፻፶፯ |
| » | ዘርኣ ብርሃኑ | ፻፶፰ |
| » | ወለዶ ደቂ ታርቀ | ፻፶፰ |
| | ደቂ ታርቀ | ፻፶፱ |
| » | ወለዶ ደቂ ሚና | ፻፷፩ |
| » | ወለዶ ደቂ አብርሆም | ፻፷፪ |
| ፳፯ | ወለዶ መስፍንቶ | ፻፷፫ |
| » | ዛንታ አቡነ መርቆሬዎስ | ፻፷፮ |
| ፳፰ | ወለዶ ራእሲ ደጌናይ | ፻፷፯ |
| » | ዛንታ እኖ ራእሲ ሚካኤል | ፻፷፱ |
| » | ራእሲ ሚካኤል ምስ ዓባዩ | ፻፸ |
| » | ወለዶ ደቂ ዳሽም | ፻፸ |
| » | ኩናማ ደቂ ንጉሠ ባዜን | ፻፸፩ |
| ፳፱ | ውግእ ሀፀይ ምኒልክ ምስ ጣልያን | ፻፸፩ |
| » | ስለ ግርማዊ ቀዳማዊ ኃይለ ሥላሴ ሐጺር ዛንታ | ፻፸፭ |
| | ዝኸበርኩም አምበብቲ | ፻፸፱ |
| | ምእራም ጌጋ | ፻፹ |